# መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዛንታታትን
# ጥቕስታትን ንህጻናት



**ደቀየ ፍርሃት እግዚኣብሄር ክምህረኩምሲ፣ ንዑ ስምዑኒ!**

**መዝ 34፣11**

# መእተዊ

መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዝተጻሕፉ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ኩሎም ዝበለጸ እዩ። ካብ መጀመርታ ምዕራፍ ናይ ዘፍጥረት ክሳብ መወዳእታ ምዕራፍ ናይ ራእይ ዮሃንስ ብታሪኽ ዝተመልአ እዩ። ዛንታታት መጽሓፍ ቅዱስ ንብዙሕ ኣሽሓት ዓመታት ተደጋጊሙ ተዘንትዩ። ይኹን እምበር ኣብ ኩሉ ዘመናት መቐረቱን ጥቕሙን ኣይጐደለን።

ሎሚ ኣብ ዘመንና ዘደንቕ ነገር እንተሎ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኩሉ ዘመናት ንላዕሊ ብብዙሕ ቋንቋታት ተሓቲሙን ኣብ ኢድ ብዙሓት'ውን በጺሑ ክነሱ፡ እቶም ዘንብብዎ ሰባት ግና ዉሑዳት ምዃኖም እዩ። ኣብ ብዙሓት ስድራቤታት ናይ ቤተ ሰብ ጸሎት ስለ ዝተረስዐን ወለዲ መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብ ሸለል ስለ ዝበልዎን እዚ ሓድሽ ወለዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዎ ፍልጠት ድኹም እዩ። ብዙሓት ናይዚ ዘመን ቆልዑ፡ ኣቦታቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዉ ዛንታታት ስለ ዘይመሃርዎም ንመጽሓፍ ቅዱስ ፈጺሞም ኣይፈልጥዎን እዮም። ዘድንቕዎም ኣብ ዘመኖም ዘለዉ ህቡባት ናይ ፊልምን ስፖርትን ሰባት እምበር ንከም እኒ ኣብርሃም፡ ሙሴ፡ ዳዊት፡ ዳኒኤል፡ ጳውሎስ፡ ጴጥሮስ ዝኣመሰሉ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጀጋኑ ይትረፍ ከድንቕዎምሲ ብዛዕብኦም እኳ ኣይሰምዑን። ብዛዕባ ናይ ኢየሱስ ፍቕሪ ሰሚዖም ስለ ዘይፈልጡ ከኣ ንኣእምሮኦም ፍልጠት ንልቦም ድማ ዕረፍቲ ክህቦም ካብ ዝኽእል ዓቢ በረኸት ርሒቖም ይነብሩ ኣለዉ። ስለዚ ኣብዚ ዘመን እዚ ስርዓት ኣልቦነት፡ ስድነት፡ ዘይምእዛዝ እንተ በዝሐ ዘገርም ኣይኮነን።

እምበኣር ሎሚ ህጻናትና መጽሓፍ ቅዱስ ከንብቡን ኣብኡ ዘሎ ዛንታታት ክፈልጡን ካብ ምግባር ዝበልጽ ንሕብረተሰብ ዝጠቅም ነገር የለን። እዚ ተዳልዩ ዘሎ መጽሓፍ ከኣ ኣብ ቤተ ሰብ ንህጻናት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ዛንታታትን ትምህርትን ምንባብን ምምሃርን ምእንቲ ክንለማመድ ክሕግዘና ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ። ቀንዲ ሓሳብ ናይዚ መጽሓፍ፡ እዚ ሓድሽ ወለዶ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ከስተውዕልን እቶም ቀንዲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ዛንታታት ብዝግባእ ኽፈልጥን እዩ። ንቆልዑ ብዝጥዕምን ዝስሕብን መገዲ እኳ እንተ ተዳለወ ብዘይ ናይ ወለዲ ምሉእ ተሳትፎን ተገዳስነትን ግና እቲ ዝድለ ዕላማ ዝብጻሕ ኣይኮነን። ስለዚ ወለዲ ንደቆም ተገዲሶም መዓልታዊ ከንብቡ ኣብ ምግባርን፡ ንዘይበርሃሎም ሓሳብ ኣብ ምርዳእን ክተግሁ ኣምላኽ ዝጽበዮም መንፈሳዊ ሓላፍነቶም እዩ።

እዚ መጽሓፍ 365 ዛንታታትን ጥቕስታትንን ሒዙ ኣሎ። ካብዚ እቲ 261 ዛንታታት ክኸውን ከሎ እቲ ዝተረፈ 104 ድማ ዝጽናዕ ጥቕስታት እዩ። ንዓመት ምሉእ መዓልታዊ ብዘይ ምቁራጽ ክንበብን ክጽናዕን ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ። መዓልታዊ ሓደ ዛንታ ክንበብ ወይ ድማ ሓደ ጥቕሲ ክጽናዕ ኣለዎ። ኣብ ሳጹን ኣትዩ ዘሎ ዝጽናዕ ጥቕሲ ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ዝንበብን ዝጽናዕን ክፍሊ እዩ።

# ኣብ መጀመርታ
## (ዘፍ 1፥1-19)

ኣዝዩ ነዊሕ ጊዜ ይገብር ሰባት ብጊዜ ለይቲ ናብ ላዕሊ ናብ ወርሕን ከዋኽብትን ምስ ተመልከቱ፡ ከምዚ ክብሉ ብኣድናቖት ሓተቱ፡ ነዛ ወርሕን ነዞም ከዋኽብትን መን ፈጢርዎም፧ መንከ ኣብ ሰማይ ሰቒሎም፧። ከምኡ'ውን ናብ ሓምላይ ዝኾነ ኩርባታትን፡ ኣዕዋፍን ዕምባባታትን ምስ ጠመቱ ከምዚ ኢሎም ኣስተንከሩ፡ እዛ ጽብቕቲ እንነብረላ ምድሪ ብኸመይ ጀሚራ፧ መን'ከ ፈጢርዋ፧። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ከኣ መልሲ ናይ ዚ ሕቶታት ካብ ኣምላኽ ተገልጸሎም። ካብ ሞንጉኦም ድማ፡ ኩሉ ሰብ ምእንቲ ክንብቦ፡ ነቲ ኣምላኽ ዝገለጸሎም ንምስጢር ስነ ፍጥረት ምእንቲ ክገልጹ እግዚኣብሄር ብሉጻት ጸሓፍቲ ኣተንስኣሎም።

ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ። ኣብቲ መጀመርታ፡ ሰማይን ምድርን መልክዕ ዝበሃል ኣይነበሮን፡ ጥራዩ እዩ ድማ ዝነበረ። ኣዕዋፍ ኮና እንስሳታት ኣይነበሩን፡ ሰባት'ውን ኣይነበሩን። ብዘሎ ዙርያ ምድሪ ጸልማት ነበረ። ኣምላኽ ግና፡ ብርሃን ይኹን፡ በለ። ብርሃን ድማ ኮነ። ኣምላኽ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ምስ ረኣየ ነቲ ብርሃን ካብ ጸልማት ፈለዮ፡ ነቲ ብርሃን መዓልቲ ነቲ ጸልማት ድማ ለይቲ ኢሉ ሰመዮ። ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ከኣ፡ ኣምላኽ ንማያት ካብ ማያት ዝፈሊ ጠፈር ኣብ ሞንጎ ማያት ፈጠረ። ነቲ ነቲ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ዘሎ ማያት ድማ ኻብቲ ኣብ ልዕሊ ጠፈር ዘሎ ማያት ፈለዮ። ኣምላኽ ከኣ ነቲ ጠፈር፡ ሰማይ፡ ኢሉ ሰመይ። ጽቡቕ ከም ዝኾነ ድማ ረኣየ። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ከኣ፡ ንቕጽ መሬት ከም ዝርአ ገበረ፡ ምድሪ ኢሉ ድማ ሰመዮ። ነቲ ማያዊ ኣካል ድማ ባሕሪ ኢሉ ሰመዮ፡ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ድማ ረኣየ። ብድሕሪኡ ኣምላኽ፡ እታ ምድሪ ሳዕርን ዘርኢ ዝህብ ብቘልን፡ ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ ከከም ዓይነቱ ኣብ ምድሪ ዝፈሪ ኦም ተውጽእ፡ በለ፡ ከምኡ ድማ ኮነ። እታ ምድሪ ሳዕርን ከከም ዓይነቱ ዘርኢ ዝህብ ብቘልን፡ ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ ፍረ ዝፈሪ ኣእዋምን ከኣ ኣውጽኤት። ኣምላኽ ከኣ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ። ብራብዓይ መዓልቲ ከኣ፡ ኣምላኽ፡ ንመዓልቲ ካብ ለይቲ ዝፈልዩ ብርሃናት ኣብ ጠፈር ሰማይ ይኹኑ፡ ንዘበናትን ንመዓልታትን ዓመታትን ከኣ ንመፈለጥታ ይኹኑ። ኣብ ምድሪ ንምብራህ ኣብ ጠፈር ሰማይ ብርሃናት ይኹኑ፡ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። ኣምላኽ ከኣ ክልተ ዓበይቲ ብርሃናት ገበረ፡ እቲ ዓብዩ ብርሃን ብመዓልቲ ኪስልጥን፡ እቲ ንእሽቶ ብርሃን ድማ ብለይቲ ኪስልጥን፡ ገበረ። ከዋኽብቲ'ውን ገበረ። ኣብ ልዕሊ ምድሪ ምእንቲ ኼብርሁ ኣብ መዓልትን ኣብ ለይትን ድማ ኪስልጥኑ፡ ንብርሃን ካብ ጸልማት ኪፈልዩ፡ ኣምላኽ ኣብ ጠፈር ሰማይ ገበሮም። ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ።

# ኣዝዩ ጽቡቕ ኮነ
## (ዘፍ 1፡20-31)

ክሳብ ራብዓይ መዓልቲ፡ ኣምላኽ ንምድሪ፡ ንጠፈር፡ ንባሕሪ፡ ንጸሓይን ወርሕን ከዋኽብትን፡ ከምኡ'ውን ኣግራብን ሳዕርን ዕምባባታትን ፈጢሩ ነበረ። ግናኸ ህይወት ዘለዎም እንስሳታት ስለ ዘይነበሩ፡ ዓለም ጽምዋ ዝመልኣ እያ ነይራ። ስለዚ ኣብ ሓምሻይ መዓልቲ፡ እግዚኣብሄር ዓበይቲ ዓሳታትን፡ ካብ ማይ ወጺኦም ክንቀሳቐሱን ክስተንፍሱን ዝኽእሉ እንስሳታትን ክነፍራ ዝኽእላ ኣዕዋፍን ፈጠረ። ጽቡቕ ከም ዝኾነ ኸኣ ረኣየ። ኣምላኽ ነቶም ዝፈጠሮም ፍጡራት ከምዚ ኢሉ ባረኾም፡ ፍረዩን ተባዝሑን፡ ንማያት ባሕሪ ምልእዎ፡ ኣዕዋፍ ከኣ ኣብ ምድሪ በዝሓ። ኣምላኽ ድማ በብዓይነቶም እንስሳ፡ ለመምታን ኣራዊት ምድርን ኣብ ምድሪ ገበረ። ጽቡቕ ከም ዝኾነ ኸኣ ረኣየ።

እታ ጽብቕቲ ዓለም ምስ ቆመት፡ ብርሃን ጸሓይ ኣብኣ ኣብርሀ። ኣግራብን ዕምባባታትን ኣብኣ ፋሕ ኢሎም ቦቑሉ። እቶም እንስሳታት ንዕኦም ዝመስሉ ውሉድ ወለዱ። ግናኸ ነዚ ኹሉ ጽቡቕ ነገራት ዘስተማቕሮ ሓደ እኳ ኣይነበረን። ነቲ ፍረታትን ዕምባባታትን ከምኡ'ውን ነቶም እንስሳታት ዝከናኸኖም (ዝሕልዎም) ኣይነበረን። ስለዚ እግዚኣብሄር ኣብ ሻድሻይ መዓልቲ፡ እቲ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ነገር ገበረ። ኣምላኽ ከኣ፡ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ። ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ተባዕታይን ኣንስታይን ገይሩ ፈጠሮም። ኣምላኽ ከኣ ባረኾም። ኣምላኽ ድማ፡ ፍረዩ ተባዝሑን ንምድሪ ኸኣ ምልእዋን ምለኽዋን፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ፡ በሎም። ኣምላኽ ድማ፡ እንሆ ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ዘርኢ ዘለዎ ኹሉ ኣሕምልትን ዚዝራእ ዘርኢ ዘለዎ ፍረ ኦም ናይ ኩሉ ኣእዋምን ሂበኩም ኣለኹ እሞ መግቢ ይኹንኩም። ንኹሉ ኣራዊት ምድርን



ንኹለን ኣዕዋፍ ሰማይን ህያው ነፍሲ ንዘለዎ ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ ኸኣ ኩሉ ለምለም ሳዕሪ ንመግቦም ሂበዮም ኣለኹ፡ በለ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ነቲ ዝገበሮ ዘበለ ምስ ረኣዮ ኣዝዩ ጽቡቕ ነበረ። ሽዑ እግዚኣብሄር ካብ ኩሉ ግብሩ በታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ዓረፈ።

> **<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**
>
> **"ኣምላኽ ከኣ ዝገበሮ ዘበለ ዅሉ ረኣየ፡ እንሆ ብዙሕ ጽቡቕ ኮነ"**
> **ዘፍ 1፡31**

# ኣፈጣጥራ ሰብን ገነት ኤደንን
## (ዘፍ ምዕ. 2)

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ምድሪ ሓመድ ወሲዱ ንሰብ ገበሮ፡ ኣብ ኣፍንጫኡ ህይወት ዝህብ ትንፋስ ኡፍ በለሉ፡ ሰብ ከኣ ህይወት ዘለዎ ኾነ። ነቲ ዝፈጠሮ ሰብ ኣብ ኤደን ብሸነኽ ምብራቕ ኣብ ገነት ዝበሃል ኣዝዩ ጽቡቅ ቦታ ኣቐመጦ። እቲ ናይ መጀመርታ ሰብ ከኣ ኣዳም ይበሃል ነበረ። እግዚኣብሄር ንኣዳም፡ ንገነት ክዓያን ክሕልዋን ሓላፍነት ሃቦ። ኣብ ገነት ኣዝዮም ብዙሓት ኣእዋምን ፍረታትን ከምኡ'ውን ደስ ዘብሉ ሩባታትን ነበሩ። ኣብ ማእከላ ድማ ክልተ ፍሉያት ኣእዋም ነበራ። እታ ሓንቲ፡ ኦም ህይወት፡ እታ ሓንቲ ድማ፡ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም፡ ይበሃላ ነበራ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፡ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ከም ዝደሌኻ ብላዕ፡ ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብኣ ምስ እትበልዕ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ። ኣዳም ኣብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ገነት ኤደን ንኩሎም እንስሳታት መጸውዒ ስም ኣውጽኣሎም። ነተን ኣብ ዙርያኡ ዝበራ ዝነበራ ኣዕዋፍ'ውን ስም ኣውጽኣለን።

ኩሎም እቶም እንስሳታትን ኣዕዋፍን ንዕኦም ዝመስሉ ውሉድ ነበርዎም። ኣዳም ግና በይኑ ነበረ። ስለዚ ኣዳም በይኑ ክኸውን ጽቡቕ ከም ዘይኮነ ፈሊጡ፡ ኣምላኽ ከምዚ በለ፡ ኣብ ገነት ኤደን ምስኡ እትኸውን ሰበይቲ ክገብረሉ እየ፡ በለ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ከቢድ ድቃስ ኣውደቐሉ እሞ ካብ ጐኑ ሓንቲ መሰንገለ ወሰደ፡ ነቲ ስፍርኣ ከኣ ብስጋ መልኣ። ነታ ካብ ኣዳም ዝወሰዳ መሰንገለ ከኣ ሰበይቲ ገይሩ ሰርሓ እሞ ናብ ኣዳም ኣምጽኣ። ኣዳም ከኣ ሄዋን ኢሉ ስም ኣውጽኣላ። ኣዳምን ሄዋንን ኣብቲ ምልኩዕ ዝኾነ ገነት እናዓየዩ ኣዝዩ ሕጉስ ህይወት ይመርሑ

ነበሩ። እቶም እንስሳታት ብዘይ ፍርሃት ናባታቶም ይመጹ ነበሩ፣ ካብቲ ዝፈረየ ፍረታት ድማ ቀንጢቦም ይምገቡ ነበሩ። ካብተን ኩለን ዝነበራ ኣእዋም ሓንቲ ጥራይ እያ ኣዳምን ሄዋንን ክበልዕዋ ዘይተፈቕደትሎም። ንሳ ከኣ፣ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም፣ እያ።

## ውድቀት ሰብ
## (ዘፍ ምዕ. 3)

ኣዳምን ሄዋንን ምስቲ ሕያዋይን ፈታዊኦምን ዝኾነ ፈጣሪኦም እግዚኣብሄር ቀጻሊ ዝኾነ ሕብረትን ምዝርራብን ነበሮም። ካብታ እግዚኣብሄር ካብኣ ኣይትብልዑ ዝበሎም እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ጥራይ እምበር፣ ካብቲ ኣምላኽ ንዕኦም ኢሉ ዝፈጠሮ ኩሉ ፍረታት ግና ቃሕ ዝበሎም ይበልዑ ነበሩ። ኣዳምን ሄዋንን ኣብታ ብኹለንትናኣ ብርሃን ዝመልአ ንኽትረኣ ኣዝያ ጽብቕትን ውቅብትን ንኽትነብራ ድማ ምችእትን ደስ እተብልን ዓለም ተሓጒሶም ባህ ኢልዎም ይነብሩ ነበሩ። እግዚኣብሄር ከኣ ነቶም ዝፈጠሮም ደቁ ካብ ላዕሊ ቊሊሕ ኢሉ ክጥምቶም ከሎ ኣዝዩ ይሕጎስ ነበረ እሞ፣ እቲ ዝፈጠርክዎ ፍጥረት ኣዝዩ ጽቡቕ ኮነ፣ በለ። ካብ መዓልትታት ሓደ መዓልቲ ግና እቲ ኣዝዩ ጎራሕን ተንኮለኛን ዝኾነ ተመን/ዲያብሎስ ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ክበልዑ ከም ዘለዎም ንኣዳምን ሄዋንን ኣደናገሮም እሞ፣ ካብኣ ወሲዶም በልዑ። ሽዑ እግዚኣብሄር ነዚ ኹሉ ፈሊጡ ኣዝዩ ጒሂየ፣ ኣዳምን ሄዋንን ድማ ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ስለ ዘፍረሱ ፈሪሖም ተሓብኡ። ኣብ ዙርያኦም ድማ ጸልማት ኣጎልበቦም። ኣዳምን ሄዋንን ካብቲ ዘፍቅሮምን ዝፈትዎምን እግዚኣብሄር ተፈለዩ። ኣምላኽ ድማ ካብ ገነት ኤደን ሰጎጎም። ኣዝዩ ዘሕዝን ፍጻሜ እዩ ዝነበረ። እታ ደስ ዘብል ብርሃን መሊእዋ ዝነበረት ዓለም ጸልማት መልኣት። ከምቲ ቀደም ናይ ዕለት እንጌራኦም ብዘይ ድኻምን ረሃጽን ዝረኽብዎ ዝነበሩ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ ብብዙሕ ጻዕርን ድኻምን ደኣ ኮነ። እዚ ሕጂ እንርእዮን እንሰምዖን ዘሎና ሞትን ሓጥያትን ካብቲ ኣዳምን ሄዋንን ንእግዚኣብሄር



ዘሕዘንሉ ጊዜ ዝመጸ እዩ። መነባብሮ ደቂ ሰባት ካብቲ ጊዜ ጀሚሩ መከራ

ዝመልኣን ዘይምቹእን ኮነ። ኣዳምን ሄዋንን ሓደ ካብቲ ንእግዚኣብሄር ብዘይ ምእዛዞም ዝረኸብዎ ፍረ፡ እቲ ቦኽሪ ወዶም ቃየል ነቲ ምንኣስ ሓዉ ኣቤል ስለ ዝቐንኣሉ ቀተሎ። እቲ እግዚኣብሄር እኺ ዝመስከረሉ ጽባቐን ውቃበን ናይ ዓለም ከም ዘይነበረ ክሳዕ ዝጠፍእ ክፉእን ሕማቕን ኮነ።

## ማይ ኣይሂ
## (ዘፍ ምዕ. 6 - 9)

እታ ሓደ እዋን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ሰብን ጽብቕትን ውቅብትን ዝነበረት ዓለም፡ ብኹለንትንኣ ተበላሽያ ክፍእቲ ኮነት። ኩሎም ሰባት ንሓድሕዶም ይበኣሱ፡ ይጻረፉ፡ ይተሓሳሰው ነበሩ። እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ይሰርቕ። ሓደ ካልእ'ውን ኣብ ልዕሊ ሓደ ይዕምጽ። እቶም ንኣሽቱውን ንሓድሕዶም ዘይፋተዉን ንወለዶም ዘይእዘዙን ነበሩ። እግዚኣብሄር ዘይፈትዎ ዓመጻን ክፉእ ግብርን ኣብ ደቂ ሰባት ሰልጢኑ ነበረ። በዚ ኹሉ ድማ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ስለ ዝጎሃየ ከምዚ በለ፡ ንኹሎም እዞም ክፉእ ዝገብሩ ዘለዉ ሰባት ብሓደ ከጥፍኦም እየ። ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ እግዚኣብሄር ካብ ላዕሊ ቁሊሕ ኢሉ ምስ ጠመተ፡ ሓደ ንእግዚኣብሄር ዝፈርህን ከምቲ እግዚኣብሄር ዝፈትዎን ዝደልዮን እምበር ብዓመጻን ሓጢኣትን ዘይነብር ኖህ ዝበሃል ሰብኣይ ተረኸበ። ኖህ ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ዝመላለስ ጻድቕን ናይ ኣምላኽ ሰብን እዩ ዝነበረ። ኖህ ምስ ሰበይቱን ሰለስተ ደቁን፡ ኣንስቲ ደቁን ይነብር ነበረ። ደቁ ኸኣ ሴም፡ ካም፡ ያፌት፡ ይበሃሉ ነበሩ።

እግዚኣብሄር ንኖህ ከምዚ በሎ፡ ምድሪ ኣብ ቅድመይ ብዓመጻ ተበላሽያ እያ እሞ ከጥፍኣ እየ። ስለዚ ምኽንቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ኹሉ ህይወት ዘለዎ ክጠፍእሲ፡ ማይ ኣይሂ ናብ ምድሪ ኸምጽእ እየ እሞ፡ ኣብ ምድረ ዘሎ ኹሉ ፍጡር፡ ሰብ ኮነ እንስሳን ኣግራብን ኺመውት እዩ። ቀጺሉ ኸኣ ከምዚ በሎ፡ ምሳኻ ግና ኪዳነይ ከቕውምን ከድሕነካን እየ፡ መርከብ ስራሕ እሞ ንሰኻ ምሳኻ ድማ ደቅኻን ሰበይትኻን ኣንስቲ ደቅኻን ናብታ መርከብ እቶ። ከምኡ'ውን ካብ ኩሉ ዓሌት እንስሳታት ከክልተ፡ ተባዕታይን ኣንስታይን ወሲድካ ናብታ መርከብ የእቱ። ኖህ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ፡ ሓንቲ እኺ ከየትረፈ ኩሉ ገበረ።

ኖህ እዚ ኩሉ ገይሩ ናብ መርከብ ምስ ኣተወ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ማዕጾ ናይታ መርከብ ባዕሉ ዓጸዎ። ብድሕሪኡ ንኣርብዓ መዓልትን ንኣርብዓ ለይትን ብርቱዕ ማይ ኣይሂ ካብ ሰማይ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘነመ። እቲ ማይ ኣይሂ ኣብ ምድሪ ኣዝዩ ስለ ዝበዝሐ፡ ነታ መርከብ ልዕሊ ኣኽራናትን ጎቦታትን ክብ ኣበላ። ሽዑ ኣብ ምድሪ ዝነበሩ ኩሎም ሰባት፡ እንስሳታት፡



ለመምታ፡ ኣዕዋፍን ኣግራብን ሞቱ። ድሕሪ ነዊሕ እዋን እቲ ማይ ምስ ነጸፈ፡ ኣምላኽ ንኖህ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ ንስኻን ደቅኻን ሰበይትኻን ኣንስቲ ደቅኻን ኹላ ምሳኻ ካብ መርከብ ውጹ። ምሳኻ ዘለው ኩሎም እንስሳታት ከኣ ምሳኻ ኣውጽኣዮም። ኖህ ከኣ ካብታ መርከብ ወጽአ እሞ፡ ስለቲ እግዚኣብሄር ንዕኡን ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ዝገበረሎም ምሕረትን ምድሓንን ንእግዚኣብሄር ኣመስገነ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ሕሊና ልቢ ሰብ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ኽፉእ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ብሰሪ ሰብ ንምድሪ መሊሰ ኣይረግማን። ድሕሪ ደጊምሲ ኸምቲ ዝገበርክዎ፡ ህያው ንዘበለ ኹሉ መሊሰ ኣይክወቅዕን እየ። ምድሪ ኽሳዕ ዘላ፡ ዘርእን ዓጺድን፡ ዛሕልን ዋዕን፡ ሓጋይን ክረምትን፡ መዓልትን ለይትን ኣየቋርጽን እዩ፡ በለ። ኣምላኽ ከኣ ንኖህን ስድራቤቱን፡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ እንሆ ኣነ ምሳኻትኩምን ብድሕሬኹም ድማ ምስ ዘርእኹምን፡ ምስ ኩሉ ፍጥረት ምድርን ኪዳነይ ኤቕውም ኣሎኹ። ድሕሪ ደጊም ስጋ ዘበለ ኹሉ ብማይ ኣይሂ ኣይጠፍእን፡ ንምድሪ ዜጥፍእ ማይ ኣይሂ ድማ መሊሱ ኣይከውንን። ነቲ ኣብ ሞንጎይን ኣብ ሞንጎኹምን ኣብ ሞንጎ እቲ ምሳኻትኩም ዘሎ ኹሉ ህያው ነፍስን ንዘለኣለም ዝገብሮ ኺዳን፡ ምልክቱ እዚ እዩ። ቀስተይ ኣብ ደበና ኤንብር ኣሎኹ፡ ንሱ ድማ ነቲ ኣብ ሞንጎይን ኣብ ምድርን ዘሎ ኺዳን ምልክት ኪኸውን እዩ። ኖህ ድማ ሓረስታይ ኮነ። እቶም ምስኡ ዝነበሩ ኩሎም ድማ ከም ብሓድሽ ክፋረዩ ጀመሩ፡ ንምድሪ ድማ መልእዋ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ፍቕሪ ንኣምላኽ ከኣ ትእዛዛቱ ኽንሕሉ እዩ እሞ፡ ትእዛዛቱውን ኣይከቢድን እዩ" 1ዮሃ 5፡3

## ግምቢ ባቤል
## (ዘፍ 11፡1-9)

ኣዝዩ ነዊሕ ጊዜ ይገብር፡ ኣብ ዓለም ኩሉ ሰብ ሓደ ዓይነት ቋንቋ ይዛረብ ነበረ። ሎሚ ግና ከምኡ ኣይኮነን። ሰባት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ይዛረቡን ይረዳድኡን። ኣብቲ መጀመርታ ግና ከምኡ ኣይነበረን።

ካብ መዓልትታት ሓደ መዓልቲ፡ ሰባት ኣብ ሓደ ኣዝዩ ሰፊሕ ዝኾነ ጎልጎል፡ ኣብዚ ሓንቲ ከተማ ንስራሕ፡ ተበሃሃሉ። በዚ ተሰማሚዖም ሕጡብን ንዕኡ መተሓሓዚ ዝኸውን ኖራን ገበሩ። ክሳዕ እታ ኸተማ ተሰሪሓ እትውዳእ ኩላቶም ብሓደ ሓሳብ ሰሚሮም ይሰርሑ ነበሩ። ከምዚ ድማ በሉ፡ እስከ ኩላትና ፋሕ ከይበልና ብሓድነት ክሳዕ ሰማያት ዝበጽሕ ነዊሕ ግምቢ ንስራሕ፡ ስምና ኸአ ነጸውዕ፡ በሉ። ስለዚ ንሳቶም ሕጡብ ኣብ ልዕሊ ሕጡብ ብምቕማጥ ስርሖም ቀጸሉ። እቶም ዓየይቲ ንሰማይ ኣብቲ ኣምላኽ ዘለዎ ከም ዝበጽሑ ተኣማሚኖም ይሰርሑ ነበሩ።



ኣምላኽ እንታይ ይገብሩ ከም ዝነበሩ ረኣዮም እሞ፡ እቶም ሰባት ክሳዕ ክንደይ ዓበይትን በላሕትን ምዃኖም ከርእዩ ይደልዩ ከም ዝነበሩ ፈለጠ። ከምኡ'ውን ኣምላኽ፡ ንሳቶም ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ክዕበዩ ከም ዘይብሎም ክመሃሩ ከም ዘለዎም ይፈልጥ ነበረ። ስለዚ እቶም ሰባት ገለ ትምህርቲ ምእንቲ ክመሃሩ ኣምላኽ ናብራ ከኽብደሎም ወሰነ። ስለዚ ድማ ነቲ ብሓደ ቛንቛ ናይ ምርድዳእ ክእለቶም ካባታቶም ሰወሮ። ብቕጽበት ድማ እቶም ሰባት በበይኑ ብዝኾነ ቛንቛ ተዛረቡ። በዚ ድማ ንሓድሕዶም ክዘራረቡ ኮነ ክረዳድኡ ስለ ዘይከኣሉ ነቲ ኣብታ ከተማ ዝጀመርዎ ግምቢ ኣብ መፈጸምታኡ ኣየብጽሕዎን። እቲ ግምቢ ድማ ግምቢ ባቤል ተባሂሉ ተጸውዐ። እቶም ሰባት ናብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ተመቓቒሎም፡ ኣብ ንሓድሕዶም ተፈላለዩ። ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ብናይ ገዛእ ርእሳ መገዲ ትኸይድን ናይ ገዛእ ርእሳ ቛንቛ ትጥቀምን ነበረት።

## ናይ ኣብራም ጽውዓ
## (ዘፍ 12፡1-9)

ኣብ ሓንቲ ኡር ዝተባህለት ከተማ ሓደ ኣብራም ዝበሃል ፍትው ሰብኣይ ይነብር ነበረ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ድማ እግዚኣብሄር ንኣብራም ከምዚ በሎ፡ ካብ ምድርኻን ካብ ኣዝማድካን ካብ እንዳ ኣቦኻን ኣነ ናብ ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ። ዓብዪ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን ከአ እየ፡ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፡ ንበረኸት ድማ ክትከውን ኢኻ። ንዚባርኹኻ

ክባርኾም፡ ንዚረግመካ ድማ ክረግሞ እየ። ዓሌታት ኩላ ምድሪ ድማ ብኣኻ ኪባረኹ እዮም። ስለዚ ኣብራም ንሰበይቱ ሳራይን ወዲ ሓዉ ሎጥን ነገሮም፡ ንሳቶምውን ምስኡ ክኸዱ ወሰኑ። ኩሉ ዘለዎም ጠርኒፎም ከኣ ጉዕዞኦም ጀመሩ። ናበይ ይኸዱ ከም ዝነበሩ እኳ እንተ ዘይፈለጡ ኣምላኽ ግና ይመርሖም ነበረ። ኣብ መንጎ ጉዕዞኦም ኣብራም ኣብ ቤት-ኤልን ምድሪ ሞርያን ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰሪሑ የምልኾ ነበረ። ብመገዲ ከንኣን ኣብ ዝኅዓዝሉ ዝነበሩ ጊዜ እቲ ቦታ ብድርቂ ስለ ዝተጠቕዐ መግቢ ምእንቲ ክረኽቡ ናብ ግብጺ ኣቢሎም ከዱ።



**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

**"ዓብዩ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን እየ፡ ንስምካውን ከዕ ብዮ እየ፡ ንበረኸት ድማ ክትከውን ኢኻ" ዘፍ 12፡2**

## ኣብራም ኣብ ግብጺ
## (ዘፍ 12፡10-20)

ብምኽንያት እቲ ኣብ ከንኣን ዘጋጠመ ጥሜትን ደርቅን፡ ኣብራም ናብ ግብጺ ተሰደ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዛንታ ዘንበብናዮ፡ ኣብራምን ኩሎም እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰባትን መግቢ ክረኽቡ ተስፋ ስለ ዝነበሮም እዮም ናብ ግብጺ ከይዶም። ብመገዲ እታ ኾብለል ዝብሉላ ዝነበሩ ሃገር፡ ንነፍሲ ወከፍ ተጓዓዛይ ዝኸውን መግቢ ኣይነበረን። ኣብ ግብጺ ግና ኣኺሉ ዝተርፍ መግቢ ይህሉ ይኸውን ኢሎም ተስፋ ገበሩ። ናብ ግብጺ ምስ ቀረቡ ኣብራም ንሳራይ ከምዚ ኢሉ ተዛረባ፡ ሳራይ ንስኺ ኣዚኺ ጽብቕቲ ኢኺ፡ ኣነ ድማ ሰብኣይኪ እየ። ስለዚ እቶም ግብጻውያን ምስ ረኣዩኺ፡ ምናልባት

ንዓኺ ኘኽወስዱ ንዓይ ከይቀትሉኒ ምእንቲ፣ ንሰኺ ሓብቱ እየ በሊ፣ በላ። ናብ ግብጺ ምስ ኣተዉ ድማ ወሪኦም ኣብ መላእ ግብጺ ተሰምዔ። ግብጻውያን ድማ ሳራይ ብዙሕ መልክዐኛ ምዃና ምስ ረኣዩ ብዙሕ ነኣድዋ። ከምቲ ንሳ ዝበለቶም ድማ ሓብቲ ኣብራም ትመስሎም ነበረት።

ፈርኦን ንጉስ ግብጺ፣ ሳራይ ኣዝያ ጽብቕቲ ከም ዝኾነት ምስ ሰምዐ፣ ናብኡ ክትመጽእ ለኣኸላ። ሳራይ ድማ ናብ ቤት ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ከደት። ፈርኦን ብምኽንያት ሳራይ ንኣብራም ጽቡቕ ገበረሉ፣ ኣባጊዕ፣ ኣእዱግ፣ ኣግማል፣ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ገላዩ ኸኣ ሃቦ። እግዚኣብሄር ግና ብምኽንያት ሳራይ ሰበይቲ ኣብራም፣ ንፈርኦንን ስድራቤቱን ቀጽዖም። በዚ ድማ ሳራይ ሰበይቲ ኣብራም ምዃና ፈለጡ። ፈርኦን ከኣ፣ ንኣብራም ጸዊዑ ከምዚ በሎ፣ ስለምንታይ ሳራይ ሰበይትኻ ከም ዝኾነት ዘይነገርካኒ፧ ምናልባት ሰበይተይ ክትኮነኒ ምወሰድክዋ ነይረ። ሕጂ ኸኣ እንሃትልካ ሰበይትኻ ኪድ። ፈርኦን ድማ ንገላውኡ ንኣብራም ኬፋንውዎ ኣዘዞም። ንሳቶም ከኣ ንእኡን ንሰበይቱን ንዘለዎ ኹሉ ጥሪቱን ኣፋነዎም።

## ኣብራምን ሎጥን
## (ዘፍ ምዕ. 13)



ኣብራም ካብ ግብጺ ድሕሪ ምውጽኡ ንብዙሕ መዓልትታት ተጓዒዙ ናብ ቤት-ኤል መጸ። ሎጥ ድማ ምስኡ ነበረ። ኣብራም ከኣ ብኸብትን ብብሩርን ብወርቅን ኣዝዩ ሃብታም ነበረ። ሎጥ ድማ ኣዝየን ብዙሓት ጤለ በጊዕን ከብትን ነበራኦ። ናይ ክልቲኦም ጥሪት ብዙሕ ስለ ዝነበረ ድማ ዝጓስዩሉ ምድሪ ጸበቦም። ኣብ መንጎ ጓሶት ኣብራምን ጓሶት ሎጥን ከኣ ባእሲ ኮነ። ኣብራም ከኣ ንሎጥ ከምዚ ክብል ተዛረቦ፣ ንሕና ኣሕዋት ኢና እሞ፣ በጃኻ ኣብ መንጎይን መንጎኻን ኣብ መንጎ ጓሶተይን ጓሶትካን ባእሲ ኣይኹን። ኩላ እዛ ምድሪ ኣብ ቅድሜኻ እንሃ፣ ደጊም ካባይ ተፈለ። ናብ ጸጋም ኣንተ ኣበልካ ኣነ ናብ የማን ኣብል፣ ናብ የማን እንተ ኣበልካ ኸኣ ኣነ ናብ ጸጋም ኣብል። ሎጥ ከኣ ነቲ ገፊሕን ቃልዕን ዝኾነ መሬት ዮርዳኖስ ተመልከተ እሞ እቲ ቦታ ማይ ዝመልኦን ናይ ሕርሻ ቦታን ምዃኑ ኣስተውዓለ። ሎጥ ከኣ፣ ኣነ ነዚ

ጎልጎል ዮርዳኖስ ክወስድ እየ፣ በለ። ንሓድሕዶም ሰላምታ ተለዋዊጦም ከኣ ተፈላለዩ።

ሎጥ ናብቲ ትርኢቱ ደስ ዘብል መሬት ዮርዳኖስ ከይዱ፣ ኣብኡ ድንኳኑ ተኸለ። ኣብኡ ድማ ከተማታት ሰዶምን ጎሞራን ነበራ። ኣብራም ግና ኣብ መሬት ከንኣን ጸንሐ። ሎጥ ዝበለጸ ቦታ ዝመረጸ ኾይኑ ተሰምዮ፣ ኣብራም ግና ነቲ መራሒኡ ዝኾነ ኣምላኽ ተወከሎ። ንሱ፣ ኣምላኽ ከምዚ ኢሉ ክዛረቦ ኸሎ ሰምዐ፣ ዓይንኻ ቋሕ ኣብል እሞ ካብዛ ዘሎኻያ ቦታ ንሰሜንን ንደቡብን ንምብራቕን ንምዕራብን ኣቢልካ ጠምት። እዛ ንሰኻ እትርእያ ዘሎኻ ኩላ ምድሪ ንኣኻን ንዘርእኻን ንዘለኣለም ክህበካ እየ። ንዘርእኻ ድማ ከም ሓመድ ምድሪ ኽገብሮ እየ። ሰብ ሓመድ ምድሪ ኪቖጽር ዚኽእል እንተ ኾይኑ፣ ዘርእኻ ኸኣ ይቑጸር። ንኣኻ ክህበካ እየ እሞ፣ ተንስእ ነዛ ምድሪ ብምንዋሓን ብምግፋሓን ዙራ፣ በሎ። ስለዚ ኣብራም ድንኳኑ ኣልዒሉ፣ ተበገሰ። ኣብ ቅድሚኡ፣ ድማ እታ ናይ ተስፋ ምድሪ ነበረት።

## ኣብራም ንሎጥ ከም ዘድሓኖ
## (ዘፍ ምዕ. 14)

ኣርባዕተ ነገስታት ካብ ምብራቕ መጺኦም ምስ ነገስታት ሰዶምን ጎሞራን ተዋግኡ። እቶም ነገስታት ሰዶምን ጎመራን ከኣ ተሳዕሩ። ሎጥን ሰቡን መጓሴኡን ድማ በቶም ኣርባዕተ ነገስታት ተማሪኾም ተወሰዱ። ሓደ ካብቶም ምሩኻት ሃዲሙ ከኣ ናብ ኣብራም መጸ። ኣብራም ነዚ ምስ ሰምዐ፣ ክዋግኡ ዝኽእሉ ዘበሉ ኩሎም ሰቡ ኣኪቡ፣ ንሎጥ ክድሕኖ ተበገሰ። ኣብቲ ውግእ ተዓዊቱ ድማ ንሎጥ ምስ ኩሎም እተማረኹ ሰቡን መጓሴኡን ኣምለሰ። ንጉስ ሰዶም፣ ናይቲ ሎጥ ዝነብረሉ ዝነበረ ቦታ ኸኣ ተቐበሎም። መልከ ጸዴቕ ንጉስ ሳሌም ካህን ናይቲ ልዑል ኣምላኽ ከኣ ንኣብርሃም እንጌራን ወይንን ኣምጽኣሉ። ንሱ ድማ ንኣብራም ባሪኹ ንኣምላኽ ስለቲ ዓ ወት ኣመስገነ። እቲ ንጉስ ሰዶም ከኣ ንኣብራም ከምዚ በሎ፣ እቶም ሰባት ሃበኒ፣ እቲ ገንዘብ ግና ንኣኻ ውሰዶ። ኣብራም ግና ከምዚ በለ፣ ንኣብራም ሃብታም ገይረዮ ከይትብል'ሲ ዝኾነ ነገር ካባኻ ከይቅበል ንእግዚኣብሄር ተመባጺዐ እየ፣ ፈትሊ ወይ'ውን ናይ ሳእኒ ስራኽ እንተ ኾነውን ኣይወስድን እየ፣ በሎ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ንሰኻ ንመስኪን ካብቲ ዝሕይሎ፣ ንመስኪንን ድኻን ካብቲ ዚብዝብዞ ዜናግፍ፣ ንኣኻ ዝመስልከ መን ኣሎ፧" መዝ 35፥10

# ኣብራም ናብቶም ከዋኽብቲ ኣቢሉ ይጥምት
## (ዘፍ ምዕ. 15)

ሓደ መዓልቲ እግዚኣብሄር ንኣብራም ብራእይ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ ኣብራም ኣይትፍራህ፡ ዋልታኻ ኣነ እየ ዓስብኻ ከብዝሐ እየ። ኣብራም ከኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር ጐይታይ ኣነ ወራስ ቤተይ ዝኸውን ውሉድ ዜብለይ እኸይድ ኣሎኹ። እንታይ'ሞ ኽትህበኒ ኢኻ፡ በለ። ኣምላኽ ግና ንዕኡ ወራሲ ዝኾኖ ወዲ ኽም ዝህቦ ነገሮ። ንግዳም ኣውጺኡ ድማ ነቲ ከዋኽብቲ ዝመልኦ ሰማይ ጠምት በሎ፡ ምቑጻሮም እትኽእል እንተ ኼይንካስ፡ ነዞም ከዋኽብቲ ቁጸሮም። ዘርእኻውን ከምኡ ክኸውን እዩ፡ ከኣ በሎ። ኣብራም ንእግዚኣብሄር ኣመኖ፡ ልቡውን ብሓጎስን ምስጋናን መልአ። እግዚኣብሄር ከኣ ከምዚ በሎ፡ እዛ ምድሪ እዚኣ ንርስቲ ኽህበካ ኢለ ኻብ ኡር ከለዳውያን ዘውጻእኩኻ ኣነ እግዚኣብሄር እየ። ንሱ ኸኣ፡ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣነ ነዚኣ ከም ዝርስተያ ብምንታይ ክፈልጥ እየ፡ በሎ። ሓደ እዋን ግና ጸሓይ ክትዓርብ ከላ ንኣብራም ከቢድ ድቃስ ወደቖ። ኣብ ጊዜ ድቃሱ ከኣ እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ንዕኡን ንስድርኡን ኣብ ዝመጽእ ዝህቦም ነገራት ብዙሕ ነገሮ።



# ኣጋር ሃደመት
## (ዘፍ ምዕ. 16)

ሳራይ ሰበይቲ ኣብራም ውሉድ ስለ ዘይነበራ ኣዝያ ትጉሂ ነበረት። ኣጋር እትበሃል ግብጻዊት ግዝእቲ ድማ ነበረታ። ሳራይ ከኣ ንኣብራም፡ እንሆ ኣነ ከይወልድ እግዚኣብሄር ከሊኡኒ እዩ፡ ምናልባሽ ብእኣ እንተ ተፋረኹ፡ በጃኻ እዛ ግዝእተይ ሰበይቲ ትኹንካ፡ በለቶ። ኣብራም ድማ ነቲ ሳራይ ዝበለቶ ተቐበሎ። ንኣጋር ድማ ወሰዳ፡ ኣጋር ድማ ጠነሰት። ከም ዝጠነሰት ምስ ረኣየት ከኣ ንእመቤታ ሳራይ ኣቃለለታ። ሽዑ ሳራይ ንኣጋር ኣዋረደታ።

ኣጋር ምስ እመቤታ ክትቕመጥ ከም ዘይትኽእል ፈሊጣ ሃደመት። ኣጋር ኣዝዩ ነዊሕ ዝኾነ መገዲ ብጊዜ ጸሓይን ንፋስን ተጓዕዘት። እንሆ ድማ ደኺማን ጸሚኣን ከላ፡ ኣብቲ በረኻ ኣብ ጥቓ ሓደ ዓይኒ ማይ መልኣኽ እግዚኣብሄር ረኸባ። ንሱ ኸኣ ከምዚ ክብል ሓተታ፡ ኣቲ ኣጋር፡ ግዝእቲ ሳራይ፡ ካበይ መጺእኪ፧ ናበይ'ከ ትኸዲ ኣሎኺ። ኣጋር ከምዚ ክትብል መለሰት፡ ኣነ ኻብ እመቤተይ ሳራይ እሃድም ኣለኹ። እቲ መልኣኽ ከኣ፡ ናብ እመቤትኪ ተመለሲ፡ ኣብ ትሕቲ ኢዳ ድማ ትሕት በሊ። ጥንስቲ ኢኺ እሞ ወዲ ኸኣ ክትወልዲ ኢኺ፡ ስሙ ድማ እስማኤል ኣውጽእሉ፡ በላ። ኣጋር ድማ ነቲ ዝተዛረባ ኣምላኽ፡ ዝርኢ ኣምላኽ ኢላ፡ ሰመየቶ። እግዚኣብሄር ንዕኣን ብዛዕባ እቲ ኣብ ማህጸና ዘሎ ድቅን ከም ዝሓሊ ተረድኣ። ሽዑ ኣጋር ከምቲ እቲ መልኣኽ ዝበላ በታ ዝመጸትላ መገዲ ናብ እምቤታ ሳራይ ተመልሰት።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ብጸበባይ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለልኩ፡ ናብ ኣምላኸይ ኣእዌኹ፡ ንድምጸይ ካብ መቕደሱ ሰምዮ፡ ኣውያተይውን ናብ ቅድሚኡ ኣብ ኣእዛኑ በጽሔ" መዝ 18፥6

## ኣጋይሽ ኣብርሃም

## (ዘፍ 18፥1-15)

ኣብራም ወዲ ተስዓን ትሽዓተን ዓመት ምስ ኮነ፡ እግዚኣብሄር ተራእዮ። ኣነ እቲ ኩሉ ዚኽእል ኣምላኽ እየ። ብትእዛዛተይ ንበር፡ ፍጹም ከኣ ኩን፡ ድማ በሎ። ኣብራም ከኣ ፍግም ኢሉ ሰገደሉ። ኣምላኽ ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ እንሆ፡ ኣነ ኪዳነይ ምሳኻ ኣቕውም ኣሎኹ፡ ንስኻ ኣቦ ብዙሓት ህዝብታት ክትከውን ኢኻ። ኣብርሃም ደኣ እምበር ደጊም ስምካ ኣብራም ኣይጸዋዕ፡ ከኣ በሎ። ኣምላኽ እዚ ኹሉ ንኣብርሃም ምስ ተዛረቦ፡ ሓዲግዎ ናብ ላዕሊ ኸደ። ኣብርሃም ብዳህሪ መዓልቲ ኣብ ኣፍደገ ድንኳኑ ተቐሚጡ ኸሎ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ድዋታት መምሬ ተገልጸሉ። ኣዒንቱ ቋሕ ኣበለ፡ እንሆ ድማ ሰለስተ ሰብኡት ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሎም ረኣየ። ካብ ኣፍ ደገ እቲ ድንኳን ከኣ ኪቕበሎም ጎየየ፡ ናብ ምድሪ ኸኣ ሰገደ። ኣብርሃም ድማ ከምዚ በለ፡ ጐይታይ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተድኣ ረኺበስ፡ በጃኻ ንባርያኻ ኣይትሕለፈኒ። ኣእጋርኩም ተሓጸቡ ሒደት ማይ ኮታ ይምጽኣልኩም፡ ኣብ ትሕቲ እዛ ኦም ድማ ዕረፉ። ብባርያኹም ኣቢልኩም ካብ እትሓልፉስ፡ ልብኹም ክትድግፉ፡ ቁራስ እንጌራ ኸምጽኣልኩም።

እቶም ኣጋይሺ ድማ ከምዚ በልዎ፡ ከምቲ ዝበልካዮ፡ ከምኡ ድማ ግበር። ኣብርሃም ቀልጢፉ ናብ ሳራ ናብ ድንኳን ኣትዩ፡ ቀልጢፍኪ ሰለስተ መስፈር ድኹም ሓርጭ ኣቀምጢዕኪ ቀጫጩ ሰንክቲ፡ በላ። ከምኡ ድማ ናብተን ኣሓኡ ጎይዩ፡ ልምሉም ጽቡቕ ብተይ ወሲዱ ነቲ ግዝኡ ቀልጢፉ ክሰርሖ ሃቦ። ኣብርሃም ነዞም ፍሉያት በጻሕቱ፡ ፍሉይ መግቢ ኣዳለወሎም።



ምስ በልዑ ከኣ ሓደ ካብቶም ኣጋይሽ ንኣብርሃም ከምዚ ክብል ሓተቶ፡ ሰበይትኻ ሳራከ ኣበይ ኣላ። ኣብርሃም ከኣ፡ ኣብ ድንኳን እንሃ፡ በለ። ሽዑ እቲ ሰብኣይ፡ ሰበይትካ ሳራ ወዲ ክህልዋ እዩ፡ በሎ። ሳራ ኸኣ ኣብ ኣፍደገ ናይቲ ድንኳን ኮይና፡ ትሰምዕ ነበረት። ድሕሪ እዚ ኹሉ ጊዜያት ሳራ ውሉድ ክህልዋ ድዩ፧ ሳራ ክትኣምን ኣይከኣለትን፡ እኳ ደኣ ኣስሓቓ። ሽሕ'ኳ ከም ዘይተወላወለት ከተምስል እንተ ፈተነት፡ ኣምላኽ ግና እንታይ ትሓስብ ከም ዝነበረት ፈለጠ። ኣምላኽ ዝመደቦ፡ ክዓግቶ ዝኽእል የለን። ስለዚ ሳራ ናታ ውላድ ክህልዋ እዩ። እቶም ሰባት ድማ ንክኸዱ ተንስኡ፡ ኣብርሃም ድማ ቁሩብ መገዲ ምስኦም ከደ። ኣብርሃም እቶም ዝመጽዎ በጻሕቲ ተራ በጻሕቲ ከም ዘይኮኑ ፈለጠ። ብርግጽ ከኣ ናይ እግዚኣብሄር ልኡኻት ኢዩ ኣኣንጊዱ።

## ልመና ኣብርሃም
## (ዘፍ 18፡16-33)

ኣብቲ እዋን፡ ኣብ ገለ ከተማታት ንኣምላኽ ዘየፍቅሩን ዘየገልግሉን ሰባት ነበሩ። ነፍስ ወከፍ ሰብ ስሱዕን ደስ ከም ዝበሎ ዝገብርን ነበረ። ገሊኦም ንጎረባብቶም ሕሱማት ነይሮም፡ ገሊኣቶም'ውን ምስ ዝረኸብዎ ሰብ ይበኣሱ ነበሩ። ሓንቲ ካብዘን ከተማታት ሎጥን ስድራቤቱን ዝነብሩላ ዝነበሩ ሶዶም ትበሃል ከተማ እያ። እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም ሰባት ተቖጢዑ ስለ ዝነበረ፡ ንከተማታቶም ብምጥፋእ ክቐጽዖም መደበ። ኣብርሃም ግና ብዛዕባ እቶም ሒደት ኣብተን ከተማታት ዝነበሩ ጻድቃን ተሻቐለ። ስለዚ ኣብርሃም

ንእግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፣ ነቲ ጻድቕ'ከ ምስቲ ረሲእ'ዶ ከተጥፍኦ ኢኻ። ምናልባሽ ኣብታ ከተማ ሓምሳ ጻድቃን ይርከቡ ይኾኑ እዮም እሞ፣ ተጥፍኦ'ምዶ፧ ምእንቲ እቶም ኣብኣ ዘለው ሓምሳ ጻድቃን ኢልካስ ነታ ከተማ ኣይትንሕፋን'ዶ፧ እቲ ፈራድ ኩላ ምድርስ ፍትሒ'ዶ ኣየውጽእን እዩ፣ ኢሉ ሓተተ። እግዚኣብሄር ከኣ፣ ኣብ ሶዶም፣ ኣብ ማእከል እታ ከተማ ሓምሳ ጻድቃን እንተ ረኺብኩስ፣ ንብዘላ እታ ቦታ ምእንታኦም ኢለ ክንሕፋ እየ፣ በለ። ሕጂ'ውን ኣብርሃም ተሻቐለ። መሊሱ ድማ፣ እንሆ ኣነ መሬትን ሓሙኹሽትን ክነሰይ ምስ ጐይታይ ክዛረብ ደፊርኩ። ምናልባሽ ካብቶም ሓምሳ ጻድቃን ሓሙሽተ ይጎድሉ ይኾኑ። ምእንቲ እቶም ኣርብዓን ሓሙሽተን ጻድቃን ኢልካኸ ነታ ከተማ ትንሕፋ'ዶ፧ ኢሉ ሓተተ። እግዚኣብሄር ከኣ፣ ኣርብዓን ሓሙሽተን እንተ ረኺብኩስ፣ ኣየጥፍኣን እየ፣ በሎ። ሕጂውን እንተኾነ ኣብርሃም ካብ ምሽቓል ኣይዓረፈን። ኣርብዓ ኣቢሎም ጥራይ እንተ ተረኺቦኸ፣ እንታይ ክትገብር ኢኻ፣ ኢሉ ሓተቶ። እግዚኣብሄር ከኣ፣ ምእንቲ እቶም ኣርብዓ ኢለ፣ ነታ ከተማ ምመሓርክዋ ነይረ፣ ኢሉ መለሰሉ። ኣብርሃም ምሽቓሉ ቀጸለ፣ ግናኸ ክሓትት ጥራይ ከም ዘለዎ ተረድአ። ስለዚ ኸኣ፣ ጐይታይ ብምዝራበይ ደኣ ኣይትኹሪ እምበር፣ ምናልባሽ ሰላሳ ይርከብዋ ይኾኑ፣ በለ። እግዚኣብሄር ከኣ፣ ሰላሳ እንተ ረኺብኩላስ፣ ኣይገብሮን ነታ ከተማ ከድሕና እየ፣ በሎ። ኣብርሃም ግና ምሕታት ደኣ ቀጸለ፣ እንሆ ምስ ጐይታይ ክዛረብ ደፊርኩ፣ ምናልባሽ ዕስራ ግዲ ይርከብዋ ይኾኑ፣ ኸኣ በለ። እግዚኣብሄር ከኣ፣ ምእንቲ እቶም ዕስራ ኣየጥፍኣን እየ፣ በሎ። ኣብርሃም ግና መሊሱ ከምዚ በለ፣ ጐይታይ፣ ሓንሳእ ጥራይ ክዛረብሲ ኣይትኹሪ ድኣ፣ ምናልባሽ ዓሰርተ ጥራይ እንተ ተረኽብዋ'ኸ። እግዚኣብሄር ከኣ ከምዚ በለ፣ ዓሰርተ ጥራይ እንተ ተረኽብዋ፣ ምእንትኦም ኢለ ኣየጥፍኣን እየ። ኣብርሃም ከኣ ልመናኡ ወዲኡ ናብ ቦታኡ ተመልሰ።

## ሶዶምን ጎሞራን
## (ዘፍ 19፥1-29)

እግዚኣብሄር ምስ ኣብርሃም ተዛሪቡ ምስ ወድአ፣ ንምሽቱ ክልተ መላእኽቲ ናብ ሶዶምን ጎሞራን መጹ። ኣብ ሶዶምን ጎሞራን ዓሰርተ ዝኾኑ ጻድቃን ኣይተረኽቡን። ሎጥ ዘመድ ኣብርሃም ግና ብጽድቂ ኣብ ሶዶም ይነብር ነበረ። ሎጥ ነቶም መላእኽቲ (ኣጋይሽ) ምስ ረኣዮም፣ ተቐቢሉ ናብ ገዝኡ ክኣትዉ ለመኖም፣ ንሳቶም ግና ኣይፋልናን፣ ኣብ ኣደባባይ እዛ ከተማ ኢና ንሓድር፣ በሉ። ሎጥ ግና ናብ ገዝኡ ክኣትዉ ግዲ በሎም እሞ ናብ ገዝኡ ኣተዉ። ሰብ ሶዶም ክፉኣት ጋሻ ምቕባል ዘይፈልጡን፣ ንጋሻ ዘየኽብሩን ነበሩ። ሎጥ ነቶም ኣጋይሽ መላእኽቲ ምዃኖም ከይፈለጠ ኣብ

ቤቱ ኣዕቍብዎም ሓደረ። እቶም ሰባት ንሎጥ ከምዚ በልዎ፡ ክፍኣት ሶዶምን ጎሞራን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዓብዩ ስለ ዝኾነ፡ እግዚኣብሄር ከነጥፍኣ ልኢኹና እዩ እሞ፡ ንሕና ከነጥፍኣ ኢና። ንሰኻ ግና ሰብኣይ ጓልካን ኣወዳትካን ኣዋልድካን ዘሎካ ኩሉ ካብዛ ከተማ ኣውጽኣዮም። ሎጥ ከኣ ነቶም ሰብኡት ኣዋልዱ፡ እግዚኣብሄር ነዛ ከተማ ኼጥፍኣ ስለ ዝኾነ ምሳይ ውጹ፡ በሎም። ንሳቶም ግና ዝዋዘ ዘሎ መሲሉ ስለ ዝተራእዮም ኣበዩ። ንጽባሒቱ ንግሆ ድማ፡ ሎጥ እንተ ደንጎየ እኳ እቶም መላእኽቲ ንሎጥ ስሒቦም ካብታ ከተማ ኣውጽእዎ። ንድሕሪት ገጹ ከይጥምትን ናብ ከረን ኣቢሉ ክድሕን ድማ ነገርዎ። ሎጥ ግና፡ ናብታ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረት ከተማ ኣቢሉ ክድሕን ደለየ፡ እቶም መላእኽቲ ድማ ቀልጢፉ ናብታ ከተማ ክኸይድ ኣዘዝዎ።

ሎጥ ካብ ሶዶምን ጎሞራን ናብታ ዞኣር እትበሃል ከተም ምስ በጽሐ፡ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ኣብ ልዕሊ ሶዶምን ጎሞራን ዲንን ሓውን ኣዝነመ። ነዘን ከተማታትን ኻኹሉ ጎልጎልን ኣብተን ከተማታት ንዚነብሩ ኹሎምን ንብቑሊ ምድርን ገልበጠ። ሰበይቲ ሎጥ ከኣ ንድሕሪት ክትርኢ ግልጽ በለት፡ ሓወልቲ ጨው ከኣ ኾነት። ሎጥ ድማ ምስ ክልቲኦን ደቁ ደሓነ። ሶዶምን ጎሞራን ኣብኣን ዝነበሩ ሰባትን ግብሮም ክፉእ ስለ ዝነበረ ግና ብሓዊ ተቓጸሉ።

## ይስሓቅን እስማኤልን
## (ዘፍ 21፡1-21)



እግዚኣብሄር ድማ፡ እቲ ንኣብርሃምን ንሳራን ዝሃቦም ተስፋ ፈጸሞ፡ ውላድ ድማ ሃቦም። ይስሓቕ ኢሎም ድማ ሰመይዎ። ድሕሪ ኣዝዩ ነዊሕ ትጽቢት ዝተረኽበ ውላድ ንዕኦም ሓበንን ፍስሃን ኮነ። ሓደ ዓቢ ምሳሕ ድማ ኣዳለው። ኩሎም ኣዕሩኽቶምን መሓዙቶምን መጺኦም ድማ ምስኦም ብምውዓል፡ ሰሰናዩ ተመነይሎም። ሳራ ድማ፡ እቲ ኣጋር ንኣብርሃም ዝወለደትሉ እስማኤል ንይስሓቕ ወዳ ከላግጸሉ ከሎ ረኣየት። ንኣብርሃም ድማ፡ ወዲ ኣጋር፡ ምስ ይስሓቅ ወደይ ኣይኪወርስን እዩ እሞ፡ ንዓኣን ንወዳን ኣሰናብቶም፡ በለቶ። ኣብርሃም

ግና፡ በዚ ነገር ኣዝዩ ጎሃየ። ኣምላኽ ድማ ንኣብርሃም፡ በዚ ወድን በዛ ባርያኻን ኣይትጕሃ፡ ብይስሓቕ እዩ ዘርኢ ዝስየመልካ እሞ፡ ንዅሉ እቲ ሳራ እትብለካ ስምዓዮ። ንወዲ ኣጋር'ውን ዘርእኻ ስለ ዝዀነ ሕዝቢ ኽገብሮ እየ፡ በሎ። ንጽባሒቱ ኸኣ ኣብርሃም ኣንጊሁ ተንሲኡ እንጌራን ሓርቢ ማይን ወሲዱ፡ ንኣጋር ሃባ፡ ኣብ መንኩባ ድማ ኣሰከማ፡ ነቲ ቆልዓ ሂቡውን ሰደዳ።

ኣጋር ንወዳ ሒዛ ኣብ በረኻ ኮብለል ትብል ነበረት። እቲ ኣብ ሓርቢ ዝነበረ ማይ ምስ ተወድአ ድማ እስማኤል ኣዝዩ ስለ ዝጸምአ ክበኪ ጀመረ። ሽዑ ኣጋር ሓንቲ ንእሽቶ መጽለሊት ገረብ ረኺባ፡ ሞት ወዳ መታን ከይትርኢ ንእስማኤል ኣብ ትሕቲ ጽላል እታ ገረብ ሓደገቶ። ኣጋር ቅሩብ ርሕቕ ኢላ ኮፍ በለት፡ ዓው ኢላ'ውን ክትበኪ ጀመረት። ኣምላኽ ግና ድምጺ እቲ ቆልዓ ሰምዐ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ንኣጋር ካብ ሰማይ ጸዊዑ፡ ኣጋር እንታይ ኢኺ ኰንኪ፧ ኣምላኽ ድምጺ እቲ ቆልዓ ኣብታ ዘለዎ ኸሎ ሰሚዕዎ እዩ እሞ፡ ኣይትፍርሂ። ነቲ ቆልዓ ዓብዩ ህዝቢ ኽገብሮ እየ እሞ፡ ተንስኢ፡ ብኢድኪ ኣልዒልኪ ደግፍዮ፡ በላ። ኣጋር ንብዓ ታ ካብ ኣዒንታ ደሪዛ ኣብ ከባቢኣ ተመልከተት፡ ሃንደበት ድማ ዔላ ማይ ኣብ ጥቕኣ ረኣየት። ከይዳ ኸኣ ሓርባ ማይ መሊኣ ነቲ ቆልዓ ኣስተየቶ። ኣምላኽ ድማ ምስ እስማኤል ነበረ፡ ንሱ ኸኣ ዓበየ። እስማኤል ኣብ ምድረ በዳ ይቕመጥ ነበረ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"... ኣነ እቲ ኹሉ ዝኽእል ኣምላኽ እየ፡ ኣብ ቅድመይ ተመላለስ፡ ፍጹም ከኣ ኹን" ዘፍ 17፡1

## ዔላ ኣብርሃም
## (ዘፍ 21፡22-31)

ኣብርሃም ናብ ደቡብ ኣቢሉ ተጓዕዘ፡ ኣብኡ ድማ ምስ ንጉስ ኣቢሜለክ ተራኸበ። ሓደ መዓልቲ እቲ ንጉስ ናብኡ መጺኡ፡ ኣምላኽ ብትገብሮ ዘበለ ኹሉ ምሳኻ እዩ። ሕጂ ኸኣ ከምቲ ኣነ ለውሃት ዝገበርኩልካ ንኣይን ነዛ ስደተኛ ዃንካ እትነብራ ዘሎኻ ምድርን፡ ከምኡ ኽትገብር እምበር፡ ንኣይን ንደቀይን ከይትጠልም ብኣምላኽ ምሓለለይ፡ በሎ። ኣብርሃም ከኣ ከምኡ ከም ዝገብር ነቲ ንጉስ መሓለሉ። ኣብርሃም ከኣ ብዛዕባ እታ ባሮት ኣቢሜለክ ብሓይሊ ዝመንጠልዎ ዔላ ማይ፡ ንንጉስ ኣቢሜለክ ወቐሶ። እቲ

ንጉስ ከኣ እታ ዔላ ናይ ኣብርሃም ምዃና ፈሊጡ ንኣብርሃም መለሰሉ። ኣብርሃም ድማ ኣባጊዕን ከብትን ወሲዱ ንኣቢሜለክ ከም ህያብ ሃቦ። ብድሕሪዚ ኣብርሃም ካብቲ መጓሰኡ ሾብዓተ ዕየት ፈለየ። ኣቢሜለክ ከኣ ንኣብርሃም፡ እዘን ንበይነን ዝፈለኻየን ሾብዓተ ዕየት እንታይ እየን፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ እዛ ዔላ እዚኣ ኣነ ኸም ዝኾዓትክዋ ምእንቲ ንኣይ ምስክር ኪኾናኒ፡ እዘን ሾብዓተ ዕየት እዚኤን ካብ ኢደይ ውሰድ፡ በለ። በዚ ተሰማሚዖም ከኣ ተፈላለዩ። ኣብርሃም ኣብ ከባቢ እታ ዔላኡ ኣግራብ ተኸለ፡ ነታ ቦታ ኸኣ ብኤር-ሽባዕ ኢሉ ሰመያ።

## ኣብርሃም ተሞከረ
## (ዘፍ 22፥1-14)

እግዚኣብሄር ንኣብርሃም፡ ኣብርሃም! ኣብርሃም! ኢሉ ጸውዖ። ንሱ ኸኣ፡ እኔኹ፡ በለ። እግዚኣብሄር ድማ፡ ኣብርሃም! ነቲ እትፈትዎ ሓደ ወድኻ ይስሓቅ ውሰድ እሞ፡ ናብ ምድሪ ሞርያ ኺድ፡ ኣብኣ ድማ ኣብ ሓደ ካብቲ ኣነ ዘርእየካ ኣኽራን ንዚሓርር መስዋእቲ ሰውኣዮ፡ በሎ። መስዋእቲ፧ ተረዲእዎ ይኸውን፧ ሓደ ሓደ እዋን ኣብርሃም ሓዊ ኣዳልዩ፡ ዕየት ወሲዱ ከም መስዋእቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓዊ የንብሮ ነበረ። እቲ መስዋእቲ ከም ህያብ ንኣምላኽ እዩ ዝነበረ። ግናኸ ብሓቂ ድዩ እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ንወዱ መስዋእቲ ገይሩ ከቕርበሉ



ሓቲትዎ፧ ብሓቂ ከምኡ እዩ። ኣብርሃም ንኣምላኽ ስለ ዘፍቅሮ ነቲ ሓደ ወዱ'ኳ ከይተረፈ ክስውኣሉ ተዳለወ። ንጽብሒቱ ድማ ኣብርሃም ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ኣድጉ ጽዒኑ፡ ክልተ ግዙኣቱን ወዱ ይስሃቅን ምስኡ ወሰደ። ንዝሓርር መስዋእቲ ዚኸውን ዕንጨይቲውን ኣዳለወ። ተንሲኡ ድማ ናብታ ኣምላኽ ዝነገሮ ቦታ ኸደ። ይስሃቕ እንታይ ከም ዝኸውን ኣይፈልጥን እዩ ነይሩ፡ እናሰሓቐን እናተዛረበን ነቦኡ ይጥምቶ ነበረ። ልቢ ኣብርሃም ግና ከቢድዎ ነይሩ። ኣብርሃም ድማ ነቶም ግዙኣቱ፡ ምስ እዛ ኣድጊ ኣብዚ ጽንሑ፡ ኣነን ይስሃቅን ግና ናብቲ ኼድና ንእግዚኣብሄር ሰጊድና ክንምለስ ኢና፡ በሎም። ኣብርሃም ድማ ነቲ ንዝሓርር መስዋእቲ ዚኸውን ዕንጨይቲ

ወሲዱ፣ ንወዱ ይስሃቅ ኣሰከሞ። ሓውን ካራን ከኣ ብኢዱ ወሰደ እሞ ክልቲኦም ድማ ብሓደ ከዱ። ክድይቡ ከለው ኸኣ ይስሓቅ፣ ኣቦየ፣ ኢሉ ተዛረቦ። ንሱ ኸኣ፣ እኔኹ ወደይ፣ በሎ። ንሱ ድማ፣ ሓውን ዕንጨይትንሲ እንሆ፣ እቲ ንዚሓርር መስዋእቲ ዚኸውን በጊዕ ደኣ ኣበይ ኣሎ፣ በሎ። ኣብርሃም ድማ፣ ወደየ እቲ ንዚሓርር መስዋእቲ ዚኸውን በጊዕሲ ኣምላኽ ንርእሱ ይሓልዮ እዩ፣ በሎ። ክልቲኦም ድማ ብሓደ ኸዱ። ናብታ ኣምላኽ ዝመደባ ቦታ ኸኣ መጹ። ኣብርሃም ድማ ኣብኣ መሰውኢ ሰርሐ፣ ዕ ንጨይቲ ኸኣ ጸፍጸፈሉ። ንወዱ ይስሃቅ ኣሲሩ ድማ ኣብቲ መሰውኢ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕንጨይቲ በጥ ኣበሎ። ግናኸ መልኣኽ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ፣ ኣብርሃም! በሎ። ኣብርሃምውን፣ እኔኹ፣ በለ። ኢድካ ኣብዚ ወዲ ኣይትዘርግሕ፣ ገለውን ኣይትግበሮ። ነዚ ሓደ ውሉድካ እኳ ካብ ዘይከላእካንስ፣ ንእግዚኣብሄር ከም እትፈርህን፣ ከም እተፍቅርን ከም ትእዘዝን ፈሊጠ ኣለኹ፣ ከኣ በሎ። ኣብርሃም ብደስታ መሊኡ ንላዕሊ ገጹ ተመልከተ፣ እንሆ ኸኣ ኣብ ድሕሪኡ ቐርኑ ብሓርግ እተታሕዘ ድዑል ረኣየ። ኣብርሃም ድማ ከይዱ፣ ነቲ ድዑል ወሲዱ፣ ኣብ ክንዲ እቲ ዘፍቅሮ ወዱ ንዚሓርር መስዋእቲ ሰውኦ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዝግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፣ ናይቲ ዘይርኤ ነገር ምርዳእ እያ" እብ 11፥1

## ኣብርሃም በዓቲ ይዕድግ
## (ዘፍ ምዕ. 23)

ሳራ ሚእትን ዕስራን ሾብዓተን ዓመት ምስ ገበረት ሞተት። ኣብርሃም ከኣ ሓዘነላን በኸየላን። ብሉጽ ቦታ ረኺቡ ድማ ክቐብራ ወሰነ። ኣብቲ ዝቕመጠሉ ዝነበረ ቦታ ንዝነብሩ ሰባት ረኺቡ ከኣ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፣ ኣነ ኣብ ማእከልኩም ጋሻን መጻእተኛን እየ፣ ስለዚ በጃኹም ስድራቤተይ ክቐብረሉ ዝኽእል ቦታ ኽትረክብ ሓግዙኒ፣ በሎም። እቶም ሰባት ከኣ ከምዚ ኢሎም መለስሉ፣ ንሸኻ ኣብ ማእከልና ክቡር ሰብኣይ ኢኻ፣ ባህ ዝበለካ ቦታ ሕረ፣ ኽኽንሕግዘካ ኸኣ ሕጉሳት ኢና በልዎ። ኣብርሃም ከኣ ተንሲኡ ነቶም ሰባት ኣመስገኖም። ንዔፍሮን፣ እታ ኣብ ደረት ግራቱ ኣብ ማክጴላ ዘላ በዓቱ ክህበኒ ለምኑለይ፤ ዝበለኒ ዋጋ ኸኣ ክኸፍሎ እየ፣ ኢሉ ተዛረቦም። ዔፍሮን ንዘረባ ኣብርሃም ሰሚዑ፣ ብቕጽበት ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፣ ኣይፋልካን ጐይታይ፣ ስምዓኒ ደኣ፣ እታ ግራት እህበካ፣ እታ ኣብኣ ዘላ

በዓቲ ድማ እህበካ፡ ደቂ ህዝበይ እናረኣዩ እህበካ ኣሎኹ፡ ሬሳኻ ቕበር፡ ኢሉ መለሰሉ። ኣብርሃም ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እታ ሃገር ሰገደ። እቶም ህዝቢ እታ ሃገር እናሰምዑ፡ ኣብርሃም ንዔፍሮን ከምዚ በሎ፡ በጃኻ ስምዓኒ፡ ዋጋ እታ ግራት ክህበካ እሞ ሰበይተይ ኣብኣ ክቐብር፡ ኢሉ ተዛረቦ። ዔፍሮን ድማ ንኣብርሃም፡ ጐይታይ ንዓይ ግዳ ስምዓኒ፡ ናይ ኣርባዕተ ሚእቲ ሲቃል ብሩር ምድሪ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን እንታይ እያ፡ ምውትካ ግዳ ቅበር፡ ኢሉ መለሰሉ። ኣብ መወዳእታ ግና ኣብርሃም ከምቲ ዝሓለኖ ገበረ። ኣርባዕተ ሚእቲ ሲቃል ብሩር መዚኑ ንዔፍሮን ሃቦ። በዚ ኸምዚ እታ ግራትን በዓትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዙርያኣ ዝነበረ ኣእዋምን ገንዘብ ኣብርሃም ኮነ። ድሕርዚ ድማ ኣብርሃም ንሰበይቱ ሳራ ኣብቲ በዓቲ ቀበራ። ከምዚ ዝበለ ቦታ ንርእሱን ንስድራቤቱን ብምዕዳጉ ኸኣ ኣሐጎሶ።

## ሰበይቲ ይስሃቅ
## (ዘፍ 24፡1-14)

ኣብርሃም ከኣ ዕድመ ዝጸገበ ኣረጊት ሰብኣይ ኮነ። ይስሓቕ ወዱ ኸኣ ጎበዝ መንእሰይ ነበረ። ስለዚ ኣብርሃም ንወዱ ሰበይቲ ከምጽኣሉ ጊዜኡ ምዃኑ ፈለጠ። ንሓደ ካብ ገላውኡ ጸዊዑ ኸኣ ብዛዕባ እቲ ዝደልዮ ኩሉ ከምዚ ኢሉ ነገሮ፡ ናብ ሃገረይን ናብ ዓሌተይን ኬድካ ንወደይ ይስሓቕ ሰበይቲ ኣምጽኣሉ፡ በሎ። እቲ ግዙእ ከኣ፡ ምናልባሽ እታ ሰበይቲ ናብዛ ሃገር ደድሕረይ ክትስዕብ እንተ ዘይፈተወትከ፡ ንወድኻ ናብታ ንሸኻ ዝወጻእካላ ሃገር'ዶ ብግዲ ኽመልሶ እየ፡ በሎ። ኣብርሃም ድማ፡ ንወደይ ናብኣ ኸይትመልሶ ተጠንቀቕ። እቲ ኻብ ቤት ኣቦይን ካብታ እተወለድኩላ ሃገርን ዘውጽኣኒ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይ፡ ንሱ ኸኣ፡ እዛ ምድሪ እዚኣ ንዘርእኻ ክህባ እየ ኢሉ እተዛረበንን፡ ዝመሓለለይን፡ ንሱ መልኣኹ ቀቅድሜኻ ኺልእኽ እዩ እሞ ካብኡ ንወደይ ሰበይቲ ኸተምጽኣሉ ኢኻ፡ በሎ።

እቲ ግዙእ ድማ ካብ ኣግማል ጐይታኡ ዓሰርተ ወሲዱ፡ ካብ ኩሉ ዘዝጸበቐ ዘበለ ናይ ጐይታኡ ሒዙ ተበገሰ። ተንሲኡ ድማ ናብ መሶጶታምያ ናብ ከተማ ናሆር ከደ። ኣጋ ምሸት፡ በታ እተን ኣዋልድ እታ ከተማ ማይ ኪቐድሓ ዚወጻላ ጊዜ ኸኣ ኣብ ወጻኢ እታ ከተማ ኣብ ጥቓ ዔላ ማይ ነተን ኣግማል ኣብረኸን። በለ ድማ፡ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ጐይታይ ኣብርሃም ሎሚ ኾታ ኣገባግበለይ፡ ንጐይታይ ኣብርሃም ከኣ ምሕረት ግበር። እንሆ ኣነ ኣብ ጥቓ እዚ ዓይኒ ማይ ደው ኢለ ኣለኹ፡ ኣዋልድ ደቂ እዛ ኸተማ ኸኣ ማይ ኪቐድሓ ይወጻ ኣለዋ። ደኹን ከኣ ማይ ክሰቲ በጃኺ ዕትሮኺ ትሕት ኣብልዮ ዝብላ ጓል ንሳ ኸኣ ስተ ነግማልካ'ውን ከስትየን እየ እትብለኒ ንሳ ንይስሓቕ ባርያኻ ዝመደብካያ ትኹን፡ ኢሉ ብትዕግስቲ ተጸበየ።

## ርብቃ ኣብ ጥቓቲ ዔላ
## (ዘፍ 24፡15-28)



ኮነ ኸኣ ርብቃ ጓል ቤቱኤል ወዲ ሚልካ ሰበይቲ ናሆር ሓው ኣብርሃም ዕትሮኣ ኣብ መንኩባ ጾይራ ወጸት። ንሳ ኣዝያ ጽብቕቲ ነበረት። እቲ ግዙእ'ውን ናብ ዓይኒ ማይ ወሪዳ ዕ ትሮኣ ክትመልእ ከላ ይዕዘባ ነበረ። ርብቃ ዕትሮኣ መሊኣ ክትከይድ ደው ምስበለት ከኣ ናብኣ ጎይዩ ኸይዱ፡ ካብ ዕትሮኺ ኮታ ሒደት ማይ ኣስትይኒ፡ ኢሉ ለመና። ንሳ ኸኣ ጐይታይ ስተ ኢላ ቐልጢፉ ዕ ትሮኣ ናብ ኢዳ ኣውሪዳ ኣስተየቶ። ምስ ኣስተየቶ ድማ፡ ነግማልካውን ክሳዕ ዚኣኽለን ኪሰትያ ኪቐድሓለን እየ፡ በለቶ። ከምዚ እንዳገበረት ከላ ድማ እቲ ግዙእ እግዚኣብሄር መገዱ ኣቃኒዕ ሉ እንተ ኾይኑ ይሓስብ ነበረ። ነተን ኣግማል ምስ ኣስተየተን፡ እቲ ግዙእ ቐለቤትን ወርቅን ናይ ኢድ ኣምባርን ኣውጺኡ ሃባ። ጓል መን ኢኺ፧ ኣብ ቤት ኣቦኺ እንሓድረሉ ስፍራ ይርከብ'ዶ፧ ኸኣ በላ። ንሳ ኸኣ ኣነ ጓል ቤቱኤል ወዲ ሚልካ ንናሆር ዝወለደትሉ እየ፡ በለቶ። ንዓኻን ነዘን ኣግማልካን ዝኸውን መሕደሪ ድማ ኣሎና፡ በለቶ። እቲ ግዙእ ድማ በዚ ኹሉ ዘጋጠሞ ንኣምላኽ ኣመስገነ። ርብቃ ድማ ጎይያ ከይዳ ነዲኣ ነገረታ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ፍቕሪ ሕውነት ትጽናዕ፡ ገሊኣቶም ከይፈለጡ ብእኡ ንመላእኽቲ ኸም ኣጋይሽ ተቐቢሎም ኣለዉ እሞ፡ ምቕባል ኣጋይሽ ኣይትረስዑ" እብ 13፡1-2

## ርብቃ ትብገስ
## (ዘፍ 24፡29-61)

ርብቃ ድማ ላባን ዝስሙ ሓው ነበራ። ላባን ከኣ ሓብቱ ርብቃ ናብ ውሽጢ ኣትያ ምስ ኣዲኣም ክትዛረብ ምስ ሰምዓ ናብቲ ግዙእ ኣብርሃም

ናብ ግዳም ኀየየ። ኣብቲ ዓይኒ ማይ ምስቶም ብጾቱን መጽዓኛኦምን ረኸቦ፡ ከምዚ ድማ በሎ፡ ኣታ ናይ እግዚኣብሄር ብሩኽ፡ ንምንታይ ኣብ ግዳም ደው ትብል፡ ቤት ኣዳልየልካ ኣሎኹ፡ ነግማልካ ኸኣ ሰፈር ኣሎ፡ በሎ። እቲ ግዙእ ኣብርሃም ምስ ብጾቱን መጽዓኛኡን ኣተወ፡ ማይ ሰትዮም ኣእጋሮም ምስ ተሓጽቡ ዝብላዕ መግቢ ተቐረበሎም። እቲ ግዙእ ኣብርሃም ግና እቲ ዘምጽኦ ጉዳይ ከይነገረ ከም ዘይበልዕ ነገሮም። ሽዑ እቲ ግዙእ ኣብርሃም እቲ ጐይታኡ ኣብርሃም ዝኣዘዞን ብዛዕባ እቲ መገዱን ሓደ ብሓደ ኣዘንተወሎም። ከምዚ ብምባል ከኣ ዘረባኡ ቀጸለ፡ ሕጂ ኸኣ ንገሩኒ፡ መገደይ ኩሉ እግዚኣብሄር ኣቃኒዑለይ ኣሎ እሞ ንርብቃ ሒዘያ ክምለስ ሕራይ ትብሉኒ ዲኹም፧ ቤቱኤልን ላባንን ድማ ከምዚ በሉ፡ እንሃ ርብቃ ኣብ ቅድሜኻ ኣላ፡ ውሰዳ እሞ ኺድ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ድማ፡ ሰበይቲ ወዲ ጐይታኻ ትኹን፡ ኢሎም መለስሉ። ኮነ ኸኣ፡ እቲ ግዙእ ኣብርሃም ዘረባኦም ምስ ሰምዔ፡ ኣብ ምድሪ ተደፊኡ ንእግዚኣብሄር ሰገደ። ድሕርዚ እቲ ግዙእ ኣቓሑ ብሩርን ኣቓሑ ወርቅን ክዳውንትን ኣውጺኡ ንርብቃ ሃባ። ንሓዋን ነዲኣን ድማ ክቡር ነገር ሃቦም። ንሱን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ብጾቱን ከኣ በሊዖም ሰትዮም ኣብኡ ሓደሩ። ንጽብሒቱ ምስ ተንስኡ ኸኣ፡ ናብ ጐይታይ ክምለስ ኣፋንውኒ፡ በለ። ሓዋን ኣዲኣን ድማ፡ እዛ ጓል ገለ ዓሰርተ መዓልቲ ምሳና ትቐኒ፡ ድሕሪኡ ትኺድ፡ በልዎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣይተደናጕዩኒ፡ እግዚኣብሄር መገደይ ኣቕኒዑለይ እዩ እሞ፡ ናብ ጐይታይ ክኸይድ ስደዱኒ፡ በሎም። ሓዋን ኣዲኣን ከኣ፡ ነታ ጓል ጸዊዕና ክንሓታ፡ በልዎ። ንርብቃ ጸዊዖም ድማ፡ ምስ እዚ ሰብኣይ'ዶ ትኸዲ፧ በልዋ። ንሳ ድማ፡ እኸይድ፡ በለት። ሽዑ ንርብቃ ሓብቶምን ንመጕዚታን ነቲ ግዙእ ኣብርሃምን ብጾቱን ኪኸዱ ሓደግዎም።

## ይስሓቅ ንርብቃ ይቕበላ
## (ዘፍ 24፥62-67)



ይስሓቅ ከኣ ኣብ ምድሪ ደቡብ ይነብር ነበረ። ይስሓቅ ድማ ኣጋ ምሸት ኣብ መሮር ኮይኑ ብሓሳቡ ኼስተንትን ወጺኡ ነበረ። ኣዒንቱ ኸኣ ቋሕ ኣበለ እሞ እንሆ ኣግማል ኪመጻ ረኣየ። ርብቃ ድማ ኣዒንታ ቛሕ ኣቢላ፡ ንይስሃቅ ምስ ረኣየቶ፡ ቀልጢፋ ኻብ ገመል ወረደት። ነቲ ግዙእ ድማ፡ እቲ ኣብ መሮር

ኪቕበለና ዚመጽእ ዘሎ እንታዋይ እዩ፡ በለቶ። እቲ ግዙእ ከኣ፡ ንሱ ጐይታይ እዩ፡ በለ። ሽዑ መጎልበቢኣ ወሲዳ ተጎልበበት። እቲ ግዙእ ድማ ዝገበሮ ኹሉ ነገር ንይስሃቅ ኣዘንተወሉ። ይስሃቕ ከኣ ንርብቃ ናብ ድንኳን ኣዲኡ ሳራ ኣእተዋ። ንርብቃ ድማ ወሰዳ እሞ ሰበይቱ ኾነት፡ ፈተዋ'ውን።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ እሞ፡ ጸጋኡ ንዘለኣለም፡ እምነቱ ኸኣ ንውሉድ ወለዶ ይነብር" መዝ 100፡5

## ያእቆብን ኤሳውን
## (ዘፍ 25፡19-34)

ይስሓቕን ርብቃን ውላድ ከይወለዱ ንነዊሕ እዋን ተጸበዩ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ማናቱ ቆልዑ ወለዱ። ኤሳውን ያእቆብን ኢሎም ድማ ሰመይዎም። ይስሃቅ ንኤሳው ይፈቱ ነበረ፡ ርብቃ ኸኣ ንያእቆብ ትፈቱ ነበረት። እቶም ቆልዑ ድማ ዓበዩ። ኤሳው ሃድን ዝፈልጥ ሰብኣይ መሮር ኮነ። ያእቆብ ከኣ ኣብ ድንኳን ዚነብር ህዱእ ሰብኣይ ኮነ። ኤሳው ካብ ማህጸን ኣዲኡ ኣቐዲሙ ስለ ዝወጸ በዃሪ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ ንበዅሪ ዝግባእ ፍሉይ ሓለፋታት ይወሃቦ ነበረ። ከምዚ ስለ ዝኾነ ድማ ያእቆብ ኩሉ ጊዜ ብኤሳው ሓው ይቐንእ ነበረ።



ሓደ መዓልቲ ያእቆብ ጸብሒ ክሰርሕ ከሎ፡ ኤሳው ደኺሙ ካብ መሮር ኣተወ። ሽዑ ኤሳው ንያእቆብ ሓዉ፡ ደኺመ እየ እሞ፡ በጃኻ ካብዚ ቀይሕ ጸብሒ ኣብልዓኒ፡ በሎ። ያእቆብ ድማ፡ ብኹርናኻ ንዓይ ትህበኒ እንተ ዄንካ፡ ካብዚ ዝሰራሕክዎ ጸብሒ ክህበካ እየ፡ በሎ። እዚ ማለት ኣብ ክንዲ ኤሳው፡ ያእቆብ ከም በዃሪ ክኾውን ማለት እዩ። ኤሳው ድማ ከምዚ በለ፡ ኣነ ብጥሜት ክመውት ኢለ ኣለኹ'ሞ እንተ ሞይተ ኸኣ ብኹርናይ እንታይ ክትጠቕመኒ እያ፡ በለ።

ያእቆብ ከኣ፡ ከም እትህበኒ መሓለለይ፡ በሎ። ኤሳው ድማ፡ ይምሕለልካ፡ ኢሉ ብዅርናኡ ሃቦ። ያእቆብ ከኣ ንኤሳው እንጌራ ጸብሒ ብርስን ገይሩ ሃቦ። ኤሳው ግና ኣዝዩ ጠምዩ ስለ ዝነበረ ብዛዕባ ምብልዑ እምበር፡ ብዛዕባ ብዅርንኡ ብዙሕ ኣይሓለየን። ብኸምዚ ከኣ ኤሳው ነቲ ክቡር ብኽርናኡ በቲ ጊዝያዊ ብልዒ ሸጦ።

## ዒላታት ይስሓቕ
## (ዘፍ 26፡1-33)

ብዘይካ እቲ ብዘመን ኣብርሃም ዝኾነ ጥሜት ብዘመን ይስሓቕውን ብዙሕ እቶት ስለ ዘየእተው ካልእ ጥሜት ኮነ። ይስሓቕ ግና ናብ ግብጺ ኣይወረደን። እግዚኣብሄር ንይስሓቕ ተራእዩ፡ ከምዚ'ውን በሎ፡ ናብ ግብጺ ኣይትውረድ፡ ኣነ ምሳኻ ክኸውንን ክባርኸካን እየ። ኣቦኻ ኣብርሃም ንቓለይ ስለ ዝተኣዘዘ እቲ ንዕኡ ዝኣተኹሉ መብጽዓ ንኣኻ ክገብረልካ እየ። እዛ ኩላ ሃገርውን ንዓኻን ንዘርእኻን ንዘለኣለም ክህባ እየ። ስለዚ ይስሓቕ ኣብ ጌራር ተቐመጠ። ሰብ ጌራር ድማ ብዛዕባ እታ ሰበይቱ ሓተትዎ፡ ትርኢታ ጽብቕቲ ስለ ዝነበረ ደቂ እታ ሃገር ንርብቃ ኪብሉ ከይቀትልዎ ሰበይተይ ኢያ ምባል ፈርሐ። ንሳ ሓብተይ እያ፡ ከኣ በሎም። ሓያሎ ወርሓት ኣብኡ ምስ ተቐመጡ ኣቢሜለክ ንጉስ ፍልስጤማውያን፡ ብመስኮት ኪጥምት እንከሎ ንይስሓቕ ምስ ርብቃ ክስሕቕን ከዕልልን ከሎ ረኣዮ፡ ሰበይቱ ክትከውን ኣለዋ ኢሉውን ሓሰበ። ብድሕርዚ ንይስሓቅ ጸዊዑ፡ እምበኣር ሰበይትካ እያ፡ ስለ ምንታይ ደኣ ሓብተይ ኢያ ዝበልካ፡ በሎ። ይስሓቕ ከምቲ ኣብርሃም ንፈርኦን ብዛዕባ ሰበይቱ ሳራ ዝመለሰሉ፡ ብሰንካ ከይመውት ኢለ እየ፡ ብምባል መለሰሉ። ንጉስ ኣቢሜለክ ከኣ ንህዝቡ ንይስሓቕን ሰበይቱን ገለ ክፉእ ከይገብርዎም ኣዘዞም። እግዚኣብሄር ድማ ንይስሓቕ ኣብታ ምድሪ እቲኣ ባረኾ። ብዙሕ እቶትውን ኣእተወ። ኣባጊዕን ከብትን ግዙኣትንውን በዝሕሉ እሞ ኣዝዩ ሃብታም ኮነ። ፍልስጤማውያን ድማ ቀንእሉ እሞ ነቲ ግዙኣት ኣቦኡ ኣብርሃም ዝኾዓትዎ ዒላታት ማይ ሓመድ መልእዎ። ንጉስ ኣቢሜለክ'ውን ንይስሓቕ ካብቲ ቦታ እንተረሓቐ ከም ዝሕሾ ሓበሮ። ይስሓቕ ከኣ ካብኡ ከይዱ ኣብ ለሰ ጌራር ተቐመጠ። ይስሓቕ ነቲ ፍልስጤማውያን ዝደበይዎ ዒላታት ኣብርሃም እንደገና መሊሱ ኰዓቶ። ስሙ ድማ በቲ ኣብርሃም ኣቡኡ ዘውጽኣሉ ሰመዮ። እንተ ኾነ ግን ሰብ ጌራር ሰዓብዎ'ሞ፡ ማይና፡ እዩ እናበሉ ንግዙኣቱ ይበኣስዎም ነበሩ። ይስሓቕ ከኣ ነቲ ዒላታት ንሰብ ጌራር ሓደገሎም፡ ካብኡ ድማ ገዓዘ፡ ካልእ ዒላውን ኰዓተ። ይስሓቅ ከኣ፡ ሕጂስ እግዚኣብሄር ኣርሒቡልና እዩ ብሰላም'ውን ክንነብር ኢና፡ በለ። ካብኡ ከኣ ናብ ብኤር-ሸባዕ ደየበ፡ ኣብኡ መሰውኢ ሰሪሑ ከኣ ንእግዚኣብሄር ኣመስገነ፡ ድንኳን ተኺሉ ኸኣ

ዒላ ኮዓተ። ኣቢሜለክ ድማ ምስ ሓለቓ ሰራዊቱ ኮይኑ ካብ ጌራር ናብ ይስሓቕ መጸ። ይስሓቅ ብምምጽኦም ብምግራም፡ ጸሊእኩምንስ ካብኻትኩም'ዶ ኣይሰጎግኩሙንን፡ ንምንታይ ደኣ ናባይ መጻእኩም፧ በለ። ንሳቶም ከኣ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ ከም ዘሎ ኣርጊጽና ርኢና ኢና እሞ፡ ምሳኻ ኪዳን ክንኣቱ ኢና ዝመጻእና። ከምቲ ንሕና ብሰላም ዝሓዝናካ፡ ገለ ክፉእ'ውን ዘይገበርናካ ንዓና ገለ ክፉእ ከይትገብረና ክንመሓሓል ኢና ዝመጻእና፡ በልዎ። ይስሓቕ ከኣ ድራር ገበረሎም፡ ምስኡ'ውን ሓደሩ። ንጽባሒቱ ንግሆ ኪዳን ተኣታተው፡ ይስሓቅ ከኣ ኣፋነዎም። በቲ መዓልቲ እቲ ግዙኣት ይስሓቕ ኣብቲ ዝኮዓትዎ ዒላ ማይ ከምዝረኸቡ ነገርዎ፡ ንሱውን ተሓጎሰ።

## ያእቆብ ንይስሓቅ ኣታለሎ
## (ዘፍ 27፡1-29)

ዓመታት ሓለፈ ይስሓቕ ከኣ ኣረገ። ኣዒንቱ'ውን ንኤሳውን ያእቆብን ደቁ ምፍልላይ ክሳብ ዝስእና ደኸማ። ሓደ መዓልቲ ይስሓቕ ኣዝዩ ደኺሙን ኣሪጉን ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ንኤሳው ነቲ ንፉዕ ሃዳናይ ጸዊዑ፡ ኣጽዋር ሃድንካ ውሰድ እሞ ንመሮር ኬድካ ስጋ ሃዲንካ ኣምጽኣለይ፡ ከይሞትኩ ምእንቲ ክምርቐካ ኣነ ዝፈትዎ ጥዑም ብልዒ ሰሪሕካ ኣምጽኣለይ፡ በሎ። ኤሳው ከምቲ ኣቡኡ ዝበሎ ክገብር ንበረኻ ከደ። ርብቃ ግና ይስሓቕ ንኤሳው ክዛረቦ ከሎ ትሰምዕ ነበረት እሞ፡ ነቲ ካብ ኤሳው ኣብሊጻ ትፈትዎ ዝነበረት ያእቆብ ወዳ ነቲ ምረቓ ክወስዶ ደለየት። ንያእቆብ ጸዊዓ ከኣ ነቲ ዝሰምዐቶ ዘረባ ኵሉ ነገረቶ። ቀጺላ ከኣ፡ ወደይ ናብተን መጓሰ ኬድካ ክልተ ጽቡቓት መሓስእ ኣምጽኣለይ። ኣነ ከኣ ንኣታተን ከምቲ ኣቦኻ ዝፈትዎ ጥዑም ብልዒ ገይረ ክሰርሓሉ እየ። ንሱ ድማ በሊዑ ቅድሚ ሞቱ ምእንቲ ኺምርቐካስ ነቦኻ ተቐርበሉ፡ በለቶ። ያእቆብ ነዲኡ ከምዚ በላ፡ ኤሳው ሓወይ ጸጓር እዩ፡ ኣነ ግና ቀርበተይ ልሙጽ እዩ። ኣቦይ ዋላ እኳ ክርእይ እንተ ዘይከኣላስ እንተ ኣረምሰሰንስ ከም ዘዐሸኽዎ ኮይነ ክርከብ፡ ነቦይ'ውን ከጉህዮ እየ። ኣዲኡ ድማ፡ ዝብለካ ጥራይ ግበር ኬድካ ነተን ማሕስእ ኣምጽኣለይ እምበር እቲ ዝመጸካ ጸገምሲ ባዕለይ ኣለኽዎ፡ በለቶ። ያእቆብ ከኣ ከይዱ ቀልጢፉ ነዲኡ ክልተ ማሕስእ ኣምጽኣላ። ርብቃ ከኣ ይስሓቅ ዝፈትዎ ጥዑም ብልዒ ኣዳለወት። ርብቃ ድማ ካብቲ ጽቡቕ ክዳውንቲ ኤሳው ንያእቆብ ከደነቶ። ኣብ ክሳዱን ኣብቲ ልሙጽ ኣእዳውን ከኣ ቀርበት እተን ማሕስእ ገበረትሉ። ሽዑ ነቲ ጥዑም ብልዕን ነቲ ዝሰንከተቶ እንጌራን ናብ ኣቡኡ ክወስድ ንያእቆብ ሃበቶ። ያእቆብ ከኣ ናብቲ ኣቦኡ ዝነበሮ ክፍሊ ብምእታው፡ ኣቦየ፡ በሎ። ይስሓቅ ድማ፡ እኔኹ ወደየ፡ መን ኢኻ ንስካ በሎ፧ ያዕቆብ ከኣ ነቡኡ፡ ኣነ ኤሳው

ሸኾርካ እየ። ከምቲ ዝበልካኒ ገይረ እነኹ፥ ተንስእ እሞ ኮፍ በል ምእንቲ ክትምርቐኒ ከኣ ካብዚ ዝሃደንክዎ ብላዕ፥ በሎ። ይስሓቕ ከኣ ንያእቆብ ወዱ፥ ወደየ ከመይ ኢልካ ክንድዚ ብቕልጡፍ ረኺብካ፧ ኢሉ ሓተቶ። ያእቆብ ድማ፥ እግዚኣብሄር ኣገባጊቡለይ፥ ኢሉ መለሰ። ይስሓቕ መሊሱ፥ ብሓቂ ንሸኻ ኤሳው ወደይ እንተ ኰንካ ከረጋግጽ ንዓ ናባይ ቅረብ እሞ ከረምስሰካ፥ በሎ። ያእቆብ ከኣ ናብ ኣቡኡ ቀረበ። ይስሓቕ ከኣ ኣረምሲሱ፥ ድምጽስ ድምጺ ያእቆብ ኣእዳው ግና ኣእዳው ኤሳው እየን፥ በለ። ስለ ዝተጠራጠረ ከኣ፥ ብሓቂ'ዶ ንሸኻ ኤሳው ወደይ ኢኻ፥ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ድማ፥ ኣነ እየ፥ በሎ። ብድሕርዚ ይስሓቅ፥ እቲ መግቢ በል ኣቕርበለይ ወይኒ'ውን ሃበኒ፥ በሎ። ያእቆብ ከኣ ኣቕረበሉ'ሞ ይስሓቕ ድማ በልዐ፥ ወይኒ'ውን ሃቦ እሞ ሰተየ። ብድሕርዚ ይስሓቕ፥ ወደየ ቀሪብካ እባ ሰዓመኒ፥ በሎ። ንሱ ድማ ቀሪቡ ሰዓሞ። ይስሓቅ፥ ያእቆብ ናይ ኤሳው ክዳን ተኸዲኑ ከም ዝነበረ ኣይፈልጥን ነበረ'ሞ ጨና ክዳኑ ኣጫንዩ፥ እንሆ መኣዛ ወደይ ከም መኣዛ እታ እግዚኣብሄር ዝባረኻ ግራት እዩ። ኣምላኽ ከኣ ጠሊ ሰማይን ሃብቲ ምድርን ብዝሒ ስርናይን ወይንን ይሃብካ። ህዝብታት ይገዝኡኻን ይስገዱልካን። ጐይታ ኣሕዋትካ ኩን። ዝምርቐካ ከኣ ምሩቕ ይኹን፥ ኢሉ መረቖ።



<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ስለዚ ተቢዕና እግዚኣብሄር ረዳእየይ እዩ እሞ ኣይክፈርህን እየ፥ ሰብከ እንታይ ከይገብረኒ፧ ንበል" እብ 13፥6

# ምረቓ ኤሳው
## (ዘፍ 27፥30-40)

ይስሓቕ ንያእቆብ መሪቑ ምስ ወድኣ፡ ያእቆብ ድማ ካብ ቅድሚ ኣቦኡ ይስሓቕ ውጽእ ምስ በለ፡ ኤሳው ካብ ሃድን ኣተወ። ንሱ'ውን ጥዑም ብልዒ ኣዳልዩ ናብ ኣቦኡ ኣምጽኡ፡ ነቦኡ ድማ፡ ኣቦየ ምእንቲ ክትምርቐንስ ተንስእ'ሞ ካብቲ ኣነ ወድኻ ዝሃደንክዎ ብላዕ፡ በሎ። ይስሓቕ ድማ፡ ንስኻ መን ኢኻ፧ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ድማ፡ ኣነ ኤሳው በዅሪ ወድኻ እየ፡ ኢሉ መለሰ። ሽዑ ይስሓቕ ኣዝዩ ኣንቀጥቀጠ እሞ፡ መን! እቲ ሃዲኑስ ዝብላዕ ዘምጽኣለይ፡ ኣነ ከኣ ገና ንስኻ ከይመጻእካ ካብ ኵሉ በሊዐ ዝመረቕክዎ ደኣ መን እዩ፧ ምሩቕ ድማ ክኸውን እዩ፡ በለ። ኤሳው እዚ ምስ ሰምዐ መሪር ብኽያት በኸየ። ኣታ ኣቦ ሓንቲ ምርቓ ጥራይ ድያ ዘላትካ፡ ንዓይ ድማ መርቐኒ እባ፡ እናበለ'ውን ነቡኡ ለመኖ። ይስሓቕ ከኣ፡ ንምርቓኻስ ሓውኻ መጺኡ ብተንኮል ወሲድዎ እዩ፡ በሎ። ኤሳው ከኣ፡ ክልተ ሳዕ ጠበረኒ ቅድም ብዅርናይ ሕጂ ከኣ እንሆ ምረቓይ ወሰደ ብቀደሙስ ስሙ'ዶ ግዳ ያእቆብ ኣይኮነን። ኣቦየ ንዓይከ'ዶ ምርቓ ኣየትረፍካለይን ኢኻ፧" በለ። ይስሓቕ ከኣ መሊሱ ንኤሳው፡ እንሆ ንሓውኻ ጐይታኻ ገበርክዎ፡ ብስርናይን ወይንን ከኣ ሃብታም ክኸውን ባረኽክዎ። ሕጂ እሞ ንዓኻ እንታይ ክገብረልካ እየ፡ በሎ። ኤሳው ከኣ እናበኸየ ነቡኡ ንክምርቖ ምልማኑ ቀጸለ። ስለዚ ይስሓቕ፡ ብሴፍካ ኽትምገብ፡ ንሓውካ ድማ ኽትግዛእ ኢኻ። ምስ ተቓወምካዮ ግና፡ ኣርዑቱ ካብ ክሳድካ ኽትሰብር ኢኻ፡ በሎ።



# ሕልሚ ያእቆብ
## (ዘፍ 27፡41 - 28፡17)

ኤሳው ንያእቆብ ሓው ኣዝዩ ጸልኦ። እንተ ኾነሉ'ውን ክቐትሎ ሓሰበ። ኣዲኦም ርብቃ ከኣ ብዛዕባ'ዚ ፈለጠት'ሞ ንያእቆብ ወዳ ጸዊዓ ነገረቶ።



ርብቃ ከኣ፡ ሕጂ ድማ ወደየ ናብ ሓወይ ላባን ናብ ካራን ኪድ፡ ኩራ ነድሪ ሓውኻ ክሳብ ዝሃድእ ነቲ ዝገበርካዮ ድማ ክሳብ ዝርስዖ ንገለ መዓልታት ምስ ላባን ተቐመጥ፡ ሽዑ ልኢኽ ካብኡ ከምጽኣካ እየ፡ በለቶ። ብድሕርዚ ርብቃ ንይስሓቅ፡ ብሰሪ ኣዋልድ እዛ ሃገር ህይወተይ ተሓለለት፡ ያዕቆብ ድማ ካብ ኣዋልድ እዛ ሃገር ሰበይቲ ክምርያ የብሉን፡ ኢላ ተዛረበቶ። ሽዑ ይስሓቅ ንያእቆብ ጸዊዑ መረቐ፡ ከምዚ ኢሉ'ውን ኣዘዞ፡ ካብ ኣዋልድ እዛ ሃገር ከይትምርያ፡ ተንሲእካ ናብ እንዳ ኣባሓጎኻ ቤቱኤል ኪድ፡ ካብኡ ከኣ ካብ ኣዋልድ ኣኮኻ ላባ ተመርያ። እግዚኣብሄር ይባርኽካ ውሉድ'ውን ይሃብካ። ያእቆብ ጉዕዞ ናብ እንዳ ኣኮኡ ላባን ጀመረ። ነዊሕ ምስ ተጓዕዘ ጸሓይ ዓሪባ ነበረት እሞ ኣብ ሓንቲ ቦታ ምስ በጽሐ ካብቲ ቦታ ሓንቲ እምኒ ወሲዱ ተተርኢስዋ ደቀሰ። ብሕልሙ ድማ ሓንቲ ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ እተብጽሕ መሳልል ረኣየ። መላእኽቲ ኣምላኽ ድማ ብእኣ ይድይቡን ይወርዱን ነበሩ። እንሆ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኣ ደው ኢሉ ከምዚ ዝስዕብ በሎ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦኻ ኣብርሃምን ኣምላኽ ይስሓቕን እየ። እዛ ንስኻ ኣብ ልዕሊኣ ደቂስካላ ዘሎኻ ምድሪ ንኣኻን ንዘርእኻን ክህባ እየ። ዘርእኻ ድማ ንምዕ ራብን ንምብራቕን ንሰሜንን ንደቡብን ኬስፋሕፍሕ እዩ። ኵሎም ዓሌታት ምድሪ ድማ ብኣኻን ብዘርእኻን ክባረኹ እዮም። እንሆ ከኣ ኣነ ምሳኻ እየ፡ እቲ ዝበልኩኻ ክሳብ ዝገብሮ ኣይክሓድገካን እየ እሞ፡ ኣብ እትኸዶ ኵሉ ክሕልወካ እየ፡ ናብዛ ምድሪ እዚኣ ድማ ክመልሰካ እየ። ያእቆብ ድማ ካብ ድቃስ ተበራበረ'ሞ ከባቢኡ እንተ ተዓዘበ እቲ መሳልልን እቶም መላእኽትን ኣብኡ ኣይነበሩን። ኣነ ደኣ ኣይፈለጥኩን እምበር ብሓቂ እግዚኣብሄር ኣብዛ ቦታ እዚኣ ኣሎ፡ ከኣ በለ። ቀጺሉ'ውን፡ እዛ ቦታ እዚኣ ቤት እግዚኣብሄር እያ፡ ደገ ሰማይ'ውን እያ፡ በለ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

**"... ተበጅየካ እየ እሞ ኣይትፍራህ፡ ብስምካ ጸዊዐኩኻ፡ ንስኻ ናተይ ኢኻ" ኢሳ 43፡1**

## ራሄል ኣብ ዒላ
## (ዘፍ 28፡18 - ዘፍ 29፡12)



ያእቆብ ድማ፡ ነታ ተተርኢሳዋ ዝሓደረ እምኒ ወሲዱ ከም ሓወልቲ ክትከውን ኣቘማ። ኣብ ርእሳ ከኣ ዘይቲ ኣፍሰሰላ፡ ቅድስቲ ቦታ ኢያ ኢሉ ከኣ ቤት-ኤል ኢሉ ሰመያ። መሊሱ ከኣ፡ እግዚኣብሄር ንስኻ ምሳይ እንተ ኾንካ፡ ኣብዛ ዝኸዳ ዘለኹ መገዲ ከኣ እንተ ሓሎኻኒ፡ ዝበልዖ እንጌራን ዝኽደኖ ክዳንን ከኣ እንተ ሃብካኒ፡ ናብ ቤት ኣቦይ'ውን ብደሓን እንተ መለስካኒ ሽዑ ንስካ ኣምላኸይ ትኸውን። እዛ ከም ሓወልቲ ገይረ ኣቘመያ ዘለኹ እምኒ ድማ ቤትካ ክትከውን እያ። ካብ እትህበኒ ኵሉ ድማ ዕሽር ክህበካ እየ" እናበለ ተመባጽዐ። ብድሕርዚ ያእቆብ መገዱ ቀጸለ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ናብ ካራን ገጹ ቀረበ። እንሆ ድማ ኣብ መሮር ሰለስተ መጓሰ ኣባጊዕ ረኣየ። ኣብኡ ድማ ዒላ ማይ ነበረ። እቶም ጓሶት ከኣ ነቲ ኣብ ኣፍ እቲ ዔላ ዝነበረ እምኒ ንክግምጥልዎ ከምቲ ልማዶም ኵሎም እቶም ዝተረፉ ጓሶት ክሳብ ዝመጹ ይጽበዩ ነበሩ። ያእቆብ ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሐ፡ ኣሕዋተይ ካበይ ኢኹም፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ካብ ካራን ኢና፡ በልዎ። ንሱ ድማ፡ ንላባን ወዲ ናሆር ትፈልጥዎ'ዶ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ እወ ንፈልጦ ኢና፡ ኢሎም መለሱሉ። ደሓን'ዶ ኣሎ፡ ከኣ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ እወ ደሓን ኣሎ፡ ራሄል ጓሉ እኳ እንሃ ምስተን ኣባጊዕ ትመጽእ ኣላ፡ በልዎ። ነቶም ጓሶት ከኣ፡ እንሆ ገና ቀትሪ እዩ ዘሎ፡ ከብቲ ዝእከባሉ ጊዜ ኣይኮነን። ነዘን ኣባጊዕ ኣስትይወን እሞ ሽዑ ኬድኩም ተብልዕወን፡ በሎም። ንሳቶም ድማ፡ ኵለን መጓሰታት ከይተኣከባ፡ እቲ እምኒ ከኣ ካብ ኣፍ እቲ ዒላ ከይተገልበጠ ከነስትየን ኣይንኽእልን ኢና፡ በልዎ። ራሄል ንባዕላ ጓሳ ስለ

ዝነበረት ያእቆብ ገና ምስቶም ጓሶት ኪዛረብ እንከሎ እንሆ ምስ ኣባጊዕ ኣቡኣ መጸት። ያእቆብ ድማ ንራሄል ጓል ኣኮኡን ነባጊዕ ኣኮኡን ምስ ረኣየ፡ ቀሪቡ ነቲ እምኒ ካብ ኣፍ እቲ ዒላ ገልበጦ። ነባጊዕ ኣኮኡ ላባን ድማ ኣስተየን። ያእቆብ ድማ ንራሄል ጓል ኣኮኡ ላባን ሰዓማ፡ ዘመድ ኣቡኣ ወዲ ርብቃ ምዃኑ'ውን ነገራ። ንሳ ከኣ ጐይያ ነቦኣ ነገረቶ።

## ያዕቆብን ራሄልን
## (ዘፍ 29፡13-30)

ላባን ወረ ያእቆብ ወዲ ሓብቱ ምስ ሰምዐ ኪቕበሎ ጐየየ፡ ሓቝፉ'ውን ሰዓሞ። ናብ ቤቱ ከኣ ኣእተዎ። ያእቆብ ከኣ እቲ ዝኾነ ነገር ኵሉ ንላባን ነገሮ። ላባን ከኣ፡ ብሓቂ ንስኻ ዓጽመ ስጋይ ኢኻ፡ በሎ። ያእቆብ ድማ ወርሒ ዝኣክል ምስ ላባን ተቐመጠ። ብዕዮን በቲ ናይ ጉስነት ነገርን ድማ ይሕግዞ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ላባን ንያእቆብ ከምዚ ክብል ሓተቶ፡ ሓወይ ክንዲ ዝኾንካ'ዶ ብኸምኡ ክትግዝኣኒ ኢኻ፧ ዓስብኻ እንታይ ምዃኑ ደኣ ንገረኒ፧ ላባን ከኣ ክልተ ኣዋልድ ነበራኦ። እታ ዓባይ ልያ ጨምጫም፡ እታ ንእሽቶ ራሄል ግና መልክዐኛ ነበራ'ሞ ያዕቆብ ከኣ፡ እታ ንእሽቶ ጓልካ ንኽትህበኒ ሸውዓተ ዓመት ክግዝኣካ፡ ኢሉ መለሰ። ላባን'ውን፡ ንኻልእ ሰብኣይ ካብ ዝህባስ ንዓኻ ምሃብ ይሓይሽ፡ ምሳይ ተቐመጥ፡ በሎ። ያእቆብ ከኣ ምእንቲ ራሄል ሸውዓተ ዓመት ተገዝኣ። ንዓኣ ይፈትዋ ስለ ዝነበረ ከኣ ከም ሒደት መዓልታት ኮይነን ተሰምዓኦ። ያእቆብ ከኣ ንላባን፡ ጊዜይ በጺሑ እዩ እሞ ክምርዓዋስ ሰበይተይ ሃበኒ፡ በሎ። ሽዑ ላባን ንኵሎም ሰብ እታ ሃገር ኣኪቡ መርዓ ገበረ፡ እንተ ኾነ ግን ንልያ ብምሃብ ንያእቆብ ኣታለሎ። ያእቆብ ነዚ ምስ ኣስተውዓለ፡ እንታይ እዩ ዝገበርካኒ፧ ምእንቲ ራሄል'ዶ ኣይኮነን ሸውዓተ ዓመት ዝተገዛእኩኻ ስለምንታይ ደኣ ጠበርካኒ፧ ኢሉ ንላባን ሓተቶ። ላባን ከኣ፡ ንእሽቶ ቅድሚ እታ ቦኽሪ ምሃብ ኣብ ሃገርና ኣይተለምደን። ስለዚ ካልእ ሸውዓተ ዓመት ስለ ራሄል ተገዝኣኒ፡ በሎ። ያእቆብ ድማ ከምኡ ገበረ። ራሄል ከኣ ሰበይቱ ክትኮኖ ተዋህበቶ። ኣዝዩ ከኣ ፈተዋ። ብድሕርዚ ያእቆብ ምስ እንዳ ላባን ነዊሕ ጸንሐ።

## ምምላስ ያእቆብ ናብ ገዝኡ
## (ዘፍ 30፡25 - 31፡55)

ዕስራ ዓመታት ምስ ላባን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ያእቆብ ናብ ቤት ኣብኡ ክምለስ ደለየ። ስለዚ፡ ናብ ቦታይን ናብ ምድረይን ክኸይድ ኣሰናብተኒ፡ ኢሉ ንላባን ሓተቶ። እንተኾነ ላባን፡ ንስኻ ምሳይ ከለኻ፡ ምእንታኻ ኢሉ፡ ኣምላኽ ባሪኹኒ እዩ እሞ፡ እናበለ ንክኸይድ ኣይፈቐደሉን። ላባን፡ ንያእቆብ

ናብ ቤተይ ክኸይድ ስለ ዝበሎ፡ ሕጉስ ኣይነበረን። ንያእቆብ'ውን ከምቲ ናይ ቀደም ጽቡቕ ጌሩ ይሕዞ ኣይነበረን። ኣምላኽ ግና ንያእቆብ፡ ኣነ ምሳኻ እየ'ሞ፡ ናብታ ዝተወለድካላ ሃገር ተመለስ፡ በሎ። ሽዑ ያእቆብ፡ ንደቁን ነንስቱን፡ ንኹሉ ንብረቱን ኵለን ጥሪቱን ሒዙ ንላባን ከይነገሮ ሞሊቑ ናብ ዓዱ ተበገሰ። ላባን ከኣ ያእቆብ ከም ዝሃደመ ምስ ፈለጠ ኣዝዩ ሓረቐ፡ ሽዑ ሰቡ ወሲዱ ደድሕሪኡ ሰዓቦ። ኣምላኽ ግን ንላባን ብሕልሚ ተራእዮ፡ ንያእቆብ ገለ ክፉእ ከይገብሮ ከኣ ኣጠንቀቖ። ኣብ መወዳእታ ላባን ንያእቆብ ኣርከቦ፡ ከምዚ እናበለ'ውን ተዛረቦ፡ እንታይ ግብሩ ኢኻ ዝገበርካ፧ ስለምንታይ ከይነገርካኒ ሞሊቕካ ሃደምካ፧ ነጊርካኒ እንተ ትኸውን ብሓጐስን ብመዝሙርን መፋኑኹኻ ነይረ። ነወዳተይን ነዋልደይን እኳ ክስዕሞም ኣይሓደግካንን። ነዚ ብዕሽነት ኢኻ ዝገበርካዮ። ክፉእ ክገብረኩም ምኸኣልኩ ነይረ። እንተ ኾነ ኣምላኽ ኣጠንቂቑኒ እዩ። ያእቆብ ድማ፡ ንላባን ኣዋልድካ ብሓይሊ ከይተግድፈኒ ስለ ዝፈራሕኩ እየ፡ ኢሉ መለሰሉ። ብድሕርዚ ላባንን ያእቆብን ኪዳን ኪተኣታተው ተሰማምዑ፡ ከም ምልክት እምኒ ኣኪቦም ከኣ ጨርሒ ጨርሑ። ነቲ ሓወልቲ ሚጽጳ ኢሎም ሰመይዎ። ትርጉሙ ከኣ፡ ንሕና ኣብ ዝተፈላለናሉ ጊዜ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎይን ኣብ መንጐኻን ይሓሉ፡ ማለት እዩ። ነቲ ሓወልቲ ሓሊፎም ንሓድሕዶም ከይጓዳድኡ'ውን ተሰማምዑ። ኵሎም ከኣ እንጌራ ብሓደ በልዑ፡ ኣብቲ ቦታ'ውን ሓደሩ። ላባን ከኣ ንጽብሒቱ ኣንጊሁ ተንስኣ፡ ንደቂ ደቁን ነዋልዱን ድማ ስዒሙ መረቖም፡ ንዓዱ'ውን ተመልሰ። ያእቆብን ኵሎም እቶም ምስኡ ዝነበሩን'ውን መገዶም ቐጸሉ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ዎ እግዚኣብሄር ኣብ ድንኳንካ ዝሓድር መን እዩ፧ ኣብቲ ከረን ቅድስናኻ ዝነብርከ መን እዩ፧ እቲ ብቕንዕና ዝመላለስን ጽድቂ ዝገብርን ብልቡ ሓቂ ዝዛረብን"
መዝ 15፥1-2

## ሓድሽ ስም ያእቆብ
## (ዘፍ ምዕ. 32)

ያእቆብ ከኣ መገዱ ቀጸለ፡ መላእኽቲ እግዚኣብሄር ድማ ይረድእዎ ነበሩ። ያእቆብ ብዛዕባ ኤሳው ሓዉን እቲ ኣብ መወዳእታ ክፈላለዩ ከለዉ ዝነበረ ኵነታትን ክሓስብ ጀመረ። ቀቅድሚኡ ልኡኻት ሰዲዱ ንኤሳው ሓው ይመጽእ ከም ዘሎ ክሕብሮ'ውን ወሰነ። ከምዚ ኢሎም ክነግርዎ ድማ

ኣዘዞም፡ “ምስ ላባን ነበርኩ፡ ክሳብ ሕጂ'ውን ተቐመጥኩ። ኣብዑርን ጠለበጊዕን ኣእዱግን ገላውን ኣግራድን ኣለውኒ። ኣብ ቅድሜኻ ሞጐስ ምእንቲ ክረክብ ድማ፡ ንዓኻ ንጐይታይ ክነግሩኻ ለኣኽኩ”። እቶም ልኡኻት ድማ ናብ ያእቆብ ተመሊሶም፡ ናብ ሓውኻ ኤሳው በጺሕና፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ሰብ ሒዙ ኪቀባበለካ ድማ ይመጽእ ኣሎ፡ በልዎ። ሽዑ ያእቆብ ኣዝዩ ፈርሀ ተጨነቐ'ውን። ኪወቕዑኒ እዮም ዝመጹ ዘለው ኢሉ ብምሕሳብ'ውን፡ ምስኡ ንዝነበሩ ሰብን ጠለበጊዕን ኣሓን ኣግማልን ኣብ ክልተ ጋንታ መቐለ፡ ኤሳው መጺኡ ነቲ ሓደ ጋንታ እንተ ወቕዖ፡ እቲ ዝተረፈ ጋንታ ይድሕን፡ ኢሉ ከኣ ሓሰበ።

ያእቆብ ድማ፡ ኦ ኣምላኸይ በጃኻ ካብ ኢድ ኤሳው ሓወይ ኣድሕነኒ፡ ኢሉ ጸለየ። ያእቆብ በታ ለይቲ እቲኣ ኣብኡ ሓደረ። ካብቲ ዘለዎ ኣባጊዕ፡ ኣጣል፡ ኣሓ፡ ኣግማልን፡ ከብትን ኣእዱግን ከኣ ንሓው ኤሳው ህያብ ኣዳለወ። በብመጋርያ ከፋፊሉ ንግዙኣቱ ሀቦም። ቀቅድመይ ሕለፉ ከኣ በሎም። ከምዚ ኢሉ ድማ ኣዘዞም፡ ሓወይ ኤሳው ምስ ተጓነፈኩም እሞ ናይ መን ኢኹም፡ ናበይ ትኸዱ ኣለኹም፡ እዘን ቀቕድሜኹም ዘለዋ'ኸ ናይ መን እየን፧ ኢሉ እንተ ሓተተኩም፡ ናይ ግልያኻ ያእቆብ፡ ንጐይታይ ኤሳው ገጽ በረኸት ዝሰደደን ኢየን። ንሱ ድማ እንሆ ብድሕሬና ኣሎ በሉ፡ በሎም። በዚ ቀቅድመይ ዝኸይድ ዘሎ ገጽ በረኸት ከዝሕሎ እየ፡ ብድሕሪኡ ከኣ ገጹ ክርኢ፡ ምናልባሽ ብጽቡቕ ይቕበለኒ ይኸውን፡ ኢሉ ሓሰበ። በዚ ከምዚ እቲ ገጽ በረኸት ቀቅድሚኡ ሓለፈ፡ ንሱ ግና በታ ለይቲ እቲኣ ኣብቲ ሰፈር ሓደረ። በታ ለይቲ እቲኣ ከኣ ያእቆብ ተንሲኡ ክልቲኣን ኣንስቱን ደቁን ግዙኣቱን ንሩባ ኣሳገሮም፡ ንሱ ግና በይኑ ተረፈ። ብሕልሚ ከኣ ሓደ ሰብኣይ ክሳብ ዝወግሕ ተቓለሶ፡ ኣብ መወዳእታ'ውን ምሕኩልቲ ያእቆብ መለቐት። እቲ ኪቓለሶ ዝሓደረ ሰብኣይ



ከኣ፡ መን እዩ ስምካ፧ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ከኣ፡ “ያእቆብ” ኢሉ መለሰሉ። እቲ ሰብኣይ ከኣ፡ ድሕሪ ሕጂ እስራኤል ደኣ እምበር ያእቆብ ተባሂልካ ኣይክትጽዋዕን ኢኻ፡ በሎ። ትርጉም እዚ ሓድሽ ስሙ ከኣ፡ ምስ እግዚኣብሄር ዝቃለስ፡ ማለት እዩ። ያእቆብ ድማ፡ በጃኻ ስምካ ንገረኒ፡ ኢሉ ሓተቶ። እቲ

ሰብኣይ ድማ፡ ስለምንታይ ስመይ ትሓተኒ፧” በሎ። ኣብኡ ድማ ባረኾ። ያእቆብ ከኣ ምስ እግዚኣብሄር ኪዘራረብ ከም ዝጸንሐ ኣስተውዓለ። ዋላ እኳ ኣብቲ ቃልሲ ብርቱዕ ምንባሩ እንተ ፈለጠ፡ ኣብ ሓይሊ እግዚኣብሄር እምበር ኣብ ሓይሉ ኣይተወከለን። ንኣምላኽ ገጽ ንገጽ ርእየዮ እየ እሞ ህይወተይ'ውን ድሒና እያ፡ ከኣ በለ።

## ኤሳው ንያእቆብ ከም ዝረኸቦ
## (ዘፍ 33፥1-16)

ያእቆብ ድማ ዓይኑ ቛሕ ኣበለ፡ እንሆ ድማ፡ ዓብይ ጭፍራ ህዝቢ ናብኡ ገጹ ክመጽእ ረኣየ። ኤሳውን እቶም ሒዘዮም ክመጽእ እየ ዝበሎም ኣርባዕተ ሚእቲ ሰብን ምዃኖም ከኣ ኣስተውዓለ። ነቶም ደቁን ኣንስቱን ግዙኣቱን ከኣ ንድሕነቶም ጉጅለታት ከቓ፡ሙ ነገሮም። እተን ግዙኣትን ደቀንን ቅድሚት፡ ንልያን ንደቃን ድማ ደድሕሪኣን፡ ንራሄልን ዮሴፍ ወዳን ከኣ፡ ንዕኡ ክቡራት ስለ ዝነበሩ ኣብ ድሕሪት ገበሮም። ያእቆብ ከኣ ቅድሚኦም ሓሊፉ፡ ናብ ሓው ክሳዕ ዝበጽሕ ሸውዓተ ሳዕ ናብ ምድሪ ሰገደ። ኤሳው ድማ ክቕበሎ ጎየየ፡ ሓቚፉ ከኣ ክሳዱ ሓኒቑ ሰዓሞ፡ ክልቲኦም ከኣ ብሓጕስ በኸዩ። ኩራኦም'ውን ተረስዐ። ኤሳው ከኣ ኣንስትን ቆልዑን ምስ ረኣየ፡ እዞም ምሳኻ ዘለው ደኣ እንታዎት እዮም፧ ኢሉ ሓተቶ። ያእቆብ ድማ “እዚኣቶም እግዚኣብሄር ንባርያኻ ዝሃቦ ደቒ እዮም” ኢሉ መለሰሉ።



ሽዑ እተን ግዙኣት ምስ ደቀን ቀሪበን ሰገዳሉ። ልያን ደቃን ከኣ ቀሪቦም ሰገዱሉ። ድሕሪኡ ድማ እቶም ያእቆብ ኣዝዩ ዝፈትዎም፡ ራሄልን ዮሴፍን ቀሪቦም ሰገድሉ። ኤሳው መሊሱ፡ እቲ ኹሉ ኣቐዲሙ ዝተጓነፈኒ መጓሴታት እንታይ እዩ፧ ንምንታይ ዝኸውን'ከ እዩ፧ ኢሉ ሓተቶ። ያእቆብ ከኣ፡ ንሳተን'ሲ ናተይ ህያብ ንዓኻ እየን፡ ኡሉ መለሰሉ። ኤሳው ግና ኣይደለየን። “ሓወየ ዝኣክል ኣሎኒ፡ ናትካስ ንዓኻ ደኣ ይኹን” በሎ። ያእቆብ ድማ፡ ኣይፋልካን፡ ዳግማይ ብምርእኣይና ስለ ዝተሓጎስኩ እየ፡ ኣምላኽ ከኣ ባሪኹኒ፡ ብኹሉ ኣህብቲሙኒ እዩ እሞ፡ እቲ ዝሰደድኩልካ ገጸ በረኸተይ ተቐበል ደኣ፡ ኢሉ ግዲ በሎ። ኤሳው ከኣ ወሰዶ። ብድሕርዚ ንቕሎ ኮነ። ያእቆብ ከኣ ንኤሳው፡ ኣነ ዕሸላትን ዝጠብዋ ጠለበጊዕን ኣሓን

ኣለዋኒ እሞ፡ ንዓኣተን መታን ከይህውኽን ቀስ ኢለ ክስዕበኩም እየ፡ በሎ። ኤሳው ድማ፡ እምበኣርሲ ካብዚ ምሳይ ዘሎ ህዝቢ ክሓድገልካ፡ በሎ። ያእቆብ ግና ከም ዘየድሊ ነገሮ'ሞ ቀስ እናበለ መገዱ ቀጸለ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ንሰብ በደሎም እንተ ሓድግክምሎም፡ ንኣኻትኩም ድማ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ኪሓድገልኩም እዩ" ማቴ 6፡10

## ደቂ ያእቆብ
## (ዘፍ 49፡3-28)

ኣወዳት ያእቆብ ከኣ ዓሰርተው ክልተ ነበሩ። ኣስማቶም ድማ እዚ እዩ፡ ሮቤል እቲ በኽሪ፡ ስምኦንን ሌዊን፡ ይሁዳ ከም ኣንበሳ ተባዕን ሓያልን፡ ዛብሎን እቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝቕመጥ፡ ይሳኮር መንኩቡ ንምስካም ዘትሕት ጻዕራም ግዙእ፡ ዳን ንህዝቡ ክዳኒ ዝተዳለወ፡ ጋድ ንጸላእቱ ዝስዕር፡ ኣሴር ካብ ኩሉ ዘዝበለጸ ዘለዎ፡ ንፍታሌም ጥዑም ቃልን ጥበብን ዝህብ፡ ዮሴፍ ኣብ ጥቓ ዓይኒ ማይ ዘላ ፈራዩት ጨንፈር፡ ኣምላኽ ሓያልን ስልጡንን ገይሩ ዘቐሞ፡ ብንያም ዘራፊ ተኹላ፡ ነቲ ዝዘረፎ ከኣ ዘማቕል።

## ሕልሚ ዮሴፍ
## (ዘፍ 37፡1-22)



ያእቆብ ድማ ኣብታ ኣቡኡ ተሰዲድዋ ዝነበረ ምድሪ፡ ኣብ ምድሪ ከንኣን ተቐመጠ። ዮሴፍ ወዲ ዓሰርተው ሸብዓተ ዓመት ምስ ኮነ ምስ ኣሕዋቱ ጤለ በጊዕ ኣቡኡ ይጓሲ ነበረ። እስራኤል ንዮሴፍ፡ ወዲ እርግናኡ ነበረ እሞ፡ ሓለፋ ኩሎም ደቁ ይፈትዎ ነበረ። ወለል ዝብል ቀምሽ ከኣ ገበረሉ። እቶም ኣሕዋቱ፡ ኣቦኦም ሓለፋ ኩላቶም ኣሕዋቱ ከም ዝፈትዎ ርእዮም ጸልእዎ፡ ብሰላም ክዛረብዎ ድማ ኣይከኣሉን። ዮሴፍ ከኣ ሕልሚ ሓለመ ነሕዋቱ ድማ ነገሮም። መሊሶም ከኣ ኣዝዮም ጸልእዎ። ንሱ ድማ ዝሓለምክዎ ሕልሚ እሞ ስምዑ፡ "እንሆ፡ ንሕና ኣብ ማእከል ግራት

እንዳእቲ ንኣስር ነበርና። እንሆ ኸኣ፡ እንዳእተይ ተንሲአ ትኽ በለት። እንሆ ድማ እንዳእትኹም ንእንዳእተይ ከቢበን ሰገዳላ" በሎም። ሽዑ ኣሕዋተ፥ "እሞ ብሓቂ'ዶ ኣብ ልዕሌና ኽትነግስ፡ ብሓቂ'ዶ ክትገዝኣና ኢኻ፧" በልዎ። መሊሶም ከኣ ብዛዕባ ሕልምታቱን ዘረባኡን ኣዝዮም ጸልእዎ። ዮሴፍ ድማ መሊሱ ካልእ ሕልሚ ሓለመ፡ ነሕዋቱ ከኣ ነገሮም፡ "እንሆ ካልእ ሕልሚ ሓለምኩ፡ እንሆ ድማ ጸሓይን ወርሕን ዓሰርተው ሓደ ከዋኽብትን ሰገዱለይ" በለ። ነቡኡን ነሕዋቱን ድማ ነገሮም፡ ኣቦኡ ኸኣ ገንሖ፡ "እዚ ዝሓለምካዮ እንታይ ሕልሙ እዩ፧ ብሓቂ'ዶ ኣነን ኣዴኻን ኣሕዋትካን መጺእና ኣብ ምድሪ ክንሰግደልካ ኢና፧" በሎ። ኣሕዋቱ ከኣ ቀንኡሉ። ኣቦኡ ግና ነዚ ነገር'ዚ ኣብ ልቡ ይዓቑሮ ነበረ።

ኣሕዋቱ ድማ ጤለበጊዕ ኣቦኦም ኪጓስዩ ናብ ሴኬም ከዱ። እስራኤል ከኣ ንዮሴፍ፡ ኣሕዋትካ ደኣ ኣብ ሴኬም'ዶ ይጓስዩ ኣየለውን፧ ንዓ ናባታቶም ክሰድካ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ እነኹ፡ በሎ። ኪድ እሞ፡ እቶም ኣሕዋትካ ደሓን እንተለው፡ እተን ጤለበጊዕ'ውን ደሓን እንተለዋ ርኤ፡ ቃል ድማ ምለሰለይ፡ በሎ። ኣብቲ መሮር ሃለው ኪብል ከኣ፡ እንሆ ንሓደ ሰብኣይ ረኸቦ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ንዮሴፍ፡ እንታይ ትደሊ ኣሎኻ፧ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ከኣ፡ ኣሕዋተይ እደሊ ኣለኹ፡ ኣበይ ከም ዝጓስዩ ኰታ ንገረኒ፡ በሎ። እቲ ሰብኣይ ከኣ፡ ናብ ዶታን ንኺድ፡ ክብሉ ሰሚዐዮም ነበርኩ እሞ ካብዚ ለቒቖም እዮም፡ በሎ። ዮሴፍ ድማ ደድሕሪ ኣሕዋቱ ከይዱ፡ ኣብ ዶታን ረኸቦም። ካብ ርሑቕ ድማ ርኣይዎ፡ ገና ናብኦም ከይቀረበ ከኣ ኪቐትልዎ ተታናኸሎሉ። ንሓድሕዶም ድማ፡ እቲ ሓላሚ እንሆ፡ ይመጽእ ኣሎ፡ ሕጂ ከኣ ንዑ ንቕተሎ፡ ኣብ ሓንቲ ካብዘን ጐደጕዲ ንደርብዮ እሞ፡ ሕሱም ኣራዊት በሊዕዎ፡ ንበል። እቲ ሕልምታቱ እንታይ ከም ዝኸውን ድማ ንርኢ፡ ተበሃሃሉ። ሮቤል ከኣ እዚ ሰሚዑ፡ ካብ ኢዶም ኣድሓኖ፡ "ነፍሲ ኣይንቕተል" ድማ በለ። ሮቤል ከኣ ካብ ኢዶም ኣድሒኑ ናብ ኣብኡ ምእንቲ ኪመልሶ ኢሉ፡ ብኢድ እኳ ኣይትተንክይዎ፡ ኣብዚ በረኻ ኣብ ዘሎ ጕድጓድ ደርብይዎ እምበር፡ ደምሲ ኣይትኽዓው፡ በሎም።

## ዮሴፍ ንግብጺ ከም እተወስደ
## (ዘፍ 37፥23-35)

ኰነ ኸኣ፡ ዮሴፍ ናብ ኣሕዋቱ ምስ መጸ፡ ነቲ ተኸዲንዎ ዝነበረ ቐምሹ፡ እቲ ወለል ዝብል ቀምሹ፡ ቀንጠጥዎ። ወሲዶም ድማ ናብ ጉድጓድ ደርበይዎ። እቲ ጉድጓድ ከኣ ማይ ዜብሉ ጥራዩ ነበረ። እንጌራ ኪበልዑ ድማ ተቐመጡ። ኣዒንቶም ቋሕ እንተበሉ ከኣ እንሆ እስማዔላውያን ቃፍላይ ኣግማሎም ሽቱን ቀመምን ከርበን ተጽዒነን ናብ ግብጺ ኬውርድዎ

ኪኸዱ፡ ካብ ጊልዓድ ኪመጹ ረአዩ። ይሁዳ ድማ ነሕዋቱ፡ ሓውና ቐቲልና ደሙ እንተ ሓባእናስ፡ እንታይ ኪንጥቀም ኢና፧ ንዑ ግዳ ኣብዞም እስማዔላውያን ንሽጦ፡ ሓውናን ስጋናን እዩ እሞ፡ ኢድና ኣብ ልዕሊኡ ኣይትኹን፡ በሎም። ኣሕዋቱ ድማ ሰምዕዎ። እቶም ነጋዶ ሚድያናውያን ኪሓልፉ ከለው፡ ንዮሴፍ ኣልዒሎም፡ ካብ ጉድጓድ ኣውጽእዎ እሞ፡ ንዮሴፍ ብዕስራ ሲቃል ብሩር ኣብ እስማዔላውያን ሸጥዎ። ንሳቶም ከኣ ንዮሴፍ ናብ ግብጺ ወሰድዎ።



ሮቤል ድማ ናብቲ ጉድጓድ ተመልሰ፡ እንሆ ከኣ፡ ዮሴፍ ኣብቲ ጉድጓድ ኣይነበረን። ሽዑ ክዳኑ ቐደደ። ናብ ኣሕዋቱ ተመሊሱ ድማ፡ እቲ ቘልዓ የሎን፡ ኣነ ድኣ ናበይ ኪኸይድ እየ፧ በለ። ቀምሽ ዮሴፍ ወሲዶም ከኣ ወጠጠ ሓሪዶም ነቲ ቐምሽ ኣብ ደም ጠለቕዎ። ነቲ ወለል ዝብል ቐምሽ ወሲዶም ከኣ ናብ ኣቦኦም ኣእተውዎ፧ እዚ ረኺብና እሞ ቐምሽ ወድኻ እንተ ኾይኑ ወይ እንተ ዘይኰይኑ፡ እስኪ ኣለልዮ፡ ድማ በሉ።  ኣለለይዎ ከኣ፡ እዚ ቐምሽ ወደይ እዩ፡ ሕሱም ኣራዊት በሊዕዎ፡ ዮሴፍ ብርግጽ ተበሊዑ፡ በለ። ያእቆብ ድማ ክዳኑ ቐዲዱ ኣብ ሕቝኡ ማቕ ተዐጥቀ፡ ብዛዕባ ወዱ ብዙሕ መዓልቲ ሓዘነ። ኵሎም ኣወዳቱን ኵለን ኣዋልዱን ድማ ከጸናንዕዎ ተንስኡ። ንሱ ግና ምጽንናዕ ኣበየ። ብሓዘን ናይ ወደይ ናብ ሽኦል ኪወርድ እየ፡ ድማ በለ። ኣቦኡ ከኣ በኸየሉ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ከምቲ ሰባት ክገብርልኩም እትደልይዎ፡ ንሰኻትኩም ከኣ ከምኡ ግበርሎም" ሉቃ 6፡31

# ዮሴፍ ኣብ ግብጺ
## (ዘፍ 39፥1 - ዘፍ 40፥15)

እቶም ሚድያናውያን ድማ ንዮሴፍ ናብ ግብጺ፣ ናብ ጶጢፋር፣ በዓል መዋእል ፈርኦን፣ ሓለቓ ዘብዐኛታት ሸጥዎ። እግዚኣብሄር ምስ ዮሴፍ ነበረ እሞ፣ ንሱ ዕዮኡ ዝቐንዓሉ ሰብኣይ ነበረ። ጐይታኡ ኸኣ እግዚኣብሄር ምስኡ ከም ዘሎን ንሱ ዝገብሮ ኵሉ ድማ እግዚኣብሄር ኣብ ኢዱ ከም ዘቕንዓሉን ረኣየ። ዮሴፍ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ሞገስ ረኸበ፣ የገልግሎ'ውን ነበረ። ኣዛዝ ቤቱ ገበሮ፣ ዘለዎ ኵሉ ኸኣ፣ ኣብ ኢዱ ሃቦ። ኰነ ከኣ ኣብ ቤቱን ኣብ ኵሉ ጥሪቱን ካብ ዝሸሞ ጊዜ ጀሚሩ፣ እግዚኣብሄር ምእንቲ ዮሴፍ ኢሉ ንቤት እቲ ግብጻዊ ባረኻ። ዮሴፍ ከኣ መልክዔኛ፣ ትርኢቱ ከኣ ጽቡቕ ነበረ። ስለዚ ከኣ፣ ንዮሴፍ ሰበይቲ ጐይትኡ ዓይና ኣውደቐትሉ እሞ፣ ምሳይ ደቅስ፣ በለቶ። ንሱ ድማ እናኣበየ፣ ንሰበይቲ ጐይትኡ፣ እንሆ፣ ጐይታይ ኣብ ቤቱ ምሳይ እንታይ ከም ዘሎ ኣይፈልጥን እዩ፣ ዘለዎ ኹሉ ድማ ኣብ ኢደይ ሂቡኒ እዩ። ኣብዛ ቤት እዚኣ ካባይ ዝስልጥን የልቦን፣ ሰበይቱ ኢኺ እሞ፣ ብጀካኽስ ገለ እኳ ኣይከለኣንን። ከመይ ገይረኸ እዚ ዓ ብዩ ክፍኣትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ሓጢኣትን ክገብር እኽእል፣ በላ። መዓልቲ ንመዓልቲ ድማ ከምዚ ትብሉ ነበረት፣ ንሱ ግን ኣይሰምዓን ነበረ። ኰነ ኸኣ ሓደ መዓልቲ፣ ዮሴፍ ዕዮኡ እናገበረ ከሎ፣ ካልእ ሰብ ኣብ ዘይነበረሉ ጊዜ፣ ናብቲ ንሱ ዝነበሮ ቤት ኣትየ፣ ብኽዳኑ ቀጥ ኣቢላ ሒዛ፣ ምሳይ ደቅስ፣ በለቶ። ንሱ ግና ክዳኑ ኣብ ኢዳ ሓዲግላ፣ ሀዲሙ ንግዳም ወጸ። ንሳ ድማ ክዳኑ ኣብ ኢዳ ኸም ዝሐደገን ንግዳም ከም ዝሀደመን ምስ ረኣየት፣ ንስድራቤታ ጸዊዓ፣ ረኣዩ፣ ዮሴፍ እቲ እብራዊ ሰብኣይ ኪሰሓቐለይ ናባይ ኣተወ። ኰነ ኸኣ፣ ቃለይ ዓው ኣቢለ ምስ ኣእወኹ፣ ክዳኑ ሓዲጉለይ ንግዳም ሃደመ። ኰነ ኸኣ፣ ጐይታኡ እታ ሰበይቱ፣ ባርያኻ ከምዚ ነገርዚ ገበረኒ፣ ኢላ ዝነገረቶ ዘረባ ምስ ሰምዐ፣ ኵራኡ ነደደ። ጐይታ ዮሴፍ ድማ ወሲዱ ናብታ ቤት ማእሰርቲ፣ እቶም እሱራት ንጉስ ዝእሰሩላ ቦታ ኣእተዎ።

ድሕር'ዚ ከኣ ኾነ፣ ናይ ንጉስ ግብጺ ኣሰላፊ ሜሱን ሰንካት እንጌራኡን ንጐይታኦም ንጉስ በደሉ። እቲ ንጉስ ድማ ተቐጠዔ። ናብ ቤት ሓለቓ ዘብዔኛታት ኪሕለው፣ ናብታ ዮሴፍ ተኣሲሩላ ዝነበረ ቦታ፣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም። እቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተኣሲሮም ዝነበሩ ኣሰላፍ ሜስን ሰንካቲ እንጌራኡን ንንጉስ ግብጺ ክልቲኦም ብሓንቲ ለይቲ በበይኑ ዝምፍታሑ ሔሕልሞም ሓለሙ። ዮሴፍ ንግሆ ናባታቶም ኣትዩ፣ ጉህዮም ምስ ረኣዮም፣ እንታይ ኴንኩም ኢኹም ሎሚ ገጽኩም ጸሊምኩም ዘሎኹም፧ ኢሉ ሓተቶም። ሕልሚ ሓሊምና እሞ፣ ዝፈትሖ ድማ የልቦን፣ በልዎ።

ዮሴፍ ድማ፡ እቲ ምፍታሕ ናይ እግዚኣብሄር'ዶ ኣይኮነን፧ እስኪ ሕልምኹም ንገሩኒ፡ በሎም። እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስ ከኣ ሕልሙ ንዮሴፍ ነገሮ። እንሆ ብሕልመይ ኣብ ቅድመይ ኦም ወይኒ ርኤኹ። ኣብታ ኦም ወይኒ ድማ ሰለስተ ጨናፍር ነበረ፡ ክጥጥዕ ከሎ ኸኣ ዐምበበ፡ እቲ ዘለላኡ ድማ ብሱል ዘቢብ ሃበ። ጽዋእ ፈርኦን ድማ ኣብ ኢደይ ነበረት፡ ነቲ ዘቢብ ወሲደ ናብ ጽዋእ ፈርኦን ጸሞቕክዎ፡ እታ ጽዋእ ድማ ንፈርኦን ኣብ ኢዱ ሃብክዎ። ዮሴፍ ከኣ በሎ፡ ምፍታሑ እዚ እዩ፡ እቲ ሰለስተ ጨንፈር ሰለስተ መዓልቲ እዩ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ፈርኦን ንርእሸኻ ክብ ከብል ናብ ሽመት ቀደምካ'ውን ኪመልሰካ እዩ። ከምቲ ናይ ቀደም ኣሰላፊኡ ከሎኻ ዝነበረ ስርዓት ከኣ፡ ጽዋእ ፈርኦን ኣብ ኢዱ ክትህቦ ኢኻ። ምስ ዝቐንዓካ ድማ ዘክረኒ፡ በጃኻ፡ ምሕረት ግበረለይ፡ ንፈርኦን ከኣ ንገረለይ እሞ ካብዛ ቤት እዚኣ ኣውጽኣኒ። ኣነ ካብ ምድሪ እብራውያን ብስርቂ እተጨወኹ እየ እሞ፡ ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ ዜእቱ ገላ'ኳ ኣይገበርኩን።



## ሕልሚ እቲ ሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራ
## (ዘፍ 40፥16-23)

እቲ ሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራ ከኣ ጽቡቕ ከም ዝፈትሖ ምስ ረኣየ፡ ንዮሴፍ፡ ኣነ ድማ ብሕልመይ እንሆ፡ ሰለስተ መሶብ ጻዕዳ እንጌራ ኣብ ርእሰይ ነበረ። ኣብቲ ላዕላይ መሶብ ከኣ ካብ ኵሉ ዓይነት ብልዒ ፈርኦን ስሩሕ እንጌራ ነበረ። ካብቲ ኣብ ርእሰይ ዘሎ መሶብ ድማ ኣዕዋፍ ካብኡ ይበልዓ ነበራ፡ በሎ። ዮሴፍ ከኣ፡ ምፍታሑ እዚ እዩ፡ እቲ ሰለስተ መሶብ ሰለስተ መዓልቲ እዩ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ፈርኦን ርእሽኻ ካባኻ

ኪወስድ፣ ኣብ ዕንጨይቲ ድማ ኪሰቕለካ እዩ። ስጋኻ ድማ ካብኻ ኣዕዋፍ ኪበልዓኦ እየን፣ በሎ። ኰነ ድማ፣ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ፣ ንፈርኦን መዓልቲ ልደቱ ነበረ እሞ፣ ንኹሎም ገላውኡ ምሳሕ ገበረሎም። ሽዑ ንርእሲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስን ሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራን ኣብ ማእከል ገላውኡ ክብ ኣበለ። ነቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስ ናብ ኣሰላፍነቱ መለሶ፣ ንሱ ድማ እቲ ጽዋእ ኣብ ኢዱ ሃቦ። ነቲ ሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራ ግና፣ ከምቲ ዮሴፍ ዝፈትሓሉ ሰቐሎ። እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስ ግና ንዮሴፍ ረስዖ እምበር፣ ኣይዘከሮን።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ትእዛዛትካ ሓልየ እየ እሞ፣ ሓለፋ እቶም ሽማግሌታት ኣእምሮ ኣሎኒ" መዝ 119፣100

## ሕልሚ ፈርኦን
## (ዘፍ 41፣1-37)



ኰነ ድማ፣ ድሕሪ ክልተ ዓመት ፈርኦን ሓለመ። እንሆ ከኣ ኣብ ገምገም ርባ ደው ኢሉ ነበረ። እንሆ ድማ፣ ሾብዓተ ንምርኣየን ጽቡቓት፣ ስጋአን ከኣ ስቡሓት ኣሓ ካብቲ ርባ ወጺአን ኣብቲ ሰልሰላ ኪበልዓ ረኣየ። ደድሕሪኤን ድማ እንሆ፣ ካልኦት ሾብዓተ ንምርኣየን ክፉኣት፣ ስጋኤን ከኣ ዓባሩ ኣሓ ካብቲ ርባ ወጺኤን ኣብ ጥቓ እንተ ቀዳሞት ኣብ ገምገም ርባ ደው በላ። እተን ንምርኣየን ክፉኣት፣ ስጋኤን ከኣ ዓባሩ ኣሓ ነተን

ሸውዓተ ንምርኣየን ጽቡቓትን ስቡሓትን ኣሓ ወሓጥኤን። ፈርኦን'ውን ተበራበረ። እንደገነ ደቀሰ እሞ ካልኣይ ሳዕ'ውን ሓለመ። እንሆ ከኣ ኣብ ሓንቲ ብርዒ ሸብዓተ ጽቡቓትን ፍሩያትን ሰዊት ወጸ። ድሕሪኤን ከኣ፣ እንሆ ሸብዓተ ቀጠንቲ ብንፋስ ምብራቕ ዝሃሙኻ ሰዊት ወጸ። እተን ቀጠንቲ ሰዊት ድማ ነተን ሸብዓተ ፍሩያት ምሉኣትን ሰዊት ወሓጥኣን። ፈርኦን ድማ ተበራበረ፣ እንሆ ድማ፣ ሕልሚ ነበረ። ኰነ ድማ፣ ምስ ወግሐ፣ ኣዕለበጠ፣ ሽዑ ልኢኹ ንዅሎም ጠቢባን ግብጽን ንዅሎም ፈላጣትን ጸውዖም። ፈርኦን ከኣ ሕልሙ ነገሮም። ንፈርኦን ዝፈትሓሉ ድማ ኣይነበረን። ሽዑ እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስ ንፈርኦን ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፣ ኣነ ሎሚ ሓጢኣተይ ዘከርኩ። ፈርኦን ብገላውኡ ተቘጢዑ፣ ንኣይን ንሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራን ከኣ ናብ ቤት ሓለቓ ዘብዔኛታት ኣእተወና። ኣነን ንሱን ብሓንቲ ለይቲ በበይኑ ዝምፍታሑ ሕልሚ ሓለምና። ኣብኡ ከኣ እብራዊ ጎበዝ፣ ባርያ ሓለቓ ዘብዔኛታት፣ ምሳና ነበረ እሞ ንእኡ ነገርናዮ። ንሱ ከኣ ሕልምታትና ፈትሓልና፣ ንነፍስ-ወከፍ ከከም ሕልሙ ፈትሑ። ኰነ ከኣ፣ ከምቲ ዝፈትሓልና ከምኡ ኾነ። ንኣይ ናብ ኣሰላፍነተይ መለሰኒ፣ ነቲ ኸኣ ሰቐሎ። ሽዑ ፈርኦን ልኢኹ ንዮሴፍ ጸውዖ። ቀልጢፎም ከኣ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣውጽእዎ። ንሱ ከኣ ተላጽዩ ክዳኑ ለዊጡ ኣብ ፈርኦን ኣተወ።

ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፣ ሕልሚ ሓሊመ ዝፈትሖ ድማ የለን። ኣነ ሕልሚ ምስ ሰማዕካ ከም እትፈትሖ፣ ብዛዕባኻ ኪዛረቡ ሰሚዐ፣ በሎ። ዮሴፍ ድማ ንፈርኦን፣ እዚ ካባይ ኣይኮነን፣ ኣምላኽ ደኣ ንፈርኦን ነገር ሰላም ኪመልሰሉ እዩ፣ ኢሉ መለሰ። ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ ተዛረቦ፣ እንሆ፣ ኣነ ብሕልመይ ኣብ ገምገም ርባ ደው ኢለ ነበርኩ። እንሆ ሸብዓተ ስቡሓትን መልክዔን ከኣ ጽቡቓትን ኣሓ፣ ካብቲ ርባ ደይበን፣ ኣብ ሰልሰላ ይበልዓ ነበራ። እንሆ ድማ፣ ደድሕሬኤን ካልኦት ሸውዓተ፣ ከማታተን ዝምኽፍኣን ኣብ ኵላ ሃገር ግብጺ እኳ ዘይሬኤኹ፣ ዝማሰናን ትርኢተን ኣዝየን ክፉኣትን ዓባሩን ኣሓ ወጸ። እተን ዓባሩን ክፉኣትን ኣሓ ድማ ነተን ቀዳሞት ሸብዓተ ስቡሓት ኣሓ ወሓጥኤን፣ ኣብ ከብደን ድማ ኣተዋ። ኣብ ከብደን ከም ዚኣተዋ ከኣ ኣይተፈልጠን፣ ትርኢተን ከም ቀደመን ክፉኣት ነበራ። ተበራበርኩ ድማ፣ ኢሉ ነቲ ብዛዕባ ሸውዓተ ፍሩያትን ጽቡቓትን ሰዊት ከምኡ'ውን ዓሸልን ቀጠንትን ሰዊት ዝሓለሞ ተመሳሳሊ ሕልሚ ነገሮ። እዚ ንጠቢባን ነጊሩ ዝፈትሓሉ ከም ዝሰኣነ'ውን ነገሮ። ዮሴፍ ድማ ንፈርኦን በሎ፣ ሕልሚ ፈርኦን ሓደ እዩ። ኣምላኽ ክገብሮ ዘለዎ ንፈርኦን ኣግሃደሉ። እተን ሸብዓ ተ ጽቡቓት ኣሓን ሸብዓተ ፍሩያትን ጽቡቓትን ሰዊትን ሸብዓተ ዓመታት ጽጋብ እየን። እተን ድሕሬኣን ዝመጻ ሸብዓተ ዓባሩን መልክዔን ክፉኣት ኣሓን እተን ሸብዓተ ብንፋስ ምብራቕ ዝሃነኻ ሰዊትን ሸብዓተ ዓመታት ጥሜት እየን። ብእኤን እቲ ኵሉ ጽጋብ ግብጺ ኪርሳዕ እዩ። እቲ ጥሜት

ኸኣ ነታ ሃገር ኪውድኣ እዩ። ንሱ ኣዝዩ ኪብርትዕ እዩ እሞ፡ ካብቲ ድሕሪት ዝኸውን ጥሜት እተላዕለ፡ እቲ ኣብታ ሃገር ዝነበረ ጽጋብ ኣይዝከርን፡ በሎ። ዮሴፍ ድማ ወሲኹ ከምዚ በሎ፡ "ሕጂ ድማ ፈርኦን ኣስተውዓልን ለባምን ሰብኣይ ይድለ እሞ፡ ኣብ ምድሪ ግብጺ ይሸሞ። ፈርኦን ድማ በተን ሾብዓተ ዓመታት ጽጋብ ካብ ፍርያት ምድሪ ግብጺ ሓምሳይ ኣፍ ዘውጽኡ ኣዘዝቲ ኣብ ሃገር ይሽም። ናይዘን ዝመጻ ዘለዋ ዓ መታት ጽጋብ ዝብላዕ ዝኾነ ኵሉ ይኣክቡ። እቲ እኽሊ ድማ ንቐለብ ኪኸውን ኣብ ትሕቲ ኢድ ፈርኦን ኣብ ከተማታት ይደለብ፡ ይሓልውዎ ኸኣ። እቲ እኽሊ ድማ ኣብ ምድሪ ግብጺ ዝመጻ ሾብዓተ ዓመታት ጥሜት ነታ ሃገር ኪኸውን ይተዓቘር፡ እታ ሃገር ከኣ ብጥሜት ኣይትጠፍእን። እዚ ነገር እዚ ድማ ኣብ ቅድሚ ፈርኦንን ኣብ ቅድሚ ኵሎም ገላውኡን ጽቡቕ ኰነ።

## ዮሴፍ ከም ዝተሸመ
## (ዘፍ 41፡38-57)



ፈርኦን ድማ ንገላውኡ፡ ከምዚ ዝበለ መንፈስ ኣምላኽ ዘለዎ ሰብኣይ ደኾን ንረክብ፧ በሎም። ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፡ ኣምላኽ እዚ ኹሉ ንኣኻ ካብ ኣፍለጠካ፡ ከማኻ ዝበለ ኣስተውዓልን ፈላጥን የልቦን። ንስኻ ኣብ ልዕሊ ቤተይ ኩን፡ ኵሉ ህዝበይ ንኣኻ ይተኣዘዝ፡ ኣነ ብዝፋነይ ጥራይ እየ ካባኻ ዝዓቢ፡ በሎ። ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፡ ርአ፡ ኣብ ልዕሊ ኵላ ሃገር ግብጺ ሸይመካ ኣለኹ፡ በሎ። ፈርኦን ድማ ቀለቤቱ ካብ ኢዱ ኣውጺኡ ናብ ኢድ ዮሴፍ ገበረሉ ሻሽውን ከደኖ፡ ኣብ ክሳዱ ከኣ ድሪ ወርቂ ገበረሉ። ናብ ካልኣይቲ ሰረገላኡ ድማ ኣወጥሖ፡ ቀቅድሚኡ ድማ፡ ስገድ፡ ኢሎም ጨደሩ። ኣብ ልዕሊ ኵላ ሃገር ግብጺ ከኣ ሸሞ።

ኣብ ሃገር ግብጺ ድማ፡ ከምቲ ዮሴፍ ንፈርኦን ዝበሎ ኰነ። እታ ምድሪ ድማ በተን ሸውዓተ ዓመት ጽጋብ ብዙሕ ምህርቲ ሃበት። ኣብ ምድሪ

ግብጺ ዝነበረ ኵሉ ናይተን ሸውዓተ ዓመት እኽሊ ድማ ኣከበ። እቲ እኽሊ ከኣ ኣብ ከተማታት ደለቦ። እተን ኣብ ምድሪ ግብጺ ዝነበራ ሸውዓተ ዓመት ጽጋብ ከኣ ሓለፋ። ከምቲ ዮሴፍ ዝበሎ ድማ፣ እተን ሸውዓተ ዓመት ጥሜት ኪኣትዋ ጀመራ። ኣብ ኲለን ሃገራት ከኣ ጥሜት ኰነ። ኣብ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ግና እንጌራ ነበረ። ኵላ ሃገር ግብጺ ምስ ጠመየት ከኣ፣ እቲ ህዝቢ ብዛዕባ እንጌራ ናብ ፈርኦን ጠርዐ። ፈርኦን ከኣ ንኹሎም ግብጻውያን፣ ናብ ዮሴፍ ኪዱ እሞ፣ ንሱ ዝበለኩም ግበሩ፣ በሎም። ኣብ ልዕሊ ኵላ ምድሪ ድማ ጥሜት ኰነ። ዮሴፍ ከኣ ኵሉ ቆፎ ከፊቱ ንግብጻውያን እኽሊ ሸጠሎም። እቲ ጥሜት ከኣ ኣብ ግብጺ እናበርትዔ ኸደ። እቲ ጥሜት ኣብ ኵላ ምድሪ እናበርትዔ ኸደ እሞ፣ ካብ ኲለን ሃገራት እኽሊ ኪሽምቱ፣ ናብ ዮሴፍ ናብ ግብጺ ይመጹ ነበሩ።

## ምምጻእ የሕዋት ዮሴፍ ናብ ግብጺ
## (ዘፍ 42፣1-26)



ያእቆብ ድማ ኣብ ግብጺ እኽሊ ከም ዘሎ ሰምዐ እሞ፣ ያእቆብ ንደቁ፣ ስለምንታይ ነሓድሕድኩም እትረኣኣዩ፣ በሎም። እንሆ እኽሊ ኣብ ግብጺ ከም ዝርከብ ሰሚዐ ኣለኹ እሞ፣ ክንድሕን ከይንመውት ከኣ ናብኣ ወሪድኩም፣ ካብኣ ሸምቱልና፣ በሎም። እቶም ዓሰርተ ኣሕዋት ዮሴፍ ከኣ እኽሊ ኪሽምቱ፣ ናብ ግብጺ ወረዱ። ንብንያም ሓው ዮሴፍ ግና፣ ገለ ድንገት ከይረኽቦ ኢሉ ያእቆብ ምስ ኣሕዋቱ ኣይሰደዶን። ኣብ ምድሪ ከንኣን ጥሜት ነበረ እሞ፣ ደቂ እስራኤል ኣብ መንጎ እቶም ዝመጹ ኮይኖም እኽሊ ኪሽምቱ መጹ። ነታ ሃገር ዝእዝዛ ድማ ዮሴፍ ነበረ፣ ንኵሉ

ህዝቢ እታ ሃገር እኽሊ ዝሸምትውን ንሱ ነበረ። ኣሕዋት ዮሴፍ ድማ መጹ። ኣብ ቅድሚኡ ብገጾም ኣብ ምድሪ ተደፍኡ። ዮሴፍ ከኣ ነሕዋቱ ርእዩ ኣለለዮም፡ ንርእሱ ግና ጓና ኣምሰለሎም። ኣበርቲዑ ድማ፡ ተዛረቦም፡ ካበይ ዝመጻእኩም ኢኹም፤ ድማ በሎም። ካብ ምድሪ ከንኣን እኽሊ ኪንሸምት መጻእና፡ በልዎ። ዮሴፍ ድማ ነሕዋቱ ኣለለዮም፡ ንሳቶም ግና ኣየለለይዎን። ዮሴፍ ድማ ነቲ ብዛዕባኦም ሓሊምዎ ዝነበረ ሕልሚ ዘከረ፡ ንሽኻትኩም እዛ ሃገር ቃልዕ ምዃና ክትርእዩ ዝመጻእኩም ሰለይቲ ኢኹም፡ በሎም። ንሳቶም መለሱሉ፡ ኣይፋልናን ጐይታይ፡ ገላውኻስ ቀለብ ኪሸምቱ ድኣ መጹ፡ ድማ በልዎ። ንሕና ኵልና ደቂ ሓደ ሰብኣይ ኢና፡ ገላውኻ ሰለይቲ ኣይኮንናን። ንሱ ድማ፡ ኣይፋልኩምን፡ እዛ ሃገር ቃልዕ ምዃና ክትስልዩ ዝመጻእኩም ኢኹም፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ንሕና ገላውኻ ኣብ ምድሪ ከንኣን ዓሰርተው ክልተ ኣሕዋት፡ ደቂ ሓደ ሰብኣይ ኢና። እንሆ ከኣ እቲ ንእሽቶ ሎሚ ምስ ኣቦና ኣሎ፡ እቲ ሓደ ከኣ የሎን፡ በሉ። ዮሴፍ ድማ በሎም፡ እቲ ሰለይቲ ኢኹም ኢለ ዝበልኩኹም ንሱ እዩ። በዚ ክትፍተኑ ኢኹም። እቲ ንእሽቶ ሓውኹም ከይመጸ፡ ካብዚ ኽይትወጹ፡ ህይወት ፈርኦን እዩ። ሓደ ካባኻትኩም ንሓውኹም ዘምጽእ ስደዱ፡ ንሽኻትኩም ድማ ሓቂ እንተለኩም፡ ዘረባኹም ክፍተን፡ ክትእሰሩ ኢኹም። እንተ ዘይኮነስ፡ ብህይወት ፈርኦን ሰለይቲ ኢኹም። ብሓደ ገይሩ፡ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሓለዎም። ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ ዮሴፍ በሎም፡ ኣነ ንኣምላኽ እፈርህ እየ እሞ፡ እዚ ግበሩ ትነብሩ ድማ። ቅኑዓት እንተ ኾንኩም'ሲ፡ ሓደ ሓውኹም ኣብታ ተኣሲርኩምላ ዝነበርኩም ቤት ይተኣሰር። ንሽኻትኩም ድማ ኪድኩም፡ እቲ ንጥሜት ኣባይትኹም ዝኸውን እኽሊ ኣብጽሑ። እቲ ንእሽቶ ሓውኩም ድማ ናባይ ኣምጽእዎ፡ ኣቲ ቓልኩም ከኣ ሓቂ ምዃኑ ይእመን፡ ኣይትሞቱን ድማ፡ ከምኡ ድማ ገበሩ። ንሓድሕዶም ከኣ፡ ብሓቂ ኣብ ሓውና በደልና፡ እቲ ምሕረት ኪልምነና ከሎ ጸበባ ነፍሱ እናረኣና ኣይሰማዕናዮን፡ ብሰሪ እዚ ኸኣ መከራ በጽሓና፡ ተበሃሃሉ። ሮቤል ከኣ፡ ኣብዚ ቆልዓ እዚ ኣይትበድሉ፡ ኢለ'ዶ ኣይበልኩኹምን፡ ንሽኻትኩም ግና ኣይሰማዕኩምንን። ስለዚ ድማ እንሆ፡ ደሙ ይድለ ኣሎ፡ ኢሉ መለሰሎም። ኣስተርጓሚ ኣብ መንጎኦም ነበረ እሞ፡ ንሳቶም ዮሴፍ ከም ዝሰምዖም ኣይፈለጡን ነበሩ። ካባታቶም ኣግሊሱ ከኣ በኸየ፡ ናባታቶም ተመሊሱ ከኣ ተዛረቦም፡ ንስምኦን ከኣ ካባታቶም ወሲዱ ኣብ ቅድሚኦም ኣሰሮ። ዮሴፍ ከኣ ነቲ ዓያብቶም እኽሊ ኪመልኣሎም እቲ ገንዘቦም ከኣ ኣብ ዐዓያብቶም ኪመልስሎም፡ ንመገዲ'ውን ስንቂ ክህብዎም ኣዘዘ። ከምኡ ኸኣ ገበሩሎም። እቲ እኽሊ ኣብ ኣእዱጎም ጽዒኖም ከኣ ካብኡ ኸዱ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፡ ኣብ መገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፡ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቅመጥ፡ ብሕጊ እግዚኣብሄር ድኣ ዝፍሳህ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዝመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ" መዝ 1፥1-2

# ኣብቲ ዓያብቲ ኣሕዋት ዮሴፍ
## (ዘፍ 42፥27 - ዘፍ 43፥14)

ኣብ መሕደሪ ከኣ ሓደ ካባታቶም ንኣድጉ ድርቈ ኪህብ፡ ዓይበቱ ከፈተ፡ እቲ ገንዘቡ ከኣ ኣብ ኣፍ ዓይበቱ ረኣየ። ነሕዋቱ ከኣ፡ እቲ ገንዘበይ ተመሊሱ፡ እንሆ ኣብ ዓይበተይ፡ በሎም። ልቦም መሊቑዎም ራዕራዕ እናበሉ፡ ንሓድሕዶም፡ እዚ ኣምላኽ ገይሩልና ዘሎ እንታይ እዩ፧ ተበሃሃሉ። ናብ ኣቦኦም ያእቆብ ድማ ናብ ምድሪ ከንኣን መጹ፡ ዝበጽሖም ኵሉ ከኣ ከምዚ ኢሎም ነገርዎ፡ "እቲ ሰብኣይ፡ ጐይታ እታ ሃገር፡ ኣበርቲዑ ተዛራበ፡ ከም ሰለይቲ እታ ሃገር ከኣ ገበረና። ንሕና ሰለይቲ ኣይኮንናን፡ ቅኑዓት ሰብ ኢና። ንሕና ዓሰርተው ክልተ ኣሕዋት ደቂ ኣቦና ኢና፡ እቲ ሓደ የሎን፡ እቲ ንእሽቶ ድማ ሎሚ ምስ ኣቦና ኣብ ምድሪ ከንኣን ኣሎ" በልናዮ። እቲ ብድሕሪኡ ንብንያም ከምጽእዎ ዝበሎምን፡ ንስምኦን ኣብ ግብጺ ከም ዝኣሰሮን ነገርዎ።

ኰነ ከኣ፡ ዓያብቶም ምስ ኣዕረቑ፡ እንሆ ንነፍሲ ወከፍ እቲ ጥቕላል ገንዘቡ ኣብ ዐዓይበቱ ነበረ። ንሳቶምን ኣቡኦምን እቲ ጥቕላል ገንዘብ ምስ ረኣዩ ሰምበዱ። ኣቦኦም ያእቆብ ድማ፡ "ውሉድ ዜልቦ ገበርኩሙኒ። ዮሴፍ የሎን፡ ስምኦን ከኣ የሎን። ንብንያም'ዶ ድማ ኪትወስድዎ ኢኹም፧ እዚ ኹሉ ኣባይ ኮይኑ ኣሎ፡ በሎም።

ሮቤል ከኣ ነቦኡ፡ ኣብ ኢደይ ሕድሪ ሃበኒ፡ ኣነ ድማ ናባኻ ኪመልሶ፡ እንተድኣ ዘየምጻእክዎ፡ ኽልቲኦም ደቀይ ቅተል፡ በሎ። ያእቆብ ግና ፈርሀ፡ ንብንያም ድማ ምስዳድ ኣበየ። እቲ ጥሜት ከኣ ኣብታ ሃገር በርትዔ። ኰነ ድማ፡ እቲ ካብ ግብጺ ዘምጽእዎ እኽሊ በሊዖም ምስ ወድኡ ኣቦኦም፡ ተመሊስኩም ሒደት እኽሊ ሽምቱልና፡ በሎም። ይሁዳ ከኣ፡ እቲ ሰብኣይ ኣሕሚሙ ሓውኹም ምሳኹም እንተ ዘየሎ ገጸይ ኣይትርእዩን ኢኹም፡ በለና። ንሓውና ምሳና ትሰዶ እንተ ኴንካ፡ ወሪድና እኽሊ ክንሽምተልካ ኢና፡ በሎ። እስራኤል ከኣ፡ ስለምንታይ ነቲ ሰብኣይ ገና

ሓደ ሓው ኣለና ኢልኩም ብምንጋርኩም ኣኽፋእኩምለይ፧ በለ። ንሳቶም ከኣ፡ እቲ ሰብኣይ፡ ካልእ ሓውኹ ኣለኩም'ዶ፡ ኢሉ ኣጸቢቑ ሓተተና፡ ንሕና ከኣ ከምቲ ዘረባኡ ነገርናዮ። ንሓውኹም ኣውርድዎ ከም ዝበለና'ዶ ፈሊጥና ኔርና፡ በሉ። ይሁዳ ድማ ንእስራኤል ኣቦኡ፡ ንሕናን ንሸኻን ህጻናትናን ክንነብር እምበር፡ ከይንመውት፡ ተንሲእና ኪንከይድ'ሲ፡ ነዚ መንእሰይ ምሳይ ስደዶ። ኣነ እወሓሶ፡ ካብ ኢደይ ድለዮ። ናብኻ ኣምጺአ ኣብ ቅድሜኻ ደው እንተ ዘየበልክዎ፡ ብሾሉ ዘመን ንኣኻ ሓጢኣት ከም ዝገበርኩ እኹን። ክሳዕ ሕጂ እንተ ዘይድንጒስ፡ ኤረ ካልኣይ እዋን እኳ ተመሊስና ምሃሎና ኔርና፡ በሎ። ሽዑ ኣቦኦም እስራኤል፡ እዚ እንተ ድኣ ኾይኑስ ከምዚ ግበሩ፡ ካብ ፍረ እዛ ምድሪ ጸጽቡቑ ኣብ ዓያብትኹም ውሰዱ፡ ነቲ ሰብኣይ ዝኸውን ገጽ በረኸት፡ ሒደት ቀመም፡ ሒደት መዓር፡ ሽቱን ካዕካዕን ከርበን ለውዝን ተማልኡሉ። ገንዘብ ድማ ካዕበት ጌርኩም ኣብ ኢድኩም ውሰዱ፡ እቲ ኣብ ኣፍ ዓያብትኹም እተመልሰ ገንዘብ ከኣ፡ ምናልባሽ ናይ ጌጋ ከይከውን፡ ብኢድኩም ምለስዎ። ንሓውኹም'ውን ውሰድዎ፡ ተንሲእኩም ከኣ ናብቲ ሰብኣይ ተመለሱ። ነቲ ሓደ ሓውኹምን ንብንያምን ምሳኻትኩም ምእንቲ ኪሰዶም፡ እቲ ኵሉ ዝኽእል ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ እቲ ሰብኣይ ምሕረት ይሀብኩም። ኣነ ውሉድ እንተ ሰኣንኩ፡ ውሉድ እስኣን፡ በሎም።

## ዮሴፍን ብንያምን
## (ዘፍ 43፡15 - 44፡3)

እቶም ደቂ እስራኤል ድማ ነቲ ገጸ በረኸት ወሰዱ፡ ዕጽፊ ገንዘብ ከኣ ኣብ ኢዶም፡ ንብንያም'ውን ሒዞም ተንስኡ፡ ናብ ግብጺ ወሪዶም ድማ ኣብ ቅድሚ ዮሴፍ ደው በሉ። ዮሴፍ ከኣ ንብንያም ምሳታቶም ምስ ረኣዮ ንኣዛዝ ቤቱ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ቐትሪ ምሳይ ኪምስሑ እዮም እሞ፡ ነዞም ሰባት ናብ ቤተይ ኣእትዎም፡ ሕሩድ ሓሪድካ'ውን ኣዳሉ፡ በሎ። እቲ ሰብኣይ ድማ ከምቲ ዮሴፍ ዝበሎ ገበረ፡ እቲ ሰብኣይ ከኣ ነቶም ሰባት ናብ ቤት ዮሴፍ ኣእተዎም። እቶም ሰባት ድማ ናብ ቤት ዮሴፍ ስለ ዘእተዎም ፈርሁ፡ ብዛዕባ እቲ በታ ቐዳመይቲ ጊዜ ኣብ ዓያብትና እተመልሰ ገንዘብ እዩ ንኣና ናብዚ ዘእተወና፡ ጎይዩ ሓደጋ ኪወድቀና እሞ፡ ባሮቱ ክንከውን፡ ንኣናን ነእዱግናን ኪወስድ እዩ ከኣ በሉ። ናብቲ ሰብኣይ፡ ኣዛዝ ቤት ዮሴፍ፡ ቀሪቦም ድማ ኣብ ደገ ቤት ምስኡ ተዛረቡ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ዓያብቶም ዝረኸብዎ ገንዘቦም ድማ ነገርዎ። ንሱ ድማ፡ ኣጆኹም ኣይትፍርሁ፡ ኣብ ዓያብትኹም መዝገብ ዝሃበኩምሲ፡ ኣምላኽ ኣቦታትኩም እዩ፡ በሎም። ንስምኦን ከኣ ናባታቶም ኣውጽኦ። እቲ ሰብኣይ

ነቶም ሰባት ናብ ቤት ዮሴፍ ኣእትዩ ኣእጋሮም ኪሕጸቡ ማይ ሃቦም፡ ነእዱጎም ድማ ድርቋ ሃበን።

ኣብኡ ከም ዝምስሑ ሰሚዖም ነበሩ እሞ፡ ዮሴፍ ቀትሪ ክሳዕ ዝመጽእ ነቲ ገጸ በረኸት ኣዳለውዎ። ዮሴፍ ናብ ቤት ምስ መጸ፡ ነቲ ኣብ ኢዶም ዝነበረ ገጸ በረኸት ናብ ቤት ኣምጽኡሉ፡ ኣብ ምድሪ ተደፊኦም ከኣ ሰገዱሉ። ንሱ ድማ ብዛዕባ ጥዕናኦም ሓተቶም። እቲ ብዛዕብኡ እተዛረብኩምኒ ኣረጊት ኣቦኹም'ከ ደሓን'ዶ ኣሎ፧ ጌና'ዶ ብህይወት ኣሎ፧ ከኣ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ኣቦና ጊልያኻ ደሓን እዩ፡ ብህይወት ኣሎ፡ በሉ። ዓይኑ ቋሕ ኣቢሉ ንብንያም ሓው ወዲ ኣዲኡ ርእዩ ድማ፡ እዝስ እቲ ብዛዕብኡ እተዛረብኩምኒ ንእሽቶ ሓውኹም ድዩ፧ በሎም። ወደየ እግዚኣብሄር ሞገስ ይሃብካ! ድማ በሎ።

ዮሴፍ ድማ ብዛዕባ ሓው ኣምዑቱ ትኹስኵስ ኢልዎ ተሃወኸ፡ ዝበኽየሉ ስፍራ ደልዩ ናብ ሕልፍኙ ኣትዩ በኸየ። ገጹ ተሓጺቡ ወጸ፡ ልቡ ቀጥ ኣቢሉ ከኣ እንጌራ ኣቕርቡ፡ በለ። ዮሴፍ ድማ ንኣዛዚ ቤቱ እኽሊ ኪመልኣሎምን ገንዘቦም ከኣ ኣብ ኣፍ ዓያብቶም ኪገብረሎም ነገሮ። ኣብ ናይ ብንያም ግና ናይ ዮሴፍ ጽዋእ ብሩርን እኽልን ኪገብረሉ ኣዘዞ። ንግሆ ምስ በርሀ፡ እቶም ሰባት ዓያብቶም ጸዓኑ፡ ንስምኦንን ብንያምን ሒዞም ድማ ንዓዶም ከዱ።

| ዝጽናዕ ጥቕሲ |
| --- |
| "መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም" |
| ማቴ 5፡7 |

## ምኽሪ ዮሴፍ
## (ዘፍ 44፡4 - 45፡15)

እቶም ኣሕዋቱ ካብ ከተማ ወጺኦም፡ ገና ከይረሓቑ ከለው፡ ዮሴፍ ንኣዛዚ ቤቱ፡ ተንስእ ደድሕሪ እዞም ሰባት ሰዓብ እሞ፡ ምስ ኣርከብካዮም ከመይ ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ክፉእ ፈደኹም፧ እታ ጐይታይ ዝሰትየላ ጽዋእ እዚኣ'ዶ ኣይኮነትን፡ እዚ ምግባርኩም ክፉእ ገበርኩም፡ በሎም ኢሉ ለኣኾ። እቲ ኣዛዚ ቤት ዮሴፍ ከምቲ ዝተባህሎ ገበረ። ኣሕዋት ዮሴፍ ከኣ፡ ጐይታይ፡ ስለ ምንታይ ከምዚ ኢልካ ትዛረብ፡ እቲ ኣብ ዓያብትና ዝረኸብናዮ ገንዘብ እኳ እንሆ መሊስናዮ፡ ካብ ቤት ጐይታኻ ግዳ፡ ከመይ ጌርና ብሩር ኮነ

ወይ ወርቂ ክንሰርቕ፧ ካባና እቲ እተረኽበቶ ይሙት፡ ንሕና ከኣ ባሮት ጐይታይ ኽኑን፡ በሉ። ንሱ ከኣ፡ እቲ ዝተረኽበቶ ባርያ ይኹን፡ እቶም ዝተረፍኩም ግና ነጻ ኢኹም፡ በሎም። ቀልጢፎም ከኣ ነፍሲ ወከፎም ዓዓ ይበቶም ናብ ምድሪ ኣውረዱ፡ ከፈትዎ'ውን። ኣዛዚ ቤት ዮሴፍ ከኣ በቲ ዓ ብይ ጀሚሩ በቲ ንእሽቶ ክሳብ ዝወድእ ፈተሾም። እታ ጽዋእ ድማ ኣብ ዓይበት ብንያም ተረኽበት።

ኣሕዋት ዮሴፍ ኣዝዮም ጕሂዩ፡ ናብታ ብሓጐስ ዝተፋነውዋ ቤት ዮሴፍ ምምላስ እንተ ዘይኮይኑ፡ ካልእ ክገብርዎ ዝኽእሉ ነገር ስለ ዘይነበሮም ከኣ ነፍሲ ወከፍ ኣድጉ ጽዒኑ ተመልሱ። ናብ ቤት ዮሴፍ ኣተው'ሞ ኣብ ቅድሚኡ ናብ ምድሪ ተደፊኦም ሰገዱ። ዮሴፍ ከኣ፡ እዚ ዝገበርክምዎ እንታይ ግብሩ እዩ፧ ከማይ ዝበለ ሰብ ፈላጢ ከም ዝኾነስ ኣይትፈልጡን'ዶ፧ በሎም። ይሁዳ ድማ፡ ንጐይታይ እሞ እንታይ ክንብል ኢና፡ እንታይ ኪንዛረብ፧ ከመይ ጌርናኸ ርእስና ኽነጽድቕ፧ ኣምላኽ በደል ባሮትካ ረኸበ፡ እኔና ንሕናን እቲ ኣብ ኢዱ ጽዋእ እተረኸበቶን ባሮት ጐይታና ኢና፡ በለ። ዮሴፍ ድማ፡ ከምዚ ዝበለ ምግባርሲ ካባይ ይርሓቕ፡ እቲ ኣብ ኢዱ ጽዋእ እተረኽበቶ ሰብኣይ፡ ንሱ ባርያይ ይኹን፡ ንሸኻትኩም ግና ብሰላም ናብ ኣቦኹም ደይቡ፡ በሎም። ሽዑ ይሁዳ ናብኡ ቀሪቡ፡ ከመይ ገይሮም ንብንያም ከምጽእዎ ከምዘለዎም ነሕዋቱ ዝበሎም ኵሉ ኣዘከሮ። እንሆ ኣቦና ሓደ ወዱ ሰኣነ፡ ሕጂ ድማ ንብንያም እንድሕር ስኢኑ ኪመውት እዩ። ስለዚ በጃኻ፡ እልምነካ ኣለኹ እዚ ቆልዓ ይኺድ ሕደጎ። ኣብ ክንድኡ ድማ ንዓይ ባርያኻ ግበረኒ፡ በሎ። ሽዑ ዮሴፍ ብዘረባ ይሁዳ ልቡ ከህድእ ኣይከኣለን፡ ንነብሱ መንነቱ ኪሓብእ ከም ዘይክእል ኮይኑ ከኣ ተሰምዮ። ሽዑ ዮሴፍ ነሕዋቱ ጥራይ ኣኪቡ፡ ንሱ እቲ ዝሸጥዎን ንግብጺ ቅድሚ ዓ መታት ዚመጸ ሓዎም ምዃኑ ነገሮም። ዮሴፍ ከኣ ነሕዋቱ፡ በጃኹም ናባይ ቅረቡ፡ ኣነ ናብ ግብጺ ዝሸጥኩምኒ ዮሴፍ ሓውኹም እየ። ኣምላኽ እዩ ህይወት ንምድሓን ቀቅድሚኹም ዝለኣኸኒ እሞ፡ ሕጂ ድማ ናብዚ ስለ ዝሸጥኩምኒ ኣይትጕሃዩ፡ ኣይትጨነቑ። ኣብዛ ምድሪ ጥሜት ካብ ዝኸውን ከኣ ሕጂ ክልተ ዓመት ኮይኑ፡ ዘይሕረሰንን ዘይዕጸደንን ድማ ገና ሓሙሽተ ዓመት ኣለዋ። ቀልጢፍኩም ናብ ኣቦይ ደይቡ እሞ በልዎ፡ ዮሴፍ ወድኻ ከምዚ ይብል፡ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኵላ ግብጺ ጐይታ ገበረኒ፡ ናባይ ውረድ፡ ኣይትደንጕ። ንሸኻን ደቕኻን ደቂ ደቕኻን ኣባጊዕካን ኣሓኻን ዘሎካ ኵሉን ኣብ ቀረባይ ክትከውን፡ ኣብ ምድሪ ጎሼን ክትቅመጥ ኢኻ። ዋላ'ኳ ገና ጥሜት እንተሎ ኣብኡ ኣነ ክሓልየልካ እየ። ኻዅሎም ኣሕዋቱ ከኣ እናበኸየ ሰዓሞም፡ ኩሎም ከኣ ተሓጐሱ። ምስኡ ድማ ብዙሕ ተዘራረቡ፡ እቲ ምንታይሲ ንዕኡ ዘጋጠሞ፡ ዝንገርን ዝስማዕን ብዙሕ ስለ ዝነበረ።

# ያእቆብ ናብ ግብጺ ናብ ዮሴፍ ከም ዝኸደ
# (ዘፍ 45፥16 - 47፥6)



ኣብ ቤት ፈርኦን ከኣ፡ ኣሕዋት ዮሴፍ መጺኦም፡ ዝብል ወረ ተሰምዔ። እዚ'ውን ንፈርኦንን ንገላውኡን ባህ ኣበሎም። ፈርኦን ከኣ ንዮሴፍ በሎ፡ ነሕዋትካ፡ ከምዚ ግበሩ በሎም፡ እንስሳታትኩም ጽዒንኩም ናብ ምድሪ ከንኣን ኪዱ። ኣቦኹምን ስድራኹምን ሒዝኩም ከኣ ምጹ። ካብ ምድሪ ግብጺ ከኣ እቲ ዝበለጸ ምድሪ ኪህበኩም እየ፡ ስብሒ እዛ ምድሪ እዚኣ'ውን ክትበልዑ ኢኹም። እዚ ክትገብሩ እእዝዘካ ኣለኹ፡ ንህጻናትኩምን ነንስትኹምን ሰረገላታት ካብ ምድሪ ግብጺ ውሰዱ፡ ነቦኹም ድማ ሒዝክምዎ ምጹ። እቲ ኣብ ምድሪ ግብጺ ዘሎ ዘዝበለጸ ኵሉ ንኣኻትኩም እዩ እሞ፡ ኣቑሑትኩም ርኢኹም ኣይትጉሃዩ።

ዮሴፍ ከኣ ከምቲ ትእዛዝ ፈርኦን ሰረገላታት ሃቦም፡ ንመገዲ ከኣ ስንቂ ሃቦም። ንብንያም ከኣ ሰለስተ ሚእቲ ሲቃል ብሩርን ሓሙሽተ ዝለዋወጥ ክዳውንትን ሃቦ። ነቦኡ ድማ ካብ ዘዝጸበቐ ነገር ግብጺ ጽዕነት ዓሰርተ ኣድጊ፡ ነቦኡ ንመገዲ ኸኾኖ ከኣ እኽልን እንጌራን ካልእ ብልዕን ጽዕነት ዓ ሰርተ ኣንስተይቲ ኣድጊ ከምዚ ገይሩ ሰደደሉ። ካብ ምድሪ ግብጺ ደይቦም ከኣ ናብ ኣቦኦም ያእቆብ ናብ ምድሪ ከንኣን መጹ። ያእቆብ ድማ ኵሉ እቲ ኣብ ግብጺ ዝገጠሞም ክፈልጥ ደለየ። ከመይ ዝበለ ፍሉይ ዛንታ ድማ ኪነግርዎ ነይርዎም። ነቦኦም ምስ ነገርዎ ድማ፡ ኪኣምን ኣይከኣን፡ እቲ ምንታይሲ እቲ ዝፈትዎ ዮሴፍ ብህይወት ኣብ ኵላ ሃገር ይገዝእ ከም ዘሎ ስለ ዝነገርዎ።

እቲ ዮሴፍ ዝበሎም ኵሉ ከኣ ነገርዎ፡ እቲ ኪመጸሉ ኢሉ ዮሴፍ ዝሰደዶ ሰረገላታት ምስ ረኣየ ከኣ፡ መንፈስ ኣቦኦም ያእቆብ ተሓደሰ። እስራኤል ድማ፡ ወደይ ዮሴፍስ ገና ብህይወት ኣሎ፡ ደጊም ይኣኽለኒ። ከይሞትኩ ደኣ ኸይደ ኪርእዮ፡ በለ። እስራኤል ድማ ምስ ዘለዎ ኵሉ ነቐለ። ያእቆብን

ደቁን ኣንስቶምን ደቀንን በቲ ዮሴፍ ዝሰደዶ ሰረገላታት ነቕሉ። ንቤቶም ገዲፎም ድማ ናብታ ሓዳስ፡ ዮሴፍ ዘለዋ ዓዲ ጉዕዞ ጀመሩ። ዮሴፍ ዘለዋ ዓዲ ስለ ዝኾነት ግና፡ ሓቢሮም ህይወቶም ክመርሑ ምእንቲ ተረድኡ። ንሱ ቀቅድሚኡ ናብ ጎሼን ምእንቲ ኪመርሕ ድማ፡ ንይሁዳ ቀቅድሚኡ ናብ ዮሴፍ ሰደዶ። ናብ ምድሪ ጎሼን ከኣ ኣተው። ዮሴፍ ድማ ሰረገላታት ጽዒኑ፡ ንእስራኤል ኣቦኡ ኪረክብ ናብ ጎሼን ደየበ። ዮሴፍ ነቦኡ ምስ ረኣዮ ከኣ ኣብ ክሳዱ ወዲቑ፡ ኣብ ክሳዱ ነዊሕ ጊዜ በኸየ። ዮሴፍ ከኣ ነቦኡን ነሕዋቱን በሎም፡ ናብ ፈርኦን ደይበ ክነግሮ እየ፡ ጓሶት ኣባጊዕ ምዃንኩም'ውን ኪነግሮ እየ። ፈርኦን ጸዊዑ፡ ተግባርኩም እንታይ እዩ፤ ምስ ዝብለኩም፡ ጓሳ ዘበለ ንግብጻውያን ጽዩፍ እዩ እሞ፡ ኣብ ምድሪ ጎሼን ምእንቲ ክትቕመጡስ፡ ገላውኻ ንሕናን ኣቦታትናን ድማ ካብ ንእስነትና ክሳዕ ሕጂ ሰብ ማል ኢና በሉ፡ በሎም። ዮሴፍ ድማ ሓሙሽተ ሰብኡት ካብ ኣሕዋቱ ወሲዱ፡ ናብ ፈርኦን ቀረበ። ፈርኦን ድማ ነሕዋቱ፡ ተግባርኩም እንታይ እዩ፤ በሎም። ንፈርኦን ድማ፡ ገላውኻ ንሕናን ኣቦታትናን ጓሶት ኣባጊዕ ኢና፡ በልዎ። ኣብ ምድሪ ከንኣን ጥሜት ኣዝዩ በርቲዑ እዩ እሞ፡ ኣባጊዕ ገላውኻ ዝጓሰያሉ ድማ የልቦን እሞ፡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ብስደት መጺእና ኣሎና፡ ሕጂ ድማ ንገላውኻ ኣብ ምድሪ ጎሼን ኪቕመጡ ንልምነካ ኣሎና፡ በልዎ። ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፡ ነሕዋቱን ኣቦኡን ኣብ ምድሪ ጎሼን ከቐምጦም ነገሮ። ካብኣቶም ከኣልቲ ምስ ዝህልው ድማ ኣብ ማለይ ዋናታት ግበሮም ኢሉ'ውን ተዛረቦ።

## ምረቓ ያእቆብ
## (ዘፍ 47፡7-12፣ ዘፍ 47፡27 - ዘፍ 49፡33)

ዮሴፍ ድማ ነቦኡ ያእቆብ ኣምጺኡ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ደው ኣበሎ፡ ያእቆብ ድማ ንፈርኦን መረቖ። ዮሴፍ ከኣ ነቡኡን ነሕዋቱን ኣብታ ሃገር ኣስፈሮም፡ ከምቲ ፈርኦን ዝኣዘዞ ኣብ ሃገር ግብጺ ኣብታ ዝበለጸት ምድሪ፡ ኣብ ምድሪ ራዕምሴስ ርስቲ ሃቦም። ዮሴፍ ድማ ነቦኡን ነሕዋቱን ንዅሉ ቤት ኣቦኡን ሓለየ፡ ከከም ብዝሒ ቆልዑኦም እናገበረ ይምግቦም ነበረ። ያእቆብ ድማ ኣብ ምድሪ ግብጺ ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ገበረ፡ ዕድመ እስራኤል ድማ ሚእትን ኣርባዓን ሸውዓተን ዓመት ኰነ። እስራኤል ድማ ኪመውት መዓልቲ ቀረበት። ንዮሴፍ ከኣ ኣቦኡ ከም ዝሓመመ ነገርዎ። ንሱ ከኣ ንክልቲኦም ደቁ፡ ንምናሴን ኤፍሬምን ምስኡ ወሰዶም። ኣዒንቲ እስራኤል ከኣ ካብ እርጋን እተላዕለ ለቕተን ነበራ እሞ ክርኢ ኣይከኣለን። ናብኡ ከኣ ኣቕረቦም፡ ንሱ ከኣ ሰዓሞም ሓቘፎም'ውን። እስራኤል ድማ ንዮሴፍ፡ ገጽካ እርኢ ኢለ ኣይሓሰብኩን ነይረ፡ ኣምላኽ ከኣ እንሆ፡ ንዘርእኻ ድማ ኣርኣየኒ፡ ባሎ። እስራኤል ድማ፡ ምናሴ በኵሪ ነበረ እሞ፡ ኣእዳው

ኣመሓላሊፉ የማነይቲ ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ ርእሲ ኤፍሬም፡ ንሱ ኸኣ እቲ ንእሽቶ፡ ጸጋመይቲ ኢዱ ከኣ ኣብ ርእሲ ምናሴ ኣንበረ። ንዮሴፍ ከኣ፡ እቲ ኣቦታተይ ኣብርሃምን ይስሃቕን ኣብ ቅድሚኡ እተመላለሱ ኣምላኽ፡ እቲ ካብ ዝውለድ ጀሚሩ ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ዝመገበኒ ኣምላኽ፡ እቲ ካብ ኵሉ ክፉእ ዘድሓነኒ መልኣኽ፡ ንሱ ነዞም ደቒ እዚኦም ይባርኽ፡ ኢሉ ባረኾም። ዮሴፍ ድማ ያእቆብ የመነይቲ ኢዱ ኣብ ርእሲ ኤፍሬም ከም ዘንበረ ምስ ረኣየ፡ ጕሃየ እሞ፡ ካብ ርእሲ ኤፍሬም ኣልዒሉ ናብ ርእሲ ምናሴ ኬሕልፍ ደልዩ፡ ንኢድ ኣቦኡ ሓዛ። ዮሴፍ ድማ ነቦኡ፡ ኣቦየ፡ ከምኡ ኣይኮነን፡ እቲ በዅሪ እዚ እዩ እሞ የማነይቲ ኢድካ ኣብኡ ኣንብር፡ በሎ። ኣቦኡ ግና ኣበየ፡ ፈሊጠ ወደይ ፈሊጠ ኣለኹ። ንሱ ድማ ህዝቢ ኪኸውን እዩ፡ ንሱ ድማ ዓቢይ ኪኸውን እዩ። እቲ ንእሽቶ ሓው ግና ካብኡ ኪዓቢ እዩ፡ ዘርኡ ድማ ብዙሕ ህዝብታት ኪኸውን እዩ፡ ድማ በሎ። በታ መዓልቲ ከኣ ከምዚ ኢሉ መረቖም፡ እስራኤል፡ ኣምላኽ ከም ኤፍሬምን ከም ምናሴን ይግበርካ፡ ኢሉ ብኣኻ ኪምርቕ



እዩ፡ ብዛዕባ ኣብ ህይወቶም ምሉእ ዝገበርዎ ድማ፡ ንደቁ ነገሮም። ይሁዳ ሽደን ኣንበሳ እዩ፡ ዮሴፍ ፈራይት ጨንፈር ኣብ ጥቓ ዓይኒ ማይ ዘላ ፈራይት ጨንፈር እዩ። ከምዚ ኢሉ ድማ ኣዘዞም፡ ኣነ ናብ ህዝበይ ኪእከብ እየ። ኣብታ ኣብርሃም እተሻየጣ በዓቲ፡ ኣብርሃምን ሳራ ሰበይቱን ይስሃቅን ርብቃ ሰበይቱን ዝተቐብሩላ፡ ኣነ ድማ ንልያ ኣብኣ ዝቐበርክዋ፡ ኣብኣ ምስ ኣቦታተይ ቅበሩኒ። ያእቆብ እዚ ኣዚዙ ምስ ወድኤ ኣእጋሩ ናብ ዓራት ኣከበ፡ ነፍሱ ድማ ወጸት፡ ናብ ህዝቡ'ውን ተኣከበ።

<u>**ዝጽናዕ ጥቕሲ**</u>

**"ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፡ ነንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ ትእዛዘይ እዚ እዩ" ዮሃ 15፡12**

# እቲ ህጻን ኣብ ሳጹን
## (ዘፍ 50፥22 - ዘጽ 2፥10)



ዮሴፍ ድማ ኣረገ፡ ወዲ ሚእትን ዓሰርተን ዓመት ምስ ኰነ ድማ ሞተ። ብድሕርዚ ድማ ንዮሴፍ ዘይፈልጥ ሓድሽ ንጉስ ኣብ ግብጺ ተንስኤ። እቶም ብብዙሕ መገዲ ካብ ከንኣን ዝመጹ ህዝቢ ድማ፡ "ደቂ እስራኤል" ወይ "እብራውያን" ይበሃሉ ነበሩ። ዓመታት ብዝሓለፈ ድማ ደቂ እስራኤል ተፋረዩ፡ ሰሰኑ'ውን። ኣዝዮም ድማ በርትዑ፡ እታ ሃገር'ውን ብእኦም መልኤት። እቲ ንጉስ ድማ ተጨነቐ፡ ንህዝቡ ድማ ከምዚ በሎም፡ ደቂ እስራኤል ካባና በዝሑን በርትዑን። ስለዚ ንዑ ንጣበበሎምን ነጽብበሎምን። በዚ ከምዚ ድማ፡ ግብጻውያን ንደቂ እስራኤል ብጭከና ኣዕየይዎም። ንህይወቶም ድማ ብብርቱዕ ዕዮ፡ ብባዕጥን ብጡብን ብሸሎ ዕዮ መሮርን ብምጭካን ኣመረርዎም። ነንመዓልቲ ድማ ደቂ እስራኤል ጸበቦም። እቶም ኣዘዝቶም ድማ ብጭካነ ጡብ የሰክምዎም ነበሩ። ፈርኦን ድማ ሓድሽ ክፉእ ሓሳብ ሓሰበ። ነተን እብራውያን መሕረስቲ ጸዊዑ ድማ፡ ነተን ኣንስቲ እብራውያን ከተሕርሳኤን ከሎኽን፡ ኣብቲ ዝሓርሳሉ ርኣያ፡ ወዲ እንተኾነ ቅተልኦ፡ ጓል እንተ ኾነት ግና ብህይወታ ትንበር። እተን መሕረስቲ ግና ንኣምላኽ ፈሪሄን፡ ነቶም እተወልዱ ብህይወት ሓደጋኦም እምበር ከምቲ ንጉስ ግብጺ ዝበለን ኣይገበራን።

ሓደ ሰብኣይ ከኣ ካብ ቤት ሌዊ ከይዱ ጓል ሌዊ ኣእተወ። እታ ሰበይቲ ድማ ጠነሰት። ወዲ'ውን ወለደት። ንሱ ጽቡቕ ቆልዓ ምዃኑ ርእያ ድማ ንሰለስተ ወርሒ ሓብኣቶ። ደሓር ግና ምሕባኡ ሰኣነት፡ ኣብ ሳጹን ሻምብቆ

ብቐጥራን እተለበጠት ድማ ነቲ ቆልዓ ኣእትያ፡ ኣብ ገምገም ርባ ኣብ ሰልሰላ ኣንበረቶ። ሓብቱ ድማ እንታይ ከም ዝረኽቦ ክትፈልጥ፡ ርሕቕ ኢላ ደው በለት። ጓል ፈርኦን ድማ ክትሕጸብ ናብ ርባ ወረደት፡ እተን ኣግራዳ ድማ ገምገመ-ገምገም እቲ ርባ ይዛወራ ነበራ። ኣብ ማእከል ሰልሰላ ሳጹን ረኣየት እሞ ገረዳ ሰዲዳ ኣምጽኣቶ። እታ ጓል ፈርኦን ድማ ከፈታ ነቲ ህጻን ረኣየቶ። እንሆ ከኣ እቲ ህጻን ይበኪ ነበረ። ደንገጸትሉ ድማ፡ እዚ ካብ ህጻናት እብራውያን እዩ፡ በለት። ሽዑ እታ ሓብቱ ነቲ ህጻን ንጓል ፈርኦን፡ ካብተን እብራውያን ኣንስቲ ነዚ ህጻን እተጥብወልኪ መጕዚት'ዶ ኪጽውዓልኪ ኪኸይድ፧ በለታ። ጓል ፈርኦን ድማ፡ ኪዲ፡ በለታ። እታ ጓል ድማ ከይዳ ነደ እቲ ህጻን ጸውዓታ። ጓል ፈርኦን ድማ፡ ነዚ ቆልዓ ወሲድኪ ኣጥብውለይ፡ ኣነ ኸኣ ዓስብኺ ኪህበኪ እየ፡ በለታ። እታ ሰበይቲ ድማ ኣዝያ ተሓጐሰት፡ እቲ ምንታይሲ ወዳ ኣብ ኢዳ ከተዕብዮ ስለ እተዋህባ። ብሓጐስ ድማ ነቲ ቆልዓ ወሰደቶ። እናጥበወት ድማ ኣዕበየቶ። እቲ ህጻን ምስ ዓበየ ድማ፡ ናብ ጓል ፈርኦን ኣምጽኣቶ፡ ወዳ ድማ ኾነ። ካብ ማይ ኣውጺአዮ እየ ኢላ ከኣ ሙሴ ዝብል ስም ኣውጽኣትሉ። ደጊም ድማ ከም እብራዊ ዘይኮነ ከም ወዲ ጓል ፈርኦን ብጽቡቕ ህይወት ክዓቢ ጀመረ።

## ዘይትነድድ ቈጥቋጥ
## (ዘጽ 3፡1-6)



ሙሴ ምስ ዓበየ ሓደ መዓልቲ ናብ ኣሕዋቱ ከይዱ ነቲ ብርቱዕ ጻዕሮም ረኣየ። ሓደ ግብጻዊ ሰብኣይ ንሓደ ካብቶም ዓሌቱ ንሙሴ ዝኾነ እብራዊ ሰብኣይ ኪወቕዖ ከሎ ከኣ ረኣየ። ናብዝን ናብትን ግልጽ ኢሉ፡ ሰብ ከም ዜልቦ ምስ ረኣየ፡ ነቲ ግብጻዊ ቐቲሉ፡ ኣብ ሑጻ ሓብኦ። ንጽባሒቱ ድማ ወጸ፡ እንሆ እብራውያን ዝኾኑ ክልተ ሰብኡት ኪብኣሱ ከለው ረኣየ። ነቲ ዚዕምጽ ዝነበረ ከኣ፡ ስለምንታይ ንብጻይካ ትወቕዖ፧ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ድማ፡ መን መስፍንን ፈራድን ጌሩ ኣብ ልዕሌና ሸመካ፡ ንሸኻ ነቲ ግብጻዊ ከም ዝቐተልካዮ ክትቀትለኒ'ዶ ትደሊ ኣሎኻ፧ በሎ። ሽዑ ሙሴ ፈርሄ፡ እዚ ነገርዚ ብርግጽ ተፈሊጡ እዩ ድማ በለ። እቲ ንጉስ

ድማ ነዚ ነገር እዚ ሰሚዑ ክቕትሎ ደለየ፡ ሙሴ ግና ሃደመ። ኣብ ምድሪ ሚድያን ድማ ተቐመጠ። ካህን ሚድያን ከኣ ሸውዓተ ኣዋልድ ነበራኦ። ንሳተን ኣባጊዕ ኣቦኣን ከስትያ፡ ማይ ቀዲሐን ነቲ ጋብላታት ኪመልኣኦ መጸ። ጓሶት መጺኦም ከኣ ሰጐጒወን፡ ሙሴ ድማ ተንሲኡ ኣናገፈን፡ ነባጊዐን ድማ ኣስተየለን። ናብ ኣቦኣን ራጉኤል ምስ ተመልሳ ከኣ ንሱ፡ ሎምስ ከመይ ኢልክን ደኣ ቀልጢፍክን መጺእክን፧ በለን። ንሳተን ድማ፡ ሓደ ግብጻዊ ሰብኣይ ካብ ኢድ እቶም ጓሶት ኣድሓነና፡ ማይ ቀዲሑ ኸኣ ነባጊዕና ኣስተየልና፡ በላኦ። ኣቦኣን ድማ፡ ኣበይ ደኣ ኣሎ፧ ስለምታይ'ከ ነቲ ሰብ ሓደግክናኦ፧ እንጌራ ኪበልዕ ኪዳ ጸውዓኦ፡ በለን። ሙሴ ከኣ ተጸዊዑ መጸ፡ ምስቶም ስድራ ክቕመጥን ክነብርን ድማ ፈተወ። ንጺጶራ ጓሉ ከኣ ንሙሴ ሃቦ፡ ንሳ ከኣ ወዲ ወለደትሉ።

ሙሴ ድማ ኣባጊዕ የትሮ ሓሙኡ ይጓሲ ነበረ። እናኸብከበን ናብ ምድረ በዳ፡ ናብቲ እምባ ኣምላኽ ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ እምባ ሆሬብ መጸ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ማኣከል ኣሻዀ ቈጥቋጥ ብሃልሃልታ ሓዊ ተራእዮ። ሙሴ ኸኣ፡ እዛ ኣሻዀ ቈጥቋጥ ከመይ ኢላ እያ ዘይትነድድ፡ እስከ ነዚ ዜገርም ትርኢት እዚ ቅርብ ኢለ ክርኢ፡ በለ። ካብ ማእከል እታ ኣሻዀ ቈጥቋጥ ድማ ኣምላኽ፡ ሙሴ ሙሴ፡ እናበለ ጸውዖ። ሙሴ ኸኣ፡ እኔኹ፡ ኢሉ መለሰ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ናብዚ ኣይትቕረብ፡ እዛ ደው ኢልካላ ዘሎኻ ቦታ ቅድስቲ ምድሪ እያ እሞ፡ ኣሳእንካ ካብ ኣእጋርካ ኣውጽእ። ኣነ ኣምላኽ ኣቦታትካ፡ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ኣምላኽ ይስሓቅ፡ ኣምላኽ ያእቆብ እየ፡ በለ። ሙሴ ድማ ንኣምላኽ ከይጥምቶ ስለ ዝፈርሀ ገጹ ኸደነ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ኣብ ከርሲ ኣዴኻ ኸይሃነጽኩኻ ፈለጥኩኻ፡ ካብ ማህጸን ከይወጻእካ ኸኣ ቀደስኩኻ፡ ነህዛብ ነብዩ ክትከውን ድማ መደብኩኻ" ኤር 1፡5

## ጸውዒት ኣምላኽ ንሙሴ
## (ዘጸ 3፡6 - ዘጸ 16፡7)

እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ክብሎ ጀመረ፡ ጸበባ እቲ ኣብ ግብጺ ዘሎ ህዝበይን ኩሉ ስቓዮምን ይርእዮ ኣለኹ። እቲ ብሰሪ መጨነቕቶም ዘእውይዎ ኸኣ ሰሚዔዮ ኣለኹ። ስለዚ ካብ ኢድ ግብጻውያን ከድሕኖም ወሪደ ኣለኹ።

ካብ ግብጺ ኣውጺአ ድማ፣ ናብታ ጽብቕትን ርሕብትን መዓርን ጸባን እተውሕዝ ምድሪ ከንኣን ከደይቦም እየ። እምበኣር ሕጂ ንዓ፣ ንህዝበይ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ከተውጽኦም፣ ናብ ፈርኦን ክልእከካ እየ፣ በሎ። ኣምላኽ ኸኣ ወሲኹ፣ ኣነ ምሳኻ ክኸውን እየ፣ ንህዝበይ ካብ ግብጺ ምስ ኣውጻእካዮ ድማ ኣብዚ ኸረን ከገልግሉኒ ኢዮም፣ በሎ። ሙሴ ድማ ንኣምላኽ፣ እንሆ፣ ናብ ደቂ እስራኤል ኸይደ፣ ኣምላኽ ኣቦታትኩም ናባኻትኩም ልኢኹኒ ምስ በልክዎም፣ 'ስሙ መን እዩ፧' እንተበሉንስ እንታይ ክብሎም እየ፣ ኢሉ ሓተቶ። ኣምላኽ ኸኣ፣ እቲ ዘሎኹ እየ ዘሎኹ፣ በሎም። ኣነ እቲ ዘሎኹ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም፣ ኣምላኽ ኣብርሃም፣ ኣምላኽ ይስሓቅ፣ ኣምላኽ ያእቆብ እየ። እዚ ንዘለኣለም ስመይ፣ ንውሉድ ወለዶ ድማ መዘከርታይ እዩ፣ በሎ። ወሲኹ ድማ፣ እምበኣር ሕጂ ኪድ፣ ንዓበይቲ እስራኤል ኣኪብካ ድማ፣ እግዚኣብሄር ተገልጸለይ፣ ከምዚ ድማ በለኒ፣ ኢልካ ንገሮም። ንሳቶም ከኣ ቃልካ ኺሰምዑ እዮም። ምስቶም ዓበይቲ እስራኤል ኴንካ ከኣ ናብ ንጉስ ግብጺ እቶ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ተገልጸልና ሕጂ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ክንስውእ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ክንከይድ ሕደገና ኢልካ'ውን ሕተቶ። እቲ ንጉስ ክትከዱ ኣይከፍቅደልኩምን እዩ፣ ኣነ ግና ብሓይለይ ከውጽኣኩም፣ ኣብ ቅድሚ ግብጻውያን ድማ ሞጎስ ክህበኩም እየ እሞ ጥራሕ ኢድኩም ኣይክትወጹን ኢኹም። ንደቕኹም ዝኸውን ህያብ ወርቅን ብሩርን ድኣ ክትማልኡ ኢኹም፣ በሎ። ሙሴ ድማ እንሆ፣ እግዚኣብሄር ኣይተራእየካን ኪብሉኒ እዮም፣ በለ። እግዚኣብሄር ድማ፣ እዛ ኣብ ኢድካ ዘላ እንታይ እያ፣ ኢሉ ሓተቶ። ሙሴ ከኣ፣ በትሪ፣ በለ። ኣምላኽ ከኣ፣ ናብ ምድሪ ደርብያ፣ በሎ። ናብ ምድሪውን ደርበያ፣ እታ በትሪ ድማ ናብ ተመን ተቐየረት። ሙሴ ድማ ፈርሄ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ፣ ኢድካ ዘርግሕ እሞ ብጭርኡ ሓዞ፣ በሎ። ኢዱ ዘርጊሑውን ሓዞ፣ ናብ በትሪውን ተለወጠ። ኣምላኽ ከኣ፣ ምእንቲ ኺኣምኑኻስ እዚ ምልክት ክኾነካ እዩ፣ ኢሉ ንሙሴ ተዛረቦ። ሙሴ ድማ መሊሱ፣ ኣየ ጐይታይ ኣነ ኣፈይ ወታእ፣ ልሳነይ ከኣ ኮርታዕ እዩ እሞ ዘረባ ኣይክእልን እየ፣ በለ። እግዚኣብሄር ድማ፣ ንሰብ ኣፍ ዝገበረሉ ወይ ዓባስ ወይ ጸማም ወይ ዝርኢ ወይ ዕውር ዝገበሮኽ መን እዩ፧ ኣነ እግዚኣብሄር'ዶ ኣይኮንኩን። እምበኣር ኣጆኻ ኣነ ኣፍካ ክሕሉ እየ። ኣሮን ሓውኻ ድማ፣ ንሱ ንፉዕ ተዛራባይ እዩ እሞ፣ ንዕ ኡ ምሳኻ ውሰዶ። ነዛ በትሪ ድማ ውሰዳ፣ ብኣኣ ብዙሕ ተኣምራት ክትገብር ኢኻ፣ በሎ። ሙሴ ከኣ ነታ በትሪ ወሰዳ።

# ንህዝበይ ደኺድ ሕደጎ
## (ዘጸ 4፣18 - ዘጸ 5፣23)



ሙሴ ድማ ናብ የትሮ ሓሙኡ ተመሊሱ፡ ናብ ግብጺ ናብ ኣሕዋተይ ክኸይድ ይደሊ ኣሎኹ፡ በሎ። የትሮ ኸኣ፡ ብሰላም ኪድ፡ ኢሉ ኣፋነዎ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ፡ እቶም ነፍሰኻ ዝደልዩ ሞይቶም እዮም’ሞ፡ ናብ ግብጺ ተመለስ፡ በሎ። ሙሴ ድማ ንሰበይቱን ደቁን ሒዙ ናብ ግብጺ ተበገሰ፡ ነታ በትሪ’ውን ምስኡ ተማልኣ። እግዚኣብሄር ከኣ ንኣሮን፡ ኪድ፡ ንሙሴ ኣብ በረኻ ተቐበሎ፡ በሎ። ኣሮን ናብ በረኻ ወጸ፡ ንሙሴ’ውን ረኸቦ፡ ሰዓሞ ኸኣ። ሙሴ ኸኣ ኩሉ እቲ ኣምላኽ ዝተዛረቦን ዘርኣዮን ነገሮ። ሙሴን ኣሮንን ሽዑ ኸይዶም፡ ንኹሎም ዓበይቲ  እስራኤል ኣከብዎም። ኣሮን ከኣ እቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝተዛረቦ ኩሉ ነገሮም። ኣብ ቅድሚኦም ድማ ነቲ ተኣምራት ኣርኣዮም። እቲ ህዝቢ ድማ ኣመነ። እግዚኣብሄር ከም ዘናግፎም ምስ ሰምዑ ኸኣ ተሓጒሶም ንእግዚኣብሄር ሰገድሉ። ድሕርዚ ድማ ናብ ፈርኦን ኣትዮም፡ ኣብ በረኻ መስዋእቲ ክሰውኡለይ ንህዝበይ ሕደጎ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኢሎም ነገርዎ። ፈርኦን ድማ፡ እቲ ቃሉ ሰሚዐ ዝእዘዞ እግዚኣብሄር መን እዩ፧ ንእግዚኣብሄር ኣይፈልጥ፡ ንእስራኤል’ውን ኣይሓድግን፡ በለ። ሙሴን ኣሮንን ከኣ ንፈርኦን፡ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ኬድና፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ክንሰውኣሉ ፍቐደልና፡ በልዎ። ፈርኦን ኸኣ፡ ዎ ሙሴን ኣሮንን፡ ስለምንታይ ነዚ ህዝቢ ካብ ዕዮኡ ተብኩርዎ ኣለኹም፧ ናብ ዕዮኹም ኪዱ፡ በሎም። ሽዑ ፈርኦን ነቶም ሓላቑ እቲ ህዝቢ ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ ደጊም

ባዕላቶም ከይዶም ሓሰር ይኣክቡ፣ ቁጽሪ ዝሰርሕዎ ጡብ ድማ ኣይጉደል፣ ነቲ ዝተመደበሎም ዕዮ ገለ እኳ እንተ ኣጉደሉ ግረፍዎም፣ በሎም። እቶም ሓላቑ ድማ ከምቲ ንጉስ ዝበሎም ገበሩ። ነቶም ህዝቢ ዕዮ ኣኽበዱሎምን ሃወኽዎምን። ገለ ምስ ዘጉድሉ ድማ ይገርፍዎም ነበሩ። ብድሕርዚ ደቂ እስራኤል ዕዮ ከበዶም፣ ናብ ፈርኦን ድማ ጠርዑ፣ ኣብ ልዕሊ ሙሴ’ውን ኣገጕረምረሙ። ሙሴ ኸኣ ንእግዚኣብሄር፣ ጐይታይ ስለምንታይ ነዚ ህዝቢ ኣኽፋእካሉ፧ ስለምንታይከ ነዚ ለኣኽካኒ፣ በለ። ኣምላኽ ከኣ ንሙሴ፣ ኣነ እግዚኣብሄር እየ፣ ካብ ከቢድ ዕዮ ግብጻውያን ኣነ ከናግፈኩም እየ፣ ብርግጽ ፈርኦን ምኻድ ክኣብየኩም እዩ። ኣነ ግና በታ ሓያል ኢደይ ክረድኣኩም እየ፣ በሎ።

## መርገም ኣብ ልዕሊ ግብጺ
## (ዘጽ 7፣14 - ዘጽ 11፣10)

እግዚኣብሄር ድማ ፈርኦን ከም ዘይተኣዘዘ ረኣየ። ከምዚ ኢሉ ድማ ንሙሴን ኣሮንን ተዛረቦም፣ ናብ ፈርኦን ኣቲኹም፣ ንደቂ እስራኤል ይኺዱ ሕደጎም፣ በልዎ። እንተ ኣበየኩም ድማ፣ ኣብቲ ሩባ ኬድኩም፣ በታ በትሪ ነቲ ማይ ውቕዕዎ፣ በሎም። ሙሴን ኣሮንን ድማ ከምኡ ገበሩ። እቲ ሩባ ድማ ናብ ደም ተለወጠ። ኩሎም ዓሳታት ሞቱ። ግብጻውያን ከኣ ካብቲ ማይ ክሰትዩ ኣይከኣሉን። ሰሙን ዝኣክል ድማ ማይ ደልዮም፣ ኣብ ዙርያ እቲ ሩባ ኮዓቱ። እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፣ ናብ ፈርኦን ኬድካ፣ ንህዝበይ ከገልግለኒ ይኺድ ሕደጎ ኢልካ ንገሮ። ምስ ዘይእዘዝ ድማ ኣነ ንኹላ ግብጺ ብቊርያብ ክወቕዓ እየ ኢልኩም ንገርዎ፣ በሎም። ሙሴ ከኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ገበረ። ፈርኦን ድማ ልቡ ኣትሪሩ ምእዛዝ ኣበየ። ሽዑ እግዚኣብሄር ንሙሴ በሎ፣ ንኣሮን ናብ ልዕሊ ማያት ግብጺ በትርኻ ዘርግሕ እሞ፣ ናብ ኩላ ግብጺ ቊርያብ ኣደይብ በሎ። ሽዑ ኣሮን ኢዱ ዘርገሐ፣ እተን ቊርያብ ድማ ደይበን ንምድሪ ግብጺ ኸደናኦ። ኣብ ቤቶምን መደቀሲኦምን ዓራቶምን ኣብ ኩሉ ቦታ ደየባ። ብድሕርዚ ፈርኦን ንሙሴን ንኣሮንን ናብኡ ጸወዖም፣ ካባይን ካብ ህዝበይን ነተን ቊርያብ ከርሕቐለይ ንእግዚኣብሄር ለምኑለይ። ኣነ ድማ ክትከዱ ክሓድገኩም እየ፣ በሎም። ሙሴ ድማ ብዛዕባ እተን ቊርያብ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ። እግዚኣብሄር ኸኣ ነተን ቊርያብ ኣርሓቐን። ፈርኦን ግና ቃሉ ለወጠ። ነዚ ህዝቢ ኣይሓድጎን እየ፣ ከኣ በለ። ሽዑ እግዚኣብሄር ብመርገም ጳጹት፣ ደሓር ድማ ብመርገም ጽንጽያ ከልቢ ንግብጺ ወቕዓ። መሊሱ ድማ ኣምላኽ ንግብጺ ብሕማም እንስሳ ወቕዓ። ማሎምን ኣፍራሶምን ኣእዱጎምን ኣግማሎምን ድማ ሞቱ። ፈርኦን ግና መሊሱ ልቡ ኣትረረ እምበር ኣይተኣዘዘን። ብድሕርዚ ኣምላኽ ንሰብን እንስሳን ግብጺ ፎቕፎቕ ብዝብል

ሕማም ሕበጥ ኣሳቐዮም። ካብ ሰማይ ነጉድን በረድን ሓውን ኣውሪዱ ድማ ወቕዮም። ፈርኦን ድማ ንሙሴን ኣሮንን፡ ኪዱ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣገልግሉ፡ እቶም ዝኸዱ ግና መነመን እዮም፡ በሎም። ሙሴ ድማ፡ ንኣሽቱና ምስ ዓበይትና፡ ኣወዳትና ምስ ኣዋልድና፡ ኣባጊዕና ምስ ኣሓና ክንከይድ ኢና፡ በለ። ሽዑ ፈርኦን ሓሳቡ ለዊጡ ንሙሴን ኣሮንን ሰጎጎም። ኣምላኽ ድማ ንግብጺ ኣንበጣ ሰደደላ። ንኹሉ ፍረ ኦምን ለምለምን ድማ ኣጥፍኦ። መሊሱ ድማ ብጸልማት ወቕዮም። ኣብ ኩላ ምድሪ ግብጺ ንሰለስተ መዓልቲ ጸልማት ኮነ፡ ኣብ ሰፈር እስራኤል ግን ብርሃን ነበረ። ፈርኦን ኸኣ ንሙሴ፡ ኪዱ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣገልግሉ፡ ኣባጊዕ ኹምን ኣሓኹምን ጥራይ ይትረፋ፡ በሎ። ሙሴ ድማ፡ ንእግዚኣብሄር ክንሰውኣሉን ክነገልግሎን ኩለን ማልና ድማ ክንወስድ ኢና፡ በለ። ፈርኦን ድማ ምሕዳጎም ኣይፈተወን። ኣምላኽ ኸኣ ንሙሴ፡ ናብ ልዕሊ ግብጺ፡ ሓደ መዓት ከምጽእ እየ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ካብ በዅሪ ፈርኦን ጀሚረ ንኹሉ በዅሪ ግብጺ ከጥፍእ እየ። ብድሕሪኡ ክትከዱ ክሓድገኹም እየ፡ በሎ።

> **ዝጽናዕ ጥቕሲ**
>
> "ኣነ እግዚኣብሄር ቅዱስ እየ እሞ፡ ቅዱሳት ኩኑለይ፡ ናተይ ክትኮኑ ኸኣ ካብ ህዝብታት ፈልየኩም እየ"
>
> ዘሌ 20፡26

## ፋሲካ
## (ዘጸ 12፡1-37)

እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን፡ ንኹሉ ህዝቢ እስራኤል ከምዚ ኢልኩም ተዛረብዎም በሎም፡ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ሓደ ገንሸል የዳሉ። ኣብዛ ወርሒ እዚኣ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ፡ ክመሲ ከሎ፡ ኩሉ እቲ ህዝቢ ገንሸሉ ይሕረድ። ካብቲ ደሙ ወሲዶም ድማ ንልዳት ቤቶም ይልከይዎ፡ ነቲ ስጋኡ ድማ በታ ለይቲ እቲኣ ጠቢሶም ምስ ቅጫን መሪር ሓምልን ይብልዕዎ፡ በታ ለይቲ እቲኣ ንበዅሪ ግብጺ ክወቅዕ እየ። ንኣባይቲ እስራኤል ግና፡ ኣብ ልዳት ቤትኩም ነቲ ደም ርእየ ክሓልፈኩም እየ። እቶም ህዝቢ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም ገበሩ። ንመገዲ ድልዋት ኮይኖም፡ ኣሳእኖም ኣብ ኣእጋሮም፡ ኣባትሮም ኣብ ኣእዳዎም ሒዞም፡ ሓቛቑኦም ተዓጢቖም ነቲ ሕሩድ በልዕዎ። እቲ ሕሩድ መስዋእቲ ድማ፡ ገንሸል ፋሲካ፡ ተባሂሉ ተሰምየ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ፡

እግዚኣብሄር ኄኵሉ በኲሪ ግብጺ ቐተለ። ግብጺ ብምልእታ ድማ ዋይዋይታ መልአት። ፈርኦን ተንሲኡ ድማ ንሙሴን ኣሮንን፡ ንሰኻትኩም ደቂ እስራኤል፡ ተንስኡ እሞ ካብ ማእከል ህዝበይ ውጹ። ከምቲ ዝበልክምዎ ድማ ኩሉ ጥሪትኩም ውሰዱ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ድማ ኣገልግሉ፡ በሎም። ህዝቢ እስራኤል ድማ ከምቲ ሙሴ ዝኣዘዞም፡ ብዙሕ ወርቅን ብሩርን ክዳውንትን ካብ ግብጻውያን ወሰዱ። ብዝሒ ደቂ እስራኤል ድማ፡ ብዘይ ቘልዑን ኣንስትን ሽዱሽተ ሚእቲ ሽሕ ነበረ። ምስ ኩሉ ጥሪቶም ድማ ወጹ፡ እታ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ካብ ግብጺ ዘውጽኣላ ለይቲ ድማ ፍልይቲ ነበረት። ኣብ ብዘላ ደቂ እስራኤል ድማ መዘከርትኣ ዓብዪ ኾነ። መዓልቲ፡ ፋሲካ እግዚኣብሄር፡ ተባሂላውን ተሰምየት።



## ምስጋር ባሕሪ ኤርትራ
## (ዘጸ 14፥5-31)

ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ምስ ወጹ፡ ፈርኦንን መኳንንቱን ብዛዕባኦም ሓሳቦም ለወጡ። እንታይ ኢና ዝገበርና፧ ደቂ እስራኤል ከይግዝኡናስ ስለምንታይ ኸኸዱ ሓደግናዮም፧ ድማ በሉ። ስለዚ ኸኣ እቲ ንጉስ ሰረገላኡ ኣዳለወ፡ ሰራዊቱ እውን ኣዕጠቐ። ሓያላት ተዋጋእቲ ሒዙ ድማ ንደቂ እስራኤል ከርክብ ተበገሰ። ደቂ እስራኤል ግና ባሕሪ ዓጊትዎም ኣብ ጺ-ሃሒሮት ዝበሃል ቦታ ደው ኢሎም ነበሩ። ደቂ እስራኤል፡ ግብጻውያን ደድሕሪኦም ከም ዝገስገሱ ምስ ረኣዩ ኣዝዮም ፈርሑ፡ ናብ እግዚኣብሄር

ከኣ ተማህለሉ። ንሙሴ ድማ፡ ስለምንታይ ኢኻ ኣብዚ በረኻ እዚ ክንመውት ዘምጻእካና፧ ኢሎም ኣጕረምረምሉ። ሽዑ መሴ ነቶም ህዝቢ፡ ኣይትፍርሁ፡ ጽንዑ፡ ነቲ እግዚኣብሄር ሎሚ ዝገብረልኩም ምድሓን ረኣዩ። ነዞም ሎሚ እትርእይዎም ግብጻውያን ደጊም ንዘለኣለም ኣይክትርእይዎምን ኢኹም። እግዚኣብሄር ክዋግኣልኩም እዩ እሞ ህድኡ፡ በሎም።

እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እታ ኣብ ኢድካ ዘላ በትሪ ኣልዒልካ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሓያ እሞ፡ ምቐሎ። ደቂ እስራኤል ድማ ብማእከል ባሕሪ ብንቑጽ ይሕለፉ፡ በሎ። ሙሴ ድማ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርገሐ። እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ባሕሪ ለይቲ ብምልእታ ብብርቱዕ ንፋስ ምብራ̄ቕ ንድሕሪት ከም ዝምለስ ገበሮ፡ እቲ ማያት ከኣ ኣብ ክልተ ተመ̄ቕለ። ደቂ እስራኤል ድማ በቲ ንቑጽ ብማእከል ባሕሪ ሓለፉ። እቲ ማይ ከኣ ብየማነ ጸጋሞም ከም መንደ̄ቕ ደው በለ። ግብጻውያን ድማ ደድሕሪኦም ገስጊሶም ብማእከል ባሕሪ ሰዓብዎም። ደቂ



እስራኤል ግና ነቲ ባሕሪ ሓሊፎም ናብ መንጽሩ ናብቲ ገምገም ባሕሪ ተሳገሩ። እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እቲ ማያት ናብ ልዕሊ ግብጻውያን ምእንቲ ክምለስ ኢድካ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሕ፡ በሎ። ሙሴ ከኣ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርገሐ፡ እቲ ባሕሪ ከኣ ናብ ሰፈር ቀደሙ ተመልሰ። ግብጻውያን ከኣ ካብኡ ክሃድሙ ፈተኑ፡ ግናኸ እቲ ባሕሪ ኾኑሎም ደፈኖም እምበር ሓደ እኳ ኣይደሓነን። ደቂ እስራኤል ነቲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ግብጻውያን ዝገበሮ ዓቢ ሓይሊ ምስ ረኣዩ ንእግዚኣብሄር ፈርህዎ። ብእግዚኣብሄርን ብባርያኡ ሙሴን ድማ ኣመኑ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

**"እግዚኣብሄር ሓይለይን መዝሙረይን እዩ፡ ምድሓን ከኣ ኮነኒ። እዚ ኣምላኸይ እዩ እሞ፡ ከኽብሮ እየ። ኣምላኽ ኣቦይ እዩ፡ ክብ ከብሎ እየ" ዘጽ 15፡2**

# ኣብ በረኻ

## (ዘጸ 15፡22 - 16፡7)

ሙሴ ንደቂ እስራኤል መሪሑ ናብ በረኻ ኣውጽኦም። ማይ ከይረኸቡ ድማ፡ ሰለስተ መዓልቲ ተጓዕዙ። ማራ ናብ ዝተባህለ ቦታ ድማ በጽሑ፡ ማይ ማራ ግና መሪር ነበረ እሞ፡ ኪሰትይዎ ኣይከኣሉን። ሙሴ ከኣ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ፡ እግዚኣብሄር ድማ ሓንቲ ገረብ ኣርኣዮ። ሙሴ ካብታ ገረብ ዕንጨይቲ ወሲዱ ኣብቲ ማይ ኣእተዎ፡ እቲ ማይ ከኣ መቀረ። ደቂ እስራኤል ማይ ምስ ሰተዩ ጉዕዝኦም ቐጸሉ። እንተ ኾነ እቲ ጉዕዞ ከቢድ ነበረ። ስለዚ ኣብቲ በረኻ ደቂ እስራኤል ኣብ ሙሴን ኣሮንን ኣጕረምረሙ። ኣብ ግብጺ ከሎና፡ እንጌራን ስጋን ክሳዕ ንጸግብ ንበልዕ ነበርና፡ ንሸኻትኩም ግና ብጥሜት ክትቀትሉና ናብ በረኻ ኣውጻእኩምና፡ በሉ። ሽዑ እግዚኣብሄር ንሙሴ በሎ፡ እንሆ፡ ኣነ ካብ ሰማይ እንጌራ ኸዝንመልኩም እየ፡ ብሕገይ ዝኸዱ እንተ ኾኑ ወይ እንተ ዘይኮኑ ክርእዮም እየ። ኮነ ኸኣ ንምሸቱ እግዚኣብሄር ብብርኒጎታት ነቲ ሰፈር መልኦ፡ ብጊሓት ድማ ማና ዝበሃል እንጌራ ኣዝነመሎም። ንግሆ ንግሆ ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከም መጠን ብልዑ ማና ይእክብ ነበረ። ኮነ ኸኣ በታ ሳድሰይቲ መዓልቲ፡ ሙሴ ነቲ ህዝቢ፡ ጽባሕ ክቡር ዕረፍቲ፡ ንእግዚኣብሄር ቅድስቲ ሰንበት እያ እሞ፡ ንኽልተ መዓልቲ ዝኸውን እንጌራ ኣክቡ፡ በሎም። ስለዚ ኣብተን ሽዱሽተ መዓልቲ ይእክቡ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና፡ ሰንበት እያ እሞ ማና ኣይርከብን ነበረ። ገለ ሰባት ግና በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ይወጹ ነበሩ፡ እንጌራ ግና ኣይረኸቡን፡ ንሕጊ እግዚኣብሄር ብዘይ ምእዛዞም ድማ ንኣምላኽ ኣጉሃይዎ። ደቂ



እስራኤል ድማ ጉዕዝኦም ቐጸሉ። ዝሰትይዎ ማይ ድማ ሰኣኑ። ንሙሴ ድማ ኣጕረምረምሉ። እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ በታ በትሪ ጌሩ ነቲ ኸውሒ ክወቕዖ ነገሮ። ሙሴ ነቲ ከውሒ ምስ ሃረሞ ድማ እቲ ኸውሒ ማይ ኣውሓዘ። እቶም ህዝቢ ድማ ሰተዩ።

## ዓሰርተ ትእዛዛት
## (ዘጸ 19፡1-17)



እንሆ ደቂ እስራኤል ኣብ በረኻ ሰለስተ ወርሒ ገበሩ። ኣብ መንጽር ኸረን ሲና ድማ ሰፈሩ፡ ሙሴ ድማ ናብ ኣምላኽ፡ ናብቲ ከረን ደየበ። እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ንገሮም፡ በሎ። ቃለይ ኣጸቢቕኩም እንተ ሰማዕኩም፡ ኪዳነይውን እንተ ሓሎኹም፡ ኩላ ምድሪ ናተይ እያ እሞ ሓለፋ ኹሎም ህዝብታት ገንዘበይ ክትኰኑኒ ኢኹም። ሙሴ ድማ ንዓበይቲ እስራኤል ጸዊዑ፡ ኩሉ እቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ነገሮም። ሙሴ ኸኣ ናብቲ ህዝቢ ወሪዱ፡ ነቲ ህዝቢ ቀዲሱ ኣዳለዎ። እንሆ ድማ እግዚኣብሄር ብነጐድን በርቕን ደበናን ናብቲ ከረን ወረደ። ሙሴ ድማ ነቲ ህዝቢ ናብቲ እግሪ ከረን ኣውጽኦ፡ ንሱ ድማ ምስ እግዚኣብሄር ክራኸብ ናብቲ ከረን ደየበ። ኣብኡ ድማ እግዚኣብሄር ተዛረቦ።

ኩሎም ህዝቢ ድማ ነጐድን ሃልሃልታን ደሃይ መለኸትን እቲ ከረን ኪተኸኽን ረኣዩ። እናኣንቀጥቀጡ ድማ ንሙሴ፡ ንስኻ ንገረና ክንሰምዕ ኢና፡ በልዎ። ሙሴ ድማ ተዛረቦም። እተን ትእዛዛት ድማ ኣብ ክልተ ጽላት እምኒ ተጻሒፈን ነበራ። ንሳተን ድማ እዘን ዝስዕባ እየን።

1. ካብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኻ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ፣ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይሃልውኻ።
2. ምስልን ስእልን ዘበለ ንዓኻ ኣይትግበር፣ ኣይትስገደሎምን ኣይተገልግሎምን ድማ።
3. ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል።
4. መዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘክራ።
5. ኣብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ዕ ድሜኻ ምእንቲ ኪነውሕሲ፣ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር።
6. ኣይትቕተል
7. ኣይትዘሙ
8. ኣይትስረቕ
9. ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር።
10. ቤት ብጻይካ ኣይትተምነ።

## ምስራሕ ምራኽ
## (ዘጽ ምዕ 32)

ደቂ እስራኤል ኣጕረምረምትን ተረርትን ህዝቢ እዮም ዝነበሩ። ገለ ነገር ምስ ዝጐድሎም ድማ ኣብ ልዕሊ ሙሴን እግዚኣብሄርን የጕረምርሙ ነበሩ። ደቂ እስራኤል ኣብ ከረን ሲና ምስ በጽሑ፣ ሙሴ ምስ እግዚኣብሄር ክዘራረብን ነተን ዓሰርተ ትእዛዛት ክቕበልን ደየበ። ኣብቲ ከረን ድማ ደንጎየ። እቲ ህዝቢ ድማ ንኣሮን ከምዚ በሎ፣ ንሙሴ እንታይ ከም ዝረኸቦ ኣይንፈልጥ ኢና እሞ፣ ተንስእ ቀቅድሜና ዚኸዱ ኣማልኽቲ ግበረልና። ኣሮን ድማ ካብ ኣንስቶምን ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን ቆላብቲ ወርቂ ቀንጢጦም ከምጽእሉ ነገሮም። እቶም ህዝቢ ድማ ከምኡ ገበሩ። ኣሮን ከኣ ነቲ ወርቂ ብሓዊ ኣምኪኹ ምራኽ ገበሮ። እቶም ህዝቢ ኸኣ፣ ዎ እስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ዘውጽኡኻ ኣማልኽቲ እዚኣቶም እዮም፣ በሉ። ኣሮን ከኣ መሰውኢ ሰርሔ እሞ ዚሓርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ሰውኡ። ሽዑ እግዚኣብሄር ንሙሴ ከምዚ በሎ፣ እዚ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእካዮ ህዝብኻ በዲሉ እዩ እሞ፣ ካብዚ ከረን ውረድ። እግዚኣብሄር ድማ ስለቲ

ዝገበርዎ በደል ነቶም ህዝቢ ከጥፍኦም ደለየ፣ ሙሴ ግና ስሊኦም ጸለየ፣ እግዚኣብሄር ድማ ካብቲ ክገብሮም ዝሓሰበ ክፉእ ተጣዕሰ።

ሙሴ ካብቲ ከረን ክወርድ ከሎ፣ ዓሰርተ ትእዛዛት ዝተጻሕፈን ክልተ ጽላት እምኒ ሒዙ ነበረ። ናብቲ ህዝቢ ምስ ቀረበ፣ ብዙሕ ድምጽን ጭራሕ ምራሕን ሰምዔ። ኮነ ኸአ ሙሴ ነቲ ዝሰርሕዎ ምራኽን እቶም ህዝቢ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ክስዕስዑ ምስ ረኣየ፣ ነተን ዓሰርተ ትእዛዛት ዝሓዛ ጽላት ሰበረን። ንኣሮን ሓዉ ድማ ነቶም ህዝቢ ስዲ ስለ ዝሰደዶም ተቖጥዖ። ነቶም ናይ እግዚኣብሄር ዘበሉ ናብኡ ክፍለዩ ኣዘዞም። ደቂ ሌዊ ድማ ተፈልዩ እሞ፣ ነቶም ክፉእ ዝገበሩ ሰባት ቀተልዎም። ሙሴ ድማ ስለቶም ህዝቢ ስለቲ ዝገበረዎ ሓጢኣት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጸለየ። እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሓጢኣቶም ይቕረ በለሎም።

## ሙሴ ገጹ ይትልበብ
## (ዘጸ 34፥29-35)

ሙሴ ድማ ኣብቲ ከረን ምስ እግዚኣብሄር ንኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ጸንሔ። ኮነ ኸአ ሙሴ ካብ ከረን ሲና ክወርድ ከሎ፣ ኣብ ኢዱ ነተን ክልተ ጽላት እምኒ ሒዘወን ነበረ። ሙሴ ምስ እግዚኣብሄር ብምዝራቡ እቲ ቆርበት ገጹ ከም ዘንጸባረቐ ኣይፈለጠን ነበረ። ኣሮንን ኩሎም ደቂ እስራኤልን ንሙሴ ምስ ረኣዩ፣ እንሆ፣ ቆርበት ገጹ የንጸባርቕ ነበረ እሞ፣ ናብኡ ንምቕራብ ፈርሁ። ሙሴ ከኣ ንኣሮንን ኩሎም ደቂ እስራኤልን፣ እቲ እግዚኣብሄር ኣብ ከረን ሲና ዝነገሮ ኩሉ ነገሮም። ምሳታቶም ተዛሪቡ ምስ ወድኤ፣ ኣብ ገጹ ጉልባብ ገበረ። ሙሴ ምስ እግዚኣብሄር ንክዛረብ ምስ ዝኣቱ፣ ክሳዕ ዝውድእ ነቲ ጉልባብ የልዕሎ ነበረ። ምስ ደቂ እስራኤል ክዛረብ ኸሎ ድማ በቲ ጉልባብ ንገጹ ይኸድኖ ነበረ።

<u>**ዝጽናዕ ጥቕሲ**</u>

"ነቲ ኣብኡ ዝተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ክትገብሮስ፣ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፣ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ኻብ ኣፍካ ኣይትፍለ። ሽዑ መገድኻ ተቕንዕ እሞ፣ ሽዑ ድማ ኪሰልጠካ እዩ። ጽናዕ፣ ትባዕ፣ ኢለዶ ኣይኣዘዝኩኻን፧ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፣ ኣብ እትኸዶ ኹሉ ምሳኻ እዩ እሞ፣ ኣይትፍራህ ኣይትሸበር ከኣ" እያ 1፥8-9

# ምስራሕ ድንኳን ምርኻብ
## (ዘጸ ምዕ. 24-40)



ኣብቲ በረኻ፡ እቶም ህዝቢ ንምላኽ ከምልኽሉ ዝኽእሉ ቦታ ኣይነበሮምን። ቤተ መቕደስ ኣይነበረን። ኣምላኽ ግና ንሙሴ ብቴንዳ ገይሩ ድንኳን ምርኻብ ዝበሃል ቤተ መቕደስ ክሰርሓሉ ነገሮ። ስለዚ ሙሴ ብቴንዳ ገይሩ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ድንኳን ምርኻብ ሰርሐ። ድንኳን ምርኻብ ነዊሕ ኣብ ላዕላዩ ድማ ጸፊሕ ዝኾነ ቤተ መቕደስ እዩ። ኣብ ውሽጢ ድንኳን ምርኻብ ብመጋረጃ ዝተፈላለያ ክልተ ክፍልታት ኣለዋ። እታ ሓንቲ ቅድስቲ ክትበሃል እንከላ፡ እታ ሓንቲ ከኣ ቅድስተ ቅዱሳን ትበሃል። ኣብ ውሽጢ እታ ቅድስተ ቅዱሳን እግዚኣብሄር ይቕመጥ ነበረ። ታቦት እግዚኣብሄር ዓሰርተ ትእዛዛት ዝተጻሕፈሉ ብወርቂ ዝተለበጠ ዕንጨይቲ ነበረ። ታቦት፡ መሕደሪ እቲ ልዑል ኣምላኽ ኣብ ማእከል ህዝቡ እዩ። ቀዋሚ ቀንዴል ምስ ሸውዓተ ጨናፍሩ ከምኡ'ውን ንእንጌራ ምርኣይ ዝበሃል ፍሉይ ቅጫ መቀመጢ ዝኾውን ጠረጴዛን ኣብ ውሽጢ እቲ ድንኳን ነበሩ። ኣብ ቀጽሪ እቲ ድንኳን ድማ ንዝሓርር መስዋእቲ ዝኾውን መሰውኢ ነበረ። ኣሮንን ደቁን ከኣ ካህናት ነበሩ። ሙሴ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ነቲ ቀንዴል ኣቐሙ ጥዑም ዝሽትኡ ዕጣን የሕርር ነበረ። እቲ ድንኳን ትርብዒታዊ ቅርጺ ዘለዎ ኮይኑ ገፊሕ ቀጽሪ'ውን ነበሮ። ኣብ መንጎ እቲ ቀጽርን እቲ መሰውእን ከኣ ካብ ኣስራዚ ዝተሰርሐ ዓቢ ሸሓኒ ነበረ። ኣሮንን ደቁን ቅድሚ ናብቲ ቅዱስ ቦታ ምእታዎም ካብቲ ኣብቲ ሸሓኒ ዝነበረ ማይ ይሕጸቡ ነበሩ። እቲ ህዝቢ ንኣምላኽ የምልኽ ነበረ፡ እቲ ድንኳን ምርኻብ ከኣ ብኽብሪ ኣምላኽ መልአ።

## በትሪ ኣሮን
## (ዘሁ 17፡1-13)

ሙሴ ንደቂ እስራኤል ብቊጽሪ ደቂ ያእቆብ ኣብ ዓሰርተው ክልተ ነገዳት መቐሎም። ንነፍሲ ወከፍ ነገድ ድማ መራሒ ሸይሙሎም ነበረ። እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ተዛረቦ፡ ንደቂ እስራኤል ከካብ ነገዶም ሓደ በትሪ ውሰድ፡ ስም ነፍሲ ወከፍ መራሒ ድማ ኣብ በበትሩ ጽሓፍ። ኣብ በትሪ ነገድ ሌዊ ድማ ስም ኣሮን ጽሓፍ እሞ፡ ነተን ኣባትር ናብ ድንኳን ምርኻብ ኣብ ቅድሚ ታቦት ኣንብረን። ክኸውን ድማ እዩ፡ እቲ ኣነ ዝሓረኽዎ ሰብኣይ፡ በትሩ ክትጥጥዕ እያ። እቲ ደቂ እስራኤል ዘጕረምረሙልኩም ምጕርምራም ድማ መወዳእታ ክገብረሉ እየ፡ በለ። ካብ ደቂ እስራኤል ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ዝጸረፉን ኣብ ልዕሊኦም'ውን ዘጕረምረሙን ነበሩ እሞ፡ ነዚ መወዳእታ ክገብረሉ ኢሉ እዩ፡ ኣምላኽ ንሙሴ ከምዚ ዝኣዘዞ። ሙሴ ድማ ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ ገበረ። ንጽብሒቱ ድማ ኮነ፡ ሙሴ ናብ መቕደስ ምስ ኣተወ፡ እንሆ በትሪ ኣሮን ናይ ነገድ ሌዊ፡ ጠጢዓ ቖጽሊ ኸኣ ኣውጺኣ፡ ዕምባባ'ውን ዓምቢባ፡ ብሱል ፍረ ድማ ፈርያ ተረኽበት። ሙሴ ኸኣ ነተን ኣባትር ናብ ደቂ እስራኤል ኣውጽኤን። ነፍሲ ወከፍ ነገድ በበትሩ ወሰደ። እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ንደቂ እስራኤል ምእንቲ ትእምርቲ ክኾኖምሲ፡ ብምጕርምራም ድማ ከይጠፍኡስ፡ ንበትሪ ኣሮን ወሲድካ ኣብ ቤት መቕደስ ኣንብራ፡ በሎ። ሙሴ ኸኣ ከምኡ ገበረ።

## ኣድጊ በልዓም
## (ዘሁ 22፡1-23፡12)



ደቂ እስራኤል ነዊሕ ምስ ተጓዕዙ፡ ኣብ ጎልጎል ሞኣብ ሰፈሩ። ባላቅ፡ ንጉስ እታ ሃገር ድማ፡ ደቂ እስራኤል ናብ ሃገሩ ክኣትው ከም ዝቐረቡ ምስ ረኣየ ተሸበረ። ንበልዓም እተባህለ ነብዩ ክጽውዕዎ ድማ ልኡኻት ሰደደ። እንሆ፡ እቲ ካብ ግብጺ ዝወጸ ህዝቢ፡ ኝኹላ ገጽ ምድሪ ኸዲኑ ኣብ ቅድመይ ሰፊሩ ኣሎ፡ ንሱ ኻባይ ዝሕይል እዩ እሞ፡ ምናልባሽ ክወቕዖ እንተ

ኸኣልኩስ፣ ነዚ ህዝቢ እዚ ርገመለይ፣ ኢሉ ኸኣ ለመኖ። በልዓም ድማ ኩሉ እቲ ባላቅ ዝበሎ ንእግዚኣብሄር ነገሮ። እግዚኣብሄር ድማ፣ ምሳታቶም ኣይትኸድ እዚ ህዝቢ እዚ ምሩኽ እዩ'ሞ ኣይትርገሞ፣ በሎ። በልዓም ድማ ነቶም ልኡኻት እቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ነገሮም። እቶም ልኡኻት ድማ ንባላቅ ነገርዎ። ባላቅ ድማ ብዙሓት ሹማምንቲ ናብ በልዓም ሰደደ። እትብለኒ ኹሉ ክገብረልካ እየ እሞ፣ በጃኻ ንዓ ነዚ ህዝቢ ርገመለይ፣ በሎ። በልዓም ድማ፣ ባላቅ ንቤቱ መሊኡ እኳ ወርቅን ብሩርን እንተ ዝህበኒ ቃል እግዚኣብሄር ኣየፍርስን እየ፣ በለ። ብጊሓት ተንሲኡ ግን ኣድጉ ጽዒኑ ምስቶም ሰባት ተበገሰ። ኵራ ኣምላኽ ድማ ነደደ። ኣድጉ ተወጢሑ ክኸይድ ከሎ ድማ፣ መልኣኽ እግዚኣብሄር፣ ካብ መገዱ ክኽልክሎ፣ ምሉሕ ሴፍ ሒዙ ኣብ ቅድሚኡ ደው በለ። እታ ኣድጊ ነቲ መልኣኽ ርእያ ካብ መገዲ ኣግለሰት ናብ ግራት ኣቢላ ከኣ ኸደት። በልዓም ድማ ንክመልሳ ወቕዓ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ብመንደቅ ኣብ ዝተጋረደት ጸባብ መገዲ ደው በለ። እታ ኣድጊ ድማ ርእያ ናብቲ መንደኽ ሃደመት። ንእግሪ በልዓም ድማ ምስቲ መንደኽ ኣራጸመቶ። በልዓም ድማ መመሊሱ ወቕዓ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ መሊሱ ንየማን ወይ ንጸጋም መላገሲ ኣብ ዜብላ ጸባብ መገዲ ደው በለ። እታ ኣድጊ ርእያ ኣብ ትሕቲ በልዓም በጥ በለት። በልዓም ድማ ኣዝዩ ተቘጢዑ ነታ ኣድጊ ብበትሪ ወቕዓ። ሽዑ እግዚኣብሄር ኣፍ እታ ኣድጊ ኸፈተ፣ ንበልዓም ድማ፣ እዚ ሰለስተ ሳዕ ዝወቓዕካኒ እንታይ ገይረካ እየ፣ ኢላ ሓተተቶ። በልዓም ድማ፣ ስለ ዜላገጽክለይ፣ ሴፍ ኣብ ኢደይ እንተ ዝህሉ ሕጂ ምቐተልኩኺ፣ በላ። እታ ኣድጊ ድማ፣ ኣነ ክሳዕ እዛ መዓልቲ ንነዊሕ ዘመን ዝተወጣሕካኒ ኣድግኻ'ዶ ኣይኮንኩን፤ በለቶ። ሽዑ እግዚኣብሄር ንኣዒንቲ በልዓም ኸፈተን፣ ንሱ'ውን ንመልኣኽ እግዚኣብሄር፣ ኣብ ኢዱ ሴፍ ሒዙ፣ ኣብ መገዲ ደው ኢሉ ረኣዮ። ፍግም ኢሉ ድማ ሰገደ። እግዚኣብሄር ድማ፣ ስለምንታይ ኢኻ ነዛ ኣድግኻ ሰለስተ ሳዕ ዝወቓዕካያ፤ እዛ ትኸዳ ዘሎኻ መገዲ ቅንዕቲ ኣይኮነትን እሞ ክኽልክለካ መጻእኩ፣ እታ ኣድጊ ድማ ርእያትኒ ካብ ቅድመይ ኣግለሰት። ንሳ እንተ ዘይተልግስ ግና ምቐተልኩኻ ነይረ፣ በሎ። በልዓም ከኣ ነቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር፣ ንምኽልካለይ ኣብ መገዲ ደው ከም ዝበልካ ኣይፈለጥኩን እሞ በደልኩ። ሕጂ ድማ ይምለስ፣ በለ። እቲ መልኣኽ ድማ፣ ምስቶም ሰባት ኺድ፣ ግናኸ ነቲ ኣነ ዝብለካ ጥራይ ተዛረብ፣ በሎ። በልዓም ድማ ምስቶም ሹማምንቲ ኸደ፣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ድማ፣ ንደቂ እስራኤል መረቆም እምበር ኣይረገሞምን።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ንእግዚኣብሄር ሓንቲ ነገር ለሚነዮ፡ ውቃበ እግዚኣብሄር ንምርኣይ፡ መቕደሱውን ንምምርማርሲ ሙሉእ ዕድመይ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ክነብር ደልየ ኣሎኹ"
መዝ 27፡4-5

## ረሃብን እቶም ሰለይትን
## (ዘዳ 32፡48-52፣ እያ 1፡1-2,29)

ሙሴ ናብታ ዝተተስፈዉዋ ሃገር ቅድሚ ምእታዉ ሞተ፡ ግናኸ ብማዕዶ ነታ ሃገረ ረኣያ፡ ደቂ እስራኤል ድማ ነታ ሃገር ክወርሱ ብዙሕ ከም ዘይተረፎም ፈሊጡ ነበረ። እቲ ሓድሽ መራሒኦም እያሱ እዩ ዝነበረ። እግዚኣብሄር ድማ ከምቲ ምስ ሙሴ ዝነበረ ምስኡ ከም ዝኸውን ኣተስፈዎ ነበረ። እያሱ ሓያልን ተባዕን ጥራይ ክኸውን እግዚኣብሄር ነገሮ።

ደቂ እስራኤል ናብ ሩባ ዮርዳኖስ በጽሑ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ነታ ክወርስዋ ኸኽንድዚ ዝኣክል ዝተጓዕዙላ ሃገር፡ ክኣትዉ ክሰግሩ ምዃኖም ፈለጡ። እያሱ እታ ሃገር እንታይ ከም እትመስል ክፈልጥ፡ ክልተ ሰለይቲ ናብ ያሪኮ ለኣኸ። እቶም ስለይቲ ከምቲ እያሱ ዝበሎም፡ ኣብ ያሪኮ በጽሑ፡ ኣብኡ ድማ ኣብ ሓንቲ ረሃብ እትብሃል ሰበይቲ ጸንሑ። እቲ ንጉስ ድማ ሰለይቲ ናብታ ከተማ ከም ዝመጹ ሰምዐ፡ ከምዚ ኢሎም ድማ ነገርዎ፡ ሎሚ ምሸት ገለ ሰባት ካብ ደቂ እስራኤል ነዛ ሃገር ክስልዩ ኣትዮም ኣለዉ። እቲ ንጉስ ልኢኹ ነቶም ምስኣ ዘለዉ ሰብኡት ከተውጽኦም ነገራ። ንሳ ግን ነቶም ናይ እያሱ ሰብኡት፡ ኣብ ልዕሊ ናሕሲ ቤታ ክድይቡ፡ ኣብቲ ከተንቅጸ ኢላ ዝሰጥሓቶ እንጣጢዕ ክሕብኡ መኸረቶም። ናብቲ ንጉስ ድማ ከምዚ ኢላ ለኣኸት፡ እቶም ሰብኡት ኣብዚ ነይሮም እዮም፡ ግናኸ ካበይ ከም ዝመጹ ኣይፈለጥኩን፡ በታ ጸሓይ ዝዓረበትላ ጊዜ ድማ ካባይ ከይዶም፡ ናበይ ከም ዝኸዱውን ኣይፈለጥኩን፡ ቀልጢፍኩም እንተ ኸድኩም ግና ከተርክብዎም ኢኹም። እቶም ካብ ንጉስ ዝተላእኹ ሰባት፡ ነቶም ሰለይቲ ከርክብዎም፡ ቀልጢፎም ንዮርዳኖስ ገጾም ተጓዕዙ፡ ደገ እታ ከተማ ድማ ብድሕሪኦም ተሸጎረ። ካብኣ ምስ ወጹ፡ ረሃብ ናብቲ እቶም ሰለይቲ ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ ናሕሲ ደየበት። እግዚኣብሄር እዛ ሃገር እዚኣ ከም ዝሃበኩም፡ ሕጂ ፈለጥኩ፡ ኩላትና ኣብ ቅድሜኹም መኸኽና። እግዚኣብሄር ንባሕሪ ኤርትራ ከመይ ገይሩ ከም

ምድሪ ኣንቂጹ ካብ ግብጺ ከም ዘውጽኣኩም፡ ኣብ መገድኹም ድማ ንጸላእትኹም ከመይ ጌርኩም ከም ዘሰዓርክምዎም ሰማዕና። ሕጂ ድማ እልምነኩም ኣለኹ፡ ከምቲ ኣነ ሰናይ ዝገበርኩልኩም ንቤት ኣቦይ ሰናይ ግበሩላ፡ ኩላትና ብህይወት ከም እትሓድጉና ድማ ምልክት ሃቡኒ፡ በለቶም።



ሽዑ እቶም ሰብኡት፡ ብዛዕባና እንተ ዘይተዛረብኩምሲ፡ እግዚኣብሄር ነዛ ምድሪ ኣብ ኢድና ምስ ሃበና፡ ሽዑ ንሕና ብምሕረት ክንጥምተኩም ኢና፡ በልዋ። ቤት ረሃብ ኣብ ወሰን እታ ዕርድቲ ከተማ ስለ ዝነበረ፡ ገመድ ዘርጊሓ ብመስኮት ኣውረደቶም። ናብቲ ከረን ኣቢልኩም ኪዱ፡ ኣብኡ ድማ ክሳዕ እቶም ንዓኹም ክረኽቡ ኢሎም ደድሕሬኹም ዝሰዓቡ ሰብኡት ዝምለሱ፡ ሰለስተ መዓልቲ ተሓብኡ፡ ሽዑ መገድኹም ትኸዱ፡ በለቶም። ሽዑ እቶም ሰለይቲ፡ ናብ ምድርኹም ምስ መጻና፡ ነዚ ቀይሕ ገመድ ኣብ መስኮትኩም ኣንብርዎ፡ ንኹሎም ቤትኪ ድማ ኣብ ገዛኺ ኣክብዮም። ኣብዚ ቤት ዝጸንሐ ዘበለ ክድሕን እዩ፡ በልዋ።

## እያሱ ንያሪኮ ሒዝዋ
## (እያ 6፣1-27)

እያሱ ንደቂ እስራኤል ናብ ያሪኮ ኣቢሉ መርሖም፡ ኣብ መንጽሩ ደው ኢሎም ድማ ነቲ ናይታ ከተማ መናድቕ ይርእዩ ነበሩ። እቲ ኣፍደገ ድማ ተዓጽዩ ነበረ። ከምኡውን እቶም ኣብታ ከተማ ዝነብሩ ሰባት፡ ንከተማኦም ክከላኸሉ ተቐሪቦም ነበሩ። ከምይ ኢሎም ደኣ እስራኤላውያን ናብ ውሽጢ ያሪኮ ክኣትዉን ክሕዝዋን እዮም፧ ሽዑ እግዚኣብሄር ንእያሱ ከምዚ ኢሉ ኣዘዞ። ነታ ከተማ ንሽዱሽተ መዓልታት፡ ሓደ ጊዜ ንመዓልቲ ዙርዋ። እቶም ተዋጋእትኻ ኣብኡ ክህሉዉ እዮም። ኣብ ቅድሚኦም ድማ እቶም መለኸት ዝነፍሑ ካህናትን እቲ ታቦትን ይመጽእ። ኣብ ሻብዐይቲ መዓልቲ፡ ንያሪኮ ሸውዓተ ጊዜ ዙርዋ። ሽዑ እቶም ካህናት መለኸቶም ይንፍሑ። እቲ ህዝቢ ድማ ነቲ ድምጺ መለኸት ምስ ሰምዐ፡ ዓው ኢሉ ይጨድር፡ ሽዑ እቲ መናድቕ ክፈርስ እዩ። እያሱ ድማ ነቶም ካህናትን ነቲ ታቦትን መለኸቶም ከልዕሉ ነገሮም። ተዋጋእቲ ሰባት ድማ ብቅድሚትን ድሕሪትን

ተሰለፉ፣ ኩሉ እቲ ህዝቢ ድማ ደድሕሪኦም ሰዓቦም። እያሱ ድማ ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፣ ኣነ ክሳዕ ዝነግረኩም፣ ኣይትዛረቡን ኣይተድምጹን። ንሸዱሽተ መዓልትታት ኩሎም ነታ ከተማ ሓንሳእ ዞርዋ። እቶም ሰብ እታ ከተማ ብመስኮት ተቐልቂሎም፣ እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ እናተደነቑ፣ ብርቱዕ ፍርሃት ፈርሁ። ኣብታ ሻብዐይቲ መዓልቲ እያሱ ኣንጊሁ ተንሲኡ፣ ዘለዎ ዘበለ ኩሉ ሰርየ። ነታ ከተማ ድማ ሸውዓተ ጊዜ ዞርዋ። ሻብዐይቲ ጊዜ ዜሮም ምስ ወድኡ፣ እቶም ካህናት መለኸቶም ነፍሑ፣ እያሱ ድማ ዓው ኢሉ፣ እግዚኣብሄር ነዛ ከተማ እዚኣ ኣብ ኢድኩም ሂብኩም እዩ እሞ፣ ጨድሩ፣ በሎም። ሽዑ እቲ ህዝቢ ጨደረ፣ እቲ መለኸት ድማ ተነፍሐ፣ መናድቕ እታ ከተማ ድማ ናብ ታሕቲ ኣቢሉ ወደቐ። ሽዑ ደቂ እስራኤል ንውሽጢ ኣትዮም ነታ ከተማ ሓዝዋ፣ ረሃብን ስድራቤታን ግና ኣብታ ተዓቚቦሙላ ዝነበሩ ቤት ከይተጎድኡ ጸንሑ። እግዚኣብሄር ድማ ምስ እያሱ ነበረ፣ ወሪኡ ድማ ኣብ ኩላ እታ ሃገረ ተሰምዐ።



**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ኣምላኽ ሓንሳእ፣ ክልተ ሳዕ ይዛረብ፣ ሰብ ግና ኣየቕልብን እዩ" እዮ 33፣14

## እቶም ዘምሰሉ ሰባት
## (እያ 9፣1-27)

ካብ ያሪኮ ብዙሕ ዘይትርሕቕ ጊብዖን እትብሃል ከተማ ነበረት። ኣብኣ ዝነብሩ ሰባት ድማ ብዛዕባ እያሱ ምስ ሰምዑ፣ ኣዝዮም ፈርሁ። ናብኡ ኸኣ ልኡኻት ሰደዱ። እቶም ልኡኻት ከኣ ዝኣረገ ክዳውንቲ፣ ዝበለየ ጫማ ለቢሶም ነበሩ። ምስኦም ድማ ዝዓሰወ እንጌራ ተማልኡ። እዚ ኹሉ ዝገበሩ፣ ቤቶም ኣዝዩ ርሑቕ ምዃኑ፣ ብዙሕ መገዲ ከም ዝተጓዓዙ ከምስሉ ደልዮም

እዮም። እቶም ልኡኻት፡ ዝኣረገ ከረጺትን፡ ብዙሕ ዝገበረን ዝኣረገን ሎቖታ ወይንን ኣብ ኣእዱጎም ጽዒኖም ነበሩ። በዚ ድማ ኣብ ቅድሚ እያሱ ክቐርቡ ከለዉ፡ በቲ ገይሮምዎ ዝነበሩ ዝኣረገ ክዳውንቶም፡ ሕማቕን ዝበለየን ሳእኖምን ኣህዛብ መሰሉ። ንሕና ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጸእና ኢና፡ ስለዚ ምሳኻትኩም ኪዳን ክንተኣታቶ ደሊና ኣለና፡ ክኣ በልዎም። ካብ ቤትና ክንብገስ ከለና እዚ እንጌራ ውዕይን ሓድሽን ነበረ፡ ነዊሕ ጉዕዞ ስለ ዝተጓዓዝና ግና እነሆ ነቒጹ። ከምኡ'ውን እዚ ሓርቢ ወይንና ሓድሽ ነበረ፡ ሕጂ ግና ኣብዚ ሓርብን ኣብ ክዳንናን እሞ ተዓዘቡ፡ እነህለ ኣሪጉ። ነቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዝገበሮ ምስ ሰማዕና ናባኻትኩም ዝመጻእና ባሮትካ ኢና። እያሱ ድማ ኣብ መንጎኦም ሰላም ከም ዝኸውን ተመባጽዐ። ዝቐትሎም ከም ዘየለ'ውን ነገሮም። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ግና፡ እቶም ሰባት ከም ዝተጻወትሉ ፈለጠ። ንሳቶም ኣብ ርሑቕ ሃገር ዝነብሩ ዘይኮኑስ፡ ሰብ ጎሮቤቶም ከም ዝነበሩ ኣስተውዓለ። ከተማታቶም ድማ ቀረባኦም እየን ዝነበራ። ሰብ እያሱ ናብ ጊብያንን ኣብ ጥቐኣን ዝነበራ ከተማታትን ከዱ፡ ግና ኪዳን ኣትዮምሎም ስለ ዝነበሩ፡ ሓንቲ እኳ ኣይጎድእዎምን። ንኸይንትንክየኩም ኢልና ከም ዝተዛረብና ንፈልጥ ኢና። ስለዚ ክንትንክፈኩም ኣይንኽእልን ኢና፡ በልዎም። ብህይወት ክነብሩ ክንሓድጎም ኢና፡ ግናኸ ኩሉ ጊዜ ቆረጽቲ ዕንጸይትናን ወረድቲ ማይናን ክኮኑና እዮም፡ ድማ በሉ።

## ምውራስ ምድሪ ከንኣን
## (እያ 24)

ወለዶ ናይ ደቂ እስራኤል ካብ ኣብርሃም እዩ። እግዚኣብሄር ድማ ንኣብርሃም፡ ምድሪ ከንኣን ንዘርኡ ከም ዝህቦ ቃል ኣትዩሉ ነበረ። ምድሪ ከንኣን ኣዝዩ ልሙዕ መሬትን ብዙሕ ኣታኽልትን ማይን ዝነበሮ ምድሪ እዩ ዝነበረ። እግዚኣብሄር ድማ ነዚ ምድሪ እዩ ንደቂ እስራኤል ንርስቲ ሂብዎም። ካብ ግብጺ ተበጊሶም ክሳዕ ምድሪ ከንኣን ዝኣትዉ ኣርብዓ ዓመት ወሲድሎም። ነቶም ኣብ ከንኣን ዝጸንሕዎም ህዝብታት ተዋጊኦም ስዓሮም ኣውጽእዎምን ኣጥፍእዎምን። ነታ ምድሪ ከንኣን ድማ እቶም 12 ነገድ እስራኤል ከከም ብዝሖም ብዕጫ ተማቒልዋ። እያሱ ድማ ነቶም ህዝቢ ብምሉእ ልቦም ንእግዚኣብሄር ከገልግልዎ ኣዘዞም። ንኻልኦት ኣማልኽቲ ከየገልግሉ ድማ ኣጠንቀቖም።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"...ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሄር ኢና እነገልግል"

እያ 24፡15

## ዘመነ መሳፍንቲ
## (መሳ ምዕ. 1 - 5)

እያሱን እቶም እግዚኣብሄር ካብ ግብጺ ዘውጽኦም ወለዶ ምስ ሞቱ፣ ነቲ እግዚኣብሄር ዝገበሮ ዓበይቲ ግብርታት ዘይፈልጥ ካልእ ወለዶ ተንስኤ። ደቂ እስራኤል ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ክገብሩ ጀመሩ። ነቶም ኣብ ከባቢኦም ዝነበሩ ካልኦት ኣማልኽቲ ከገልግሎ ጀመሩ። እግዚኣብሄር ድማ ከምዚ ክብድሉ ከለዉ መታን ክቕጽዑ ናብ ምርኮ ኣሕሊፉ ይህቦም ነበረ። በደሎም ምስ ተኣመኑን ናብ እግዚኣብሄር ምስ ተማህለሉን ግና ዘድሕንዎም መሳፍንቲ የተንስኣሎም ነበረ። ሓደ ጊዜ ከአ ደቂ እስራኤል ክፉእ ምስ ገበሩ፣ እግዚኣብሄር ናብ ንጉስ ከንኣን ኣሕሊፉ ሃቦም። እቲ ንጉስ ድማ የሳቕዮም ነበረ። ሲሰራ ዝበሃል ሓለቓ ሰራዊት ናይቲ ናይ ከንኣን ንጉስ ድማ ነበረ። ደቂ እስራኤል በቲ ዝበጽሖም ጸበባ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለሉ። እግዚኣብሄር ድማ ምህለላኦም ሰሚዑ ዴቦራ እትብሃል ነብዪት ኣተንስኣሎም። ዲቦራ ከኣ፣ ንባራቕ ዝበሃል ሰብኣይ ጸዊዓ ፣ ካብ ደቂ እስራኤል ሰባት ሓርዩ ምስ ከንኣናውያን ክዋጋእ ነገረቶ። ባራቕ ግና፣ ንዴቦራ ምስኡ ክትከይድ ናይ ግድን በላ ንሳ ድማ ምስኡ ናብቲ ውግእ ከደት። እቶም ከንኣናውያን ብሲሰራ ዝምራሕ፣ ኣፍራስን ሰረገላታትን ዝነበሮ ሰራዊት ነበሮም። እግዚኣብሄር ድማ ንደቂ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ከንኣናውያን ዓወት ሃቦም። እቶም ከንኣናውያ ድማ ሃደሙ። ሲሰራ እቲ ሓለቓ ሰራዊት ሃዲሙ ናብ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ገዛ ኣተወ። ደኺሙ ስለ ዝነበረ ድማ ደቀሰ። እታ ሰበይቲ ከም ዝደቀሰ ምስ ረኣየት፣ ሓጺን ወሲዳ ኣብ ርእሱ ሸኸለት። ሲሰራ ድማ ሞተ።

## ጸውዒት ጊደዎን
## (መሳ 6፤1-32)

ደቂ እስራኤል እንደገና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ በደሉ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ሸውዓተ ዓመት ናብ ኢድ ሚድያን ኣሕሊፉ ሀቦም። ብዙሕ ውግኣት'ውን ተዋግኡ። ብዙሕ ጊዜ ድማ ኣብ ኢድ ጸላእቶም ወደቑ። ህይወት ንዕኦም ከቢድ እዩ ዝነበረ። ደቂ እስራኤል ናብቲ ኣኽራናት ኣቢሎም ቤቶም ኣብቲ ስዉር ዝኾነ ባታታት ክሰርሑ ተሰዱ። ስርናዮም ምስ ዘርኡ፣ እቶም ሚድያናውያን ብብዝሒ ቁጽሪ መጺኦም ነቲ ዘራእቶምን ጥሪቶምን የዕ ንውሎም ነበሩ። በዚ ድማ ደቂ እስራኤል ናብ እግዚኣብሄር ይምህለሉ ነበሩ። ኣብኡ ጊደዎን ዝስሙ ጎበዝ መንእሰይ ኣብ ጥቓ መጽሞቒ ወይኒ ስርናይ ይዘብጥ ነበረ። ነቲ ስርናይ ካብቶም ሚድያናውያን ክሓብኦ ኢሉ እዩ እዚ ዝገብር ዝነበረ። ኣብቲ ዝዓየሉ ዝነበረ ቦታ ኮይኑ፣ ናብታ ኣብ

ጥቕኡ ዘላ ድዋ እንተ ጠመተ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ኣብ ትሕቲ ገረብ ኮፍ ኢሉ ረኣየ። እቲ መልኣኽ ድማ፡ ኣታ ሓያል ጅግና፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ እዩ፡ በሎ። ጊደዎን እናኣሰደመሞ፡ እግዚኣብሄር ምሳና እንተ ኣልዩ ደኣ፡ እዚ ኹሉ ስለምንታይ ረኺበና፡ ኢሉ መለሰ። እቲ መልኣኽ ድማ፡ ልኢኸካ'ዶ ኣይኮንኩን፡ በዚ ሓይልኻ እዚ፡ ኬድካ ንእስራኤል ኣድሕኖ፡ በሎ። ጊደዎን ድማ ትሕት ኢሉ፡ ከመይ ገይረ ደኣ፡ ንእስራኤል ከድሕኖ፧ ስድራይ ካብቶም ድኻታት እዮም፡ ኣነ ከኣ ካብ ቤት ኣቦይ እቲ ዝነኣስኩ እየ፡ በሎ። እቲ መልኣኽ ድማ ንጊደዎን በሎ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ እዩ እሞ፡ ንሚድያናውያን ክትስዕሮም ኢኻ። ጊደዎን ድማ፡ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበስ፡ እትዛረበኒ ዘለኻ ንስኻ ከም ዝኾንካ ምልክት ሃበኒ። መስዋእተይ ኣምጺአ፡ ኣብ ቅድሜኻ ክሳብ ዘቕርበልካስ፡ በጃኻ ካብዚ ኣይትኺድ፡ በሎ። እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ፡ ክሳብ እትምለስ ክጽበየካ እየ፡ በሎ።

ሽዑ ጊደዎን ኣትዩ፡ ሓደ ማሕስእን፡ ሓርጭ ቅጫን ሰንኪቱ ኣዳለወ። ነቲ ስጋ ኣብ ሰፍኢ ገይሩ፡ ነቲ መረቕ'ውን ኣብ ቊራዕ ገበሮ። ኣብ ትሕቲ ድዋ ኣውጺኡ ድማ፡ ናብኡ ኣቕረበሉ። እቲ መልኣኽ ኣምላኽ ከኣ፡ ነቲ ስጋን ነቲ ቅጫን ኣብዚ ከውሒ እዚ ኣንብሮ፡ ነቲ መረቕ'ውን ኣፍስሶ፡ በሎ። ጊደዎን ከምቲ ዝበሎ ገበረ። ሽዑ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ጫፍ እታ ኣብ ኢዱ ዝነበረት ዘንጊ ሰዲዱ፡ ነቲ ስጋን ቅጫን ተንከዮ እሞ፡ ሓዊ ካብቲ ከውሒ ወጺኡ፡ ነቲ ስጋን ቅጫን በልዖ። እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ካብ የዒንቱ ተሰወረ። ሽዑ ጊደዎን እዚ ምልክት ካብ እግዚኣብሄር ምዃኑ ኣስተወዓለ። ጊደዎን ድማ ኣብታ ቦታ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ፡ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ድማ ንእግዚኣሄር ይጽበ ነበረ።

## ጊደዎን ንውግእ ዝኸዱ ሰባት ይሓሪ
## (መሳ 7፥1-14)

ጊደዎንን ምስኡ ዝነበረ ህዝብን ኣንጊሆም ተንሲኦም ኣብ ጥቓ ሓደ ዓይኒ ማይ ሰፈሩ። ሰፍራ ሚድያናውያን ድማ ኣብ ከረን ሞሬ ነበረ። እግዚኣብሄር ንጊደዎን፡ ኣነ ንሚድያን ኣብ ኢዶም ከይህቦም እሞ፡ እስራኤል ኢደይ ኣድሓነትኒ ኢሉ ከይዕበየለይ፡ እዚ ምሳኻ ዘሎ ህዝቢ እምብዛ በዚሑ። እምብኣር ሕጂ ኣብ እዝኒ እቶም ህዝቢ፡ ፈራህን ተሸባርን ዘበለ ናብ ቤቱ ክምለስ ንገሮም፡ በሎ። ጊደዎን ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ገበረ፡ ዕስራን ክልተን ሽሕ ድማ ናብ ቤቶም ተመልሱ። ግናኸ ገና ዓሰርተ ሽሕ ህዝቢ ተሪፉ ስለ ዝነበረ፡ እግዚኣብሄር ድማ መሊሱ፡ ጌና እዚ ህዝቢ ብዙሕ እዩ፡ በሎ። ሽዑ እግዚኣብሄር፡ ናብ ማይ ኣውርዶም እሞ፡



ምሳኻ መን ከም ዝኸይድ፡ መን ድማ ከም ዝተርፍ ኣብኡ ክነግረካ እየ፡ በሎ። ሽዑ ጊደዎን ነቲ ህዝቢ ናብ ማይ ኣውረዶ። እግዚኣብሄር ድማ በሎ፡ ነቲ ከም ኣሳትያ ከልቢ ብብርኩ ተደቢሩ፡ ማይ ብመልሓሱ ዝሰቲ ዘበለ፡ ንእኡ ንበይኑ፡ ብኢዶም ገይሮም ንኣፎም ማይ ዝሰትዩ ድማ፡ ንበይኖም ፍለዮም። ብኢዶም ንኣፎም ማይ ዝሰትዩ፡ ሰለስተ ሚእቲ ሰብ ኮኑ፡ ዝተረፉ ኩሎም ድማ ክሰትዩ ብብርኮም ተደበሩ። እግዚኣብሄር ድማ ንጊደዎን፡ ንእስራኤል በዞም ብኢዶም ዝሰተዩ ሰለስተ ሚእቲ ሰብኣይ ከድሕኖም እየ፡ ነቶም ዝተረፉ ግና ንቤቶም ክምለሱ ንገሮም፡ በሎ። እቶም ብኢዶም ገይሮም ማይ ዝሰተዩ፡ ዋላ እናሰተዩ ከለዉ ንጸላኢኦም ክሕልዉ ይኽእሉ እዮም። እቶም ዝተንበርከኹ ግና እንታይ የጋጥም ከም ዘሎ፡ ከስተብህሉ ኣይክእሉን እዮም። በታ ለይቲ እቲኣ፡ ጊደዎን ምስ ግልያኡ፡ ናብ ወሰን ሰፈር ሚድያናውያን ወረደ፡ እቲ ብዙሕ ቁጽሮም ድማ ረኣየ። ከም ኣንበጣ ዝምብዝሖምን፡ ኣግማሎም ድማ ቁጽሪ ዘይብለንን፡ ኣብ ወሰን ባሕሪ ከም ዘሎ ሑጻ ነበሩ። እነሆ ድማ ሓደ ሰብ ንብጻዩ ሕልሚ ይነግሮ፡ ይብሎ'ውን ነበረ፡ እነሆ ሕልሚ ሓለምኩ፡ እነሆ ድማ ኅኅ ስገም ናብ ሰፈር ሚድያን ኣንከራረወ። ናብ ድንኳን መጺኡ ወቕዖ፡ ንሱ ድማ ወደቐ፡ ንላዕሊ ኣቢሉ ኸኣ ገልበጦ፡ እቲ ድንኳን ድማ ወደቐ። እቲ ብጻዩ ድማ መለሰ፡ እዚ ሴፍ ጊደዎን ወዲ ዮኣስ፡ ናይ እስራኤል እዩ እምበር፡ ካልእ ኣይኮነን፡ ኣምላኽ ንሚድያን ኾሉ ሰፈርን ኣብ ኢዱ ኣሕሊፉ ሃቦ፡ በለ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ኣታ ሓያል ጅግና እግዚኣብሄር ምሳኻ እዩ" መሳ 6፡12

## ዳኑስን መሸኸትን

## (መሳ 7፡15-25)

ኮነ ኸኣ ጊደዎን ነገር እዚ ሕልሚ እዚ ምስ ሰምዐ፡ ንኣምላኽ ኣመስገነ። ናብ ሰፈር እስራኤል ተመሊሱ ድማ፡ እግዚኣብሄር ንሰፈር ሚድያን ኣብ

ኢድኩም ሂብኩም እዩ እሞ ተንስኡ፡ በለ። ነዞም ሰለስተ ሚእቲ ሰብ ድማ ኣብ ሰለስተ ጭፍራ መቒሎም፡ ኣብ ኢድ ኩሎም ከኣ መለኸትን ጥራዩ ዳነሱን፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዳነሱ'ውን ፋናታት ሃቦም። በሎም ድማ፡ ንኣይ ርኣዩ፡ ከምኡ ከኣ ግበሩ። ኣነ ምስቶም ምሳይ ዘለዉ ኩሉም ኮይነ መለኸት ምስ ነፋሕኩ ንስኻትኩም'ውን ኣብ ዙርያ እቲ ኹሉ ሰፈር ንፍሑ፡ ንእግዚኣብሄርን ንጊድዎንን ድማ በሉ፡ በሎም። ጊደዎንን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰለስተ ጭፍራን፡ ብጸልማት ናብቲ ሰፈር ሚድያናውያን ተጸግዑ፡ ብሃንደበት ድማ መለኸቶም ነፍሑ፡ ነቲ ኣብ ኣእዳዎም ዝነበረ ዳነሱ'ውን ሰበርዎ። ኩሎም እቶም ካልኦት ጭፍራታት ድማ ከምኡ ገበሩ። 'ሴፍ እግዚኣብሄርን ጊደዎንን!' ኢሎም ድማ ጨደሩ። ሚድያናውያን ድማ ነቲ ድምጺ ሰምዑ፡ ነቲ ብርሃን ናይ ፋናታት ድማ ረኣዩ። ተንሲኦም ከካብ ዝነበርዎ ስፍራ ወጺኦም ጨርሖን ሀደሙን። ብዘሎ እቲ ህዝቢ ድማ ካብ ሰፈሩ ሀደመ፡ ሰብ ጊደዎን ድማ ደድሕሪኡ ኃየዩ። ነቲ ውሑድ ጭፍራ እስራኤል ኻኽንድዚ ዝኣክል ብዙሕ ህዝቢ ክስዕር፡ ካብ ኣምላኽ ዝኾነሉ ዓብዩ ዓወት ነበረ።

## ሕንቅል ሕንቅሊተይ ሲምሶን
## (መሳ 14፡5-20)



ማኖኣ ዝስሙ ሰብኣይ መኻን ሰበይቲ ነበረቶ። ሓደ መዓልቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ተራእያ እሞ፡ ከምዚ በላ፡ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ ኢኺ። እምበኣር ሕጂ ወይንን ዜስክርን ከይትሰትዪ ርኹስ ዘበለውን ከይትበልዒ ተጠንቀቒ። እቲ መልኣኽ ከም ዝበላ ኸኣ ወዲ ወለደት፡ ሲምሶን ኢላ ኸኣ ሰመየቶ። እቲ ቈልዓ ድማ ዓበየ፡ እግዚኣብሄርውን ባረኾ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ከኣ ክድርኾ ጀመረ። ብጣዕሚ ሓያልን ተባዕን ከኣ ኮነ።

ሓደ ጊዜ ብሓደ ኣታኽልቲ ወይኒ እናሓለፈ ከሎ፡ ሽደን ኣንበሳ ኣብ ቅድሚኡ ጓዘመ። ምስኡ ገለ እኳ ሴፍ ወይስ ኵናት ዘይብሉ ክንሱ፡

ብጥራይ ኢዱ ቀተሎ። እቲ ዝገበሮ ነገር ነብኡ ኮነ ነዲኡ ኣይነገሮምን። ድሕሪ ቅሩብ መዓልትታት፡ ኣብቲ ዝቐተሎ ኣንበሳ ዕስለ ንህቢ መዓር ገይሮም ጸንሕዎ። በእዳዉ ወሲዱ ኸኣ እናበልዐ ከደ፡ ነብኡን ነዲኡን ድማ ተማልኣሎም፡ ግናኸ ካበይ ከም ዘምጽኦ ኣይነገሮምን።

ሓደ ጊዜ ሲምሶን ካብ ኣዋልድ ፍልስጥኤማውያን ፈተወ እሞ፡ ኣቡኡን ኣዲኡን እኳ እንተ ዘይፈተዉ ብግዲ ስለ ዝበሎም፡ ምስኣ ተመርዓወ። ኣብ መርዕኡ በዓል ገበረ፡ ካብ ደቂ ዓዳ ንሰበይቱ (ፍልስጤማውያን) ድማ ሰላሳ የዕሩኽ ኣምጽእሉ። ሲምሶን ድማ፡ ሕንቅልሕንቅሊተይ ግዳ ክነግረኩም እየ፡ መልሱ ኣብ ሓደ ሰሙን ገሊጽኩም እንተ ነገርኩምኒ ሰላሳ ቀምሽ ለውጢ እንጣጢዕ፡ ሰላሳ ለውጢ ክዳውንትን ክህበኩም እየ። ክትነግሩኒ እንተ ዘይከኣልኩም ግና፡ ሰላሳ ለውጢ ክዳን ክትህቡኒ ኢኹም፡ በሎም። ንሳቶም ድማ፡ እቲ ሕንቅልሕንቅሊተይካ ንገረና እሞ ክንሰምዖ፡ በልዎ። ሽዑ ንሱ ምስቲ ነቲ ኣንበሳ ዝገበሮ ግብሪ ኣተኣሳሲሩ፡ ካብቲ በላዒ ብልዒ ወጸ፡ ካብቲ ሓያል ድማ ጥዑም ወጸ፡ በሎም። እቶም ኣብ ሕጽኖቱ ዝነበሩ ኣጉባዝ፡ መልሲ እታ ሕንቅልሕንቅሊተይ ክረኽቡ ንሰለስተ መዓልቲ ሙሉእ ፈተኑ ግናኸ ክምልስዋ ኣይከኣሉን። ኮነ ድማ፡ ብሻብዐይቲ መዓልቲ ንሳቶም ንሰበይቲ ሲምሶን፡ ሰብኣይኪ መልሲ እታ ሕንቅልሕንቅሊተይ ክነግረና ሓባብልዮ፡ እንተ ዘይኮነስ ንኣኽን ንቤት ኣቦኽን ብሓዊ ከነንድደኩም ኢና፡ በልዋ። ሽዑ ንሳ ናብ ሲምሶን ከይዳ ክትበኪ ጀመረት። ጸሊእካኒ ኢኻ እምበር ኣይፈተኻንን፡ ንደቂ ህዝበይ ሕንቅልሕንቅሊተይ ነጊርካስ፡ ንዓይ ግና ኣይገለጽካለይን፡ በለቶ። ንሱ ድማ ነቦይን ነደይን እኳ ዘይገለጽኩሎም፡ ንዓ ኺ'ዶ ክገልጸኪ እየ፧ በላ። እተን ሸውዓተ መዓልትታት ክሳዕ ዝውድኣ ኣብ ልዕሊኡ ኮይና በኸየት። ኮነ ድማ ስለ ዘጨነቐቶ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ገለጸላ እሞ፡ ንደቂ ህዝባ ከይዳ ነገረቶም። እቶም ደቂ እታ ከተማ ኸኣ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ጸሓይ ከይዓረበት፡ ካብ መዓር ዝጥዕምስ እንታይ እዩ፡ ካብ ኣንበሳ ዝሕይል'ከ መን ኣሎ፧ በልዎ። ሲምሶን መልሱ ከምኡ ከም ዝነበረ ፈለጠ። ሽዑ ሲምሶን ናብ ከተማኦም ወሪዱ፡ ሰላሳ ሰብኣይ ቀተለ፡ ንኣታቶም ገፊፉ ድማ ነቶም ሕንቅልሕንቅሊተይ ዝገለጽሉ እቲ ለውጢ ክዳን ሃቦም። ነታ መልሲ ክፈልጡ ዝተጠቕምሉ ኣገባብ ግና ኣዝዩ ኣጉሃዮ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ካብቲ በላዒ ብልዒ ወጸ፡ ካብቲ ሓያል ድማ ጥዑም ወጸ"
መሳ 14፡14

# ምስጢር ሓይሊ ሲምሶን
## (መሳ 16፤4-22)

ጸላእቲ ሲምሶን እዚ ኹሉ ሓይሉ ካበይ ምዃኑ ክፈልጡ ደለዩ። ሓደ ፍሉይ ሓይሊ ኣለዎ ኢሎም ሓሰቡ እሞ፡ ነቲ ሓይሉ ካብኡ ክኣልይዎ ከኣ ደለዩ። እታ ቀዳመይቲ ሰበይቲ ሲምሶን ፍልስጥኤማውያን ሕነ እቲ ሲምሶን ዝገበሮም ክፈድዩ ቀተልዋ። ሲምሶን ከኣ መሊሱ ናብ ጋዛ ኸደ እሞ ኣብኡ ሓንቲ ደሊላ እትብሃል ሓዳስ ሰበይቲ ፈተወ፡ ናብኣ ከኣ ኣተወ። ሽዑ ፍልስጤማውያን እቶም ጸላእቲ እስራኤላውያን፡ ንደሊላ በልዋ፡ እዚ ኹሉ ሓይሉ ካበይ ምዃኑ ርኣዩ እሞ ንሕና ከመይ ገይርና ኣሲርና ክንመልኮ ከም እንኽእል ንገርና። ንሕና ድማ ነፍሲ ወከፍና ሽሕን ሚእትን ሲቃል ብሩር ክንህበኪ ኢና። ደሊላ በዚ ክንድዚ ዝኣክል ብዙሕ ገንዘብ ተዓሸወት፡ ናብ ሲምሶን ከይዳ ድማ ከመይ ገይሩ ከም ዝምለኽ ሓተተቶ። ሲምሶን ድማ፡ ብሸውዓት ሓድሽ ዘይነቐጸ ምራን እንተ ኣሰሩኒ እደክም፡ ከም ማንም ሰብ ከኣ ይኸውን፡ በላ። ደሊላ ድማ ነቶም ሹማምቲ ፍልስጤማውያን ነገረቶም። ንሳቶም ድማ ሸውዓተ ዘይነቐጸ ምራን ኣምጽኡላ እሞ ኣሰረቶ። ንሳ ድማ ኣብ ውሽጢ ገዝኣ ድብቕ ገይራ፡ ሲምሶን እነዉ ፍልስጤማውያን ኣብ ልዕሌኻ፡ በለቶ። ሽዑ ነቲ ምራውንቲ ሓዊ ከም ዝረኸቦ ፈትሊ ምንህንህ ኣበሎ።

ደሊላ ኸኣ ንሲምሶን፡ እነሆ ኣላጊጽካለይ ሓሶት ድማ ተዛሪብካኒ ኢኻ እሞ፡ ሕጂ ብምንታይ ከም እትእሰር በጃኻ ንገረኒ፡ በለቶ። ሲምሶን ድማ፡ ገለ ዕዮ ብዘይተዓየሉ ሓድሽ ገመድ ኣጽኒዖም እንተ ኣሰሩኒ፡ እደክም ከም ማንም ሰብ ድማ ይኸውን፡ በላ። ደሊላ ድማ ሓድሽ ገመድ ገይራ ኣሰረቶ። ሲምሶን ፍልስጤማውያን እነዉ ኣብ ልዕሌኻ፡ በለቶ። ኣብ ቀላጽሙ ድማ ከም ፈትሊ በተኾ። ንሳ ድማ፡ ልብኻ ምሳይ ዘየሎ ክንሱ ደኣ ከመይ ገይርካ ኢኻ እፈትወኪ እየ እትብለኒ ዘሎኻ፧ ብዙሕ ጊዜ ኣላጊጽካለይ። እዚ ዓብዩ ሓይልኻ ብምንታይ ምዃኑ'ውን ኣይነገርካንን፡ በለቶ። ኮነ ድማ ኩሉ መዓልቲ ብዘረባኣ ላሕ ምስ ኣበለቶን ምስ ኣሰቀየቶን፡ ነፍሱ ክሳዕ ሞት ተጨነቐት እሞ ኩሉ ልቡ ገለጸላ። ኣነ ካብ ከርሲ ኣደይ ጀሚረ ናዝራዊ እየ እሞ፡ ናብ ልዕሊ ርእሰይ መላጸ ኣይሓለፈን፡ ስለዚ እንተ ተላጼኹ፡ ሓይለይ ካባይ ይኸይድ፡ እደክም ከም ኩሉ ሰብ ድማ ይኸውን፡ በላ። ኣደ ሲምሶን ቅድሚ ምውላዳ እቲ ዝውለድ ቆልዓ ናዝራውን ንኣምላኽ ዝተወፈየን መላጸ ዘይሓልፎን ከም ዝኸውን ተመባጺዓ ነበረት። ደሊላ ድማ ኩሉ ልቡ ከም ዝገለጸላ ምስ ረኣየት፡ ነቶም ሹማምንቲ ፍልስጤማውያን ልኢኻ ጸውዓቶም። ሕጂ ናይ ልቡ ኩሉ ገሊጹለይ እዩ እሞ፡ ደይቡ፡ በለቶም። ንሳ ኸኣ ኣብ ኣብራኻ ኣደቀሰቶ፡ ሓደ ሰብኣይ ጸዊዓ ነቲ ሸውዓተ

ሽርበ ርእሱ ኣላጸየት፣ ሲምሶን ፍልስጤማውያን እነው ኣብ ልዕሌኻ፣ በለቶ። ንሱ ድማ ካብ ድቃሱ ምስ ተበራበረ፣ እግዚኣብሄር ከም ዝሓደጎ ኣይፈለጠን ነበረ እሞ፣ ከም ቀዳማይ ጊዜ ፍንሕንሕ ኢለ ክወጽእ እየ ኢሉ ሓሰበ። ፍልስጤማውያን ግና ሒዞም ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዉዎ።

## ቤት ማእሰርቲ ፍልስጤማውያን
## (መሳ 16፣23-31)

ፍልስጤማውያን ንሲምሶን ናብ ጋዛ ከተማኦም ወሰድዎ። ኣብኡ ድማ ኣዝዩ ከቢድ ናይ ምጥሓን ዕዮ ክዓዪ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዎ። ነዚ ክገብር ድማ ሓደ ዓቢ ከቢድ እምኒ ይዝውር ነበረ። ፍልስጤማውያን ድማ የዒንቱ ኣውጽእወን፣ ብጭካነ ድማ ኣላገጹሉ። ሽዑ ሓደ መዓልቲ እቶም ሹማምንቲ ፍልስጤማውያን፣ ኣምላኽና ንሲምሶን ጸላኢና ኣብ ኢድና ሂቡና፣ ኢሎም ንዳጎን ኣምላኾም ብዙሕ መስዋእቲ ክስውኡሉን ክሕጐሱን ተኣከቡ። ንኣምላኾም ድማ ወደስዎ። ሲምሶን ምእንቲ ከስሕቐና ናባና ኣቢልኩም ኣምጽእዎ ድማ በሉ። ንሲምሶን ድማ ካብ ቤት ማእሰርቲ መታን ከስሕቖም ናብኦም ኣውጽእዎ። ክርኢ ስለ ዘይክእል ድማ ቆልዓ መሪሑ ናብኡ ኣምጽኦ፣ ኣብ መንጎ እቲ ኣዕኑድ ድማ ደው ኣበልዎ። እንታይ ኢሉ ከም ዘስሕቖም ድማ ይጽበይዎ ነበሩ። ኣዝዮም ብዙሓት ሰብኡትን ኣንስትን ድማ ነቲ ቤት መሊኦምዎ ነበሩ። ሲምሶን ድማ ነቲ ቆልዓ፣ ምእንቲ ክጽግዖስ ናብቲ ቀንዲ ኣዕኑድ ኣቢልካ ምርሓኒ በሎ። እቲ ቆልዓ ድማ ወሰዶ። ብኽልተ ኢዱ ድማ ነቲ ክልተ ቀንዲ ኣዕኑድ ሓዞ። ሽዑ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ዎ ጐይታ በጃኻ ዘክረኒ፣ ኣታ ኣምላኸይ ንፍልስጤማውያን ሓንሳእ ሕነ እዘን ክልቲኤን የዒንተይ ክፈድዮምሲ በጃኻ ነዛ ጊዜ እዚኣ ጥራይ ሓይሊ ሃበኒ፣ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ። ሽዑ ሲምሶን ነቲ ቤት ዝጸረ ክልተ ዓንዲ ማእከል፣ ነቲ ሓደ ብየማኑ፣ ነቲ ሓደ ድማ ብጸጋሙ ሓዞ፣ ሲምሶን ድማ ነፍሰይ ምስ ፍልስጤማውያን ትሙት በለ። ብሓይሊ ድማ ተጎበጠ፣ እታ ቤት ድማ ናብ ልዕሊ እቶም ሹማምንትን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ኹሉ ህዝብን ወደቐት። ካብቶም ብህይወቱ ኸሎ ዝቐተሎም ድማ ብሞቱ ዝቐተሎም ምዉታት በዝሑ።

## ዛንታ ሩት
## (ሩት 1፣1-22፤ 2፣1-14)

ኮነ ድማ ኣብታ ሃገር ጥሜት ኮነ። ሓንቲ ስድራ ድማ ካብቲ ትነብረሉ ዝነበረት ቦታ ማለት ቤትልሄም፣ ብቐሊሉ ክትሓርሰሉ ናብ ትኽእል ቦታ፣

ምድሪ ሞኣብ ክትከይድ ወሰነት። እቲ ሰብኣይን ክልተ ድቁን ግና ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት ሞቱ። ሰበይቲ እቲ ሰብኣይ፡ ናእሚ ድማ ናብ ቤታ ክትምለስ ሓሳብ መጸ። እቶም ክልተ ደቃ፡ ዖርጳን ሩትን ዝተበሃላ ሞኣባውያን ኣንስቲ ተመርዕዮም ነበሩ። ናእሚ ሓማተን ናብ ገዝኣ ክትምለስ ምኺና ምስ



ነገረተን፡ ንሳተን ግና ናብ ምድሪ ይሁዳ ምስ ናእሚ ክምለሳ መገደን ኣቕነዓ። ናእሚ ድማ ናብ ቤተን ክምለሳ ኣምሪራ ነገረተን። ዖርጳ ድማ ንሓማታ ስዓመታ፡ ናብ ሞኣብ ክትምለስ ድማ ተበገሰት። ሩት ግና፡ ሓዲገኪ ካባኺ ንድሕሪት ክምለስ ግዲ ኣይትበልኒ። ናብ እትኸድዮ እኸይድ ኣብ እትሓድርዮ ከኣ እሓድር። ህዝብኺ ህዝበይ ኣምላኽኪ ድማ ኣምላኸይ እዩ፡ በለታ። ናእሚ ድማ ሩት ምስኣ ንምኻድ ከም ዝቖረጸት ምስ ረኣየት፡ ተመለሲ ምባል ሓደገቶ። ክሳዕ ቤትልሄም ድማ ብሓንሳእ ከዳ። እቲ ጊዜ እቲ ጊዜ ዓጺድ ስገም ነበረ እሞ፡ ሩት ንሓማታ፡ ኣብ ግራት ከይደ ክቕርም ሕደግኒ፡ በለታ። ናብቲ ክትቕርመሉ ኢላ ዝመረጸቶ ግራት፡ ብገርሃ ናይቲ ካብ ዓሌት ሰብኣይ ናእሚ ዝኾነ ቦኣዝ ኮነላ። እቶም ዓጸድቲ ስርሖም ምስ ወድኡ፡ ዝቐረም ቁሩብ ይገድፉ ነበሩ። ነዚ ድማ እያ ሩት ንዓኣን ንሓማታ ናእምን ዝኸውን ትቕርም ዝነበረት። ሽዑ ቦኣዝ ንዓየይቱ ክርእዮም መጸ፡ እግዚኣሄር ምሳኻትኩም ይኹን፡ ድማ በሎም። ሽዑ ቦኣዝ ነቲ እቶም ዓጻዶ ዝገደፉላ ትቕርም ዝነበረት ሩት ረኣያ። እዛ መርዓት ናይ መን እያ፧ ኢሉ ድማ ሓተተ። እቲ ኣብቶም ዓጻዶ እተመዘዘ ጊልያ ድማ፡ ንሳ ምስ ናእሚ ካብ ምድሪ ሞኣብ ዝተመልሰት ሞኣባዊት መርዓት እያ። ደድሕሪ እቶም ዓጻዶ ኣብ መንጎ እንዳእቲ፡ ቀሪም ክቕርም ሕደገኒ በለት። ንግሆ ምስ መጸት፡ ክሳዕ ሕጂ ደው ኢላ ኣላ እምበር፡ ኣብ ቤትሲ ቍሩብ ጊዜ እያ ዝጸንሐት፡ ኢሉ መለሰሉ። ቦኣዝ ድማ ናብኣ ከይዱ በላ፡ ጓለየ ክትቕርሚ ኢልኪ፡ ናብ ካልእ ግራት ኣይትኺዲ፡ ምስ እዞም ግዙኣተይ ልገቢ ድኣ እምበር፡ ካብዚ ኣይትሕለፊ። ምስ ጸማእኪ ድማ ናብቲ ዕትሮታት ኬድኪ ካብቲ እቶም ግዙኣት ዝቐድሕዎ ስተዩ፡ በላ። ዓቢ

ሰብ ስለ ዝነበረ ድማ ሩት ሰገደትሉ። ኣነ ወሰንተኛ ክንሰይሲ ንኣይ ክትፈልጠኒ ብምንታይ ኣብ ቅድሚኻ ሞገስ ረኺብኩ፧ በለቶ። እቲ ንሓማትኪ ዝገበርክዮ፡ ሰሚዐ ኣለኹ። እግዚኣብሄር ከም ግብርኺ ይፍደኺ፡ በላ። ንሳ ኸኣ፡ ጐይታይ ከም ሓንቲ ካብተን ግዙኣትካ እኳ ዘይኮንኩስ፡ ንልቢ ግዝእትኻ ተዛሪብካ ኣጸናኒዕካኒ ኢኻ እሞ፡ ሞገስ እርከብ፡ በለት። ቦኣዝ ድማ በታ ጊዜ ምሳሕ፡ ናብዚ ቅረቢ እሞ ካብዚ እንጌራ ብልዒ፡ በላ።

## ዝጽናዕ ጥቕሲ

"ሓደ እኳ ኣኽሊልካ ኸይዝርፈካስ፡ ነቲ ዘሎካ ኣጽኒዕካ ሓዞ" ራእ 3፡11

## ቦኣዝ ንሩት ሓጊዝዋ
## (ሩት 2፡15-22፣ 3፡1-18፣ 4፡1-22)

ሩት ምስ በልዐት፡ ክትቅርም ተንሰአት። ቦኣዝ ድማ ነቶም ግዙኣቱ ከምዚ በሎም፡ ኣብ ማእከል እንዳእቲ ትቐርም ኣይተሕፍርዋ፡ ካብ ዕትርቲ መዝሐኞኩም ከኣ ክትኣርዮ ሕደጉላ፡ ኣይትኾርዩላ'ውን። ብምኽንያት ለውሃት ቦኣዝ ሩት ንሓማታ ናእሚ ዝኸውን ሓደ ኤፋ ዝኣክል ስገም ኣከበት። ምስ መሰየ ድማ ሩት ነቲ እኽሊ ሒዛቶ ናብ ከተማ ኣተወት፡ ንሓማታ ድማ ሃበታ። ምሉእ መዓልቲ ክትሰርሕ ስለ ዝወዓለት ደኺመት፡ ግናኸ ብጣዕሚ ተሓጒሰት። ናእሚ ካብቲ ሩት ኩሉ ጊዜ ተምጽኦ ዝነበረት እኽሊ ስለ ዝበዝሐ እናተገረመት፡ ሎሚ ኣበይ ዲኺ ቀሪምኪ፧ እናበለት ሓተተታ። ሩት ድማ፡ እቲ ሎሚ ምስኡ ዝዓየኹሉ ሰብኣይ ቦኣዝ እዩ፡ ኢላ ንሓማታ ነገረታ። ናእሚ ድማ፡ ንዕኡ እቲ ንህያዋንን ምውታንን ምሕረቱ ዘይገደፈ፡ እግዚኣብሄር ይባርኮ በለታ። እዚ ሰብኣይ እዚ መቕርብና እዩ። ሩት ድማ፡ ንሱስ ብዘሎ ዓጺደይ ክሳዕ ዝውድኡ፡ ምስቶም ግዙኣተይ ልገቢ፡ ኢሉኒ በለታ። ናእሚ ድማ፡ ጽቡቕ፡ በለታ። ዓጺድ ስርናይን ዓጺድ ስገምን ክሳዕ ዝውዳእ ነተን ግዙኣት ቦኣዝ ስዒባ ትቕርም ነበረት። ቦኣዝ ድማ ንሩት ክፈትዋ ጀመረ፡ ካብ ዓሌት ኤሊሜሊክ ካልእ ክወርሳ ዝደልይ ስለ ዘይነበረ ድማ፡ ሓደ መዓልቲ ተመርዓዋ። ናእሚ ድማ ብጣዕሚ ተሓጒሰት። እታ ሩት ናብ ቤትልሄም ዝመጸትላ መዓልቲ ድማ ኣዝያ ጽብቕቲ መዓልቲ ነበረት።

## ምውላድ ሳሙኢል
## (1ሳሙ 1፥1-28፤ 2፥1-11፤ 2፥18-19)

ሃና ዝስማ ሓደ ዉሉድ እኳ ዘይነበራ ሰበይቲ ነበረት። ሓደ መዓልቲ ንኣምላኽ ክትሰግድ ናብቲ ቤት መቕደስ ምስ ከደት፡ ከምዚ ኢላ እናበኸየት ክትጽሊ ጀመረት፡ ዎ እግዚኣብሄር ንባርያኻ እንተ ዘይረሲዕካኒ፡ ተባዕታይ ዉሉድ ድማ እንተ ሃብካኒ፡ ኣነ ድማ ንኹሉ ዘመን ህይወቱ ንዓኻ ክውፍዮ እየ፡ በለት። ኣብ ጥቕኣ ድማ ኤሊ ዝበሃል ካህን ኮፍ ኢሉ ነበረ። ንሃና ድማ ረኣያ፡ ከናፍራ ድማ ይንቀሳቐስ ነበረ፡ ግናኸ ዋላ ሓደ ድምጺ



ኣይሰምዕን ነበረ። ትበኪ ስለ ዝነበረት ድማ፡ ስለምንታይ ኢኺ ትበኽዩ ዘለኺ፧ ኢሉ ሓተታ። ሃና ድማ ጐይታይ ብጣዕሚ ስለ ዝጕሄኹ እየ ምስ እግዚኣብሄር ዝዛረብ ዘለኹ በለቶ። ሽዑ ኤሊ፡ ብሰላም ኪዲ፡ እግዚኣብሄር ድማ ዝለመንክዮ ይሃብኪ፡ በላ። ሃና ድማ ናብ ቤታ ተሓጕሳ ተመልሰት፡ መግቢ ድማ በልዓ ት። ጸሎታ ድማ ተመለሰላ፡ ድሕሪ ዓመት'ውን ወዲ ወለደት። ብጣዕሚ ድማ ተሓጐሰት፡ ሳሙኤል ኢላ ድማ ሰመየቶ። ሃና ግን እቲ ንእግዚኣብሄር እተመባጸዐቶ ኣይረሰዓቶን። ምስ ጎበዘ ነቶም ካህናት እቲ ቤት መቕደስ ክሕግዞም ምኳኑ ፈለጠት። እታ ናብቲ ቤት መቕደስ እትወስደላ መዓልቲ ድማ መጸት። እንጌራን ወይንን ሒዛ ድማ ናብ ቤት እግዚኣብሄር መጸት። ናብቲ ቤት መቕደስ ምስ በጽሐት፡ ነቲ ቀልዓ ንኤሊ ሂባ፡ ጐይታይ ስምዓኒ፡ እታ ኣብ ጥቓኻ ደው ኢላ ንእግዚኣብሄር እትልምን ዝነበረት ሰበይቲ ኣነ እየ። ብዛዕባ እዚ ቆልዓ እዚ እየ ዝለመንኩ፡ እግዚኣብሄር ድማ ዝለመንክዎ ልማኖይ ሂቡኒ። ስለዚ ኣነ ድማ ንእግዚኣብሄር እህቦ ኣለኹ፡ ሙሉእ ዕድሚኡ ንእግዚኣብሄር ተዋሂቡ እዩ፡ በለቶ። ሳሙኤል ድማ ኣብኡ ምስ ኤሊ ተረፈ፡ ከመይ ገይሩ ኣብ ቤት መቕደስ የገልግል ድማ ተማህረ። ሃና ኣዲኡ ስለ ዝነበረት ትናፍቖ ነበረት፡ ግን ዓመት ዓመት ክዳን ሰሪሓ ክትርእዩ ትመጽእ ነበረት።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ልበይ ብእግዚኣብሄር ይሕጐስ ኣሎ፣ ቀርነይ ብእግዚኣብሄር ክብ ይብል፣ ብምድሓንካ ተሓጐሰ እየ እሞ፣ ኣፈይ ናብ ጸላእተይ ሃህ ኢሉ ኣሎ" 1ሳሙ 2፥1

## ታቦት እግዚኣብሄር
## (1ሳሙ 2፥12 - 4፥1-18)

ካህን ኤሊ፣ ሆፍንን ፊንሃስን ዝበሃሉ ክልተ ደቂ ነበርዎ። ክልቲኦም ከኣ ንኣምላኽ ዘየኽብር ህይወት ነበሮም፣ ክፉእ ሓጥያት ከኣ ይገብሩ ነበሩ። ኣምላኽ ንኤሊ ንደቁ ክቐጽዖን ክገንሖምን ብነብዩ ሳሙኤል ብዙሕ ጊዜ እኳ እንተ ነገሮ፣ ኤሊ ኣጽኒዑ ኣይገንሖምን፣ ንሳቶም ከኣ ኣይተመልሱን። በዚ ከኣ ኣምላኽ ብኣታቶም ኣዝዩ ጕሂየ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ከኣ፣ እስራኤላውያን ምስ ጎሮቤቶም ፍልስጥኤማውያን ናብ ውግእ ወጹ፣ ግናኸ እስራኤላውያን በብግዚኡ እናተሳዕሩ ይኸዱ ነበሩ። ሽዑ ሓደ ካባታቶም



ሓሳብ ኣምጸአ፣ በለ ድማ፣ ንታቦት እግዚኣብሄር ነምጽኣዮ እሞ፣ ናብቲ ውግእ ድማ ንውሰዶ፣ ሽዑ ክንዕወት ኢና። ሽዑ እቲ ህዝቢ ናብቲ ኣብ ሺሎ ዝነበረ ቤት መቕደስ ልኢኾም፣ ናብ ውግእ ምስኦም ክወስድዎ ሓተቱ። ክልቲኦም ደቂ ኤሊ፣ ሆፍንን ፊንሃስን፣ ነቲ ታቦት ሒዞም ናብ ቅድሚ እቲ ውግእ ሓለፉ። ንሱ ብወርቂ ዝተለበጠ ኣካል ዝነበሮ፣ ክልተ ዝተጸርቡ ክሩቤል ድማ ብልዕሊኡ፣ ኣብ ውሽጡ ድማ እቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝሃቦ ትእዛዛት።

እስራኤላውያን ታቦት እግዚኣብሄር ናብቲ ሰፈር ከም ዝኣተወ ምስ ሰምዑ፣ ዓው ኢሎም እልል በሉ። ፍልስጤማውያን ነቲ ድምጺ ሰሚዖም፣ ናይ ምንታይ ድምጺ ምዃኑ ተገረሙ። እቲ ታቦት ከም ዝመጸ ምስ ፈለጡ

ግና፣ ኣዝዮም ፈርሁ። ኣምላኽ ናብቲ ቦታ ውግእ መጺኡ፣ ድማ በሉ። በሉ ኸኣ ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ዝበለ ነገር ኣይኮነን እሞ ወይለና። ንግብጻውያን ብኹሉ ዓይነት መዓት ኣብ በረኻ ዝወቅዕዎም ኣማልኽቲ እዚኦም እዮም። ኣቱም ፍልስጤማውያን ከምቲ ንሳቶም ባሮትኩም ዝነበሩ፣ ንሸባትኩም ከኣ ባሮት እብራውያን ከይትኾኑስ ጽንዑ፣ ሰብኡት ከኣ ኩኑ፣ ተዋግኡ።

ሽዑ ፍልስጤማውያን ተዋግኡ፣ እስራኤላውያን ድማ ተሳዕሩ። እቶም ፍልስጤማውያን ንቶም ክልተ ደቂ ኤሊ ቀተልዎም፣ ነቲ ታቦት ኣምላኽ ድማ ማረኽዎ። ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል ኣብ ቅድሚ ፍልስጥኤማውያን ዘስዓሮምን ታቦት ዝተማረኸን ብሰንኪ ሓጥያቶም ነበረ። በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ሓደ ብንያማዊ ሰብኣይ ምልክት ሕርቃኑ ክዳውንቱ ቀዲዱ፣ ኣብ ርእሱ'ውን ሓመድ ነስኒሱ፣ ካብቲ ውግእ እናጎየየ ናብ ሺሎ መጸ። ነቲ ህዝቢ ድማ እቲ ዝኾነ ነገር ነገሮም። ኤሊ ብዛዕባ ታቦት ኣምላኽ ልቡ ተጨኒቑ ነበረ እሞ፣ ኣብ ደረት መገዲ ኣብ መንበር ተቐሚጡ የማዕዱ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ናብ ከተማ ኣትዩ ምስ ኣውረየ ድማ፣ ብዘላ እታ ከተማ ዋይዋይ በለት። ታቦት እግዚኣብሄር ካብ ተማረኸ፣ እግዚኣብሄር ሓዲጉና እዩ ኢሎም ሓሰቡ። ኤሊ ነቲ ድምጺ ዋይዋይታ ምስ ሰምዐ፣ እንታይ ኮን እዩ ኢሉ ሓተተ። እቲ ሰብኣይ ቀልጢፉ ናብ ኤሊ መጺኡ ነገሮ። በሎ ድማ፣ እስራኤል ኣብ ቅድሚ ፍልስጤማውያን ሃደሙ፣ ብዙሕ ሰብውን ተወድኤ፣ ክልቲኦም ደቅኻ ከኣ ሞይቶም፣ ታቦት እግዚኣብሄር'ውን ተማሪኹ፣ በለ። ኮነ ድማ እዚ ነገር እዚ ንኤሊ ኣዝዩ ክፉእ ወረ ነበረ፣ ምስ ሰምዐ ከኣ ሰምቢዱ ሞተ።

## ሳሙኤልን ሳኦልን
## (1ሳሙ 8፡1-22፣ 9፡1-25)

ሳሙኤል ንእስራኤል ንብዙሕ ዓመታት መርሓ፣ ነቲ ህዝቢ ድማ መገዲ እግዚኣብሄርን ትእዛዛቱን ይምህሮም ነበረ። ኰነ ድማ፣ ሳሙኤል ምስ ኣረገ፣ ንደቁ ኣብ እስራኤል ፈረዲ ገበሮም። እቶም ደቁ ግና ብመገዱ ይመላለሱ ኣይነበሩን፣ ፍርዲ'ውን የቕንኑ ነብሩ። ሽዑ ብዘለዉ እስራኤል ተኣኪቦም ናብ ሳሙኤል ናብ ራማ መጺኦም፣ እንሆ ንስኻ ኣሪግካ፣ ደቕኻ ከኣ ብመገድኻ ኣይከዱን። እምበኣርሲ ሕጂ ኸም ኵሎም ህዝብታት ዝፈርደልና ንጉስ ኣንግሰልና፣ በልዎ። ዝፈርደልና ንጉስ ሀበና ስለ ዝበልዎ ሳሙኤል ኣዝዩ ጒሃየ። ሳሙኤል ከኣ ብዛዕባዚ ናብ እግዚኣብሄር ጸለየ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሳሙኤል በሎ፣ ኣነ ኸይነግሶም፣ ንኣይ እዮም ዝነዓቑ እምበር፣ ንኣኻ ኣይኰኑን ዝነዓቑ እሞ እዞም ህዝቢ ዝበሉኻ ዅሉ ቓሎም

ስማዕ። ግናኸ ኣጽኒዕካ መዓዶም፡ ስርዓት እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዚነግስ ንጉስ ኣፍልጦም። ሳሙኤል ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ገበረ፡ ናይቲ ንጉስ ትእዛዛት ከም ዘይፈትዉዎ ኣጠንቀቖም። በሎም ድማ፡ ነቶም ኣወዳትኩም ወሲዱ ወተሃደራቱ ክገብሮም እዩ፡ ነተን ኣዋልድኩም ድማ መግቡ ክሰርሓሉ ክወስደን ኣዩ። እቲ ዘዝበለጸ ግራትኩምን፡ ኣታኽልቲ ወይንኹምን ኣታኽልቲ ዘይትኹምን ክወስዶ እዩ። ኩሉ ነገር ድማ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ክኸውን እዩ። ክኸውን ድማ እዩ፡ ንዕኡ ብምልማንኩም ክትጠዓሱ ኢኹም። እቲ ህዝቢ ግን፡ ንጉስ ኣብ ልዕሊኡ ክነግሶ ኣዝዩ ደለየ፡ ሳሙኤል ድማ ዘረባ እቲ ህዝቢ ሰምዐ።

ካብ ነገድ ቢንያም ድማ ቂስ ዝበሃል ሰብኣይ፡ ሓደ ጅግናን ምልምልን፡ ሳኦል ዝስሙ ወዲ ነበሮ። ሽዑ ሓደ መዓልቲ ናይ ቂስ ኣእዱግ ጠፍኣ እሞ፡ ቂስ ንሳኦል ወዱ፡ ሓደ ግዙእ ሒዙ ነተን ዝጠፍኣ ኣእዱግ ክደሊ ለኣኾ። ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ኢሎም ደለይወን፡ ግናኸ ኣብ ዋላ ሓደ ቦታ ኣይረኸብወንን። ኣብ መወዳእታ ሳኦል ነቲ ጊልያ በሎ፡ ኣቦይ ብኣና ይሻቐል ከይህሉ፡ ንዓናይ ናብ ቤትና ንመለስ፡ በሎ። እቲ ጊልያ ድማ፡ እነሆ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣብዛ ከተማ እዚኣ ኣሎ፡ ንሱ ክቡር ሰብኣይ፡ ዝበሎ ኹሉ ርጉጽ ዝኸውን እዩ። ሕጂ ናብኡ ንኺድ፡ ንሱ ምናልባሽ እንኸደላ መገድና ይነግረና ይኸውን፡ በሎ። ሳኦል ድማ ነቲ ግዙኡ፡ እነሆ እንተ ኸድናስ ነቲ ሰብኣይ እሞ እንታይ ነምጽኣሉ፡ ኣብ ሎቖታና ዝነበረ እንጌራ ተወዲኡ፡ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ እነምጽኣሉ ህያብ የብልናን ወይስ እንታይ እሞ ኣለና፧ በሎ። እቲ ግዙእ ከኣ ከም ብሓድሽ ንሳኦል፡ እነሆ ርብዒ ሲቃል ብሩር ኣብ ኢደይ ኣሎኒ፡ ንዕዑ ክንህቦ ኢና፡ በሎ። ሳኦል ድማ፡ ጽቡቕ ተዛረብካ፡ ንዓናይ ንኺድ፡ በሎ።

ንሳቶም በቲ ናብታ ከተማ ዘደይብ ዓቐብ ክድይቡ ከለዉ፡ ማይ ክወርዳ ዝወጻ ኣዋልድ ረኸቡ። እቲ ረኣዪ ሰብኣይ ኣብዚ'ዶ ኣሎ፧ ኢሎም ድማ ሓተትወን። ንሳተን ድማ እነሆ ኣብዚ ቅድሜኹም ኣሎ፡ ሎሚ እቲ ህዝቢ ፍሉይ መስዋእቲ ስለ ዝስውእ፡ ንሱ ናብዛ ከተማ መጺኡ ኣሎ። ቀልጢፍኩም ኪዱ፡ ክትረኽብዎ ድማ ኢኹም፡ በላኦም። ናብታ ከተማ ድማ ኸዱ፡ ሳሙኤል ድማ ናብቲ ዝስውኣሉ ቦታ ክኸይድ ከሎ ረኸቦም። ሓደ መዓልቲ ቅድሚ ሳኦል ምምጽኡ፡ እግዚኣብሄር ንሳሙኤል፡ ንጉስ እስራኤል ክኸውን ዝቐብኦ ሰብኣይ ከም ዝመጽእ ነጊርዎ ነበረ። ሳሙኤል ንሳኦል ምስ ረኣዮ ኸኣ እግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ እቲ ዝበልኩኻ ሰብኣይ እነሆ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ ዝገዝእ እዚ እዩ። ሳኦል ከኣ ኣብ ማእከል እቲ ደገ ናብ ሳሙኤል ቀሪቡ፡ ቤት እቲ ረኣዪ ሰብኣይ ክሕብሮ ሓተቶ። ሳሙኤል ድማ፡ እቲ እትደልይዎ ዘለኹም ሰብኣይ ኣነ እየ። ሎሚ ምሳይ ክትምስሑ

ኢኹም፡ ሽዑ ምሳኻ ክዘራረብ እየ። ብዛዕባ እተን ዝጠፍኣ ኣእዱግ ግን፡ ተረኺበን እየን እሞ ብእኣንሲ ኣይትጨነቕ፡ በሎ። ሳኦል ድማ ምስ ሳሙኤል ከደ፡ ኣብቲ መኣዲ ድማ ኣቲ ዝበለጸ ቦታ ተዋህቦም። ድሕሪኡ ሳሙኤል ኣብ ናሕሲ ኮይኑ ምስ ሳኦል ብዛዕባ እቲ ኣብ ልቡ ዝነበረ ተዘራረበ።

## ንጉስ ሳኦል
## (1ሳሙ 9፡26-27፣ 10፡1-27)

ሳሙኤል ንጽባሒቱ ኣንጊሁ ንሳኦልን ግዙኡን ከፋንዎም ንግዳም ወጸ። ኣብ ወሰን እታ ከተማ ምስ በጽሑ ድማ፡ ሳሙኤል ንሳኦል፡ ነዚ ግዙእ ቅድሜና ክሓልፍ ንገሮ እሞ፡ ኣምላኽ ንምንታይ ከም ዝደለየካ ክነግረካ ደው ንበል፡ በሎ። ክልቲኦም ምስ ተረፉ፡ ሳሙኢል ብልቃጥ ዘይቲ ወሲዱ ናብ ርእሲ ሳኦል ኣፍሰሶ እሞ ሰዐሞ ከኣ። ከምዚ ከኣ በሎ፡ እዚ ዝገበረኩ፡



እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ንጉስ ክትከውን ስለ ዝቐብኣካ እዩ፡ ካብዚ ምስ ከድካ ኣብ ጥቓ መቓብር ናይ ራሄል ክልተ ኣጉባዝ ክትረኽቦም ኢኻ እሞ፡ ከምዚ ድማ ክብሉኻ እዮም፡ 'እተን ክትደልየን ከይድካ ዝነበረካ ኣእዱግ ተረኺበን እየን። ኣቦኻ ድማ ብዛዕባ እተን ኣእዱግ ምሕሳብ ሓዲጉስ፡ ብዛዕባኻ እዩ ዝጭነቕ ዘሎ' ካብኡ ሕልፍ ምስ በልካ ድማ ኣብ ከረን ታቦር ምስ በጻሕካ፡ ሓደ ሰለስተ ወጠጦ ጸይሩ፡ ሓደ ኸኣ ሰለስተ እንጌራ ጸይሩ፡ ሓደ ድማ ሓርቢ ወይኒ ጸይሩ ክትረኽቦም ኢኻ። ሰላምታ ሂቦም ድማ ክልተ እንጌራ ክህቡኻ ኢዮም። ድሕሪኡ ድማ ናብቲ ሓለውቲ ፍልስጤማውያን ዘለዉዎ ኩርባ ኣምላኽ ክትመጽእ ኢኻ። ናብታ ከተማ

ክትኣቱ ከሎኻ ድማ፡ እኩባት ነብያት ብበገናን ከበሮን እምብልታን መሰንቆን እናተነበዩ ክትረኽቦም ኢኻ። እነሆ ድማ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኻ ክወርድ እዩ፡ ምሳታቶም ኴይንካ ድማ ክትንበ ኢኻ።
ከምቲ ሳሙኤል ዝበሎ ኩሉ ድማ ኮነ። እቶም ህዝቢ ድማ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሳኦል ወዲ ቂስ ዝኾነ ነገር ተገረሙ። ሳሙኤል ድማ ነቲ ህዝቢ ናብ ሚጽጳ ዝበሃል ቦታ ጸውዖ። ከምቲ ዝደለይዎ ንጉስ ከንግሰሎም ድማ ነቶም ህዝቢ በብነገዶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቕረቡ፡ ዕጭ ኣውደቐሎም። እቲ ዕጭ ድማ ናብ ሳኦል ወዲ ቂስ ካብ ነገድ ቢንያም በጽሐ። ሳሙኤል ድማ ነቲ ህዝቢ፡ እቲ እግዚኣብሄር ዝሓረዮ፡ ኣብ ኩሉ ህዝቢ ከምኡ ዝበለ ከም ዘየልቦ ርኢኹም'ዶ፤ በሎም። ሽዑ ኩሉ እቲ ህዝቢ፡ ንጉስ ህያው ይኹን! ኢሎም ጨደሩ። እቲ ዝደለይዎ ዘበለ ኹሉ ድማ ረኸብዎ።

## ዝጽናዕ ጥቕሲ

"ንኣኻ ምእንቲ ኸይብድልሲ፡ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዓቒርክዎ" መዝ 119፡11

# ዮናታንን ጋሻ ዛግሬኡን
## (1ሳሙ 14፡1-30)

ሳኦል፡ ዮናታን ዝበሃል ወዲ ነበሮ። ንሱ ኣብ ናይ ሳኦል ሰራዊት ድማ ተዋጋኢ ነበረ። ሽዑ ሓደ መዓልቲ፡ ነቲ ጋሻ ዛግሬኡ በሎ፡ ንዓናይ ናብቲ ኣብ ስግር ዘሎ ጭፍራ ፍልስጤማውያን ንሳገር። እግዚኣብሄር ብብዙሓት ኮነ ወይ ብሒደት ገይሩ ምድሓን ዚኽልክሎ የልቦን እዩ እሞ፡ ምናልባሽ እግዚኣብሄር ገለ ይገብረልና ይኸውን፡ በሎ። እቲ ጋሻ ዛግሬኡ ድማ፡ ኣብ ልብኻ ዘሎ ዘበለ ግበር፡ ንሸኻ ኪድ፡ ኣነ ከኣ እኔኹ ከም ድላይ ናይ ልብኻ ምሳኻ እየ፡ በሎ። ሽዑ ዮናታን፡ ናባታቶም ኴድና፡ ክንርኣዮም ኢና፡ 'ክሳዕ እንመጸኩም ጽንሑና እንተ በሉና፡' ንሕና ኣብ ዘለናዮ ንጽናሕ፡ ናባና ደይቡ እንተ በሉና ግን፡ ሽዑ እግዚኣብሄር ኣብ ኢድና ከም ዝሃበና ምልክት እዩ እሞ፡ ንድይቦም፡ በለ። ሽዑ ክልቲኦም ነቶም ጭፍራ ፍልስጤማውያን ተራእይዎም። ፍልስጤማውያን ድማ፡ እብራውያን ካብቲ ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ ጉድጓድ ይወጹ ኣለዉ፡ በሉ። እቶም ጭፍራ ድማ ንዮናታንን ጋሻ ዛግሬኡን ከመይ ገይርኩም ከም እትዋግኡ ክንርእየኩምሲ ንዑ ናባና ደይቡ በልዎም። ዮናታን ድማ ነቲ ጋሻ ዛግሬኡ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ኢድ እስራኤል ኣሕሊፉ ሂብዎም እዩ፡ እሞ ደድሕረይ ስዓብ፡ በሎ። ክልቲኣቶም ኮይኖም ድማ ኣስታት ዕስራ ሰብኡት ቀተሉ። ሽዑ እቶም

ሓለውቲ ሳኦል፡ ኣብቶም ጭፍራ ፍልስጤማውያን ዓቢ ምሽባር ከም ዝኾነ ረኣዩ። ሽዑ ሳኦል፡ ቆጺርኩም ካባና መን ከም ዝኸደ ርኣዩ በሎም። ንሳቶም ድማ ቆጺሩ፡ እነሆ ከኣ ዮናታንን ጋሻ ዛግሬኡን ኣይነበሩን። ሳኦል ድማ በሎም ታቦት እግዚኣብሄር ኣምጽእዎ። እስራኤላውያን ድማ ናብ ፍልስጤማውያን ከዱ፡ ንሓድሕዶም ክበኣሱ ከለዉ ድማ ረኸብዎም። ሳኦል ድማ ንጸላእቱ ኣጥቂዑ፡ ዓቢ ስዕረት ሰዓሮም። ሳኦል ድማ ነቲ ህዝቢ፡ ንጸላእተይ ሕነ ክሳዕ ዝፈዲ፡ ክሳዕ ምሸት እንጌራ ዝበልዕ ከይህሉ ኢሉ መሓለ። እቲ ዝበልዕ፡ ጥፍኣት ከም ዝመጾ ርግጽ እዩ ድማ በለ። እቲ ህዝቢ ድማ ናብቲ ዱር መጸ፡ ኣብኡ ድማ ዝውሕዝ መዓር ረኸቡ፡ ግናኸ ስለቲ ማሕላ ሓደ እኳ ዝተንከዮ ኣይነበረን፡። ዮናታን ግና ጠምዩ ነበረ፡ ብዛዕባ እቲ ማሕላ ከኣ ዋላሓደ ኣይፈልጥን ነበረ እሞ፡ ጫፍ በትሩ ሰዲዱ፡ ካብቲ ጎነ መዓር ጠምዔ። ብእኡ ገይሩ ድማ ናብ ኣፉ መለሰ። እነሆ ድማ  ኣዒንቱ ንምርኣይ ኣጸቢቖን በርሃ።

## ዳዊት ንጉስ ክኸውን ተሓርዩ
## (1ሳሙ 15፥1 - 16፥1-13)

ኣምላኽ፡ እቲ ኣማሌቅ ንደቂ እሰራኤል ካብ ግብጺ ክወጹ ከለዉ ኣብ መገዲ ዝገበሮም ክፉእ ዘከረ እሞ፡ ብነብዩ ሳሙኤል ጌሩ ንሳኦል ፈጺሙ ንኣማሌቃውያን ካብ ሰብ ክሳብ ጥሪት ከጥፍኦም፡ ዋላ ሓደ ከይሓድግ፡ ኣዘዞ። ሳኦል ከኣ፡ ከይዱ ንኣማሌቅ ተዋግኦም ሰዓሮም ከኣ። ግናኸ ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ ኻኹሉ ክንዲ ዘጥፍእ፡ ሳኦልን እቲ ህዝብን ንኣጋግ ንጉስ ኣማሌቃውያንን ነተን ዝበለጸ ኣባጊዕን ኣሓን ማንታ ዝወልዳ እንስሳን ጽቡቕ ዘበለ ኹሉን ኼጥፍእዎ ኣይፈተዉን። እግዚኣብሄር ከኣ ሳኦልን እቲ ህዝብን ስለ ዘይተኣዘዙ ኣዝዩ ጕሃየ እሞ ንሳኦል ንዓቕ፡ ንሳሙኤል ከኣ ካልእ ዝኸምልበይ ንጕስ ከንግስ እየ በሎ። እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ዝመርሕ ካልእ ንጉስ ምእንቲ ክሸይም ከኣ ንነብዩ ሳሙኤል ካልእ ንጉስ ክቕብእ ነገሮ። ነቲ ንምቕባእ ዝጥቀመሉ ቀርኒ ዘይቲ መሊኡ፡ ናብ እንዳ እሰይ ዝበሃል ኣብ ቤትልሄም ዝቕመጥ እስራኤላዊ ክኸይድ ድማ ድምጺ እግዚኣብሄር ናብ ሳሙኤል መጸ። ሓደ ካብ ደቂ እሰይ ሓድሽ ንጉስ እስራኤል ክኸውን ከኣ እዩ። ሳሙኤል ሓድሽ ንጉስ እስራኤል ክቕብእ ፈርሀ። ምኽንያቱ ንጉስ ሳኦል እንተ ደኣ ፈሊጡ ክቐትለኒ እዩ ኢሉ ሰለ ዝሓሰበ። ይኹን እምበር ሓድሽ ንጉስ ኻክቐብእ ናብ ቤትልሄም ተጓዕዘ። ናብ ቤትልሄም ከኣ በጽሐ፡ እቶም ዓበይቲ ናይታ ከተማ ምስ ረኣይዎ ድማ፡ ብዛዕባ ምምጽኡ ተሸገሩ። ብደሓን ምምጽኡ ኻኸረጋግጹ ምስ ሓተቱ፡ ሳሙኤል ብሰላም ከም ዝመጸ ነገሮም። ሳሙኤል ከኣ ንኣምላኽ ዝኸውን መስዋእቲ ኣቕረበ። ኣብቲ ንኣምላኽ ዘምልኽሉ ዝነበረ ጊዜ፡ ንስድራቤት

እሰይ ዓዲሙ ብእግዚኣብሄር ባረኾም። ካብ ኩሎም ደቂ እሰይ እቲ ንጉስ ክኸውን ዝተሓርየ መን ምዃኑ ክፈልጥ ብዙሕ ተሃንጠየ። መጀመርታ ኣብቲ ቦኽሪ 'ኤልያብ' ጠሚቱ፣ ነዊሕን መልክዔኛን ምዃኑ ርእዩ፣ ብርግጽ እዚ እቲ እግዚኣብሄር ዝሓረዮ እዩ፣ በለ። ይኹን እምበር እግዚኣብሄር፣ ኣብ መልክዑ ኣይትርኣ፣ ንሱ ኣይኮነን እተሓርየ። ሰብ ብደገ እዩ ዝርኢ፣ እግዚኣብሄር ግና ናይ ውሽጢ እዩ ዝርኢ፣ በሎ። እቲ ካልኣይ ወዲ እሰይ 'ኣቢናዳብ' ቀጺሉ ናብ ሳሙኤል መጸ። እግዚኣብሄር ነዚ'ውን ኣይሓረዮን። ብድሕሪ'ዚ እቲ ሳልሳይ ወዲ እሰይ 'ሳማ' መጸ። እግዚኣብሄር ነዚ'ውን ኣይመረጾን። እሰይ ንኹሎም ሾብዓተ ደቁ፣ ሓደ ብሓደ ናብ ሳሙኤል ኣምጽኦም። ይኹን እምበር እቲ እግዚኣብሄር ንጉስ ክኸውን ዝሓረዮ ምስኦም ኣይነበረን። ሳሙኤል ብምግራም፣ ምናልባት ካልእ ውሉድ እንተለዎ ንእሰይ ተወከሶ። እሰይ ድማ፣ እቲ ንእሽቶይ ወደይ ኣብ በረኻ ኣባጊዕ ይጓሲ ኣሎ፣ በሎ። ሳሙኤል ቀልጢፉ ክጽውዖ ሓበሮ። 'ዳዊት' እዩ ስሙ። ሓያልን መልክዔኛን እዩ ዝነበረ። ሳሙኤል ንዳዊት ካብ በረኻ ተጸዊዑ ክመጽእ ምስ ረኣዮ፣ እግዚኣብሄር፣ ተንስእ ቅብኣዮ፣ እዚ እዩ እቲ ንጉስ ክኸውን ዝሓሬኹዎ፣ በሎ። ሳሙኤል ነቲ ዘይቲ ዝመልአ ቀርኒ ወሲዱ ንዳዊት ኣብ ርእሱ ቀብኦ። ኣሕዋት ዳዊት ተገረሙ። ዳዊት እቲ ንእሽቶይ ሓዎም ንጉስ ኮይኑ። ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ዳዊት ነበረ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

**"እግዚኣብሄርሲ ሰብ ከም ዝርእዮ ኣይርእን፣ ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዝርኢ፣ እግዚኣብሄር ግና ልቢ እዩ ዝርኢ" 1ሳሙ 16፥7**

## ዳዊትን ጎልያድን
## (1ሳሙ 17፥1-37)

ፍልስጤማውያን ምስ ደቂ እስራኤል ክዋግኡ ኣብ ሓደ ዓቢ ጎቦ ዓሪዶም ነበሩ። ሰራዊት ደቂ እስራኤል'ውን ኣብ መንጽሮም ኣብ ዝነበረ ጎቦ ተቀሚጡ ነበረ። ኣብ መንጎኦም ለሰ ነበረ። ሓደ ካብቶም ፍልስጤማውያን፣ ጎልያድ ዝበሃል ገዚፍን ሓያልን ነበረ። ኣዝዩ ነዊሕ እዩ ዝነበረ። ጎልያድ ካብቲ ተቐሚጥዎ ዝነበረ ተንሲኡ ናብቲ ደቂ እስራኤል ዝነበርዎ ቦታ ቀረበ። ቀቅድሚኡ ኸኣ ዋልታኡ ዝስከመሉ ወተሃደር ይኸይድ ነበረ። ሽዑ ጎልያድ ዓው ኢሉ ናብ ሰፈር ደቂ እስራኤል መልእኽቲ ኣመሓላለፈ። እቲ

መልእኽቲ ከምዚ ይብል ነበረ፡ ስለምንታይ ኢኹም ንውግእ ክትስለፉ ዝወጻእኹም፧ ኣነ ፍልስጤማዊ'ዶ ኣይኮንኩን፧ ንሰኻትኩም ከኣ ገላው ሳኦል፧ ካብኻትኩም ሓደ ሰብኣይ ሕረዩ እሞ፡ ናባይ ይውረድ። ንሱ ምሳይ ተዋጊኡ ክቐትለኒ እንተ ኸኣለ፡ ንሕና ባሮትኩም ክንከውን ኢና፡ ኣነ ኣሰኒፈ እንተ ቐተልክዎ ግና፡ ንሰኻትኩም ባሮትና ኴንኩም ክትግዝኡና ኢኹም። ሰራዊት ደቂ እስራኤል በዚ ተሸበሩን ፈርሁን። ጎልያድ መዓልታዊ ናብ ሰፈር ሰራዊት ደቂ እስራኤል እናመጸ፡ እቲ ምፍርራሕ ተተሓሓዞ። ይኹን እምበር ሓደ'ኳ ዝምልሰሉ ኣይተረኽበን። ሰለስተ ካብ ደቂ እሰይ ኣብ ሰራዊት ደቂ እስራኤል ተሰሊፎም፡ ኣብቲ ቦታ ውግእ ነበሩ። ዳዊት ግና ኣብ በረኻ፡ ኣባጊዕ ኣቦኡ ይጓሲ ነበረ። ሓደ መዓልቲ እሰይ ንዳዊት ጸዊዑ፡ ቆሎን እንጌራን ሒዝካ ቀልጢፍካ ናብ ኣሕዋትካ ናብቲ ሰፈር ኪድ። እዘን ዓሰርተ ጎጎን ኣጅቦን ከኣ ነቲ ሓለቓ ሽሕ ውሰደሉ። ኣሕዋትካ ደሓን እንተለዉ'ውን ርኢኻ ምጻእ፡ በሎ። ዳዊት ቀልጢፉ ከምቲ ኣቦኡ ዝበሎ ገይሩ ናብቲ ሰራዊት ደቂ እስራኤል ዝነበርዎ ቦታ ኸደ። ነሕዋቱ ድማ ደለዮም። እናደለዮም ከሎ ከኣ፡ ጎልያድ ካብ ሰፈሩ ተንሲኡ ከም ልማዱ ዓው ኢሉ ብጭድርታ መልእኽቱ ኣመሓላለፈ። ዳዊት ድማ ብዛዕባ'ዚ ነገር ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ወተሃደራት ሓተቶም። እቶም ወተሃደራት፡ ብዛዕባ ጎልያድን ኩሉ እቲ መፈራርሒኡን ንዳዊት ነገርዎ። ንጎልያድ ዝቐተለ፡ ንጉስ ብዙሕ ሃብቲ ከም ዝህቦን ንጓል ንጉስ ከኣ ከም ዝምርያን ነገርዎ። ኤልያብ ዓቢ ሓው ንዳዊት፡ ዳዊት ምስቶም ወተሃደራት ክዘራረብ ብድምጹ ኣለልይዎ እናጎየየ መጸ። ሓሪቑ ኸኣ፡ እንታይ ክትገብር መጺእካ፧ ኣባጊዕ ኣቦና'ኸ ምስ መን ገዲፍካየን፧ በሎ። ዳዊት ግና ብውሽጡ ብዛዕባ ምስ ጎልያድ ምቅላስ ይሓስብ ነበረ። ነቲ ገዚፍን ሓያልን ፍልስጤማዊ ጎልያድ ከኣ ክቃለሶን ክቀትሎን ተላዕለ። እቶም ምስኡ ዝነበሩ ወተሃደራት ከኣ ናብ ንጉስ ሳኦል ወሰድዎ። ዳዊት ከኣ ነቲ ንጉስ፡ ብዛዕባ እዚ ውግእ ልቢ ሓደ ሰብ እኳ ኣይሸበር። ጊልያኻ ከይዱ ምስዚ ፍልስጤማዊ እዚ ክዋጋእ



እዩ፡ በሎ። ሳኦል ብትብዓት ዳዊት እናተገረመ፡ ምስ ጎልያድ ክትዋጋእ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንሰኻ ንእሽቶይ መንእሰይ ኢኻ። ንሱ ግና ኣዝዩ ምኩር ወተሃደር እዩ፡ በሎ። ዳዊት በቲ ንጉስ ዝበሎ ከይተሸበረ፡ ንጉስ፡ ኣባጊዕ ኣቦይ ኣብ በረኻታት ይጓሲ እየ፡ ኣንበሳን ድብን ኣባጊዕ ክበልዑ ክመጹኒ ከለዉ እቐትሎም። ኣንበሳን ድብን ቐቲለ'የ። ሕጂ

ድማ ነዚ ንሰራዊት ኣምላኽ ዝጸርፍ ፍልስጤማዊ ክቐትሎ እየ። እቲ ካብ መንጋጋ ኣንበሳን ድብን ዘውጽኣኒ ኣምላኽይ፡ ካብ ኢድ እዚ ዘይግዙር ፍልስጤማዊ'ውን ከናግፈኒ እዩ፡ በሎ። ሽዑ ሳኦል፡ ዳዊት ምስቲ ፍልስጤማዊ ክዋጋእ ፈቐደሉ። ከምዚ ኸኣ በሎ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ ይኹን።

## ሓሙሽተ ንኣሽቱ ኣእማን
## (1ሳሙ 17፡38-54)

ሳኦል ንዳዊት ኣዕጠቆ። ምሉእ ወተሃደራዊ ዕጥቅን ክዳንን ሃቦ። ዳዊት ግና ወተሃደራዊ ክዳን ተኸዲኑ ኣይፈልጥን ነበረ እሞ፡ ኩሉ እቲ ብሓጻውን ዝተሰርሐ ክዳውንትን ኣጽዋርን ከበዶ። ንንጉስ ድማ፡ ነዚ ነገር እዚ ልሙድ ኣይኮንኩን፡ ነዚ ክኸደን ኣይክእልን እየ፡ በሎ። ነቲ ዕጥቁን ክዳውንቱን ኣውጺኡ ኸኣ፡ ናብ ሩባ ኣቢሉ ተጓዕዘ። ኣብቲ ሩባ ምስ በጽሐ ሓሙሽተ ልሙጻት ኣእማን ኣልዓለ። ኣብ ቦርስኡ ኣቐሚጥወን ከኣ፡ ወንጭፍ ወሲዱ ናብቲ ገዚፍን ሓያልን ጎልያድ ኣቢሉ ኸደ። ንጎልያድ ክገጥሞ ተዳልዩ እዩ። ጎልያድ፡ ዳዊት ክመጽእ ምስ ረኣየ፡ ዓው ኢሉ ናይ ላግጺ ሰሓቕ ሰሓቐ። ብበትሪ እትመጸንስ፡ ኣነ ኸልቢ'ዶ እየ፤ ንዓሞ ስጋኻ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት መሮርን ክህቦም እየ፡ ከኣ በሎ። ዳዊት ከኣ ነቲ ፍልስጤማዊ በሎ፡ ንስኻ ብሴፍን ብኲናትን ትመጸኒ ኣለኻ፡ ኣነ ግና ብስም እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ እቲ ንስኻ እተባጭዎ ዘሎኻ ኣምላኽ እስራኤል እመጸካ ኣሎኹ። ሎሚ መዓልቲ እግዚኣብሄር ንዓኻ ኣሕሊፉ ኣብ ኢደይ ክህበኒ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ክቐትለካ፡ ርእሰኻ'ውን ካባኻ ኽወስድ እየ፡ ሬሳ ሰራዊት ፍልስጤማውያን ከኣ በዛ መዓልቲ እዚኣ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ክህቦም እየ። ሎሚ ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም ዘሎ ኩላ ምድሪ ክትፈልጥ እያ። እቲ ውግእሲ ናይ እግዚኣብሄር እዩ። ጎልያድ ብሕርቃን ናብቲ ጎበዝ ኣቢሉ ጎየየ። ዳዊት ኢዱ ናብ ቦርሳኡ ሰዲዱ ሓንቲ ካብተን ካብ ሩባ ዘምጽኣን ኣእማን ወሰደ። ኣብ ወንጭፉ ኣእትዩ ከኣ ናብቲ ፍልስጤማዊ ወርወራ። እታ እምኒ ኣብ ግንባር ጎልያድ ወቒዓ ኣተወት። ንሱ ድማ ብገጹ ናብ ምድሪ ወደቐ። ዳዊት ንቕድሚት ጎይዩ፡ ሴፍ እቲ ፍልስጤማዊ ወሲዱ፡ ርእሲ ጎልያድ ቆረጸ። ሰራዊት ፍልስጤማውያን እቲ ናቶም ሓያል፡ ጎልያድ ክቕተል ምስ ረኣዩ፡ ንድሕሪት ሃደሙ። ሰራዊት ደቂ እስራኤል ከኣ ናይ ዓወት መዝሙር እናዘመሩ ኣጓየይዎም።



## ዳዊትን ዮናታንን
## (1ሳሙ 18፥1-30፣ 19፥1-7)

ሳኦል ንዳዊት ከምቲ መብጽዓኡ ብዙሕ ክብሪ ሃቦ። ኣብ መኣዲ ንጉስ ክቐርብ፡ ከምኡ ድማ ሓለቓ ሰራዊት ደቂ እስራኤል ኮይኑ ከመሓድር ድማ ስልጣን ተዋህቦ። ዮናታንን ዳዊትን ምስ ተራኸቡ ኣዝዮም ዝፋተዉ ኣዕሩኽ ኮኑ። ዮናታን ንዳዊት እቲ ተኸዲንዎ ዝነበረ ባርኖስን ክዳንን ከምኡ'ውን ሴፉ፡ ቀስቱን ቅናቱን ከይተረፈ ሃቦ። ዳዊት ንፍልስጤማውያን ስዒርዎም ምስ ተመልሰ፡ ኣንስቲ እስራኤል ካብ ገዝኣን ወጺኣን ከምዚ ኢለን ዘመራ፡ *ሳኦል ሽሑ፡ ዳዊት ግና እልፉ ቀተለ።* ሳኦል ነዚ ምስ ሰምዐ፡ ብዳዊት ብዙሕ ቀንአ። ንጽባሒቱ ሳኦል ብመንፈሱ ተረቢሹ፡ ብዙሕ ተጨነቐ። ነቲ ዝተረበሸ መንፈሱ ከህድእ ዳዊት ብበገና ሙዚቃ ይወቕዓሉ ነበረ። ሓደ ጊዜ ሙዚቃ እናወቕዓሉ ከሎ ኸኣ፡ ሳኦል ኲናቱ ኣልዒሉ ናብ ዳዊት ወርወራ። እታ ኲናት ግና ንዳዊት ስሒታ ሓለፈት። ሚካል ጓል ንጉስ ሳኦል ንዳዊት ትፈትዎ ነበረት እሞ፡ ሳኦል ንዳዊት፡ ሚእቲ ፍልስጤማውያን እንተ ድኣ ቀቲልካ፡ ሚካል ሰበይትኻ ክትከውን ክህበካ እየ፡ በሎ። ዳዊት ነቶም ፍልስጤማውያን ክቐትል ከሎ፡ ምእንቲ ክመውት እዩ ከምኡ ዝበሎ። ደኹን እምበር ዳዊት ክልተ ሚእቲ ፍልጤማውያን ቐተለ። በዚ ኸኣ ሚካል ጓል ንጉስ ሰበይቱ ክትከውን ተዋህበቶ፡ ተመርዓዋ'ውን።

ሳኦል መንፈሱ ኣይዓረፈን። ብዳዊት ብዙሕ ይፈርህን፡ ከም ጸላኢኡ ገይሩ ኸኣ ይርእዮን ነበረ። ሳኦል ንዮናታን ወዱ፡ ንዳዊት ምንቲ ክቐትሎ ከእምኖ'ኳ እንተ ፈተነ፡ ዮናታን ንዳዊት ብዙሕ ይፈትዎ ስለ ዝነበረ

ንዳዊት የጠንቅቐን ንክሕባእ ከአ ይሕብሮን ነበረ።| ዮናታን ሓደ ጊዜ ናብ ኣቦኡ ሳኦል ከይዱ ብዛዕባ ዳዊት ጽቡቕ ተዛረበ። ሳኦል ንዮናታን ምስ ሰምዖ፡ እቲ ኣብ ዳዊት ዝነበረ ሕማቕ ድሌት ንግዚኡ ዓረፈሉ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ስም እግዚኣብሄር ጽኑዕ ግምቢ እዩ፡ ጻድቕ ናብኡ ጎይዩ የዕቑብ" ምሳ 18፤10

## ዳዊት ይሃድም
## (1ሳሙ 19፤8-17፣ 20፤1-43)

ሳኦል ንዳዊት ክቐትሎ ብርቱዕ ድሌት ነበረ። ልኡኻት ናብ ብዙሕ ሰዲዱ ኸአ ክሳዕ እታ ንምቕታሉ ምችእቲ ዝኾነት ጊዜ ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኡ ክጽበይዎ ኣዘዘ። ሚካል ሰይቲ ዳዊት፡ እቲ ኣቦኣ ብዛዕባ ዳዊት ክገብሮ ዝሓሰቦ ነገር ምስ ፈለጠት ቀልጢፋ ንዳዊት፡ ሎሚ ለይቲ ህይወትካ እንተ ዘየድሒንካ፡ ጽባሕ ምውት ክትከውን ኢኻ፡ በለቶ። በታ ለይቲ ከኣ፡ ገመድ ኣንጠልጢላ ብመስኮት ኣህደመቶ። ሚካል፡ ሓደ ዓቢ ባምቡላ ኣብ ዓራት ዳዊት ኣንቢራ ከደነቶ። ዳዊት ደቂሱ ከም ዘሎ ዘርኢ ኾነታት ከአ ፈጠረት። ናይ ሳኦል ልኡኻት ናብቲ ገዛ ምስ በጽሑ፡ ንሚካል ንዳዊት ክወስድዎ ከም ዝመጹ ሓበርዋ። ንሳ ግና፡ ዳዊት ሓሚሙ እዩ ዘሎ፡ በለቶም። እቶም ልኡኻት ናብ ሳኦል ተመሊሶም ብዛዕባ እቲ ዘጋጠሞም ነገር ኩሉ ነገርዎ። ሳኦል ግና መሊሶም ናብ ቤት ዳዊት ክኸዱ ለኣኾም። ሕጂ ክቐትልዎ ማለቶም ስለ ዝነበረ ኸአ ክሳብ መደቀሲኡ ኣተዉ። እንተ ኾነ ነቲ ዓራት እንተ ገንጸልዎ ዳዊት ዘይኮነስ ባምቡላ እዩ ጸኒሕዎም። ሳኦል እቲ ዝኾነ ነገር ምስ ሰምዐ ተቆጢዑ፡ ንምንታይ ኢኺ ዘታለልክኒ፧ ንምንታይ ኢኺ ንጸላእየይ ዘህደምክዮ፧ ክብል ንሚካል ተዛረባ። ሚካል ድማ፡ ክኸይድ ክሓድጎ ለሚኑኒ፡ በለት። ዳዊት ኣምለጠ። ናብ ሳሙኤል ከይዱ ድማ ኩሉ እቲ ሳኦል ንምቕታሉ ዝገበሮ ሓበሮ። ሳኦል መታን ከይጎድኦ ድማ ምስ ሳሙኤል ንውሱን ጊዜ ጸንሐ። ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ናብቲ ዝፈትዎ ዓርኩ ዮናታን ከደ። ዮናታን ንዳዊት ከም ነፍሱ ገይሩ ይፈትዎ ነበረ እሞ፡ ካብ ኣቦኡ ሳኦል ክከላኸለሉ ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ምዃኑ ቃል ኣተወሉ። ዳዊት ኣብቲ በረኻ ተሓቢኡ ክጸንሕ፡ ዮናታን ድማ ኩነታታ ድሌት ኣቦኡ ሳኦል ፈሊጡ ክመጽእ እሞ፡ ንዳዊት ክሕብሮ ተረዳድኡ። ከም ምልክት ድማ፡ ዮናታን ነቲ ነገር ምስ ፈለጠ ሓደ መንእሰይ ሒዙ ክመጽእ እሞ ሰለስተ ፍላጻታት ብመንትግ ክውርውረን፡

ነተን ፍላጻታት ምስ ወርወረን ድማ ነቲ ጎበዝ መንእሰይ ነተን ፍላጻታት ድለየን ኢሉ ይሰዶ። እንሆ እቲ ፍላጻ ክንጀውካ እዩ ዘሎ፡ ውሰዶ። እንተ በለ ኩሉ ኰነታት ደሓን እዩ እሞ፡ ዳዊት ብሰላም ንዓ ማለት ከም ዝኾነ፡ እንሆ እቲ ፍላጻታት ክንየውካ እዩ ዘሎ፡ እንተ በለ ግና ሳኦል ብዛዕባ ዳዊት ሕማቕ ሓሲቡ ኣሎ እሞ፡ ዳዊት ክሕባእ ዝነግር መልእኽቲ ከም ዝኾነ ተረዳድኡ።

ዮናታን ነቲ ነገር ኣርጊጹ ምስ ፈለጠ ናብቲ ዳዊት ተሓቢእዎ ዝነበረ ቦታ መጸ። ነተን ሰለስተ ፍላጻታት ምስ ወርወረን ድማ ነቲ መንእሰይ ከምዚ በሎ፡ እንሆ እቲ ፍላጻታት ክንጀውካ እዩ ዘሎ። እቲ መንእሰይ እተን ቃላት ፍሉይ መልእኽቲ ንዳዊት ከም ዝኾና ኣይፈለጠን። ነተን ዮናታን ጐይታኡ ዝወርወረን ፍላጻታት ካብቲ ወዲቐንኦ ዝነበራ ኣልዒሉ ወሰደን። ብድሕርዚ ዮናታን ነቲ መንእሰይ ንገዛ ክኸይድ ሓበሮ። እቲ መንእሰይ ምስ ከደ፡ ዳዊት ካብቲ ተሓቢእዎ ዝነበረ ቦታ ወጸ እሞ ምስ ዮናታን ተሓቛቒፎም ኪዳን ተኣታተዉ። ብድሕርዚ፡ ዳዊት ናብ በረኻ ኣቢሉ ከደ። ዮናታን ከኣ ናብ ከተማ ተመልሰ።

## ዳዊት ኣብ በረኻ
## (1ሳሙ 21፡1-6፣ 22፡1-2፣ 23፡1-5፣ 24፡1-16)

ዳዊት ኣብ በረኻ ካብ ሳኦል እናተሓብአ ይነብር ነበረ። ኣብ በረኻታት ምስኡ ዝነብሩ ተዋጋእቲ ሰዓብቲ ከኣ ገበረ። ሳኦል ኩሉ ጊዜ ይደልዮም ነበረ። ሓደ ጊዜ ዳዊትን ብጾቱን ብርቱዕ ጥሜት ጠመዩ። ዳዊት ናብ ካህን ኣሂሜሌክ ከደ። ኩምራ ሕምባሻታት ከኣ ምስኡ ነበረ እሞ፡ ዳዊት ሓሙሽተ ሕምባሻታት ክህቦ ለመኖ። እቲ ካህን ንዳዊት፡ እዚ ተራ ሕምባሻ ኣይኮነን፡ እዚ ቅዱስ ሕብስቲ ንካህናት ጥራይ ዝተፈልየ እዩ፡ በሎ። እንጌራ ምርኣይ፡ ንካህናት ጥራይ ዝተፈልየ እዩ ዝነበረ፡ ይኹን እምበር ዳዊትን ብጾቱን ኣዝዮም ጠምዮም ስለ ዝነበሩ፡ ኣሂሜሌክ ካብቲ ሕምባሻ ክወስድ ፈቐደሉ። ገለ ሴፍውን'ዶ ይህልወካ፧ ኢሉ ዳዊት ንኣሂሜሌክ ሓተቶ። ብታህዋኽ ስለ ዝመጸ፡ ዝኾነ ሴፍ ወይውን ኣጽዋር ኣይተማልአን። ናይቲ ዳዊት ባዕሉ ዝቐተሎ ጎልያድ ሴፍ ኣብኡ ነበረት እሞ፡ ካህን ኣሂሜሌክ ክወስዳ ፈቐደሉ። ነታ ሴፍ ሒዙ ድማ ካብቲ ቦታ ኸደ። ብድሕሪ እዚ ዳዊትን ብጾቱን ኣብ በዓቲ ኣዱላም ተሓብኡ። ብዙሓት ካብቶም ናይ ቀደም ፈተውቱ ከኣ ሓበርዎም። ኣብ መወዳእታ ኣስታት ኣርባዕተ ሚእቲ ዝኾኑ ኮኑ። ካብ ሳኦል ይሕብኡ፡ ምስ ፍልስጤማውያን ከኣ ይዋግኡ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ሳኦል ንዳዊት ክደሊ ሰራዊት ሒዙ ኣብ በረኻታት እስራኤል ይዘውር ነበረ። ሳኦል ኣብ ሓደ በዓቲ ደቂሱ ኣዕረፈ።

ዳዊትን ብጾቱን ኣብኡ ከም ዘለው ኣይፈለጠን ነበረ። ናይ ዳዊት ሰዓብቲ ንሳኦል ክቐትልዎ ደለዩ። ብጾቱ ንዳዊት ድማ ነቲ ክቐትሎ ዝደሊ ጸላኢኡ ክቐትሎ ጽቡቕ ዕድል ስለ ዝረኸበ ተሓጐሱ። ዳዊት ግና ንሳኦል ክቐትሎ ኣይደለየን። ሳኦል ብእግዚኣብሄር ዝተቐብአ ንጉስ ስለ ዝነበረ፣ ንእግዚኣብሄር ፈሪሁ ንሳኦል ብህይወቱ ክኸይድ ሓደጎ። ይኹን እምበር ዳዊት፣ ሳኦል ደቂሱ ከሎ ንእሽቶይ ጨርቂ ካብ ክዳኑ ቀዲዱ ወሰደ። ሳኦል ተንሲኡ ምስ ከደ፣ ዳዊት ኣብ ርሑቕ ኮይኑ ንሳኦል ጸውዖ። ነቲ ካብ ክዳኑ ዝወሰዶ ጨርቂ ድማ ኣርኣዮ። ሳኦል ዳዊት ክቐትሎ እናኸኣለ ብህይወቱ ስለ ዝሓደጎ ልቡ ተተንከፈ። ስለዚ ድማ ንዳዊት ሕማቕ ካብ ምግባር ተመልሰ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እቲ ብርቱዕ ጸላእየይን እቶም ዝጸልኡንን፣ ሓይሎሙኒ ነበሩ እሞ፣ ካብኦም ኣናገፈኒ። ብመዓልቲ መከራይ ሓደጋ ወደቑኒ፣ እግዚኣብሄር ግና ደጋፍየይ ኮነ። ንሱ ናብ ገፊሕ ቦታ ኣውጸኣኒ፣ ብሂጉኒ እዩ እሞ፣ ኣናገፈኒ"

መዝ 18፥17-19

## ዳዊትን ኣቢጋይልን
## (1ሳሙ 25፥2-35)

ሓደ ናባል ዝበሃል ሃብታም፣ ሰለስተ ሽሕ ኣባጊዕ፣ ሽሕ ከኣ ኣጣል ዝነበራኦ ሰብኣይ ነበረ። ጨካንን ጽቡቕ ዘይገብርን ሰብ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ኣቢጋይል እትበሃል ለባም ጽብቕቲ ሰበይቲ ነበረቶ። ሓደ መዓልቲ ዳዊት ኣብ በረኻ ከሎ፣ ናባል ኣባጊዑ ይቖርጽ ከም ዘሎ ሰምዔ። ዓሰርተ ካብቶም ግዙኣቱ ጸዊዑ ከኣ ናብ እንዳ ናባል ለኣኾም። ከምዚ ክብልዎ ድማ ነገሮም፣ ጥዕና ይሃበለይ፣ ንኣኻ ሰላም፣ ንቤትካ ሰላም፣ ንዘሎካ ኹሉ'ውን ሰላም። ኣባጊዕ ከም ዘለዋኻ ሰምዔ። እቶም ጓሶትካ ምሳና እዮም ዝነብሩ፣ ኩሉ ጊዜ ኸኣ ንሕልዎም ኢና። ስለዚ ገለ እኳ ኣይጠፍኦምን። ንገላውኻ ሕተቶም፣ ንሳቶም ክነግሩኻ እዮም። ብጽብቕቲ መዓልቲ መጺእና ኣሎና እሞ፣ እዞም ዝልእከልካ ዘለኹ ኣጉባዝ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ይርከቡ፣ በጃኻ ኣብ ኢድካ እተረኽበ ንገላውኻን ንወድኻ ዳዊትን ሃቦም። እቶም ልኡኻት ዳዊት ከምቲ ዝተባህሎም ገበሩ፣ ንናባል ተዛሪቦም ምስ ወድኡ ኸኣ መልሱ ተጸበዩ። ናባል ድማ ነቶም ገላው ዳዊት፣ ዳዊት መን እዩ፧ ወዲ

እሰይከ መን እዩ፧ ሎሚ እኳ ከካብ ጐይተቶም ዝመለቑ ገላው ብዙሓት እዮም። እንጌራይን ማየይን ካበይ ምኺኖም ንዘይፈልጦም ሰባት ኣይህቦምን እየ፡ ኢሉ መለሰሎም። እቶም ገላው ዳዊት በቲ ናባል ዝተዛረቦም ሓሪቖም ናብ ዳዊት ተመልሱ። ሓደ ካብቶም ግዙኣት ናባል ግና፡ ናብ ኣቢጋይል ከይዱ ኩሉ እቲ ዝኾነ ነገር ነገራ፡ እንሆ ዳዊት ካብ ምድረ በዳ ንጐይታና ሰላም ክብልዎ ልኡኻት ሰዲዱ ነበረ፡ ንሱ ኸኣ ሰጎጎም። እዞም ሰባት እዚኣቶም ግና ንዓና ኣዝዮም ሕያዎት እዮም ዝነበሩ፡ ኣይዓመጹናን። በቲ ኣብ ምድረ በዳ ምስኣቶም ዝነበርናሉ ኹሉ ጊዜ ድማ ገለ እኳ ኣይጠፍኣናን። እቲ ኣባጊዕ ክንጓሲ ምስኣቶም ከሎና፡ ለይቲ ኮነ መዓልቲ፡ ኩሉ ጊዜ መካበብያ ኾይኖምና ነበሩ። ሰብኣይኪ ግና ሓደ እኳ ተዛሪቡ ከስምዖ ዘይክእል ነቓጽ ሰብ እዩ እሞ፡ ሕጂ ንጐይታናን ንብዘላ ቤቱን ክፉእ ተመዲብዎም ኣሎ። ስለዚ ርኣዪ፡ እትገብርዮ ከኣ ፍለጢ፡ በላ። ሽዑ ኣቢጋይል ቀልጢፋ ኽልተ ሚእቲ እንጌራን ኽልተ ሓርቢ ወይንን ሓሙሽተ ብሱላት ኣባጊዕን ሓሙሽተ መስፈር ጥቡስ ሰዊትን ሚእቲ ጎኃ ዘቢብን ክልተ ሚእቲ ጎኃ በለስን ወሲዳ ኣብ ኣእዱግ ኣጽዓነቶ። ንግዙኣታ ኸኣ፡ ቀቅድመይ ሕለፉ፡ እኔኹ፡ ኽስዕበኩም እየ፡ በለቶም። ንሰብኣያ ናባል ግና ኣይነገረቶን። ኣድጊ ተወጢሓ ኸኣ ደድሕሪ ግዙኣታ ናብ ዳዊት ተበገሰት። ዳዊትን ሰቡን በቲ ናባል ዝመለሰሎም መልሲ ሓሪቖም ሰይፎም ተዓጢቆም ንናባልን ንዘለዎ ኩሉ ክቕትሉን ከጥፍኡን ይመጹ ነበሩ። ኣቢጋይል ድማ ንዳዊት ምስ ረኣየቶ፡ ቀልጢፋ ኻብ ኣድጊ ወረደት፡ ኣብ ቅድሚ ዳዊት'ውን ብገጻ ተደፊኣ ናብ ምድሪ ፍግም በለት። ኣብ እግሩ ወዲቓ ከኣ ኸምዚ በለቶ፡ ጐይታይ በጃኻ ዝዛረበካ ኣሎኒ እሞ ዘራባይ ስማዕ። ብናባል፡ በዚ እኩይ ሰብ እዚ ግዲ ኣይትግበር። ስሙ ናባል እዩ፡ ከም ስሙ ኸኣ ዓሻ እዩ፡ ብዕሽነት ድማ እዩ ዚነብር። ኣነ ገረድካ ግና ነቶም ዝለኣኽካዮም ኣጉባዝ ኣይረኣኽዎምን። ሕጂ ኸኣ፡ ጐይታይ ብህያው እግዚኣብሄርን ብስምካን እምሕል ኣሎኹ፡ ኣብ ደም ካብ ምእታውን ብኢድካ ሕነ ካብ ምፍዳይን ዘድሕነካ እግዚኣብሄር እዩ። እዚ ኣነ ገረድካ ዘምጻእኩልካ ገጽ በረኸት ነቶም ንዓኻ ዝስዕቡ ኣጉባዝ ይወሃብ። ንሸኻ ጐይታይሲ ውግእ እግዚኣብሄር እትዋጋእ ሰብ ኢኻ እሞ፡ እግዚኣብሄር ጽንዕቲ መንግስቲ ኸም ዜቑመልካ ርግጽ እዩ። እምበኣርሲ፡ በጃኻ በደለይ በደል ገረድካ ሕደገለይ። ብህይወት ክሳዕ ዘሎኻ ድማ በዳሊ ኼንካ ኣይትረኽብ። ሰብ እኳ ኺሰጎካን ኪቕትለካን እንተ ተንስአ፡ ንኣኻ ንጐይታይሲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ይሓልኻ፡ ንጸላእትኻ ግና ከም ብወንጭፍ ገይሩ ይወንጭፎም። እግዚኣብሄር ንጐይታይ ከምቲ ኩሉ ጽቡቕ ዘተስፈወካ ምስ ገበረ፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ከኣ ንጉስ ክትከውን ምስ ኣዘዘልካ፡ ንጹህ ደም ኣፍሲስ፡ ሕነይ'ውን ፈድየ ኢልካ ኣብ ሕልናኻ ጣዕሳ ኣይኪስምዓካን እዩ። እግዚኣብሄር ንዓኻ ንጐይታይ ጽቡቕ ምስ ገበረልካ ድማ፡ ንዓይ ንገረድካ ዘክረኒ። ዳዊት

ብዘረብኣ ብዙሕ ተሓጐሰ። እቲ በዛ መዓልቲ እዚኣ ኽትቀባበልኒ ዝሰደደኪ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ይመስገን። ለባም ስለ ዝኾንክን በዛ መዓልቲ እዚኣ ደም ካብ ምፍሳስ ስለ ዝኸልከልክንን ብርኽቲ ኹኒ። ብሓቂ ንሸኺ ኽትቅበልኒ ቐልጢፍኪ እንተ ዘይትመጽስ ንናባል ሓደ እኳ ኣይምተረፎን ነይሩ፥ በለ። ዳዊት ድማ እቲ ዘምጽኣትሉ ኻብ ኢዳ ተቐቢሉ፥ እንሆ ዘረባኺ ሰሚዐ፥ ተቐቢለዮ ኣሎኹ። ናብ ቤትኪ ብሰላም ተመለሲ፥ በላ።

## ናይ ሳኦል ኲናት
## (1ሳሙ 26፥1-25)

ሰላም ኣብ መንጎ ዳዊትን ሳኦልን ነዊሕ ኣይጸንሐን። ገለ ሰባት ናብ ሳኦል ከይዶም እቲ ዳዊት ተሓቢኡሉ ዝነበረ በረኻ ነገርዎ። ሽዑ ሳኦል፥ ካብ እስራኤል ዝተሓርዩ ሰለስተ ሽሕ ሰብኣይ ሒዙ ንዳዊት ክሕዞ ናብ በረኻ ከደ። ሓደ ለይቲ ዳዊትን ኣቢሻይን (ሓደ ካብ ግዙኣቱ) ናብቲ ሳኦል ዝነበሮ ቦታ መጹ። ኩላቶም ደቂሶም ነብሩ። ድምጺ ከይገበሩ ኸኣ ናብታ ሳኦል ደቂሰዋ ዝነበረ ቦታ መጹ። ኣቢሻይ ንዳዊት፥ ሎሚ ኣምላኽካ ንጸላኢኻ ኣብ ኢድካ ኣሕሊፉ ሂቡካ ኣሎ፥ ሕጂ ኸኣ በጃኻ፥ ከይደገምኩስ ብሓንቲ ወስ፥ ብኲናት ምስ ምድሪ ኽላግቦ ሕደገኒ፥ በሎ። ዳዊት ግና ንኣቢሻይ፥ ንቕቡእ እግዚኣብሄር ኣይንቐትልን፥ በሎ። ኣብኡ ግና ሳኦል ማይ ዝሕዘሉ ሳርማ ነበረ። ዳዊትን ኣቢሻይን ኲናት፥ ሳርማን ናይ ሳኦል ወሰድዎ። ንጽባሒቱ ንግሆ፥ ዳዊት ኣብ መንጽር እቲ ሳኦል ዝነበሮ ቦታ ዝነበረ እምባ ኮይኑ ነቲ ዝወሰዶ ናይ ሳኦል፥ ኲናትን ሳርማን ሒዙ፥ ዓው ብዝበለ ድምጺ ንኣብኔር ሓለቓ ሰራዊት ናይ ሳኦል ተዛረቦ፥ ኣታ ኣብኔር፥ ኣይትምልስን ዲኻ፧ ኢሉ ኸኣ ጸውዖ። ኣብኔር ድማ፥ ኣታ እትጽውዕ ንንጉስ ከኣ ድቃስ እትኸልኦ፥ ንሸኻ መን ኢኻ፧ ኢሉ መለሰሉ። ዳዊት ከኣ ንኣብኔር፥ ንሸኻ ጅግና ደይኮንካን፧ ኣብ እስራኤል'ከ ከማኻ ዝበለ መን ኣሎ፧ ሓደ ኻብ ህዝቢ ንጐይታኻ ንጉስ ኪቐትሎ መጺኡ ነይሩ እዩ እሞ፥ ስለምንታይ ደኣ ንጐይታኻ ንጉስ ዘይሓለኻዮ፧ እዚ ዝገበርካዮ ነገር ጽቡቕ ኣይኮነን። ሕጂ ኸኣ እቲ ኣብ ጥቃ ርእሱ ዝነበረ ኲናቱን ሳርማኡን ኣበይ ከምዘሎ ርአ፥ በሎ። ሳኦል ድማ ድምጺ ዳዊት ኣለልዩ፥ ወደይ ዳዊት፥ እዚ ድምጽኻ ድዩ፧ በሎ። ዳዊት ከኣ፥ እወ ጐይታይ ንጉስ ድምጸይ እዩ፥ በሎ። ወሲኹ ድማ፥ እንታይ ገይረ እየ፧ ኣብ ኢደይከ እንታይ ክፉእ ተረኺቡኒ እዩ፧ ስለምንታይ ደኣ ኢኻ፥ ጐይታይ ንጊልያኻ እተሳጕጐኒ ዘሎኻ፧ ሳኦል ዘረባ ዳዊት ሰሚዑ ከምዚ በለ፥ ኣነ በዲለ እየ፥ ወደይ ዳዊት፥ ነፍሰይ ሎሚ መዓልቲ ኣብ ቅድሜኻ ስለ ዝኸበረት፥ ደጊም ክፉእ ኣይገብረካን እየ። ኣዝየ'ውን ተጋግየ እየ፥ በሎ። ዳዊት ድማ ኽምዚ ኢሉ መለሰሉ፥ እቲ ኲናት ንጉስ እንሆ፥ ካብቶም ኣጕባዝ ሓደ ይሳገር እሞ ይውሰዶ። ሎሚ

እግዚኣብሄር ንኣኻ ኣብ ኢደይ ኣሕሊፉ ሂቡኒ ነይሩ፡ ንሸኻ ግና ቅቡእ እግዚኣብሄር ኢኻ እሞ፡ ክነድኣካ ኣይፈተኹን። እንሆ ድማ ከምቲ ሎሚ መዓልቲ ኣነ ዝነሓፍኩኻ እግዚኣብሄር ይንሓፈኒ፡ ካብ ኩሉ መከራ'ውን የድሕነኒ። ሽዑ ሳኦል ንዳዊት፡ ኣታ ወደይ ዳዊት፡ ብሩኽ ኩን፡ በሎ። ስለዚ ዳዊት መገዱ ኸደ፡ ሳኦል'ውን ናብ ቦታኡ ተመልሰ።

## ሳኦልን እታ ናይ ዔን-ዶር ጠንቋሊትን
## (1ሳሙ 28፡1-25፡ 31፡1-13)

ሳሙኤል ሞይቱ፡ ብዘለው ደቂ እስራኤል ከኣ ኣልቂሶምሉ፡ ኣብታ ኸተማኡ ኣብ ራማ ቐቢሮምዎ ነበሩ። ሳኦል ድማ ንጠንቀልትን ነቶም ምስ ምውታት ንራኸብ ኢና ዝብሉን፡ ካብታ ሃገር ሰጕግዎም ነበረ። ደኹን እምበር ሰራዊት ፍልስጤማውያን ምስ ደቂ እስራኤል ክዋጋእ ምስ ተኣከበ፡ ብዛዕ ባ'ቲ ዝኸውን ውግእ ክፈልጥ ደለየ። ሽዑ ሳኦል ንሹማምንቱ፡ ናብኣ ከኸይድ ኽውከሳስ፡ ጠንቋሊት ሰበይቲ ድለዩለይ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ መንፈስ ጥንቆላ ዘለዋ ሰበይትስ እንሃ፡ ኣብ ዔን-ዶር ኣላ፡ በልዎ። ሳኦል ድማ ትርኢቱ ለዊጡ፡ ኻልእ ኽዳን ተኸዲኑ ምስኡ ኽልተ ሰብ ተማሊኡ፡ ብለይቲ ናብታ ሰበይቲ መጸ። በጃኺ ብመንፈስ ጥንቆላ ጌርኪ ነቲ ኣነ ዝሰምየልኪ ሰብ ኣተንስእለይ፡ በላ። እታ ሰበይቲ ድማ፡ እዚ ነገር ክንገብር ከም ዘይብልና ንጉስ ሳኦል ከም ዝኣዘዘ ንሸኻ ትፈልጥ ኢኻ፡ ስለምንታይ ከተቕትለኒ ኢልካ መጻወድያ ትገብረለይ፧ በለቶ። ሳኦል ድማ፡ በዚ ነገር እዝስ ገለ ቅጽዓት እኳ ኸም ዘይረኽበኪ ብእግዚኣብሄር ይምሕለልኪ፡ ኢሉ መሓለላ። ሽዑ እታ ሰበይቲ፡ ንመን ከተንስኣልካ፧ በለቶ። ንሱ ኸኣ፡ ንሳሙኤል ኣተንስእለይ፡ በላ። እታ ሰበይቲ ድማ ንሳሙኤል ምስ ረኣየቶ፡ ንሸኻ ሳኦል ክነሸኻ ደኣ፡ ስለምንታይ ኢኻ ዝጠበርካኒ፧ ኢላ ዓው ኢላ ተዛረበት። እቲ ንጉስ ከኣ፡ ኣይትፍርሂ፡ እንታይ ግዳ ትርእዪ ኣሎኺ፧ በላ። እታ ሰበይቲ ድማ ንሳኦል፡ ባርኖስ እተኸድነ ኣርጊት ሰብኣይ፡ በለቶ። ሽዑ ሳኦል ሳሙኤል ምዃኑ ፈሊጡ፡ ብገጹ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ሰገደ። ሳሙኤል ድማ ንሳኦል፡ ስለምንታይ ኢኻ ዘተንሳእካኒ፧ ስለምንታይ'ከ ዘዕ ገርገርካኒ፧ በሎ። ሳኦል ከኣ፡ ንኣይ ኣዝዩ ጸቢቡኒ ኣሎ፡ ፍልስጤማውያን ይዋግኡኒ ኣለው፡ እግዚኣብሄር ድማ ረሓቐኒ። ስለዚ ኸኣ እቲ ዝገብሮ ክትነግረኒ ኢለ ጸዋዕኩኻ፡ በሎ። ሳሙኤል ድማ፡ እግዚኣብሄር ካብ ረሓቐካ ጸላኢኻ'ውን ካብ ኮነ ድኣ፡ ስለምንታይ ኢኻ እትሓተኒ፧ እግዚኣብሄር ነታ መንግስቲ ካብ ኢድካ መንጢሉ ንብጻይካ ንዳዊት ሂብዎ እዩ። እግዚኣብሄር ንእስራኤልን ንኣኻን ኣብ ኢድ ፍልስጤማውያን ኣሕሊፉ ኺህበኩም እዩ። ጽባሕ ድማ ንሸኻን ደቕኻን ምሳይ ክትኮኑ ኢኹም፡ በሎ። ሽዑ ሳኦል በቲ ዘረባ ሳሙኤል ኣዝዩ ፈሪሁ፡ ብኡብኡ ናብ ምድሪ ወደቐ። ምልእቲ መዓ

ልትን ምልእቲ ለይትን ከኣ እንጌራ ኣይለኸፈን ነበረ እሞ፡ ገለ ሓይሊ እኳ ኣይነበሮን። እታ ሰበይቲ ድማ ናብ ሳኦል መጺኣ፡ ኣዝዩ ኸም ዝሰምበደ ርእያ፡ እንሆ፡ ገረድካ ቓልካ ሰሚዐ፡ ከምቲ ዝበልካኒ ገበርኩ። ሕጂ ኸኣ በጃኻ ንሰኻ ዘረባይ ዘረባ ገረድካ ስማዕ፡ መገዲ ኽትከይድ ከሎኻ ምእንቲ ሓይሊ ኽትረክብሲ፡ ቁራስ እንጌራ ኺቐርበልካ ብላዕ፡ በለቶ። ንሱ ግና፡ ኣይበልዕን፡ ኢሉ ኣበየ። ሸዑ እቶም ሸማምንቱ፡ ምስታ ሰበይቲ ኾይኖም ግዲ በልዎ። ቃሎም ሰሚዑ ኸኣ ካብቲ እታ ሰበይቲ ዝሃበቶም ቅጫን ስጋን በልዐ። ሳኦልን ሹማምንቱን በሊዖም ምስ ወድኡ፡ ተንሲኦም በታ ለይቲ እቲኣ ኸዱ። ንጽባሒቱ ፍልስጤማውያን ንእስራኤላውያን ተዋግእዎም። ደቂ እስራኤል ከኣ ኻብ ቅድሚ ፍልስጤማውያን ሃደሙ። ደቂ ሳኦል፡ ዮናታንን ኣቢናዳብን ማልኪ-ሹዓን ከኣ ኣብቲ ውግእ ተቐትሉ። ሳኦል ከኣ በቲ ውግእ ብዙሕ ምስ ተጨነቐ ነብሱ ቐተለ። ድሕሪ ሞት ሳኦል ዳዊት ንጉስ እስራኤል ኮነ። ዮናታን እቲ ፍቱው ዓርኩ ኣብ ኩናት ብምሟቱ ግና ብዙሕ ሓዘነ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ልኡም ምላሽ ንቑጥዓ የህድኦ፡ ተሪር ቃል ግና ኩራ የልዕል" ምሳ 15፡1

## ኪዳን ኣምላኽ ንዳዊት
## (2ሳሙ 5፡1-10፣ 6፡1-15፣ 7፡1-29)

ዳዊት ኣብ እስራኤልን ይሁዳን ምስ ነገሰ፡ የሩሳሌም ማእከል ንግስነቱ ገበራ። ንታቦት እግዚኣብሄር ከኣ ናብ የሩሳሌም ኣምጽኦ። ሒራም ንጉስ ጢሮስ ድማ ንዳዊት ኦም ጽሕድን ጸረብትን ወቐርቲ እምንን ሰደደሉ እሞ፡ ንሳቶም ከኣ ንዳዊት ቤት መንግስቲ ሃነጹሉ። ሓደ መዓልቲ ንጉስ ዳዊት ንነብዩ ናታን ከምዚ በሎ፡ እስከ ርአ፡ ኣነ ብጽሕዲ ኣብ ዝተሰርሐ ቤት እነብር ኣሎኹ፡ ታቦት ኣምላኽ ግና ብዓለባ ኣብ ዝተሰርሐ ቤት እነብር ኣሎ። ናታን ከኣ ንንጉስ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ እዩ እሞ፡ ኪድ ኣብ ልብኻ ዘሎ ኹሉ ግበር፡ በሎ። በታ ለይቲ እቲኣ ድማ፡ እግዚኣብሄር ንናታን ከምዚ ዝስዕብ በሎ፡ ኪድ ንባርያይ ዳዊት እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ በሎ። ንሰኻ ኣነ ዝነብረላ ቤት ኣይትሰርሓለይን ኢኻ። ካብታ ንደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ዘውጻእኩላ መዓልቲ ጀሚረ ክሳዕ ሎሚ ኣብ ድንኳን እነብር ነበርኩ እምበር ኣብ ቤትሲ ኣይነበርኩን። ኣነ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል መስፍን ክትከውን፡ ካብ ምጉሳይ ኣባጊዕ ኣምጻእኩኻ። ኣብ

ዝኸድካዮ ዘበለ ኸኣ ምሳኻ ነበርኩ፡ ኹሉም ጸላእትኻ'ውን ኣብ ቅድሜኻ ኣጽኒትክዎም። ኣነስ ንኣኻ ዘርኢ ኸም ዝህበካ እነግረካ ኣሎኹ። መዓ ልትታትካ ምስ ኣኸላ ምስ ኣቦታትካ ኸኣ ምስ ተቐበርካ፡ ብድሕሬኻ ንሓደ ኻብ ደቕኻ ልዕል ከብሎ እየ፡ ነታ መንግስቱ'ውን ከጽንዓ እየ። ንሱ ንስመይ ቤት ክሰርሕ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ዝፋን መንግስቱ ንዘለኣለም ከጽንዓሉ እየ። ኣነ ኣቦ ክኾኖ፡ ንሱ ድማ ወዲ ክኾነኒ እዩ። ናታን ናብ ዳዊት ከይዱ፡ ኩሉ እቲ እግዚኣብሄር ዘተስፈዎ ቃል ነገሮ። ሽዑ ንጉስ ዳዊት ናብቲ እግዚኣብሄር ዝርከበሉ ድንኳን፡ ድንኳን ምርኻብ፡ ኣተወ። ተቐሚጡ ድማ ከምዚ በለ፡ ዎ! እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ክሳዕ ክንድዚ ዘብጻሕካንስ፡ ኣነ መን እየ፧ ቤተይ'ከ እንታይ እያ።

## መዛሙር ናይ ዳዊት
## (መዝ 23፡1-6፣ መዝ 18፡1-2፣ መዝ ምዕ. 136)

ንጉስ ዳዊት ካብ ግዜ ንእስነቱ ጀሚሩ ንኣምላኽ ብመዝሙር ክውድስን ከመስግንን ይፈቱ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ኣባጊዕ ኣቡኡ ክጓሲ ናብ በረኻ ምስ ወፈረ፡ ኹሉ እቲ ኣብ በረኻ ዘጓንፎ ዝነበረ ኩነታት ክገልጽ ከምዚ ኢሉ ዘመረ፡ እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ፡ ዝጎድለኒ የብለይን። ኣብ ልሙዕ ሸኻ የውዕለኒ፡ ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ። ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ፡ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ ይመርሓኒ። በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ፡ ንሰኻ ምሳይ ኢኻ እሞ፡ ብርባርባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ፡ ክፉእ ኣይፈርህን እየ። ንሰኻ ኣብ ቅድሚ ገጽ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ። ንርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ፡ ጽውኣይ መሊኡ ይጅርብብ ኣሎ። ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን ብኹሉ ዕድመይ ክስዕባኒ እየን፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ንዘለኣለም ክነብር እየ። ዳዊት ነቲ ካብ ጉስነት ጀሚሩ ናብ ንግስነት ንዘብጽሖ ኣምላኽ የፍቅሮን ይውክሎን ከኣ ነበረ። ካብ ኩሎም ጸላእቱ ዘድሓኖ፡ ንጉስ ኮይኑ ኣብ ዝፋን ምስ ተቐመጠ'ውን ነታ መንግስቱ ብሰላምን ሃብትን ንዝባረኻ እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ዘመረሉ፡ ዎ እግዚኣብሄር ሓይለይ የፍቅረካ እየ። እግዚኣብሄርሲ ከውሐይ፡ ዕርደይ፡ መናገፍየይ፡ ኣምላኸይ ዝሃድመሉ ጸግዐይ፡ ዋልታይ፡ ቀርኒ ምድሓነይ፡ ልዕ ል ዝበለ ከውሐይ እዩ። ነቲ ኣብ ምሉእ ዕድሚኡ ዘስተማቐሮ ምሕረት እግዚኣብሄር ከኣ፡ "ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ኣመስግንዎ" እናበለ ንኣምላኽ የምስግን ነበረ። ዳዊት ኣብ ዝመነ ህይወቱ ኣዝዮም ብዙሓት መዛሙር ዘሚሩ፡ ንኣምላኽ ኣገልጊሉ ዓረፈ።

# ዳዊትን መፊቦሸትን
## (2ሳሙ 9፥1-13)

ዳዊት ንዓርኩ ዮናታን ፈጺሙ ኣይረስዖን። ሓደ ጊዜ ከኣ ከምዚ በለ፡ ካብ ቤት ሳኦል'ሲ ምእንቲ ዮናታን ኢለ ምሕረት ዝገብረሉ ገለ ሓድጊ ደኾን ይህሉ፧ ኣነ ኸኣ ንስለ ዮናታን ክብል ክርሕርሓሉ እየ። ጺባ ዝስሙ ኣገልጋሊ ቤት ሳኦል ዝነበረ ከኣ ነበረ፡ ዳዊት ከኣ ናብኡ ጸዊዖ'ሞ፡ ስለ ዮናታን ዓርኩ ኢሉ ዝርሕርሓሉ ካብ ቤት ሳኦል ገለ ዝተረፈ እንተሎ ሓተቶ። ጺባ ከኣ ንዳዊት፡ ኣእጋሩ እተጎድአ ሓደ ወዱ ንዮናታን ኣሎባ፡ በሎ። ዳዊት፡ ንሱ ኣበይ ኣሎ፡ ኢሉ ሓተቶ። ጺባ ኸኣ ኣበይ ከም ዝነብር ነገሮ። ሽዑ ዳዊት ነቲ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ከሎ ኣእጋሩ እተጎድአ መፊቦሸት ወዲ ዮናታን ልኢኹ ኣምጽኦ። መፊቦሸት ኣብ ቅድሚ ንጉስ ብምንብድባድ ፍግም ኢሉ ሰገደ። ንጉስ ከኣ፡ መፊቦሸት ኣይትፍራህ፡ ስለ ኣቦኻ ዮናታን ክብል ክከናኸነካ እየ፡ ኩሉ ጊዜ ከኣ ኣብ መኣደይ ክትበልዕ ኢኻ፡ በሎ። መፊቦሸት ከኣ፡ ንምንታይ ኢኻ ክሳዕ ክንድዚ ዝተገደስካለይን ዝራሕራሕካለይን፧ ኢሉ ንዳዊት ተዛረቦ። ዳዊት ግን ንጺባ ጸዊዑ፡ ንሸኻን ደቕኻን ግዙኣትካን ነቲ ሕጂ ንመፊቦሸት ዝህቦ ዘሎኹ መሬት ክትከናኸኑን ክትሕልዉን ይእዝዘካ ኣሎኹ፡ በሎ። ጺባ ከኣ፡ ከምቲ ዝኣዘዝካዮ ኩሉ ክገብር እየ፡ በለ። ስለዚ ድማ ኩሎም ስድራኡን ብዘላ ቤቱን ንመፊቦሸት እቲ ስንኩል ወዲ ዮናታን ተኸናኸንዎ። መፊቦሸት ከኣ በቲ ንጉስ ዳዊት ዝሓሰቦ ጽቡቕ ሓሳብ ሕጉስ ህይወት ይነብር ነበረ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ዎ ኣምላኽ ሓሳባትካ ንኣይ ክንደይ ክቡር እዩ፡ ቍጽሩስ ክንደይ ዓብይ እዩ። እንተ ቘጸርክዎ፡ ካብ ሑጻ ይበዝሕ"
መዝ 139፥17-18

# ሰሎሞን እቲ ጠቢብ
## (1ነገ 3፥1-27፣ 2ዜና 1፥3-12)

ዳዊት ምስ ሞተ ከኣ ወዱ ሰሎሞን ኣብ ክንዳኡ ንጉስ ኮነ። ሓደ ለይቲ ሰሎሞን ሓለመ፡ ኣብኡ ከኣ እግዚኣብሄር ንሰሎሞን ነቲ ካብ ኩሉ ነገር ዝብህጎ ነገር ክህቦ ምኺኑ ቃል ኣተወሉ። ሰሎሞን ከኣ ንእግዚኣብሄር፡ ኣስተውዓሊ ልቢ ክህልወኒ እየ ዝደሊ፡ በሎ። ጥበበኛ ክኸውን ከኣ

ንእግዚኣብሄር ለመኖ። እግዚኣብሄር ከኣ ሰሎሞን ዝደለዮ ነገር ሃብቲ ወይ ነዊሕ ዕድመ፣ ወይ ከኣ ዓወት ኣብ ልዕሊ ኩሎም ተጻረርቱ ስለ ዘይኮነ ባህ ኢልዎ፣ ነቲ ዝሓተቶ ገበረሉ። ስለዚ ኸኣ ሰሎሞን ኣብ ኩሉ ሓሳቡን ተግባሩን ጥበበኛ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ከኣ ክልተ ኣንስቲ ናብኡ መጻ፣ እታ ሓንቲ ከኣ ሓደ ህጻን ኣብ ሑቕፋ ነበረ። እታ ሓንቲ ከኣ በለት፣ ኦ ጐይታይ፣ ኣነን እዛ ሰበይትን ኣብ ሓደ ገዛ ኢና ንነብር። ክልቴና ከኣ ህጻናት ነበሩና። ናይዛ ካልኣይተይ ሰበይቲ ህጻን ግና ሞተ። ሽዑ ነቲ ናተይ ህጻን ወሲዳ፣ ናተይ ኢዩ ኢላትኒ። ናትኪ ህጻን ኢዩ ዝሞተ በለትኒ። ናይ ሓቂ ግን እቲ ናታ ህጻን ኢዩ ዝሞተ። እዚ ሓቝፋቶ ዘላ ህጻን ናተይ እዩ፣ በለት።

እታ ካልኣይቲ ሰበይቲ ከኣ፣ እዚ ናተይ ቆልዓ ኢዩ። እቲ ዝሞተ ግን ናታ ኢዩ፣ በለት። ሽዑ እቲ ጥበበኛ ንጉስ ሰሎሞን፣ ክልቴኽን ንሓድሕድክን ትማጎታ፣ ኣነ እየ እቲ ሓቂ ዝነግር ዘለኹ ከኣ ትብላ ኣለኽን፣ በለን። ናብ ሓደ ካብቶም ዓጀብቱ ተጠውዩ ከኣ፣ ሴፍ ኣምጽኣለይ፣ በሎ። ሴፍ ኣምጽኣሉ እሞ እቲ ንጉስ በለ፣ ነቲ ህጻን ናብ ክልቲኤን ምቐሎ" እንተ ኾነ ብሓቂ ከምኡ ክግበር ኢሉ ዘይኮነስ፣ ኣየነይተን ናይ ብሓቂ ኣደ እቲ ህጻን ምዃና ንምፍላጥ ብጥበብ ኢዩ ዝበሎ። እቲ ዝሓሰቦ ሓሳብ ከኣ ሰርሔ። ሓንቲ ካብተን ኣንስቲ ብስንባደ ተንሲኣ፣ ኦ ጐይታይ፣ በጃኻ ከምኡ ኣይትግበር። ደሓን እቲ ህጻን ንዕኣ ሃባ፣ በለት።



እታ ካልኣይቲ ሰበይቲ ግን፣ እቲ ህጻን ንኽልቴና ኣይትሃበና፣ ማዕረ ጌርካ ደኣ ንክልቴና ምቐለና፣ በለት። ሽዑ እቲ ንጉስ፣ ምቕታልሲ ኣይትቕተልዎ። እዚ ህጻን ነታ ቀዳማ ዝተዛረበት ሰበይቲ ሃብዋ፣ በሎም። ናይ ብሓቂ እቲ ህጻን ናታ ምዃኑ፣ በቲ ደሓን ኣይትቕተልዎ ካብ ዝመውትሲ ንዓኣ ሃብዋ ምባላ ፈሊጡ ነበረ። ናይ ሓቂ ፍቕሪ ኣደ ከምኡ ኢዩ። ስለዚ ሰሎሞን ነታ ናይ ብሓቂ ኣዲኡ ነቲ ህጻን ሂቡ ሰደዳ። ኩሎም ሰባት ከኣ ንጉስ ሰሎሞን ከምይ ዝበለ ጥበበኛ ምዃኑ ፈለጡ።

# ምህናጽ ቤት መቕደስ
## (1ነገ ምዕ. 5ን 6ን፣ 2ዜና 2፥1-18)

ንጉስ ሰሎሞን ኣቡኡ ንጉስ ዳዊት ኣብ የሩሳሌም ቤት መቕደስ ክሰርሕ ይደሊ ከም ዝነበረ ይፈልጥ ነበረ። እንተ ኾነ እግዚኣብሄር ንንጉስ ዳዊት ንሱ እኳ ነታ እተሃንጸት ቤት መቕደስ ክሪኣ ዘይበቅዕ እንተኾነ፡ ወዱ ግን ክሃንጻ ምዃኑ ነጊርዎ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ንጉስ ሰሎሞን እቲ ዓብይ ስራሕ ክጅምሮ ከም ዘለዎ ተረድኦ። ንንጉስ ሒራም ናይ ጢሮስ ከምዚ ዝብል መልእኽቲ ሰደደሉ፡ ኣቦይ ዳዊት ብሰሪ እቲ ኣብ ዙርያኡ ዝነበረ ውግእ እግዚኣብሄር ንዓታቶም መርገጽ እግሩ ክሳዕ ዝገብሮም፡ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኹ ቤት ክሰርሕ ከም ዘይተካእሎ ንስኻ ትፈልጥ ኣሎኻ። ሕጂ ግና እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ብኹሉ ዙርያ የዕሪፉኒ እዩ። ገለ ተጻራሪ የልቦን፡ ገለ ናይ ድንገት ነገር ድማ የልቦን። እንሆ ከኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ነቦይ ዳዊት እቲ ኣብ ክንዳኻ ኣብ ዙፋነይ ዘቐምጦ ወድኻ፡ ንሱ ንስመይ ቤት ክሰርሕ እዩ ኢሉ ዝተዛረቦ፡ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ቤት ክሰርሓሉ እሓስብ ኣለኹ። ሕጂ ከኣ ካባናስ ከም ሲዶናውያን ጌሩ ምቑራጽ ኦም ዝፈልጥ ከም ዘየልቦ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ እሞ ካብ ሊባኖስ ኣእዋም ቄድሮስ ክቆርጹለይ ኣዝዝ። ገላዎይ'ውን ምስቶም ገላውኻ ይኾኑ ውዕለት ገላውኻ ድማ ከምቲ እትብለኒ ኹሉ ገይረ ክህበካ እየ። ኾነ ከኣ ሒራም ነዚ ዘረባ ሰሎሞን ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ተሓጒሰ በለ ከኣ፡ እቲ ዝለኣኽካለይ ሰሚዐዮ ኣለኹ፡ ብዛዕባ ኣእዋም ቄድሮስን ብዛዕባ ኣእዋም ጽሕድን ኣነ ኹሉ ድላይካ ክገብር እየ። ሒራም ከኣ ንሰሎሞን ኣእዋም ቄድሮስን ኣእዋም ጽሕድን ዝደለዮ ዘበለ ሃቦ። ሰሎሞን ከኣ ስርናይን ጽሩይ ዘይትን ንምግቢ ቤቱ ዝኸውን ሃቦ። እቶም ነዳቖ ሰሎሞንን ነዳቖ ሒራምን ኮይኖም ከኣ ንመስርሒ እታ ቤት ኣእማንን ኣእዋምን ቆረጹን ኣዳለውን።



እቲ ቤት መቕደስ ከኣ ኣዝዩ ውቑብ ነበረ። ኣብኡ ድማ ኪሩቤልን ስየን ክፉት ዕንባባን ቆሪጹ ነቲ ቅርጺ ብወርቂ ኣደላዲሉ ለበጦ። ሓደ ሒራም ዝበሃል ሰብኣይ ከኣ ካብ ጢሮስ መጺዩ ነቲ ዓንዲ እቲ ቤት መቕደስ ናይ ቅርጺ ምስልታትን ስየን ክፉት ዕንባባን ገይሩ

ኣወቒቡ ሰርሖ። እቲ መሰውኢ ከኣ ወርቂ ነበረ፣ ንኹሉ እቲ መሰውኢ ቤት ራእይ'ውን ብወርቂ ለበጦ። ዋላ መላገቢ እቲ መዓጹ ወርቂ ነበረ።

ነቲ ታቦት እግዚኣብሄር ኣብቲ ቅድስቲ ቁዱሳን ኣንበርዎ። ኣብ መወዳእታ እታ ቤት መቕደስ ብኹሉ ወገናታን ክፍልታትን፣ ከምቲ እተመደበላ ተፈጸመት። ንጉስ ሰሎሞን ነታ ቤት መቕደስ ብሸውዓተ ዓመት ሰርሓ። ኩሉ እቲ ህዝቢ ድማ ሰሎሞን ነታ ዝሰርሓ ቤት መቕደስ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከቕርባ ተኣከበ። ኣዝያ ፍልይቲ መዓልቲ ከኣ ነበረት።

## ምብጻሕ ንግስቲ ሳባ
## (1ነገ ምዕ. 10፣ 2ዜና 9፡1-12)

ተፈላጥነት ንጉስ ሰሎሞን ኣብ ብዘላ ዓለም ገነነ፣ ንግስቲ ሳባ ከኣ ብዛዕብኡ ሰሚዓ ካብ ርሑቕ ቦታ ክትፍትኖ ኢላ መጸት። ኣዝዩ ብዙሕ ገጸ በረኸትን ምስ ብዙሓት ዓጀብታን ኮይና ከኣ ከምቲ ዝውረየሉ ምሂኑ ክትርኢ መጸት። ገለ ካብቲ ገጸ በረኸት ከኣ ምቁር ቀመማትን ወርቅን ከምኡ'ውን ኣዝዩ ክቡር ዕንቁታትን ነበረ። የሩሳሌም ምስ በጽሐት ከኣ ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ ክርእያ ወጸ።

ንግስቲ ሳባ ንጥበብ ሰሎሞንን፣ ነቲ ዝሰርሖ ዓቢ መንበሪ ገዝኡን፣ ንብዝሒ ኣገልገልቱን ከምኡ'ውን ንጽባቐ ናይታ ቤት መቕደስ ምስ ረኣየት፣ እቲ ብዛዕባኡ ሰሚዓቶ ዝነበረት ኩሉ ሓቂ ከም ዝኾነ ኣረጋገጸት። ነቲ ንጉስ ከኣ፣ እቲ ብዛዕባኻ ሰሚዐዮ ዝነበርኩ ሓቂ ኣይመስለንን ነይሩ። ሕጂ ግን ኩሉ ጥበብካን ሃብትኻን ካብቲ ዝሰማዕክዎ ንላዕሊ ኮይኑ ረኺበዮ፣ በለቶ። ሽዑ ከኣ እቲ ኣምጺኣቶ ዝነበረት ወርቅን ቀመማትን ክቡር ኣእማንን ሃበቶ። ንጉስ ሰሎሞን ብግዲኡ፣ ንንግስቲ ሳባ ብዙሕ ገጸ በረኸት ሃባ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ንግስቲ ሳባን ዓጀብታን ካብ የሩሳሌም ናብ ዓዶም ተመልሱ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

**"ፍርሃት እግዚኣብሄር ንጥበብ መጀመርያኣ እዩ፣ ዓያሱ ንጥበብን ትምህርትን ይንዕቕዎ" ምሳ 1፡7**

# ኤልያስን እቶም ኳዃትን
# (1ነገ ምዕ. 17)

ድሕሪ ሞት ንጉስ ሰሎሞን፡ እታ መንግስቲ ከም ብሓድሽ ናብ ክልተ ተመቓቐለት፡ እስራኤል ናታ ንጉስ፡ ይሁዳ ከኣ ናታ ንጉስ ገበራ። ብዘመን ንጉስ ኣክኣብ ናይ እስራኤል፡ ሓደ ኤልያስ ዝበሃል ነብይ ነበረ። ኤልያስ ከኣ ንንጉስ ኣክኣብ ከምዚ በሎ፡ በዘን ዓመታት እዚኣተን ኣነ ከይተዛረብኩ፡ ኣውሊ ኮነ ወይ ዝናብ ከይኸውን፡ እቲ ኣነ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢለ ዘሎኹ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል እዩ። ኣክኣብ ንበዓል ዘምልኽ ክፉእ ንጉስ እዩ ዝነበረ፡ በቲ ኤልያስ ዝነገሮ ከኣ ኣዝዩ ተጨነቐ። ምኽንያቱ ዝናብ እንተድኣ ዘየሎ ኵሉ ሳዕርን ኣእካልን ክመውት ኵለን እንስሳታት ከኣ ክጠፍኣን ምዃነን ይፈልጥ ነበረ።

እግዚኣብሄር ድማ ንኤልያስ ናብ ጥቓ ዮርዳኖስ ዝርከብ ርባ ከሪት ተሓባእ በሎ። ኣብኡ ከኣ በይኑ ነበር፡ ካብቲ ሩባ ይሰቲ፡ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም ኳዃት ከኣ ንግሆ እንጌራን ስጋን ምሸትውን እንጌራን ስጋን የምጽእሉ ነበሩ።

ኰነ ድማ ኣብታ ሃገር ዝናብ ስለ ዘይዘነበ፡ ድሕሪ ሓያሎ ጊዜ እቲ ርባ ነጸፈ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንኤልያስ፡ ተንስእ እሞ ናብ ሰራጵታ እትብሃል ቦታ ኪድ፡ ኣብኡ ድማ ሓንቲ መበለት ሰበይቲ ክትረክብ ኢኻ፡ ንዓኣ ድማ ክትምግበካ ኣዚዘያ ኣለኹ፡ በሎ። ተንሲኡ ድማ ናብ ሰራጵታ ከደ። ናብታ ከተማ ምስ መጸ ድማ ዕንጨይቲ እትኣሪ ሰበይቲ ኣብኡ ነበረት፡ ጸዊዑ ከኣ በጃኺ ዝሰትዮ ሒደት ማይ ኣምጽለይ በላ። በቲ ጊዜቲ ማይ ኣዝዩ ተሳኢኑ ነበረ፡ እንተቐነ እታ ሰበይቲ ካብተን ዝነበረኣ ሒደት ማይ ከተስትዮ ኢላ ናብ ገዝኣ ተበገሰት። በጃኺ፡ ኣብ ኢድኺ ቁራስ እንጌራ ተማልእለይ፡ ኢሉ ደጊሙ ጸውዓ። ንሳ ከኣ፡ ህያው እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እዩ፡ ብጀካ ሒደት ሓርጭ ኣብ ዕትሮ፡ ቁንጣሮ ዘይቲ ኣብ መቐርሰሚቶን፡ እንጌራስ የብለይን። እኔኹ ከኣ ክልተ ዕጨይቲ እኣሪ ኣሎኹ፡ ኣትየ ድማ ንዓይን ንወደይን ክስንክቶ እሞ በሊዕናዮስ ክንመውት ኢና በለት።
ኤልያስ ከኣ፡ ኣይትፍርሂ ኪዲ ከምቲ ዝበልክዮ ግበሪ፡ ቅድም ግና ካብኡ ንኣይ ንእሽቶ ቅጫ ሰንኪትኪ ኣምጽእለይ፡ ድሕሪኡ ድማ ንኣኻን ንወድኻን ሰንክቲ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ተዛሪቡ ኣሎ እሞ፡ ክሳዕ እታ መዓልቲ እግዚኣብሄር ንምድሪ ዝናም ዜዝንመላ መዓልቲ ሓርጭ ካብ ዕትሮ ኣይውዳእን፡ እቲ ዘይትውን ካብ መቐርሰሚቶ ኣይጐድልን፡ በላ። እታ ሰበይቲ ከይዳ ከምቲ ኤልያስ ዝበላ ገበረት። ንሳን ንሱን ቤታን ድማ ብዙሕ መዓልቲ ክሳዕ እቲ ጊዜ ጥሜት ዝውዳእ በልዑ።

# ኤልያስን ወዲ እታ መበለትን
## (1ነገ 17፡17-24)



ሓደ መዓልቲ ወዲ እታ ኤልያስ ምስኣ ዝነብር ዝነበረት መበለት ሓመመ። ኣዲኡ ኵሉ ጊዜ ትከናኸኖን ዝከኣላ ኵሉ ትገብረሉን ነበረት፡ ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ወዳ ሞተ። ኣዲኡ ከኣ ኣዝያ ጉህየት፡ ካብኡ ዝተበገሰ ድማ እንታይ ከም ትገብር ጠፍኣ። ንኤልያስ ከኣ እዚ ኵሉ ዘጋጠማ ብሰንኩ ምዃኑ ነገረቶ። ንሱ ግና ወድኺ ሃብኒ በላ። ካብ ሕቑፋ ወሲዱ ከኣ ናብቲ ዝነብረሉ ደርቢ ኣደየቦ እሞ ኣብ ዓራቱ ኣደቀሶ። ኣብ ልዕሊ እቲ ቆልዓ ሰለስተ ሳዕ በጥ ኢሉ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ነፍሲ እዚ ቆልዓ እዚ ናብ ውሽጡ ምለሳ፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ። እግዚኣብሄር ከኣ ደሃይ ኤልያስ ሰምዐ፡ ነፍሲ እቲ ቆልዓ ኸኣ ናብ ውሽጡ ተመለሰት እሞ፡ ህያው ኰነ። ኤልያስ ከኣ ነቲ ቆልዓ ወሲዱ ነዲኡ ሃባ። ረኣዪ ወድኺ ሓውዩ፡ ከኣ በላ። እታ ሰበይቲ ከኣ ንኤልያስ፡ ንሰኻ ናይ ኣምላኽ ሰብ ከም ዝኾንካ ቃል እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኣፍካ ሓቂ ከም ዝኾነ ሕጂ ፈለጥኩ፡ በለቶ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር፡ ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ" ፊሊ 4፡6

# ኤልያስ ኣብ ከረን ቀርሜሎስ
## (1ነገ 18፡16-46)

ጌና ሕጂ'ውን ዝናም ኣይዘነመን ነበረ፡ እቲ ኣእካልን ሳዕርን ከኣ ምብቋል ኣበየ። ኣክኣብ ከኣ እቲ ኵሉ ዘጋጥም ዝነበረ ብሰንኪ ኤልያስ እዩ በለ። ኤልያስ ግና ንኣክኣብ፡ ንሰኻን ቤት ኣቦኻን ትእዛዛት እግዚኣብሄር ብምሕዳግኩምን ደድሕሪ በዓል ብምስዓብኩምን ንእግዚኣብሄር ኣጉሂኹምዎ። ሕጂ ከኣ ንብዘሎ እስራኤልን ንብዘሎ ነብያት በዓልን ናብ ከረን

ቀርሜሎስ ኣክበለይ፡ በሎ። ኣከኣብ ድማ ናብ ኵሎም ደቂ እስራኤል ልኢኹ ነቶም ነብያት ናብ ከረን ቀርሜሎስ ኣከቦም። ኤልያስ ድማ ናብ ብዘሎ እቲ ህዝቢ ቀሪቡ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኹም ትጠራጠሩ፡ እግዚኣብሄር እንተ ኾይኑ ኣምላኽ፡ ደድሕሪኡ ስዓቡ፡ በዓል እንተ ደኣ ኾይኑ ኸኣ ንእኡ ስዓቡ፡ በለ። እቶም ህዝቢ ግና ሓንቲ ቃል ኣይመለሱን። ሽዑ ኤልያስ ነቶም ህዝቢ፡ ካብ ነብያት እግዚኣብሄር ኣነ በይነይ ተሪፈ ኣሎኹ፡ ነብያት በዓል ግና ኣርባዕተ ሚእትን ሓምሳን ሰብ እዮም። እምብኣር ክልተ ዝራብዕ ሃቡና እሞ፡ ሓደ ዝራብዕ ንኣታቶም ዝኸውን ይሕረዩ፡ ቆራሪጾም ከኣ ኣብ ልዕሊ ዕንጨይቲ የንብርዎ። ሓዊ ግና ኣይእጐዱሉ። ኣነ ድማ ነቲ ካልኣይ ዝራብዕ ኣብ ልዕሊ ዕንጨይቲ ቆራሪጸ ከንብሮ እየ። ንሸኻትኩም ብስም ኣምላኽኩም ተማህለሉ ኣነ ከኣ ብስም እግዚኣብሄር ክምህለል እየ። እቲ ብሓዊ ምላሽ ዝህብ ንሱ ኣምላኽ ይኹን፡ በሎም። ብዘለው እቶም ህዝቢ ከኣ ተሰማምዑ።

እቶም ነብያት በዓል ድማ ነቲ ዝሃብዎም ዝራብዕ ወሲዱ፡ ኣሰናድዮም ከኣ፡ ዎ በዓል ምላሽ ሃበና፡ እናበሉ ካብ ብጊሓት ጀሚሮም ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ብስም በዓል ተማህለሉ፡ ግናኸ ድምጺ ኣይነበረን ዝምልስ'ውን ኣይነበረን። ነቲ ዝሰርሕዎ መሰውኢ ድማ እናሰረሩ ይዞርዎ ነበሩ።

ፍርቂ መዓልቲ ምስ ኮነ ከኣ ኤልያስ፡ ንሱ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ይሓስብ ከይህሉ ወይስ ኣግሊሱ ወይ ገሹ ከይከውን ምናልባሽ ከኣ ደቂሱ ከይህሉ፡ ምእንቲ ኺበራብርሲ ዓው ኢልኩም ደኣ ጨድሩ፡ ኢሉ ኣላገጸሎም። ዓው ኢሎም ድማ ጨደሩ፡ ከምቲ ስርዓቶም ከኣ ካብ ኣካላቶም ደም ክሳዕ ዝፈስስ፡ ንኣካላቶም በስያፍን ብሾርናትን ሓረድዎ። ኰነ ድማ ምስ መሰየ፡ እቶም ነቢያት በዓል ዝመልሰሎም ስኢኖም ደኸሙ። ሽዑ ኤልያስ ንዅሎም ህዝቢ፡ ናባይ ቅረቡ፡ በሎም። ንሱ ከኣ ነቲ ፈሪሱ ዝነበረ መሰውኢ እግዚኣብሄር ሓደሶ። ኤልያስ ድማ ከም ቍጽሪ ነገዳት ደቂ እስራኤል ዓሰርተው ክልተ እምኒ ወሰደ። በቲ ኣእማን ከኣ ብስም እግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ፡ ኣብ ዙርያ እቲ መሰውኢ ድማ ጉድጓድ ኮዓተ። ነቲ ዕጨይቲ ከኣ ጸፍጸፎ፡ ነቲ ዝራብዕ ቆራሪጹ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጨይቲ ኣንበሮ። ሽዑ ኤልያስ፡ ኣርባዕተ ዕትሮ ማይ መሊእኩም ኣብ ልዕሊ እቲ ዝሓርር መስዋእትን ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጨይትን ኣፍስሱሉ፡ ካልኣይ ከኣ ግበሩ፡ ሳልሳይ'ውን ወሰኹ፡ በለ። ሳልሳይ ከኣ ወሰኹ። እቲ ማይ ኣብ ዙርያ እቲ መሰውኢ ወሓዘ፡ እቲ ጉድጓድ ድማ ማይ መልኤ።

ኰነ ድማ በታ መስዋእቲ ዝቐርበላ ጊዜ ነብዩ ኤልያስ ቀሪቡ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሓቅን እስራኤልን ንሸኻ ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ኣነ'ውን ኣገልጋሊኻ ምዃነይ ነዚ ኵሉ ድማ ብትእዛዝካ

ከም ዝገበርክዎ ሎሚ ኣፍልጥ። እዞም ህዝቢ እዚኣቶም ከኣ ንስኻ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ንልቦም ድማ ንስኻ ከም ዝመለስካዮ ኺፈልጡስ ምላሽ ሃበኒ፡ ዎ እግዚእብሄር ምላሽ ሃበኒ፡ በለ።

ሽዑ ሓዊ እግዚኣብሄር ወረደ፡ ነቲ መስዋእትን ነቲ ዕጨይትን ነቲ ኣእማንን ነቲ ሓመድን በልዮ፡ ነቲ ኣብ ጉድጓድ ዝነበረ ማይ'ውን ለሓሶ። ብዘለው እቶም ህዝቢ ነዚ ምስ ረኣዩ፡ ብገጾም ተደፊኦም፡ እግዚኣብሄር ንሱ እዩ ኣምላኽ! እግዚኣብሄር ንሱ እዩ ኣምላኽ! በሉ። ኤልያስ ከኣ ንኣክኣብ፡ ደሃይ ብርቱዕ ዝናም ኣሎ እሞ፡ ደዩብካ ብላዕን ስተን፡ በሎ። ኤልያስ ድማ ናብ ርእሲ ቀርሜሎስ ደየበ፡ ናብ ምድሪ ሰጊዱ ከኣ ገጹ ኣብ መንጐ ኣብረኹ ገበረ። ነቲ ጊልያኡ ድማ፡ ደዩብካ ናብ ባሕሪ ኣቢልካ ኣማዕዱ፡ በሎ። ደዩቡ ኣማዕዲዩ ከኣ፡ ገለ እኳ የልቦን፡ ኢሉ መለሰሉ። ኤልያስ ከኣ ሾብዓ ተ ሳዕ ተመላለስ በሎ። ኰነ ድማ በታ ሳብዐይቲ ጊዜ፡ እንሃ ክንዲ ኢድ ሰብ ዝምንኣሳ ደበና ካብ ባሕሪ ትለዓል ኣላ፡ በሎ። ኤልያስ ከኣ በሎ፡ ደዩብካ ንኣክኣብ ዝናም ከይዐግተካስ ሰረገላኻ ጽዒንካ ዉረድ፡ በሎ። ኰነ ድማ ብኡብኡ እቲ ሰማይ ብደበና ጸልመተ ብርቱዕ ዝናም ከኣ ኾነ። ኣእካልን ኣእዋምን ማይ ጸገቡ እቲ ህዝብን እንስሳን ከኣ እኹል ዝስተ ማይ ረኸበ።

## ናይ ናቦት ኣታኽልቲ ወይኒ
## (1ነገ ምዕ. 21)



ኣብ ጥቓ ኣደራሽ ኣክኣብ ሓደ ናቦት ዝበሃል ሰብኣይ ኣታኽልቲ ወይኒ ነበሮ። ኣክኣብ ድማ ንናቦት፡ እዚ ኣታኽልቲ ወይንኻ ንሱ ኣብ ጥቓ ቤተይ እዩ እሞ፡ ኣታኽልቲ ወይኒ ኪኾነንስ ሃበኒ ኣብ ክንድኡ ከኣ ካብኡ ዝበልጽ ኣታኽልቲ ወይኒ ኽህበካ ወይስ እንተ ፈቶኻ ገምጋሙ ገንዘብ ክህበካ እየ" ኢሉ ተዛረቦ። ናቦት ግና እቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ርስቲ ኣቦታቱ ስለ ዝነበረ ኣዝዩ ይፈትዎ ነበረ። ከምቲ ኣክኣብ ዝበሎ ምግባር ኣበየ። ኣክኣብ ከኣ በቲ ናቦት፡ ርስቲ ኣቦታተይ

ኣይህበካን፡ ኢሉ ተዛሪብዎ ዝነበረ ቃል ጉህዩን ተቖጢዑን ናብ ቤቱ ኣተወ። ገጹ ንንየው መሊሱ ኸኣ፡ ኣብ ዓራቱ በጥ በለ፡ እንጌራውን ምብላዕ ኣበየ።

ሰበይቱ ኢዛቤል ድማ ናብኡ መጺኣ፡ እንጌራ ዘይትበልዕ፡ እንታይ ኴንካ ኢኻ መንፈስካ ጉህዩ ዘሎ፡ በለቶ። ንጉስ ኣከኣብ ከኣ፡ ንናቦት ብገንዘብ ወይ ብኻልእ ኣታኽልቲ ወይኒ፡ እታ ኣታኽልቲ ወይንኻ ሃበኒ ኢለዮ፡ ንሱ ግና ኣይህበካን እየ፡ ኢሉኒ በላ። ሰበይቱ ኢዛቤል ከኣ፡ ንስካ ንጉስ እስራኤል'ዶ ኣይኰንካን ተንስእ እንጌራ ብላዕ ልብኻ'ውን ይተሓጎስ፡ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ኣነ ኽህበካ እየ፡ በለቶ። ሽዑ ኢዛቤል ብስም ኣከኣብ ደብዳቤታት ጽሒፋ፡ ብማሕተሙ ድማ ሓቲማ፡ ነተን ደብዳቤታት ናብቶም ኣብ ከተማ ዚነብሩ ዓበይትን ክቡራትን ሰደደተን። ኣብተን ደብዳቤታት ድማ፡ ክልተ ሰባት ሰደዱ ንሳቶም ከኣ ንኣምላኽን ንንጉስን ረጊምካ ኢኻ፡ ኢሎም ንናቦት ይመስክሩሉ። ኣውጺኦም ድማ ብዳርባ እምኒ ይቕተልዎ። እቶም ዓበይትን ክቡራትን እታ ከተማ ከኣ ከምቲ ኢዛቤል ዝለኣኸትሎም ገበሩ። ኢዛቤል፡ ናቦት ብዳርባ እምኒ ተቐቲሉ ከም ዝሞተ ምስ ሰምዔት፡ ኢዛቤል ንኣከኣብ ናቦት ሞይቱ እዩ እሞ፡ ተንስእ ነቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ውረሶ በለቶ።

ኰነ ድማ፡ ኣከኣብ ተንሲኡ ናብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ወረደ። እግዚኣብሄር ድማ ንኤልያስ፡ ኬድካ ንኣከኣብ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ርኸቦ፡ በሎ።

ኣከኣብ ከኣ ንኤልያስ፡ ኣታ ጸላእየይ ረኺብካኒ'ዶ፧ በሎ። ኤልያስ ድማ በለ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ስለ ዝገበርካ፡ እወ ረኺበካ፡ ክፉእ ድማ ክወርደካ እዩ። ኰነ ድማ ኣከኣብ እዚ ዘረባ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ክዳውንቱ ቐደደ፡ ስጋኡ ማቕ ከዲኑ ጾመ። ኣምላኽ ድማ ንኤልያስ፡ ኣከኣብ ኣብ ቅድመይ ርእሱ ስለ ዘትሓተ፡ ነቲ ክፉእ ብዘመኑ ኣየምጽኦን ነቲ ክፉእ ብዘመን ወዱ ኣብ ልዕሊ ቤቱ ኽምጽኦ እየ፡ በሎ።

## ሰረገላ ኤልያስ
## (2 ነገ 2፥1-18)

ኰነ ድማ ኣገልግሎት ኤልያስ ኣብ መፈጸምታ ቐረበ። ኤልያስ ድማ ንሓደ ኤልሳእ ዝበሃል ሰብኣይ ከይዱ ባርኖሱ ኣውደቐሉ። ኤልሳእ ድማ ነቡኡን ነዲኡን ተሰናቢቱ ደድሕሪ ኤልያስ ከደ፡ የገልግሎ ከኣ ነበረ።

ኮነ ድማ ሓደ መዓልቲ ኤልያስ ምስ ኤልሳእ ናብ ጊልጋል ትበሃል ቦታ ከደ። ኤልያስ ከኣ፡ ንኤልሳእ እግዚኣብሄር ክሳዕ ቤት-ኤል ልኢኹኒ እዩ እሞ በጃኻ፡ ኣብዚ ጽናሕ፡ በሎ። ኤልሳእ ግና ከይሓድገካ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ነፍሰኻውን ህያው እያ በለ። ናብ ቤት-ኤል ድማ ወረዱ። እቶም ኣብ ቤት-ኤል ዝነበሩ ደቂ ነብያት ናብ ኤልሳእ ወጺኦም፡ እግዚኣብሄር ንጐይታኻ ሎሚ ካብ ልዕሊ ርእሰኻ ከም ዝወስድ'ዶ ፈሊጥካ ኣሎኻ፡ በልዎ። እወ ኣነ ድማ ፈሊጠ ኣሎኹ ስቕ ደኣ በሉ፡ በለ።

ኤልያስ ከኣ፡ ኣታ ኤልሳእ እግዚኣብሄር ናብ ያሪኮ ልኢኹኒ እዩ እሞ በጃኻ፡ ኣብዚ ጽናሕ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ ከይሓድገካ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ነፍስካ'ውን ህያው እያ፡ በለ። ናብ ያሪኮ ከኣ መጹ። እቶም ኣብ ያሪኮ ዝነበሩ ደቂ ነብያት ድማ ናብ ኤልሳእ ቀሪቦም፡ እግዚኣብሄር ንጐይታኻ ሎሚ ካብ ልዕሊ ርእሰኻ ከም ዝወስድ'ዶ ትፈልጥ ኣሎኻ፧ በልዎ። እወ ኣነ ድማ ፈሊጠ ኣሎኹ ስቕ ደኣ በሉ፡ በለ።

ኤልያስ ድማ፡ እግዚኣብሄር ናብ ዮርዳኖስ ልኢኹኒ እዩ እሞ በጃኻ ኣብዚ ጽናሕ፡ በሎ። ንሱ ግና፡ ከይሓድገካ እግዚኣብሄር ህያው እዩ ነፍሰኻ'ውን ህያው እያ፡ በለ። ክልቲኦም ከኣ ከዱ። ካብ ደቂ ነብያት ድማ ሓምሳ ሰብ ከይዶም ኣብ ርሑቕ ኰይኖም ኣብ መንጽሮም ደው በሉ፡ እቶም ክልተ ድማ ኣብ ዮርዳኖስ ደው በሉ። ሽዑ ኤልያስ ነታ ባርኖሱ ወሲዱ ጠቕሊሉ ነቲ ማይ ወቕዖ፡ ናብዝን ናብትን ድማ ተመቕለ፡ ክልቲኦም ድማ ብንቑጽ ተሳገሩ። ኮነ ከኣ ምስ ተሳገሩ ኤልያስ ንኤልሳእ፡ ገና ካባኻ ከይተወሰድኩ እቲ ክገብረልካ እትደልዮ ለምን፡ በሎ። ኤልሳእ ድማ፡ በጃኻ እቲ መንፈስካ ኣብ ልዕለይ ዕጽፊ ይኹን፡ በለ። ኤልያስ ከኣ፡ ዜሸግር ነገር ለመንካ። ካባኻ ክውሰድ ከሎኹ እንተ ርኢኻኒ ግና፡ ከምኡ ኪኾነልካ እዩ እንተ ዘይኮነ ግና ኣይክኸውንን እዩ፡ በሎ። ኮነ ኸኣ እናተዘራረቡ ኪኸዱ ከለው እነሆ ሰረገላ ሓውን ኣፍራስ ሓውን፡ ኣብ መንጐኦም መጺኡ ንኽልቲኦም ፈላለዮም። ኤልያስ ድማ ብህቦብላ ንፋስ ናብ ሰማይ ዐረገ። ኤልሳእ ከኣ እዚ ርእዩ፡ ኣቦይ ኣቦይ ሰረገላ እስራኤልን ፈረሰኛታቱን!፡ ኢሉ ጨደረ። መሊሱ ድማ ንኤልያስ ኣይረኣዮን። ነቲ ባርኖስ ኤልያስ ካብኡ ዝወደቐ፡ ኣልዒሉ ከኣ ተመሊሱ ኣብ ገምገም ዮርዳኖስ ደው በለ። ከምቲ ኤልያስ ዝገበሮ፡ ነቲ ማይ በቲ ባርኖስ ጌሩ ወቕዖ። ነቲ ማይ ምስ ወቕዖ ድማ ናብዝን ናብትን ተመቕለ፡ ኤልሳእ ከኣ ተሳገረ። እቶም ኣብ ያሪኮ ኣብ መንጽሩ ዝነበሩ ደቂ ነብያት ምስ ረኣይዎ ድማ፡ መንፈስ ኤልያስ ኣብ ልዕሊ ኤልሳእ ሓዲሩ ኣሎ፡ በሉ። ኪቀባበልዎ መጺኦም ከኣ ኣብ ምድሪ ወዲቖም ኢድ ነስኡሉ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"እምበኣር ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ኣብ ታሕቲ ኸኣ ኣብ ምድሪ፡ እግዚኣብሄር፡ ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ካልእ ከም ዘየልቦ፡ ሎሚ ፍለጥ፡ ኣብ ልብኻውን ሕሰቦ" ዘዳ 4፡39

# እታ ናይ ሹኔም ሰበይቲ
# (2ነገ 4፡8-37)

ሓደ መዓልቲ ድማ ኰነ ኤልሳእ ናብ ሹኔም ሓለፈ። ኣብኡ ከኣ ሃብታም ሰበይቲ ነበረት እሞ እንጌራ ክበልዕ ግዲ በለቶ። ኰነ ድማ ኵሉ ሳዕ ብእኣ ምስ ዝሓልፍ እንጌራ ኪበልዕ ናብኣ የግልስ ነበረ። ንሰብኣያ ከኣ፡ እንሆ እዚ ኵሉ ሳዕ በዚ ዝሓልፍ፡ ንሱ ቅዱስ ናይ ኣምላኽ ሰብ ምዃኑ እፈልጥ ኣለኹ። እምበኣርሲ በጃኻ ኣብ ልዕሊ መንደቕ ንእሽቶ ቤት ንስራሕ እሞ ኣብኣ ዓራትን ሰደቓን መንበርን ቀዋሚ ቀንዴልን ንግበር። ክኸውን ድማ እዩ፡ ናባና ምስ ዝመጽእ ናብኣ የግልስ፡ በለቶ።

ሰብኣያ ድማ በዚ ተሰማሚዑ፡ ነታ ቤት ሰርሓ። እቲ ዘድሊ ኵሉ ከኣ ኣብኣ ኣንበረ። ኤልሳእ ድማ ነቲ ዝገበሩሉ ምስ ረኣየ ተሓጐሰ፡ ናብታ ቤት ኣግሊሱ ድማ ኣብኣ ደቀሰ። ንገሓዚ እቲ ጊልያኡ ድማ፡ ነታ ሹናማዊት ጸውዓያ፡ በሎ። ምስ ጸውዓ ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ደው በለት። ንሱ ከኣ፡ ንኣና እንሆ እዚ ኵሉ ሓልዮት እዚ ሓለኽልና፡ እንታይ እሞ ክግበረልኪ እዩ፧ ኣብ ንጉስ ወይ ኣብ ሓለቓ ሰራዊት ዚዝረብዶ ኣሎኪ፧ በላ። ንሳ ድማ፡ ኣብ ማእከል ህዝበይ እየ ተቐሚጠ ዘለኹ፡ በለት። እንታይ ደኣ ክገብረላ እየ፧ ኢሉ ንገሓዚ ሓተቶ። ገሓዚ ከኣ ውሉድ እምበር የብላን በለ። ኤልሳእ ድማ ነታ ሰበይቲ ጸዊዑ፡ ንዓመታ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ወዲ ኽትሓቕፊ ኢኺ፡ በላ። እታ ሰበይቲ ኸኣ፡ ናይ ኣምላኽ ሰብ ስለ ዝኾንካ ክኣምነካ ኣሎኒ፡ በለቶ። እታ ሰበይቲ ከኣ ጠነሰት እሞ፡ ከምቲ ኤልሳእ እተዛረቦ ንዓመትኡ በታ ጊዜ እቲኣ ወዲ ወለደት።

ኰነ ከኣ ሓንቲ መዓልቲ እቲ ዝተወልደ ህጻን ምስ ዓበየ ናብ ኣቦኡ ናብቶም ዓጸድ ወጸ። ነቡኡ ድማ፡ ርእሰይ ርእሰይ፡ በሎ። ኣቡኡ ከኣ ንጊልያኡ፡ ሓንጊርካ ናብ ኣዲኡ ዉሰዶ፡ በሎ። ሓንጊሩ ከኣ ናብ ኣዲኡ ኣእተዎ። ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ድማ ኣብ ብርካ ኮፍ በለ፡ ሽዑ ሞተ። ንሳ ከኣ ደይባ ኣብ ዓራት እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣደቀሰቶ። ብድሕሪኡ

ሽጉራቶ ወጸት። ንሰብኣያ ድማ፡ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ጕይየ ኽምለስሲ በጃኻ ሓደ ካብቶም ገላውን ሓንቲ ኣድግን ስደደለይ፡ በለቶ። ሰብኣያ ከኣ፡ ሰንበት ኣይኮነን ስለምንታይ ደኣ ሎሚ ናብኡ እትኸዲ፧ በላ። ንሳ ድማ፡ ደሓን፡ በለት። ሽዑ ነታ ኣድጊ ጽዒና ናብ ከረን ቀርሜሎስ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ከደት።



ኮነ ከኣ ኤልሳእ ኣማዕድዩ ምስ ረኣያ ንጊልያኡ ገሓዚ፡ እታ ሹናማዊት ሰበይቲ እነሃለት፡ በጃኻ ሕጂ ጕዩኻ ተቐበላ እሞ፡ ደሓንዶ ኢኺ፡ ሰብኣይኪ'ኸ ደሓን'ዶ ኣሎ፧ እቲ ወድኺ'ኸ ደሓን'ዶ ኣሎ፧ በላ፡ በሎ። ንሳ ድማ፡ ደሓን፡ በለት። ናብቲ ከረን ናብ ኤልሳእ ምስ መጸት ከኣ በእጋሩ ኣጽኒዐ ሓዘቶ። ገሓዚ ድማ ኪደፍኣ ቐረበ። ኤልሳእ ግና፡ ነፍሳ እተመረረት እያ እሞ፡ ሕደጋ ደኣ እግዚኣብሄር ግዳ ሓቢኡለይ እዩ፡ ኣይገለጸለይን፡ ድማ በሎ።

ንሳ ከኣ፡ ወዲ ሃበኒ ኢለዶ ካብ ጐይታይ ለሚነ ነይረ እየ፡ ኣይትጠብረኒ ኢለካ ኣይነበርኩን፡ በለት። ሽዑ ኤልሳእ ንገሓዚ፡ በትረይ ኣብ ኢድካ ሒዝካ ኺድ ገለ ሰብ ኣብ መገዲ ደው ኣየብለካ። ነዛ በትረይ ድማ ኣብ ገጽ እቲ ቆልዓ ኣንብራ፡ በሎ። ኣደ እቲ ቖልዓ ከኣ፡ ከይሓድገካ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ነፍሸኻ'ውን ህያው እያ፡ በለት። ኤልሳእ ድማ ተንሲኡ ደድሕሪኣ ከደ።

ገሓዚ ከኣ ቀዲምዎም ሓሊፉ፡ ነታ በትሪ ኣብ ገጽ እቲ ቖልዓ ኣንበራ ግናኸ ደሃይ ኣይነበሮን። ሽዑ ኺቃባበሎ ተመሊሱ፡ እቲ ቖልዓ ኣይተንስኤን ኢሉ፡ ነገሮ። ኤልሳእ ከኣ ናብታ ቤት ኣትዩ ድሕሪ ክልቲኦም ነቲ ማዕጾ ሸጒሮ። ንእግዚኣብሄር ከኣ ለመነ። ደዩቡ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ቖልዓ በጥ በለ። ኣፉ ከኣ ኣብ ኣፉ ዓይኑ ድማ ኣብ ዓይኑ ኢዱውን ኣብ ኢዱ ገበረ እሞ፡ ኣብ ልዕሊኡ ተዘርግሐ። ስጋ እቲ ቖልዓ ከኣ ሞቐ። መሊሱ ድማ ኣብታ ቤት ሓንሳእ ናብዚ ሓንሳእ ናብቲ ኣቢሉ ተዛወረ፡ ከም ብሓድሽ ደዩቡ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ በጥ በለ። እቲ ቖልዓ ድማ ሸብዓተ ሳዕ እንጥሸ በለ እሞ፡ እቲ ቖልዓ ኣዒንቱ ቘሕ ኣበለ። ኤልሳእ ድማ ነታ ሰበይቲ ጸዊዑ ወዳ ሃባ፡ ኣትያ ከኣ ኣብ እግሩ ወዲቓ ናብ ምድሪ ፍግም ኢላ ሰገደት፡ ወዳ ሒዛ ድማ ወጸት።

# ንእማን ሶርያዊ
# (2ነገ 5፡1-27)



ንእማን ንንጉስ ሶርያ ሓለቓ ሰራዊቱ ነበረ። ንእማን ኣብ ቅድሚ ጐይትኡ ዓብይን ክቡርን ሰብ ነበረ። ግናኸ ንእማን ለምጻም ነበረ፡ ክሓዊ ከኣ ብዙሕ ይብህግ ነበረ። ሶርያውያን ድማ ምስ እስራኤል ክዋግኡ ምስ ወጹ፡ ካብ ምድሪ እስራኤል ከኣ ንእሽቶ ጓል ማረኹም ወሰዱ። ንሳ ድማ ኣብ ቅድሚ ሰበይቲ ንእማን ተገልግል ነበረት። እታ ጓል ድማ፡ ንእማን ለምጻም ከም ዝኾነ ምስ ረኣየት፡ ክትሕግዞ ደለየት። ንእመቤታ ከኣ፡ ጐይታሲ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማሪያ ዘሎ ነብዪ እንተ ዝህሉ፡ ሽዑ ካብ ለምጹ መሕወዮ ኔሩ፡ በለት። ንእማን ከኣ ኣትዩ ንጐይታኡ፡ እታ ካብ ምድሪ እስራኤል ዝመጸት ጓል ከምዝን ከምትን ኢላ ተዛሪባ፡ ኢሉ ነገሮ። እቲ ንጉስ ሶርያ ድማ፡ እምበኣርሲ ኪድ ኣነ ከኣ ንንጉስ እስራኤል ደብዳቤ ክሰደሉ እየ፡ በለ።

ሽዑ ንእማን ወርቅን ብሩርን ሓደስቲ ክዳውንትን ሒዙ ናብ ንጉስ እስራኤል ከደ። ኰነ ድማ እቲ ንጉስ እስራኤል ነታ ደብዳቤ ምስ ኣንበባ፡ ኣዝዩ ተቘጥዐ፡ ነዚ ሰብኣይ እዚ ካብ ለምጹ ከሕውዮ ኢሉ ዝሰደደለይ ዝቐትልን ዘሕውንሲ ኣነ'ዶ ኣምላኽ እየ፧ ንሱ ምኽንያት ጥራይ ይደልየኒ ከም ዘሎ በጃኹም ፍለጡን ርኣዩን፡ በለ።

ኰነ ድማ ኤልሳእ እቲ ንጉስ ከም ዝተቘጥዐ ምስ ሰምዔ፡ ናብቲ ንጉስ ልኣኸ፡ ኣብ እስራኤል ነብዪ ከም ዘሎ ኺፈልጥሲ ናባይ ይምጻእ፡ በሎ። ንእማን ድማ በፍራሱን ብሰረገላታቱን መጺኡ ኣብ ኣፍደገ ቤት ኤልሳእ ደው በለ። ኤልሳእ ድማ ናብኡ ልኡኽ ሰዲዱ፡ ናብ ዮርዳኖስ ኪድ እሞ ሾብዓተ ሳዕ ተሓጸብ ሽዑ ክትሓዊ ኢኻ፡ በሎ። ንእማን ግና ኰርዩ ኸደ እሞ፡ እንሆ ኣነስ ብርግጽ ወጺኡ ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኹ ተማህሊሉ ነቲ ለምጺ ዘለዎ ስፍራ ብኢዱ ዳህሲሱ ዜሕውየኒ መሲሉኒ ነይሩ። ካብ ኵሉ ማያት እስራኤልሲ፡ እቲ ሩባታት ደማስቆ ግዳ ኣይበልጽን፧ ተናዲዱ ከኣ ገጹ መሊሱ ኸደ። ገላውኡ ግና ቀርብ ኢሎም፡ እዚ ነብዪ ጽኑዕ ነገር

እንተ ዝዛረበካስ ኣይምገበርካዮንዶ፡ ተሓጸብ እሞ ጽረ፡ እንተ በለካ ግዳ ክንደይ ዘይቀልል፡ ኢሎም ተዛረብዎ። ሽዑ ንእማን ወሪዱ ከም ዘረባ ኤልሳእ ኣብ ዮርዳኖስ ሾብዓተ ሳዕ ጠሓለ፡ ስግኡ ከኣ ካብ ለምጹ ሓወየ። ሽዑ ንእማን ተመሊሱ ናብ ኤልሳእ መጸ፡ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ ድማ፡ እንሆ ሕጂስ ብጀካ ኣብ እስራኤል ኣብ ብዘላ ምድሪ ኣምላኽ ከም ዜልቦ ፈለጥኩ፡ በለ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ካብ መብልዕሲ ህይወትዶ ኣይትበልጽን፧ ካብ ክዳንስ ስጋዶ ኣይበልጽን፧ ስለዚ ንህይወትኩም ብትበልዕዎን ብትሰትይዎን ወይስ ንስጋኹም ብትኽደንዎን ኣይትጨነቑ"
ማቴ 6፡25

## ኤልሳእን እቶም ሶርያውያንን
## (2ነገ 6፡8-23)

ንጉስ ሶርያ ድማ ምስ እስራኤል ተዋግኤ። ምስቶም ገላውኡ ከኣ ኣብዚ ቦታ ክሰፍር እየ፡ ኢሉ ተማኸረ። ኤልሳእ ከኣ ንንጉስ እስራኤል እቶም ሶርያውያን ኣበይ ከም ዘለው ነገሮ። እስራኤላውያን ድማ ተዓወቱ።

ልቢ ንጉስ ሶርያ ድማ በዚ ነገር ተሸበረ፡ ነቶም ገላውኡ ጸዊዑ ከኣ፡ ካባኹም መን እዩ ንንጉስ እስራኤል መሕብኢ ቦታና ዝነገሮ፡ በሎም። ሓደ ካብቶም ገላውኡ ከኣ፡ ጐይታይ ንጉስ ንሕና ኣይኮንናን ግናኸ ኤልሳእ እቲ ኣብ እስራኤል ዘሎ ነብዩ፡ እታ ኣብታ እትድቅሰላ እተዛረብካዮ ዘረባ ንንጉስ እስራኤል ይነግሮ እዩ፡ በለ። እቲ ንጉስ ድማ፡ ልኢኽ ከምጽኦስ፡ ንሱ ኣበይ ከም ዘሎ ኺዱ ርኣዩ፡ በለ። እቶም ናይ ሶርያ ወተሃደራት ድማ ኤልሳእ ኣብ ዶታን ከም ዘሎ ፈለጡ እሞ ነቲ ንጉስ ነገርዎ። እቲ ንጉስ ሶርያ ድማ ሰረገላታትን ኣፍራሰን ብዙሓት ሰራዊትን ልኢኹ ነታ ከተማ ከበብዋ። ንጽባሒቱ ንግሆ ድማ ኤልሳእ ኣንጊሁ ተንሲኡ እንታይ ከም ዘጋጠመ ረኣየ። ጊልያኡ ድማ፡ ኦ ጐይታይ ኤልሳእ! እንታይ ክንገብር ኢና፡ በሎ። ኤልሳእ ድማ በሎ፡ ኣይትፍራህ፡ እቶም ምሳና ዘለዉ ካብቶም ምስኦም ዘለዉ ይበዝሑ። ከምዚ ኢሉ ድማ ጸለየ፡ ኦ ኣምላኽ ናይዚ ጊልያይ የዒንቲ ክፈት። እቲ ጊልያኡ ድማ ከምቲ ኤልሳእ ዝረኣዮ ኣብ ከባቢኦም ኣፍራሰን ሰረገላ ሓውን ረኣየ።

ሽዑ እቶም ሶርያውያን ምስ ቀረብዎም፡ ኤልሳእ እንደገና ጸለየ፡ እቶም ጸላእቱ ንግዚኡ ክዖሩ ለመነ። እቶም ሶርያውያን ድማ ኣበይ ከም ዘለዉ ከይፈለጡ ክጭነቑ ጀመሩ። ኤልሳእ ድማ ናብኦም ከይዱ ከምዚ በሎም፡ እዚ ኣይኮነን እቲ መገዲ፡ ደድሕረይ ስዓቡ እሞ ናብቲ እትደልይዎ ዘለኹም ሰብኣይ ክወስደኩም እየ። ካብ ዶታን መሪሑ ድማ ናብ ሰማርያ ወሰዶም። ኣብኡ ድማ ጸለየ፡ ኣዒንቲ እቶም ሶርያውያን ድማ ተኸፍታ። እቶም ሶርያውያን ድማ ኣብ ሓድሽ ቦታ ከም ዘለዉ ረኣዩ። እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ ንኤልሳእ ክቀትሎም'ዶ ኢሉ ሓተቶ። ኤልሳእ ግና ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ ኣይትቕተሎም፡ ዝብላዕን ዝስተን ሂብካ ናብ ጐይታኦም ምለሶም።

## ሓርጭን ስገምን
## (2ነገ 6፡24 - 2ነገ ምዕ. 7)

ንጉስ ሶርያ ከኣ ብዘሎ ሰራዊቱ ኣኽቲቱ ንሰማርያ ከበባ። ኣብ ሰማርያ ከኣ ኣዝዩ ብርቱዕ ጥሜት ኰነ። ኵሎም ህዝባ ከኣ ኣብ ጥሜት ነበሩ፡ መግቢ ክረኽቡ ከኣ ኣብ ኩሉ ቦታ ይደልዩ ነበሩ። እንተ ኾነ ኤልሳእ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ እግዚኣብሄር ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ኣብ ደገ ሰማርያ ሓደ መስፈሪ ድኹም ሓርጭ ብሲቃል፡ ክልተ መስፈሪ ስገም ከኣ ብሲቃል ኣብዛ ከተማ ኪሽመት እዩ፡ ይብል ኣሎ በሎም። እንተ ኾነ ሓደ'ኳ ክኣምኖ ኣይከኣለን።

ኣብ ኣፍ ደገ እታ ከተማ ከኣ ኣርባዕተ ሰብ ለምጺ ነበሩ። ንሓድሕዶም ከኣ ስለምንታይ ኢና ክሳዕ እንመውት፡ ኣብዚ ኮፍ እንብል። ናብ ከተማ ንእቶ እንተበልና ኣብ ከተማ ጥሜት ኣሎ እሞ ኣብኣ ክንመውት ኢና። ኣብዚ እንተ ተቐመጥናውን ክንመውት ኢና፡ ሕጂ ከኣ ንኪድ፡ ናብ ሰፈር ሶርያውያን ንሰድድ ብህይወት እንተ ሓደጉና ብህይወት ንነብር፡ እንተ ቖተሉና ድማ ንመውት ተበሃሃሉ።

ጽልግልግ ምስ ኮነ ድማ ናብ ሰፈር ሶርያውያን ክኸዱ ተንስኡ። ኣብ ወሰን ሰፈሮም ምስ በጽሑ ከኣ እንሆ ኣብኡ ኣይነበሩን። ኣምላኽ ድማ ኣብቲ ሰፈር ሶርያውያን ደሃይ ሰረገላታትን ደሃይ ኣፍራስን ደሃይ ብዙሕ ሰራዊትን ኣስሚዕዎም ነበረ እሞ፡ ንሓድሕዶም እንሆ ንጉስ እስራኤል ንነገስታ ሔታውያንን ግብጻውያንን ተኻርዩ ኣባና ኣምጺእዎም እዩ ተባሃሃሉ። ጽልግልግ ምስ ኮነ ድማ፡ ተንሲኦም ሃደሙ። እቶም ለምጻማት ናብ ወሰን እቲ ሰፈር ምስ በጽሑ ከኣ ናብ ሓደ ድንኳን ኣትዮም በልዑን ሰተዩን ካብኡ ድማ ብሩርን ወርቅን ክዳውንትን ወሰዱ ከይዶም ከኣ ሓብእዎ። ተመሊሶም ድማ ናብ ካልእ ድንኳን ኣተው፡ ካብኡ ከኣ ወሰዱ ከይዶምውን

ሓብእዎ። ሽዑ ንሓድሕዶም፡ እዚ ንሕና እንገብሮ ዘሎና ቅኑዕ ኣይኮነን፡ በዛ መዓልቲ እዚኣ መዓልቲ ብስራት እያ፡ ንግሆ ክሳዕ ዝበርህ ስቕ ኢልና እንተ ጸናሕና፡ በደል ክኾነና እዩ። ሕጂ ከኣ ንኪድ እሞ ኣብ ቤት ንጉስ ኣቲና ንንገር ተበሃሃሉ። መጺኦም ከኣ ንዘብዐኛ ደገ እታ ከተማ ጸዊዖም፡ ናብ ሰፈር ሶርያውያን ኬድና ኔርና፡ ኣብኡ ከኣ ብዘይካ እሱራት ኣፍራስን ኣእዱግን ዋላ ሓደ ሰብ የልቦን፡ ኢሎም ነገርዎ። እቶም ዘብዓ ̧ኛታት ከኣ መልእኽቲ ናብ ቤት ንጉስ ሰደዱ። ዋላ እኳ መስዩ እንተ ነበረ፡ እቲ ንጉስ ንገላውኡ፡ እቶም ሶርያውን ዝገበሩና እሞ ክነግረኩም፡ ንሕና ጥሙያት ከም ዝኾንና ፈሊጦም ኣለው እሞ ካብ ከተማ ምስ ወጹ፡ ብህይወቶም ንሕዞም፡ ናብ ከተማ ከኣ ንኣቱ፡ ኢሎም ካብ ሰፈሮም ወጺኦም ኣብ መሮር ተሓቢኦም ኣለው፡ በሎም። ሓደ ካብ ገላዋኡ ከኣ፡ ካብቶም ኣብ ከተማ ተሪፎም ዘለው ኣፍራስ በጃኻ ሓሙሽተ ውሰዱ እሞ ኪስልዩ ንስደዶም፡ በለ። ሽዑ ክልተ ሰረገላ ምስ ኣፍራስ ወሰዱ፡ እቲ ንጉስ ድማ፡ ኪዱ እሞ ርኣዩ፡ ኢሉ ደድሕሪ ሰራዊት ሶርያውያን ሰደዶም። ክሳዕ ዮርዳኖስ ድማ ደድሕሪኦም ከዱ። እንሆ ከኣ ኵሉ መገዲ እቶም ሶርያውያን ብምህዋኾም ዝደርበይዎ ክዳውንቶምን ኣቃሑን መሊኡ ነበረ። እቶም ልኡኻት ድማ ተመሊሶም ንንጉስ ነገርዎ። ሽዑ እቲ ህዝቢ ወጺኡ ነቲ ሰፈር ሶርያውያን ገፈፎ። ከምቲ ቃል እግዚኣብሄር ኤልሳእ ዝበሎ ከኣ፡ ንመስፈር ድኹም ሓርጭ ብሲቃል፡ ንክልተ መስፈር ስገም ከኣ ብሲቃል ተሸመተ።

## ትርጉም እተን ፍላጻታት
## (2ነገ 13፥14-18)

ኤልሳእ ከኣ እታ ዝሞተላ ሕማም ሓመመ። ዮኣስ ንጉስ እስራኤል ድማ ሓዚኑ ክርእዮ ናብኡ ወረደ። ኤልሳእ ከኣ፡ ቀስትን ፍላጻታትን ውሰድ፡ በሎ። ንሱ ድማ ቀስትን ፍላጻታትን ወሰደ። ኤልሳእ ከኣ ነቲ ንጉስ እስራኤል፡ ኢድካ ኣብ ልዕሊ ቐስቲ ስቐል፡ በሎ። ኢዱ ድማ ሰቐለ። ኤልሳእ ከኣ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኢድ እቲ ንጉስ ገበረ። ኤልሳእ ከኣ፡ ነቲ ናይ ምብራቕ መስኮት ክፈቶ፡ በሎ። እቲ ንጉስ ድማ ከፈቶ። እቲ መስኮት ናብ ደማስቆ ዋና ከተማ ሶርያ ይጥምት ነበረ። ኤልሳእ ከኣ፡ ወርውር፡ በሎ። ንሱ ድማ ወርወረ። እታ ፍላጻ ድማ ናብ ሃገር ጸላእቱ ኣቢላ ወደቐት። ኤልሳእ ድማ፡ እዚኣ ናይ ምድሓን ፍላጻ እግዚኣብሄር እያ። ንሶርያውያን ክሳዕ እትውድኦም ክትስዕሮም ኢኻ፡ በለ። ፍላጻታት ውሰድ፡ ድማ በሎ። እቲ ንጉስ ድማ ከምኡ ገበረ። ኤልሳእ ድማ፡ ንምድሪ ውቕዓያ፡ በሎ። ዮኣስ እቲ ንጉስ ድማ ሰለስተ ሳዕ ወቒዑ ደው በለ። ሽዑ ኤልሳእ ኮረየሉ እሞ፡ ሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ ሳዕ ወቒዕካያ እንተ ትኸውን፡

ሽዑ ንሶርያውያን ክሳዕ እትውድኦም ምስዓርካዮም ኔርካ። ሕጂ ግና ንሶርያውያን ሰለስተ ሳዕ ጥራይ ክትስዕሮም ኢኻ፣ በሎ።

<u>**ዝጽናዕ ጥቕሲ**</u>

"ንሱ ነእጋር ቅዱሳኑ ይሕልወን፣ ሰብ ብሓይሉ ኣይስዕርን እዩ እሞ፣ እቶም ረሲኣንሲ ኣብ ጸልማት ክጠፍኡ እዮም"
**1ሳሙ 2፡9**

## እቲ ዝሓብእዎ ንጉስ
## (2ነገ ምዕ. 11፣ 2ዜና 22፡10 - 23፡15)

ኣብ ይሁዳ ድማ ዓታልያ ነጊሳ ነበረት። ንግስቲ ዓታልያ ንግስነታ ኽትሓድጎ ስለ ዘይደለየት ተንሲኣ ንብዘሎ ዓሌት መንግስቲ ኣጥፍኤት። ግናኸ ሓደ ቖልዓ ኣምለጠ። ሽሙ ዮኣስ ይበሃል፣ ጓል ንጉስ ድማ ወሲዳ፣ ንእኡን ንመጉዚቱን ሓብኣቶም። ተሓቢኡ ከኣ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ሽዱሽተ ዓመት ተቐመጠ። ኰነ ከኣ ዮኣስ ወዲ ሾብዓተ ዓመት ምስ ኮነ፣ እቲ ሊቀ ካህናት ንሓላቑ ሚእትታትን ንዘብዔኛታትን ልኢኹ ኣምጽኦም። ብዛዕባ ዮኣስ ድማ ነገሮም። እቲ ካህን ድማ እቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዝነበረ ናይ ንጉስ ዳዊት ዝነበረ ኲናውትን ዋላቱን ነቶም ሓላቑ ሚእቲ ሃቦም። እቶም ዘብዔኛታት ድማ ነፍሲ ወከፎም ኣጽዋሮም ብኢዶም ሒዞም ኣብ ዙርያ እታ ቤት መቕደስን እቲ ወድን ቆሙ። ሽዑ እቲ ሊቀ ካህናት፣ ነቲ ቖልዓ ኣውጺኡ ዘውዲ ደፍኣሉ። ኣንገስዎን ቀብእዎን ከኣ፣ ኣእዳዎም እናጣቕዑ ድማ፣ ንጉስ ህያው ይኹን፣ በሉ።



ዓታልያ ድማ ድምጺ እቶም ዘብዔኛታትን ህዝብን ምስ ሰምዔት፣ እንታይ ከም ዝኾነ ክትርኢ ኢላ ወጸት። እንተ ጠመተት ከኣ እንሆ እቲ ንጉስ ዘውዲ ደፊኡ፣ ብዘሎ ህዝቢ እታ ሃገር'ውን ተሓጒሱ መለኸት ይነፍሕ ነበረ። ሽዑ ዓታልያ ክዳውንታ ቐዲዳ ዕልወት እዩ፣ ዕልወት እዩ! ኢላ

ጨረሔት። ሽዑ እቲ ካህን ነቶም ነቲ ሰራዊት ዝመርሑ ሓላቑ ሚኢቲ፣ ካብ ቤት ኣውጽእዋ ንዝሰዕባ ከኣ ብሴፍ ቅተልዎ፣ ኢሉ ኣዘዞም። ብዘለው ህዝቢ እታ ሃገር ድማ ናብ ቤት በዓል ኣትዮም ኣፍረስዋ። ዮኣስ ኪነግስ ከሎ ወዲ ሸብዓተ ዓመት ነበረ። ዮኣስ ከኣ ብዛዕባ እግዚኣብሄርን ኣገልገልቱን ኣብ ቤት መቕደስ እግዚኣብሄር ተማሂሩ ነበረ። ወዲ ሸብዓተ ዓመት ከሎ ከኣ ንጉዕ ንጉስ ነበረ።

## ንጉስ ኣሶር
## (2ነገ 18፣13-37)

ንጉስ ህዝቅያስ ኣብ ይሁዳ ነጊሱ ከሎ፣ ሰናክሬብ ዝበሃል ንጉስ ኣሶር ናብ ከተማታት ይሁዳ ደዪቡ ሓዘን። ሽዑ ህዝቅያስ ናብ ንጉስ ኣሶር ልኢኹ፣ በዲለ እየ እሞ፣ ካባይ ተመለስ፣ እቲ ትደልዮ ኵሉ ክህበካ እየ፣ በሎ። ንጉስ ኣሶር ከኣ ንህዝቅያስ ኣዝዩ ብዙሕ ወርቅን ብሩርን ክህቦ ኣዘዞ። ንጉስ ህዝቅያስ ድማ እቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄርን ኣብ መዝገብ ቤት ንጉስን እተረኽበ ኵሉ ገንዘብ ሃቦ። በታ ጊዜ እቲኣ ህዝቅያስ ነቲ መዓጹ መቕደስ እግዚኣብሄርን ልዳውትን ለቢጥዎ ዝነበረ ወርቂ ባዕሉ ቐንጢጡ ንንጉስ ኣሶር ሃቦ። እቲ ንጉስ ኣሶር ግና ንሰለስተ መራሕቲ ምስ ብርቱዕ ሰራዊት ገይሩ ናብ ንጉስ ህዝቅኤል ናብ የሩሳሌም ሰደዶም። ኣብ የሩሳሌም ምስ በጽሑ ድማ ንንጉስ ጸውዕዎ። ንጉስ ህዝቅያስ ድማ ንኣዛዚ ቤቱን ካልኦትን ሰደደሎም።

ሓደ ካብቶም መራሕቲ ኣሶር ድማ፣ ኣብዛ ተኸቢባ ዘላ የሩሳሌም ተቐሚጥኩም ዘሎኹምሲ፣ ንመን ኣሚንኩም ኢኹም፣ ብጥሜትን ብጽምእን ክትሞቱስ፣ ህዝቅያስ'ዶ ኣይኮነን፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኻብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ኬናግፈና እዩ፣ እናበለ ዜስሕተኩም ዘሎ፧ ኣነን ኣቦታተይን ኹሎም ህዝብታት ሃገራት ዝገበርናዮም'ዶ ኣይፈለጥኩምን ኢኹም፧ ኣማልኽቲ ኣህዛብ እተን ሃገራት እቲኣን'ከ ንሃገሮም ካብ ኢደይዶ ኼናግፍወን ክኢሎም እዮም፧ ካብቶም ኣማልኽቲ ናይዞም ኣቦታተይ ዘጥፍእዎም ኣህዛብ እዚኦምሲ ንህዝቡ ኼናግፍ ዝኸኣለ ኣምላኽ መን እዩ፧ ኣምላኽኩም'ከ ካብ ኢደይ ኬናግፈኩም'ዶ ይከኣሎ እዩ፧ ኢሉ ተዛረበ። ንጉስ ህዝቅያስ፣ ኣይትምለሱሉ ኢሉ ኣዚዙ ነበረ እሞ፣ እቶም ህዝቢ ስቕ በሉ፣ ገለ ቓል እኳ ኣይመለሱሉን። እቶም ሰለስተ ልኡኻት ናብ ህዝቅያስ መጹ እሞ ዘረባ እቲ ልኡኽ ነገርዎ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ኣነ ግና ናብ እግዚኣብሄር ይጥምት፡ ንኣምላኽ ምድሓነይ ድማ ተስፋ እገብር ኣሎኹ፡ ኣምላኸይውን ክሰምዓኒ እዩ"

# ጸሎት ህዝቅያስ
## (2ነገ 19፡1-37፣ ኢሰ 37፡1-38)

ኰነ ድማ ንጉስ ህዝቅያስ እዚ ምስ ሰምዐ፡ ክዳኑ ቐዲዱ፡ ከሊ ተኸዲኑ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣተወ። ነቶም ሰለስተ ልኡኻት ድማ ናብ ነብዩ ኢሳይያስ ሰደዶም። ንሳቶም ድማ ንነብዩ ኢሳይያስ በልዎ፡ ህዝቅያስ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እዛ መዓልቲ እዚኣ መዓልቲ ጸበባን ቅጽዓትን ነውርን እያ። ምናልባሽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኵሉ ዘረባ ራብሳቅ፡ እቲ ጐይታኡ ንጉስ ኣሶር ነቲ ህያው ኣምላኽ ኪጸርፎ ኢሉ ዝለኣኾ፡ ሰሚዕዎ እዩ እሞ፡ በቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝሰምዖ ዘረባ ኪቐጽዖ እዩ። እምበኣርሲ ምእንቲ እዚ ገና ተሪፉ ዘሎ ጸሎት ኣዕርግ። ኢሳይያስ ድማ በሎም፡ ንጐይታኹም ንጉስ በልዎ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በቲ ገላው ንጉስ ኣሶር ኪጸርፉኒ ዝሰማዕካዮም ቃላት ኣይትፍራህ። እንሆ ኣነ ናብ ሃገሩ ክመልሶ እየ፡ ኣብ ሃገሩ ድማ ብሴፍ ኪወድቕ እዩ።



ራብሳቅ ከኣ መሊሱ ናብ ህዝቅያስ ከምዚ ኢሉ ልኡኻት ሰደደ፡ እዚ ንሸኻ እትእመኖ ዘሎኻ ኣምላኽካ፡ የሩሳሌም ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ኣይትወሃብን ኢሉ ኣየዕሹኻ። ህዝቅያስ ከኣ ነታ ደብዳቤ ካብ ኢድ እቶም ልኡኻት ተቐቢሉ ኣንበባ። ህዝቅያስ ከኣ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ደዪቡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘርግሓ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ጸለየ፡ ኣታ ኣብ ኪሩቤል እትቕመጥ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ እቲ ኣምላኽ ኵላ መንግስታት ምድሪ ንሸኻ በይኻ ኢኻ፡ ንሰማይን ንምድርን ንሸኻ ገበርካዮ። ዎ እግዚኣብሄር ኣእዛንካ ኣድንን እሞ ስማዕ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣዒንትኻ ቛሕ ኣቢልካ ድማ ርኤ። ነቲ ንህያው ኣምላኽ ኪጸርፉ ኢሉ ዝለኣኾ ዘረባ ሰናክሬብ ከኣ ስምዓዮ። ኣታ እግዚኣብሄር እቶም ነገስታት

ኣሶር ንኻልኦት ህዝብታትን ሃገራትን ከም ዘባደሙ ሓቂ እዩ። ንኣማልኽቶም’ውን ናብ ሓዊ ደርበይዎም። ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ኵለን መንግስታት ምድሪ ንሸኻ እግዚኣብሄር በይንኻ ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ምእንቲ ኪፈልጣስ ንልምነካ ኣሎና፡ ካብ ኢዱ ኣድሕነና። ሽዑ ኢሳይያስ ናብ ህዝቅያስ ከምዚ ኢሉ ለኣኸ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነቲ ብዛዕባ ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶር ዝለመንካኒ፡ ሰሚዔዮ ኣሎኹ። ንሱ ነዛ ከተማ እዚኣ ኣይኣትዋን እዩ፡ ኣብኣ ድማ ፍላጻኳ ኣይውርውርን እዩ። ኣነ ድማ ነዛ ከተማ እዚኣ ምእንታይን ምእንቲ ዳዊት ባርያይን ኢለ ክከላኸለላን ከድሕናን እየ። ኰነ ድማ፡ በታ ለይቲ እቲኣ መልኣኽ እግዚኣብሄር ወጺ እሞ፡ ኣብ ሰፈር ኣሶርያውያን ሚእትን ሰማንያን ሓሙሽተን ሽሕ ቀተለ። ሽዑ ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶር ተንሲኡ ናብ ሃገሩ ተመልሰ።

## ምፍዋስ ንጉስ ህዝቅያስ
## (2ነገ 20፥1-11፣ ኢሰ 38፥1-8፣ 2ዜና 32፥24-26)

ንጉስ ህዝቅያስ ናይ ይሁዳ ንሞት ክሳዕ ዝቐርብ ኣዝዩ ሓመመ። ነብይ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ከኣ ናብኡ መጺኡ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ክትመውት ኢኻ እምበር፡ ኣይክትሓውን ኢኻ እሞ ብናይ ሓዳርካ ተላቦ፡ በሎ። ሽዑ ህዝቅያስ ገጹ ናብ መንደቕ መሊሱ ዎ እግዚኣብሄር ዑቑባኻ ብሓቅን ብፍጹም ልብን ኣብ ቅድሚ ገጽካ ከም እተመላለስኩን፡ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኻ ሰናይ ከም ዝገበርኩን ዘክር፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ጸለየ። ህዝቅያስ ድማ መሪር ብኽያት በኸየ። ሽዑ ከምዚ ዝብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ኢሳይያስ መጸ፡ ኪድ እሞ ንህዝቅያስ ንገሮ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ጸሎትካ ሰሚዔ ንብዓትካ ርእየ፡ እንሆ ኣብ ዕድሜኻ ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመት ክውሰኸልካ እየ፡ ንኣኻን ነዛ ከተማ እዚኣን ካብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ከናግፈኩም እየ፡ ነዛ ከተማ’ውን ክከላኸለላ እየ፡ ይብል ኣሎ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ነዚ ምልክት ይኹነልካ ንጸሓይ በቲ ዝወረደቶ መድረኽ ዓ ሰርተ መድረኽ ንድሕሪት ኣቢለ ክመልሳ እየ፡ በሎ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኵሉ ከኣ ኰነ። ነብይ ኢሳይያስ ከኣ ንህዝቅያስ ኣብቲ ዝቖሰለ በለስ ገይሮም ክልብጥዎ እሞ ክሓዊ ምኺኑ ነገሮም። ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ ሓሚሙ ኔሩ ምስ ሓወየ ዝጸሓፎ መዝሙር፡ እቲ ህያው እቲ ህያው ከምዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ የመስግነካ። ኣቦ ንውሉዱ እቲ ሓቕኻ ከፍልጦም እዩ፡ እግዚኣብሄር እዩ ዘድሓነኒ፡ ስለዚ ብመዓልታት ህይወትና ኵሉ ጊዜ ንመዛሙረይ ኵሉ ብመስንቆ ክንዝምሮ ኢና።

## ገጸ በረኸት ካብ ባቢሎን
## (2ነገ 20፥12-19፣ ኢሰ 39፥1-8)

በታ ጊዜ እቲኣ መሮዳክ-በላዳን ንጉስ ባቢሎን ህዝቅያስ ሓሚሙ ከም ዝሓወየ ሰሚዑ ነበረ እሞ፡ ደብዳቤን ገጽ በረኸትን ሰደደሉ። ህዝቅያስ ድማ ብኣኣቶም ተሓጒሰ እሞ፡ ነቲ ኣብ ቤት መዝገቡ ዝነበረ ብሩርን፡ ወርቅን፡ ነቲ ክቡር ዘይትታትን ንኹላ ቤት መሳርያኡን ኣርኣዮም። ሽዑ ነብዩ ኢሳይያስ ናብ ንጉስ ህዝቅያስ መጺኡ፡ እዞም ሰባት እንታይ በሉ፧ ካበይከ ናባኻ መጹ፧ በሎ። ህዝቅያስ ድማ ካብ ርሑቕ ሃገር ካብ ባቢሎን ናባይ ዝመጹ እዮም፡ በለ። ንሱ ከኣ፡ ኣብ ቤትካኸ እንታይ ረኣዩ፧ ኢሉ ሓተተ። ህዝቅያስ ድማ፡ ኣብ ቤተይ ዘሎ ኵሉ ርእዮም ካብቲ ኣብ መዛግበይ ዘሎ ሓንቲ እኳ ዘየርኤኽዎም የልቦን፡ ኢሉ መለሰሉ። ሽዑ ኢሳይያ ንህዝቅያስ በሎ፡ ንቓል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ስምዓዮ፡ እንሆ ነቲ ኣቦታትካ ክሳዕ ሎሚ ዝኣከብዎ ኣብ ቤትካ ዘሎ ኩሉ፡ ሓንቲ እኳ ከይተረፈት፡ ናብ ባቢሎን ዝወስዱለን መዓልታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ነቶም ኣወዳትካ ክወስድዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ኣደራሽ ንጉስ ባቢሎን ሰራሕተኛታት ክገብርዎም እዮም። ህዝቅያስ ከኣ ንኢሳይያስ፡ እቲ እተዛረብካዮ ቃል እግዚኣብሄር ጽቡቕ እዩ፡ በሎ። ደጊሙ ከኣ፡ ብዘመነይሲ ሰላምን ደሓንን ደኣ ይኹን ፡ በለ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ኣነስ ሽጉርን መስኪንን እየ፡ እግዚኣብሄር ግና ይሓልየለይ ኣሎ። ረዳእየይን መናገፍየይን ንስኻ ኢኻ፡ ኣምላኸየ፡ ኣይትደንጒ" መዝ 40፥17

## ምርካብ እቲ መጽሓፍ
## (2ነገ 21፥3 - 23፥30፣ 2ዜና ምዕ. 34 - 36)

ዮስያስ ክነግስ ከሎ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ነበረ። ኣብ የሩሳሌም ከኣ ነገሰ። ንሱ ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ፡ ብመገድታት ንጉስ ዳዊት ድማ ከደ። ገና ቖልዓ ከሎ ከኣ ንይሁዳን ንየሩሳሌምን ካብቲ ምምላኽ ጣኦታትን ምስልታትን ኬጽርየን ጀመረ። ዮስያስ ከኣ ነታ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ክሕድሳን ናብቲ ናይ ቐደም ቅዱስ ምስላ ክመልሳን ሓሰበ። ንሱ ከኣ ንሊቀ ካህናት ሒልቂያ፡ ነቲ ዕዮ ክከታተሎን፡ ኵሎም እቶም ጸረብቲ



ዕንጨይትን ኣእማንን ድማ ስርሖም ክጅምሩን ነገሮ። ሓደ ጊዜ ድማ ነቲ ቤት መቕደስ ኪሕድሱ ከለው፡ ካህን ሒልቂያ ነቲ ብኢድ ሙሴ እተዋህበ መጽሓፍ ሕጊ እግዚኣብሄር ረኸቦ። ሒልቂያ ድማ ንሻፋን እቲ ጸሓፊ ብሓጐስ ነገሮ። ሻፋን ድማ ነቲ መጽሓፍ ናብ ንጉስ ኣምጽኡ፡ ካህን ሒልቂያ ሓደ መጽሓፍ ሂቡኒ ኣሎ ኢሉ ድማ ነገሮ። ሻፋን ድማ ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉስ ካብኡ ኣንበበ። እቲ ንጉስ ድማ ቃላት እቲ ሕጊ ምስ ሰምዔ፡ ክዳውንቱ ቐደደ። ከምዚ ከኣ በለ፡ ኣቦታትና ንቓል እግዚኣብሄር ከምቲ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጻሒፉ ዘሎ ጌሮም ስለ ዘይሓለውዎ፡ እግዚኣብሄር ኣባና ኲረየ። ሽዑ እቲ ንጉስ ንኹሎም ዓበይቲ ይሁዳን የሩሳሌምን ኣከቦም። ብዘሎ እቲ ህዝቢ ድማ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ደየቡ፡ ንኹሉ ቓላት እቲ መጽሓፍ ኪዳን ኣንቢቡ ከኣ ኣስምዖም። ኩሎም እቶም ህዝቢ ከኣ ኣሜን በሉ። እቲ ንጉስ ከኣ ነቶም ካህናት ንኹሉ እቲ ናይ ሓሶት ኣምላኽ በዓል ዝሰርሕዎ፡ ኣቑሑት ኣውጺኦም ከንድድዎ ኣዘዞም። ነቲ ህዝቢ ከኣ ነቲ እግዚኣብሄር ኣብቲ መጽሓፍ ሕጊ ዝበሎ በዓላት፡ ከም ዝግባእ ገይሮም ክገብርዎ ነገሮምን ኣንበበሎምን። ንጉስ ዮስያስ ብዅሉ ልቡን ብዅሉ እንትናኡን ደድሕሪ እግዚኣብሄር ዝኸይድ ትእዛዛትን ምስክራትን እግዚኣብሄር ከኣ ዝሕሉን ንጉስ ነበረ።

## ኤርምያስን እቲ ሰራሕ መሬትን
## (ኤር ምዕ. 18)

እቶም ካህናት ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ነቲ ህዝቢ በቲ ዝረኣይዎን ቃል እግዚኣብሄር ዝተማሃርዎን ጌሮም ክሕግዝዎ ጀመሩ። ሓደ ካህን ኤርምያስ ዝበሃል ነበረ። ሓደ ጊዜ ካብ እግዚኣብሄር ከምዚ ዝብል ቃል መጸ፡ ተንስእ እሞ ናብ ቤት ሰራሕ መሬት ውረድ እሞ ኣብኡ ከኣ ቃለይ ከስምዓካ እየ፡ ዝብል ነበረ። ሽዑ ኤርምያስ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ገበረ። ናብ ቤት ሰራሕ መሬት ምስ ከደ፡ እቲ ሰራሕ መሬት ነቲ ኣቕሓ ብሕማቕ መልክዕን ኢዱ እናተጸየቐን ክሰርሖ ረኣየ እሞ፡ ሽዑ ከም ብሓድሽ ከምቲ ጽቡቕ ኮይኑ ዝተረኣዮ ጌይሩ ካልእ ኣቕሓ ሰርሐ። ሽዑ ከምዚ ዝብል ቃል ካብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ ኣቱም ቤት እስራኤል ኣነኸ

ንዃኻትኩም'ዶ ከምቲ ሰራሕ መሬት ዝገበሮ ክገብረኩም ኣይክእለንን እዩ፧ እንሆ ከምቲ መሬት ኣብ ኢድ እቲ ሰራሕ መሬት ዘሎ፥ ከምኡ ድማ ንሽኻትኩም ኣብ ኢደይ ኢኹም ይብል እግዚኣብሄር። ደጊሙ እግዚኣብሄር ንኤርምያስ፥ ሓደ ጊዜ ብናይ ህዝብን ብናይ መንግስትን ክምንቁስን ክፍርስን ክጥፍእን እዛረብ ኣሎኹ። እቲ እተዛረብኩሉ ህዝቢ ካብ እከዩ እንተ ተመልሰ ግና፥ ኣነ ነቲ ንእኡ ክገብሮ ኢለ ዝሓሰብክዎ እኩይ እጠዓሰሉ እየ። ሓደ ጊዜ ከኣ ብናይ ህዝብን ብናይ መንግስትን ክሃንጽን ክተክልን እዛረብ ኣሎኹ።

__ዝጽናዕ ጥቕሲ__

"ሕጂ ግና ዎ እግዚኣብሄር፥ ንስኻ ኣቦና ኢኻ፥ ንሕና መሬት ኢና፥ ንስኻ ድማ ሰራሒና ኢኻ፥ ኩልናውን ግብሪ ኢድካ ኢና" ኢሳ 64፥8

## ኤርምያስን ብበለስ ዝረኣዮ ራእይን
## (ኤር 24፥1-10)

ንጉስ ባቢሎን ንንጉስ ይሁዳ ምስ መሳፍንቲ ይሁዳን፥ ጸረብትን ሰራሕቲ ሓጺንን ካብ የሩሳሌም ማሪኹ ናብ ባቢሎን ምስ ኣግዓዞም፥ ኤርምያስ በለስ ዝመልኣ ክልተ መሶብ፥ ኣብ ቅድሚ ቤት መቕደስ እግዚኣብሄር እተነብረ ብራእይ ረኣየ። እታ ሓንቲ መሶብ ዝበሰለ ኣዝዩ ጽቡቕ በለስ ነበራ። እታ ሓንቲ መሶብ ከኣ ምብላዑ ፍጹም ዘይከኣል ኣዝዩ ሕማቕ በለስ ነበራ። ሽዑ እግዚኣብሄር ንኤርምያስ ከምዚ በሎ፥ እቲ ጽቡቕ በለስ ነቶም ኣብ ምድሪ ስደቶም ዝእመኑኒ እዩ ዘመልክት፥ ሓደ መዓልቲ'ውን ናብ ዓዶም ክመልሶም እየ። እቲ ሕማቕ በለስ ከኣ ምልክት ናይቶም ካብ እግዚኣብሄር ርሒቖም ብኽፉእ ግብሮም ዝመላለሱ እዩ። ካብ ባቢሎን'ውን ዘይምለሱ እዮም። ኤርምያስ እዚ መልእኽቲ ነቲ ህዝቢ ነገሮም፥ መጀመርያ ክሰምዕዎ ኣይደለዩን፥ ኣብ መወዳእታ ግን፥ እዚ ሰብ ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኽና እዩ ዝዘረበና ዘሎ፥ በሉ።

## ኤርምያስ ኣብ ማእሰርቲ
## (ኤር 38፥1-14)

ንጉስ ጼድቅያስ፥ ነብዩ ኤርምያስ ዝብሎ ዝነበረ ይሰምዕ ኣይነበረን። ከም ኩሉ ጊዜ ከኣ ስለ ህዝቢ ይሁዳ ናብ ኣምላኽ ክጽሊ ንነብዩ ኤርምያስ

ልኡኻት ሰደደሉ። እግዚኣብሄር ንኤርምያስ ከምዚ በሎ፥ እዚ ነገር እዚ ነቲ ናባይ ዝለኣኸካ ንጉስ ይሁዳ ንገሮ። እዞም ዝሕግዙኻ ዘለዉ ግብጻውያን ናብ ምድሮም ክምለሱ እዮም። ከለዳውያን ኣብ ልዕሌኻ ክትንስኡ እዮም፥ ነዛ ከተማ'ውን ክማርኽዋ እዮም። እቶም መሳፍንቲ፥ ኤርምያስ እዚ ዘሰንብድ ነገር ብምንጋሩ ይሕግዞም ከም ዘሎ ኣይፈለጡን። ነቲ ንጉስ ከኣ ኤርምያስ መንፈስ ናይዚ ኣብዛ ከተማ ተሪፉ ዘሎ ህዝቢ የድክም ኣሎ እሞ፥ ክንቀትሎ ኢሎም ለመንዎ። ንጽቡቕ እዚ ህዝቢ ዘይኮነስ ነዚ ህዝቢ ክጎድኦ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ በሉ። ንጉስ ጼድቅያስ፥ ኣብ ኢድኩም እዩ ዘሎ፥ ንጉስ ከኣ፥ ኣንጻርኩም ኣይከይድን፥ ንውሳኔኹም ኣይቃወምን እየ፥ በሎም። እቶም መሳፍንቲ ንኤርምያስ ወሲዶም፥ ኣብ ትሕቲ መሬት ኣብ ዝርከብ ዓሚቕ ቤት ማእሰርቲ ብገመድ ገይሮም ኣውሪዶም ኣሰርዎ። ኣብ ባይታ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ጭቃ ነበረ እሞ ኤርምያስ ናብኡ ጠሓለ።



ኣብ ቤት ፍርዲ እቲ ንጉስ፥ ናብ ንጉስ ዝቐርብ ፈታዊ ኤርምያስ ነበረ እሞ፥ ናብ ንጉስ ከይዱ፥ ጐይታይ ንጉስ፥ እዞም ሰባት ንነብዪ ኤርምያስ ኣብ ማእሰርቲ ብምድርባዮም ሓጢኣት ገበሩ፥ እንሆ ኤርምያስ እኹል መግቢ ስለ ዘየለ ብጥሜት ክመውት እዩ፥ በሎ። ሽዑ እቲ ንጉስ ንሓለቓ ቤት ንጉስ ጸዊዑ ሰላሳ ሰብኣይ ሒዙ ንኤርምያስ ካብ ቤት ማእሰርቲ ከውጽኦ ነገሮ። መጀመርታ ንኤርምያስ ካብቲ ጥሒልዎ ዘሎ ጭቃ ከውጽእዎ ስለ ዘለዎም፥ ኣረጊት ጨርቅን ክዳንን ሒዞም ከዱ፥ እሞ ናብ ኤርምያስ ሰደድዎ። እቲ ሓለቓ ቤት ንጉስ ከኣ እዚ ኣረጊት ኣጭርቕትን ክዳውንትን ተዓጢቆ እሞ ሽዑ በቲ ገመድ ተኣሰር በሎ። ኤርምያስ ከምቲ ዝተባህሎ ገበረ። ሽዑ እቶም ሰባት ብሓይሊ ስሒቦም ንኤርምያስ ካብቲ ጭቃ ኣውጽእዎ።

## ምንዳድ እቲ ጥቕሉል መጽሓፍ
## (ኤር ምዕ. 36)

ሓደ ጊዜ ከምዚ ዝብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፥ ዝጥቕለል መጽሓፍ ውሰድ እሞ፥ እቲ ብዛዕባ እስራኤልን ይሁዳን ብዛዕባ ኩሎም ህዝብታትን ዝነገርኩኻ ኩሉ ቃላት ኣብኡ ጻሓፎ። ኤርምያስ ንባሩኽ ዝብሃል

ሰብኣይ እቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኩሉ ኽነግሮ እሞ ክጽሕፎ ነገሮ፣ ከምኡ ድማ ገበሩ። ኣብ መወዳእታ ኩሉ እቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ምስ ጸሓፎ ኤርምያስ ንባሩኽ ከምዚ በሎ፣ ኪድ እሞ ነቲ ካብ ኣፈይ ናብታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ዝጸሓፍካዮ ቃል እግዚኣብሄር በታ መዓልቲ ጾም ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ እዝኒ እቶም ህዝቢ ኣንብቦ። ምናልባሽ ናብ እግዚኣብሄር ይምህለሉ፣ ነፍሲ ወከፍ ድማ ካብ እኩይ መገዱ ይምለስ ይኸውን። ባሩኽ ድማ ከምቲ ኤርምያስ ዝኣዘዞ ኩሉ ገበረ።

ሚካያ ዝበሃል ሰብኣይ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ምስቲ ህዝቢ ኮይኑ ኩሉ እቲ ባሩኽ ዝበሎ ይሰምዕ ነበረ። ብኡብኡ ኸኣ ናብ ክፍሊ ጸሓፊ ኣብ ቤት ንጉስ ከደ። ኣብኡ ኸኣ ጸሓፍትን መሳፍንትን ተቐሚጦም ጸንሕዎ እሞ ኩሉ እቲ ዝሰምዮ ነገሮም። እቶም መሳፍትን ጸሓፍትን ንጉስ ኩሉ ክሰምዕዎ ደለዩ እሞ ናብ ባሩኽ እታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ሒዝዋ ክመጽእ ልኡኽ ሰደዱሉ። ባሩኽ ምስ መጸ፣ ኮፍ በል እሞ ኣብ እዝንና ኣንብበልና በልዎ። ባሩኽ ኮፍ ኢሉ ኩሉ ኣብ እዝኖም ኣንበበሎም። ኩሉ ምስ ሰምዑ ከኣ ሰምበዱ እሞ፣ እዚ ንንጉስ ክንነግሮ ይግባእ እዩ። ስለዚ እዚ ኩሉ እስከ ከመይ ጌርካ ከም ዝጸሓፍካዮ ንገረና፣ በልዎ። ኤርምያስ ብቓሉ ነገረኒ ኣነ ኸኣ ጽሒፈዮ ኢሉ ነገሮም። ሽዑ እቶም ጸሓፍቲ ንባሩኽ፣ ኪድ ንሰኻ ምስ ኤርምያስ ተሓባእ፣ ኣበይ ከም ዘለኻ ሓደ እኳ ኣይፍለጥ በልዎ። ነታ መጽሓፍ ኣብ ቤት እቲ ጸሓፊ ኣንቢሮም፣ ናብ ንጉስ ከይዶም ኩለን እተን ቃላት ነገርዎ። እቲ ንጉስ እታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ከምጽእዋ ኣዘዞም። ነታ መጽሓፍ ካብ ቤት እቲ ጸሓፊ ወሲዶም ኣብ እዝኒ ንጉስ ከንብብዋ ጀመሩ። ኣብ መንጎ ግን እቲ ንጉስ ወሲዱ ኣብ ሓዊ ደርበያ ኩላ ከኣ ነደደት። ብድሕርዚ እቲ ንጉስ ንኤርምያስን ንባሩኽን ከምጽእዎም ልኡኻት ሰደደ፣ እንተኾነ እግዚኣብሄር ሰወሮም እሞ እቲ ዝተሓብእሉ ቦታ ክረኽብዎ ኣይከኣሉን። ኩሉ እቲ ዝኾነ ምስ ሰምዑ ከኣ፣ ኤርምያስ ሓድሽ ጥቕላል መጽሓፍ ኣምጽአ እሞ፣ ባሩኽ ኩላተን ቃላት እታ ዝነደደት መጽሓፍ ካብ ኣፍ ኤርምያስ ጸሓፈን።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

**"ግናኸ እግዚኣብሄር ከም ሓያል ጅግና ምሳይ እዩ"**

**ኤር 20፥11**

# ምምላስ ናብ ኢየሩሳሌም
# (እዝ ምዕ. 1-6)

ንጉስ ነቡካድነጻር ናይ ባቢሎን ንኢየሩሳሌም ኣዕንይዋ፥ ነቲ ንጉስ ሰሎሞን ሰሪሕዎ ዝነበረ ቤት መቅደስ ውን ኣፍሪስዎ ነበረ። ብዙሓት እስራኤላውያን ተቀቲሎምን ኣብ ብዘሎ ዓለም ፋሕ በሉን። ንጉስ ነቡካድነጻር ነቶም ምልኩዓትን ጥበበኛታትን ዝበሃሉ ኣጉባዝ ደቂ እስራኤልን ከምኡ ውን ብዙሓት እስራኤላውያን ማሪኹ ናብ ባቢሎን ወሲድዎም ነበረ። ዳኒኤል፥ ሲድራቅ፥ ሚሳቅ፥ ዓብድኔጎን፥ ነህምያ፥ እዝራ፥ ህዝቅኤል፥ ማርዶካይ፥ ኣስቴር ገለ ካብቶም ዝተማረኹ ነበሩ።

ድሕሪ ምውዳቕ መንግስቲ ባቢሎን፥ ቂሮስ ዝበሃል ንጉስ ኣብ ፋርስ ነገሰ። ነቶም ንጉስ ነቡካድነጻር ናብ ባቢሎን ማሪኹ ዘምጽኦም እስራኤላውያን ከኣ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ፈቐደሎም። ኢየሩሳሌም ዓንያ እቲ ኣብኣ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ከኣ ደኺዩ ነበረ። እቲ ሰሎሞን ዝሃነጾ ውቁብ ቤት መቕደስ ፍጹም ዓንዩ ከም ዘይነበረ ኮይኑ ነበረ። ይኹን እምበር እግዚኣብሄር ንኢየሩሳሌም ምሕረት ስለ ዝገበረላ እቶም ኣብ ስደት ዝነበሩ ህዝባ ክምለሱ ጀመሩ። ብዙሓት ካብቶም ዝተመልሱ ከኣ ብዘሩባቤልን ኢያሱን ዝተባህሉ ሰባት እናተመርሑ ንኢየሩሳሌም ክሃንጽዋ ጀመሩ። ነታ ዝዓነወት ቤት መቕደስ ክሃንጹ ከኣ መሰረት ኣቐሙ። እቲ መሰረት ምስ ቆመ ከኣ እቶም ካህናት ደቂ ሌዋውያን ከምቲ ስርዓት ዳዊት ንጉስ እስራኤል ንእግዚኣብሄር፥ ንሱ ሕያዋይ እዩ፥ ምሕረቱ ከኣ ኣብ እስራኤል ንዘለኣለም ይነብር፥ እናበሉ ብመዝሙር ኣመስገንዎ። እቲ ምስራሕ ናይቲ ቤተ መቕደስ ቀጸለ። ይኹን እምበር እቶም ጸላእቲ ደቂ እስራኤል፥ እቶም ካብ ምርኮ ዝተመልሱ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ቤት መቕደስ ኪሰርሑሉ ኸም ዝጀመሩ ሰምዑ። ብድሕርዚ ነቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዝነበሩ ህዝቢ ካብቲ ዕዮ ኸም ዚሕለሉ ገበርዎም። ነቶም ናይታ ሃገር ሹማምንቲ ገንዘብ ከፊሎም ከኣ እቲ ዕዮ ምስራሕ ናይቲ ቤተ መቕደስ ኸም ዚዕንቀፍ ገበሩ። እቲ ዕዮ ከኣ ኻብ ዘመን ቂሮስ ንጉስ ፋርስ ጀሚሩ ክሳዕ መንግስቲ ዳርዮስ ንጉስ ፋርስ ደው በለ። ዳርዮስ ምስ ነገሰ ግና እቲ ዕዮ ምስራሕ ናይቲ ቤተ መቕደስ ክቕጽል ኣዘዘ። እቲ ቤተ መቕደስ ከኣ ዳርዮስ ካብ ዝነግስ ኣብ ሽዱሽተ ዓመቱ ተሰሪሑ ተወድአ።

# ካህን እዝራ
# (እዝ ምዕ 7-10)

ብዘመን መንግስቲ ኣርታሕሻስታ ንጉስ ፋርስ፥ እዝራ ዝበሃል ሰብ ነበረ። ንሱ ካብ ዓሌት ኣሮን ኮይኑ፥ ኣብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ንሙሴ

ዝሃቦ ሕጊ፣ ኪኢላ ጸሓፊ ነበረ። በረኸት እግዚኣብሄር ኣምላኹ ድማ ምስኡ ነበረት እሞ ንጉስ ፋርስ ዘድልዮ ዘበለ ኹሉ ሃቦ። ንሱ ኻብ ባቢሎን ናብ የሩሳሌም ተመልሰ። ሕጊ እግዚኣብሄር ንምምርማርን ንምግባርን፣ ስርዓትን ፍርድን ከኣ ንህዝቢ እስራኤል ንምምሃርን ዝተወፈየ ሰብ ከኣ ነበረ።

ህዝቢ እስራኤል፣ እቶም ካህናትን ሌዋውያንን ከይተረፉ ብስርዓት እግዚኣብሄር ይነብሩ ኣይነበሩን። ከምቶም ካልኦት ኣህዛብ ዝገብርዎ ዘጸይፍ ኣምልኾ ጣኦት ይገብሩ ነበሩ። እቲ ህዝቢ ቃል እግዚኣብሄር ዝምህሮ ስለ ዘይነበሮ ካብ ኣምላኽ ርሒቑ እዩ ዝነበረ። እዝራ እዚ ነገር እዚ ምስ ሰምዐ ክዳኑ ብጓሂ ቀደደ። ተንበርኪኹ ድማ ኣእዳዉ ናብ እግዚኣብሄር ኣልዒሉ፣ ከምዚ ኢሉ ጸለየ፣ ኦ ኣምላኸይ፣ በደልናን ዓመጻናን ክሳዕ ሰማይ ዓብዩ እዩ እሞ፣ ኦ ኣምላኸይ ገጸይ ናባኻ ኸየልዕልሲ የሕፍረንን የፍርሃንን ኣሎ። ንሕና ካብ ዘመን ኣቦታትና ጀሚርና ክሳዕ ሎሚ መዓልቲ ኣብ ዓቢይ ዓ መጻ ኣሎና። ሕጂ ድማ ኦ ኣምላኽና፣ ትእዛዛትካ ኣፍሪስና ኢና እሞ፣ ይቕረ በለልና። ብምሕረትካ ንህዝብናን ሃገርናን ብጻሕ። እዝራ እናጸለየን እናተናዘዘን እናበኸየን፣ ኣብ ቅድሚ ቤት ኣምላኽ ብገጹ ተደፊኡ ኸሎ፣ ካብ እስራኤል ብዙሕ ሕዝቢ፣ ሰብኡትን ኣንስትን ቀለውዕን ብርቱዕ ብኽያት እናበኸዩ ናብኡ ተኣከቡ። ኩላቶም ከኣ ኣብኡ ምስኡ ተነስሑ። በዚ ከኣ ነታ ሃገር ምሕረትን ሓጐስን ኮነላ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ቅንኣት ቤትካ በሊዑኒ፣ ጸርፊ እቶም ዚጸርፉኻ ውን ኣባይ ወዲቑ እዩ እሞ፣ ነሕዋተይ ጓና፣ ንውሉድ ኣደይውን ጋሻ ኮንኩ" መዝ 69፥9

## ናይ ነህምያ መደብ (ምስራሕ ናይቲ መንደቕ) (ነህ ምዕ. 1 - 6)

ነህምያ ወዲ ዕስራ ዓመት ምስ ኮነ ነቲ ንጉስ ባርያኡ ስለ ዝነበረ ወይኒ ሒዙሉ ከይዱ ነቲ ንጉስ ሃቦ። ሽዑ እቲ ንጉስ ገጹ ምስ ረኣዮ ብጣዕሚ ጉህዩ ረኣዮ ሓተቶ'ውን፣ ሎሚ ደኣ እንታይ ኴንካ ዘይሓመምካ ክነሸኻ ገጽካ ጉህዩ፧ በሎ። ነህምያ ድማ ከምዚ በሎ፣ እታ ቤት መቓብር ኣቦታተይ ዘለዋ ከተማ ፈሪሳ፣ ደጌታታ'ውን ብሓዊ ተወዲኤን ከለዋ ደኣ፣ ከመይ ጌረ ገጸይ ዘይጽልም፣ በሎ። ሽዑ እቲ ንጉስ፣ እንታይ ክገብር ደለኻኒ ኢሉ ሓተቶ፧ ሽዑ መጀመርታ ነህምያ ናብ ጐይታ ጸለየ። ንንጉስ






ድማ፣ ንጉስ ጽቡቕ ኮይኑ እንተ ተራእዩዎ፣ ጊላኻ ድማ ኣብ ቅድሚኻ እንተ ደኣ ኣሓጒስካስ ነታ ከተማ መቓብር ኣቦታተይ ክሰርሓ ናብ ይሁዳ ስደደኒ፣ በሎ። ሽዑ እቲ ንጉስ፣ ክንደይ ጊዜ የድልየካ፤ መዓስ'ከ ትምለስ፤ ኢሉ ሓተቶ። ሽዑ እቲ ንጉስ ደብዳቤ ጽሒፉ ንኣሳፍ ሓላው ዱር፣ ነታ ቤት ግምብን ደጌታትን፣ ነታ ከተማ ከኣ መካበብያን ክሃንጹላ ኣእዋም ኪህቦ ኣዘዘ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምስ ነህምያ ስለ ዝነበረ ኵሉ እቲ ዝደልዮ እቲ ንጉስ ጽሒፉ ነቶም መሳፍንቲ ለኣኸሎም። ሽዑ ነህምያ ነታ ደብዳቤ ሒዝዋ ናብቶም ክንዮ ርባ ዘለው መሳፍንቲ ከደ ነታ ደብዳቤ ከኣ ሃቦም። ንሶም ግን እቲ ንደቂ እስራኤል ጽቡቕ ዝሓስበሎም ሰብ ከም ዝመጸ ምስ ሰምዑ፣ ዓብይ ጓሂ ጒሀዮ። ነህምያ ናብ የሩሳሌም መጺኡ ኣብኡ ሰለስተ መዓልቲ ተቐመጠ። ለይቲ ተንሲኡ ንዋላ ሓደ ካብቶም ምስኡ ዝመጹ ሰብኡት ከይነገረ ምስቲ ተወጢሕዎ ዝነበረ ኣድጊ ጥራይ ተበጊሶም ናብቲ ዝፈረሰ መካበብያ የሩሳሌም ከደ፣ ነተን ብሓዊ እተወድኣ ደጌታትን ረኣየ። ሽዑ ተመሊሱ ነቶም ህዝቢ በሎም፣ ንሕና ኣብ ከመይ ዝበለ ሓሳረ መከራ ከም ዘሎና ትፈልጡ ኣለኹም። ስለዚ ብድሕርዚ መላገጺ ከይንኸውን፣ ንዑናይ መካበብያ የሩሳሌም ንስራሕ፣ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣምላኽና'ውን ኬቕንዓልና እዩ እሞ ንሕና ባሮቱ ተንሲእና ክንዓዮ ኢና። ንሳቶም ከኣ ንልዓል እሞ ንስራሕ፣ ኢሎም ኣእዳዎም ነቲ ጽቡቕ ስራሕ ኣጽንዕወን። እቶም ኣንጻር ህዝቢ ዝኾኑ ግና ነህምያ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፣ ንሸኻትኩም ግና ኣብ የሩሳሌም ክፍልን ግቡእን መዘከርታን የብልኩምን። ኣብ መወዳእታ እቲ መንደቕ ናይታ ዓንያ ዝነበረት የሩሳሌም ሰርሕዎ፣ ሓድሽ ማዕጾ ገበሩሉ። ነታ ዝተፈጸመትላ መዓልቲ ድማ እቶም ህዝቢ ብብዙሕ ሓጐስን ብመዝሙርን እልልታን ኣሕለፍዎ። ካብ ኵሎም ግና እቲ ነታ ዓዲ ጽቡቕ ዝሓስበላ ዝነበረ ነህምያ ኣዝዩ ተሓጐሰ።

# ኣዕጽምቲ ዝመልአ ስንጭሮ
## (ህዝ 37፥1-14)

ሓደ እዋን ካብ እስራኤል ርሒቑ ኣብ ስደት ዚነብር ህዝቅኤል ዝበሃል እስራኤላዊ ነብዩ ነበረ። ንሱ ሓደ ካብቶም ንጉስ ነቡካድነጸር ዝማረኾም ደቂ ይሁዳ እዩ። ሓደ መዓልቲ ህዝቅኤል ራእይ ረአየ። ንሱ ኣብ መንጎ ክልተ ኩርባታት ኣብ ዝርከብ ስንጭሮ ኣዝዩ ብዙሕ ንቑጽ ኣዕጽምቲ ረአየ። እግዚኣብሄር ከኣ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፥ ኣታ ወዲ ሰብ፥ እዚ ኣዕ ጽምቲ እዝስ ህይወት ዘለዎ ክኸውን ዝኽእል'ዶ ይመስለካ፧ ህዝቅኤል ድማ ክምልስ ኣይከኣለን፥ ግናኸ፥ ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሸኻ ትፈልጥ፥ በለ። ከም እንደገና እግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፥ ነዚ ኣዕጽምቲ ከምዚ ኢልካ ተዛረቦ፥ ኣቱም ንቑጻት ኣዕጽምቲ ቓል እግዚኣብሄር ስምዑ ይብል እግዚኣብሄር፥ እንሆ ኣነ ትንፋስ ከእትወልኩም እየ፥ ህያዋን ከኣ ክትኮኑ ኢኹም። ጅማውትን ስጋን ክገብረልኩም፥ ብቆርበት ክሸድነኩም፥ ትንፋስ ከእትወልኩም እየ፥ ሽዑ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። ስለዚ ህዝቅኤል ከም ዝተባህሎ ገበረ፥ እናተዛረበ ከሎ ድማ እቲ ኣዕጽምቲ፥ ዓጽሚ ምስ ዓጽሚ እናተገጣጠመ ኺተሓሓዝ ጀመረ። ጅማውትን ስጋን ቆርበትን ዘለዎም ከኣ ኮኑ። ግናኸ ትንፋስ ኣይነበሮምን። እግዚኣብሄር ከኣ ንህዝቅኤል ከምዚ በሎ፥ ነቶም ኣርባዕተ ንፋሳት ተዛረቦም፥ ከምዚ ድማ በሎም ኣቱም ንፋሳት እዞም ሬሳታት ህያዋን ምእንቲ ክኾኑስ ናብኦም ንፈሱ። ህዝቅኤል ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ገበረ፥ እቲ ንፋስ ናባታቶም ኣተወ እሞ፥ ህያዋን ሰባት ኮኑ፥ ኣብቲ ስንጭሮ ድማ በእጋሮም ደው በሉ። ኣዝዩ ዓብይ ሰራዊት ድማ ኾኑ። ሽዑ እግዚኣብሄር እዚ ኹሉ ትርጉሙ እንታይ ምዃኑ ንህዝቅኤል ነገሮ፥ ከምዚ ድማ በሎ፥ ኣታ ወዲ ሰብ፥ እዚ ንቑጽ ኣዕጽምቲ ንህዝቢ እስራኤል እዩ ዘመልክት። ንሳቶምሲ ተስፋና ተቐብጸ ይብሉ ኣለው። ግናኸ ከምዚ በሎም፥ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ናብ ምድሪ እስራኤል ከምጽኣኩም እየ፥ ክትነብሩ ከኣ ኢኹም፥ ኣብታ ናትኩም ምድሪ'ውን ከቐምጠኩም እየ። ሽዑ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይን ንእተዛረብክዎ ድማ ከም ዝፍጽሞን ክትፈልጡ ኢኹም።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ኣምላኽ ሰማይ ኬቕንዓልና እዩ እሞ፥ ንሕና ባሮቱ ተንሲእና ኽንነዓዩ ኢና" ነህ 2፥20

## ናይ ንግስቲ ዋሽቲ ዘይምእዛዝ
## (ኣስ 1፥1-21)

ኣሓሽዌሮስ ዝበሃል ንጉስ ነበረ። ንሱ ካብ ህንዲ ክሳብ ኢትዮጵያ ሚእትን ዕስራን ሸብዓተን ሃገራት ይገዝእ ነበረ። ሓደ ጊዜ እቲ ንጉስ ንኹሎም ሹማምንቱን፡ ንገላውኡን ንሰራዊት ፋርስን ሜዶንን፡ ሹማምንቲ ሃገራትን፡ ክቡራቶምን ዓብይ ምሳሕ ገበረሎም። እቲ ቦታ ብጻዕዳን ሓምላይን ሰማያውን መጋረጃታት፡ ብጻዕዳን ቀይሕን ገመድ ሃሪ ተኣሲሩ፡ ቀለቤት ብሩር ተንጠልጢሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣዕኑድ እምነ በረድ ዝመስል መሬት ተዘርጊሑ ነበረ። እቶም ኣጋይሽ ነቲ መስተ ብኣቓሑ ወርቂ ዝኾነ ኩባያ ይሰትዩ ነበሩ። በብዓይነቱ ኣቕሑ ኣብኡ ነበረ። እቲ ንጉስ ከኣ ንኹሎም እቶም መኳንንቲ ክከም ድሌቶም ጌሮም ክዘናግዑሉ እምበር፡ ሓደ እኳ ግዲ ከይብሎም ኣዚዙ ነበረ። ከምኡውን በታ መዓልቲ እቲኣ ንግስቲ ዋሽቲ ኣብ ቤት ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ነንስቲ ምሳሕ ገበረት። ሽዑ እቲ ንጉስ ምስ ሰተየ፡ ነቶም ሸውዓተ ኣገልገልቱ፡ ንንግስቲ ዋሽቲ መልክዔኛ ስለ ዝነበረት መልክዓ ንህዝብን ንሹማምንትን ከተርእይ፡ ዘውዲ ንጉስ ደፊኣ ናብ ቅድሚ ንጉስ ከምጽእዋ ኣዘዞም። ንግስቲ ዋሽቲ ግና በቲ እቲ ንጉስ ዝኣዘዞ ምምጻእ ኣበየት። ሽዑ እቲ ንጉስ ኣዝዩ ኰረየ። ሽዑ ነቶም ኣብ ጥቕኡ ተቐሚጦም ዝነበሩ ሸውዓተ ሹማምንቲ ፋርስን ሜዶንን፡ ንግስቲ ዝተኣዘዘቶ ስለ ዘይገበረት እንታይ ሕጊ ይገበር፡ በሎም። ሽዑ ሓደ ካብኣቶም ከምዚ በሎ፡ ንግስቲ ዋሽቲ ንንጉስ ጥራይ ዘይኮነስ ንኹሎም ካልኦት ግዙኣት ንጉስ'ውን እያ ዝበደለት። እዚ ንግስቲ ዝገበረቶ ናብ ኩለን ኣንስቲን ወዘራዝርን ክበጽሕዩ'ሞ፡ ንሰንውን ንግስቲ ዝገበረቶ ነንሰብኡተን ከምኡ ኢለን ክዛረባን ክንዕቆኦምን ኩራ'ውን ክበዝሕ እዩ። ስለዚ ንጉስ ኣሕሽዊሮስ ሓደ ስጉምቲ ይውሰድ። መሊሶም ከኣ፡ ንግስቲ ዋሽቲ ካብ ንግስነታ ትውረድ ናብ ንጉስ'ውን ኣይትእቶ፡ ንግስነታ ድማ ናብ ካልእ ካብኣ ዝሓሸት ይወሃብ፡ በሉ። እቲ ንጉስ ድማ ነቲ ሓሳብ ተቐበሎ። ሽዑ እቶም ዜገልግልዎ ዝነበሩ ገላው ንጉስ፡ ጽብቕቲ ጓል ንክደልዩሉ ተኣዘዙ።

## ኣስቴር ንግስቲ ኮነት
## (ኣስ 2፥1-18)

ኣብ ኣደራሽ ሱሳን ሓደ ማርዶካይ ዝስሙ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ካብ የሩሳሌም ምስ ኢኮንያ ንጉስ ኣይሁድ እተማረኸ፡ ንጉስ ባቢሎን ዝማረኾም እዩ። ምስኡ ድማ ኣስቴር እትበሃል ጓል ሓወብኡ የዕብያ ነበረ። ንሳ ኣቡኣን ኣዲኣን ስለ ዝሞቱ ማርዶካይ ከም ጓሉ ጌይሩ የዕብያ ነበረ።



ኣዝያ ጽብቕቲ ስለ ዝነበረት፤ ሓንቲ ካብተን ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ክመርጸን ናብቲ ኣደራሽ ዝመጻ ነበረት። ሽዑ እቲ ንጉስ ምስ ረኣያ ኣብ ዓ ይኑ ባህ ኣበለቶ፤ ኣብ ቅድሚኡ'ውን ሞገስ ረኸበት። ቀልጢፉ ድማ ንምድላዋ ዘድልያ ዝግብኣ ምግብን ካብ ቤት ንጉስ እተመደበላ ሸውዓተ ኣግራድን ሃባ። ካብቲ ቤት ኣንስቲ ኣብ ዝበልጸ ቤት ኣስፈራ። ማርዶካይ ከኣ ንኣስቴር ደሓን ምህላዋን እንታይ ከም ዝገብርዋን ኪፈልጥ፤ ኵሉ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ መካበብያ ቤት ኣንስቲ ይመላለስ ነበረ። ሽዑ እተን ኣንስቲ ዝተመርጻ በብተራኣን ናብቲ ንጉስ ይኣትዋን ነቲ ዝደልይኦ ይሓታን ይእዝዛን ነበራ። ናይ ኣስቴር ተራ ምስ በጽሐ ግን፤ ብጀካ ሄጋይ፤ እቲ ናይ ንጉስ ስሉብ ሓላው ኣንስቲ፤ ዝበላ ካልእ ኣይደለየትን። ኣስቴር ድማ ኣብ ዓይኒ እቶም ዝረኣይዋ ኵላቶም ተፈትወት። ንጉስ ድማ ካብ ኵለን እተን ኣንስቲ ኣብሊጹ ፈተዋ ሞገስ'ውን ረኸበት። ሽዑ ኣብ ርእሳ ዘውዲ መንግስቲ ደፍኣላ፤ ኣብ ክንዲ ንግስቲ ዋሽቲ ድማ ኣንገሳ። እቲ ንጉስ'ውን ነቶም ሹማምንቱን ገላውኡን ዓብይ ምሳሕ ገበረሎም።

## ናይ ሽግር ጊዜ
## (ኣስ 3፡1 - 4፡17)

ኣብ ቤት ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ሃማን ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። ንጉስ ከኣ ኣብ ልዕሊ እቶም ምስ ሃማን ዝነብሩ ኵላቶም ሹማምንቲ ልዕል ኣበሎ። እቶም ኣብ ደገ ንጉስ ዝቕመጡ ኵላቶም ገላው ንጉስ ንሃማን ፍግም ኢሎም ይሰግድሉ ነበሩ፤ ማርዶካይ ግና ፍግም ኢሉ ኣይሰገደሉን። ሃማን ድማ ማርዶካይ ፍግም ኢሉ ከም ዘይሰገደሉ ምስ ረኣየ፤ ብቑጥዓ መልኤ። ብዛዕባ ህዝቢ ማርዶካይ ምስ ነገርዎ ከኣ ኣብ ልዕሊ ማርዶካይ ጥራይ ዘይኮነስ፤ ኣብ መንግስቲ ኣሓሽዌሮስ ዝነበሩ ኵላቶም ኣይሁድ ከጥፍኦም ደለየ። ሃማን ድማ ንንጉስ ኣሓሽዌሮስ፤ ኣብ ማእከል እቶም ኣብ ኩለን ሃገራት መንግስትኻ ዘለው ኵሎም ህዝብታት ሓደ ፍሉይ ህዝቢ እተዘርዘረን ፋሕ ዝበለን ኣሎ። ሕጎም ከኣ ካብ ኵሎም ህዝብታት ፍሉይ እዩ። ንሕጋጋት ንጉስ'ውን ኣይሕልውን እዮም። ስለዚ ንጉስ ኪሓድጎም ኣይግባእን እዩ።

ንንጉስ ጽቡቕ ኮይኑ እንተ ተራእዩስ፡ ኪጠፍኡ ይጽሓፍ። ኣነ ድማ ብኢድ እቶም ዓየይቲ ናብ ቤት መዝገብ ንጉስ ኪኣቱ ዓሰርተ ሽሕ ታለንት ብሩር ክመዝን እየ፡ በለ። ሽዑ ንጉስ ቀለቤቱ ካብ ኢዱ ኣውጺኡ ንሃማን ሃቦ። ጽቡቕ ኮይኑ እተራእየካ ክትገብር፡ እቲ ብሩርን እቲ ህዝብን ንኣኻ ተዋሂቡ እዩ፡ በሎ። እቶም ጸሓፍቲ ንጉስ ተጸውዑ፡ ከምቲ ሃማን ዝኣዘዞ ኩሉ ከኣ ናብ ሹማምንቲ ንጉስን ኣብ ሃሃገር ንዘለው ገዛእትን ኣብ ነናይ ህዝቢ ሓላቑን፡ ብስም ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ጸሓፉ፡ ብቐለቤት ንጉስ ከኣ ተሓትመ። ብሓንቲ መዓልቲ ንኹላቶም ኣይሁድ ኬጥፍእዎምን ኪቐትልዎምን ዝእዝዝ ከኣ ነበረ።

ማርዶካይ ከኣ ነቲ እተገብረ ኵሉ ነገር ምስ ፈለጠ፡ ክዳኑ ቐዲዱ ከሊ ተኸድነ፡ ኣብ ርእሱ'ውን ሓሙኹስቲ ነስነሰ፡ ናብ ማእከል እታ ከተማ ወጺኡ ከኣ ብርቱዕን መሪርን ኣውያት ኣእወየ። ሰራሕተኛታት ኣስቴር ድማ መጺኦም እዚ ነገርዋ። ሽዑ እታ ንግስቲ ኣዝያ ጉሃየት፡ ንማርዶካይ ከኣ ነቲ ከሊ ካብ ልዕሊኡ ኪወስዱ ኢላ ክዳን ሰደደትሉ። ግናኸ ኣይተቐበላን። ሽዑ ኣስቴር ንሃታክ ጸውዓቶ፡ እዚ እንታይ ምዃኑ፤ ስለምንታይ'ውን ከም ዝኾነ ኺፈልጥ ናብ ማርዶካይ ለኣኸቶ። ማርዶካይ ከኣ ነቲ ዝኾነ ኵሉ ነገር ንሃታክ ነገሮ። ቅዳሕ እቲ ዝተጻሕፈ ደብዳቤ ከኣ ሃቦ። ሃታክ ድማ ናብ ኣስቴር ተመሊሱ ነገራ። ሃታክ፡ ማርዶካይ ንሳ ብዛዕባ ህዝባ ንንጉስ ክትልምኖ ከም ዝኣዘዛ ድማ ነገራ። ሽዑ ኣስቴር ንሃታክ ንማርዶካይ ከምዚ ኢሉ ኪነግሮ ኣዘዘቶ፡ ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ ኰነት ከይተጸውዔ ኣብቲ ውሽጣዊ መካበብያ ናብ ንጉስ ዝኣተወ ክመውት ሕጊ ኣሎ፡ እቲ ንጉስ እታ ዘንጊ ወርቂ ዚዘርግሓሉ ጥራይ ድማ እዩ ዝድሕን። ኣነ ድማ ናብ ንጉስ ክኣቱ ካብ ዘይጽዋዕ ወርሒ ኮይኑ ኣሎ። ዘረባ ኣስቴር ከኣ ንማርዶካይ ነገርዎ። ማርዶካይ ድማ ንኣስቴር መሊሶም ከምዚ ኪብልዋ ለመኖም፡ ኣብ ቤት ንጉስ ስለ ዘሎኺ፡ ንሰኺ ኻኽምዚ ዝበለ እዋን ናብ መንግስቲ መጺእኪ እንተ ኼንኪኸ መን ይፈልጥ፡ ስለዚ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ኣቲኺ ንምልማን ኣይትፍርሂ፡ በላ። ኣስቴርን ማርዶካይን ህዝቢ እስራኤልን ከኣ ኣምላኽ ምእንቲ ከድሕኖም፡ ንኣስቴር ከኣ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ሞገስ ክህባ ሰለስተ መዓልቲ ጾሙን ጸለዩን።

<u>**ዝጽናዕ ጥቕሲ**</u>

**"ኣምላኽ ንዕቡያት ይመዓቶም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም እዩ እሞ፡ ኩላትኩም ንሓድሕድኩም ምእንቲ ክትግዝኡ፡ ትሕትና ተዓጠቑ" 1ጴጥ 5፡5**

# ልማኖ ናይ ኣስቴር
## (ኣስ 5፥1-14)

ብሳልሰይቲ መዓልቲ ኣስቴር ልብሰ መንግስቲ ተኸድነት፣ ኣብቲ ኣብ መንጽር ቤት ንጉስ ዘሎ ውሽጣዊ መካበብያ ቤት ንጉስ ደው በለት። እቲ ንጉስ ድማ ንኣስቴር ኣብቲ መካበብያ ደው ኢላ ምስ ረኣያ፣ እቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ዘንጊ ወርቂ ዘርግሓላ። ኣስቴር ከኣ ቀሪባ ኢላ፣ ርእሲ ዘንጉ ተንከየት።



ሽዑ ንጉስ፣ ንግስቲ ኣስቴር፣ እንታይ ኲንኺ ኢኺ፣ እንታይሲ ትደልዮ ክሳዕ ፍርቂ መንግስተይ እኳ እንተ ኾነ ኪወሃበኪ እዩ፣ በላ። ኣስቴር ከኣ፣ ንጉስ እንተ ፈትዮስ ናብቲ ኣዳልየዮ ዘሎኹ ምሳሕ ይምጻእ፣ ንሃማን ከኣ ይማልኣዮ፣ በለት። እቲ ንጉስ ድማ፣ ኣስቴር ዝበለቶ ምእንቲ ኪግበርሲ፣ ንሃማን ቀልጢፍኩም ጸውዕዎ፣ በለ። ንጉስን ሃማንን ድማ ናብቲ ምሳሕ መጹ እናበልዑ ከለው ከኣ ንጽባሒቱ'ውን ደጊሞም ናብቲ እተዳልዎ ምሳሕ ክመጹ ለመነቶም። በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ሃማን ባህ ኢልዎ፣ ልቡ ከኣ ተሓጒሱ ወጸ። ግናኸ ንማርዶካይ ኣብ ኣፍደገ ቤት ንጉስ ኮፍ ኢሉ ካብኡ'ውን ከይተንቃነቐ ምስ ረኣዮ፣ ኣብ ልዕሊኡ ቁጥዓ መልአ። ናብ ቤቱ ምስ ኣተወ ከኣ ንጉስ ከመይ ገይሩ ከም ዘዕበዮን፣ ንግስቲ ኣስቴር ናብ ዝገበረቶ ምሳሕ ድማ ንጉስ ንእኡ ጥራይ ከም ዝጸውዖ፣ ንጽባሒቱ ድማ ንጉስ ጸዊዕዎ ከም ዘሎ ነገሮም። እዚ ኩሉ ግና፣ ማርዶካይ እቲ ኣይሁዳዊ ኣብ ደገ ንጉስ ኮፍ ኢሉ ክሳዕ ዝርእዮስ ባህ ኣይብለንን እዩ፣ በለ። ሽዑ ሰበይቱን ኣዕሩኽቱን፣ ንማርዶካይ ክቕተልሲ መስቀል ኣዳልወሉ እሞ፣ ጽባሕ ንግሆ ኣብኡ ክሰቅል ንንጉስ ንገሮ። ድሕርዚ ምስ ንጉስ ናብቲ ምሳሕ ደስ ኢሉካ ትኸይድ፣ በልዎ። እዚ ነገር ንሃማን ባህ ኣበሎ እሞ፣ ጉንዲ ከም ዘዳልው ገበረ።

# ሕቶ ናይ ንጉስ
## (ኣስ 6፥1-14)

እቲ ንጉስ በታ ለይቲ እቲኣ፣ ድቃስ ዘይብሉ ሓደረ። እቲ መጽሓፍ መዘከርታ ኺምጽእሉ ኸኣ ኣዘዘ። ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉስ ከኣ ተነበ። ብዛዕባ እቲ ማርዶካይ ንንግስቲ ኣስቴር ዝነገራ ንንጉስ ንምቕታል ተሓሲቡ ዝነበረ

ውዲት ከአ ኣንበብሉ። ሽዑ ንጉስ፡ ንማርዶካይ ብዛዕባ እዚ ከመይ ዝበለ ክብረት ተገብረሉ፧ ኢሉ ሓተተ። እቶም ኣገልገልቲ ንጉስ፡ ዋላ ሓደ ነገር ኣይተገብረሉን፡ በልዎ። እቲ ንጉስ ከአ ኣብቲ መካበብያ መን ኣሎ በለ። ሃማን፡ ማርዶካይ ኪሰቀል ንንጉስ ኪነግሮ ኣብቲ መካበብያ ደው ኢሉ ነበረ እሞ፡ ሃማን ኣብ መካበብያ ደው ኢሉ ኣሎ፡ በልዎ። ንጉስ ከአ ይእቶ በለ። ሃማን ከአ ኣተወ። ንጉስ ከአ፡ ንጉስ ኪኽብሮ ንዝደለዮ ሰብ እንታይ ኪገብረሉ ይግባእ፧ በለ። ሃማን ድማ ብልቡ ንጉስ ካብ ንኣይ ንመን ኪኽብር ምፈተወ፧ ኢሉ ሓሰበ። ሃማን ድማ ንንጉስ፡ ንጉስ ኪኽብሮ ንዝፈተወ ሰብ፡ ንጉስ ዚኽደኖ ልብሰ መንግስቲ፡ ንጉስ ዝውጥሖ ፈረስ የምጽኡሉ፡ ኣብ ርእሱ ድማ ዘውዲ ንጉስ ይደፍእሉ። እቲ ኽዳንን እቲ ፈረስን ድማ ናብ ሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ንጉስ ይወሃብ እሞ፡ ነቲ ሰብ ድማ ይኸድንዎ። ኣብ ፈረስ ኣወጢሖም'ውን ብኣደባባይ እታ ከተማ የሕልፍዎ በለ። ሽዑ ንጉስ ንሃማን ቀልጢፍካ ልብሰ መንግስትን ፈረስን ውሰድ ከምቲ ዝበልካዮ ኩሉ ድማ፡ ነቲ ኣብ ኣፍደገ ቤት ንጉስ ኮፍ ኢሉ ዘሎ ማርዶካይ ግበረሉ፡ በሎ። ሃማን ድማ ከምኡ ገበረ። ንማርዶካይ ድማ ኣብ ኣደባባይ እታ ከተማ ኣብ ቅድሚኡ፡ ንጉስ ኪኽብሮ ንዝደለየ ሰብ ከምዚ ይገብረሉ፡



እናበለ ኣዋጅ ነገረ። ሃማን ድማ ጉህዩ፡ እቲ ዝወረዶ ኩሉ ንሰበይቱን ንኹሎም ፈተውቱን ኣዘንተወሎም። እቶም ፈተውቱን ሰበይቱን ከአ፡ ማርዶካይ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ክትወድቕ ጀሚርካ ዘሎካ ኣይሁዳዊ እንተደአ ኮይኑ፡ ኣብ ቅድሚኡስ ፈጺምካ ክትወድቕ ኢኻ እምበር ንእኡስ ገለ ነገር ኽትገብሮ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ በልዎ። ገና ክዛረቡ ከለው ከአ እቶም ሰራሕተኛታት ንጉስ መጹ፡ ንሃማን ናብቲ ኣስቴር ዘዳለወቶ ምሳሕ ኪምጽእዎ ሃወኽዎ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እዚ ብስመይ ዝተሰምየ ህዝበይ ከአ ትሕት እንተ በለ፡ እንተ ለመነ፡ ገጸይውን እንተ ደለየ፡ ካብ ክፉእ መገዱ ድማ እንተ ተመልሰ፡ ሽዑ ኣነ ካብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፡ ሓጥያቶም ከአ ይቕረ ክብለሎም፡ ምድሮም'ውን ክፍውሰሎም እየ" 2ዜና 7፡14

## እታ ዓባይ መዓልቲ
## (ኣስ ምዕ. 7-8)

ንጉስን ሃማንን ከኣ ኣብቲ ንግስቲ ኣስቴር ዘዳለወቶ ምሳሕ ከለው፡ ንጉስ ንንግስቲ ኣስቴር ልማኖኺ እንታይ እዩ፧ ኪወሃበኪ እዩ ክሳዕ ፍርቂ መንግስቲ እኳ እንተ ኾነ ይኾነልኪ እዩ፡ በላ። ሽዑ ኣስቴር፡ ዎ ንጉስ ኣብ ኣዒንትኻ ሞገስ እንተ ድኣ ረኺበስ፡ ንጉስ ከኣ እንተ ፈትዩ ህይወተይን ህይወት ህዝበይን ክድሕን ይደሊ፡ በለት። ሕጂ ግና ብሰንኪ ጸላኢ ንምጥፋእን ንምሕራድን ንምድምሳስን ተሸጥና ኣሎና፡ በለት። ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ንንግስቲ ኣስቴር፡ እቲ ነዚ ዝገብርከ መን'ዩ፧ በላ። ኣስቴር ከኣ፡ እቲ ተጻራርን ሕሱምንሲ፡ ሃማን እዩ፡ በለት። ሽዑ ሃማን ኣብ ቅድሚ ንጉስን ንግስትን ራዕራዕ በለ። ንጉስ ከኣ ብቁጥዓ ተንሲኡ፡ ናብ ኣታኽልቲ እቲ ኣዳራሽ ከደ። ሃማን ከኣ ንጉስ ክቐትሎ ምዃኑ ፈሊጡ ነበረ። ከምቲ ዝፈርሆ ድማ ንጉስ ክስቀል ኣዘዘ። በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ንጉስ ንቤት ሃማን ንንግስቲ ኣስቴር ሃባ፡ ንሳ ከኣ ንብዘሎ ቤት ሃማን ንማርዶካይ ሃበቶ። ኣስቴር ድማ ከም ብሓድሽ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ተዛረበት፡ ንጉስ እንተ ፈተወስ፡ እቲ ሃማን ነቶም ኣብ ኵሉ ሃገራት ዘለው ኣይሁድ ኬጥፍእ ዝጸሓፎ ደብዳቤታት ክልወጥ ይጸሓፍ፡ እቶም ኵሎም ኣይሁድ ከኣ ብደሓን ኪነብሩ ይኣዝዝ፡ በለት። ንጉስ ከኣ ከምቲ ንግስቲ ኣስቴር ዝበለቶ ኵሉ ኪግበር እቶም ጸሓፍቲ ተጸውዑ፡ ነቲ ደብዳቤታት ከኣ ጸሓፍዎ እሞ ብቐለቤት ንጉስ ከኣ ተሓትመ። ሽዑ ኵሉ እቲ ደብዳቤታት ናብ ብዘሎ ሃገራት እቲ መንግስቲ ብፈጣናት ኣፍራስን ኣባቕልን እተወጥሖ ገይሩ ተላእከ። እቲ ጽሑፍ፡ ኣይሁድ ንርእሶም ኪከላኸሉን ንኹሉ ከጥቕዖም ዝመጽእ ሓይሊ ክድምስሱን ዘፍቅድ፡ ነበረ። ማርዶካይ ድማ ሰማያውን ጻዕዳን ልብሰ መንግስቲ ተኸዲኑ፡ ዓብይ ዘውዲ ወርቂ ኣብ ርእሱ ደፊኡ ካብ ቅድሚ ንጉስ ወጸ። በታ ኩሎም ኣይሁድ ክጠፍኡላ ዝተባህለት፡ ጸላእቶም ከኣ ኣብ ልዕሊኦም ኪስልጥኑ ተስፋ ዚገብሩላ ዝነበሩ መዓልቲ እቲ ነገር ተለዊጡ ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ ጸላእቶም ዓወት ረኸቡ። ንብዘለው ኣይሁድ ከኣ ብርሃንን ሓጐስን ደስታን ክብረትን ኮነሎም። ኣብ ኩለን ሃገራትን ከተማታትን ንኣይሁድ ጽቡቕቲ መዓልቲ ኮነት።

## እዮብ ዝስሙ ሰብኣይ
## (እዮ ምዕ. 1-42)

ሓደ እዮብ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። ንእግዚኣብሄር ኣምላኹ ዘፍቅርን፡ ቅዱስ ናብራ ዝነብርን፡ ንኹሎም ጎረባብቱ ከኣ ሕያዋይን ነበረ። እንተ ኾነ እዮብ

ብብዙሕ ነገራት ይፍተንን፡ ብዙሕ መከራ ይበጽሖን ነበረ። ብሓደ ጊዜ ብዘሎ ጥሪቱን 10 ደቁን ጠፍኡ። ይኹን እምበር እዮብ ንእግዚኣብሄር ብምሉእ ልቡ ኣሚኑ፡ እግዚኣብሄር ሃበ እግዚኣብሄር ከኣ ወሰደ፡ ስም እግዚኣብሄር ዝተመስገነ ይኹን፡ በለ። ብድሕሪኡ ከኣ እዮብ ሓመመ፡ ኩሉ ዝነበሮ ምውሳዱን ሕጂ ከኣ ምሕማሙን ንእዮብ ይኸብዶ ነበረ። ንምንታይ እዚ ኩሉ መከራ ይበጽሖ ከም ዘሎ ድማ ምርድኡ ሰኣነ። ሰለስተ ኻብ የዕሩኽቱ ድማ ንምንታይ እዚ ኩሉ ሕማቕ ነገር ይበጽሖ ከም ዝነበረ ክገልጽሉን



ክረድእዎን ይጽዕሩ ነበሩ። ንሱ ግን እቲ ቅኑዕ መልሲ ጌና ከም ዘይፈለጥዎ ይርዳእ ስለ ዝነበረ ኣይሰምዖምን። ኣብ መወዳእታ ከኣ ድምጺ እግዚኣብሄር ናብ እዮብ መጸ፡ ከምዚ እናበለ ከኣ ንእዮብ ተዛረቦ፡ ብዘይካ እቲ ኩሉ ዝኽእል እግዚኣብሄር ንምድሪ ዝስርታ፡ እቲ ልክዓ ዝወሰነ፡ ንኵለን ከዋኽብቲ ዝፈጠረ፡ ንፈረስ ሓይሊ ዝሃቦ፡ ንሰገን ኣኽናፉ ዝሃበ፡ ነዚ ኩሉ ዝገበረ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ። ሽዑ እዮብ መለሰ፡ በለ'ውን ዎ እግዚኣብሄር፡ ኩሉ ከም እትኽእልን ሓደ እኳ ከም ዘይብርትዓካን ከም ዘይጨንቀካን ፈለጥኩ፡ ነቲ ብዛዕባኻ ዘይፈልጦ ነገር ተዛሪበ እየ እሞ ሕጂ ግን ኩሉ ከኣልነትካ ፈሊጠ ኣለኹ፡ በለ። እዮብ ስለቶም ንኣሰራርሓ እግዚኣብሄር ዘይፈለጡ ኣዕሩኽቱ ጸለየ። እግዚኣብሄር ከኣ ንእዮብ ካብቲ እቲ ቐደም ዝነበሮ ዕጽፊ ገይሩ ሃቦ። እዮብ ኣዝየን ብዙሓት ኣባጊዕን ኣግማልን ኣብዑርን፡ ከምኡ ከኣ ሾብዓተ ኣወዳትን ሰለስተ ኣዋልድን ነበርዎ።

## ራእይ ኢሳይያስ
## (ኢሳ 6፥1-8)

ኢሳይያስ ዝበሃል ነብዮ እግዚኣብሄር ነበረ። በታ ንጉስ ኡዝያ ዝሞተላ ዓመት ከኣ፡ እግዚኣብሄር ኣብ በሪኽን ልዕል ዝበለን ዝፋን ተቐሚጡ ኸሎ ረኣዮ። ዘፈራት ልብሲ እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ መቕደስ መሊእዎ ነበረ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ሱራፌል (ጭፍራ መላእኽቲ) ቆይሞም ነበሩ። ነፍሲ ወከፎም ሽዱሽተ ኽንፊ ኣለዎም። ነፍሲ ወከፍ ከኣ በቲ ክልተ ኽንፊ ንገጽ ይኸድን፡ በቲ ክልተ ድማ ነእጋሩ ይኸድኖ፡ በቲ ክልተ'ውን ይነፍር ነበረ። ንሳቶም ከኣ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ እዩ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኵላ ምድሪ



ብኽብሩ መሊኡ ኣላ፡ እናበሉ ንሓድሕዶም ይቀባበሉ ነበሩ። ብድምጺ ደሃዮም ከኣ መሰረት ልዳውቲ ቤት መቕደስ ኣንቀጥቀጠ፡ እታ ቤት'ውን ትኪ መልኤት። ሽዑ ኢሳይያስ፡ ከናፍረይ ዘርኹስ ሰብ እየ፡ ኣብ ማእከል እቲ ከናፍሩ ዘርኹስ ህዝቢ ከኣ ይነብር ኣሎኹ እሞ፡ ወይለይ ኣዒንተይ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ርእየን እየን እሞ ጠፋእኩ፡ በለ። ካብቶም ሱራፌል ሓደ ድማ ጓህሪ ካብቲ መሰውኢ ብጉጤት ወሲዱ፡ ኣብ ኢዱ ሒዙ ናብኡ ነፈረ። ብእኡ ከኣ ከናፍሩ ተንከየ እሞ፡ እንሆ፡ እዚ ኻሕናፍርካ ተንከዮ፡ ኣበሳኻ ርሓቐልካ፡ ሓጢኣትካ'ውን ጸረየልካ፡ በሎ። ሽዑ ኢሳይያስ፡ ንመን ክልእኽ፡ መን'ከ ኪኸደልና እዩ፡ ዝብል ድምጺ እግዚኣብሄር ሰምዔ። ኢሳይያስ ከኣ፡ እኔኹ ልኣኸኒ በለ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እግዚኣብሄር ሃበ፡ እግዚኣብሄር ድማ ወሰደ። ስም እግዚኣብሄር ይባረኽ" እዮ 1፡20-21

## ምስላ ኢሳይያስ ብዛዕባ ኣታኽልቲ ወይኒ (ኢሳ 5፡1-7)

ኢሳይያስ ብዛዕባ ኣታኽልቲ ወይኒ ኣብ ፍርያም ኲርባ ተዛረበ። እቲ ዋና ኣታኽልቲ ወይኒ ነቲ ኲርባ ኮዓቶ፡ ኣእማኑ ከኣ ኣውጽኦ እሞ ሕሩይ ተኽሊ ወይኒ ተኸለሉ፡ ኣብ ማእከሉ ድማ ግምቢ ሰርሓሉ፡ መሓምተሊ ከኣ ኣብ ውሽጡ ገበረሉ። እቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ድማ ዘቢብ ከፍሪ ተጸበዮ፡ ግናኸ እቲ ፍረ ምስ ወጸ መጺጅ ነበረ። እቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ድማ ከም ህዝቢ እስራኤል እዩ ተመሲሉ ዝነበረ። ካብቲ እግዚኣብሄር ዝተኸናኸኖም ንላዕሊ ሓደ እኳ ክከናኸኖም ኣይክእልን እዩ። እንተ ኾነ እግዚኣብሄር ህዝቢ እስራኤል ፍትሒ ክገብሩ ተጸብዩስ፡ ከምኡ ኣይገበሩን። እምብኣርከ እግዚኣብሄር ንህዝቢ እስራኤል ንሓጹሩ ክቕንጥጦ፡ መጓሰዮ ከኣ ክኸውን እዩ። ንመካበብያኡ ኸፍርሶ እዩ ኪርገጽውን እዩ። ኢሳይያስ ከኣ ኻሕሉ

እቲ ምስላ ገለጸሎም፡ ልክዕ ከምቲ ኣታኽልቲ ወይኒ፡ ደቂ እስራኤል ከኣ ንሕጋጋትን ትእዛዛትን እግዚኣብሄር እንተ ዘይተኣዘዙን እንተ ዘይሰምዑን ሕማቕ ነገር ከም ዝስዕቦም ነገሮም።

## ዳንኤልን ኣዕሩኽቱን
## (ዳን ምዕ. 1)

ብዙሕ ጊዜ ይገብር ነቡካድነጸር ዝበሃል ንጉስ ናይ ባቢሎን ንየሩሳሌም ኣዕ ነዋ። ብዙሓት ሰባት ድማ ማረኹ ናብ ሃገሩ ወሰደ። ንጉስ ነቡካድነጸር ካብቶም ምሩኻት ነቶም ኣዝዮም ጥበበኛታትን መልክዔኛታትን ዝኾኑ መናእሰይ ናብቲ ናቱ ኣዳራሽ ክምጽእዎም ኣዘዘ። ኣብኡ ድማ ንሰለስተ ዓ መታት ናይ ባቢሎን ቋንቋታትን መጻሕፍትን ክመሃሩ መደበ። ካብቲ ናይ ንጉስ መብልዕ ክምገቡን ካብቲ ናቱ ነቢት ከኣ ክሰትዩን ተፈቕደሎም። ካብቶም ዝተሓርዩ ኣርባዕተ ንኣምላኽ ዝፈርሁ ኣዕሩኽ ነበሩ። ንሳቶም ድማ ዳንኤል፡ ሲድራቕ፡ ሚሳቕ፡ ዓብድኔጎ ይበሃሉ ነበሩ። ሽዑ ዳንኤል ካብቲ ናይ ንጉስ መግቢ ክበልዕ ኣይደለየን። ስለዚ ከኣ ነቲ ሓለቓ ሹማሙንቲ ናይ ንጉስ ተዛረቦ። ከምዚ ከኣ በሎ፡ ኣነን ብጾተይን ካብዚ ናይ ንጉስ መግብን መስተን ክንሰቲ ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ሓለቓ ከኣ ንዳንኤል ከምዚ በሎ፡ ንጉስ ብፍሉይ ክከናኸነኩም ኣዚዙኒ እዩ። ካብ መግቢ ንጉስ ሰኣን ምብላዕኩም ካብቶም መሳቱኹም ዓቢርኩም እንተ ተረኺብኩም ከኣ ኪቐትለኒ እዩ። ዳንኤል ግና፡ በጃኻ ንዓሰርተ መዓልቲ ጥራይ እንበልዖ ጥረታትን እንሰትዮ ማይን ሂብካ ፈትነና፡ ኢሉ ለመኖ። ሽዑ እቲ ሓለቓ ፈቐደሎም። ስለዚ ዳንኤልን ኣዕሩኽቱን ንዓሰርተ መዓልቲ ብዘይካ ጥረታትን ማይን ካልእ ኣይተመገቡን። እቶም ካልኦት ግና ካብ መግብን መስተን እቲ ንጉስ ይምገቡ ነበሩ። ድሕሪ ዓሰርተ መዓልቲ ዳንኤልን ኣዕ ሩኽቱን ካብቶም ካልኦት ኣዝዮም ጸቢቖምን ሃጢሮምን ተራእዩ። ስለዚ ነቲ ዝተረፈ ዓመታት እቲ ንሳቶም ዝመረጽዎ ዓይነት መብልዕ ክበልዑ ተፈቕደሎም። እዞም ኣርባዕተ ኣዕሩኽ ኣዝዮም ጥበበኛታትን ንኣምላኽ ዝፈርሁን ነበሩ። ዳንኤል ድማ ምትርጓም ሕልምታትን ራእያትን ይኽእል ነበረ። ሰለስተ ዓመታት ምስ ሓለፈ ነቶም መናእሰይ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ነቡካድነጸር ደው ኣበልዎም። ካብ ኩላቶም ድማ ዳንኤልን ኣዕሩኽቱን እቶም ዝበለጹን ዝጠበቡን ኮይኖም ተረኽቡ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቕሪ፡ ሓጐስ፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይኣኽለኒ ምባል እዩ" ገላ 5፡22

# ናይ ንጉስ ሕልሚ
## (ዳን 2፥1-13)

ንጉስ ነቡካድነጸር ንውሽጡ ዝርብሾ ሕልምታት ክሓልም ስለ ዝጀመረ ክድቅስ ኣይከኣለን። ስለዚ ነቲ ሕልሙ ክፈትሕሉ ምእንቲ ኹሎም ጠንቆልትን ጥበበኛታትን ባቢሎን ጸውዖም። ንሳቶም ድማ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ነቡካድነጸር ደው በሉ። ንሱ ድማ ከምዚ በሎም፥ ኣነ ሕልሚ ሓለምኩ መንፈሰይ ከኣ ነቲ ሕልሚ ክፈልጥ ተረበሸ። እቶም ጠንቆልቲ ድማ እናሰገዱ፥ ዎ ንጉስ ንዘለኣለም ህያው ኩን፥ በሉ። ቀጺሎም ድማ ከምዚ በልዎ፥ እቲ ሕልምኻ ንዓና ንባሮትካ እሞ ንገረና ንሕና ኸኣ ትርጉሙ ከነፍልጠካ ኢና፥ በልዎ። ንሱ ድማ፥ ኣነ ነቲ ሕልሚ ረሲዐዮ እየ፥ እንድሕር እቲ ዝሓለምክዎ ሕልምን ትርጉሙን ክትነግሩኒ ዘይከኣልኩም ንሸኻትኩም ክትቆራረጹ ኢኹም፥ ኣባይትኹም ድማ መአከቢ ጐሓፍ ዑና ክኸውን እዩ። ነቲ ሕልምን ትርጉሙን እንተ ነገርኩምኒ ግና ህያብን ዓብዪ ክብረትን ክህበኩም እየ፥ በሎም። ካብቶም ጠንቆልቲ ድማ ሓደ'ውን እንተ ኾነ ነቲ ሕልሚ ክፈልጦ ኣይከኣለን። ስለዚ ንሳቶም ከም ብሓድሽ ከምዚ በልዎ፥ እቲ ሕልምኻ ንዓና ንባሮትካ እሞ ንገረና ንሕና ኸኣ ትርጉሙ ከነፍልጠካ ኢና። እቲ ንጉስ ድማ፥ ክዝክሮ ኣይክእልን እየ። ንሸኻትኩም ግና ነቲ ሕልምን ትርጉሙን ከተፍልጡኒ ኣለኩም፥ በሎም። እቶም ጠንቆልቲ ድማ፥ ነዚ ነገር ኪፈልጥ ዚኽእል ሰብ ኣብ ምድሪ ከቶ ኣይርከብን እዩ። ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ዝበለ ሕቶ ዝሓተተ ንጉስ ኣይተራእየን። ዎ ንጉስ ሓደ ዘሸግር ነገር ኢኻ ሓቲትካ ዘሎኻ እሞ ኣማልኽቲ ጥራይ እዮም ድማ ክነግሩኻ ዝኽእሉ፥ በልዎ። እቲ ንጉስ ኣዝዩ ሓረቐ፥ ኹሎም ኣብ ባቢሎን ዝነበሩ ጥበበኛታትን ጠንቆልትን ክቕተሉ ድማ እዘዘ። ዳንኤልን ኣዕሩኽቱን ድማ ከም ጥበበኛታት ይቁጸሩ ስለ ዝነበሩ ወተሃደራት ናይ ንጉስ ምስቶም ካልኦት ሓቢሶም ምእንቲ ክቐትልዎም ይደልይዎም ነበሩ። ኣርዮክ ሓለቓ ዘብዐኛታት ናይ ንጉስ ንዳንኤል እቲ ዝኾነ ኹሉ ነገሮ። ዳንኤል ድማ፥ ናብ ንጉስ ኣትዩ፥ ጊዜ ሃበኒ እሞ፥ ናይቲ ሕልሚ ትርጉም ከፍልጠካ እየ፥ በሎ።

## ምዝካር እቲ ሕልሚ
## (ዳን 2፣14-35)

ነቲ ንጉስ ድሕሪ ምርካቡ ዳንኤል ንገዛ ከደ፣ ነቶም የዕሩኽቱ ድማ እንታይ ከም ዘጋጠሞ ነገሮም። ኣምላኽ ነቲ ናይ ንጉስ ሕልሚ ክንርድኦ ምእንቲ ክሕግዘና ንጸሊ፣ እንተ ዘይኮይኑ ምስቶም ካልኦት ጠቢባን ባቢሎን ክንጠፍእ ኢና፣ ከኣ በሎም። ኣብታ ለይቲ ዳንኤል ራእይ ረኣየ፣ እቲ ሕልሚ ድማ ተገልጸሉ፣ ስም ኣምላኽ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ይባረኽ፣ ድማ በለ። ቀጺሉ ድማ፣ ጥበብን ስልጣንን ናትካ እዩ እሞ እቲ ሕልሚ ስለ ዝገለጽካለይ አመስግነካን እውድሰካን ኣሎኹ፣ እናበለ ምስጋናኡ ገለጸ። ብድሕሪኡ ዳንኤል ናብቲ ኣዛዚ ናይ ንጉስ ሓለውቲ ኣርዮክ ከደ። ነቶም ጠቢባን ባቢሎን ኣይተጥፍኣዮም፣ ናብ ቅድሚ ንጉስ ውሰደኒ ንንጉስ ከኣ ትርጉም እቲ ሕልሚ ከፍልጦ እየ፣ ኢሉ ነገሮ። ኣርዮክ ቀልጢፉ ንዳንኤል ናብ ንጉስ ነቡካድነጸር ኣቕረቦ። እንሆ ካብቶም ምሩኻት ደቂ ይሁዳ ንንጉስ ትርጉም እቲ ሕልሚ ዘፍልጦ ሰብኣይ ረኺበ ኣሎኹ፣ ከኣ በሎ። እቲ ንጉስ ድማ ናብ ዳንኤል ግልጽ በለ። ነቲ ዝርኤኽዎ ሕልምን ትርጉሙን ከተፍልጠኒ'ዶ ትኽእል ኢኻ፣ ኢሉ ጠየቖ። ዳንኤል ድማ፣ ጠቢባንን ጠንቌልትን ከለዳውያን ክነግሩኻ ኣይክእሉን እዮም። ግናኸ ኣብ ሰማይ ዘሎ ሓደ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ምስጢራት ዝገልጽን ኲሉ ዝፈልጥን። እቲ ኣብ ምድቃስካ ዝርኤኻዮ ሕልምኻን ራእያትን ኸምዚ እዩ፣ ዎ ንጉስ፣ እንሆ ንሰኻ ዓብዩ ምስሊ ርኤኻ። ዘንጸባርቕ ድማ ነበረ። ርእሱ ብሉጽ ወርቂ ደረቱን ቀላጽሙን ብሩር፣ ከብዱን ሕቘኡን ከኣ ኣስራዚ ነበረ። መሓውሩ ሓጺን ኣእጋሩ ከኣ ገሊኡ ሓጺን ገሊኡ መሬት ነበረ። ኢድ ከይተንከዮ እምኒ ተፈንቂሉ፣ ነቲ ኣእጋር እቲ ምስሊ ወቒዩን ዳዕሚኹን። እቲ ሓጺንን መሬትን ኣስራዝን ብሩርን ወርቅን ከም ዶሮና ኮነ፣ ንፋስ ድማ ወሰዶ፣ እቲ እምኒ ግና ዓቢ ከረን ኮነ ንብዘላ ምድሪ'ውን መልኣ።

## ትርጉም እቲ ሕልሚ
## (ዳን 2፣36-49)

ዳንኤል ትርጉም እቲ ሕልሚ ከምዚ እናበለ ነገረ። ኦ ንጉስ ንስኻ ካብ ኩሎም ነገስታት ዝዓበኻ ኢኻ፣ ኣምላኽ ንኣካ መንግስትን ስልጣንን ክብርን ሃበካ። ደቂ ሰብን እንስሳ መሮርን ኣዕዋፍ ሰማይን ድማ ትገዝእ ኣሎኻ። እቲ ርእሲ ወርቂ ንስኻ ኢኻ፣ ብድሕሬኻ ድማ ካባኻ እትንእስ ካልእ መንግስቲ ክትትንስእ እያ፣ እዚኣ እታ ብሩር እያ። ሳልሰይቲ መንግስቲ ድማ ክትስዕብ እያ። እታ ኣስራዚ ድማ እዚኣ እያ። ኣብ ልዕሊ ኲላ ምድሪ ድማ ክትገዝእ እያ። እታ ራብዐይቲ መንግስቲ ከም ሓጺን ብርትዕ

ቲ ክትከውን፣ ከምቲ ሓጺን ዝጭፍልቕን ዝሰባብርን ከምኡ ድማ ኻልኦት ሃገራት ክትሰባብረን እያ። ኣብ ሕልምኻ፣ እቲ ኣእጋርን ኣጻብዕን ገሊኡ መሬት ገሊኡ ሓጺን ነበረ። እዚ ማለት እታ መንግስቲ ክትመቓቐል እያ፣ ገሊኣ ብርትዕቲ ገሊኣ ከኣ ድኽምቲ ክትከውን እያ። እቲ ሓጺን ምስ መሬት ተሓዊሱ ዝረኣኻዮ፣ እቶም ገዛእቲ ናይታ መንግስቲ ንሓድሕዶም ክዋሰቡ እዮም፣ ግናኸ ከምቲ ሓጺን ምስ መሬት ዘይላገብ፣ ንሓድሕዶም ኣይክላገቡን እዮም። ብድሕርዚ ኣምላኽ ንዘለኣለም ዘይትጠፍእ መንግስቲ ኸተንስእ እዩ። ነተን ካልኦት መንግስታት ክትሰባብረን እያ። እዚኣ ድማ እታ ካብቲ ከረን ተፈንቂላ ዝወጸት እምኒ፣ ኻልእ ኵሉ ድማ ዝሰባበረት እያ። እቲ ዓቢ ኣምላኽ ንንጉስ ነቲ ድሕርዚ ዝኸውን ኣፍለጦ። እቲ ሕልሚ ርግጽ ትርጉሚኡ ከኣ እሙን እዩ። ሽዑ እቲ ንጉስ ብግንባሩ ኣብ ቅድሚ ዳንኤል ተደፍአ፣ ምስጋና መሊእዎ ድማ መስዋእትታት ከቕርብሉ ኣዘዘ። ንሸኻ ነዛ ምስጢር እዚኣ ክትገልጻ ካብ ከኣልካስ እቲ ኣምላኽኩም ብሓቒ ኣምላኽ ኣማልኽቲ፣ ጐይታ ነገስታትን ገላጽ ምስጢራትን እዩ፣ ኢሉ ተዛረበ። ሽዑ እቲ ንጉስ ንዳንኤል ልዕል ኣበሎ። ኣብ ልዕሊ ኵላ ኣውራጃ ባቢሎን ከኣ ሓለቓ ገበሮ። ዳንኤል ንንጉስ ነዕርክቱ ሲድራቅን፣ ሚሳቅን ዓ ብድ-ኔጎን ኣብ ልዕሊ ጉዳያት ኣውራጃ ባቢሎን ክሸየሙ ሓተተ። ከምቲ ድሌቱ ድማ ተዋህቦ። ዳንኤል ግና ኣብ ቤተ መንግስቲ ነበረ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ኣቱም ኩሉኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፣ ኣነ ኸዕርፈኩም ናባይ ንዑ" ማቴ 11፡28

## ወርቃዊ ምስሊ
## (ዳን 3፡1-7)

ንጉስ ነቡካድነጻር ሓደ ዓቢ ወርቃዊ ምስሊ ሰርሐ። ንጉስ ድማ ንመሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን ዳኛታትን መገብትን ኣማኸርትን ኣብ ቅድሚኡ ደው ክብሉ ለኣኸሎም። ሽዑ ኣዋጅ ነጋሪ ዓው ኢሉ፣ ደሃይ መለኸትን እምብልታን መሰንቆን በገናን ምስ ሰማዕኩም፣ ነቲ ምስሊ ክተምልኽዎን ፍግም ኢልኩም ክትሰግዱሉን ይግባእ። እንተ ዘይኮይኑ ግና ናብ ጉሁር እቶን ሓዊ ኪትድርበዩ ኢኹም፣ በለ።

# እቶም ሰለስተ ጆጋኑ

## (ዳን 3፣8-23)

ገለ ካብቶም ኣገልገልቲ ንጉስ ነቡካድነጾር ናብ ንጉስ ከይዶም፡ ዎ ንጉስ፡ ንዘለኣለም ህያው ኩን። ንሸኻ ነፍሲ ወከፍ ንደሃይ መለኸትን እምብልታን መሰንቆን በገናን ጭራ ዋጣን ነጋሪትን ብዘሎ መሳርሒ ሙዚቃን ኪሰምዕ ከሎ፡ ፍግም ኢሉ ነቲ ምስሊ ወርቂ ኪሰግደሉ፡ ከምኡ ዘይገበረ ድማ ናብቲ ጒሁር እቶን ሓዊ ኪድርበ ኢልካ ኣዘዝካ። ዎ ንጉስ እቶም ኣብ ልዕሊ ተግባር ኣውራጃ ባቢሎን ዝሸምካዮም ኣይሁድ፡ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ግና ግድኻ የብሎምን። ንኣማልኽትኻ ኣየምልኹን፡ ነቲ ዘቈምካዮ ምስሊ ወርቂ'ውን ኣይሰግዱሉን እዮም፡ በልዎ። ሽዑ ንጉስ ብነድሪ ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ከምጽእዎም ኣዘዘ። ኣብ ቅድሚኡ ምስ ቀረቡ ኸኣ፡ ሲድራቅ ሚሳቅ ዓብድ-ኔጎን ሓቂ ድዩ ነቲ ዘቘምኩዎ ምስሊ ወርቂ ምስጋድ ኣቢኹም። ሕጂ እንተ ድኣ ተዳሊኹም ኴንኩም ደሃይ መለኸትን እምብልታን መሰንቆን በገናን ጭራ ዋጣን ነጋሪትን ምስ ሰማዕ ኩም ነቲ ዝሰራሕኩዎ ምስሊ ፍግም ኢልኩም እንተ ሰገድኩምን እንተ ኣምለኽክሞን ጽቡቕ። ከምኡ እንተ ዘይገበርኩም ግና ናብቲ ማእከል ጒሁር ሓዊ ክትድርበዩ ኢኹም። ካብ ኢደይ ከድሕነኩም ዝኽእል ኣምላኽ'ከ መን እዩ፡ በሎም።

ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ዓብድ-ኔጎን ከምዚ ኢሎም መለሱ፡ ነቡካድነጾር፡ እቲ እነምልኾ ኣምላኽ ካብቲ ጒሁር ሓዊ ከውጽኣና ይኽእልዩ። ካብ ኢድካ ድማ ከድሕነና እዩ። ዎ ንጉስ ንሕናስ ንኣማልኽትኻ ኣይንሰግደሎምን ኢና፡ ነቲ ወርቃዊ ምስሊ ድማ ኣይነምልኽን። ነቡካድነጾር ኣዝዩ ሓረቐ፡ እቲ እቶን ሓዊ ሸውዓተ ሳዕ ክረስን ከኣ ኣዘዘ። ሽዑ ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ዓብድ-ኔጎ፡ ብገመድ ተኣሲሮም ናብቲ ጒሁር እቶን ተደርበዩ። እቲ ሃልሃልታ ሓዊ ኣዝዩ ረሲኑ ብምንባሩ እቶም ሓለውቲ ነቲ ካብቲ እቶን ዝመጽእ ዝነበረ ዋዒ ክጻወርዎ ኣይከኣሉን። ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ዓብድ-ኔጎን ግና ኣብቲ ውሽጢ እቲ እቶን ነበሩ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ኣጥቢቑ ስለዘፍቀረኒ ከናግፎ፡ ንስመይ ስለ ዝፈለጦ ከልዕሎ እየ" መዝ 91፣14

# እቲ ጕሁር እቶን
## (ዳኒ 3፡24-30)



ንጉስ ነቡካድነጸር ናብቲ ጕሁር እቶን ጠመተ፡ ተመሊሱ ድማ ጠመተ። በቲ ዝረኣዮ እናተገረመ ድማ፡ እቲ ንጉስ ናብቶም ኣማኸርቱ ተቐላጢፉ ከደ። እቶም ኣሲርና ናብ ሓዊ ዝደርቤናዮምሲ ሰለስተ ሰባት'ዶ ኣይኮኑን፡ ከኣ በሎም። ርግጽ እዩ ዎ ንጉስ፡ ኢሎም መለሱሉ። ንሱ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኣነ ኣርባዕተ ፍቱሓት ሰባት፡ ገለ እኳ ከይተጐድኡ፡ ኣብ ማእከል ሓዊ ኺመላለሱ እርኢ ኣሎኹ፡ ትርኢት እቲ ራብዓይ ድማ ወዲ ኣምላኽ ይመስል፡ ኢሉ'ውን መለሰ። ነቡካድነጸር ምስቶም ኣማኸርቲ ናብቲ ኣፍ ጕሁር እቶን ሓዊ ቀረቡ፡ ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ዓብድ-ኔጎ፡ ኣቱም ባሮት ልዑል ኣምላኽ ውጹ፡ ናብዚ ንዑ፡ ኢሉ ተዛረበ። እቶም ሰለስተ ጀጋኑ የዕሩኽ ድማ ካብቲ ሃልሃልታ ወጹ፡ እቶም ዝርእዩ ዝነበሩ መሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን ኣማኸርቲ ንጉስን ድማ ብምግራም ናብኣቶም ጠመቱ። ነቶም ሰባት እቲ ሓዊ ኣብ ስጋኦም ገለ ሓይሊ ከም ዘይነበሮ ረኣዩ። ጸጉሪ ርእሶም ኣይሓረረን፡ ክዳውንቶም'ውን ኣይነደደን፡ ሽታ ናይ ሓዊ እኳ ኣይሓለፎምን። ሽዑ እቲ ንጉስ፡ እቲ ነቶም ባሮቱ መልኣኹ ልኢኹ ዘናግፍ ኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ይባረኽ፡ በለ። እቲ ንጉስ ቀጺሉ፡ ንሳቶም ኣብኡ ተወኪሎም ትእዛዝ ንጉስ ኣበዩ፡ ብዘይ ንኣምላኾም ኻልኦት ኣማልኽቲ ከየምልኹን ከይሰግዱንሲ ስጋኦም ወፈዩ። ከምኡ ገይሩ ኬናግፍ ዝኽእል ካልእ ኣምላኽ የልቦን እሞ ስለዚ ኣነ ዝኾነ ይኹን ካብ ብዘለው ኣህዛብን ወገናትን ቋንቋታትን ንኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ሕሱም ቃል ዝዛረብ ንሱ ኪስየፍ፡ ቤቱ ከኣ ምድርባይ ጐሓፍ ኽኸውን እእዝዝ ኣሎኹ፡ ኢሉ መምርሒ ሃበ። ብድሕርዚ እቲ ንጉስ ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ኣብ ባቢሎን ኣገዳሲ ዕዮ ክዓዩ ሸሞም።

# ካልእ ሕልሚ
## (ዳን 4፥1-33)

ንጉስ ነቡካድነጽር ካልእ ሕልሚ ሓለመ። ሓንቲ ዓባይ ገረብ፥ ቁመታ ሰማይ ዝበጽሐ፥ ብዂሉም ሰባት እትርአ፥ ብጣዕሚ ጽቡቅ ፍረን ኣቍጽልትን ዘለዋ ኣብ ትሕቲኣ ድማ እንስሳታት ዘጽልሉላ፥ ኣዕዋፍ ሰማይ ድማ ኣብ ጨናፍራ ዝነበራ ሰባት'ውን ካብቲ ጥዑም ፍሪኣ ዝበልዑ ረኣየ። ሽዑ መልኣኽ ካብ ሰማይ ወረደ ከምዚ ኢሉውን ጨደረ፥ ነዛ ኦም ቑረጽዋ ጨናፍራ ጸልጽሉ፥ ቆጽላ ኣርግፉ፥ ፍሪኣ በትኑ፥ እተን እንስሳ ካብ ትሕቲኣ እተን ኣዕዋፍ'ውን ካብ ጨናፍራ ይህደማ። ግናኸ ነቲ ጉንዲ ሱራታ ብሰንሰለት ሓጺንን ኣስራዝን ተኣሲሩ ኣብ ማእከል ልምሉም ሳዕሪ መሮር ኣብ ምድሪ ሕደግዎ። ብኣዉሊ ሰማይ ይጠልቂ፥ ምስ እንስሳ ኸኣ ግዲኡ ሳዕሪ ምድሪ ይኹን። ልቡ ልቢ ሰብ ካብ ምዃን ይለወጥ፥ ልቢ እንስሳ ኸኣ ይወሃቦ። እዚ ዝኾነ፥ ሰባት ልዑል ኣምላኽ ኣብ መንግስቲ ሰባት ከም ዝመልኽ ንዝደልዮ ከኣ ከም ዝህቦ፥ ነቲ ካብ ሰብ ዝንእስ ድማ ልዕል ከም ዘብሎ ምእንቲ ክፈልጡ እዩ። ይኹን እምበር ሓደ እኳ ትርጉም እቲ ሕልሚ ክነግር ዝኽእል ኣይነበረን። ስለዚ ንጉስ ነቡካድነጽር ካብ ዳንኤል ባርያ እቲ ልዑል ኣምላኽ ሓገዝ ሓተተ።

ዳንኤል ብዛዕባ እቲ ሕልሚ ሓሰበ፥ ሓሳባቱ ስለ ዘጨነቖ ድማ ንገለ እዋን ዝን በለ። ኣብ መወዳእታ ግና ከምዚ ኢሉ ገለጸ፥ እታ ብሕልሚ ዝረኣኻያ ኦም ዝዓበየትን ዝበርትዐትን፥ ቁመታ ኣብ ሰማያት ዝበጽሐ፥ ኣብ ኩሉ ምድሪ'ውን እተራእየት፥ ዎ ንጉስ ንስኻ ኢኻ። ግና ካብ ሰብ ክትስጎግ፥ ምስ እንስሳ መሮር ክትነብር ኢኻ፥ ከም ንኣብዑር ድማ ሳዕሪ ክብልዑኻ እዮም። ብኣዉሊ ሰማይ ድማ ክትጥልቂ ኢኻ። እዚ ነገር እዚ ድማ፥ እቲ ልዑል ኣብ መንግስቲ ሰብ ከም ዝመልኽ ክሳብ ዝርድኣካ ክቕጽልዩ። እቲ ናይ ኦም ጉንዲ ሱራት ይጽናሕ ዝተባህለ ግና፥ ኣምላኽ ሰማይ ከም ዝመልኽ ምስ ፈለጥካ መንግስትኻ ክትምለሰልካ እያ። ስለዚ ዎ ንጉስ፥ ሓጥያትካ ክሕደገልካስ ጽቡቕ ክትገብር ይግብኣካ።

ድሕሪ ዓመት እቲ ሕልሚ ጋህዲ ኮነ። ሓደ መዓልቲ ንጉስ ነቡካድነጸር ኣብቲ ኣዳራሽ ንጉስ ባቢሎን እናዞረ ከሎ፥ ብዛዕባ ነብሱ ብኩርዓት ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፥ እዚኣ እታ ንኽብረ ግርማይን ንቤት መንግስተይን ክትከውን ኢለ ብሓይሊ ስልጣነይ ዝሃነጽክዋ ዓባይ ከተማ ባቢሎን'ዶ ኣይኮነትን...። እቲ ንጉስ ዘረብኡ ከይወድአ ከሎ፥ ከምዚ ዝብል ድምጺ ሰምዐ፥ ዎ ንጉስ ነቡከድነጸር መንግስትኻ ካባኻ ተወሲዳ ኣላ። ክሳብ እቲ ልዑል ኣብ መንግስቲ ሰብ ከም ዝመልኽን ነቲ ዝደለዮ ከም ዝህብን

ተስተዉዕል፣ ካብ ሰብ ክትስጎግ ምስ እንስሳ መሮር ድማ ክትነብር ኢኻ። ንጉስ ነቡከድነጸር ድማ ንግስነቱ ክገድፍ ተገደደ፣ መንበሪኡ በረኻታት ዝበልየ ድማ ሳዕሪ ኮነ። ጸጕሩን ኣጽፋሩን ድማ ነዉሐ፣ ንንጉስ ባቢሎን ድማ ፈጺሙ ይመስል ኣይነበረን።

ሓደ መዓልቲ ግና ኣእምሮኡ ተመልሰሉ። ኣምላኽ ካብ ገዛእቲ ምድሪ ከም ዝዓቢ ኣስተዉዓለ፣ ነቲ ዝፈጠሮ ድማ ባረኾን ወደሶን። እቶም ኣማኸርቱን መኳንንቱን ምስ ሰምዕዎ ድማ ናብ ንግስነቱ ከም ዝምለስን ከም እንደገና ከም ዝገዝእን ገበሩ። ነቡከድነጸር ድማ ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ ንኣምላኽ ኣመስገኖን ልዕል ኣበሎን። መንገድታት ኣምላኽ ሓቅን ልቦና ዝመልኦ ምዃኑን ከኣ ኣስተውዓለ።

## ኣብ መንደቅ ዝተጻሕፉ ቃላት
## (ዳን ምዕ. 5)

ድሕሪ ሞት ነቡከድነጸር፣ ንጉስ ቤልሻጽር ነገሰ። ሓደ መዓልቲ ድማ ንሽሕ መኳንንቱ ዓቢ ምሳሕ ክገብር ወሰነ። ኣብቲ ምሳሕ ድማ ነቲ ኣብኡ ነቡከድነጸር ካብ ቤት መቕደስ የሩሳሌም ዝወሰዶ ኣቕሑ ወርቅን ብሩርን መስተዩ ተጠቀመሉ። እቲ እንግዶት ድማ ደስ ዘብል ነበረ። ወይኒ እናሰተዩ ድማ ነቶም ብወርቅን ብሩርን ኣስራዝን ሓጺንን ዕንጸይትን ብእምንን እተገብሩ ኣማልኽቶም ወደሱ። ብሃንደበት ድማ ቤልሻጽር ኣብ መንጽር እቲ ቀዋሚ ቀንዴል



ኣጻብዕ ኢድ ሰብ ክትጽሕፍ ረኣየ እሞ ረዓደ። ሽዑ እቲ ንጉስ ገጹ ተለወጠ፣ ኣብራኹ ድማ ንሓድሕዱ ተዋቕዐ። ጠንቆልትን ጠቢባንን ኣምጽኡለይ፣ ኢሉ ድማ ጨደረ። እቶም ጠንቆልትን ጠቢባንን ኣብ ቅድሚኡ ምስ ቀረቡ፣ እቲ ንጉስ ከምዚ በለ፣ ዝኾነ ይኹን ነዛ ጽሕፈት እዚኣ ዘንበባን ትርጕማ ከኣ ዝነግረንን ቀይሕ ሃሪ ክለብስ፣ ድሪ ወርቂ ክኣስር ኣብታ መንግስቲ ድማ ሳልሳይ ገዛኢ ክኸዉን እዩ። ኩሎም እቶም ጠቢባን ነቲ ምስጢር ናይታ ጽሕፈት ንምፍታሕ ጸዓሩ። ግናኸ ነታ ጽሕፈት ከንብብዋን ትርጓሜኣ ከኣ ነቲ ንጉስ ክነግርዎን ኣይከኣሉን። ሽዑ ድማ እታ ንግስቲ ናብቲ ምሳሕ ኣተወት እሞ ንንጉስ ከምዚ በለቶ።

ዎ ንጉስ ንዘለኣለም ህያዉ ኩን፡ ሓሳባትካ ኣየጨንቕካ፡ መንፈስ ቅዱሳን ኣማልኽቲ ዘለዎ ሰብኣይ ኣብ መንግስትኻ ኣሎ። ብዘመን ኣቦኻ ድማ እቲ ኣዝዩ ጥበበኛ ሰብ ነበረ። ስሙ ድማ ዳንኤል እዩ፡ ትርጉም ሕልሚ ይርዳእን ምግላጽ ራእይን ድማ ዘለዎ እዩ። ስለዚ ንዳንኤል ኣብ ቅድሚ ንጉስ ቤልሻጽር ኣምጽእዎ። እቲ ንጉስ ድማ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፡ ንሸኻ ካብ ይሁዳ ዝተማረኽካ ዳንኤል ዲኻ፧ ለባም ምዃንካ ሰሚዐ ኣለኹ። ሓደ እኳ ካብቶም ፈላጣተይ ነዛ ጽሕፍቲ ከንብባን ክትርጉማን ኣይከኣለን። እንተ ደኣ ከተንብባን ትርጕማ ክትነግረንን ክኢልካ ግና፡ ቀይሕ ሃሪ ክትለብስ፡ ድሪ ወርቂ ኣብ ክሳድካ ክትኣስር፡ ኣብታ መንግስቲ ከኣ ሳልሳይ ገዛኢ ክትከዉን ኢኻ፡ በሎ። ዳንኤል ድማ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡ ዉህበታትካ ኘኻልእ ሃቦ፡ ኣነ ግና ንንጉስ እታ ጽሕፈት ከንብበሉ ትርጓሜኣ'ውን ከፍልጦ እየ። ኣቦኻ ነጊሱ ከሎ እቲ ልዑል ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ሰብ ከም ዝመልኽ ተማህረ። ኣታ ቤልሻጽር ወዱ ግና ትሕት ምባል ኣይተመሃርካን፡ ነቲ ጐይታ ሰማይ ርእሰኻ ኣልዓልካ ነቲ ኣቑሑ ቤቱ ኣዉጺእካ መስተዪ ወይኒ ተጠቂምካሉ፡ ነቶም ዘይርእዩን ዘይሰምዑን ዘይፈልጡን ኣማልኽቲ ወደስካ እምበር ነቲ ንእስትንፋስካን ንኹለን መገድኻን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ኣምላኽሲ ኣየኽበርካን። ስለዚ እታ ነዛ ጽሕፈትዚኣ ዝጸሓፈት ኢድ ካብኡ እያ እተላእከት። እዛ ጽሕፍቲ እትብሎ ዘላ ከኣ፡ መኔ፡ መኔ፡ ቴቄል፡ ኡፋርሲን፡ እዩ። ዳንኤል ድማ ትርጕም ናይቲ ቃል ከምዚ ኢሉ ክገልጽ ጀመረ፡ መኔ ኣምላኽ ንመንግስትኻ ቆጺሮን ጸብጺቦን፡ ቴቄል ብሚዛን ተመዚንካ ቀሊልካ ተረኺብካ፡ ኡፋርሲን መንግስትኻ ተመቒላ ንሰብ ሜዶንን ፋርስን ተዋህበት። ንጉስ ቤልሻጽር ዳንኤል ትርጉም ናይቲ ሕልሚ ስለ ዝነገሮ፡ ቀይሕ ሃሪ ክኸድንዎ፡ ኣብ ክሳዱ ከኣ ድሪ ወርቂ ክኣስሩሉ ኣዘዘ። ኣብታ መንግስቲ ሳልሳይ ገዛኢ ክኸዉን ድማ ገበረ። በታ ለይቲ ግና ንጉስ ቤልሻጽር ተቐትለ፡ ኣብ ክንድኡ ድማ ሓድሽ ንጉስ ዳርዮስ ነገሰ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ኩሉ ከም እትኽእልን፡ ነቲ ዝመደብካዮ ኸኣ ዝኽልክለካ ከም ዘየልቦን እፈልጥ ኣለኹ" እዮ 42፡2

## ጕድጓድ ኣናብስ
## (ዳን 6፡1-18)

ንጉስ ዳርዮስ ኣብ ንግስነቱ ንዳንኤል ኣዝዩ ኣገዳሲ ቦታ ሃቦ። ኩሎም እቶም ካልኦት ራእስታትን ኣመሓደርትን ድማ ቀንኡሉ፡ ክጎድእዎ'ውን

ደለዩ። ዳንኤል ግና ንፉዕ መራሒ ስለ ዝነበረ፣ ገለ ሕማቕ ነገር ብምግባሩ እኳ ክኸስዎ ኣይከኣሉን። ኣብ መወዳእታ ድማ ከምዚ በሉ፣ ነዚ ዳንኤልሲ በታ ሕጊ ኣምላኹ እንተ ዘይኮይኑ ብኻልእ ምኽንያት ክንረኽበሉ ከቶ ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ናብ ንጉስ ከዱ እሞ ከምዚ እናበሉ ድማ ሰገዱሉ፣ ንጉስ ዳርዮስ ንዘለኣለም ህያው ኩን። ኩላቶም ራእስታትን መንግስታትን ሹማምንትን መሳፍንትን ኣማኸርትን ምስሌነታትን፣ በዘን ሰላሳ መዓልቲ እዚኤን፣ ዎ ንጉስ ንዓኻ ኣንተ ዘይኮይኑ፣ ንዝኾነ ይኹን ኣምላኽ ወይስ ንሰብ ዝለመነ ኣብ ጉድጓድ ኣናብስ ከም ዝድርበ፣ ትእዛዝ ንጉስ ኪጸንዕ፣ ብርቱዕ ክልክል ከኣ ኪእወጅ መኸሩ። ዎ ንጉስ፣ ከምቲ ዘይልወጥ ሕጊ ሜዶንን ፋርስን ኪኸውን እሞ ከይልወጥሲ፣ ስምካ ጽሒፍካ ነቲ ክልክል ኣጽንዓዮ። ንጉስ ድማ ከምቲ ዝሓተትዎ ገበረ። ዳንኤል፣ ኣዋጅ ንጉስ ምስ ፈለጠ፣ ናብ ቤቱ ከደ'ሞ ነተን ናብ የሩሳሌም ኣቢለን ዝጥምታ መሳኹቲ ከፊቱ፣ ከምቲ ልማዱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኹ ሰለስተ ሳዕ ኣብ መዓልቲ ጸለየን ኣመስገነን። እቶም ኣንጻር ዳንኤል ዝወጠኑ ሰባት ነዚ ኪገብር ምስ ረኣዩ፣ ብህንጡይነት ንንጉስ ኪነግሩ ከዱ። ከምዚ ድማ በሉ፣ ዳንኤል፣ ሓደ ካብቶም ምሩኻት ደቂ ይሁዳ፣ ነቲ ዝኣወጅካዮ ክልክል ኣይተኣዘዘን፣ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ሳዕ ናብ ኣምላኹ ይጽሊ ኣሎ። ንጉስ ድማ ነዚ ምስ ሰምዐ ብጣዕሚ ሓዘነ። ምኽንያቱ ንዳንኤል ብዙሕ ይፈትዎ ስለ ዝነበረ ናብ ጉድጓድ ኣናብስ ክእትዉዎ ኣይደለየን። ንዳንኤል ከድሕኖ ከኣ ብዙሕ ፈተነ። እቶም ራእስታትን ሹማምንትን ግና ከምዚ በሉ፣ ንጉስ ዘጽንዖ ክልክልን ትእዛዝን ከይልወጥሲ ሕጊ ከም ዘሎ ፍለጥ። ንጉስ ድማ ዳንኤል ናብ ጉድጓድ ኣናብስ ክድርበ ትእዛዝ ክህብ ተገደደ፣ ንዳኒኤል ድማ ከምዚ በሎ፣ እቲ ኩሉ ጊዜ እተገልግሎ ኣምላኽ ንሱ የናግፍካ። ንዳንኤል ከኣ ናብቲ ጉድጓድ ኣናብስ ደርበይዎ። ዓቢ እምኒ ኣምጺኦም ነቲ ኣፍ ጉድጓድ ኣናብስ ዓጸውዎ። ብቀለቤቱ ድማ ሓተሞ ብጭኑቑ ድማ ናብ ኣደራሹ ከደ። ንጉስ ዳርዮስ ብዛዕባ ዳንኤል ብርቱዕ ሓሳብ ስለ ዝሓዞ መግቢ ክበልዕን ክድቅስን ኣይከኣለን።

## ዳንኤል ተናገፈ
## (ዳን 6፥19-28)

ንጽባሒቱ እቲ ንጉስ ኣንጊሁ ተንስአ፣ ቀልጢፉ ከኣ ናብቲ ጉድጓድ ኣናብስ ከደ። ንጉስ ዳርዮስ ዳንኤል ብህይወቱ ይህሉ ኢሉ ኣይሓሰበን። ብዝኾነ ግን እናሕነቕነቐ ከምዚ ኢሉ ጸወየ፣ ኣታ ዳንኤል ባርያ ህያው ኣምላኽ፣ እቲ ኩሉ ጊዜ እተገልግሎ ኣምላኽካስ ካብ ኣናብስ ከናግፈካ'ዶ ከኣለ። ዳንኤል ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰ፣ ዎ ንጉስ ንዘለኣለም ህያው ኩን። ዎ ንጉስ ኣብ ቅድሚኡ ንጹህ ኮይነ ተረኺበ እየ፣ ኣብ ቅድሜኻ ከኣ

ኣይበደልኩን እሞ፡ ኣምላኸይ መልኣኹ ልኢኹ ኣፍ ኣናብስ ዓጸወ ከቶ'ውን ኣይጎድኡንን። ንጉስ ተሓጒሰ፡ ንዳንኤል ካብቲ ጉድጓድ ከዉጽእዎ ከኣ ኣዘዘ። ዳንኤል ካብቲ ጉድጓድ ወጸ፡ ንኣምላኹ ስለ ዝኣመነ'ውን ኣይተጎድአን። ንሱ ድማ ነቶም ኣንጻር ዳኒኤል ዝተዛረቡ ናብቲ ጉድጓድ ኣናብስ ኪድርብይዎም ኣዘዘ። ገና ኣብ ፍርቂ ጉድጓድ ከይበጽሑ ድማ፡ እቶም ኣናብስ ኀበጥዎም።



ድሕርዚ እቲ ንጉስ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡ ኩሎም ኣብ ግዝኣት መንግስተይ ዘለዉ ሰባት ነዚ ይፍለጡ፡ ኣምላኽ ዳንኤል ንዘለኣለም ዝነብር ህያዉ ኣምላኽ እዩ፡ መንግስቱ ኣይክትጠፍእን እያ። ንሱ ነቶም ኣብ ሓደጋ ዘለዉ የናግፍን የድሕንን፡ ሰናይ ነገር ድማ ይገብር፡ ንዳኒኤል ዘድሓኖ ድማ ንሱ እዩ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ፡ ንሰኻ ምሳይ ኢኻ እሞ፡ ብርባርባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ፡ ክፉእ ኣይፈርህን እየ"
መዝ 23፡4

## ኣሞጽን እታ ጎቦን
## (ኣሞ 1፡1-2)

ኣሞጽ ኣብ ገጠር ከብቲ እናሓለወ ዝነብር ነብዩ ነበረ። ነቲ ገጠር ኣማዕድዩ ይርእይን ድምጺ ሜዳታትን ጎቦታትን'ውን ይሰምዕ ነበረ። ስለዚ ድማ ናብቲ ጎቦ ገጹ ክጥምት (ከማዕዱ) ባህርያዊ ነበረ። ነቶም ህዝቢ ድማ ብዛዕባ ዝመጽእ ጸገም የጠንቅቖም ነበረ። ጎቦ ቀርሜሎስ ጥቓ ማእከላይ ባሕሪ ይርከብ። ኣብ ኣጻድፍ ናይቲ ጎቦ ድማ ብጣዕሚ ጽቡቕ ዱር ነበረ። ኣብ ጎቦ ቀርሜሎስ ኩሉ ጊዜ ብዙሕ ዛዕዛዕታን፡ ኣብ ካልእ ቦታ ዘይበቁል ብጣዕሚ ደስ ዘብል ዕምባባታትን ከምኡ ድማ ቀጠልያ ኣትክልትን ዝነበሮ ቦታ ነበረ። ኣሞጽ ድማ ነቶም ህዝቢ ከምዚ በሎም፡ እቲ ልዕል ዝበለ ጎቦ ቀርሜሎስ ክነቅጽ እዩ። እቶም ህዝቢ ሓዘኑ፡ ቀጠልያ ኣትክልትን እቲ ማራኺ ዕምባባታትን ኣብቲ ጎቦ ኣይበቁልን'ዩ።

# ዮናስን እቲ ዓቢ ዓሳን
# (ዮና ምዕ. 1-2)

ዮናስ ዝበሃል ሰብኣይ ነበረ። ናብታ ብዙሓት ሰባት ዝነብሩላ ዓባይ ከተማ ነነዌ ክኸይድ ድምጺ ኣምላኽ ክነግሮ ከሎ ሰምዐ። ኣብኡ ምስ በጽሐ ዮናስ ነቶም ህዝቢ ካብ ክፉኣቶም ክንስሑን ናብ መገዲ ህይወት ድማ ክምለሱን ክነግሮም ኔሩዎ። ይኹን እምበር ዮናስ ንኣምላኽ ክእዘዝ ኣይደለየን። ስለዚ ድማ ናብ ተርሲስ እትብሃል ከተማ ክሃድም መደበ። ናብ ያፋ ከይዱ ድማ ናብ ተርሲስ ትኸይድ መርከብ ረኸበ። እታ መርከብ ጉዕዞኣ ምስ ጀመረት ኣዝዩ ብርቱዕ ንፋስ ክነፍስ ጀመረ፡ ኣዝዩ ሓያል ማዕበል'ውን ተላዕለ። እታ መርከብ ብዙሕ ተናወጸት። እቶም መርከበኛታት'ውን ፈርሁ። ኩሎም እቶም ገያሾ ድማ ናብ ኣማልኽቶም ክልምኑ ጀመሩ። ዮናስ ግና ኣብቲ ታሕታይ ክፍሊ ናይታ መርከብ ተገምሲሱ ከቢድ ድቃስ ደቂሱ ነበረ። እቲ ሓለቓ እታ መርከብ ናብኡ ከይዱ ኣተንስኦ፡ እንታይ ማለት ትድቅስ፡ ኢሉ ድማ ተዛረቦ። ንሱ ከድሕነና ዝኽእል እንተ ኮይኑስ፡ ተንስእ እሞ ስም ኣምላኽካ ጸውዕ፡ ከኣ በሎ።

እቶም ገያሾ ድማ ከምዚ ተባሃሃሉ፡ ናብዚ መከራ ዘእተወና መን ምኳኑ ክንፈልጥስ ዕጫ ነዉድቕ። እቲ ዘጓነፎም ማዕበል ድማ ብምኽንያት ናይ ሓደ ካብቶም ተጐዓዝቲ ሓጢኣት ምኳኑ ተረድኦ። ዕጫ ኣዉደቑ'ሞ እቲ ብሓላፍነት ዝሕተት ሰብ ዮናስ ኮይኑ ተረኽበ። ስራሕካ እንታይ እዩ፧ ካበይ'ከ መጺእካ፧ መን'ከ ኢኻ፧ ንምንታይ እዚ መከራ ከም ዝመጸናስ እስከ ንገረና፧ ድማ በልዎ። ዮናስ ከኣ፡ ኣነ እብራዊ እየ፡ ነቲ ባሕርን ንቑጽን ዝገበረ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይ'ውን እፈርሆ እየ፡ በሎም። እቶም ሰባት ፈርሁ። ዮናስ ብዛዕብኡ ስለ ዝነገሮም ድማ ካብ ትእዛዝት እግዚኣብሄር ኣምላኽ ክሃድም ከም ዝፈተነ ፈለጡ። ኣምላኽ ነቲ ማዕበል ዝሰደዶ ድማ ዮናስ ዘይእዙዝ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ እዩ ኢሎም ድማ ሓሰቡ። እዚ ባሕሪ ክሃድኣልናስ እንታይ ንግበርካ፡ ኢሎም ድማ ሓተትዎ። እዚ ብርቱዕ ማዕበል ብሰረይ ከም ዝበጽሓኩም እፈልጥ ኣለኹ እሞ ወሲድኩም ናብ ባሕሪ ደርብዩኒ፡



ከኣ በሎም። እቶም ሰባት ከምዚ ክገብሩ ኣይደለዩን፣ ናብ ምድሪ ክምለሱ ድማ ብዙሕ እኳ እንተ ጸዓሩ ክሰምረሎም ግና ኣይከኣለን። ስለዚ ኣብ መወዳእታ ከምዚ እናበሉ ጨደሩ፣ ዎ እግዚኣቢሄር ንልምንካ ኣሎና፣ ምእንቲ ነፍሲ እዚ ሰብኣይ እዚ ኣይተጥፍኣና። ንስኻ ዎ እግዚኣቢሄር ከም ዝፈተኻዮ ጌርካ ኢኻ እሞ፣ ንጹህ ደም ኣብ ልዕሌና ኣይተንብር። ድሕሪኡ ድማ ንዮናስ ወሲዶም ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። ብድሕርዚ እቲ ማዕበል ዝተሓወሰ ዝናብ ኣቋረጸ፣ በቲ ዝኾነ ነገር ድማ ንኣምላኽ ኣመስገንዎ። ንዮናስ ግን ሓደ ዓቢ ዓሳ ወሓጦ። ዮናስ ኣብ ዉሽጢ'ቲ ዓሳ ሰለስተ መዓልትን ለይትን ገበረ። ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ኸኣ ጸለየን ተማህለለን። ብድሕርዚ እቲ ዓሳ ንዮናስ ናብ ንቑጽ ምድሪ ተፍኦ።

| ዝጽናዕ ጥቕሲ |
|---|
| "ገበኑ ዝኸውል ኣይሰልጦን፣ እቲ ዝናዘዞ እሞ ዝሓድጎ ግና ምሕረት ይረክብ" ምሳ 28፣13 |

# ዮናስ ይእዘዝ
# (ዮና ምዕ. 3-4)

ከም እንደገና ዮናስ፣ ኣምላኽ ናብ ነነዌ ክኸይድ ከም ዝደልዮ ፈለጠ። ሕጂ ግና ተኣዘዘ። ነነዌ ኣዝያ ዓባይ ከተማ ነበረት፣ ናብ ጥቕኣ ምስ ቀረበ ድማ ዮናስ ከምዚ ኢሉ ጨደረ፣ ነነዌ ኣርባዓ መዓልቲ ጸኒሓ ክትግምጠል እያ። ህዝቢ ነነዌ እዚ ምስ ሰምዑ ብዝገበሩዎ ሓጢኣት ሓዘኑ። ንጉስ ነነዌ ከይተረፈ ካብ ሓጢኣቱ ክንሳሕ ካብ ዝፋኑ ወሪዱ፣ ከሻ ተኸድነ ኣብ ርእሱ'ውን ሓሙኹሽቲ ገበረ። ኩላ እታ ከተማ ብጾምን ጸሎትን ተነስሐት። ኣምላኽ ድማ ይቕረ በለሎምን ኣድሓኖምን። ግናኸ እዚ ንዮናስ ኣዝዩ ኣጉህዮ፣ ኮረየ'ውን። ዮናስ ድማ ካብታ ከተማ ወጸ እሞ ካብ ጸሓይ እተጽልለሉ ንእሽቶ ዳስ ንርእሱ ገበረ። ብጣዕሚ ዋዒ ነበረ፣ ኣምላኽ ድማ ንዮናስ እትኸዉን ገረብ ኣዳለወ። ዮናስ ድማ በቲ ዝሑል ጽላል ብጣዕሚ ተሓጐሰ። ንጽባሒቱ ግና እታ ገረብ ሓሪራ ነቕጸት። ጸሓይ ድማ ንዮናስ ወቕዓቶ፣ ክጻወሮ ስለ ዘይከኣለ ድማ ኣእምሮኡ ሰሓተ። ናብ ዉኖኡ ምስ ተመልሰ'ውን ኣዝዩ ስለ ዝኸፍኦ ሞት ተመነየ። ነታ ብዋዒ ዝነቐጸት ገረብ'ውን ተቆጥዐ። እግዚኣብሄር ድማ፣ በታ ገረብ ንምንታይ ተቆጣዕካ፣ ኢሉ ሓተቶ። ዮናስ ከኣ፣ ክጉሂ ኣይግበኣንን እዩ፣ ኢሉ መለሰ። እግዚኣብሄር ግና፣ ንስኻ በዛ ዘይደኸምካላን ዘየዕበኻያን፣ ብሓንቲ ለይቲ ዝበቖለት፣ ብሓንቲ ለይቲ ዝጠፍኣት ገረብ ጉሂኻ፣ ኣነኸ ነታ ብዙሕ ህዝቢ፣

ቆልዑን ንጹሃት እንስሳታትን ዝነብሩላ ዓባይ ከተማ ነነዌ ክርሕርሓላ'ዶ ዘይግብኣኒ ይመስለካ፧ በሎ።

## እተን ክልተ በትሪ
## (ዘካ 11፡7-14)

ነብዩ ዘካርያስ፡ ጓሳ ህዝቢ ኣምላኽ ክኸውንን ነቲ መጓሰ ክምግብን ብኣምላኽ ተኣዘዘ። ዘካርያስ ከምቲ ጓሳ ንኣባጊዑ ክመርሕ ዝስከሞ ክልተ በትሪ ወሰደ። ነታ ሓንቲ ጸጋ ነታ ሓንቲ ድማ ሕብረት ኢሉ ሰመየን። ዘካርያስ ነተን ኣባጊዕ ይጓስየን ነበረ። ክሰምዐኦ ግና ኣይከኣላን። ስለዚ ከም ምልክት እቲ ኪዳን ኣምላኽ ከም ዝተሰብረ ምእንቲ ክፍለጥ ነታ ጸጋ ኢሉ ዝጸወዓ በትሪ ኣብ ክልተ ሰበራ። ውሑዳት ሰባት ድማ ናብ ኣምላኽ ተመልሱ። ሽዑ ድማ ዘካርያስ ከም ምልክት ዘይምሕባር ህዝቢ እስራኤልን ህዝቢ ይሁዳን፡ ነታ ሕብረት ኢሉ ዝጸቅዓ በትሪ ሰበራ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ኣየ፡ ትእዛዛተይ ሰሚዕካ እንተ ትኸውንሲ፡ ሰላምካ ኸም ወሓዚ፡ ጽድቅካ'ውን ከም ማዕበል ባሕሪ ምኾነ ነይሩ" ኢሳ 48፡18

## ዘካርያስን ኤልሳቤጥን
## (ሉቃ 1፡5-25)

ሓደ እዋን ዘካርያስ ዝበሃል ካህን ነበረ። ኤልሳቤጥ ትበሃል ሰበይቲ ኸኣ ነበረቶ። ክልቲኦም ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብኹሉ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ዝመላለሱ ጻድቃን ነበሩ። እንተኾነ ኤልሳቤጥ መኻን ስለ ዝነበረት ውሉድ ኣይነበሮምን። ክልቲኦም ከኣ ዕድሚኦም ዝሓለፈ ኣረገውቲ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ዘካርያስ ናብ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ኣትዩ ዕጣን ኪዐጥን ዕጫ በጽሖ። በቲ ጊዜ ከኣ ብዙሕ ህዝቢ ብወጻኢ ኮይኑ ይጽሊ ነበረ። ሃንደበት ድማ ገብሪኤል መልኣኽ ንዘካርያስ ተራእዮ። እቲ መልኣኽ ድማ ከምዚ በሎ፡ ዘካርያስ፡ ጸሎትካ ተሰሚዑልካ እዩ እሞ ኣይትፍራህ። ሰበይትኻ ኤልሳቤጥ ወዲ ክትወልድ እያ፡ ስሙ ከኣ ዮሃንስ ክትሰምዮ ኢኻ። ንሱ ሓጐስን ተድላን ክኾነልካ እዩ፡ ብልደቱ ከኣ ብዙሓት ክሕጐሱ እዮም። ኣብ ቅድሚ እግዚኣቢሄር ዓቢ ክኸውን እዩ'ሞ ገና ኣብ ከርሲ ኣዲኡ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ክመልኦ እዩ። ንብዙሓት ካብ ደቂ እስራኤል'ውን ናብ

እግዚኣብሄር ኣምላኾም ክመልሶም እዩ። ንሱ ብቑዕ ህዝቢ እግዚኣብሄር ከዳሉ፡ ልቢ ኣቦታት ናብ ዉሉድ፡ ንዘይእዙዛት ድማ ናብ ጥበብ ጻድቃን ኪመልስ እዩ፡ ብመንፈስ ኤልያስን ብሓይሉን ቀቅድሚኡ ኪኸይድ እዩ። ዘካርያስ እዚ ግሩም ዜና ንምእማኑ ከቢድ ኮይኑ ረኸቦ። ነቲ መልኣኽ ድማ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፡ እዚ ከም ዘጋጥምከ ከመይ ገይረ ከረጋግጽ እየ፧ ኣነ ኣሪገ እየ ሰበይተይ ከኣ ዕለታ ሓሊፉ እዩ። እቲ መልኣኽ ከኣ፡ ኣነ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝቐውም ገብርኤል እየ፡ ክዛረበካን እዚ ድማ ከበስረካን እየ ናባካ እተለኣኽኩ። እንሆ ከኣ፡ ነቲ ብጊዜኡ ዚፍጸም ዘረባይ ስለ ዘይኣመንካ፡ ክሳዕ እታ እዚ ነገርዚ ዚኾነላ መዓልቲ ዓባስ ክትከዉን



ምዝራብ'ውን ክትስእን ኢኻ፡ በሎ። ዘካርያስ ድማ ናብቲ ገብርኤል ዝብሎ ዝነበረ የቕልብ ስለ ዝነበረ ኩሎም እቶም ሰባት ካብቲ መቕደስ ክወጽእ ይጽበይዎ ከም ዝነበሩ ረስዮ። ሃንደበት ግን ዘካርያስ ኣበይ ከም ዝነበረ ዘከረ፡ ኣብ መንጎቲ ቅዳሴ ድማ ነበረ። ናብ ደገ ወጺ'ሞ ነቶም ህዝቢ ክዛረቦም ድማ ኣፉ ከፈተ፡ ቃላት ግና ኣየዉጽአን። ከምቲ እቲ መልኣኽ ዝተነበዮ ድማ ዘካርያስ ዓባስ ኮነ። ኩሎም እቶም ሰባት ድማ ብምግራም ጠመትዎ፡ ራእይ ከም ዝረኣየ ከኣ ፈለጡ። ብምልክት ክጽውዖም ከሎ ድማ ክዛረብ ከም ዘይክእል ተረድኡ እሞ፡ እንታይ ማለት ምዃኑ እናተገረሙ ናብ ሓድሕዶም ተጠማመቱ። ዘካርያስ ናብ ገዝኡ ተቐላጢፉ ከደ። ክዛረብ ስለ ዘይክእል ድማ ኩሉቲ ዘጋጠሞ ጸሓፎ'ሞ ንኤልሳቤጥ ሃባ። ኤልሳቤጥ ከኣ ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጒሰት። ድሕሪ እተን መዓልታት ኤልሳቤጥ ጠነሰት እሞ፡ ጐይታይ ብምሕረቱ በዘን መዓልትታት እዚኣን በጽሓኒ፡ ነቲ ኩሉ ሰብ ዚፈልጦ ውርደተይ ኸኣ ኣርሓቐለይ፡ በለት።

# ብስራት ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ
## (ሉቃ 1፡26-37)



ኣብ ናዝሬት ትበሃል ንእሽቶ ከተማ ገሊላ፡ ሓንቲ ማርያም ትበሃል ድንግል ትቕመጥ ነበረት። ንሳ ካብ ቤት ዳዊት ንዮሴፍ ዝስሙ ሰብኣይ ተሓጽያ ነበረት። ሓደ መዓልቲ ማርያም ንበይና ከላ፡ ገብርኤል መልኣኽ ተራእያ። ሰላም ንኣኺ፡ ኣቲ ምልእቲ ጸጋ እግዚኣብሄር ምሳኺ እዩ እሞ፡ ባህ ይበልኪ፡ ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ኢኺ፡ ድማ በላ። ማርያም ምስ ረኣየቶ ሰንበደትን ፈርሀትን። እዝስ እንታይ ኮን ይኸዉን ኢላውን ሓሰበት። ገብርኤል ድማ ሰንቢዳ ከም ዘላ ርእዩ፡ ማርያም ኣይትፍርሂ፡ ኣምላኽ ንፍሉይ ዕላማ መሪጹኪ እዩ። ወዲ ክትወልዲ ኢኺ፡ ስሙ'ውን የሱስ ክትሰምዮ ኢኺ። ንሱ ዓብዪ ክኸዉን፡ ወዲ ልዑል'ውን ክበሃል እዩ፡ እግዚኣብሄር ድማ ዝፋን ኣብኡ ዳዊት ክህቦ እዩ። ንሱ ኣብ ቤት ያእቆብ ንዘለኣለም ክነግስ እዩ፡ መንግስቱ ከኣ መወዳእታ የብላን። ማርያም ኣናተገረመት፡ እዚ ከመይ ኢሉ ይኸዉን፧ ኣነ ገና ኣይተመርዓኹን፡ ኢላ ሓተተቶ። ገብርኤል መልኣኽ ከምዚ ኢሉ መለሰላ፡ መንፈስ ቅዱስ ክወርደኪ ሓይሊ እቲ ልዑል'ውን ከጽልለኪ እዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ዝዉለድ ቅዱስ፡ ወዲ ኣምላኽ ክበሃል እዩ። እንሆ ኤልሳቤጥ እታ ዘመድኪ እኳ፡ ንኣምላኽ ዝሰኣኖ ነገር ስለ ዘየሎ ኣብ እርግናኣ ወዲ ጠኒሳ ኣላ። ማርያም ድማ፡ እኔኹ ኣነ ባርያ እግዚኣብሄር፡ ከምቲ ዘረባኻ ይኹነለይ፡ በለቶ። ብድሕሪዚ እቲ መልኣኽ ካብኣ ሓለፈ፡ ማርያም ድማ ብዛዕባ እቲ ዝተነግራ ዘገርም ብስራት ተደነቐት።

## ማርያም ንኤልሳቤጥ ትበጽሓ
## (ሉቃ 1፡39-45)

ማርያም ናብ ኤልሳቤጥ ክትበጽሕ ከደት። ኤልሳቤጥ ድማ ብታሕጓስ ከምዚ በለታ፡ ንስኺ ብርኽቲ ኢኺ ፍረ ከርስኺውን ብሩኽ እዩ። ኣደ ጐይታይ ናባይ ክትመጺ'ኺ እዚ ካበይ ኮነለይ፤ እንሆ ድምጺ ሰላምታኺ ምስ ሰማዕኩ እቲ ህጻን ኣብ ከርሰይ ብሓጐስ ተሰራሰረ። እቲ ካብ እግዚኣብሄር እተነግረላ ቃል ክፍጸም እዩ እሞ እታ ዝኣመነት ብርኽቲ እያ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እቲ ኣብ ጸልማት ዝመላለስ ህዝቢ ዓብዩ ብርሃን ረአየ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ድነ ሞት ዝነብሩውን ብርሃን ኣብርሃሎም"
ኢሳ 9፡2

## መልሲ ማርያም
## (ሉቃ 1፡46-56)

ማርያም ንኤልሳቤጥ ክትበጽሓ ምስ ከደት፡ ኤልሳቤጥ ከም ሕርይቲ ኣደ ኢየሱስ ሰላም በለታ። ማርያም ድማ ብሓጎስ ከምዚ ኢላ መለሰት፡ ነፍሰይ ንእግዚኣብሄር ተዕብዮ። መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽ፡ በቲ መድሓንየይ ባህ ይብሎ። ወርደት ባርያኡ ስለ ዝረኣየ፡ እቲ ሓያል ዓብዩ ነገር ገይሩለይ እዩ እሞ ስሙ ቅዱስ እዩ። እንሆ ካብ ሕጂ ኩሎም ወለዶ ብጽእቲ ክብሉኒ እዮም። ምሕረቱ'ውን ነቶም ዝፈርህዎ ንወሉድ ወለዶ ይነብር። ሓይሊ ብቕልጽሙ ገበረ፡ ኝኩሩዓት ብሓሳብ ልቦም ዘረዎም። ንሓያላት ካብ ዝፋዉንቶም ኣዉረዶም፡ ንትዋረዱ ከኣ ልዕል ኣበሎም፡ ንጥሙያት ብጽቡቕ ነገር ኣጽገቦም፡ ንሃብታማት'ውን ጥራይ ኢዶም ሰደዶም። ከምቲ ነቦታትና ንኣብርሃምን ንዘርኡን ዝነገሮም፡ ክሳዕ ዘለኣለም ምሕረቱ እናዘከረ፡ ንእስራኤል ባርያኡ ተቐበሎ። ማርያም ምስ ኤልሳቤጥ ንሰለስተ ወርሒ ተቐመጠት።

## ወዲ ኤልሳቤጥ
## (ሉቃ 1፡57-66)

ከምቲ ገብርኤል መልኣኽ ንዘካርያስ ዝበሎ ከምኡ ኮነ፡ ኤልሳቤጥ ወዲ ወለደት። ኩሎም ኣዝማዳን ጎረባብታን ድማ ነቲ ቆልዓ ክርእዩ ተኣከቡ።

ኤልሳቤጥ ድማ ብስራት ናይቲ መልኣኽን ንዘካርያስ ዝነገሮ ኣዝዩ ዘገርም ነገራትን ነገረቶም። ኣብ ሻምነይቲ መዓልቲ ድማ ነቲ ቆልዓ ክገዝርዎ መጹ። ብስም ኣቦኡ ኸኣ ዘካርያስ ኢሎም ክሰምይዎ ደለዩ። ኤልሳቤጥ ግና ተቐላጢፋ፡ ኣይፋሉን ዮሃንስ እዩ ዝስመ፡ በለት። ቆልዑ ብስም ኣዝማዶም ክጽውዑ ልሙድ ስለ ዝነበረ እቶም ሰባት፡ ካብ ዓሌትኪ በዚ ስም እተጸውዐ የልቦን፡ እናበሉ ተቓወሙ። ካብ ዘካርያስ ድማ ወዱ በየናይ ስም ክጽዋዕ ከም ዝደሊ ክፈልጡ ደለዩ። ዘካርያስ ክዛረብ ስለ ዘይክእል ኣብ ሰሌዳ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡ ስሙ ዮሃንስ እዩ። ኩሎም እቶም ሰባት ድማ ብምግራም ተጠማመቱ። ኣብታ ጊዜ እቲኣ ድማ ዘካርያስ ከም እንደገና ክዛረብ ከኣለ፡ በቲ




ግሩም ዉህበት ድማ ብታሕጓስ ንኣምላኽ ኣመስገኖ። ዜና ዮሃንስ ኣብ ኩለን ዓድታት ይሁዳ ተዘርግሐ። ገለ ሰባት ድማ በቲ ዘገርም ነገር ፈርሁ። መብዛሕትኦም፡ እዚ ህጻን እዝስ እንታይ ኮን ይኸዉንዩ፡ ኢሎም ኣብ ልቦም ሓዝዎ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ነፍሰይ ንእግዚኣብሄር ተዕብዮ፡ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽ፡ በቲ መድሓንየይ፡ ባህ ይብሎ። ዉርደት ባርያኡ ስለ ዝረኣየ፡ እቲ ሓያል ዓቢ ነገር ገይሩለይ እዩ እሞ፡ ስሙ ቅዱስ እዩ"
ሉቃ 1፥47-49

## ዘካርያስ ተነበየ
## (ሉቃ 1፥67-80)

ንዘካርያስ ኣቦ ዮሃንስ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦ፡ ከምዚ ኢሉ'ውን ተነበየ፡ ንህዝቡ ስለ ዝበጽሖምን እተበጀዎምን፡ እግዚኣቢሄር ኣምላኽ እስራኤል ይባረኽ። ከምቲ በቶም ካብ ጥንቲ ዝነበሩ ብኣፍ ቅዱሳት ነብያት እተዛረቦ

ኣብ ቤት ዳዊት ባርያኡ ቀርኒ ምድሓን ኣተንስኣልና። ካብ ጸላእትናን ካብ ኢድ ኩሎም ዚጸልኡናን ከድሕነና ምስ ኣቦታትና ምሕረት ክገብር፡ ነቲ ቅዱስ ኪዳኑ ኺዝክሮ፡ እቲ ነቦና ኣብርሃም ዝመሓለሉ ማሕላ ኪህበና፡ ብቅድስናን ብጽድቅን ብኹሉ ዕለትና ኣብ ቅድሚኡ ካብ ኢድ ጸላእትና ድሒንና ብዘይ ፍርሃት ከነምልኾ ኢና። ኣታ ህጻን ንሸኻ ድማ ንህዝቡ ብሕድገት ሓጢኣቶም ፍልጠት ምድሓን ክትህቦም መገዱ ከተቕንዕ፡ ቀቅድሚ ጐይታ ክትከይድ ኢኻ እሞ፡ ነብዪ ልዑል ክትበሃል ኢኻ። ነእጋርና ናብ መገዲ ሰላም ከቕንዕ፡ ነቶም ኣብ ጸልማትን ኣብ ድነ ሞትን ተቐሚጦም ዘለዉ ኬብርህ፡ ስለ ርሕሩሕ ምሕረት ኣምላኽና፡ ብእኡ ካብ ላዕሊ በርቂ ጸሓይ ክበጽሓና እዩ። ዮሃንስ ድማ ብልቦናን ብትብዓትን ዓበየ፡ ነቲ ግሩም መደብ ኣምላኽ ከተግብር ድማ ቅሩብ ነበረ።

## ዮሴፍን እቲ መልኣኽን
## (ማቴ 1፡18-25)

ዮሴፍ ሕጹይ ማርያም ብዛዕባቲ ገብርኤል መልኣኽ ንማርያም ዘበሰራ ብስራት ኣይፈለጠን። ብዛዕባ'ቲ ዝኾነ ኸኣ ይጭነቕ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ግና መልኣኽ እግዚኣብሄር ብሕልሚ ተራእዮ። እቲ መልኣኽ ድማ ከምዚ በሎ፡ ዮሴፍ ኣይትፍራህ፡ እቲ ማርያም ጠኒሳቶ ዘላ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ኢየሱስ ክትሰምዮዎ ኢኹም፡ ንሰባት ድማ ካብ ሓጢኣቶም ከድሕኖም እዩ። ዮሴፍ ምስ ተበራበረ ድማ ከምቲ ንማርያም ንዕኡውን፡ ግሩም ቆልዓ ከም ዝወልድ፡ ብኣምላኽ ኻኽከናኽና ድማ ሓላፍነት ከም ዝተዋህቦ ተረድአ።

## ናብ ቤትልሄም
## (ሉቃ 2፡1-7)



ናዝሬት ክፋል ናይታ ኣብቲ ጊዜቲ ብቄሳር ኣዉጉስጦስ ናይ ሮማ ትግዛእ ዝነበረት ይሁዳ ነበረት። ቄሳር ኣዉጉስጦስ ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናብቲ ዝተወልደሉ ዓዲ ከይዱ ክምዝገብ ኣዚዙ ነበረ። ዮሴፍ ድማ ካብ ቤት ዳዊት ስለ ዝነበረ

ምስታ ጠኒሳ ዝነበረት ማርያም ሕጽይቱ ኮይኑ ናብ ቤትልሄም እትበሃል ዓዲ መጸ። ናብ ቤተልሄም ክበጽሑ ነዊሕ ጉዕዞ ስለ ዝተጓዕዙ ድማ ማርያም ደኺማ ነበረት። ቤትልሄም ክትበጽሕ'ሞ ከተዕርፍ ሃረር በለት። ይኹን እምበር ቤትልሄም ብኣጋይሽ ኣዕለቕሊቓ ስለ ዝነበረት ኣብ መሕደር ኣጋይሽ ስፍራ ኣይረኸቡን። ጊዜ ሕርሲ ማርያም ስለ ዝበጽሐ ኸኣ ኣብ ሓደ ደምበ ከዕርፉ ተገደዱ። ኣብታ ምሸት ቦኽሪ ወዳ ወለደት፡ ብዓለባ'ውን ጠቕሊላቶ ኣብ መብልዕ ማል ከኣ ኣደቀሰቶ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ብቕድስናን ብጽድቅን ብኹሉ ዕለትና ኣብ ቅድሚኡ ካብ ኢድ ጸላእትና ድሒንና ብዘይ ፍርሃት ከነምልኾ ኢና" ሉቃ 1፥64-65

## እቶም ጓሶት
## (ሉቃ 2፥8-14)

ኣብታ ምድሪ እቲኣ ብለይቲ ማሎም ኪሕልዉ ኣብ መሮር ዝሓደሩ ጓሶት ነበሩ። መልኣኽ እግዚኣቢሄር ከኣ ኣብ ጥቓኦም ደው በለ፡ ክብሪ እግዚኣቢሄር'ውን ኣብ ዙርያኦም ኣብርሄ፡ ኣዝዮም ከኣ ፈርሁ። እቲ መልኣኽ ድማ፡ እንሆ፡ ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ስለ ዘሎ፡ ንሱ ከኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ። ንኹሉ ህዝቢ ዝኸዉን ዓብዪ ሓጎስ ኤበስረኩም ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሁ። ምልክት ድማ እዚ ይኹንኩም፡ ኣብ መብልዕ ማል ብዓለባ እተጠቕለለ ህጻን ደቂሱ ክትረኽቡ ኢኹም፡ በሎም። ብዙሓት ሰራዊት ሰማይ ድማ ብድንገት ምስቲ መልኣኽ ተጸንቢሮም፡ ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።



# ስምኦን
## (ሉቃ 2፣21-40)



እቲ ህጻን ወዲ ሸሞንተ መዓልቲ ምስ ኮነ ማርያምን ዮሴፍን ናብ የሩሳሌም ወሰድዎ። ኢየሱስ ኢሎም ከኣ ሰመይዎ። ማርያም ናብ ቤት መቕደስ ምስ ወሰደቶ፣ ዮሴፍ ድማ ክልተ ረጋቢት ንመስዋእቲ ኣምጽአ። ከምቲ በቲ ጊዜ እቲ ወለዲ ንኣወዳት ደቆም ዝገብሩዎ ድማ ንወዶም ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣቕረብዎ። ኣብቲ ቤት መቕደስ ድማ ሓደ ዓቢ ሰብኣይ ስምኦን ዝበሃል ነበረ። ንኣምላኽ ዘፍቅር፣ ጻድቕን ምጽንናዕ እስራኤል ዝጽበን ነበረ። ንሱ ነቲ መሲህ፣ ነቲ እንኮ ነብያት ዝተነበይሉ ክርኢ ዝናፈቕ ነበረ። ኣምላኽ ድማ ንክርስቶስ ከይረኣየ ከም ዘይመውት ነጊርዎ ነበረ። ማርያምን ዮሴፍን ንኢየሱስ ሒዞም ምስ ኣተዉ፣ ስምኦን ድማ እቲ ዝጽበዮ ዝነበረ ቆልዓ ንሱ ምዃኑ ምስ ፈለጠ ልቡ ብሓጎስ መልአ። ስምኦን ኢዱ ዘርገሐ እሞ፣ ማርያም ድማ ብህድኣት ንየሱስ ኣብ ኢዱ ኣንበረቶ። ስምኦን ንኣምላኽ ባረኾ እሞ ከምዚ ድማ በለ፣ ዎ ጐይታይ፣ ነቲ ንምብራህ ኣህዛብ ብርሃን፣ ንህዝብኻ እስራኤል'ውን ክብረት ምእንቲ ኽኸዉን፣ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ህዝቢ ዘዳሎኻዮ ምድሓንካ ኣዒንተይ ካብ ረኣያስ፣ ሕጂ ከምቲ ዘረበኻ ንባርያኻ ብሰላም ተፋነዎ ኢኻ። ዮሴፍን ማርያምን ከኣ በቲ ብዛዕባ የሱስ እተባህለ ነገር ተገረሙ፣ ስምኦን ከኣ ባረኾም። ሃና እትበሃል ካልእ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ'ውን ንማርያምን ወዳን ምስ ረኣየት ተሓጎሰት። ንሳ ዕድሚኣ ምሉእ ብጾምን ጸሎትን ንኣምላኽ ተገልግል ዝነበረት እያ። ንኢየሱስ ድማ ኣብ ሕቑፊ ኣዲኡ ከሎ ረኣየቶ። ንኣምላኽ እናመስገነት ድማ፣ ነቶም ምደሓን የሩሳሌም ዝጽበዩ ኩሎም ብዛዕባኡ ተዛረበቶም።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ ሰላም ድማ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት" ሉቃ 2፣14

# ሰብ ጥበብ
## ማቴ 2፥1-12



ንጉስ ሄሮድስ ኣብ ቤት መንግስቲ ኣብ የሩሳሌም ኮፍ ኢሉ እንከሎ፡ ሰለስተ ጥበበኛታት ሰባት ገመል ተወጢሖም ካብ ርሑቕ ምብራቕ መጹ። ከምዚ ኢሎም ድማ ሓተትዎ፡ እቲ ዝተወልደ ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ፤ ኮኾብ ምብራቕ ርኢና ክንሰግደሉ ድማ መጺእና። ንጉስ ሄሮድስ ድማ ብቓላቶም ሰምበደ። እዞም ሰባት ብዛዕባ መጻኢ ካብ ኮኾብ ዝፈልጡ እዮም። ኣይሁዳዉያን ሓድሽ ንጉስ ከም ዘለዎም ኮኾብ ርእዮም ካብ ኣመኑ ድማ እቲ ንጉስ እንታይ ክኸዉን እዩ፤ ንጉስ ሄሮድስ ድማ ንኩሎም ሊቃዉንቲ ካህናትን ጸሓፍቲ ህዝብን ኣኪቡ፡ እቶም ነብያት ነቲ መሲህ ኣበይ ክዉለድ እዩ እዮም ዝበሉ፡ ኢሉ ሓተቶም። ንሳቶም ከኣ፡ ኣብ ቤትልሄም ይሁዳ፡ በልዎ። ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ነብያት ዝጸሓፎ ብራና ረኺቦም ድማ ኣርኣዩዎ፡ ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ኣርኣይዎ፡ ኣቲ ቤትልሄም ምድሪ ይሁዳ፡ ንህዝበይ እስራኤል ዚሕሉ ሹም ካባኺ ኪወጽእ እዩ እሞ፡ ካብ ሹማምንቲ ይሁዳ ከቶ ኣይክትንእስን ኢኺ። ብድሕርዚ ሄሮድስ ንሰብ ጥበብ ብሕቡእ ጸውዖም፡ ኣበየናይ ዘመን እዩ እቲ ኮኾብ እተራእየ፡ ኢሉ ሓተቶም። ንሶም ድማ ነገርዎ። ከምዚ ኢሉ ድማ ኣዘዞም፡ ናብ ቤትልሄም ኬድኩም ብዛዕባ እቲ ህጻን ኣርጊጽኩም መርምሩ፡ ምስ ረኸብኩምዎ ኣነ ከኣ መታን መጺአ ክሰግደሉ፡ ኣፍልጡኒ፡ በሎም። ሄሮድስ ብዛዕባ እቲ ዝተወልደ ንጉስ እንታይ ክገብር ከም ዝኽእል ክፈልጥ ደላ እምበር ናይ ብሓቂ ኣኽብሮት ክልግሰሉ ኣይኮነን። እቶም ሰለስተ ሰብ ጥበብ፡ ኣግማሎም ተወጢሖም ብኮኾብ እናተመርሑ ከዱ። ጥቓ ቤትልሄም ስጋብ ዝበጽሑ

ድማ እቲ ኮኾብ መርሖም። ኣብ ልዕሊ እታ ኢየሱስ ዘለዋ ቦታ ድማ ደዉ በለ። እቶም ሰብ ጥበብ ድማ፡ ኣብዚ ኣሎ፡ ተበሃሃሉ እሞ ነቲ ንጉስ ዘምጽእዎ ገጸ በረኸት ሃብዎ። ሓደ ብሓደ ንኢየሱስ ክሪኡ ተሰርዑ። ፍግም ኢሎም ኣብ ቅድሚኡ ሰገዱ፡ ነቲ ገጸ በረኸት ድማ ኣብ እግሩ ኣንበርዎ። ሓደ ካብኣቶም ወርቂ ኣምጸአ፡ እቲ ካልኣይ ዕጣን ምስ ነደደ ጥዑም ሽታ ዝህብ፡ እቲ ሳልሳይ ድማ ከርበ ዝበሃል ክቡር ጨና። ነቶም ሰብ ጥበብ ናብ ሄሮዶስ ከይምለሱ ብሕልሚ ምስ ተራእዮም፡ ካብ ቤትልሄም ብኻልእ መገዲ ናብ ሃገሮም ተመልሱ።

## ስደት ናብ ግብጺ
## (ማቴ 2፡13-18)



እቶም ሰብ ጥበብ ናብ ሃገሮም ምስ ከዱ፡ ዮሴፍ ዘገርም ሕልሚ ሓለመ። መልኣኽ እግዚኣቢሄር ተራእዮ እሞ ከምዚ ከኣ በሎ፡ ሄሮድስ ነቲ ህጻን ክቐትሎ ይደሊ ኣሎ እሞ፡ ተንስእ ነቲ ህጻን ሒዝካ ናብ ግብጺ ህደም፡ ክሳዕ ዝነግረካ ከኣ ኣብኡ ጽናሕ፡ በሎ። ብጸልማት ሰብ ከይረኣዮ ድማ ዮሴፍ ኮረሸኡ ጽዒኑ፡ ንብረቱ ጠርነፈ። ማርያም ድማ ንየሱስ ኣጎልቢባ ሓቆፈቶ'ሞ ሃገሮም ንድሕሪት ገዲፎም ናብ ግብጺ ተጓዕዙ። ንምምላስ ዘየስግእ ስጋብ ዝኸዉን ድማ ኣብኡ ጸንሑ። ምስ ከዱ ድማ ንጉስ ሄሮዶስ እቶም ሰብ ጥበብ ከም ዘላገጽሉ ምስ ፈለጠ፡ ኩሎም ኣብ ቤትልሄምን ጥቓኣን ዘለዉ፡ ካብ ደቂ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ ቆልዑ ክቕተሉ ትእዛዝ ሃበ።

## ምምላስ ናብ ናዝሬት
## (ማቴ 2፡19-23)

ድሕሪ ሞት ንጉስ ሄሮድስ ዮሴፍን ማርያምን ኢየሱስን ገና ኣብ ግብጺ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ንዮሴፍ ተራእዮ እሞ ከምዚ ድማ በሎ፡ እቶም ህይወት እዚ ህጻን ዚደልዩ ሞይቶም እዮም እሞ፡

ተንስእ ነዚ ህጻንን ነዲኡን ሒዝካ ናብ ምድሪ እስራኤል ኪድ። ከም እንደገና ድማ ዮሴፍን ማርያምን ዘለዎም ኩሉ ጠርኒፉ፣ ኮረሻኦም ጽዒኖም ድማ ነቲ ህጻን ኢየሱስ ሒዞም ናብ ሃገሮም ተመልሱ። ኣርኬላዎስ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ሄሮድስ ከም ዝነገሰ ሰሚዑ ግና፣ ናብኡ ምኻድ ፈርሀ። ዮሴፍ ድማ ካልእ ሕልሚ ሓለመ፣ ኣምላኽ ድማ ናብ ናዝሬት ናይ ገሊላ ክኸይድ ነገሮ። ከተማኦም ስለ ዝነበረት ድማ ናብታ ናይ ብሓቂ መበቆላዊት ሃገሮም ከዱ። ዮሴፍ ጸራቢ ዕንጸይቲ ነበረ፣ ሳንዱቕን ማሕረሻን ክሰርሕ ከሎ ድማ ብጥንቃቐ ነቲ ዕንጸይቲ ብመጋዝ ክሕርሕሮን ለማጽ ክገብሮን ከሎ ኢየሱስ ይዕዘቦ ነበረ። መዓልቲ ንመዓልቲ እቲ ወዲ ዓበየ፣ ኩሉ እቲ ዝረኣዮ ድማ ኢየሱስ ንፉዕን ለባምን ምዃኑ ኣስተውዓለ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እነሆ፣ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ፣ ስሙ ኸኣ ኣማኑኤል ክብልዎ እዮም፣ ትርጉሙ፣ ኣምላኽ ምሳና እዩ"
ማቴ 1፥23

# ኣብ ቤት መቕደስ
## (ሉቃ 2፥41-52)

ኢየሱስ ወዲ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ምስ ኮነ፣ ዮሴፍን ማርያምን በዓል ፋሲካ ከብዕሉ ናብ የሩሳሌም ወሰድዎ። ዓመታዊ ድማ ዮሴፍን ማርያምን ምስ ካልኦት ናብቲ ቅዱስ ቦታ ጉዕዞ ይገብሩ ነበሩ። ኣምላኽ ንኣባሓጎታቶም ካብ ግብጺ ብቀይሕ ባሕሪ ኣወጺኡ ናብታ እግዚኣብሄር ዘተስፈዎም ምድሪ ዘእተዎም ጊዜ ይዝክሩ ነበሩ። ኢየሱስ'ውን ንኽኸይድ ዕድሚኡ ኣኺሉ ነበረ፣ ንኹሎም ድማ ፍልይቲ መዓልቲ ነበረት። ነቶም ዝዝምሩ ዝነበሩ እኹባት ሰባት ድማ ተጸምበርዎም፣ ናብታ ከተማ እናቀረቡ ክመጹ ከለዉ ድማ እቲ ድምጺ እናበርተዐ ከደ። ኣብኡ ድማ ቅዳሴ እናተኻፈሉን፣ እናጸለዩን፣ ቃል ኣምላኽ እናተማሃሩን ሓያለ መዓልታት ጸንሑ። ገዛኦም ንምምላስ ጊዜ ምስ ኣኸለ፣ ማርያምን ዮሴፍን ንኢየሱስ ደለይዎ። ክረኽብዎ ግና ኣይከኣሉን። ኣብ ኩሉ ምስ ደለዩ ድማ፣ ምስ ካልኦት የዕሩኽቶም ከም ዘሎ ሓሲቡ'ሞ ብዘይ ኢየሱስ ጉዕዝኦም ጀመሩ። መገዲ መዓልቲ ምስ ተጓዕዙ ኣብ የዕሩኽቶምን ኣዝማዶምን እንተ ደለይዎ፣ ዋላ ሓደ'ኳ ዝረኣዮ ኣይነበረን። ማርያምን ዮሴፍን ድማ ናብ የሩሳሌም ክምለሱ ወሰኑ። ንሰለስተ መዓልቲ ብሃንቀዉታ ደለይዎ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ረኸብዎ። ኣብ ማእከል መምህራንን ሊቃውንትን ቤት መቅደስ



ተቐሚጡ ድማ እናሰምየምን እናሓተትዎን ረኸብዎ። ወላ'ኳ ንእሽተይ እንተ ነበረ፡ እቶም ዝሰምዕዎ ዘበሉ ብምስትዉዓሉ ተገረሙ። ማርያምን ዮሴፍን ድማ ተደነቑ። ማርያም ከኣ፡ ወደየ ስለምንታይ'ከ ከምዚ ገበርካና፧ ኣቦኻን ኣነን እናጎሄና ንደልየካ ኔርና፡ ኢላ ተዛረበቶ። ኢየሱስ ድማ ከምዚ ኢሉ ሓተታ፡ ንምንታይ እሞ ትደልዩኒ ኣብቲ ናይ ኣቦይ ዘበለ ክኸዉን ከም ዝግበኣኒ'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ማርያምን ዮሴፍን ግና ብዛዕባ ኣምላኽ እቲ ናይ ሰማይ ኣቦኡ ይዛረብ ከም ዝነበረ ኣየስተዉዓሉን። እታ ስድራ ናብ ናዝሬት ተመልሰት፡ ኢየሱስ'ውን ዓበየ ንስድርኡ ድማ ይእዘዞም ነበረ፡ መዓልታዊ ድማ ብልቦናን ፍቕርን ለዉሃትን ይምላእ ነበረ።

## ዮሃንስ መጥመቕ
## (ሉቃ 3፡1-17)

ዮሃንስ ወዲ ዘካርያስ ምስ ዓበየ ኣምላኽ ንሓደ ዓቢ ስራሕ ከም ዝደልዮ ተረድአ። እቲ ዓቢ መናገፊ ክርስቶስ ኢየሱስ ይመጽእ ከም ዝነበረ ንነፍሲ



ወከፍ ሰብ ክነግርን ንምቕባል ክርስቶስ ክዳሎን ይምህር ነበረ። እቶም ንዮሃንስ ዝተቐበልዎ ሰባት ከኣ እናተነስሑ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ይጥመቑ

ነበሩ። ዮሃንስ ድማ መንግስቲ ኣምላኽ ትመጽእ ከም ዘላ ነገሮም። ዮሃንስ ቆርበት እንስሳታት ተኸዲኑ ቁልፊ ቆርበት ብምዕጣቕ ኣብ በረኻታት እናተጓዕዘ ይሰብኽ ነበረ። ኣንበጣን መዓርን እናበልዐ ኸኣ ይነብር ነበረ። በቲ ጽውቕ ጸጉሩን ብሉጽ ቃላቱን ነቶም ናይ ጥንቲ ነብያት ይመስል ነበረ። ብዙሓት ሰባት ንዮሃንስ ክሰምዑ ካብ የሩሳሌም ይመጹ ነበሩ። ዮሃንስ ድማ ከምዚ በሎም፥ ኣነ ብማይ ኣጥምቕ ኣለኹ፥ እቲ ቅድመይ ዝነበረ ድሕረይ ዝመጽእ ብመንፈስ ቅዱስ ከጥምቐኩም እዩ፥ ኣነ ስራኽ ኣሳእኑ ንምፍታሕ እኳ ዘይበቅዕ እየ። ገሊኦም ከምዚ ኢሎም ሓተቱ፥ እሞ እንታይ ንግበር፧ ዮሃንስ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፥ ክልተ ጃኬት እንተ ኣለካ ነቲ ዘይብሉ ኣማቕሎ፥ ንመግብኻ'ውን ከምኡ ምስቶም ዝጠመዩ ተማቐሎ። ንሕናኸ፧ በሉ እቶም ኣከብቲ ግብሪ። ካብቲ ዝግብኣኩም ንላዕሊ ገንዘብ ኣይትውሰዱ፥ ከኣ በሎም። እቶም ወተሃደራት ድማ፥ ንሕናኸ እንታይ ክንገብር፧ ኢሎም ሓተቱ። ንሓደ እኳ ኣይትግፍዑ፥ ብሓሶት'ውን ኣይትኽሰሱ፥ በቲ ዝኽፈለኩም ገንዘብ ድማ ዕገቡ፥ ከኣ በሎም። ነቶም ሰባት ድማ ከምዚ በሎም፥ እቲ ኲሉ ዝኽእል ምስ መጸ ግና፥ ከም ሓረስታይ መስኤኡ ኣብ ኢዱ ሒዙ ዓውዱ የጽሪ፥ ነቲ ስርናይ ኣብ ቆፍኡ ይእክቦ። ነቲ ሓሰር ግና ብዘይጠፍእ ሓዊ ኬንድዶ እዩ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ናብ ቤት እግዚኣብሄር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጐስኩ"
*መዝ* 122፥1

## ኢየሱስ ተጠምቀ
## (ማቴ 3፥13-17)

ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ናብ ዮሃንስ ከይዱ ከጥምቖ ሓተቶ። ዮሃንስ ግና ርእሱ ነቕነቐ፥ ብትሕትና፥ ንምንታይ ናባይ ትመጽእ፥ ኣነ እየ ብኣኻ ክጥመቕ ዝግበኣኒ፥ ኢሉ ኣበዮ። ኢየሱስ ድማ፥ ኲሉ ጽድቂ ክንፍጽም ይግብኣና እዩ እሞ ሕጂስ ይኹን ደኣ ሕደግ፥ ኢሉ



መለሰሉ። ድሕርዚ ፈቐደሉ እሞ ኢየሱስ ተጠምቀ። ካብቲ ማይ ምስ ወጸ ድማ ሰማያት ተኸፍተ፣ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ኪዓልብ ረኣየ። እንሆ ድማ፣ ብእኡ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፣ ዝብል ድምጺ ካብ ሰማይ መጸ።

## ኢየሱስ ተፈተነ
## (ሉቃ 4፥1-13)

ኢየሱስ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ናብ በረኻ ኣቢሉ ኸደ። ብድያብሎስ ድማ ነርብዓ መዓልቲ ተፈተነ። በተን መዓልታት እቲኣን ገለ እኳ ኣይበልዐን፣ ንሳተን ምስ ተወድኣ ከኣ ጠመየ። ድያብሎስ ድማ፣ ወዲ ኣምላኽ እንተ ኴንካስ እዚ እምኒ እንጌራ ክኸውን ኣዝዝ፣ በሎ። ኢየሱስ ድማ፣ ጽሑፍ'ዩ ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወጽእ ኵሉ ቃል እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ፣ ኢሉ መለሰሉ። ሽዑ እቲ ፈታኒ ናብ ሓደ ዓቢ ከረን ወሰዶ እሞ መንግስታት ኩሉ ዓለም ከኣ ከም ቅጽበት ዓ ይኒ ኣርኣዮ። ፍግም ኢልካ እንተ ሰገድካለይ፣ እዚ ኵሉ ክህበካ እየ፣ ከኣ በሎ። ኢየሱስ ድማ፣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ ንእኡ በይኑ ድማ ተገዛእ... ኪድ ርሓቕ፣ ሰይጣን በሎ። ከም እንደገና እቲ ፈታኒ ንኢየሱስ ናብ የሩሳሌም ወሰዶ፣ ኣብ ገምገም ቤት መቕደስ ደው ኣቢሉ ኸኣ፣ እግርኻ ብእምኒ ኸይትዕንቀፍ፣ በኣዳዎም ከልዕሉኻ፣ ንመላእኽቱ ምእንታኻ ይእዝዝ፣ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ እሞ ወዲ ኣምላኽ እንተ ኴንካስ ንታሕቲ ገጽካ ጽደፍ፣ በሎ። ኢየሱስ ግና ከምዚ ኢሉ መለሰ፣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትፈታተኖ ድማ ጽሑፍ እዩ። ንኢየሱስ ኣብ ኢድ እቲ ፈታኒ ክወድቕ ከእምኖ ዝኽእል ነገር ኣይተረኽበን። ካብቲ በረኻ ጠምዩን ደኪሙን እኳ እንተ ወጸ፣ ኣምላኽ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ብንጹር ይፈልጥ ነበረ።

## ምስክርነት ዮሃንስ
## (ዮሃ 1፥15-27)

ዮሃንስ ነቶም ከቢቦምዎ ዝነበሩ ሰባት ብዛዕባ ኢየሱስ ይነግሮም ነበረ። እቲ ብድሕረይ ዝመጽእ ቅድመይ ስለ ዝነበረ ይዓብየኒ እዩ፣ ኢለ ብዛዕባኡ ነጊረኩም ዝነበርኩ ንሱ እዩ፣ እናበለ መስከረ። ሙሴ ሕጊ ሰርዐ ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ጸጋን ሓቅን ኣምጽአ። ንኣምላኽ ዝረኣዮ ዋላ ሓደ ሰብ የለን፣ ወዲ ግና ከመይ ከም ዝመስል ኣግሃዶ። ናይ የሩሳሌም ሊቃውንቲ ካህናት ብዛዕባ ዮሃንስን ስብከቱን ሰምዑ፣ መን ምዃኑ ክሓትዎ ኸኣ ልኡኻት ሰደዱ። ዮሃንስ፣ ኣነ ክርስቶስ ኣይኮንኩን፣ ኢሉ መለሰ። እሞ መን ድኣ ኢኻ ነቶም ዝለኣኹና መልሲ ክንወስደሎምሲ ንርእሰኻ መን ትብላ፧ በልዎ። ዮሃንስ

ድማ፣ ኣነ እቲ ካብ በረኻ ዝእውጅ ድምጺ ኣዋጅ ነጋሪ እየ፣ በለ። ኤልያስ ወይ'ውን ክርስቶስ ካብ ዘይኮንካ ድኣ ንምንታይ እሞ ተጥምቕ ኣሎኻ፣ ኢሎም ኣጥቢቖም ጠየቕዎ። ዮሃንስ ግና ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፣ ኣነ ብማይ የጥመቕኩም ኣሎኹ። ግናኸ ንስኻትኩም ዘይትፈልጥዎ ኣብ ማእከልኩም ደው ኢሉ ኣሎ። እቲ ቅድመይ ዝነበረ ድሕረይ ዝመጽእ ኣነ ስራኽ ኣሳእኑ ንምፍታሕ እኳ ዘይበቅዕ፣ ንሱ እዩ።

## ዝጽናዕ ጥቕሲ

"ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወጽእ ኲሉ ቃል እምበር፣ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን" ማቴ 4፡4

## ዮሃንስ ንኢየሱስ ረኣዮ
## (የው 1፡29-34)

ዮሃንስ ንጽባሒቱ እናሰበኸ ከሎ ኢየሱስ ናብኡ ክመጽእ ከሎ ርእዩ ነቶም ህዝቢ፣ ርኣዩ እንሆ ሓጥያት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ። እቲ ብዛዕባኡ ሓደ ሰብኣይ ብድሕረይ ኪመጽእ እዩ፣ ንሱ ብቕድመይ ስለ ዝነበረ ይዓብየኒ እዩ ዝበልኩኹም እዚ እዩ፣ በሎም። ዮሃንስ ድማ ኸምዚ ዚስዕብ እናበለ መስከረ፣ መንፈስ ቅዱስ ካብ ሰማይ ከም ርግቢ ኺወርድ ከሎ ረኣኹ፣ ኣብኡ'ውን ዓለበ። ኣነ ኸኣ ረኣኹ፣ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ድማ መስከርኩ።

## ቀዳሞት ደቀ መዛሙርቲ ኢየሱስ
## (ማር 1፡16-20)

ስምኦንን እንድርያስን ዝበሃሉ ኣሕዋት ነበሩ። ዓዶም ድማ ጥቓ ባሕሪ ገሊላ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ክልቲኦም ኣሕዋት ዓሳ እናገፈፉ ከለዉ ኢየሱስ ረኸቦም እሞ፣ ገፊፍቲ ሰብ ክገብረኩምሲ ንዑ ስዓቡኒ፣ በሎም። ንክርስቶስ ጠመትዎ እሞ ሰዓብዎን ተኣዘዝዎን። ካብኡ ሕልፍ ምስ በሉ ካልኦት ክልተ ኣሕዋት ያእቆብን ዮሃንስን ዝበሃሉ ኣብ ጃልባኦም ኮይኖም መርበቦም የዐርዩ ነበሩ፣ ስዓቡኒ ድማ በሎም። ንሳቶም ኸኣ ኲሉ ሓዲጎም ሰዓብዎ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ምስኡ ምእንቲ ኪኾኑን ክሰብኩ ምእንቲ ክልእኮምን፡ ዓሰርተው ክልተ ገበሮም" ማር 3፡14

## ናትናኤል
## (ዮሃ 1፡43-50)

በታ ዝቕጸለት መዓልቲ ኢየሱስ ብገሊላ ክሓልፍ ከሎ፡ ፊሊጶስ ዝስሙ ጕበዝ ርእዩ እሞ፡ ስዓበኒ፡ በሎ። ፊሊጶስ ድማ ንናትናኤል ዝበሃል ብጻዩ ረኸቦ እሞ፡ እቲ ሙሴ ኣብ ሕጊ፡ ነብያት'ውን ብዛዕባኡ ዝጸሓፉ፡ ኢየሱስ ወዲ ዮሴፍ ብዓል ናዝሬት ረኺብናዮ፡ በሎ። ናትናኤል ድማ፡ ካብ ናዝሬት'ዶ ገለ ሰናይ ኪርከብ ይከኣል እዩ፡ በሎ። ፊሊጶስ ከኣ፡ ንዓ ርአ፡ በሎ። ኢየሱስ ንናትናኤል ናብኡ ክመጽእ ከሎ ምስ ረኣዮ፡ ብዛዕባኡ እንሆ ክፉኣት ዘይብሉ ብሓቂ እስራኤላዊ፡ በለ። ናትናኤል ከኣ፡ ኣበይ ትፈልጠኒ፡ በለ። ኢየሱስ ኸኣ፡ ፊሊጶስ ከይጸውዓካ ኣብ ትሕቲ ኦም በለስ ከሎኻ ርእየካ፡ ኢሉ መለሰሉ። ናትናኤል ድማ፡ መምህር ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፡ ንስኻ ንጉስ እስራኤል ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ በለስ ርእየካ ስለ ዝበልኩኻ'ዶ ኣሚንካ፧ ካብዚ ዝዓበ ነገር ክትርኢ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ።

## ናይ መርዓ ዕድመ
## (ዮሃ 2፡1-12)

ሓደ መዓልቲ ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ኣብ ቃና እትበሃል ዓዲ መርዓ ተዓደሙ። ማርያም ኣደ ኢየሱስ'ውን ተዓዲማ ነበረት። እቲ ዕድመ ጽቡቕ ብልዕን መስተን ነበሮ። ጸኒሑ ግና እቲ ወይኒ ተወድአ። ወይኖም እምበር ተወዲኡ፡ ኢላ ማርያም ንኢየሱስ ሕሾኽ በለቶ። ኢየሱስ ብህድኣት፡ ኣነ መን ምዃነይ ዝገልጸሉ ጊዜ ኣይበጽሐን፡ በላ። ማርያም ግና ነቶም ተቐበልቲ ጋሻ፡ ንሱ ዝብለኩም ኩሉ ግበሩ፡ በለቶም። ሽዱሽተ ዓበይቲ ዕ ትሮ ድማ ኣብ ቀረባኦም ነበረ። ኢየሱስ ድማ፡ ነቲ ዕትሮታት ማይ ምልእዎ፡ ኢሉ ኣዘዞም። እቶም ኣሰለፍቲ ድማ ከምኡ ገበሩ፡ ክሳብ ኣፉ'ውን መልእዎ። ሕጂ ቀዲሕኩም ውሰዱ እሞ ነቲ ኣቦ ዳስ ሃብዎ፡ በሎም። እቶም ኣሰለፍቲ ከምቲ ዝተበሃልዎ ገበሩ። ኣብ መስተዩ ወይኒ ምስ ቀድሕዎ ድማ ወይኒ ተለወጠ። እቲ ኣቦ ዳስ ድማ ጠዓሞ እሞ፡ ኣዝዩ ሙቁር ኮነ። ነቲ መርዓዊ ድማ፡ ሰባት መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ዝበለጸ

ወይኒ መጀመርታ የቕርብዎ፣ ንሰኻ ግና እቲ ዝበለጸ ወይኒ ኣብ መወዳእታ ቀረብካዮ፣ በሎ። ንሱ፣ ኢየሱስ እንታይ ከም ዝገበረ ኣይፈልጥን ነበረ። ደቀ መዛምርቱ ግና እንታይ ከም ዝገበረ ርኣዩ እሞ ግሩም መራሒ ምዃኑ ኣስተውዓሉ።

## እቶም ኣሸረፍቲ ገንዘብ
## (ዮሃ 2፣13-22)

በቲ ጊዜ እቲ በዓል ፋሲካ ቀሪቡ ነበረ። ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ድማ ኣብ ቤት መቕደስ የሩሳሌም ከብዕልዎ፣ ናብኡ ኸዱ። እቲ ኣፍደገ ቤት መቕደስ ግና፣ ከም ሓደ ዕሙር ዕዳጋ ይመስል ነበረ። እቶም ኣሸረፍቲ ገንዘብን'ውን ምስቲ ህዝቢ ኮይኖም ይሻየጡ ነበሩ። እቲ ቤት መቕደስ ምስቲ ዝነበረ ዋዕዋዕታን ገልታዕታዕን ቤት ኣምላኽ ይምስል ኣይነበረን። ኢየሱስ ነዚ ምስ ርኣየ ምጽዋሩ ሰኣነ። ነቶም ሸየጥትን እንስሳታትን ድማ ካብቲ ቤት መቕደስ ናብ ወጻኢ ደገ ሰጐጐም። ነቲ ጠዋሉ ናይ መስርሒኦም ድማ ገላበጦ። እቲ ገንዘብ ድማ ወደቐ እሞ እቶም ኣሸረፍቲ ነቲ ገንዘብ ክኣርይዎ ጀመሩ። ኢየሱስ ድማ ነቶም ኣሸረፍቲ፣ እዚ ካብዚ ኣርሕቕዎ። ቤት ኣቦይ ናብ ዕዳጋ ኣይትለውጥዎ፣ ኢሉ ገንሖም። እቶም ኣይሁዳውያን ድማ፣ እዚ ዝገበርካዮስ ርኢናካ ኣለና፣ ወዲ ኣምላኽ ምዃንካስ እንታይ ምልክት ትህበና ወይ እንታይ ትእምርቲ ተርእየና፣ በልዎ። ኢየሱስ ድማ በሎም፣ ነዚ ቤት መቕደስ ኣፍርስዎ፣ ኣነ ድማ ብሰለስተ መዓልቲ ከም እንደገና ክሃንጾ እየ። እቶም ኣይሁድ ግና ኣላገጹሉ፣ እዚ ቤት መቕደስ ንኽህነጽ ኣርባዓን ሽዱሽተን ዓመታት እዩ ወሲዱ፣ ንሰኻ ድማ ብሰለስተ መዓልቲ ከም እንደገና ክሃንጾ እየ ትብል ኣለኻ፣ በልዎ። እንተኾነ ግና ኢየሱስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ይዛረብ ከም ዝነበረ ኣየስተውዓልዎን። ኢየሱስ ግና ምስ ሞተ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ክትንስእ ምዃኑ እዩ እተዛረበ። እዚ ምስ ተፈጸመ፣ ደቀ መዛሙርቲ ኢየሱስ ኣብታ ቤት መቕደስ እንታይ ከም ዝበለ ዘከሩ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ቅድስቲ እያ፣ እዛ ቤተ መቕደስ እዚኣውን ንስኻትኩም ኢኹም" 1ቆሮ 3፣17

# እታ ናብ ዒላ ማይ ቅ'ኸይድ ዝነበረት ሰበይቲ
# (ዮሃ 4፥1-42)

*ሓደ መዓልቲ ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ናብ የሩሳሌም ገጾም ይጉዓዙ ነበሩ። ብሓንቲ ንእ'ሽቶ ሰማርያ እትብሃል ዓዲ ክሓልፉ ድማ ናይ ግድን ኮኖም። ጠምዮምን ጸሚኦምን ስለ ዝነበሩ፡ እቶም ደቂ መዛሙርቲ ካብቲ ጥቓ ዓዲ ዝነበረ ከተማ፡ መግቢ ክዕድጉ ከይዶም ነበሩ። ኢየሱስ ከኣ ኣብ ጥቓ ሓደ ዒላ የዕሪፉ ነበረ። እታ ዒላ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ያእቆብ ዝጥቀመላ ዝነበረት እያ። ሓንቲ ሰበይቲ ዕትሮ ናይ ማይ ኣብ ርእሳ ተሰኪማ፡ ማይ ክትቀድሕ ናብቲ ዒላ ገጻ ትመጽእ ነበረት። ኢየሱስ ድማ፡ ማይ'ዶ መስተኽኒ፡ ኢሉ ሓተታ። እታ ሰበይቲ ብምግራም እናጠመተቶ፡ ከመይ'ሉ ሓደ ኣይሁድ ንሓንቲ ሳምራዊት ሰበይቲ፡ ማይ ከተስትዮ ክሓትት ይኽእል፧ ኢላ ሓተተቶ። እዚ መበሊኣ ድማ ኣይሁድን ሳምራውያንን ኣብ ንሓድሕዶም ጽልኢ ስለ ዝነበሮም እዩ። ክርስቶስ ግና፡ ህያብ ኣምላኽን እቲ ኣስትይኒ ዝብለኪ ዘሎን መን ምዃኑ እንተ ትፈልጥስ፡ ንስኺ ግዳ ምለመንክዮ ነይርኪ እሞ ንሱ ድማ ማይ ህይወት ምሃበኪ ነይሩ፡ ኢሉ መለሰላ። እታ ሰበይቲ ነቲ ዝበሎ ኣይተረድኣቶን ነበረት እሞ፡ ከምዚ በለቶ፡ ጐይታ መቕድሒ ማይ ዘይብልካስ፡ እቲ ህያው ማይ ድኣ ካበይ ከተምጽኦ ኢኻ፧ ካብቲ ነዚ ዒላ ዝሃበና፡ ካብኣ ድማ ዝሰተየ ኣቦና ያእቆብ'ዶ ትዓቢ ኢኻ፧ ኢየሱስ ድማ፡ ካብዚ ማይ እዚ ዝሰቲ ዘበለ ኩሉ መሊሱ ክጸምእ እዩ፡ እቲ ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዝሰቲ ግና፡ እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ካባኡ ንዘለኣለም ህይወት ዝፍልፍል ዓይኒ ማይ ክኸውን እዩ እምበር ንዘለኣለም ኣይጸምእን እዩ፡ በላ። ሕጂ'ውን እታ ሰበይቲ፡ ኢየሱስ እንታይ ከም ዝበለ ኣይተረድኣን ነበረ እሞ፡ ጐይታ መሊሰ ኸይጸምእሲ ናብዚ ዒላ'ውን ከይመላለሲ፡ እዚ ትብሎ ዘሎኻ ማይ ኮታ ሃበኒ። ነብዩ ምዃንካ እርኢ ኣሎኹ፡ ኣቦታትና ንኣምላኽ ኣብዚ ከረን እዚ ኣምለኽዎ፡ ኣይሁድ ግና ኣብ የሩሳሌም እዩ ክምለኽ ዘለዎ ይብሉ። ቅኑዕ መን ምዃኑ እስከ ንገረኒ፧ በለቶ።*

*ኢየሱስ ድማ፡ ነቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ኣብዚ ከረን እዚ ኮነ ኣብ የሩሳሌም ዘይትሰግዱላ ጊዜ ክትመጽእ እያ። ንስኻትኩም እንታይ ከም እተምልኹ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ንሕና ግና እቲ መሲሕ ካብ ኣይሁድ እዩ እሞ ንንፈልጦ ኢና እንሰግድ። እቶም ሓቐኛታት ሰገድቲ ንኣቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዝሰግዱላ ሰዓት ትመጽእ ኣላ፡ እንሆ'ውን መጺኣ ኣላ። ኣቦ ድማ ከምዚኦም ዝበሉ ሰገድቲ እዩ ዝደሊ። ኣምላኽ መንፈስ እዩ፡ እቶም ዘምልኽዎ ድማ ብሓቅን ብመንፈስን ክሰግድሉ ይግባእ፡ በላ። እታ ሰበይቲ ከኣ፡ ክርስቶስ ዝበሃል መሲሕ ከም ዝመጽእ ይፈልጥ እየ። ንሱ ምስ መጸ፡*

ኩሉ ነገር ክገልጾ እዩ፡ በለት። ኢየሱስ ድማ፡ ኣነ ንሱ እየ፡ በላ። እታ ሰበይቲ ነዚ ዓቢ ብስራት ንበይና ክትገብሮ ኣይደለየትን። ናብቲ ዓዲ ብጉያ ተመሊሳ ድማ እንታይ ከም ዘጋጠማ ንእኩባት ሰብኡት ነገረቶም። ንሳቶም ድማ ምስኣ ናብቲ ዒላ ከዱ፡ ኢየሱስ ድማ ንዕኦም'ውን ነገሮም። እዚ ኩሉ ምስ ኮነ፡ ኢየሱስ ምስኦም ናብ ዓዶም ከደ፡ ምስኦም ድማ ንክልተ መዓልቲ ጸንሐ። ንኢየሱስ ብዙሓት ሰባት ሰምዕዎ፡ በቲ ዝበሎም ኩሉ ድማ ኣመንዎ። እዚ እቲ ናይ ብሓቂ ክርስቶስ መድሓኒ ዓለም እዩ፡ ኢሎም ድማ መስከሩ።

## እቲ ወዲ ሓለቓ ሚእቲ
## (ዮሃ 4፡46-54)



ኢየሱስ ናብታ ንመርዓ እተዓደመላ ዓዲ ቃና ናይ ገሊላ ተመልሰ። ወሪኡ ድማ ናብቲ ኣብ ቅፍርናሆም፡ ገሊላ ዝቕመጥ ኣዛዚ በጽሐ። ወዲ እቲ ኣዛዚ ሓሚሙ ነበረ እሞ ክሓዊ'ውን ተስፋ ኣይነበሮን። እቲ ኣዛዚ፡ ኢየሱስ ክሕውዮ ከም ዝኽእል ኣሚኑ፡ ክርእዮን፡ ንወዱ ኸሕውየሉ ምእንቲ ክመጽእ'ውን፡ ክልምኖ ኢሉ ናብ ኢየሱስ ከደ። ኢየሱስ ድማ፡ ሓደ ዘገርም ነገር ምስ ርኣኹም ጥራይ ዲኹም መልእኽተይ እትኣምንዎ፡ ኢሉ ጠየቖ። እቲ ኣዛዚ ግና ብዘይክኡ ካልእ ክሓስብ ስለ ዘይከኣለ፡ ጐይታ ቅድሚ ወደይ ምሟቱስ በጃኻ ንዓናይ፡ ኢሉ ለመኖ። ኢየሱስ ድማ፡ ኪድ ናብ ቤትካ ተመለስ፡ ወድኻ ድማ ሓውዩልካ እዩ፡ በሎ። እቲ ሰብኣይ፡ ኢየሱስ ሓቂ ከም እተዛረበ ኣመነ እሞ ብጉያ ናብ ቤቱ ተመልሰ። ገዝኡ ከይበጽሐ ድማ እቶም ኣገልገልቱ ተቐበልዎ፡ ወድኻ ሓውዩ ተንሲኡ፡ ኢሎም ኣበሰርዎ። ኣበየነይቲ ሰዓት ክሕሾ ጀሚሩ፡ ኢሉ እቲ ኣዛዚ ሓተተ። ንሳቶም ድማ፡ እቲ ረስኒ ትማሊ ሰዓት ሸውዓተ ሓዲግዎ፡ ኢሎም ነገርዎ። እታ ሰዓት ድማ ልክዕ ኣብታ ኢየሱስ፡ ወድኻ ሓውዩልካ እዩ፡ ዝበሎ ሰዓት ነበረት። እቲ ኣዛዝን ኩሉ ቤቱን ድማ ብኢየሱስ ኣመኑ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ዝጸምኤ እንተሎ፡ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ። ብኣይ ዝኣምን፡ እቲ ጽሑፍ ከም ዝበለ፡ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ኪውሕዝ እዩ" ሉቃ 7፡37-38

# ኢየሱስ ኣብ ናዝሬት ሰጕኹ
## (ሉቃ 4፡16-30)

ኢየሱስ ናብታ ዝዓበየላ ንእሽቶ ከተማ ናዝሬት ኸደ፡ ብሰንበት ድማ ከምቲ ኩሉ ጊዜ ዝገብሮ ዝነበረ ናብ ቤት መቕደስ ከደ። ኢየሱስ ድማ ከንብብ ተንስአ፡ መጽሓፍ እቲ ዓቢ ነብዪ ኢሳይያስ ዝሓዘ ብራና ድማ ተዋህቦ። ነቲ መጽሓፍ እንተ ቀልዖ ድማ፡ ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ረኸበ፡ ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቐብኣኒ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕለይ እዩ፡ ንዝተሰብረ ልቢ ክዝንን፡ ንዕውራት ክርእዩ፡ ንምሩኻት ክመልስ ንጉፉዓት ድማ ሓራ ከውጽእ፡ ምምጻእ እታ ናይ ጐይታ ፍልይቲ ጊዜ'ውን ክሰብኽ ልኢኹኒ እዩ። ኢየሱስ ነቲ ብራና ዓጸዎ፡ ነቲ ኣገልጋሊ ሂብዎ ድማ ኮፍ በለ። ኩሉ ሰብ ድማ ኣተኩሩ ይጥምቶ ነበረ። ኢየሱስ ድማ፡ ሎሚ መዓልቲ እዚ ቃል ተፈጸመ፡ በሎም። እቶም ህዝቢ ድማ በቲ ዝበሎም ዘገርም ቃላት ንሓድሕዶም ሕሹኽሹኽ በሉ። እዚ እቲ ነብዪ ኢሳይያስ ሓደ መዓልቲ መሲሕ ናብ ዓለም ክመጽእ እዩ ዝበሎ'ዶ ክኸውን ይኽእል፤ ግና እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን። እዚ ኢየሱስ ወዲ ዮሴፍ እቲ ጸራባይ እዩ፡ ምሳና ኮይኑ ድማ እዩ ዓብዩ፡ ኢሎም ንሓድሕዶም ተዘራረቡ። ኢየሱስ ድማ፡ ብሓቂ እብለኹም ኣለኹ፡ ነብዪ ኣብ ዓዱ ኣይከብርን እዩ፡ በሎም። ኢየሱስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ከምኡ ምባሉ ድማ ንኣታቶም ኣሕረቖም እሞ ሒዞም ናብ ወጻኢ እታ ከተማ ወሰድዎ። ንኢየሱስ ድማ ብጐደናታት ናዝሬት ናብቲ ከረን ኣቢሎም ወሰድዎ። በቲ ዝነበሮም ሕርቃን፡ ካብቲ ገምገም እቲ ጐቦ ክጽድፍዎ ደለዩ፡ እንተኾነ ግና ኢየሱስ ቀስ ኢሉ ካብ ማእከሎም ኣምለጠ፡ ንበይኑ ድማ መገዱ ቀጸለ።

# ኢየሱስ ንሓደ ለምጻም ሰብኣይ ኣሕወየ
## (ሉቃ 5፡12-17)

ለምጺ ዝብሃል ሕማም ዝነበሮ ሓደ ሰብኣይ ነበረ። ኢየሱስ ናዝራዊ ናብ ዓድን ከተማን እናተዛወረ ንዝሓመሙ የሕዊ ከም ዝነበረ ሰምዐ። ኢየሱስ ኣበይ ከም ዘሎ ፈለጠ እሞ ናብኡ ከይዱ ከምዚ እናበለ ኣብ ቅድሚኡ

ብገጹ ተደፍአ፥ ጐይታይ ፍቓድካ እንተ ኾይኑስ ከተሕውየኒ ትኽእል ኢኻ። ኢየሱስ ከኣ፥ ክትሓዊ ፍቓደይ እዩ፥ ኢሉ ኢዱ ዘርጊሑ ነቲ ሰብኣይ ተንከዮ። ሽዑ ንሽዑ ድማ እቲ ሕማም ነቲ ለምጻም ሓደጎ። ንሱ ድማ ነታ ብለምጺ መርኣዪ ዘይነበራ፥ ሕጂ ግና ዝሓወየት ኢዱ ብምግራም ረኣያ። ኢየሱስ ድማ፥ እዚ ዝገበርኩልካ ንዋላ ሓደ ኣይትንገር፥ ኢሉ ኣዘዞ። ግናኸ ኪድ እሞ ርእሰኻ ንካህን ኣርኢ፥ ስለቲ ኣምላኽ ዝገበረልካ ምሕረት'ውን ሞባእ ምስጋና ኣቕርብ፥ በሎ። እቲ ሰበኣይ ቀልጢፉ ከምቲ ዝተባህሎ ገበረ፥ እቲ ግሩም ብስራት ግና ንዕኡ ንበይኑ ክዕቅቦ ኣይከኣለን እሞ፥ ርኣዩ፥ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ካብ ሕማም ለምጺ ሓውየ፥ እናበለ ንኹሉ ሰብ ነገረ። ዝርኣይዎ ዘበሉ'ውን ብእኡ ተደነቑ። ኢየሱስ ናዝራዊ ኣሕውዩኒ፥ ስለ ዝበሎም ድማ ብዙሓት ህዝቢ ክሓውዩን ትምህርቱ ክሰምዑን ኢሎም ናብ ክርስቶስ መጹ። ቅድሚ ሕጂ ከምቲ ናይ ኢየሱስ ጌሩ ዝዛረብ ሰሚዮም ፈጺሞም ኣይፈልጡን ነበሩ።

## ብናሕሲ ዝወረደ ሰብኣይ
## (ሉቃ 5፥18-26፣ ማር 2፥1-12)

ሓደ ጊዜ ኢየሱስ ኣብ ቅፍርናሆም ትበሃል ከተማ ኣብ ሓደ ገዛ ኮይኑ ይምህር ነበረ። ኣብቲ ገዛ ከኣ ብዙሕ ህዝቢ ነበረ። ኣርባዕተ ሰብኡት ሓደ ዝሓመመ ዓርኮም ተሰኪሞም መጹ። ጥቓ ኢየሱስ ክቕርብዎ ምስ ደለዩ ግን ሰብ ስለ ዝበዝሐ ኣይከኣሉን። ሰብ ስለ ዝበዝሖም ከመይ ገይሮም ከም ዘእትዉዎ እንተ ጨነቖም ከኣ ናብ ናሕሲ ደየቡ እሞ ጡብ ብምፍራስ ነቲ ዓራት ከእቱ ዘኽእል ቀዳድ ገበሩ። ነቲ ሕሙም ዓርኮም ምስ ዓራቱ በቲ ናሕሲ ናብ ቅድሚ ኢየሱስ ኣውረድዎ። ኢየሱስ ብእምነት እቶም ሰባት ተተንከፈ፥ ነቲ ሕሙም ሰብኣይ፥ ወደይ ሓጢኣትካ ተሓዲግልካ ኣሎ፥ በሎ። ገለ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ከኣ ኣብኡ ኮፍ ኢሎም ነበሩ። ነሓድሕዶም ከኣ ተጠማመቱ። እዚ ጸርፊ ዚዛረብ ዘሎ መን እዩ፥ ብጀካ እግዚኣብሄር በይኑኸ መን ሓጢኣት ክሓድግ ይኽእል ኢሎም ክሓስቡ ጀመሩ። ኢየሱስ ከኣ ሓሳቦም ፈሊጡ በሎም፥ ንምንታይ ብልብኹም ከምዚ ኢልኩም ትሓስቡ ኣለኹም። ንሕሙም ኣየናይ ይቐልል 'ተንስእ ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ ምባልዶ' ወይስ 'ሓጢኣትካ ተሓዲግልካ እዩ' ምባሉ። ንወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ሓጢኣት ክሓድግ ስልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ክትፈልጡ ግና ነቲ ሕሙም፥ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ናብ ቤትካ ኪድ፥ በሎ። ብኡብኡ እቲ ሕሙም ኣብ ቅድሚኦም ብድድ ኢሉ፥ ነቲ ደቂስሉ ዝነበረ ዓራት ኣልዒሉ በቲ እኩብ ህዝቢ ሓሊፉ ንኣምላኽ ስለ እቲ ዝገበረሉ ዓቢ ነገር እናኣመስገነ ናብ ቤቱ ከደ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ንድኻታት ከበስርም ስለ ዝቐብኣኒ፣ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕለይ እዩ። ንምሩኻት ከምልስ፣ ንዕዉራት ምርኣይ፣ ንግፉዓት ከኣ ምውጻእ ሓራ ክሰብኽ፣ ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሄርውን ክሰብኽ ለኣኸኒ" ሉቃ 4፥18-19

## ኢየሱስ ንማቴዎስ ጸውዖ
## (ሉቃ 5፥27-32)

ኢየሱስ ክጉዓዝ ከሎ ብዙሕ ሰብ ዝገበሮ ክርኢ ይስዕቦ ነበረ። ኣብ ኣፍደገ ቀረጽ ዝኸፈሎ ቦታ፣ ሓደ ቀረጽ ዘኽፍል ማቴዎስ ዝበሃል ሰብኣይ ረኸቡ። እቶም ኣኽፈልቲ ቀረጽ በቲ ህዝቢ ፍቱዋት ኣይነበሩን። ኢየሱስ ኣብቲ ማቴዎስ ዘለዎ ምስ በጽሐ፣ ንማቴዎስ ጠመቶ፣ ሰዓበኒ፣ ከኣ በሎ። ተንሲኡ ከኣ ንኹሉ ሓዲጉ ሰዓቦ። ማቴዎስ ከኣ ኣብ ቤቱ ዓቢ ምሳሕ ገበረ። ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ግን ሕጊ ብምሕላው ጽኑዓት ነበሩ እሞ፣ ንደቀ መዛሙርቱ፣ ንምንታይ እዩ ጐይታኹም ምስ ተገውትን ሓጥኣንን ዝበልዕ፣ ኢሎም ኣዕዘምዘምሎም። ኢየሱስ ንሕትኦም ሰሚዑ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፣ ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር፣ ጥዑያት ኣይደልይዎን እዮም፣ ንሓጥኣን ናብ ንስሓ ክመልሶም እምበር ንጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን፣ በሎም።

## ቀላይ ቤት ሳይዳ
## ዮሃ 5፥2-15

ኣብ ኢዮሩሳሌም ቤት ሳይዳ ዝበሃል ቀላይ ነበረ። ንማይ እቲ ቀላይ ሓደ ሓደ ጊዜ መልኣኽ እግዚኣብሄር መጺኡ የንቀሳቕሶ እሞ፣ እቲ ቀዳማይ ናብቲ ማይ ዝበጽሐ ይሓዊ ነበረ። ስለዚ ኸኣ ካብ ሕማሞም ክፍወሱ ዝመጹ በብዓይነቱ ሕማም ዘለዎም ብዙሓት ሰባት ምንቅስቓስ ናይቲ ማይ ክጽበዩ ኣብ ከባቢ እቲ ቀላይ ይነብሩ ነበሩ። ሓደ ንሰላሳን ሸሞንተን ዓመት ዝሓመመ ሰብኣይ ኣብኡ ደቂሱ ነበረ። የሱስ ምስ ረኣዮ፣ ክንድኡ ዝኣክል ዓመታት ከም ዝሓመመ ምስ ሰምዐ፣ ናብኡ ከይዱ፣ ኣታ ሰብኣይ ክትሓዊ'ዶ ትደሊ፧ ኢሉ ሓተቶ። እቲ ሰብኣይ ከኣ፣ ጐይታይ ተሰኪሙ ናብቲ ማይ ዘብጽሓኒ የለን ስለዚ ከኣ ኩሉ ጊዜ ካልእ ሰብ ቀዲሙኒ ናብቲ ማይ ይበጽሕ፣ በሎ። ኢየሱስ ጠመቶ እሞ፣ ተንስእ ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ፣ ከኣ በሎ። ብኡብኡ እቲ ሰብኣይ ከምቲ ኢየሱስ ዝበሎ

ገበረ። ዓራቱ ተሰኪሙ ከአ ብሓጐስ እናተሰራሰረ ከደ። እታ መዓልቲ እቲኣ ሰንበት ነበረት፣ ብሕጊ ኣይሁድ ከአ ብሰንበት ክትስከም ኮነ ክትሰርሕ ፍቑድ ኣይነበረን እሞ፣ ገለ ኣይሁድ ነቲ ሰብኣይ ምስ ረኣይዎ፣ ሎሚ ሰንበት እዩ፣ ዓራትካ ክትስከም ፍቑድ ኣይኮነን፣ በልዎ። እቲ ሰብኣይ ከአ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፣ እቲ ዘሕወየኒ እዩ ዓራተይ ኣልዒለ ክኸይድ ዝነገረኒ፣ በሎም። ንሰኸ መን እዩ፣ በልዎ። እቲ ሰብኣይ ግን፣ ንሱ ኢየሱስ ምዃኑ ኣይፈለጠን ነበረ። ብድሕሪኡ እቲ ዝሓወየ ሰብኣይ ንኢየሱስ ኣብ ቤት መቕደስ ረኣዮ፣ ሽዑ እቲ ዘሕወዮ መን ምዃኑ ክነግሮም ከኣለ። ሽዑ እቶም ኣይሁድ ኢየሱስ ብሰንበት ሰብ ብምሕዋዩን ዓራትካ ተሰከም ብምባሉን ተናደዱ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"የሱስ ግና፣ መንግስተ ሰማያት ንኸምዚኣቶም ዝበሉ እያ እሞ፣ ሕደጉ፣ ቆልዑ ናባይ ንምምጻእ ኣይትኸልክልዎም፣ በለ"
ማቴ 19፥14

# ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ
## (ሉቃ 6፥6-11፣ ማቴ 12፥9-14)

ኢየሱስ ሓደ ሰንበት ኣብ ቤት ጸሎት ኣትዩ እናመሃረ ኣብኡ ሓደ የማነይቲ ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ ነበረ። ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ምእንቲ ክኸስዎ፣ ብሰንበት ምፍዋስ'ዶ ግቡእ እዩ፣ ኢሎም ሓተትዎ። ጐይታ ግና ከምዚ ብምባል ሓተቶም፣ ካብኻትኩምከ ሓንቲ በጊዕ ዘላቶ እሞ ብሰንበት ኣብ ጉድጓድ እንተ ወደቐት ዘየውጽኣ መን ኣሎ፧ ካብ በጊዕሲ ሰብ'ዶ ግዳ ኣዝዩ ኣይበልጽን፣ እምብኣርሲ ብሰንበት ጽቡቕ ምግባር ግቡእ እዩ። ሽዑ ነቲ ሰብኣይ፣ ኢድካ ዘርግሓ፣ በሎ። ኢዱ ዘርግሓ፣ ብኡብኡ ከአ ሓወየት ከምታ ካልአይታ'ውን ኮነት። ፈሪሳውያን ግና ብጣዕሚ ሓረቑ። ምስ ወጹ ከአ ከመይ ገይሮም ከም ዘጥፍእዎ ተማኸሩ። ኢየሱስ ነዚ ፈሊጡ ናብ ካልእ ቦታ ከደ። ብዙሓት ሰባት ከአ ሰዓብዎ፣ ይምህርን የሕውን ከአ ነበረ።

# ኢየሱስ ሃዋርያት መረጸ
## (ማር 3፥13-19)

ኢየሱስ ብዙሕ ጊዜ ንበይኑ ናብ ከረን ብምኻድ ናብ ሰማያዊ ኣቡኡ ይጽሊ ነበረ። ከም ልማዱ ከኣ፣ ምስኡ ዝኾኑ እሙናት ሰዓብቲ (ደቀ መዛሙርቲ)

ብድሕሪኡ'ውን ንዕዮኡ ዝቕጽሉ ሰባት ክመርጽ ምስ ደለየ፡ ነቶም ዝግብኦም ሰባት መታን ክመርጽ፡ ናብ ከረን ደይቡ ምሉእ ለይቲ ክጽሊ ሓደረ። ንግሆ ምስ ኮነ ናብ ሰዓብቱ ተመልሰ፡ ካብኦም ከኣ ዓሰርተ ክልተ ሃዋርያት ተባሂሎም ዝተሰምዩ መረጸ። ኢየሱስ ነዞም ሰባት ምስኡ ክኾኑ ከም ዝመረጾም ነገሮም፡ ድሓር ከኣ ወንጌል ክሰብኩን ሕሙማት ከሕውዩን ለኣኾም። እቶም ኢየሱስ ዝመረጾም ዓሰርተ ክልተ ሃዋርያት እዚኦም እዮም፡ ስምኦን፡ ኢየሱስ ጴጥሮስ ኢሉ ዝሰመዮ፡ እንድርያስ ሓዉን፡ ያእቆብን ዮሃንስን ደቂ ዘብዴዎስ፡ ኢየሱስ ደቂ ነጎዳ ኢሉ ዝሰመዮም፡ ፊሊጶስ፡ ማቴዎስ፡ በርተሎሜዎስ፡ ቶማስ፡ ያእቆብ ወዲ እልፍዮስ፡ ታዴዎስ፡ ስምኦን በዓል ቃናን እቲ ዘትሓዞ ይሁዳ ኣስቆሮታውን።

## ናይ ከረን ስብከት
## (ማቴ 5፥1-16፣ ሉቃ 6፥20-26)



ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ናብ ከረን ደየቡ እሞ፡ ብዙሕ ህዝቢ ድማ ኢየሱስ እንታይ ከም ዝብል ምእንቲ ክሰምዑ ተኣከቡ። ኢየሱስ'ውን ብጹኣን ሰባት ዝበሃሉ ከመይ ዝበሉ ምዃኖም ከምዚ ኢሉ ነገሮም፡ ብመንፈስ ድኻታት መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ ብጹኣን እዮም። ዚጉህዩ ምጽንናዕ ኪረኽቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም። ዓቃላት ንምድሪ ኺወርስዋ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም። ጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን ኪጸግቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም። መሓርቲ ምሕረት ኪረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም። ጽሩያት ልቢ፡ ንኣምላኽ ክርእይዎ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም። ገበርቲ ሰላም፡ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሀሉ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም። ምእንቲ ጽድቂ ዚስደዱ፡ መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፡ ብጹኣን እዮም። እንተ ጸረፉኹምን እንተ ሰጐጕኹምን ምእንታይ ድማ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩምን፡ ብጹኣን ኢኹም። ከምኡ ኸኣ ቅድሜኹም ንዝነበሩ ነብያት ሰጒጎምዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ተሐጎሱ ባህ'ውን ይበልኩም። ንሰኻትኩም ጨው ምድሪ ኢኹም፡ ጨው መቐረቱ እንተ ከደ' ኸ፡ ብምንታይ ይመቅር፧ ብሰብ ኪርገጽ ንግዳም ምድርባዩ እንተ ዘይኮይኑ እምበር፡ ዚጠቅም የብሉን። ንሰኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም። ኣብ ከረን ዘላ ኸተማ ኽትክወል ኣይከኣላን እዩ።

መብራህቲ፣ ኣብ ቤት ንዘሎ ኹሉ ኼብርህ፣ ኣብ ቀዋሚ ቐንዴል ኪሰቕልዎ እምበር፣ ኣብ ትሕቲ ኸፉር እንተ ኣንበርዎ ኣየብርሁን እዮም። ከምኡ ኸኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፣ ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኺመስግንዎ፣ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።

<u>**ዝጽናዕ ጥቕሲ**</u>

"ጽሩያት ልቢ ንኣምላኽ ክርእይዎ እዮም እሞ፣ ብጹኣን እዮም"
ማቴ 5፥8

## ወዲ መበለት ሰበይቲ
## (ሉቃ 7፥11-17)

ሓደ ጊዜ ክርስቶስን ሰዓብቱን ናብ ናይን እትበሃል ከተማ ክኸዱ ተበገሱ። ኣብታ ከተማ ምስ በጽሑ ድማ፣ ናይ ሓደ መንእሰይ ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ኣጋጠሞም። እቲ ወዲ፣ ወዲ ሓንቲ መበለት (ሰብኣያ ዝሞታ) ሰበይቲ ነበረ። ኵሎም ቀባሮ፣ ብፍላይ ከኣ ኣዲኡ ንሱ ጥራይ ሓደ ወዳ ብምዃኑ ኣምሪራ ትበኪ ነበረት። ክርስቶስ እዚ ምስ ረኣየ ኣዝዩ ደንገጸላ። ኣጆኺ ኣይትብከዪ ብምባል ድማ፣ ነቲ እቲ ምውት ተጸይርሉ ዝነበረ ዓራት ተንከፎ፣ ወደየ ተንስእ፣ ኢሉ ምስ ተዛረበ ድማ ብኡንብኡ ወዲ እታ መበለት ካብ ሞቱ ተበራበረ። ኣዴኡን ኵሎም እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ህዝብን እዚ ምስ ረኣዩ በቲ ዝተገብረ ተኣምራት ኣዝዮም ተገረሙን ተሓጐሱን። ኣብ ማእከልና ዓቢዩ ነቢዩ ተንሲኡልና፣ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ረዲእዎም ብምባል ድማ ንእግዚኣብሄር ኣመስገኑ። ናይ ክርስቶስ ዝገበሮ ተኣምራትን፣ ዝናኡን ድማ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርግሐ።

## እቲ ብሉጽ ህያብ
## (ሉቃ 7፥36-50)

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሓደ ካብ ፈሪሳውያን ስምኦን ዝተባህለ ንኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ገዝኡ ምሳሕ ዓደሞ። ክበልዕ መኣዲ ምስ ተቐረበ ከኣ ሓንቲ ኣመንዝራ ሰበይቲ ናብቲ ገዛ ኣተወት። ንሳ ብዙሕ ሓጢኣት ዝፈጸመት ጥዑይ ህይወት ዘይብላ ምዃና ብኹሉ ፍልጥቲ ነበረት። ንሳ ነቲ ቅዱስ ህይወት ናይ ክርስቶስ ምስ ተዓዘበት ግና ኵሉ ሓጢኣታ ተረዲእዋ ብንስሓ እናነብዔት ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ ተምበርከኸት። ንብዓታ ድማ ኣብ ኣእጋር

ክርስቶስ ፈሰሰ። እታ ሰበይቲ ድማ ነቲ ኣብ ኣእጋር ክርስቶስ ዝፈሰሰ ናይ ንስሓ ንብዓታ በቲ ነዊሕ ጸጉሪ ርእሳ ገይራ ደረዘቶ። ሓደ ብኣዝዩ ክቡር ዋጋ ዝዓደገቶ ቅዱይ ቅብኢ ኣውጺኣ ድማ ንእግሪ ኢየሱስ ለኸየቶ። ስምኦን፡ ማለት እቲ ንክርስቶስ ዝዓደሞ ፈሪሳዊ ነዚ ምስ ረኣየ፡ እዝስ ናይ ሓቂ ክርስቶስ እቲ ነቢይ እንተ ኾይኑስ፡ እዛ ሰበይቲ ሓጢኣተኛ ምዃና ሰብ ከይነገሮ ከሎ ምስ ፈለጠ ነይሩ። እዚ ግን እቲ ነብይ ኣይኮነን መስለኒ፡ ኢሉ ብልቡ ይሓስብ ነበረ። ኢየሱስ ግን እቲ ስምኦን ዝሓስቦ ዝነበረ ስለ ዝፈለጠ ከምዚ በለ፡ ስምኦን ሓደ ዕላል'ዶ ከዕልለካ፧ ስምኦን እቲ ፈሪሳዊ ድማ፡ ሕራይ ጐይታይ ተዛረብ፡ በሎ። ክርስቶስ ድማ ከምዚ ኢሉ ሓደ ዛንታ ኣዕለሎ፡ ሓደ ጊዜ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ንኽልተ ሰባት ገንዘብ ኣለቂሑ ነበረ። ነቲ ቀዳማይ 500 ዲናር፡ ነቲ ካልኣይ ድማ 50 ዲናር ኣለቀሖም። ዝተለቅሕዎ ክመልሱሉ ምስ ሓተቶም ድማ በጃኻ መሓረና፡ ገንዘብ የብልናን ኢሎም ለመንዎ። ሽዑ እቲ ሰብኣይ፡ ደሓን ሕራይ ኢሉ ንኽልቲኦም መሓሮም። ሕጂ ስምኦን እስከ ንገረኒ፡ መኖም እዩ ነቲ ሰብኣይ ዝያዳ ዘመስግኖ ወይ ድማ ዘፍቅሮ ትብል፧ በሎ። ስምኦን ድማ፡ እዚ ድኣ እቲ ብዙሕ ዝተሓድገሉ ሰብኣይ እምበር፡ በሎ። ክርስቶስ ድማ፡ ሕጂ ጽቡቕ ፈሪድካ። በል ርኣያ ነዛ ሰበይቲ፡ ኣነ ናብዚ ቤት ምስ መጻእኩ፡ ንሸኻ ነእጋረይ ዝኸውን ማይ እኳ ኣይቀረብካለይን፡ ንሳ ግን ብንብዓታ ኣእጋረይ ኣጠልቂያ፡ ብጸጉራ ደረዘቶ። ንሸኻ ካብ ዝመጽእ ሓንሳእ እኳ ኣይሰዓምካንን፡ ንሳ ግና ኣእጋረይ ካብ ምስዓም ኣየቋረጸትን። ንሸኻ ካብ ዝመጽእ ርእሰይ ዘይቲ ኣይለኸኻንን፡ ንሳ ግና ብቅዱይ ቅብኢ ንእግረይ ለኸየት። ስለዚ ብዙሕ ስለ ዘፍቀረት ብዙሕ ሓጢኣት ተሓዲጉላ ኣሎ። እቲ ሒደት ዘፍቅር ሒደት እዩ ዝሕደገሉ። ነታ ሰበይቲ ድማ፡ ኣቲ ሰበይቲ ሓጢኣትኪ ተሓዲጉልኪ ኣሎ፡ በላ። እቶም ካልኦት ዕዱማት ድማ፡ እዚ ሓጢኣት ክሓድግ ስልጣን ዝሃቦስ መን እዩ፧ ኢሎም ኣጉረምረሙ። ክርስቶስ ግን፡ ኃለየ ብሰላም ኪዲ፡ እምነትኪ ኣድሒናትኪ ኣላ፡ በላ።

## <u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ ኣማልኽቲ ኣመስግንዎ። ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፡ ንጐይታ ጐይቶት ኣመስግንዎ" መዝ 136፡2-3

# ክርስቶስ ንማዕበል ኣህድአ
## (ሉቃ 8፡22-25)

ሓደ ጊዜ ክርስቶስን ደቂ መዛሙርቱን ብጃልባ ገይሮም ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ካልእ ዓዲ ይጉዓዙ ነበሩ። ክርስቶስ ኣዝዩ ደኺሙ ብምንባሩ ድማ፡ ኣብታ ጃልባ ተገምሲሱ ብርቱዕ ድቃስ ደቀሰ። ኣብቲ ባሕሪ ሃንደበት ሓያል ማዕበል ተላዕለ። ነታ ጃልባ ድማ ንየማን ንጸጋም ንላዕልን የብላ ነበረ። ደቂ መዛሙርቲ እዚ ምስ ረኣዩ፡ ኣዝዮም ፈርሁ፡ ጐይታ ጠፋእና ጠፋእና፡ ንዓ 'ባ ተንስእ ኣድሕነና። ብዛዕባና'ዶ ኣይትግደስን ዲኻ፧ ኢሎም ካብ ድቃሱ ኣተንስእዎ። ኢየሱስ ድማ፡ ኣቱም ሰብ ንእሽቶይ እምነት! ንምንታይ'ከ እትፈርሁ፡ በሎም። ካብ ድቃሱ ተንሲኡ ደው በለ፡ ዓው ኢሉ ድማ፡ ኣታ ማዕበል ህዳእ፡ ኢሉ ነቲ ማዕበል ገንሖ። እቲ ማዕበል'ውን ሽዑ ንሽዑ ሃድአ። እቶም ደቂ መዛሙርቱ'ውን፡ እዚ ንፋሳትን ባሕርን ዝእዘዝዎ ሰብሲ ከመይ ዝበለ እዩ፧ ኢሎም ኣዝዮም ተገረሙ።

# ጓል ያኢሮስ
## (ሉቃ 8፡40-56)

ያኢሮስ ዝስሙ ኣብ ቤት መቕደስ ኣይሁድ ዝሰርሕ ኣዝዩ ክቡር ሰብ ነበረ። ንያኢሮስ ሓንቲ ጓል 12 ዓመት ነበረቶ። ንሳ ኣዝያ ሓሚማ ብምንባራ ድማ ያኢሮስ ኣዝዩ ሓዚኑ፡ ሓዘኑ'ውን ናብ ብዙሕ ጓሂ የእትዮዎ ነበረ። ያኢሮስ ኣብ መገዲ ንኢየሱስ ክመጽእ ምስ ረኣየ፡ እናጐየየ ከይዱ ኣብ ትሕቲ እግሩ ተምበርኪኹ፡ ጓለይ ሓሚማ፡ ክትሓዊ ከአ ተስፋ የብላን፡ ኣነ ግን እልምነካ ኣለኹ። ንስኻ ሓንቲ ጊዜ ዋላ ኢድካ እንተ ኣንቢርካላ ክትሓዊ ብህይወት'ውን ክትነብር ምዃና እኣምንየሞ በጃኻ ንዓናይ ናብ ቤተይ፡ ኢሉ ለመኖ። ክርስቶስ ሕራይ ኢሉ ናብ ቤት ያኢሮስ ክኸይድ ጀመረ። ብዙሕ ህዝቢ'ውን እቲ ዝኸውን ክርኢ ደድሕሪኦም ከደ። ኣብ መገዲ ከለዉ ድማ ሓንቲ ንኢየሱስ፡ ዋላ ክዳኑ ተተንኪፈዮ ክሓዊ ይኽእል እየ፡ ዝብል እምነት ዝነበራ ሰበይቲ ነበረት። እታ ሰበይቲ ካብ ነዊሕ ጊዜ ኣትሒዛ ብሕማም ትሳቐ ዝነበረት እያ። እታ ሰበይቲ'ውን ክዳኑ ተንከፈት እሞ፡ ብኡንብኡ ሓወየት። ክርስቶስ ምስኣ እናተዘራረበ እንከሎ ድማ፡ ሓደ ካብ ኣገልገልቲ ያኢሮስ እናጐየየ መጺኡ ንያኢሮስ፡ ንጐይታ እንታይ ገበረ፡ ኣይተድክሞ፡ ጓልካ ዓሪፋ እያ፡ በሎ። ኢየሱስ እዚ ምስ ሰምዐ ብኡንብኡ ናብ ያኢሮስ ጠሚቱ፡ ያኢሮስ ኣጆኻ ኣይትፍራህ፡ እመን ጥራይ፡ በሎ። ድሕሪ እዚ ድማ ክርስቶስ ንጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን ጥራይ ሒዙ ናብ ገዛ እንዳ ያኢሮስ ኣተወ። ኣብቲ ገዛ ድማ ኩሎም

ኣዝማዱን ኣገልገልቱን ንያኢሮስ ይበኽዩ ነበሩ። ኢየሱስ ድማ፡ ኣይትብከዩ፡ እዛ ህጻን ደቂሳ ኢያ ዘላ ኣይሞተትን፡ በሎም። ኲሎም እቶም ሓዘንተኛታት ድማ፡ እዝስ እንታይ ዘረባ ይዛረብ ኣሎ፡ ሞይታ ክንሳስ ደቂሳ ኣላ፡ ይብል ኢሎም፡ ዘረብኡ ኣይኣመንዎን፡ ሰሓቕዎ'ውን። ኢየሱስ ንኹሎም እቶም ሰባት ካብቲ እታ ህጻን ዝነበረቶ ቤት ኣውጽኦም ናብቲ ገዛ ኣትዩ ድማ ኢድ ናይታ ዝሞተት ህጻን ሓዘ፡ ጓለይ ተንስኢ፡ ድማ በለ። እታ ህጻን ብኡንብኡ ካብ ሞት ተበራበረት። ኣቡኣን ኣዲኣን እዚ ምስ ረኣዩ ኣዝዮም ተሓጕሱን ተደነቑን። ኢየሱስ ድማ፡ እዚ ዝኾነ ነገር ንሓደ ሰብ እኳ ኣይትንገሩ፡ ነዛ ህጻን ከኣ ገለ ዝብላዕ መግቢ ኣምጽኡላ፡ በሎም።

## ኢየሱስ ንደቂ መዛሙርቱ ለኣኾም
## (ሉቃ 9፡1-6)

ክርስቶስ ኣብ ዝኸዶ ስፍራ ዘበለ ኲሉ፡ ንደቂ መዛሙርቱ ምስኡ ይወስዶም ነበረ። ሓደ ጊዜ ግን ንደቂ መዛሙርቱ በበይኖም ጌሩ ክልእኮም ወሰነ። እዚ ድማ በይኖም ኮይኖም ክሰብኩን፡ ትእምርቲ ክገብሩን መታን ክለማመዱ ኢሉ እዩ። ኢየሱስ ድማ ንደቂ መዛሙርቱ በብክልተ ገይሩ መቓቒሎም፡ ናብቲ ዝኸድዎ ድማ ሓንቲ ጫማ፡ ሓንቲ ክዳን ንጉዕዞ ዝጠቅም ንብረት ጥራይ ክማልኡ ነገሮም። መግቢ ኮነ ማይ ግን ፈጺሞም ከይማልኡ ሓበሮም። ኢየሱስ ድማ ኣብ ዝኸድዎ ስፍራ ንሕሙማት ክሕውዩን፡ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ድማ ክሰብኩን ነገሮም። ኣብ ዝኣተውዋ ከተማ ድማ፡ ኣብ ዝኾነ ገዛ ክሓድሩ፡ እቶም ሰብ ቤት ጽቡቕ ጌሮም እንተ ተቐበልዎም ጽቡቕ፡ እንተ ዘይኮነ ግን ካብቲ ገዛ ክወጹን ናብ ጽቡቕ ገይሮም ዝተቐበልዎ ጥራይ ክኸዱን ነገሮም። መሊሱ ድማ በሎም፡ ቃል ኣምላኽ ብምዝራብኩም ብዙሕ መከራ ክጋጥመኩም እዩ። ናብ ቤት ፍርዲ'ውን ከቕርብኹም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ቅድሚ ፍርዲ ቀሪብኩም እንታይ ከም ትዛረቡ ግን ኣይትጨነቑ፡ እቲ ሰማያዊ ኣቦኹም እንታይ ከም ትዛረቡ ባዕሉ ክነግረኩም እዩ። ኣጆኹም ኣይትፍርሁ፡ ሓንቲ ዑፍኳ ብዘይ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዘይትመውት ኣይትፈልጡን'ዶ ኢኹም፧ ንሸኹም'ዶ ግዳ ኣጸቢቕኩም ካብ ኣዕዋፍ ኣይትበልጹን። እቲ ንዓኹም ጣሳ ማይ ዘስትየኩም፡ ኣብ ሰማይ ብዙሕ ዓስቢ ክወሃቦ እዩ። እዚ ምስ በሎም ደቂ መዛሙርቱ በቲ ዝበሎም ኣሚኖም፡ በብክልተ ኮይኖም ናብቲ ዝለኣኾም ከዱ። ኣብ ዝኸድዎ ድማ ሕሙማት እናሕወዩን፡ ቃል ኣምላኽ እናሰበኹን ተጓዕዙ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

**"እቲ ንወሰናት ምድሪ ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ዘለኣለማዊ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ከም ዘይደክምን ከም ዘይሕለልን፡ ኣእምርኡ ከም ዘይምርመርን ኣይትፈልጥን'ዶ ኣይሰማዕካን'ዶኸ ኢኻ፧"**
**ኢሳ 40፡28**

## ኢየሱስ ንሓሙሽተ ሽሕ ሰብ መገበ
## (ሉቃ 9፡10-17)

እቶም ደቂ መዛሙርቲ ካብቲ ዝተላእክዎ ቦታ ምስ ተመልሱ፡ ኵሎም ብዛዕባ ኣብ ዝኸድዎ ስፍራ ዘጋጠሞም ነገር ከዕልልዎ ደለዩ። ኢየሱስ ድማ፡ በሉ ንኺድ ኣብ ሓደ ጽምው ዝበለ ቦታ ከይድና ነዕርፍ፡ በሎም። ኵሎም ተተሓሒዞም ድማ ናብ ጃልባ ደይቦም፡ ብማእከል ቀላይ ጌሮም ናብ ስግር ናብ ዘሎ ቦታ ክኸዱ ተበገሱ። ብዙሕ ህዝቢ ድማ ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ብጃልባ ክኸዱ ምስ ረኣዮ፡ ደድሕሪኦም ብእግሮም፡ ገምገም ገምገም እቲ ቀላይ ጌሮም ሰዓብዎም። ናብቲ ስግር ምስ በጽሑ ድማ፡ ብዙሕ ህዝቢ ናብቲ ክርስቶስ ዘለዎ



ተኣከበ። እቶም ህዝቢ ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ዝበጽሑ ነበሩ። ኢየሱስ ድማ ቃል እግዚኣብሄር ክነግሮም ጀመረ። ከይተፈለጠም ድማ ጊዜ ሓሊፉ ኣጋ ምሸት ኮነ። እቶም ደቂ መዛሙርቱ ድማ፡ ነዞም ህዝቢ ክኸዱ ንገሮም፡ ኣብዚ ከባቢ መሕደርን መግብን እንተረኸቡ እምበር እዝስ በረኻ እዩ፡ ኢሎም ንክርስቶስ ሕሹኽ በልዎ። ኢየሱስ ድማ፡ ዝብላዕ መግቢ ንስኹም ሃብዎም፡ በሎም። እቶም ደቂ መዛሙርቲ በዚ ዘረባ ኣዚዮም ተገረሙ። እዞም ህዝቢ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም፡ ነዚኦም ዝኣክል መግቢ ደኣ ካበይ ከነምጽእ ኢና ኢሎም ተጨነቑ። እንድርያስ ድማ፡ ጐይታይ ሓሙሽተ ጐጎን፡ ክልተ ንኣሽቱ ዓሳን ዝሓዘ ሓደ ህጻን ኣብዚ ኣሎ። እዚኣን ግን

ንመኖም ክኣኽላ እየን፧ በሎ። ኢየሱስ ድማ ኵሉ እቲ ህዝቢ ኣኣብ ዘለዎ ኮፍ ክብል ኣዘዘ። እቶም ህዝቢ ድማ ኣብ ሳዕሪ ኮፍ በሉ። እንታይ እዩ ክገብር፧ ኢሎም'ውን ይሓስቡ ነበሩ። ኢየሱስ ነተን ናይቲ ህጻን ሓሙሽተ ጐጎን ክልተ ዓሳን ወሲዱ፣ ንእግዚኣብሄር ኣመስጊኑ ባሪኹ ንደቂ መዛሙርቱ ሃቦም። ንኹሉ ህዝቢ ክዕድልዎ ድማ ነገሮም። እቶም ደቂ መዛሙርቱ ልክዕ ከምቲ ዝበሎም ገበሩ። ኵሎም እቶም ህዝቢ'ውን በሊዖም ጸገቡ፣ ብዙሕ'ውን ኣትረፉ። ኢየሱስ ነቲ ትርፍራፍ ክእክብዎ ምስ ነገሮም'ውን፣ ኵሉ ኣከብዎ ዓሰርተ ክልተ መሶብ ምሉእ ተረፈ። እዚ ምስ ረኣዩ ኵሎም እቶም ህዝቢ በቲ ተኣምራት ተደነቑ፣ እዚ ናይ ሓቂ እቲ ንዓለም ዘድሕን፣ ነቢይ እዩ፣ ድማ በሉ።

## እቲ ሕያዋይ ሳምራዊ
## (ሉቃ 10፥25-37)



ሓደ ጊዜ፣ ሓደ መምህር ሕጊ ንክርስቶስ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፣ ጐይታይ ናይ ዘለኣለም ህይወት መታን ክረክብሲ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧ ኢየሱስ ድማ፣ ኣብ ሕጊ እንታይ ኣንቢብካ እስኪ ንገረኒ፧ በሎ። እቲ መምህር ሕጊ ድማ፣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ሓይልኻ፣ ብምሉእ ልብኻ፣ ብምሉእ ፍቓድካ ኣፍቅሮ። ንብጻይካ ከኣ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ ይብል፣ በሎ። ኢየሱስ ከኣ፣ ጽቡቕ መልሲ መለስካ፣ በሎ። እቲ ሰብኣይ'ውን ኣስዕብ ኣቢሉ፣ ንምኳኑ ብጻየይ ዝብሃልስ መንዩ፧ ኢሉ ሓተቶ። ኢየሱስ'ውን ንሕትኡ መታን ክምልሰሉ፣ ሓደ ዛንታ ነገሮ። ሓደ ጊዜ ሓደ ሰብኣይ ካብ የሩሳሌም ናብ ያሪኮ በይኑ ይጐዓዝ ነበረ። ሰረቕቲ መጺኦም ድማ ንዕኡ ሃሪሞም፣ ክዳኑ ኵሉ ቀዲዶም ኣይምውት ኣይህሉው ጌሮም ገደፍዎ። እቲ ሰብኣይ ዳርጋ ምውት ኮይኑ ኣብኡ ወደቐ፣ ኣብ ዓቢ ቃንዛ'ውን ነበረ። ሓደ ካህን በቲ መገዲ ክሓልፍ ከሎ ድማ ነቲ ሰብኣይ ረኣዮ፣ ወዲቑ ክሳቐ እናረኣዮ ድማ ገዲፍዎ ብኻልእ መገዲ ኣቢሉ ጉዕዝኡ ቀጸለ። ጸኒሑ'ውን ሓደ ሌዋዊ (ንእግዚኣብሄር ከገልግል ካብ ንእስነቶም ካብ ዓሌቶም ዝተመርጹ ሰባት) በቲ መገዲ ኣቢሉ መጸ። እቲ ሌዋዊ ንኣገልግሎት

እግዚኣብሄር ብእኡ ይሓልፍ ነበረ። ነቲ ሰብኣይ ምስ ረኣዮ ድማ ገዲፍዎ ናብ ዕዮኡ ቀጸለ።

ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ግን ሓደ ሳምራዊ ሰብኣይ በታ መገዲ ኣቢሉ መጸ። እቲ ሳምራዊ ነቲ ዝወደቐ ሰብኣይ ምስ ረኣዮ ኣዝዩ ደንገጸሉ። ናብኡ መጺኡ'ውን ነቲ ቁስሉ ብወይኒ ጌሩ ደረዘሉ፣ ዝከኣሎ ዘበለ ኲሉ'ውን ገበረሉ። መሊሱ ድማ ናብ ናቱ ኣድጊ ጽዒኑ ናብ ቀረባኡ ዝነበረት መዕ ረፊ ኣጋይሽ ወሰዶ። ንጽባሒቱ እቲ ሳምራዊ ነቲ ዋና'ቲ መዕረፍ ኣጋይሽ ገንዘብ ኣውጺኡ ሃቦ፣ ነዚ ሰብኣይ ክሳዕ ዝሓዊ ተሸናኸኖ፣ እዚ ሂበካ ዘለኹ ገንዘብ እንተ ዘይኣኺሉካ ድማ በዚ ክምለስ ከለኹ ክኸፍለካ እየ፣ በሎ። ኢየሱስ ናብቲ መምህር ሕጊ ጠሚቱ በለ፣ በልስከ ሕጂ ንገረኒ፣ ካብዞም ሰለስተስ መኖም እዩ ነዚ ሰብኣይ ዓርኩ ወይ ብጻዩ፤ እቲ ፈራዲ'ውን፣ እቲ ጽቡቕ ዝገበረ ሰብኣይ እምበር፣ ኢሉ መለሰ። ኢየሱስ በሎ ንስኻ'ውን ኪድሞ ከምዚ ሰብኣይ ጽቡቕ ግብሪ ግበር፣ በሎ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ብኹሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ።... ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ" ማር 12፡30-31

## እቲ ብዕውሩ ዝተወልደ ሰብኣይ
## (ዮሃ 9፡1-34)

ሓደ ጊዜ ኢየሱስ ቃል ኣምላኽ እናመሃረ ከሎ፣ ንሓደ ዕዉር ሰብኣይ ኣብ መገዲ ረኸቦ። ኢየሱስ ነቲ ዕውር ኣዝዩ ዘደንግጽ፣ ብርሃን ርእዩ ዘይፈልጥ ሰብኣይ፣ ንዓ ናብዚ፣ ኢሉ ጸውዖ። ኣብ ኣዒንቱ'ውን ካብ ጭቃ ምድሪ ለኸዮ። ኢየሱስ ድማ በሎ፣ ኬድካ በቲ ማይ ስሊሆም ተሓጸብ፣ ኣብኡ ካብ ሕማምካ ክትፍወስ ኢኻ፣ በሎ። እቲ ሰብኣይ ተጓይዩ ናብቲ ዝበሎ ቦታ ከደ። ኣብቲ ማይ'ውን ተሓጽበ። እቲ ሰብኣይ ብኡንብኡ፣ ሓወየ፣ ይርኢ ኣለኹ፣ እናበለ ጨደረ። ኲሎም ዝፈልጥዎ ኣዝዮም ተገረሙ፣ በቲ



ዝኾነ'ውን ንኣምላኽ ኣመስገኑ። ኢየሱስ ፈዊሱኒ፡ ኢሉ ኣብ ኹሉ ቦታ መስከረ፡ ንኣምላኽ እናመስገነ'ውን ይነብር ነበረ።

## ማርያምን ማርታን
## (ሉቃ 10፡38-42)

ኢየሱስን ደቂ መዛሙርቱን ብጥቓ የሩሳሌም ሓሊፎም፡ ናብ ቢታንያ እትብሃል ዓዲ ኣተዉ። ኣብ ቢታንያ ድማ ናብ ገዛ ማርያምን ማርታን ዝበሃላ ኣሓት ኣተዉ። እታ ዓባይ ማርታ ክትከውን ከላ፡ ማርያም ድማ እታ ንእሽቶይ ነበረት። ማርታ ንክርስቶስ ክትቅበሎ ምሳሕ ከተዳሉ ሸበድበድ ክትብል ከላ፡ ማርያም ግን ኣብ ጥቃ ኢየሱስ ኮፍ ኢላ ዝብሎ ኹሉ ትሰምዕ ነበረት። ማርታ በቲ ግብሪ ናይ ሓፍታ ኣይተሓጎሰትን። ስለምንታይ ንዓይ ክትሕግዘኒ ዘይትትንስእ፡ ስኽ ኢላ ኮፍ ትብል፤ ኢላ'ውን ብውሽጣ ሓሰበት። ጸኒሓ'ውን፡ ጐይታ፡ ሓፍተይ ንስራሕ ክትሕግዘንስ ዘይትዛረባ፤ በሎቶ። ኢየሱስ ድማ በላ፡ ማርታ ማርታ፡ ብብዙሕ ነገር ትሽገርን ትጭነቕን ኣለኺ፡ ማርያም ግን ኣዝዩ ጽቡቕ ዕጫ ሓርያ ኣላ፡ በላ።

## ኢየሱስ ክጽልዩ ከም ዘለዎም መሃሮም
## (ሉቃ 11፡1-13)

ኢየሱስ ደቂ መዛሙርቱ ኹሉ ጊዜ ክጽልዩ ከም ዘለዎም ምእንቲ ክምህሮም ኢሉ ብምስላ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም። ምሸት ምድሪ ጋሻ ገዛኹም እንተ ዝመጸኩም እሞ ንዕኡ ዝቕረብ ግን ዋላ ሓንቲ እንጌራ እንተ ዘይህልወኩም እንታይ ምገበርኩም፤ እንዳ ዓ ርኽኹም ወይ ጐረቤትኩም ኬድኩም፡ ዋላ ደቂሶም ከለዉ፡ ኳሕኲሕኩም፡ በጃኻ ጋሻ መጺኡኒ ኮይኑ ዋላ ሰለስተ እንጌራ ኣለቅሓኒ፤ ምበልኩም። ንሱ ግን፡ ኣይትረብሸኒ፡ ኣነን ስድራቤተይን ኹልና ደቂስና ኢና ዘለና እሞ ኣይትረብሸና፤



ምበለኩም። ዋላ ከምኡ እንተ በለኩም፡ ንሸኹም ግን ተስፋ ከይቆረጽኩም ደጋጊምኩም እንተ ትሓትዎ፡ እዝስ ከይሃብክዎ ኣየዕርፈንን እዩ፡ ኢሉ እቲ ዝሓተትኩምዎ ምሃበኩም። ኣነ ድማ እብለኩም ኣለኹ፡ ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ሕተቱ ክወሃበኩም እዩ፡ ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብሉ ክኽፈተልኩም እዩ። ውሉድካ፡ ኣቦየ ጠምየ እንጌራ ሃበኒ እንተ ዝብለካ እምኒ'ዶ ትህቦ ኢኻ፤ ወድኻ ዓሳ ሃበኒ እንተ በለካ'ኸ ዕንቅርቢት ትህቦዶ፤ ፍጹም ኣይትህቦን። ንሸኻትኩም እኳ ንደቕኹም ጽቡቕ ህያብ ትህብዎም ካብ ኮንኩምሲ፡ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ግዳ ነቶም ዝጽልዩ ከመይ ኣብዚሑ መንፈስ ቅዱስ ዘይህቦም።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

“ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ። መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን። ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና። ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና። ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር፡ ናብ ፈተና ኣይተእትወና። መንግስትን ሓይልን ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ፡ ኣሜን!” ማቴ 6፡9-13

## ትሕትና ዘለዎ ክኸብርዩ
## (ሉቃ 14፡7-14)

ሓደ ጊዜ ኢየሱስ ናብ ሓደ ውራይ ተዓዲሙ ምስ ከደ ኵሉ ሰብ ኣብቲ ዝበለጸ ስፍራ ምእንቲ ኮፍ ክብል ኢሉ ክደፋፋእን ክጸቓቐጥን ምስ ረኣየ ከምዚ በሎም፡ ኣብ መርዓ ምስ ተዓደምኩም፡ ኣብቲ ዝበለጸ ስፍራ ተቐዳዲምኩም ኮፍ ኣይትበሉ፡ ምኽንያቱ ሓደ ካባኹም ኣዝዩ ዝኸብር ጋሻ እንተ መጸ፡ እቲ ኣቦ ዳስ ንዓ ካብዚ ዘለኻዮ ተንሲእካ ነዚ ክቡር ጋሻይ ኮፍ ኣብሎ ንሸኻ ከኣ ኣብቲ ታሕቲ ኬድካ ኮፍ በል እንተ በለካስ ሕፍረት'ዶ ኣይኮነን። ካብ መጀመርትኡ ግን ንሸኻ ኣብ ታሕቲ ቦታ እንተ ተቐመጥካ፡ እሞ ሽዑ እቲ ኣቦ ዳስ ምስ ረኣየካ፡ ንዓ ኣታ ክቡር ጋሻይ ኣብዚ ልዕል ዝበለ ቦታ ተቐመጥ፡ እንተ በለካስ ክንደይ ሓጐስ ምስ ተሰምዓካ፡ ኵሉ ዝረኣየካ'ውን መኽበረካ። ስለዚ እብለኩም ኣለኹ እቲ ንርእሱ ልዕል ዘብላ ክዋረድ እዩ፡ እቲ ትሕት ዝብል ግን ልዕል ክብል እዩ እሞ ትሕትና ይሃልኹም።

# እቲ ሓድሽ መዝገብ ዝሰርሐ ሰብኣይ
## (ሉቃ 12፥13-21)

ሓደ ጊዜ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ብዙሕ እኽሊ ኣከበ። እቲ እኽሊ ኣዝዩ ብዙሕ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ዝነበሮ ቆፎታት ክኣኽሎ ኣይከኣለን። በለ ድማ፡ ዓ በይቲ ቆፎታት ክሃንጽ እየ፡ ኩሉ እኽለይ ድማ ኣብኡ ክእክቦ፡ ክበልዕ ክሰቲ ጽቡቕ ናብራ'ውን ክሕልፍ እየ፡ በለ። ኢየሱስ ከኣ፡ እዚ ዓሻ ሰብኣይ ነዚ ከቐምጦ ሓሲቡ ዘሎ እኽሊ ከይበልዮ፡ ክመውት ምዃኑስ ኣይፈለጠን። እቲ ሃብቱ ኣብ ሰማያት እንተ ዝገብሮስ፡ ክንደይ ኮን ምኸሰበ። ሕጂ ግን ሃብቱ ኣብ መሬት እዩ ጌርዎ እሞ ገዲፍዎ'ውን ክኸይድ እዩ፡ በሎም።

| ዝጽናዕ ጥቕሲ |
|---|
| "ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም" ማቴ 6፥33 |

# ሰማያዊ ሃብቲ
## (ማቴ 6፥19-22)

ኢየሱስ ከምዚ በለ፡ ዘለካ ዘበለ ሃብቲ ማለት ወርቂ፡ ብሩር ኩሉ ከይድካ ንድኻታት ሃብ። ገንዘብካ ኣብቲ ሰረቕቲ ኩዒቶም ዝረኽብዎን፡ ዝረአ ቆፎን ኣይተቐምጥ። መዝገብካስ ኣብቲ ዘይምርት፡ ነቐዝ'ውን ከበላሽውዎ ዘይከኣሎም ቦታ ማለት ኣብ ሰማይ ኣቐምጦ። ሓጕስኩም ድማ ዘለኣለማዊ ክኸውን እዩ። ኣብቲ መዝገብካ ዘለዎ ልብኻ'ውን ኣብኡ ኣሎ። ኣብ ሰማይ ኣቐምጦ ክብል ከሎ እንታይ ማለት እዩ፧ ገንዘብካ ከመይ ጌርካ ኣብ ሰማይ ተቐምጦ፧ ኣብ ሰማይ'ዶ ባንኪ ወይ መቐመጢ ገንዘብን ወርቅን ኣሎ እዩ፧ ክርስቶስ ከምኡ ክብል ከሎ፡ ንሸኻ ኣብዛ ምድሪ ከለኻ ብዘለካ ገንዘብን ካልእ ንብረትን ሰናይ ነገር ትገብር እንተ ኼይንካ፡ ማለት ንድኻታት ትሕግዘሉ፡ ንዕዮ ቤት ኣምላኽ ዝኸውን'ውን ትውፍዮ እንተ ኼይንካ፡ ንሸኻ ብጽድቂ ማለት በቲ ሰማያዊ ሃብቲ ሃብታም ክትከውን፡ ኣብ ጊዜ ፍርዲ'ውን፡ ኣታ ብሩኽ ወደይ፡ ንዓ ናብዚ ቦታ ዕረፍቲ መንግስቲ ሰማያት እቶ፡ ኢሉ እቲ ናይ ሰማይ ኣቦና ክቕበለካ እዩ። ስለዚ ዘለና ገንዘብ ክእለት ኩሉ ንዕዮ ጐይታ ንጠቐመሉ።

## እቲ ዓብይ ዕድመ ድራር
## (ሉቃ 14፡15-24)

ሓደ ጊዜ ኢየሱስ ከምዚ ኢሉ ሓደ ዛንታ ነገረ፣ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሓደ ሰብኣይ ዓብይ ናይ ድራር ዕድመ ኣዳለወ። ንዅሎም ፈተውቱን ኣዕሩኽቱን ከኣ ዓደሞም። እቲ ሰዓት ናይ ዕድመ ምስ ቀረበ'ውን ኵሉ ዝብላዕን ዝስተን ቀራረበ። እቲ ሰብኣይ ነቶም ኣገልገልቱ ጸዊዑ ድማ ናብ ኵሎም ፈተውቱ ከይዶም ድራር ተዳልዩ ከም ዘሎ ክነግርዎም ለኣኾም። ኵሎም እቶም ዝተዓደሙ ግና ናብቲ ዕድመ ክመጹ ስለ ዘይደለዩ ነናቶም ምኽንያት ከቕርቡ ጀመሩ። ሓደ፣ ሓድሽ መሬት ገዚኣ ስለ ዘለኹስ ከይደ ክርእዮ እየ፣ ናብቲ ዕድመ ክመጽእ ኣይጥዕመንን፣ ክብል ከሎ ሓደ ካልእ ከኣ፣ ሓድሽ ጽምዲ ብዕራይ ዓዲገ ስለ ዘለኹስ ክፍትኖም ክኸይድ እየ፣ ኣይጥዕመንን እዩ፣ በለ። ካልእውን፣ ሕጂ ተመርዕየ፣ ኣብ ሕጽኖት ስለ ዘለኹስ ኣይጥዕመንን እዩ፣ እናበሉ ምኽንያት ኣቕረቡ። እቶም ባሮት፣ ገዛ ተመሊሶም ንጐይትኦም ኵሉ እቲ ዘጋጠሞም ምስ ነገርዎ፣ ኵሉ እቲ ንዕኦም ኢሉ ዘዳለዎ መግብን መስተን ብምርኣይ፣ ምምጻእ ብምእባዮም ኣዝዩ ተቐጥዐ። ሽዑ እቲ ሰብኣይ ንባሮቱ ጸዊዑ ከምዚ በሎም፣ ሕጂ ብቕልጡፍ ናብ ጐደናታትን፣ መተሓላለፊ መገድን ኬድኩም ንለመንትን፣ ድኻታትን፣ ስንኩላንን፣ ዓይነ ስውራንን ጸውዕዎም፣ ናብዚ ዘዳለኽዎ ዕድመ ክመጹ ዓድምዎም፣ በሎም። እቶም ባሮቱ ልክዕ ከምታ ጐይትኦም ዝበሎም ገበሩ። እቶም ዕዱማት ምስ መጹ ድማ እቲ ሰብኣይ፣ ሕጂ'ውን ብዙሕ ተረፍ ቦታ ስለ ዘሎ፣ ካልኣይ ጊዜ ተመሊስኩም ናብ ጐደናታት ኬድኩም ንዅሎም ጽጉማት ጸውዕዎም፣ ይብልዑ ይስተዩ። ካብቶም መጀመርታ ተዓዲሞም ምምጻእ ዝኣበዩ ኣዕሩኽተይ ግን ሓደ እኳ ካብዚ ዘዳለኽዎ መኣዲ ኣይብላዕ፣ በሎም።

## እታ ዝጠፍአት ብሩር
## (ሉቃ 15፡8-10)

ኢየሱስ ብምስላ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፣ ሓንቲ 10 በሩር ዘለዋ ሰበይቲ፣ ሓንቲ ካብተን ብሩር እንተ ጠፍኣታስ ሱቕ'ዶ ትብል፤ ኣይፋል ንዅሉ ምድሪ ቤት ገዝኣ ደኣ ቶኹስትሮን ሽምዓ ተጠቒማ'ውን ኣብ ትሕቲ ዓራትን ካልእ ክፉል ቤታን ትደልያ። ምስ ረኸበታ ድማ ንዅለን መሓዙታ ጸዊዓ፣ ኣታ ዝጠፍአት ብሩረይ ኣብ ምድር ቤት ገዛይ ረኺበያ እየ እሞ ምሳይ ተሓጐሳ ትብለን፣ ኣዝያ'ውን ትሕጐስ። ኣነ ድማ እብለኩም ኣለኹ ሓንቲ ዝሓጥአት ነፍሲ ብንስሓ ናብ ኣምላኽ እንተ ተመልሰት፣ ኣብ ሰማያት ዓቢዩ ሓጐስ ይኸውን፣ ኵሎም መላእኽቲ'ውን ኣዝዮም ይሕጐሱ፣ በሎም።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እንሆ፡ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣለኹ። ሓደ እኳ ድማጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፊተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኸኣ ክድረር እየ፡ ንሱ'ውን ምሳይ" ራእ 3፡20

# እቲ ጥፉእ ወዲ
## (ሉቃ 15፡11-32)

በለ ድማ ንሓደ ሰብኣይ ክልተ ደቂ ነበርዎ። እቲ ንእሽቶ ከኣ ነቦኡ፡ ኣቦይ ካብዚ ጥሪት እቲ ዝበጽሓኒ ግደ ሀበኒ፡ በሎ። ነቲ ገንዘቡ ከኣ መቐሎም። ድሕሪ ሒደት መዓልቲ ከኣ እቲ ንእሽቶ ወዲ ዘለዎ ኵሉ ኣኪቡ፡ ናብ ካልእ ርሑቕ ሃገር ከደ። ኣብኡ ድማ ነቲ ጥሪቱ ብቕለትን ዕብዳንን ዘረዎ። ዘለዎ ዘበለ ምስ ወድኤ፡ ኣብታ ሃገር ብርቱዕ ጥሜት ኰነ። ንሱ ከኣ ክስእን ጀመረ። ከይዱ ድማ ምስ ሓደ ካብ ደቂ እታ ሃገር እቲኣ ሓሰማታት ክሕልወሉ ተዋዓዐለ። ንሱ ከኣ ሓሰማታት ዝቕለባኦ ቋርፍ ከብዱ ኺመልእ ሃረር ይብል ነበረ፡ ዝህቦ ግና ሓደ እኳ ኣይረኸበን። ሽዑ ናብ ልቡ ተመሊሱ በለ፡ እንጌራ ዝተርፎም ግዙኣት ኣቦይ ክንደይ እዮም። ኣነ ግና ኣብዚ ብጥሜት እመውት ኣሎኹ። ተንሲኤ ደኣ ናብ ኣቦይ ክኸይድ እሞ፡ ኣቦይ ኣብ ቅድሚ ሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ሓጢኣት ገበርኩ። ደጊም ወድኻ ክብሃል ኣይበቅዕን እየ፡ ከም ሓደ ካብ ግዙኣትካ ጥራይ ግበረኒ፡ ክብሎ። ተንሲኡ ድማ ናብ ኣቦኡ ከደ። ኣቦኡ ድማ ገና ርሑቕ ከሎ ረኣዮ እሞ ደንገጸሉ ጐይዩ ከኣ ብኽሳዱ ሓኒቑ ሰዐሞ። እቲ ወዲ ድማ፡ ኣቦይ ኣብ ቅድሚ ሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ሓጢኣት ገበርኩ ደጊምሲ ወድኻ ክብሃል ኣይበቅዕን እየ፡ በሎ። ኣቦኡ ግና ንባሮቱ፡ ብሉጽ ክዳን ኣምጺእኩም ክደንዎ፡ ቀለቤት ከኣ ኣብ ኣጻብዑ፡



ኣሳእን'ውን ኣብ ኣእጋሩ ኣእትውሉ። እዚ ወደይ ሞይቱ ነይሩ ሓውዩ፡ ጠፊኡ ነይሩ'ውን ተረኺቡ እዩ እሞ፡ ስብሕቲ ላም ኣምጺእኩም ሕረዱ፡ ንብላዕ ንተሓጐስ፡ በሎም። ኪሕጐሱ ድማ ጀመሩ።

እቲ ዓብዪ ወዱ ግና ኣብ ወፍሪ ነበረ። መጺኡ ናብ ጥቓ ቤት ምስ ቀረበ፡ ከበሮን ጓይላን ሰምዔ። ካብቶም ግዙኣት ንሓደ ጸዊዑ፡ እዚ እንታይ እዩ፧ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ከኣ፡ እቲ ሓውኻ መጺኡ እዩ እሞ ኣቦኻ ብደሓኑ ስለ ዝረኸቦ፡ ስብሕቲ ላም ሓረደሉ፡ በሎ። ንሱ ግና ኰረየ ምእታው'ውን ኣበየ። ኣቦኡ ከኣ ወጺኡ ለመኖ። ንሱ ግና ነቦኡ፡ እነሆ ክንድዚ ዓመት ተገዛእኩኻ፡ ካብ ትእዛዝካ'ውን ከቶ ኣይሓለፍኩን። ንኣይሲ ምስ ኣዕሩኸይ ዝሕጐሰሉ ማሕስእ እኳ ኣይሀብካንን። እዚ ንገንዘብካ ምስ ኣመናዝር ኰይኑ በሊዑ ዝወድኤ ወድኻ ምስ መጸ ግና፡ ስብሕቲ ላም ሓረድካሉ፡ ኢሉ መለሰሉ። ንሱ ከኣ፡ ወደይ ንስኻስ ኵሉ ጊዜ ምሳይ ኣሎኻ፡ ናተይ ዘበለ ድማ ናትካ እዩ። እዚ ሓውካ ግና ሞይቱ ነይሩ ሓውዩ ጠፊኡ ነይሩ'ውን ተረኺቡ እዩ እሞ ክንሕጐስን ባህ ኪብለናን ይግብኣና እዩ፡ በሎ።

## እቶም ዓሰርተ ለምጻማት
## (ሉቃ 17፡11-19)

ኣብ ሓንቲ ቁሸት 10 ለምጻማት (ቆርበቶም ጻዕዳ ዝኾነ) ይነብሩ ነበሩ። እቶም ለምጻማት ምስቶም ጥዑያት ሰባት ክሕወሱ ኣይፍቀደሎምን ስለ ዝነበረ፡ ካብ ቦታኦም ተፈልዮም ይቕመጡ ነበሩ። ሓደ ጊዜ ኢየሱስ ናብቲ ቁሸት ከም ዝመጸ ምስ ሰምዑ ድማ ናብኡ ጐይዮም፡ ኢየሱስ ጐይታ ሓግዘና ርድኣና፡ በልዎ። ኢየሱስ ምስ ረኣዮም፡ ናብ ካህናት ኬድኩም ኣብ ቅድሚኦም ቅረቡ፡ በሎም። እቶም ለምጻማት ከምቲ ዝተበሃሎም ናብ ቅድሚ ካህናት ቀረቡ፡ ብኡንብኡ'ውን ቆርበቶም ሓውዩ ናብቲ ናይ ቅድም ጥዑይ ቆርበት ከም



ዝተመልሰ ተዓዘቡ። ዓሰርቲኦም በቲ ዝኾነ ነገር ተገረሙን ኣዝዮም

ተሓጒሱን። ትሸዓተ ካብኦም ናብ ገዝኦም ከዱ፡ እቲ መበል ዓስራይ ሳምራዊ ሰብኣይ ግን ናብ ኢየሱስ ተመልሰ። ኣብ ትሕቲ እግሩ ተምበርኪኹ ድማ፡ የቐንየለይ ጐይታ፡ ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን፡ በለ። ኢየሱስ ነቲ ሰብኣይ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፡ እቶም ምሳኻ ዝነበሩ ትሸዓተ ሰባት ድኣ ኣበይ ኣለዉ፧ ነቶም ህዝቢ'ውን ከምዚ በሎም፡ ካብ ኵሎም እዚ ጥራይ ከመስግን ተመልሰ፡ ንሱ'ውን እቲ ጋሻ ናብዛ ዓዲ ዝኾነ ሳምራዊ እዩ። ናብቲ ሰብኣይ ገጹ ጠሚቱ ድማ፡ ብሰላም ኪድ፡ እምነትካ ኣሕውያትካ ኣላ፡ በሎ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ካብ ሽሕሲ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ኣጸድካ ትሓይሽ እያ እሞ፡ ኣብ ድንኳን ረሲኣን ካብ ምንባርሲ፡ ኣብ ቤት ኣምላኸይ ሓላው ደገ ምዃን ይሕሸኒ" መዝ 84፡10

## እቲ በዓል ግራት ወይኒ
## (ማቴ 21፡33-46)

እዚኣ ሓንቲ ካብተን ብክርስቶስ ዝተነግራ ዛንታ እያ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሓደ ሰብኣይ ግራት ወይኒ ነበሮ። እቲ ሰብኣይ ነቲ ግራት ዘርኣ ቀጽሪ'ውን ገበረሉ። ኣብ ውሽጡ'ውን ግንብን ናይ ወይኒ መጽመቒን ሰርሐ። እታ ግራት ብኹሉ ነገራ ኣዝያ ባህ እተብል ነበረት። እቲ ሰብኣይ ናብ ርሑቕ መገሻ ክኸይድ ስለ ዝደለየ፡ ነቲ ግራት ንካልኦት ሓረስቶት ብሓደራ ገዲፍሎም ከደ። እቲ ግራት ፍረ ዝህበሉ ጊዜ ምስ በጽሐ ድማ፡ እቲ ሰብኣይ ንሓደ ካብ ባሮቱ፡ ከይዱ ካብቲ ግራት ገለ ፍረ ሒዙ ክመጽእ ለኣኾ። እቶም ሓረስቶት ግን ነቲ ባርያ፡ ቀጥቂጦም ጥራሕ ኢዱ ናብ ዋንኡ ሰደድዎ። እቲ ዋና እዚ ብዝረኣየ መሊሱ ካልእ ባርያ ለኣኸ፡ ንዕኡ'ውን ቀጥቂጦም ከምቲ ቀዳማይ ጥራይ ኢዱ ሰደድዎ። እቲ ዋና እዚ ምስ ረኣየ ኣዝዩ ተቐጥዐ፡ ንዝዝሰደድኩዎም ባሮተይ ቀጥቂጦም ጥራይ ኢዶም ሰዲዶምዎም እዮም እሞ ሕጂ ግን ነዚ ዘፍቅሮ ሓደ ወደይ ክልእከሎም እየ። ነዚ ግን የኽብርዎን ይንሕፍዎን ግዲ ይኾኑ፡ ኢሉ ሓሰበ። ስለዚ ከኣ እቲ ሰብኣይ ነቲ ዘፍቅሮ ወዱ ናብቶም ሓረስቶት ለኣኾ። እቶም ሓረስቶት ድማ ነቲ ወዱ ናብቲ ግራት ክመጽእ ከሎ ኣማዕድዮም ምስ ረኣይዎ፡ እንሆ እቲ ሓደ ወዱ፡ ወራሲ ኵሉ ሃብቱ ይመጽእ ኣሎ። ነዚ እንተ ቀቲልናዮስ ንሕና ነዚ ግራት ወይኒ ክንወርሶ ኢና፡ ተበሃሃሉ። እቲ ወዲ ናብቲ ግራት ምስ መጸ ከኣ ቀጥቂጦም፡ ቀተልዎ።

ኢየሱስ ድማ እሞ ሕጂ እቲ ዋና እንታይ ዝገብር ይመስለኩም፧ ነቶም ጨካናት ሓረስቶት ካብቲ ሕርሻ ጸሪጉ ከውጽኦምን፡ ነቲ ጽቡቕ ግራቱ ከኣ ንኻልኦት ክህቦምን'ዶ ኣይኮነን! በሎም።

## እቶም ናይ ግራት ወይኒ ሸቃሎ
## (ማቴ 20፥1-16)

ሓደ ጊዜ ኢየሱስ ንደቀ መዛምርቱ፡ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ቀዳሞት ዳሕረዎት፡ ዳሕረዎት ከኣ ቀዳሞት ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ብምስላ ከምዚ ኢሉ ነገሮም። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሓደ ግራት ወይኒ ዝውንን ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ሓደ ንግሆ ኣብ ግራቱ ክሰርሑ ዝኽእሉ ሰባት ከናዲ ኢሉ እናኮለለ እንከሎ፡ ገለ ሸቃሎ ረኺበ እሞ በቲ ስራሕን ደሞዝን ተሰማሚዖም ናብቲ ግራቱ ክሰርሑ ሰደዶም። ጽንሕ ኢሉ ድማ መሊሱ ናብ ዕዳጋ ኣቢሉ ከደ እሞ ኣብኡ ድማ ብዘይ ስራሕ ኮፍ ኢሎም ዝውዕሉ ጉጅለ ሰባት ረኸቦም። ናብ ግራተይ ኪዱ እሞ ኣብኡ ስርሑ፡ ኣነ'ውን እኹል ደሞዝ ክኸፍለኩም እየ፡ በሎም። እቲ ሰብኣይ መሊሱ'ውን ቁሩብ ጸኒሑ ካልኦት ኣብቲ ዕዳጋ ንዘረኸቦም ከምኡ ኢሉ ነገሮም። ኣብ ከባቢ ኣጋ ምሸት፡ ኣብ ኣጋ ምውዳእ ናይታ መዓልቲ'ውን ካልኦት እኩባት ሰብኡት ረኸበ እሞ ከምዚ በሎም፡ ስለምንታይ ምሉእ መዓልቲ ኮፍ ኢልኩም ብዘይ ስራሕ ትውዕሉ፧ ኢሉ ሓተቶም። ንሳቶም ከኣ፡ ስራሕ ዝቖጽረና ስለ ዝሰኣንና ኢና፡ በልዎ። በሉ ኪዱ ናብ ግራተይ ኬድኩም ስርሑ፡ ኣነ'ውን ኣዕጋቢ ደሞዝ ክኸፍለኩም እየ፡ በሎም። ኣብ ኣጋ ምሸት ስራሕ ኣብ ዝተዛዘመሉ ጊዜ ድማ እቲ ሰብኣይ ንኣገልጋሊኡ ጸዊዑ ከምዚ በሎ፡ ንኹሎም እቶም ክዓዩ ዝወዓሉ ጸውዓዮም እሞ ደሞዞም ሃቦም፡ በቶም ድሕሪት ዝመጹ ድማ ጀምር፡ ኢሉ ኣዘዞ። እቶም ድሕሪት ዝተቖጽሩ ደሞዞም ምስ ተዋህቡ፡ እቶም ብንግሆኡ ዝተቆጽሩ'ውን ደሞዞም ክኽፈሉ መጹ። ካብ ኵሎም ንላዕሊ ዝለዓለ ክንክፈል ኢና ኢሎም'ውን ሓሲቦም ነበሩ። እንተ ረኣዩ ግን ኵሎም ሓደ ዓይነት ክፍሊት ተዋህቡ። ብቑጥዓ ድማ፡ እዚ ቅኑዕ ኣይኮነን፡ ከመይ ጌሮም ንሳቶም ማዕሬና ይኽፈሉ። ንሕና ብንግሆኡ ዝጀመርናስ ምስቶም ድሒሮም ዝተቆጽሩ ማዕረ ክንክፈል፡ ኢሎም ኣጉረምረሙ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፡ ኣቱም ኣዕሩኽይ ስምዑኒ፡ ስራሕ ክንጅምር ከሎናስ በቲ ዝኸፍለኩም ተሓጒስኩምን ተሰማሚዕኩምን ነበርኩም። ከም ውዕልና ከኣ ከምኡ እየ ዝኸፍለኩም ዘለኹ። ነቶም ድሒሮም ዝተቖጽሩ'ኸ ማዕሬኹም ተኸፊልክዎም፡ ኣነ እምበር ንሸኻትኩም'ዶ ትጉድኡ ኢኹም፧ በሎም።

## ትሕት ምባል
## (ማቴ 20፥20-28)

ሓደ ጊዜ ዮሃንስን ያእቆብን ክልተ ኣሕዋት ደቂ መዛሙርቱ ንኢየሱስ፣ ሓደ ኣገዳሲ ነገር ክገብረሎም ለመንዎ። ክርስቶስ'ውን፣ ድሌትኩም እንታይ እዩ፧ ኢሉ ሓተቶም። ዮሃንስን ያእቆብን ድማ፣ ኣብ መንግስትኻ፣ ክልቴና ኣብ ጐድንኻ ኮፍ ክንብል፣ ማለት ሓዴና ብየማን ሓዴና ብጸጋም ክንከውን ኣፍቅደልና፣ በልዎ። ኢየሱስ ኣዝዩ ሓዚኑ ከምዚ በሎም፣ ንሸኻትኩምስ ነቲ ትልምንዎ ኣይትፈልጡን ኢኹም፣ በቲ ኣነ ዝሓልፎ መከራን ስቅያትን ክትሓልፉስ ትኽእሉዶ፧ ኢሉ ሓተቶም። ንሳቶም'ውን ህውኽ ኢሎም፣ እወ ንኽእል፣ ኢሎም መለስሉ። እወ ክትሓልፉ ኢኹም፣ ብዛዕባ ኣብ የማነይ ወይ ኣብ ጸጋመይ ምቕማጥ ግና ኣነ ኣይኮንኩን ዝውስኖ፣ በሎም። እቶም ካልኦት ደቂ መዛሙርቱ ናይ ዮሃንስን ያእቆብን ዘረባ ምስ ሰምዑ ኣዝዮም ተቖጥዑ። ኢየሱስ ግን ከምዚ በሎም፣ እብለኩም ኣለኹ፣ ሓደ ካባኹም ልዕ ል ክብል ዝደሊ ሰብ እንተ ሃልዩ፣ ነቶም ካልኦት የገልግል። እቲ ልዕሊ ካልእ ክኸውን ዝደሊ ንሱ ቅድም ልዕሊ ካልኦት ኣዝዩ ትሑት ይኹን። ክርስቶስ'ውን ኻቱ ከገልግል እምበር ክግልገል ኢሉ ኣይመጸን፣ ኢሉ፣ እቲ ትሕት ዝብል ልዕል ከም ዝብል ኣረድኦም።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ናብቶም ናቱ መጸ፣ እቶም ናቱ ኸኣ ኣይተቐበልዎን። ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ውሉድ ኣምላኽ ክኾኑ መሰል ሃቦም" ዮሃ 1፥11-12

## ዘኬዎስ እቲ ቀራጺ
## (ሉቃ 19፥1-10)

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ብያሪኮ ይሓልፍ ነበረ። ዝና ናይ ክርስቶስ ኣዝዩ ገኒኑ ስለ ዝነበረ ድማ ኵሉ ሰብ ንዕኡ ክርኢ ናብ ጐደናታት ብጽቕጥቕጥ ወጸ። ኣብዛ ያሪኮ እትበሃል ከተማ ዝቕመጥ ዘኬዎስ ዝብሃል ኣዝዩ ሓጺር ሰብኣይ ነበረ። ኵሉ ሰብ ንክርስቶስ ክረኢ ምስ ተኣከበ፣ ዘኬዎስ ብማእከሎም ኣዒንቱ ኣሕሊፉ ንክርስቶስ ከይርእዮ ቁመቱ ስለ ዘየፍቀደሉ ሓደ ነገር ተጣበበ። ንሱ ድማ፣ ናብ ልዕሊ ገረብ ምስቃል እዩ። በዚ ሓሳብ ተደሪኹ ዘኪዎስ ናብ ጥቕኡ ዝነበረት ገረብ ሓኾረ እሞ ንክርስቶስ ብንጹር ክርእዮ ከኣለ። ክርስቶስ ኣብ ጥቓ እታ ዘኬዎስ ዘለዋ



ገረብ ምስ በጽሐ፣ ንላዕሊ ጠመተ እሞ ዘኬዎስ ኣብ ላዕሊ ተሰቒሉ ክዕዘቦ ረኣየ። ዘኬዎስ ንዓ ካብ ላዕሊ ውረድ፣ ሎሚ ኣነ ምሳኻ ኣብ ቤትካ ክውዕል መዲበ ኣለኹ፣ በሎ። ዘኬዎስ ቀልጢፉ ወረደ፣ ክርስቶስ ብስሙ ስለ ዝጸውዖን ናብ ገዛኻ ክኸይድ እየ ስለ ዝበሎን ኣዝዩ ተሓጒሱ ነበረ። ዘኬዎስ ሃብታም ሰብኣይ ስለ ዝነበረ፣ ንኣጋይሹ ኣዝዩ ጽቡቕ ምሳሕ ከዳሉ ይኽእል ምኧኑ ይፈልጥ ነበረ። ግን ከኣ ኣዝዩ ብዙሕ ሓጢኣት ከም ዝፈጸመ ድማ ንሱ ጥራይ ዘይኮነስ ኵሉ ተቐማጢ ናይ ያሪኮ ይፈልጥ ነበረ። እቶም ህዝቢ ከኣ፣ ክርስቶስ ናብ ቤት ሓጥእ ክምሳሕ ይኣቱ ኣሎ፣ እናበሉ ከጕረምርሙ ጀመሩ። ዘኬዎስ ግና በቲ ክርስቶስ ዝገበረሉ ክብርን፣ በቲ ንሱ ሓጥእ ክነሱ ክርስቶስ ግን ንዕኡ ከይነዓቐ ኣብ ቤቱ ምእታውን፣ ልቡ ተረቲዑ ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ ተደፊኡ ተነስሐ። ካብ ሽዑ ጀሚሩ፣ ቅዱስን ንእግዚኣብሄር ዘሓጕሶን ናብራ ክነብር ምኧኑ ውን ተመባጸዓሉ። ፍርቂ ናይ ኩሉ ንብረተይን፣ ሃብተይን፣ ንድኻታት ክውፍዮ እየ፣ ካብ ሰብ'ውን ዘይግብኣኒ ከሎ ብዓመጽ ዝወሰድክዎ ነገር እንተሃልዩ፣ ኣርባዕተ ዕጽፊ ጌረ ክመልሰሉ እየ፣ እናበለ ብሓጐስ ተዛረበ። ክርስቶስ'ውን፣ ሎሚ ነዛ ቤት እዚኣ ምድሓን ኮነላ። ወዲ ሰብሲ ነታ ዝጠፍኣት ነፍሲ ክረክብ እዩ ዝመጸ፣ በለ።

## እተን ዓሰርተ መክሊት
## (ሉቃ 19፥11-27)

ሓደ ጊዜ ኢየሱስ ከም ልማዱ ንደቂ መዛሙርቱ ብምስላ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም። ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ንርሑቕ መገሻ ክኸይድ ምስ ተበገሰ፣ ንኣገልገልቱ ጸውዖም እሞ ንነፍሲ ወከፎም ገንዘብ ሂቡ፣ ኣብ ጽቡቕ ዝጠቕም መዓላ ከውዕልዎ ብሕድሪ ሃቦም። እቲ ሃብታም ሰብኣይ መገሻ ወዲኡ ምስ ተመልሰ፣ ነቶም ኣገልገልቱ ጸዊዑ፣ ንገንዘቡ ኣበይ መዓላ ከም ዘውዓልዎ ሓተቶም። እቲ ቀዳማይ፣ ጐይታይ፣ ነቲ ዝሃብካኒ ገንዘብስ ብዓሰርተ ዕጽፊ ኣብዚሐዮ፣ በሎ። እቲ ጐይታኡ ድማ፣ ኣታ እሙን ባርያይ፣ ጽቡቕ ገበርካ። ኣብ 10 ከተማታት ሸይመካ ኣለኹ በሎ። እቲ ካልኣይ

ከኣ፡ ጐይታይ ነቲ ዝሃብካኒ ገንዘብስ ብሓሙሽተ ዕጽፊ ኣብዚሐዮ፡ በሎ። ጐይትኡ ተሓጒሱ፡ ኣታ እሙን ባርያይ ጽቡቕ ገበርካ፡ በዘን ሒደት ተኣሚንካ ኢኻሞ፡ ኣብ ልዕሊ 5 ከተማታት ሽይመካ ኣለኹ፡ በሎ። እቲ ሳልሳይ ኣገልጋሊ ግን ነተን ገንዘብ ልክዕ ከምቲ ጐይትኡ ዝሃቦ ከይወሰኸን፡ ከየጉደለን ኣምጽአን። ንጐይታኡ ከኣ፡ ጐይታይ እቲ ዝሃብካኒ ገንዘብካ ኣብ ጽቡቕ ቦታ ሓቢአዮ ኣለኹ። ኣነስ ንሰኻ ዘየቕመጥካዮ እትወስድ፡ ዘይዘራእካዮ'ውን ትዓጽድ ሓያል ሰብኣይ ምዃንካ ስለ ዝፈለጥኩስ ከይተንከፍኩ ኣቐሚጠየን ኣለኹ፡ በሎ። ጐይትኡ ብዘረባ እቲ ኣገልጋሊኡ ኣዝዩ ተቖጥዐ፡ ኣታ ሰነፍ ባርያ፡ እቲ ገንዘብ እንተ ዘይዓይኻሉስ፡ ዋላ ኣብ ባንክ ዘይተቐምጠ ዝነበርካ፡ ገለ ወሰኽ ገይሩ ምጸንሐ፡ በለ እሞ፡ ናብቶም ባሮቱ ጠሚቱ፡ ገንዘቡ ኹሉ የሕድግዎ፡ ነቲ ዓሰርተ ዕጽፊ ዝረብሐ ድማ ሃብዎ፡ በሎም። ክርስቶስ እዚ ምስ በለ ኣስዒቡ፡ እብለኩም ኣለኹ፡ ነቲ ዘለዎ ይውሰኾ፡ ነቲ ዘይብሉ ግን እታ ዘላቶ እኳ የሕድግዎ፡ በሎም።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ኸኣ ዘይሰምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ዘይተሓሰበ፡ ኣምላኽ ነቶም ዘፍቅርዎ ኣዳለወሎም" 1ቆሮ 2፡9

# ኣልኣዛር ካብ ሞት ይትንስእ
## (ዮሃ 11፡1-44)

ማርታን፡ ማርያም ዝበሃላ ፈተውቲ ኢየሱስ ነበራ። ኣልኣዛር ዝብሃል ሓው ድማ ነበረን። ሓደ መዓልቲ ኣልኣዛር ኣዝዩ ሓሚሙ ነበረ እሞ እተን ኣሓቱ ድማ ንክርስቶስ ምእንቲ ክሕውዮ ናብ ዓደን ቢታንያ ክመጸን መልእኽቲ ሰደዳሉ። ክርስቶስ እንተ መጺኡስ ሓውና ክሓዊ እዩ፡ ኢለን እምነት ጌረን ነበራ እሞ ምምጻእ ናይ ኢየሱስ ሃረር ኢለን ተጸበያኦ። ኢየሱስ እቲ መልእኽተን ተቐበሎ። እቲ መልእኽቲ ድማ፡ ጐይታ እቲ ተፍቅሮ ሓሚሙ ኣሎ፡ ዝብል ነበረ። ኢየሱስ እዚ ምስ ሰምዐ፡ በዚ ሓሚሙዎ ዘሎ ኣልኣዛር ኣይክመውትን እዩ፡ እዚ ዝኾነስ ክብሪ ኣምላኽ ኣብኡ ምእንቲ ክግለጽ እዩ፡ በለ።

ኢየሱስ ንማርያምን ማርታን ኣልኣዛርን ኣዝዩ የፍቅሮም እኳ እንተኾነ ግን ንሰለስተ መዓልቲ ዝኣክል ካብታ መልእኽቲ ዝተሰደደትሉ፡ ብኣገልግሎት ስለ ዘይጠዓሞ ክኸይድ ኣይከኣለን። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ፡ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ ይሁዳ ንኺድ በሎም። ደቀ መዛሙርቱ ግን፡ ኣብ ዝሓለፈ

እዋን ክሃርሙኻ ብዙሕ ተጋዲሎም እዮም፡ ሕጂ'ውን ውሕስነት የብልካን ኣይኘኺድ፡ ኢሎም ተዛረብዎ። ኢየሱስ ግና ናብ ይሁዳ ምኻድ ቅኑዕ ኮይኑ ስለ ዝተራእዮ ግድን በሎም። ኢየሱስ፡ ኣልኣዛር ፈታዊና ደቂሱ ኣሎ እሞ ኘኺድ ከነበራብሮ፡ በሎም። ደቀ መዛምርቱ ከኣ ብዛዕባ ናይ ስጋ ድቃስ ዝተዛረበ መሰሎም። ሽዑ ኢየሱስ፡ ኣልኣዛር ዓሪፉ ኣሎ። ኣነ ኣብኡ ዘይምንባረይ እዩ እዚ ዝኾነ፡ በዚ ግን ኣነ እሕጐስ ኣለኹ። ምኽንያቱ እዚ ዝኾነ ንሰኹም ምእንቲ ክትኣምኑ እዩ። ስለዚ ኘኺድ እሞ ነተንስኣዮ፡ በሎም። ቶማስ ከኣ፡ ኘኺድ በሉ ንሕና'ውን ምስኡ ክንመውት፡ በለ። ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ተኣኻኺቦም ናብቲ እተን ክልተ ኣሕዋት ዝሓዝናሉ ዝነበረ ቦታ ቢታንያ ከዱ። እተን ኣሕዋት እዚ ምስ ሰምዓ፡ ማርታ ንኢየሱስ ንምርካብ ብጉያ ወጸት። ምስ ረኸበቶ ድማ፡ ጐይታይ ንሰኻ ኣብዚ እንተ ትህሉስ ሓውና ኣይምሞተን ኔሩ፡ ግን ሕጂ'ውን ካብ እግዚኣብሄር ዝደለኻዮ ሓቲትካ ትረክብ ምዃንካ እኣምንየ፡ በለቶ። ኢየሱስ እዚ ምስ ሰምዐ፡ ሓውኺ ካብ ሞት ክትንስእዩ፡ በላ። ማርታ ከኣ፡ እወ ጐይታ ኣብ መወዳእታ ክትንስእ ምኳኑስ ይኣምንየ፡ በለቶ፡ ብዛዕባ እቲ ካልኣይ ትንሳኤ ናይ ምውታን እናሓሰበት። ኢየሱስ ግን፡ እቲ ብኣይ ዝኣምን እንተ ሞተ እኳ ብህይወት ክነብርዩ፡ እቲ ብኣይ ዝኣምንስ ኣይክመውትን ክነብር'ዩ፡ እዚስ ትኣምኒ'ዶ ኢኺ፧ በላ። ማርታውን፡ እወ ጐይታይ ንሰኻ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ እቲ ንዓለም ዝተዋህበ ተስፋን ምዃንካ እኣምን እየ፡ በለቶ። ማርታ እዚ ብዝሰምዐት ናብ ማርያም ሓብታ ጐይያ ገዛ ብምእታው፡ ማርያም ጐይታ መጺኡ ክሪእየኪ'ውን ይደሊ ኣሎ፡ በለታ። ማርያም ቀልጢፋ ብድድ ኢላ ናብቲ ክርስቶስ ዘለዎ ኣቢላ ጐየየት። ኵሎም እቶም ኣብቲ ሓዘን ዝነበሩ ፈተውታ ድማ እዚ ምስ ርኣዩ፡ ናብ መቓብር ኣልኣዛር ከይዳ ትበኪ መሲልዎም ደድሕሪኣ ሰዓቡ። ማርያም ኣብቲ ክርስቶስ ዘለዎ ቦታ ምስ በጽሐት፡ ኣብ ትሕቲ እግሩ ተደፍኣ ብኻሂ፡ ጐይታ ንሰኻ እንተ ትነብርስ ሓውና ግዲ ኣይሞተን፡ እናበለት በኸየት። ክርስቶስ ካብ ማርያምን እቶም ካልኦት ሓዘንተኛታትን ዝፈስስ ዝነበረ ንብዓት ምስ ረኣየ ኣዝዩ ደንገጸ። ኢየሱስ ንኣልኣዛር ኣበይ ከም ዝቐበርዎ ሓቲቱ ናብኡ ክወስድዎ ሓበሮም። ኣብቲ መቓብር ምስ በጽሑ ድማ እቲ ዝተቐብረሉ ኣርኣይዎሞ ኢየሱስ'ውን ነብዐ። ኵሎም እቶም ከልቕሱ ዝመጹ ኢየሱስ ክበኪ ምስ ረኣዩ፡ ርኣይዎ እሞ ማዕረ ክንደይ የፍቅሮ ከም ዝነበረ፡ ተበሃሃሉ። እዚ ሰብኣይስ ከድሕኖ ምኽኣለ'ዶ ኔሩ፧ እናበሉ'ውን ነንሓድሕዶም ተዘራረቡ። ኢየሱስ ናብቲ ኣልኣዛር ዝተቐበረሉ ቀሪቡ ረኣየ። እቲ መቓብር ኣብ በዓቲ ኮይኑ፡ ብማዕዶ'ውን ብዓቢ እምኒ ተዓጺዩ ረኣየ። ኢየሱስ፡ ነዚ እምኒ እለይዎ፡ ኢሉ ኣዘዞም። ማርታ ግን፡ ጐይታይ፡ ካብ ዝቐበር ራብዓይ መዓልቱ ጌሩ ኣሎ፡ ኢላ ብጥርጣረ ሓበረቶ። ኢየሱስ ግን፡ ክብሪ ኣምላኽ ክትርኢ ኢኺ'ዶ

ኣይበልኩኽን፧ በላ። እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሓዘንተኛታት ነቲ እምኒ ደፊኦም ነቲ መቓብር ከፈትዎ፡ ኢየሱስ'ውን ከምዚ ኢሉ ክጽሊ ጀመረ፡ ኣቦ፡ ሰሚዕካኒ ኢኻ'ሞ የመስግነካ ኣለኹ። ኣነ ኵሉ ጊዜ ከም ትሰምዓኒ ኣጸቢቐ እፈልጥ እየ። እዚ ዝብሎ ዘለኹ ግን ምእንቲ ነዞም ኣብዚ ዘለዉ ኣነ ንሸኻ ከም ዝለኣኽካኒ ክኣምኑ እየ፡ ኢሉ መሊሱ ዓው ኢሉ፡ ኣልኣዛር፡ ተስእ፡ ውጻእ ካብ መቓብር፡ ኢሉ ጨደረ። ኣልኣዛር ብኡንብኡ ካብቲ በዓቲ ብህይወት ወጸ። ኣሕዋቱ ኣዝየን ተሓጒሳ ሒዘንኦ ድማ ንቤተን ከዳ። ካብቶም እዚ ዝረኣዩ ህዝቢ ድማ ብዙሓት ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ኣመኑ።

## ማርያም ንክርስቶስ ከም ዝቐብኣቶ
## (ዮሃ 12፡1-11)

እቲ ጊዜ ቅንያት ፋሲካ ብምንባሩ፡ ብዙሕ ህዝቢ ናብ ኢየሩሳሌም ገጹ የምርሕ ነበረ። ኵሉ እቲ ህዝቢ ከኣ፡ ኢየሱስ ናብቲ በዓል ይመጽእን



ዘይመጽእን ክፈልጡ ነንሕድሕዶም ይተሓታተቱን ሃረር ይብሉን ነበሩ። እቶም ሊቀ ካህናትን ፈሪሳውያንን ግን ዝኾነ ሰብ ንኢየሱስ ዝረኣዮ ኣበይ ከም ዘሎ ክሕብር ከም ዘለዎ ትእዛዝ ኣውጺኦም ነበሩ። እዚ ከኣ ንክርስቶስ ሒዞም ምእንቲ ክኣስርዎ እዩ ዝነበረ። ሽዱሽተ መዓልቲ ቅድሚ በዓል ፋሲካ፡ ኢየሱስ ናብ ቢታንያ ንማርያምን ማርታን ኣልኣዛርን ክበጽሕ ከደ። ኣብኡ ድማ ምሳሕ ኣዳለውሉ። ማርታ ድማ ኣብቲ ምሳሕ ተገልግል ነበረት። ኣልኣዛር ድማ ምስ ኢየሱስ ኣብ መኣዲ ምስኡ ተቐሚጡ ነበረ። ማርያም ከኣ ኣዝዩ ክቡር ቅዱይ ቅብኢ ዝሓዘ ሳጹን (ብልቃጥ) ሒዛ መጸትሞ፡ ነቲ ብልቃጥ ሰይራ በቲ ቅዱይ ቅብኢ ንርእሲ ክርስቶስ ቀብኣቶ። እቶም ደቂ መዛምርቱ እዚ ምስ ረኣዩ ተቖጥዑ። ይሁዳ'ውን እዝስ ክሳራ እዩ። እዚ ቕዱይ ቅብኢ ተሸይጡስ እቲ ገንዘብ ንድኻታት እንተ ዝውሃብ'ዶ ኣይምሓሸን፧ በለ። ኢየሱስ እዚ ምስ ሰምዐ፡ ግደፍዋ፡ ኣይተጨንቕዋ፡ ማርያም ሎሚ ሓደ ዓቢ ነገር ከም ዝገበረት ኣይተስተውዕሉን'ዶ ዲኹም፧ ድኻታት ኵሉ ጊዜ ምሳኻትኩም

ኣለዉ፡ ኣብ ዝደለኹሞ ጊዜ'ውን ክትሕግዝዎም ትኽእሉ ኢኹም። ንዓይ ግን ኵሉ ጊዜ ክትረኽቡኒ ከም ዘይትኽእሉ እብለኩም ኣለኹ። ማርያምሲ በዚ ዝገበረቶ ኵሉ ጊዜ ክትዝክር ምዃና ደጊመ እብለኩም ኣለኹ፡ በለ።

## ሆሳእና
## (ማቴ 21፡1-11)



ኢየሱስ ክልተ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ልኢኹ ኸምዚ በሎም፡ ኣብ ቅድሜኹም ናብ ዘላ ዓዲ ኺዱ፡ ብኡብኡ እስርቲ ኣድጊ ምስ ዒሉኣ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ፈቲሕኩም ከኣ ኣምጽኡለይ። ዝኾነ ሰብ ሓደ ነገር እንተ በለኩም፡ 'ጐይታ ይደልዮም ኣሎ' በሉ፡ ብኡብኡ ድማ ኺሰዶም እዩ። ደቀ መዛሙርቱ ድማ ኸይዶም ከምቲ ኢየሱስ ዝኣዘዞም ገበሩ። ኩሉ ድማ ከምቲ ንሱ ዝበሎም ኮነ። ነተን እንስሳታት ናብ ኢየሱስ ኣምጽእወን፡ ክዳውንቶም ድማ ኣብ ሕቖ እታ ኣድጊ ኣንበሩ፡ ኢየሱስ ከኣ ተወጥሓ እሞ ቀስ ኢሉ ናብ ኢየሩሳሌም ኣምርሐ። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት፡ ሓደ ካብቶም ናይ ኦሪት ነብያት ከምዚ ኢሉ ነይሩ፡ እቲ ነዊሕ እዋን ዝተጸበናዮ ንጉስ ኣብ ኣድጊ ተወጢሑ ክመጽእ እዩ። ስለዚ እቶም ህዝቢ ንኢየሱስ ምስ ረኣይዎ ኽዳውንቶም ኣብ መገዲ ኣንጸፉ፡ ካልኦት'ውን ካብ ኣእዋም ጨንፈር እናሰልዑ ቀቅድሚኡ ኣብቲ መገዲ ይንስንሱ ነበሩ። እቶም ዚስዕብዎ ዝነበሩ ህዝቢ ኸኣ፡ ሆሳእና ንወዲ ዳዊት፡ ብስም እግዚኣብሄር ዚመጽእ ብሩኽ እዩ፡ ሆሳእና ኣብ ኣርያም፡ እናበሉ ይጭርሑ ነበሩ። እቶም ህጻናት ድማ ምስቶም ሰባት ኮይኖም እናጨርሑ ተሓጒሶም ነቲ ኣብ ኢዶም ዝነበረ ጨንፈር ኣእዋም የወዛውዙ ነበሩ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

**“የሱስ ከኣ፥ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣመነስ እንተ ሞተ እኳ፥ ብህይወት ክነብር እዩ” ዮሃ 11፥25**

## ብዛዕባ ምኽፋል ግብሪ
## (ሉቃ 20፥19-26)

ፈሪሳውያን ዝበሃሉ ንኢየሱስ መኽሰሲ ክረኽብሉ ምእቲ ብዘረብኡ ክስሕትዎ ኩሉ ጊዜ ይፍትኑ ነበሩ፥ ገለ ካብቲ ንሳቶም ጌጋ እዩ ኢሎም ዝሓስብዎ እንተ ተዛሪቡ ክኸስዎ ይደልዩ ነበሩ። ከምዚ ስለ ዝኾነ ድማ ሓደ መዓልቲ ገለ ሰባት ሰደድሉ፥ ንሳቶም ድማ፥ መምህር፥ በልዎ። ፈሊጦም ሓቀኛታት እናመሰሉ፥ ንሸኻ ሓቂ ከም እትምህርን ትዛረብን፥ ብዘይካ ናይ ኣምላኽ ናይ ካልእ ትምህርቲ ከም ዘይትቕበልን ንፈልጥ ኢና። እምበኣር እንታይ ይመስለካ፥ እስከ ንገረና፥ ንቄሳር ግብሪ ምሃብ ይግባእ ድዩ ወይስ ኣይግባእን፧ ኢሎም ሓተትዎ። ኢየሱስ ግና ክስሕትዎ ከም ዝደለዩ ኽፍኣቶም ፈሊጡ፥ ንምንታይ ከምዚ ዓይነት ሕቶ ትሓቱኒ፧ ኣቱም ግቡዛት፥ ንምንታይ ትፍትኑኒ ኣሎኹም፧ እቲ ናይ ግብሪ ገንዘብ ኣርእዩኒ፥ በሎም። ካብኣቶም ድማ ሓደ ሳንቲም ኣምጽኣሉ። ኢየሱስ ድማ፥ ናይ መን መልክዕ እዩ ኣብዚ ዘሎ፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ፥ ናይ ቄሳር እዩ፥ በልዎ። ሽዑ ኢየሱስ፥ እምበኣርሲ ናይ ቄሳር ንቄሳር፥ ናይ ኣምላኽ ከኣ ንኣምላኽ ሃቡ፥ በሎም። ስለዚ ነታ ኢየሱስ ዝመለሰሎም መልሲ ገለ ዝኾነ መንቅብ ወይ መኽሰሲ ምኽንያት ስለ ዘይረኸቡላ፥ ገለ እኳ ኣይተዛረቡን።

## ሞባእ ምውዳቕ ናይ ሓንቲ መበለት
## (ሉቃ 21፥1-4)



ኣብ ኣፍደገ ቤት መቕደስ፥ ሰባት መጺኦም ናይ ገንዘብ ህያብ (ሞባእ) ዘቐምጥሉ ሓንቲ ሳንዱቅ ነበረት። ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ኣብ ጥቓቲ ናይ ሞባእ ሳንዱቕ ተቐሚጡ ኸሎ፥ ሃብታማት ሰባት ኣብታ ሳንዱቕ ብዝሕ ዝበለ ገንዘብ ከቐምጡ ኸለዉ ረኣየ። ሽዑ ሓንቲ ድኻ መበለት ከኣ ኣብኡ ኽልተ ሳንቲም ከተውድቕ ከላ ረኣየ። ኢየሱስ ከኣ ነቶም ኣዕሩኽቱ፥ እዛ ድኻ መበለት ሰበይቲ እዚኣ ካብ ኩላቶም

ኣብዚሓ ከም ዘውደቐት ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። እዞም ሃብታማት ኹላቶም ካብ ተረፍ ሃብቶም እዮም ዘውደቑ። እዚኣ ግና ካብ ስእነታ፡ ዘለዋ ኹሉ ገንዘባ እያ ዘውደቐት፡ በሎም።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ካብ ምቕባልሲ፡ ምሃብ ኣዝዩ ይባርኽ" ግብ 20:35

## ለባማትን ዓያሹን ደናግል
## (ማቴ 25፥1-13)

ሓደ እዋን 10 ደናግል ነበራ። ካብኣተን እተን ሓሙሽተ ዓያሹ፡ እተን ሓሙሽተ ለባማት ነበራ። ሓደ መዓልቲ'ውን ምምጻእ መርዓዊ ክጽበያ ኸለዋ፡ እተን ሓሙሽተ ለባማት ንቀንዴለን ዝኸውን ዘይቲ ተማልኣ፡ እተን ሓሙሽተ ዓያሹ ግና ከምኡ ኣይገበራን። እቲ መርዓዊ ምስ ደንጎየ ድማ፡ ኹለን እተን ደናግል ብምጽባይ ደኺመን፡ ተታኺሰን ደቀሳ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ግና ሓደ ሰብ ዓው ኢሉ፡ ርኣዩ እንሆ መርዓዊ ይመጽእ ኣሎ፡ በለ። ሽዑ ኹለን እተን ደናግል ቀልጢፈን ተንሲአን፡ ቀቀንዴለን ኣዳለዋ። እተን ዓያሱ ነተን ለባማት፡ ቀንዴልና ኺጠፍእ ኢሉ እሞ፡ ካብ ዘይትኽን ግዳ ሃባና፡ በላአን። እተን ለባማት ግና፡ ኣይንህበክንን ኢና፡ ንኣናን ንኣኻትክንን ዚኣክል የብልናን። ናብቶም ዚሸጡ ኼድክን ደኣ ንኣኽን ዘይቲ ኣምጽኣ፡ ኢለን መለሳለን። እተን ሓሙሽተ ዓያሱ ደናግል ኪዕድጋ ምስ ከዳ እቲ መርዓዊ መጸ። እተን ተዳልየን ዝጸንሓ ለባማት ደናግል ድማ ምስኡ ናብ መርዓ ኣተዋ፡ ማዕጾ ድማ ተዓጽወ። ደሓር እተን ዘይቲ ክዕድጋ ዚኸዳ ደናግል መጺአን፡ ኦ ጐይታ! ኦ ጐይታ! ማዕጾ ኺፈተልና፧ በላ። ንሱ ግና፡ መን ምዃንክን ኣይፈልጠክንን እየ፡ ኢሉ መለሰለን። እተን ዓያሱ ደናግል ኣብቲ መርዓ ከይኣተዋ ተሪፈን። ኢየሱስ ድማ ነቶም ዚሰምዑ ዚነበሩ ሰባት ከምዚ በሎም፡ ወዲ ሰብ መዓስ ከም ዚመጽእ ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ፡ ኩሉ ጊዜ ንቑሑን ተዳለዉን።

## ዕትሮ ማይ ዝጾረ ሰብኣይ
## (ሉቃ 22፥7-13)

እታ ንበዓል ፋሲካ ኺዳለዉላ ዚግባእ መዓልቲ ኸኣ መጸት። ደቀ መዛሙርቲ ኢየሱስ ከኣ፡ ጐይታ ነቲ በዓል ዝኸውን መኣዲ ኣበይ ከነዳልወልካ ትፈቱ፧ በልዎ። ንሱ ድማ ንጴጥሮስን ንዮሃንስን፡ ናብታ ኸተማ

ኪዱ፣ በሎም። መሊሱ ድማ፣ እንሆ፣ ኣብታ ኸተማ ምስ ኣቶኹም፣ ዕትሮ ማይ ዝጾረ ሰብኣይ ኪኻነፈኩም እዩ እሞ፣ ናብታ ዚኣትዋ ቤት ስዓብዎ። ነቲ በዓል ቤት ከኣ 'እታ ምስ ደቀ መዛሙርተይ ገንሸል ፋሲካ ዝበልዓላ፣ መቐበል ኣጋይሽሲ ኣበይ እያ፧ ይብለካ ኣሎ መምህር' በልዎ። ንሱ ኸኣ ዝተነጽፈ ኣዳራሽ ኣብ ደርቢ ኼርእየኩም እዩ፣ ኣብኡ'ውን ናይ ፋሲካ መኣዲ ኣዳልዉልና፣ በሎም። ጴጥሮስን ዮሃንስን ከምታ ኢየሱስ ዝበሎም ገበሩ። መብዛሕትኡ ጊዜ ኣንስቲ እየን ዕትሮ ማይ ዝስከማ ዝነበራ፣ ስለዚ ዕትሮ ዝተሰከመ ሰብኣይ ፈሊኻ ንምልላይ ቀሊል ነበረ። ሽዑ ንሽዑ ዕትሮ እተሰከመ ሰብኣይ መጸ፣ እቶም ክልተ ደቀ መዛሙርቲ ድማ ተኸተልዎ። ናብቲ ቦታ ምስ ከደ፣ ንሳቶም ድማ ተኸቲሎሞ ደድሕሪኡ ከይዶም ነቲ በዓል ቤት እታ ናይ ኢየሱስ መልእኽቲ ነገርዎ። እቲ በዓል ቤት ድማ ናብ ሓደ ዓቢ ክፍሊ ኣብ ደርቢ ወሰዶም። ዮሃንስን ጴጥሮስን ነታ ኢየሱስ ዝበሎም ቦታ ስለ ዝረኸብዋ ድማ ኣብኡ ፍሉይ ዝኾነ መኣዲ በዓል ፋሲካ ኣዳለዉ።

## ድራር ጐይታ
## (ሉቃ 22፡14-20፣ ዮሃ 13፡21-26)



ኢየሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ናይ በዓል ፋሲካ ድራር ኼብልዑ ኮፍ በሉ። እናበልዑ ከለዉ ድማ ኢየሱስ፣ ሓደ ካባኻትኩም ከትሕዘኒ እዩ እብለኩም ኣሎኹ፣ በሎም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ብፍርሃት፣ ጐይታ ኣነ ድየ፧ ኣነ ድየ፧ ብምባል መብዛሕትኦም ሓተቱ። ዮሃንስ እቲ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ዝነበረ፣ ኣብ ጥቓ ኢየሱስ ተቐሚጡ ነበረ። ጴጥሮስ ከኣ ንዮሃንስ እቲ ዘትሕዞ መን

ምኺኑ ክሓቶ ምልክት ገበረሉ። ዮሃንስ ከኣ፡ ጐይታይ! መን እዩ ንሱ፧ ኢሉ ሓተቶ። ኢየሱስ ከኣ፡ እቲ ኣነ ቑራስ እንጌራ ጸቢሐ ዝህቦ፡ ንሱ እዩ፡ ኢሉ መለሰ። ሽዑ ኸኣ ቑራስ እንጌራ ጸቢሑ ንይሁዳ ኣስቆሮታዊ ሃቦ።

ድሕርዚ ኢየሱስ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ኣብ መኣዲ ተቐመጠ። ከምዚ ድማ በሎም፡ ቅድሚ ስቓየይ ምሳኻትኩም ገንሸል ፋሲካ ክበልዕ ብዙሕ ሃረር ኢለ ኣለኹ። ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ፡ እንኩም እዚ ንሓድሕድኩም ተኻፈልዎ። እዚ እቲ ምእንታኹም ዝፈሰሰ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ደመይ እዩ፡ በሎም። እንጌራ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ ቆሪሱ፡ እዚ ምእንታኹም ዝወሃብ ዘሎ ስጋይ እዩ፡ ንመዘከርታይ ግበርዎ፡ እናበለ ሃቦም። ደቀ መዛሙርቱ ድማ ካብቲ ኣመስጊኑን ባሪኹን ዝሃቦም ስጋኡን ደሙን ስለ ዝተኻፈሉ ኣዝዮም ተሓጐሱ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"እምበኣርሲ ቅንያቱ ክፉእ እዩ እሞ፡ ጊዜ ዓዲግኩም፡ ከም ለባማት እምበር፡ ከም ዓያሱ ዘይኮነ ከመይ ብጥንቃቐ ኸም እትመላለሱ ተመልከቱ" ኤፌ 5፥15-16

## ኢየሱስ እግሪ ደቀ መዛሙርቱ ከም ዝሓጸበ (ዮሃ 13፥1-16)

ኢየሱስ ድሕሪ ድራር ተንሲኡ ክዳውንቱ ኣንበረ፡ ዓለባን ማይ ዝመልአ ሸሓኒ ወሲዱ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ በብሓደ ተምበርኪኹ እግሮም ክሓጽቦም፡ በቲ ዓለባ'ውን ክደርዞም ጀመረ። ኣብ ሓንቲ ናይ ጸሓይ ሙቐት ዝበርትዓን ደሮናውን ዝበዝሓን ዓዲ፡ ዝኾነ ጊልያ ናይ ሓንቲ ቤት ካብ መገሻ ናብታ ቤት ንዝኣተወ ጋሻ ኣእጋሩ ምሕጻብ ልማድ ነበረ። ናብ ጴጥሮስ ምስ በጽሐ ድማ እግሩ ንኽሓጽቦ ኣብ ቅድሚኡ ተምበርከኸ፡ ጴጥሮስ ግና ጐይታኡ ከምኡ ኺገብር ቅኑዕ ኮይኑ ኣይተራእዮን፡ ስለዚ ከምዚ በለ፡ ጐይታይ፡ ንሸኻ'ዶ ኣእጋረይ ክትሓጽበኒ ኢኻ፧ በሎ። ኢየሱስ ከኣ መሊሱ፡ ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ንሸኻ ሕጂ ኣይትፈልጦን ኢኻ፡ ደሓር ግና ኽትፈልጦ ኢኻ፡ በሎ። ጴጥሮስ ከኣ፡ ኣይከውንን እዩ፡ ኣእጋረይ ፍጹም ኣይትሓጽበንን ኢኻ፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ፡ ኣነ እንተ ዘይሓጸብኩኻስ ምሳይ ግደ የብልካን፡ ኢሉ መለሰሉ። ስምኦን ጴጥሮስ ድማ፡ ጐይታይ፡ እምበኣር ኣእጋረይ ጥራይ ዘይኮነ ኣእዳወይን ርእሰይን ድማ ሕጸበኒ፡ በሎ።

ኢየሱስ ከኣ፡ ሰብነትካ ተሓጺብካ እንተ ኳንካ፡ ካልእ ምሕጻብ ኣየድልየካን እዩ እሞ፡ ነቲ ሓመድ ዘለዎ ኣእጋርካ ጥራይ ተሓጸብ። ንሰኻትኩም ከኣ ንጹሃት ኢኹም፡ ግናኸ ኩላትኩም ኣይኮንኩምን፡ በለ። ኢየሱስ ነቲ ኣሕሊፉ ዚህቦ ይፈልጦ ስለ ዝነበረ እዩ፡ ኩላትኩም ንጹሃት ኣይኮንኩምን፡ ዝበለ።

ኣእጋሮም ሓጺቡ ምስ ወድአ ክዳውንቱ ተኸዲኑ ከም ብሓድሽ ኮፍ በለ፡ ከምዚ ኸኣ በሎም፡ እዚ ዝገበርኩልኩምሲ ኣስተውዒልኩምዎ'ዶ ኣሎኹም፧ ንሰኻትኩም 'መምህር! ጐይታ!' ኢልኩም ትጽውዑኒ፡ ከምኡ ስለ ዝኾንኩ ኸኣ ጽቡቕ በልኩም። ኣነ ጐይታን መምህርን ከሎኹ ኣእጋርኩም ካብ ሓጸብኩ ንሰኻትኩም'ውን ከምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሓጽቡ ይግብኣኩም እዩ። ከምቲ ኣነ ንኣኻትኩም ዝገበርክዎ ንሰኻትኩም'ውን ከምኡ ኽትገብሩ ኣርኣያ ሂበኩም ኣሎኹ።

## ኢየሱስ ኣብ ጌተሴማኔ ከም ዝጸለየ
## (ማር 14፡32-42)

ድሕርቲ ናይ ፋሲካ ድራር ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ንደገ ወጺኦም፡ ብጸልማት ብማእከል መገድታት ናይ የሩሳሌም ተጓዕዙ፡ ናብ ሓንቲ ጌተሴማኔ እትብሃል ቦታ'ውን በጽሑ። ኣብኡ ድማ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ናብቲ ኸይደ ኽሳዕ ዝጽሊ ኣብዚ ጽንሑ፡ በሎም። ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ንያእቆብን ምስኡ ተማልኦም፡ እቶም ካልኦት ግና ኣብኡ ጸንሑ። እዞም ሰለስተ ንኢየሱስ ኣዝዮም ቀረባኡ'ዮም ነይሮም። ኣዝዩ ጕህዩን ተሸጊሩን ከም ዝነበረ ኸኣ ንሳቶም ኣስተውዓሉ። ኣብዚ ጽንሑ፡ ምሳይ'ውን ንቕሑ፡ በሎም። ቁሩብ ርሕቕ ኢሉ ብገጹ ተደፊኡ ከምዚ ኢሉ ጸለየ፡ ዎ ኣቦይ! እዚ ዝከኣል እንተ ኾይኑስ፡ እዚ ኣብ ቅድመይ ዘሎ መከራ ደው ኣብሎ፡ ግናኸ ፍቓድካ ደኣ ይኹን እምበር ከም ፍቓደይ ኣይኹን። ከምዚ ኢሉ ሰለስተ ሳዕ ጸለየ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ግና ሰለስተ ሳዕ ደቂሶም ረኸቦም። ኣብ መወዳእታ ኢየሱስ ከምዚ በሎም፡ ሕጂ ደቅሱን ዕረፉን፡ እታ ኣነ ናብ ኢድ ሓጥኣን ዝወሃበላ እዋን በጺሓ እያ፡ በሎም።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ናብ ፈተና ከይትኣትዉ፡ ንቕሑ ጸልዩውን" ማር 14፡38

## ይሁዳ ንኢየሱስ የትሕዞ
## (ማቴ 26፥47-56)



ገና እዚ ኺዛረብ ከሎ እንሆ ይሁዳ ምስ ብዙሓት ካህናትን ካልኦትን ኣስያፍን ኣባትርን ዝሓዙ ብዙሓት ሰባት መጹ። ይሁዳ ኸኣ፡ እቲ ኣነ ዝስዕሞ ንሱ እዩ ኢየሱስ፡ ኢሉ ምልክት ሂብዎም ነበረ። ብኡብኡ ናብ ኢየሱስ ቀሪቡ ድማ፡ ሰላም መምህር፡ ኢሉ ሰዓሞ። ሽዑ እቶም ብዙሓት ሰባት ንሱ እቲ ዝደልይዎ ዝነበሩ ኢየሱስ ምዃኑ ፈሊጦም ቐሪቦም ሓዝዎ። እንሆ ጴጥሮስ ንመምህሩ ከምኡ ገይሮም ክሕዝዎ ከለዉ ክጻወሮ ስለ ዘይከኣለ፡ ሰይፉ ኣውጺኡ ነቲ ጊልያ ሊቀ ካህናት ወቒዮ፡ እዝኑውን ቆረጾ። ሽዑ ኢየሱስ ከምዚ በሎ፡ ሰይፍኻ ኣቐምጦ፡ ኣነ ፍቓድ ኣቦይ ክገብር ተዳልየ እየ፡ ኢሉ፡ ኢዱ ዘርጊሑ ነቲ እዝኑ ዝተጎድአ ሰብኣይ ኣሕወዮ። በታ ሰዓት እቲኣ ኢየሱስ ነቶም ህዝቢ፡ ከም ንኪታሪ'ዶ በስያፍን በባትርን ክትሕዙኒ መጺእኩም፧ ኩሉ መዓልቲ ኣብ ቤት መቕደስ ተቐሚጠ'ዶ እምህር ኣይነበርኩን፧ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ክትሕዙኒ ትኽእሉ ኔርኩም። ሽዑ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኹሎም ብጣዕሚ ስለ ዝፈርሑ ሓዲጎምዎ ሃደሙ። ኢየሱስ ድማ ምስቶም ከም እሱር ክወስድዎ ዝመጹ እኩባት ሰባት በይኑ ተረፈ።

## ጴጥሮስ ንኢየሱስ ይኽሕዶ
## (ሉቃ 22፥54-62)

ሓለቓን ሓለፍትን ናይ ኣይሁድ ድማ ንኢየሱስ ሒዞም ኣሰርዎ፡ ናብ ቤት እቲ ሊቀ ካህናት ቀያፋ'ውን ወሰድዎ። ቅድሚኡ ናብ ሓሙ ቀያፋ ሃናንያ ዝበሃል ወሲዶሞ ነበሩ። ሃናንያ ድማ እዩ ናብቲ ሊቀ ካህናት ክወስድዎ ዝነገሮም። ኣብኡ ምስ በጽሑ ብዙሓት ሰባት ክጽበዩ ጸንሕዎ። ጴጥሮስ ከምቶም ካልኦት ሰዓብቲ ሃዲሙ እዩ ነይሩ፡ ግናኸ መምህሩ ኣብ ከምዚ ዝበለ ናይ ጭንቂ ጊዜ ኸሎ ክሓድጎ ኣይከኣለን። ስለዚ ነቲ እኩብ ህዝቢ

ሰዓቦ። ኣብቲ ናይቲ ሊቀ ካህናት ኣዳራሽ ምስ በጽሑ፣ ጴጥሮስ ናብቲ ናይ ገላዉ ኣዳራሽ ከይዱ ኮፍ በለ፣ ሓዊ'ውን ይስሕን ነበረ። ሓንቲ ገረድ ተኵራ ድሕሪ ምጥማት፣ ንሰኻዶ ካብቶም ሰዓብቲ እዚ ሰብኣይ ኣይኮንካን፧ በለቶ፣ ሽዑ ንሽዑ ጴጥሮስ ብፍርሃት ተመሊሑ ንሱ ካብቶም ዓ ሰርተው ክልተ ከም ዘይነበረ ኣሉ በለ። ደሓር'ውን ካልእ ገረድ ንጴጥሮስ ምስ ረኣየቶ፣ ኢዳ ናብኡ እናመልከተት ነቶም ምስኡ ኾይኖም ሓዊ ዝስሕኑ ዝነበሩ ከምዚ በለቶም፣ እዚ ሰብኣይ እዚ ሓደ ካብኣቶም እዩ። ጴጥሮስ ድማ፣ ኣነ ኣይኮንኩን፣ ኢሉ መሓለ። ሽዑ ጽንሕ ኢሎም ኩላቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ከምዚ በልዎ፣ ንሰኻ ብሓቒ ካብ ገሊላ ዝመጻእኻ ኢኻ። ልክዕ ካብ ገሊላ ከም ዝመጻኻ ኢኻ ትዛረብ ዘሎኻ፣ እቲ እሱር'ውን ካብ ገሊላ እዩ መጺኡ፣ ጴጥሮስ ግና፣ ብዛዕባ እንታይ ትዛረቡ ከም ዘሎኹም ኣይፈልጥን እየ። ነዚ ሰብኣይ እዚ ኣይፈልጦም እየ፣ ኢሉ ኣትሪሩ መለሰ። ብድሕሪኡ ደርሆ ነቀወ፣ ጴጥሮስ ድማ እቲ ኢየሱስ ከምዚ ዝበሎ ዘከረ፣ ቅድሚ ደርሆ ምንቃዉ ሰለስተ ሳዕ ክትክሕደኒ ኢኻ። ጴጥሮስ ድማ ልክዕ ከምቲ ኢየሱስ ኣቐዲሙ ዝበሎ ከሓደ። ኢየሱስ ከምኡ ምስ በሎ፣ ጴጥሮስ ግና ኣብ ጎኑ ከም ዝኸውንን ከም ዘይክሕዶን እዩ እተመባጽዐ። የግዳስ ጴጥሮስ ኣብቲ መብጽዓኡ ኣይጸንዐን፣ በንጻሩ ንኢየሱስ ክሒድዎ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ኢየሱስ ግልጽ ኢሉ ንጴጥሮስ ጠመቶ እሞ፣ ጴጥሮስ ከኣ በቲ ዝገበሮ ጉህዩ ናብ ወጻኢ ኸይዱ'ውን መሪር ብኽያት በኸየ።

## ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ
## (ዮሃ 18፣28-40)



ኣንጊሆም ንኢየሱስ ናብቲ ናይ ፍርዲ ኣዳራሽ ወሰድዎ፣ ኣብኡ ድማ ኣብ ቅድሚ እቲ ሮማዊ ኣመሓዳሪ ጴንጥዮስ ጲላጦስ ደው ኣበልዎ። ጲላጦስ ድማ ናብቲ ኣብ ቅድሚኡ ሱቕ ብምባል ደው ኢሉ ዝነበረ እሱር ጠመተ እሞ፣ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፣ ንሰኻ'ዶ ንጉስ ኣይሁድ ኢኻ፧ ኢየሱስ ከኣ ፣ ንጉስ ምዃነይ ንሰኻ እኳ ትብል ኣሎኻ፣ ኢሉ መለሰሉ። እቶም እኩባት ህዝቢ ኣይሁድ፣ እቲ ንኢየሱስ ዘቕረብሉ ክሲ ከምዚ ኢዩ ዝብል ነይሩ፣

ኣነ እየ ንጉስኩም፣ ቄሳር ኣይኮነን፣ ከምኡ'ውን፣ ንንጉስ ግብሪ ክትከፍሉ የብልኩምን። ጲላጦስ ድማ መሊሱ፣ ህዝብኻን ሊቃነ ካህናትን እዮም ናባይ ዘምጽኡኻ። እንታይ ጌርካ ኢኻ፧ ኢሉ ሓተቶ። ኢየሱስ ከኣ፣ መንግስተይ ካብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኮነት፣ መንግስተይ ካብዛ ዓለም እዚኣ እንተ ትኸውንሲ፣ ብኣይሁድ ከይተሓዝ ገላዎይ ምተዋግኡለይ ነይሮም። ኣነ ግና ሓቂ ኽምስክር እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ። ጲላጦስ ከኣ፣ ሓቒኸ እንታይ እዩ፧ በሎ። ከምዚ ኢሉ ኸሎ ኢየሱስ ነቲ እቶም ሊቀ ካህናት ኣንጻሩ ዘቕረብዎ ዝነበሩ ክስታት ወላ ሓንቲ ምላሽ ኣይሃበሉን። ኣብ መወዳእታ ጲላጦስ ናብቶም እኩባት ኣይሁድ ወጺኡ፣ ኣነስ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩሉን፣ በሎም።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ኣብ ቅድሚ ሰብ ንተኣመነኒ ኸሉ፣ ኣነ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክእመኖ እየ" ማቴ 10፥32

## ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ሄሮድስ
## (ሉቃ 23፥8-12)



ጲላጦስ ኣቐዲሙ ኢየሱስ ካብ ገሊላ ከም ዝመጸ ሰሚዑ ነይሩ። ካብ ግዝኣት ሄሮድስ ምዃኑ ምስ ፈለጠ ድማ፣ ናብ ሄሮድስ ሰደዶ። ስለዚ ጲላጦስ፣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ንጉስ ሄሮድስ እዩ፣ በለ፣ ካልእ ዝፈርድ ስለ ዝረኸበ ንዕኡ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮነ። ሄሮድስ'ውን በታ ቕነ እቲኣ ኣብ

የሩሳሌም ነበረ። ሄሮድስ ብዛዕባ እዚ መምህር ካብ ናዝሬት፣ ብዙሕ ነገር ሰሚዑ ስለ ዝነበረ፣ ካብ ነዊሕ እዋን ሒዙ ኺርእዮ ይደሊ ነበረ። ንሱ ዚገብሮ ተኣምራት'ውን ኪርኢ ይምነ ነበረ እሞ ናብኡ ይመጽእ ከም ዘሎ ምስ ፈለጠ ኣዝዩ ተሓጎሰ። ኢየሱስ ግና ከምቲ ንሱ ዝደለዮ ተኣምራት ኮነ ካልእ ነገር ኣብ ቅድሚ ሄሮድስ ኣይገበረን። ሽሕ'ኳ ሊቃነ ካህናትን መምህራን ሕግን ንኢየሱስ ብዘይ ገበሮ ይኸስዎ እንተ ነበሩ፣ ኢየሱስ ግና ንሄሮድስ ካብቲ ኹሉ ሕቶታቱ ንሓንቲ እኳ ኣይመለሰሉን። ሽዑ ሄሮድስን ገላውኡን ኾይኖም ኣቃለልዎን ኣላገጹሉን። ጽቡቕ ክዳን ክብሪ ኸዲኖም ኸኣ ናብ ጲላጦስ ሰደድዎ። ጲላጦስን ሄሮድስን ቀደም ጽልእ ነይሮምሲ በታ መዓልቲ እቲኣ ግና ተፋቐሩ።

## ኢየሱስ'ዶ ወይስ በርባን፧
## (ማቴ 27፥15-26)

እቲ ኣመሓዳሪ ጲላጦስ ብበዓል ፋሲካ ነቶም ህዝቢ ዝደለይዎ እሱር ክፈትሓሎም ልማድ ነበሮ። በቲ እዋን ሓደ ባርባን ዝበሃል ውሩይ ገበነኛ እሱር ነበረ። ጲላጦስ ከኣ ካብዞም ክልተ እሱራት ማለት ኢየሱስን ባርባንን ንመኖም ከም ዝፈትሕ ምእንቲ ክሓቶም ናብቶም እኩባት ህዝቢ ኸደ። ንመኖም ክፈትሓልኩም ትደልዩ፧ ንበርባን'ዶ ወይስ ነዚ ኢየሱስ ንጉስ ኣይሁድ፧ ኢሉ ድማ ሓተቶም። ጲላጦስ ኣብ መንበር ፍርዲ ተቐሚጡ ኸሎ ድማ፣ ሰበይቱ ከምዚ ኢላ መልእኽቲ ለኣኸትሉ፣ ሎሚ ለይቲ ዘሸግር ሕልሚ ብዛዕብኡ ሓሊመ እየ እሞ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ጻድቕ ሓንቲ ኸይትብድል ተጠንቀቕ። ሊቃነ ካህናትን ሽማግለታትን ግና፣ ነቶም ህዝቢ፣ በርባን ይፈታሕ ኢየሱስ ግና ይሰቐል፣ ኢልኩም ለምኑ በልዎም። ሽዑ'ውን ጲላጦስ፣ ካብ ክልቲኦም ንመኖም ክፈትሓልኩም ትደልዩ፧ ኢሉ ሓተቶም። ንሳቶም ድማ፣ ንበርባን በልዎ፣ ጲላጦስ ከኣ፣ ነዚ ንሸኻትኩም ንጉስ ኣይሁድ እትብልዎ ሰብኣይ ደኣ እንታይ ክገብሮ፣ በሎም። ስቐሎ! ስቐሎ! እንናበሉ ጨደሩ፣ እዚ ኸኣ እቶም እኩባት ሰባት ጲላጦስ ንክርስቶስ ንሞት ክፈርዶ ከም ዝደለዩ የርኢ። ጲላጦስ ከኣ፣ ስለምንታይ፣ እንታይ ክፉእ ገበረ፧ በሎም። ኣነ ንዕኡ ክቐትሎ ሓንቲ ምኽንያት እኳ ኣይረኸብኩሉን። ኣነ ኽገርፎ እየ፣ ሽዑ ግና ነጻ ክለቖ እየ፣ በሎም። ንሳቶም ግና፣ ስቐሎ ስቐሎ! ጥራይ እናበሉ ጨደሩ። ስለዚ ጲላጦስ ንኢየሱስ ከድሕኖ ከም ዘይክእል ፈሊጡ፣ ካብ ሞት ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ተሓታቲ ከም ዘይኮነ ከርኢ ደልዩ ድማ ማይ ወሲዱ ኣእዳዉ ተሓጸበ። ኣነ ብዛዕባ እዚ ጻድቕ ሰብኣይ እዚ ንጹህ እየ፣ ባዕልኹም ትፈልጡ፣ እናበለ ንበርባን ፈትሓሎም።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

**"ክርስቶስ የሱስ ነቶም ኣነ ዝቐዳማዮም ሓጥኣን ኪድሕን ከም ዝመጸ፡ እዚ ቃል እዚ እሙን እዩ፡ ምቕባሉውን ብኹሉ ግቡእ እዩ" 1ጢሞ 1፡15**

# ወተሃደራት ንኢየሱስ ከም ዘላገጹሉ
# (ዮሃ 19፡1-15)

ብድሕር'ዚ ንኢየሱስ ወሲዶም ገረፍዎ። እቶም ወተሃደራት ከኣ ኣኽሊል እሾኽ ተኺኖም ኣብ ርእሱ ደፍእሉ። ቀይሕ ባርኖስ'ውን ከደንዎ። ኣብ ቅድሚኡ እናሰገዱ ከኣ፡ ኦ ንጉስ ኣይሁድ! ሰላም ንዓኻ፡ እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ። ሽሕ'ኳ ይጸፍዕዎን ጡፍ ይብልሉን እንተ ነበሩ፡ ኢየሱስ ግና እዚ ኩሉ እናኣሳቐይዎ ሓንቲ ቃል እኳ ኣይመለሰን። ሽዑ ንኢየሱስ ኣኽሊል እሾኽ ደፍኡሉን ቀይሕ ባርኖስ'ውን ከደንዎ፡ ደድሕሪ ጲላጦስ ድማ ናብ ደገ ኣውጽእዎ። ጲላጦስ ድማ ከምዚ ኢሉ ጨርሐ፡ እንሆ እቲ ሰብኣይ፡ በሎም። ሊቃነ ካህናትን እቶም ገላውኦምን ምስ ረኣይዎ ኸኣ፡ ስቐሎ! ስቐሎ! እናበሉ ጨርሑ እምበር በቲ ዝረኣይዎ ዘደንግጽን ዘሰምብድን ትርኢት ኣይደንገጹን። ጲላጦስ ከኣ፡ ባዕላትኩም ደኣ ወሲድኩም ስቐልዎ እምበር ኣነ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩሉን፡ በሎም። ኣይሁድ ድማ ፡ ንሕና ሕጊ ኣሎና፡ ከም ሕግና ኸኣ ንሱ ንርእሱ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዝገበረ ኪመውት እዩ ዚግብኦ፡ ኢሎም መለሱሉ። ጲላጦስ እዚ ዘረባ እዚ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ፈርሀ። ከም ብሓድሽ ናብ ቤተ መንግስቲ ኣተወ እሞ፡ ንኢየሱስ፡ ካበይ ኢኻ መጺእኻ፡ በሎ። ኢየሱስ ግና መልሲ ኣይሃቦን። ጲላጦስ ከኣ፡ ንኣይውን'ዶ ኣይትዛረበንን ኢኻ፧ ክሰቕለካን ክፈትሓካን ስልጣን ከም ዘሎኒ'ዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ፧ በሎ። ኢየሱስ ከኣ፡ ካብ ላዕሊ ስልጣን እንተ ዘይወሃበካስ ኣባይ ስልጣን ኣይምሃለወካን ነይሩ። ስለዚ እቲ ናባኻ ኣሕሊፉ ዝሃበኒ ዝገደደ ሓጢኣት ኣለዎ፡ ኢሉ መለሰሉ።

ካብኡ ንደሓር ጲላጦስ ኪፈትሖ ደለየ። ኣይሁድ ግና፡ ነዚ እንተ ፈታሕካዮ ፈታው ቄሳር ኣይኮንካን። ንገዛእ ርእሱ ንጉስ ዚገብር ዘበለ ኹሉ መቐናቕንቲ ቄሳር እዩ፡ ኢሎም ጫው ጫው በሉ። እቶም ህዝቢ፡ ንየው በሎ! ንየው በሎ! ስቐሎ! ንሕና ብዘይ ቄሳር ንጉስ የብልናን፡ እናበሉ ጫው ጫው ይብሉ ስለ ዝነበሩ፡ ኵሉ ጻዕሪ ናይ ጲላጦስ ከንቱ ኮነ። ሽዑ ንኢየሱስ ኪሰቕልዎ ኣሕሊፉ ሃቦም፡ እቶም ወተሃደራት ድማ ክዳኑ ኣልቢሶም ተቐቢሎም ወሰድዎ።

## መገዲ ቀራንዮ
## (ሉቃ 23፥26-38)



ኢየሱስ ምስ ጭፍራ ወተሃደራትን፣ ብብዙሕ ህዝብን ተሰንዩ ካብ የሩሳሌም ናብ ወጻኢ ከተማ ኣምርሔ። ክልተ ካልኦት እሱራት'ውን ምስኡ ክስቀሉ ይኃዓዙ ነበሩ። ነቲ ዝስቀልሉ መስቀል ከኣ ተሰኪሞምዎ ነበሩ። ኢየሱስ ግን ብምኽንያት እቲ ዝረኸቦ መቑሰልትን ማህረምትን፣ ደኺሙን፣ ኣብ ትሕቲ እቲ ዝተሰከሞ መስቀል ከኣ ሰንከልከል ይብልን ይወድቕን ነበረ። እቶም ወተሃደራት እዚ ምስ ረኣዩ ካብቲ ብዙሕ ህዝቢ ንስምኦን ቀሬናዊ ዝተባህለ ሰብኣይ፣ መስቀል ናይ ኢየሱስ ኣስከምዎ፣ ንሱ ከኣ እግሪ እግሪ ኢየሱስ ናብ ቀራንዮ ዝተባህለ ጎቦ ይስዕብ ነበረ። ንኢየሱስ ከኣ ኣብ መንጎ እቶም ክልተ ሰረቕቲ ሰቐልዎ፣ ነእዳዉን ነእጋሩን ከኣ ብመስማር ኣብ መስቀል ሸንከርዎ። ጲላጦስ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ፣ ኢየሱስ ናዝራዊ፣ ንጉስ ኣይሁድ፣ ኢሉ ክጽሓፍ ኣዘዘ። እቶም ሊቀ ካህናት ግና፣ ኣነ ንጉስ ኣይሁድ እየ እዩ ዝበለ፣ ኢልካ ለውጦ በልዎ፣ ንሱ ግና ከምቲ ቀዳማይ ኸሸውን ደኣ ትእዛዙ ኣሕለፈ። ብድሕ እዚ ከኣ ከምቲ ልማድ ዝገብርዎ፣ እቶም ወተሃደራት ንክዳን ኢየሱስ መቓቀልዎ፣ ዕጫ ገይሮም ከኣ ወሰድዎ። ተቐሚጦም ከኣ ንኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ከሎ ይርእይዎ ነበሩ።

## ኣብ መስቀል
## (ሉቃ 23፥39-43)

ብዙሓት ጸላእቲ ኢየሱስ ከኣ ኣብ ትሕቲ መስቀሉ ደው ኢሎም፣ ይጸርፍዎን የላግጹሉን ነበሩ። ንሸኻ እቲ ነዛ ቤት መቕደስ ኣፍርስዋ እሞ ብሰለስተ መዓልቲ ክሃንጻ እየ ዝበልካ፣ ወዲ ኣምላኽ እንተ ኴንካ እስኪ ርእሰኻ ኣድሕን፣ ካብ መስቀል እስከ ውረድ! በልዎ። ንኻልኦት ኣድሒኑ ንርእሱ ግን ከድሕን ኣይከኣለን! ኢሎም ኣላገጹሉ። ከምኡ ከኣ፣ ናይ ሓቂ ንጉስ እስራኤል እንተ ኾይኑ፣ ርኢና ምእንቲ ክንኣምኖስ፣ እስኪ ሕጂ ካብ መስቀል ይውረድ። ኣብ ኣምላኽ ተኣሚኑ እዩ እሞ፣ ሕጂ ኣምላኽ እስኪ

የድሕኖ፡ በልዎ። ማርያም ኣደ ኢየሱስ፡ ምስ ሓፍታን፡ እታ ኢየሱስ ካብ ሕማም ዝፈወሳ ማርያም መግደላዊትን ኣብ ጥቕኡ ደው ኢለን ነበራ። ዮሃንስ እቲ ፍቑር ወደ መዝሙር ኢየሱስ'ውን ምስአን ነበረ። ኢየሱስ ንታሕቲ ኣንቆልቍሉ ብምርኣይ ንዮሃንስ፡ እንሃ ኣዴኻ፡ በሎ። ንማርያም ከኣ፡ ፡እንሆ ወድኺ፡ በላ። ኢየሱስ እዚ ዝበለ፡ እዞም ክልተ ፍቑራቱ ንሓድሕዶም ምእንቲ ክጸናንዑ እዩ። ካብ ሽዓ መዓልቲ ኣትሒዙ ድማ ናብ ቤቱ ወሰዳ። ሓደ ካብቶም ኣብ ጎድኑ ዝነበሩ ሰረቕቲ ድማ፡ ናይ ሓቂ እቲ መሲሕ እንተ ኼይንካስ፡ ንርእሰኻን ንዓናን ኣድሕን፡ ኢሉ ኣባጨወሉ። እቲ ሓደ ሰራቒ ግና፡ ነቲ ብጻዩ ገንሖ፡ ንኣምላኽ'ዶ ኣይትፈርህን ኢኻ፧ ንሕና ዓስቢ እቲ ዝበደልናዮ ኢና ንቕበል ዘሎና። እዚ ሰብኣይ ግና ሓንቲ እኳ ኣይበደለን፡ ከኣ በሎ። ናብ ኢየሱስ እናጠመተ ከኣ፡ ጐይታ ብመንግስትኻ ምስ እትመጽእ ዘክረኒ፡ ኢሉ ተማሕጸኖ። ኢየሱስ ከኣ፡ ብሓቂ ሎሚ ኣብ ገነት ምሳይ ኣሎኻ፡ በሎ።



<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፡ ..... ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቆሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዌና" ኢሳ 53፡4-5

## ኢየሱስ ሞተ
## (ሉቃ 23፥44-56)

ንሰለስተ ሰዓታት ጸሓይ ጸልመተት፣ ጸልማት ከኣ ኣብ ምድሪ ሰፈነ። ኢየሱስ፣ ኣምላኸይ፣ ኣምላኸይ ስለምንታይ ሓደግካኒ፣ ኢሉ ጨደረ። ብትሑት ድምጺ ከኣ፣ ጸማእኩ! በለ። ሰፍነግ ኣብ መጺጽ ኣሊኾም ከኣ፣ ኣብ ሻምብቆ ኣትሒዞም ናብ ኣፉ ሃብዎ። ብድሕሪ እዚ፣ ኣቦይ መንፈሰይ ኣብ ኣእዳውካ የማዕቁባ ኣሎኹ፣ በለ። ኵሉ ተፈጺሙ ምስ ረኣየ ከኣ፣ ተፈጸመ! ብምባል ሞተ። ብኡንብኡ ድማ ምንቅጥቃጥ መሬት ኮነ። ኣኻውሕ ከኣ ተጨዱ፣ እቲ ኣብ ቅድሚ ቅድስተ ቅዱሳን ዝነበረ መጋረጃ ቤት መቕደስ ድማ ኣብ ክልተ ተተርተረ። ሓደ ሓለቓ ሚእቲ ከኣ ኣብ ውሽጢ እዚ ኵነታት፣ ነቲ እተሰቕለ ክርስቶስ ይርእዮ ነበረ። እዚ ኵሉ ክኸውን ምስ ረኣየ ድማ፣ እዚ ሰብኣይ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ እዩ ነይሩ፣ በለ ብኣኽብሮት። እተን ብክርስቶስ ዝኣመና ኣንስቲ ከኣ ቀሩብ ርሕቕ ኢለን ይዕዘባ ነበራ። እቶም ወተሃደራት ንኢየሱስ ብኵናት ጎኑ ክወግእዎ ከለዉ ረኣያ። በታ ምሸት ከኣ፣ ዮሴፍ ዝተባህለ ብዓል ኣርማትያስ ሃብታም ሰብኣይ፣ ሰዓቢ ናይ ኢየሱስ ዝነበረ፣ ናብ ጲላጦስ ከይዱ፣ ስጋ ኢየሱስ ክወስድ፣ ኣብቲ ንዕኡ ኢሉ ዘዳለዎ መቓብር ከኣ ክንብሮ፣ ሓተተ። ጲላጦስ ከኣ ፈቐደሉ። ስለዚ ከኣ ዮሴፍ ንመግነዚ ዝኸውን በፍታን ጨርቅን ኣዳለወ። ኣብ ከውሒ ኣብ ዝተወቕረ መቓብር ከኣ ኣንበርዎ። ብኣዝዩ ግዚፍ እምኒ ከኣ ዓጸውዎ። እተን ኣንስቲ ንሬሳ ኢየሱስ ኣሰነየኦ። ሰንበት ነቲ ዘፍቅርኦ ጐይታ መቐብኢ ዝኸውን ጥዑም ዝጨናኡ ሽቶን ቅብኣትን ሒዘን ምእንቲ ክመጽኣ ድማ ናብ ቤተን ተመልሳ።

## እቲ መቓብር ተሓትመ
## (ማቴ 27፥57-66)

ንጽባሒቱ እቶም ሊቀ ካህናትን ፈሪሳውያንን ናብ ጲላጦስ ከዱ። ከምዚ ከኣ በልዎ “ጐይታይ፣ እቲ መስሓቲ ብህይወቱ ከሎ፣ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ክትንስእ እየ፣ ከም ዝበለ ዘኪርና። ስለዚ ደቀ መዛሙርቱ ብለይቲ መጺኦም ከይሰርቅዎ እሞ፣ ንህዝቢ ካብ ምውታት ተንሲኡ ከይብሉ፣ ካብታ ቀዳመይትስ እታ ዳሕረይቲ ስሕተት ከይትገድድ፣ ነቲ መቓብር ዝሕልዉ ዘብዐኛታት ሃበና”። ጲላጦስ ከኣ “ናትኩም ሓለውቲ ኣለውኹም፣ ከምቲ ቅኑዕ ኮይኑ ዝተራእየኩም ጌርኩም ሓልውዎ” በሎም። እቶም ካህናትን ፈሪሳውያንን ናብቲ ኢየሱስ ተነቢርሉ ዝነበረ ግራት መቓብር ወጹ። ኣብ ልዕሊ እቲ፣ ነቲ መቓብር ተዓጽዩሉ ዝነበረ ዓቢ እምኒ ከኣ ሰብ ኘኸይግልብጦ ንምልክት ማሕተም ገበርሉ። ንእኡ ዝሕልዉ ወተሃደራት ከኣ

ገበሩሉ። ብርእሰ ምትእምማን ከኣ፡ "ሕጂ ደቀ መዛሙርቱ ክወስድዎ ኢልካ ዘይሕሰብ እዩ" ተበሃሃሉ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ" ሮሜ 5፥8

## ኢየሱስ ህያው እዩ
## (ሉቃ 24፥1-12)

ገና ጸልማት ከሎ፡ ሰንበት ንግሆ ማርያም መግደላዊትን ዮሃናን ማርያም ኣደ ያእቆብን ካልኦትን ካብ ምድቃሰን ተንሲኣን ናብቲ ሬሳ ኢየሱስ ዝተነብረሉ መቓብር ኣምርሓ። እቲ እምኒ ካብቲ ኣፍ ደገ ተገምጢሉ ምስ ጸንሓ ግን ኣዝየን ሰንበዳ። በቲ ሃሳስ ብርሃን ናይ ወጋሕታ ናብቲ መቓብር ኣቒሚተን እንተ ረኣያ ግን ስጋ ጐይታ ኢየሱስ ኣብኡ ኣይነበረን። ብጕያ ከኣ ናብ በዓል ጴጥሮስን ዮሃንስን ተመልሳ። ማርያም ከኣ፡ "ንጐይታ እምበር ወሲዶሞ፡ ኣበይ ከም ዘንበርዎ ከኣ ኣይፈለጥኩን!" በለቶም። ጴጥሮስ ከኣ ተንሲኡ፡ ብጕያ ናብቲ መቓብር ኣምርሐ። ድንን እንተ በለ ኸኣ፡ እቲ መግነዝ ጥራይ ተነቢሩ ረኣየ። ነቲ ስጋ ኢየሱስ ተገኒዝሉ ዝነበረን፡ ነቲ ኣብ ርእሱ ተሸፊኑሉ ዝነበረ መኣረምያኡን፡ ከይተሓዋወሰ ኣብ ቦታኡ ተነቢሩ ረኣየ። እዚ ምስ ረኣየ ከኣ ተገሪሙ፡ ኢየሱስ ብርግጽ ተንሲኡ እዩ ኢሉ ኣመነ፡ ናብ ቤቱ ከኣ ተመልሰ። ማርያም ግና ኣብቲ መቓብር ኮይና ትበኪ ነበረት። ኣብቲ መቓብር ኣናበኸየት ከላ ድማ ክልተ መላእኽቲ ኣብቲ ስጋ ኢየሱስ ዝነበሮ ስፍራ ረኣየት። "ኣቲ ሰበይቲ፡ እንታይ የብክየኪ ኣሎ፧" በልዋ። ንሳ ከኣ፡ "ንጐይታይ ወሲዶምዎ፡ ኣበይ ከም ዘንበርዎ ከኣ ኣይፈለጥኩን" ኢላ መለሰትሎም። እዚ ኢላ ንድሕሪት ግልጽ በለት እሞ፡ ብምኽንያት እቲ ጸልማት ወጋሕታ ኩተለልዮ ዘይክኣለት ሓደ ሰብ ደው ኢሉ ረኣየት። እቲ ጋሻ ዝኾነ ሰብ ከኣ፡ "ኣቲ ሰበይቲ እንታይ የብክየኪ ኣሎ ንመንከ ትደልይ ኣሎኺ፧" ኢሉ ሓተታ። ንሳ ከኣ ሓላው ኣታኽልቲ መሲልዋ፡ "ጐይታይ፡ ንስኻ ኣልዒልካዮ እንተ ኴንካስ ኣነ ክወስዶ ኣበይ ከም ዘንበርካዮ ንገረኒ፡" በለቶ። እቲ ሰብኣይ ግና ሓላው ኣታኽልቲ ኣይኮነን ዝነበረ። ኢየሱስ ባዕሉ እዩ፡ ከምቲ ናይ ተስፋ ቃሉ፡ ህያው ኮይኑ ዝተንስኤ። ሽዑ ኢየሱስ፡ "ማርያም" ኢሉ ብስማ ጸውዓ። እዚ ምስ በላ ከኣ ኣለለየቶ፡ "መምህር" ኢላ ከኣ ብሓጎስ ኣእዳዋ እንዳ ዘርግሐት

ክትሓቁፎ ናብኡ ኀየየት። ኢየሱስ ግና ካብኣ ንድሕሪት ርሒቑ ኢሉ፤ "ገና ናብ ኣቦይ ስለ ዘይዓረግኩ ኣይትተንክይኒ። ግናኸ ናብ ኣሕዋተይ ኪዲ እሞ፤ 'ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን፤ ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን እዓርግ ኣሎኹ' በሎም" በላ። ማርያም ከኣ ከምቲ ኢየሱስ ዝበላ ገበረት፤ ነቶም ጉህዮም ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቲ ድማ እዚ ዘሕጉስ ብስራት ኣበሰረቶም።

## መገዲ ናብ ኤማሁስ
## (ሉቃ 24፤13-35)

በታ ማርያም መግደላዊት ንኢየሱስ ዝረኣየትሉ መዓልቲ፤ ክልተ ደቀ መዛሙርቲ ኢየሱስ ካብ ኢየሩሳሌም ናብ ኤማሁስ እትበሃል ቀረባ ዓዲ ብእግሮም ይጉዓዙ ነበሩ። ክጉዓዙ ከለዉ ድማ፤ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቀረባ መዓልቲ ዝኾነ ፍጻመ ንሓድሕዶም ብተስፋ ምቝራጽ ይዘራረቡ ነበሩ። ንሳቶም ክዘራረቡን ኪመራመሩን ከለዉ ከኣ ኢየሱስ ባዕሉ ሕውስ ኢሉ ምሳታቶም ክኸይድ ጀመረ። "ብዛዕባ እንታይ ትዘራረቡ ኣለኹም፧" ኢሉ ከም ዘይፈለጠ ኮይኑ ሓተቶም። ሓደ ካብቶም ክልተ፤ ቀልዮጳ ዝስሙ ከኣ ብምግራም ንኢየሱስ ጠመቶ። "ጋሻ ዲኻ ኣብ የሩሳሌም፧" ኢሉ ከኣ ሓተቶ። ኢየሱስ ከኣ "እንታይ እዩ፧" በሎም። ንሳቶም ከኣ፤ "እዚ ናይ ኢየሱስ ናዝራዊ ነገር፤ ነቢይ ዝነበረ፤ ብዙሕ ጽቡቕ ነገር ዝመሃረን ዝገበረን፤ ሊቀ ካህናትናን መራሕትናን ናብ ናይ ሞት ፍርዲ ኣሕሊፎም ከም ዝሃብዎን ከም ዝሰቐልዎን። ንሕና ግና እቲ ንእስራኤላውያን ዘድሕን ንሱ እዩ ኢልና ተስፋ ንገብር ነበርና። ምስዚ ኵሉ ግና፤ ገለ ካባና ዝኾና ኣንስቲ ሎሚ ንግሆ ናብቲ መቓብር ምስ ከዳ፤ ስጋኡ ኣብኡ ኣይጸንሖንን። መላእኽቲ ግና ኣብቲ መቓብሩ ረኺብወን እሞ ኢየሱስ ተንሲኡ እዩ ኢሎም ነገርወን። ምስ እዚ ኹሉ ግና ንሳተን ንኢየሱስ ኣይረኣያኦን።" ኢሎም ኣዕለልዎ። ኢየሱስ ግና "ኣቱም ንምርዳእ ድንጉያት፤ እቲ መናገሒ ቅድሚ ናብ ክብሪ ምእታው ከም ዝሳቐ፤ ነቢያት ኣይተዛረቡናን ድዮም፧" በሎም። ነቲ ብዛዕባኡ ኣብ ኵሎም ጽሑፋት ዘሎ፤ ካብ ሙሴን ኵሎም ነቢያትን ሒዙ ከኣ ክትርጉመሎም ጀመረ።

ኣብ መወዳእታ ከምዚ ኢሎም እናኣዕለሉ ናብ ኤማሁስ በጽሑ። ኢየሱስ ከኣ ከም ዝሓልፍ መሰለ። ንሳቶም ግና ናብ ቤቶም ክኣቱ ግዲ በልዎ። ኢየሱስ ምስኣቶም ናብ ቤቶም ኣተወ፤ ምስኣቶም ከኣ መኣዲ ተቐረበ። እንጌራ ኣልዒሉ፤ ባረኹ፤ ቆሪሱ ሃቦም፤ ብኡንብኡ ድማ ኣዒንቶም ተኸፍታ፤ ንሱ ኢየሱስ ምዃኑ ከኣ ኣስተውዓሉ፤ ንሱ ግና ካብኣቶም ተሰወረ። "ኣብቲ መገዲ ክዛረበና ከሎ'ዶ ግዳ ልብና ይነደና ኣይነበረ፧" ተበሃሃሉ። ዋላ እኳ መስዩ እንተ ነበረ ከም እንደገና ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። ብምኽንያት

ሓጐሶም ከኣ ድኻም ዝበሃል ኣይተሰምዮምን። ትኽ ኢሎም ናብቲ ደቀ መዛሙርቲ ኢየሱስ ዘለዉዎ ቤት ከዱ፡ እቲ ዘጓነፎም ኵሉ ከኣ ተር ኣቢሎም ዘርዘሩሎም፡ "ብርግጽ ጐይታ ተንሲኡ እዩ" ከኣ በልዎም።

## ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ተገልጸሎም
## (ሉቃ 24፡35-49)

ንሓድሕዶም እናተዛራረቡ ከለዉ፡ ኢየሱስ ኣብ ማእከል እቶም ደቀ መዛሙርቲ ህሩግ በለ። "ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን!" ከኣ በሎም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ግና፡ ንኢየሱስ ምስ ረኣይዎ፡ ፈርሁ። ኢየሱስ ከኣ፡ "ስለ ምንታይ ትፈርሁ፡ እግረይን ኣእዳወይን ርኣዩኒ፡ ተንከፉኒ፡ ኣነ ምዃነይ ከኣ ተዓዘቡ፡ ኣነ ባዕለይ እየ። ከምዚ ኣባይ እትርእይዎ ዘሎኹም፡ መንፈስሲ ስጋን ዓጽምን የብሉን" በሎም። እቲ ኣብ ኣእጋሩን ኣእዳዉን ዝነበረ ሽንካር ከኣ ኣርኣዮም። ንሳቶም ከኣ ካብ ሓጐሶም ዝተላዕለ ገና ምእማን ስኢኖም ክግረሙ ከለዉ፡ "ገለ ዝብላዕ ኣሎኩም፧" በሎም።



ንሳቶም ከኣ ምቃል ጥቡስ ዓሳን ጎነ መዓርን ሃብዎ። ተቐቢሉ ከኣ ኣብ ቅድሚኦም በልዐ። ኢየሱስ ብርግጽ ህያው እዩ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ንሱ ብሰሪ ሓጢኣትና በጃ ተዋህበ፡ ስለ ጽድቅናውን ተንስኤ"
ሮሜ 4፡25

## ቶማስ ኣመነ
## (ዮሃ 20፡24-31)

ሓደ ካብቶም ዓሰርተ ክልተ ዝኾነ ቶማስ ግና፡ ኢየሱስ ክግለጸሎም ከሎ ኣብኡ ኣይነበረን። ብኡንብኡ ምስ መጸ፡ "ንኢየሱስ ርኢናዮ" ኢሎም

ብሓጐስ ነገርዎ። ቶማስ ግና ኣይኣመኖምን። “ኣሰር እቲ ሽንካር ኣብ ኣእዳዉ እንተ ዘይረኣኹ፣ ኣጻብዐይ ድማ ኣብቲ ዝተሸንከሮ እንተ ዘየእተኹ፣ ኣብ ጎድኑ'ውን ኢደይ እንተ ዘየእቶኹ ኣይኣምንን እየ” በሎም። ድሕሪ ሸሞንተ መዓልቲ፣ ቶማስን ኵሎም ደቀ መዛሙርትን ተኣኪቦም ከለዉ፣ ማዕጾ ብዕጹዉ ኢየሱስ ደበኽ በለ። “ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን!” ከኣ በሎም። ኢየሱስ ናብ ቶማስ ግልጽ ኢሉ፣ “ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ፣ ነእዳወይውን ርአ፣ ኢድካ ናብዚ ኣምጽእ እሞ፣ ናብ ጎድነይ ኣእትዋ፣ ኣማኒ እምበር ዘይኣማኒ ኣይትኹን” በሎ። ቶማስ ብኣኽብሮት፣ “ጐይታይን ኣምላኸይን” በሎ። ኢየሱስ ድማ፣ “ስለ ዝረኣኻኒ ኢኻ ኣሚንካ፣ እቶም ከይረኣዩኒ ዝኣምኑ ግና ሕጉሳት እዮም” በሎ።

## ኣብ ጥቓ ቀላይ ገሊላ
## (ዮሃ 21፥1-14)

ጴጥሮስን ቶማስን ካልኦት ደቀ መዛሙርትን ኣብ ደንደስ ቀላይ ገሊላ ነበሩ። ብሃንደበት ጴጥሮስ፣ “ኣነስ ናብ ምግፋፍ ዓሳይ ክኸይድ እየ” በሎም። እቶም ካልኦት ከኣ፣ “ንሕናውን ምሳኻ” በልዎ። ናብ ጃልባ ደይቦም ከኣ ምሉእ ለይቲ ክጅልቡ ሓደሩ። ግናኸ ሓንቲ እኳ ኣይሓዙን። ምድሪ ምስ ወግሐ ኢየሱስ ኣብ ገምገም ባሕሪ ደው በለ፣ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ግና ኣየለለይዎን። “ደቀየ ገለ ዝብላዕ'ዶ ኣሎኩም” ኢሉ ተዳህዮም። “ገለ እኳ የብልናን” ኢሎም መለስሉ። ንሱ ከኣ፣ “ነቲ መርበብ ናብ የማን ጃልባ ኣቢልኩም ደርብይዎ እሞ ክትረኽቡ ኢኹም” በሎም። ሽዑ ደርበይዎ እሞ፣ ካብ ብዝሒ እቲ ዓሳ እተላዕለ ምስሓቡ ሰኣኑ። ዮሃንስ ከኣ ንጴጥሮስ፣ “ጐይታ እምበር እዩ” በሎ። ጴጥሮስ ከኣ ክዳኑ ኣልዒሉ፣ ናብቲ ማይ ዘለለ፣ ናብ ኢየሱስ ገጹ ከኣ ናይ ዘለዎ ዓቕሚ ሓንበሰ። እቶም ካልኦት ከኣ በታ ንእሽቶ ጃልባ ሰዓብዎ። ብኡንብኡ ኣብኡ ምስ በጽሑ ኣብቲ ደንደስ ኢየሱስ መኣዲ ኣዳልዩሎም ጸንሐ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

**“እቶም ከይረኣዩ ዝኣምኑ ብጹኣን እዮም” ዮሃ 20፥29**

## ተፍቅረኒ ዲኻ፧
## (ዮሃ 21፥15-25)

ተመሲሖም ምስ ወድኡ፣ ኢየሱስ ናብ ስምኦን፣ ዳሕራይ ጴጥሮስ ዝተበሃለ ግልጽ ኢሉ፣ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፣ ስምኦን ወዲ ዮና ካብዚኣቶም

ኣብሊጽካ'ዶ ተፍቅረኒ ኢኻ፤ ንሱ ኸኣ፡ እወ ጐይታይ፡ ኣነ ከም ዘፍቅረካ፡ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ፡ ዕያውተይ ኣብልዕ፡ በሎ። ከም ብሓድሽ ከኣ ካልኣይ ጊዜ፡ ስምኦን ወዲ ዮና ተፍቅረኒዶ ኢኻ፤ በሎ። ንሱ ከኣ፡ እወ ጐይታይ፡ ኣነ ከም ዘፍቅረካ፡ ንስኻ'ኳ ትፈልጥ ኢኻ፡ በሎ። ንሳልሳይ ጊዜ ድማ፡ ስምኦን ወዲ ዮና፡ ተፍቅረኒዶ ኢኻ፤ በሎ። ጴጥሮስ ሰለስተ ሳዕ ተፍቅረኒዶ ኢኻ ስለ ዝበሎ፡ ጉህዩ፡ ጐይታይ ንስኻ ኩሉ ትፈልጥ ኢኻ፡ ኣነ ከም ዘፍቅረካ'ውን ትፈልጥ ኢኻ፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ፡ ኣባጊዐይ ኣብልዕ፡ በሎ። ቀጺሉ ድማ፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ንስኻ በጽሒ ከሎኻ፡ ባዕልኻ ተዓጢቕካ ናብ ዝደለኻዮ ትኸይድ ነበርካ። ምስ ኣረግካ ግና፡ ኣእዳውካ ከም እተልዕል እሞ ካልእ ከም ዜዕጥቐካ፡ ናብ ዘይደለኻዮ'ውን ይወስደካ፡ በሎ። ኢየሱስ፡ ጴጥሮስ ብኸመይ መገዲ ከም ዝመውት እዩ ዝነግሮ ነይሩ። ስዓበኒ፡ ድማ በሎ። ጴጥሮስ ድማ ናብ ዮሃንስ ግልጽ ኢሉ፡ ንኢየሱስ ከምዚ ክብል ሓተቶ፡ ጐይታይ እዚ ሰብኣይከ እንታይ ክኸውን እዩ፤ ኢየሱስ ከኣ፡ ክሳዕ ዝመጽእ ክጸንሕ እንተ ፈተኹኹ፡ እንታይ ገዲሱካ፡ ንስኻ ግዳ ስዓበኒ፡ በሎ።

## ኢየሱስ ናብ ኣቡኡ ይኸይድ

### (ማቴ 28፡16-20፣ ማር 16፡19-20፣ ሉቃ 24፡50-53፣ ግሃ 1፡1-11)

እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኣብቲ ኢየሱስ ዝኣዘዞም ቦታ ማለት ከረን ገሊላ ምስ ከዱ፡ ኣብኡ ተኣኪቦም ከለዉ፡ ኢየሱስ ናባታቶም መጸ። ኢየሱስ ከኣ ቀሪቡ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኵሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ። ስለዚ ኪዱ ኾኑሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኺሕልዉ ከኣ እናመሃርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም፡ እንሆ ድማ ኣነ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ። ኢየሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ንኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮም (ምስኦም እናተመላለሰ) ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምዃኑ ርእሱ ኣርኣዮም። ዮሃንስ ብማይ እዩ ዘጥመቐ፡ ንስኻትኩም ግና ድሕሪ ቅሩብ መዓልታት ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቑ ኢኹም እሞ፡ ነቲ ኻባይ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ ኣቦይ ተጸበዩ፡ ኢሉ ካብ ኢየሩሳሌም ከይወጹ ኣዘዞም። ተኣኪቦም ከለዉ ድማ፡ ጐይታይ በዚ ወርሓት እዚዶ ንእስራኤል መንግስቲ ከተቕንዕ ኢኻ፡ ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣቦ ብስልጣኑ ዝመደቦ ዘመኑን ጊዜኡን ክትፈልጡ ናታትኩም ኣይኮነን። መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዝወርድ ግና፡ ሓይሊ ክትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም፡ በሎም። ንሳቶም ኣብ ከረን ደብረዘይቲ

ዝበሃል ተኣኪቦም ከለዉ ድማ እናረኣይዎ ዓረገ፡ ካብ ኣዒንቶም ከኣ ደበና ተቐበለቶ። ንሳቶም ናብ ሰማይ ገጾም ኪጥምቱ ኸለዉ ከኣ እንሆ፡



ጻዕዳ ኽዳውንቲ እተኸድኑ ክልተ ሰብኡት ኣብ ጥቓኦም ደው በሉ። ኣቱም ሰብ ገሊላ፡ ስለ ምንታይ ናብ ሰማይ ኣናጠመትኩም ደው ኢልኩም ዘሎኹም፧ እዚ ካባኻትኩም ናብ ሰማይ ዝዓረገ ኢየሱስ፡ ከምቲ ናብ ሰማይ ኪዓርግ ከሎ ዝርኤኹምዎ ከምኡ ገይሩ ክመጽእ እዩ፡ በልዎም። ብድሕሪኡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ክጽልዩን ንእግዚኣብሄር ክባርኹን ናብ የሩሳሌም ተመልሱ።

## እቲ ሓድሽ ሃዋርያ
## (ግብ 1፡12-26)

እቶም ደቀ መዝሙርቲ፡ ብዛዕባ እቲ ናይ መወዳእታ ርክቦም ምስቲ ዝዓረገ ጐይታ እናሓሰቡን እናኣስተንተኑን ናብ ኢዮሩሳሌም ተመልሱ። ምስ ኣተዉ ኸኣ፡ ናብቲ ደርቢ ደየቡ፡ ኣብኡ ድማ ኩሎም ኣኼባ ገበሩ። ኣብ መንጎኦም ድማ ማርያም ኣደ ኢየሱስን ኣሕዋቱን ነበሩ። ብዛዕባ እቲ ኢየሱስ ዝበሎምን ዝገበሮን እናተዘራረቡ ድማ ብሓደ ኾይኖም ብጸሎት ነዊሕ ጊዜ ኣሕለፉ።

ሓደ መዓልቲ ኣስታት ሚእትን ዕስራን ዝኣኽሉ ሰባት ተኣኪቦም ከለዉ፡ ጴጥሮስ ኣብ ማእከል እቶም ኣሕዋት ተንሲኡ ከምዚ በለ፡ ስፍራ ናይቲ ንጐይታና ዘትሓዘን ካባና ንዝረሓቐን ይሁዳ እንትክኣሉ ጊዜ ሕጂ እያ። ስለዚ ካብዞም ጐይታ ኣብ ማእከልና ከሎ ኩሉ ጊዜ ምሳና ዝነበሩ ሓደ ብዛዕባ ትንሳኤኡ ምሳና ምስክር ክኸውን ይግባእ እዩ። ንኽልተ ሰባት ማለት

ዮስጦስ ዝሰመይዎ ዮሴፍን ማትያስን ንውድድር ከም ሕጹያት መረጹ። ካብ ክልቲኦም ንሓደ ክመርጹ ስለ ዝነበሮም፣ ኣምላኽ ክሕግዞም ከምዚ ኢሎም ጸለዩ፣ ዎ ልቢ ኹሉ እትፈልጥ ጐይታ፣ እዛ ይሁዳ ዝሓደጋ ስፍራ ኪቕበልሲ፣ ካብዞም ክልተ እዚኣቶም ዝሓረኻዮ ሓደ ኣርኢ። ዕጭ ምስ ኣውድቑሎም፣ እታ ዕጭ ናብ ማትያስ በጽሔት። ምስቶም ዓሰርተው ሓደ ሃዋርያትውን ተቖጽረ።

## ዝጽናዕ ጥቕሲ

"ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ። እቲ እንተ ዘይህሉስ፣ ምበልኩኹም ነይረ። ስፍራ ክዳልወልኩም እኸይድ ኣለኹ፣ ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም፣ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ፣ ንሸኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ክትኮኑስ፣ ተመሊሰ ክመጽእ እየ እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ" ዮሃ 14፥2-3

# ህያብ መንፈስ ቅዱስ
# (ግብ 2፥1-47)

በቲ በዓል ሓምሳ ዝበሃል ናይ ኣይሁድ በዓል፣ እቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ኣብ ሓደ ቦታ ተኣኪቦም ከለዉ ብድንገት ከም ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ካብ ሰማይ ደሃይ መጸ። ነታ ተቐሚጦማ ዝነበሩ ቤት'ውን ንብዘላ መልኣ። እተመቓቐለ ልሳን ሓዊ ዝመስል ድማ ተራእዮም፣ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም ከኣ ተቐመጠ። እዚ ምልክት ናይቲ ኢየሱስ ዘተስፈዎም ህያብ መንፈስ ቅዱስ እዩ ነይሩ። ኩሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፣ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ከም ዝሃቦምውን ብኻልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ። እዚ ደሃይዚ ምስ ኮነ፣ ብዙሕ ህዝቢ ተኣከበ። በብቋንቋኦም ኪዛረቡ ሰሚዖም ከኣ፣ ዝብልዎ ጠፍኦም። ኩላቶም ተገረሙን ተደነቑን፣ ከምዚ ኺኣ በሉ፣ እንሆ እዞም ዚዛረቡ ኹሎም ገሊላውያንዶ ኣይኮኑን፧ ከመይ ኢልና ደኣ ኹላትና በበቲ እተወለድናሉ ቋንቋ ኺዛረቡ ንሰምዖም ኣሎና። ንሕና ሰብ ጰርቴን ሰብ ሜዶንን ሰብ ኤላምን እቶም ኣብ መንጎ ክልተ ርባን ኣብ ይሁዳን ኣብ ቀጰዶቅያን ኣብ ጰንጦስ ኣብ እስያ ዝነብሩን፣ ኣብ ፍግርያን ኣብ ጰምፊልያን ኣብ ግብጽን ኣብ ዓድታት ሊብያ ጥቃ ቀሬንን ካብ ሮሜ ዝመጹ ማእከላይ ዓሌትን ኣይሁድን ጵሮሴሊታትን፣ ሰብ ቅሬጥስን ሰብ ዓ ረብን በብቛንቋና ብዛዕባ እቲ ዓብዩ ግብሪ ኣምላኽ ኪዛረቡ ንሰምዖም ኣሎና። እዚ ነገር እዝስ እንታይ ኮን ይኸውን፧ ተበሃሃሉ። ገሊኦም ግና

እናኣላገጹሎም፣ እዚኣቶም ሰኺሮም እዮም፣ በሉ። ሽዑ ጴጥሮስ ምስቶም ዓሰርተው ሓደ ተንሲኡ፣ ድምጹ ዓው ኢቢሉ፣ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፣ ኣቱም ሰብ ይሁዳን ኣብ ኢዮሩሳሌም እትነብሩ ዅላትኩምን፣ እዚ ኣፍኻትኩም ይፈለጥ። ንቓለይ ድማ ጽን በሉ። ንመዓልቲ ሳልሰይቲ ሰዓት እያ እሞ፣ ከምዚ ንኣኻትኩም ዚመስለኩም ዘሎ፣ እዚኣቶም ሰኹራት ኣይኮኑን። እዚ ግና እቲ ብነብዩ ዮኤል እተባህለ እዩ። በተን ዳሕሮት መዓልትታት ኪኸውን እዩ፣ ይብል ኣምላኽ፣ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ኹሉ ኻብ መንፈሰይ ከፍስስ እየ፣ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ኪንበዩ፣ ኣጉባዝኩም ከኣ ራእይ ኪርእዩ እዮም። ኣቱም ሰብ እስራኤል፣ እዚ ቃልዚ ስምዑ፣ ባዕላትኩም ድማ ከም እትፈልጡ፣ ኢየሱስ ብዓል ናዝሬት፣ እቲ ኣምላኽ ኣብ ማእከልኩም ብእኡ ብዝገበሮ ሓይልን ተኣምራትን ትእምርትን ኣምላኽ ዝመስከረሉ ሰብኣይ፣ ነቲ ከምቲ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽን ከምቲ ናይ ጥንቲ ፍልጠቱን ኣሕሊፎም ዝሃብዎ ወሲድኩም ብኢድ እቶም ሕጊ ዜብሎም ሰቒልኩምዎን ቀቲልኩምዎን። ሞት ሒዙ ኺጽንዮ ስለ ዘይከኣለ ኸኣ፣ ኣምላኽ ካብ ማእሰረ ሞት ፈቲሑ ኣተንስኦ። እምበኣርሲ ኣምላኽ ነዚ ንሰኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ ኢየሱስ፣ ንእኡ ጐይታን ክርስቶስን ከም ዝገበሮ፣ ብዘላ ቤት እስራኤል ብርግጽ ትፍለጥ። ሽዑ፣ እዚ ምስ ሰምዑ፣ ብልቦም ተረቲዖም፣ ንጴጥሮስን ነቶም ካልኦት ሃዋርያትን፣ ኣቱም ኣሕዋትና፣ እንታይ ንግበር፧ በልዎም። ጴጥሮስ ከኣ፣ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኹሎም፣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚጽውዕዎ ዘበሉን እዩ እተዋህበ እሞ፣ ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ፣ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም፣ በሎም። እቶም ሽዑ ዘረባኡ ባህ ኢልዎም እተቐበሉ ተጠምቁ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኣስታት ሰለስተ ሽሕ ሰባት ናብታ ማሕበር ተወሰኻ። ብትምህርቲ ሃዋርያትን ብሕብረትን ብምቑራስ እንጌራን ብጸሎትን ጸኒዖም ይነብሩ ነበሩ። ኣብ ኩሉ ነፍሲ ከኣ ፍርሃት ኮነ፣ ብዙሕ ተኣምራትን ትእምርትን ድማ ብሃዋርያት ተገብረ። እቶም ዝኣመኑ ኹላቶም ከኣ ብሓንሳእ ነበሩ። ዘለዎም ኩሉውን ብርኪ ነበረ። መሬቶምን ጥሪቶምን ይሸጡ፣ ንኹሎም ከኣ ከከም ዜድልዮም ይመቕልዎም ነበሩ። ኣብ ጸጽባሕ ብሕብረት ኣብ ቤት መቅደስ ከየቛረጹ ጸኒዖም ይእከቡ ነበሩ። ኣብ ኣባይቲ እንጌራ እናቖረሱ፣ ብሓጐስን ብግሩህ ልብን ንኣምላኽ እናኣመስገኑ ብሓንሳእ ኮይኖም ይበልዑ ነበሩ። ኣብ ኩሉ ህዝቢ ኸኣ ሞገስ ነበሮም። እግዚኣብሄር ድማ ዚድሕኑ ሰባት ኣብ ጸጽባሕ ናብታ ማሕበር ይውሰኽ ነበረ።

# እታ ጽብቕቲ ደገ ቤት መቕደስ
## (ግብ 3፥1-26)

ጴጥሮስን ዮሃንስን ብታስዐይቲ ሰዓት ብጊዜ ጸሎት ናብ ቤት መቕደስ ብሓንሳእ ደየቡ። ካብ ከርሲ ኣዲኡ ሒዙ ኣእጋሩ ዝለመሰ ሰብኣይ ካብቶም ናብ ቤተ መቕደስ ዚኣትዉ ምጽዋት ምእንቲ ኺልምን፡ ጾይሮም ኣብ ጸጽባሕ ኣብታ ጽብቕቲ እትብሃል ደገ ቤተ መቕደስ የቐምጥዎ ነበሩ። ንሱ ኸኣ ጴጥሮስን ዮሃንስን ናብ ቤተ መቕደስ ኪኣትዉ ኸም ዝደለዩ ምስ ረኣዮም፡ ኪምጽውትሉ ለመኖም። ጴጥሮስ ምስ ዮሃንስ ኮይኑ ጠመቶ እሞ፡ ናባና ጠምት በሎ። ንሱ ጠመቶም፡ ጴጥሮስ ከኣ፡ ወርቅን ብሩርን የብለይን፡ እቲ ዘሎኒ ግና እህበካ፡ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኪድ፡ በሎ። ብየማነይቲ ኢዱ ሒዙ ኸኣ ኣተንስኦ። ብኡብኡ ኸኣ ደው በለ ተዛወረ'ውን። እናተዛወረን እናተሰራሰረን ንኣምላኽ እናኣመስገነን ከኣ ምሳታቶም ናብ ቤተ መቕደስ ኣተወ። ኩሎም እቶም ህዝቢ ድማ ንሱ ኪኸይድን ንኣምላኽ ኬመስግንን ከሎ ረኣይዎ። እቲ ኣብታ ጽብቕቲ ደገ ቤተ መቕደስ ተቐሚጡ ምጽዋት ዝልምን ዝነበረ ምዃኑ ኣለለይዎ፡ በቲ ኣብኡ ዝኾነ ነገር ብምስንባድን ብምግራምን መልኡ። ኣብ ጴጥሮስን ዮሃንስን ለጊቡ ኸሎ ኸኣ ኩሉ እቲ ህዝቢ እናተገረመ ኣብቲ ገበላ ሰሎሞን ዚብሃል ናባታቶም ገጹ ጎየየ። ጴጥሮስ ግና ነቶም ህዝቢ ምስ ረኣዮም ከምዚ ኢሉ በሎም፡ ኣቱም ሰብ እስራኤል፡ ስለ ምንታይ በዚ ትግረሙ፡ ብገዛእ ሓይልና ወይስ ብጽድቅና ነዚ ሰብኣይ ኪኸይድ ከም ዝገበርናዮ'ስ፡ ንምንታይ ንኣና ትጥምቱ ኣለኹም፤ ጴጥሮስን ዮሃንስን ንህዝቢ ክነግሩ ከለዉ፡ ካህናትን ሓለቓ ሓለውቲ ቤተ መቕደስን ሰዱቃውያንን መጽዎም። ንህዝቢ ስለ ዝመሃሩን፡ ትንሳኤ ኻብ ምውታት ብኢየሱስ ስለ ዝሰበኹን፡ ሓሪቖም፡ ኢዶም ዘርጊሖም ሓዝዎም፡ ምድሪ መስዩ ነበረ እሞ፡ ክሳዕ ንጽብሒቱ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዎም። ካብቶም ነቲ ቓሎም ዝሰምዕዎ ብዙሓት ሰባት ኣመኑ። ቁጽሪ እቶም ሰባት ከኣ ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ኮነ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ"

ማቴ28፥19-20

## በየናይ ሓይሊ
## (ግብ 4፥1-31)

ንጽብሒቱ ድማ ኾነ ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ኣብ ቅድሚ ሃና ሊቀ ኻህናትን ቀያፋን ካልኦት ጸሓፍቶምን ሓለፍቶምን ደው ኣቢሎም፡ በየናይ ሓይሊ ወይስ በየናይ ስም ኢኹም ነዚ ዝገበርኩምዎ፧ ኢሎም ሓተትዎም። ሽው ጴጥሮስ መንፈስ ቅዱስ መልኦ እሞ በሎም፡ ኣቱም ሓለፍቲ ህዝብን ዓ በይትን፡ ሎሚ ንሕና ንሓደ ሕሙም ሰብኣይ ብዝኾነ ጽቡቕ ግብሪ ንሱውን ብዝሓወየሉ ኻብ እንሕተት፡ ብስም እቲ ንሸኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ እሞ ኣምላኽ ካብ ምውታት ዘተንስኦ ኢየሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ፡ ብእኡ እዚ ኣብ ቅድሚኹም ጥዑዩ ደው ኢሉ ኸም ዘሎ፡ ኣብ ኩላትኩምን ኣብ ኩሉ ህዝቢ እስራኤልን ይፈለጥ፡ በሎም። ትብዓት ጴጥሮስን ዮሃንስን ምስ ረኣዩ፡ ዘይተማህሩ ጭዋታት ሰባት ምዃኖም ከኣ ምስ ተረድኡ፡ ገረሞም፡ ምስ ኢየሱስ ከም ዝነበሩ ድማ ኣለለይዎም። እቲ ዝሓወየ ሰብኣይ ምስኦም ደው ኢሉ ምስ ረኣይዎ፡ ዚዛረብዎ ሰኣኑ። ካብ ዋዕላ ኺግልሱ ኣዘዝዎም እሞ፡ ኣሉ ኽንብላ ዘይኾነልና፡ ኣብ ኢየሩሳሌም ኣብ ዚነብሩ ኹላቶም እተጋህደት ፍልጥቲ ተኣምራት ብኣታቶም ተገይራ እያ እሞ፡ ነዞም ሰባት እዚኣቶም እንታይ ንግበሮም፧ ኢሎም ተማኸሩ። ኣብ ህዝቢ ምእንቲ እምብዛ ኸይውረ ግና፡ ደጊም ንሓደ ሰብ እኳ ኸይነግሩ፡ ኣምሪርና ንገንሓዮም፡ በሉ። ጸዊዖም ድማ ብስም የሱስ ንሓደ እኳ ኸይነግሩ ወይስ ከይምህሩ ኣዘዝዎም። ጴጥሮስን ዮሃንስን ግና፡ ንሕናስ ነቲ ዝርኤናዮን ዝሰማዕናዮን ምዝራብ ኽንሓድግ ኣይኮነልናን እዩ እሞ፡ ካብ ንኣምላኽ ንኣኻትኩም ምእዛዝ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ እንተ ኾይኑስ፡ እስኪ ባዕልኻትኩም ፍረዱ፧ በልዎም። እቲ እግሩ ዝሓወየት ሰብኣይ፡ ዕድሚኡ ልዕሊ ኣርብዓ ዓመት ስለ ዝነበረ፡ ኩሎም በቲ ዝኾነ ንኣምላኽ የመስግኑ ነበሩ እሞ፡ ንሳቶም'ውን ብዛዕባ እቲ ህዝቢ ኸመይ ገይሮም ከም ዚቐጽዕዎም ምስ ሰኣኑ፡ ኣፈራሪሆም ሓደግዎም። ጴጥሮስን ዮሃንስን ምስ ተፈትሑ ኸኣ፡ እናተሓጐሱ ናብ ኣሕዋቶም ከዱ። ከምኡ'ውን እቶም ካልኦት ምስ ረኣይዎም ምስኦም ተሓጐሱ፡ ንእግዚኣብሄር ስለቲ ጽቡቕ ግብሩ ኣመስገንዎ።

## ኣብ ቅድሚ እቲ ዋዕላ
## (ግብ 5፥17-42)

ሽው እቲ ሊቀ ኻህናት ምስቶም ምስኡ ዝነበሩ ኹላቶም ኮይኑ፡ ቅንኣት መሊእዎም ተንስኡ። ኣእዳዎም ዘርጊሖም ንሃዋርያት ሓዝዎም፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ'ውን ኣእተውዎም። መልኣኽ እግዚኣብሄር ግና ብለይቲ ማዕጾ ናይቲ ማእሰርቲ ኸፊቱ ንወጻኢ ኣውጺኡ፡ ኪዱ፡ ኣብ ቤት መቕደስ ደው

ኢልኩም፡ እዚ ኹሉ ቓል ህይወት ንህዝቢ ንገሩ፡ በሎም። እዚ ምስ ሰምዑ፡ ኣብ ምውጋሕ ምድሪ ናብ ቤት መቕደስ ኣትዮም መሃሩ። እቶም ሊቀ ኻህናትን ሓለፍትን ንብዘሎ ዋዕላ ዓበይቲ ደቂ እስራኤልን ኣኪቦም፡ ንበዓል ጴጥሮስ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ኬምጽእዎም ኣዘዙ። እቶም ገላዉ ግና ናብቲ ቤት ማእሰርቲ ምስ ከዱ፡ ዘየለዉ ጸንሕዎም። ናብቶም ዝለኣኽዎም ጥራይ ኢዶም ከይዶም ከምዚ በልዎም፡ እቲ ቤት ማእሰርቲ ተዓጽዩ ብዅሉ ድማ ገጢሙ ጸኒሑና፡ እቶም ሓለውቲ'ውን ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሎም ጸኒሖምና፡ ምስ ከፈትናዮ ግና ኣብ ውሽጡ ሓደ እኳ ኣይረኸብናን፡ ኢሎም ነገርዎም። እቶም ሓለፍቲ እዚ ነገር'ዚ ምስ ሰምዑ፡ እንታይ ኮን ይኸውን እዚ፡ ኢሎም፡ ብዛዕብኦም ዚብልዎ ሰኣኑ። ሓደ መጺኡ ግና፡ እቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝነበሩ ሰባትሲ፡ እነዉ፡ ኣብ ቤት መቕደስ ደው ኢሎም ንህዝቢ ይምህሩ ኣለዉ፡ ኢሎም ነገሮም። ሽዑ እቲ ሓለቓ ሓለውቲ ቤት መቕደስ ምስቶም ገላውኡ ኸይዱ ንበዓል ጴጥሮስ ናብቲ ዋዕላ ኣምጽኦም። እቲ ሊቀ ካህናት ድማ፡ በዚ ስም እዚ ኸይትምህሩ ኢልናዶ ኣይከልከልናኩምን፡ ንሸኻትኩም ግና ንየሩሳሌም ብትምህርትኹም መሊእኩምዋስ፡ ነቲ ጐይታና እትብልዎ የሱስ ቀቲልኩምዎ ትብሉና ኣለኹም። ጴጥሮስን ካልኦት ሃዋርያትን ግና፡ ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ እዩ ዝግባእ። ነቲ ንሸኻትኩም ኣብ ዕጸይቲ ሰቒልኩም ዝቐተልኩምዎ ኢየሱስ፡ ኣምላኽ ኣቦታትና ኣተንስኦ። ንእስራኤል ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ምእንቲ ኺህብሲ ኣምላኽ ንእኡ ራእስን መድሓንን ገይሩ ናብ የማኑ ልዕል ኣበሎ። ንሕና ድማ ነዚ ነገርዚ ምስክር ኢና። እቲ ኣምላኽ ነቶም ዚእዘዝዎ ዝህቦም መንፈስ ቅዱስ'ውን ምስክር እዩ፡ ኢሎም መለሱሎም። እዚ ምስ ሰምዑ፡ ሓረቑ ኪቐትልዎም ድማ ተማኸሩ። ግናኸ ሓደ ገማልኤል ዝስሙ ፈሪሳዊ መምህር ሕጊ፡ ኣብቲ ዋዕላ ተንሲኡ፡ ንሃዋርያት ኬግልስዎም ኣዘዘ። እቶም ሃዋርያት ኣብ ዘየለዉሉ ድማ ከምዚ በሎም፡ ኣቱም ሰብ እስራኤል፡ ኣብዞም ሰባት እዚኣቶም ክትገብርዎ እትሓስብዎ ዘሎኹም ተጠንቀቑሉ። ቅድሚ እዚ ወርሓት እዚ ቴዎዳስ፡ ኣነ ዓብዩ እየ፡ ኢሉ ተንስኣ፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ዚኣኽሉ ሰባት ከኣ ሰዓብዎ። ንሱ ጠፍኤ፡ እቶም ዝሰዓብዎ ዘበሉ ድማ ተበተኑ፡ ከም ዘይነበሩ'ውን ኮኑ። ብድሕሪኡ ይሁዳ፡ እቲ ገሊላዊ፡ በተን ቅነ ጽሕፈት ግብሪ ተንስኤ፡ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ኣስድዐ። ንሱውን ጠፍአ፡ እቶም እተኣዘዝዎ ዘበሉ ኹሎም ድማ ተዘርዉ። ሕጂ ኸኣ፡ እዚ ምኽሪ እዝን እዚ ግብሪ እዝን ካብ ሰብ እንተ ኾይኑ፡ ኪፈርስ እዩ። ካብ ኣምላኽ እንተ ኾይኑ ግና፡ ግብሮም ከተፍርሱ ኣይትኽእሉን ኢኹም፡ በሎም። ነቶም ኣባላት ናይቲ ዋዕላ ከኣ ሕራይ ኣበሎም። ሽዑ ንሃዋርያት ጸዊዖም ገረፍዎም፡ ብስም ኢየሱስ ከይዛረቡ ኣዚዞም ከኣ ነጻ ሓደግዎም። ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ኺሓስሩ ብቑዓት ኮይኖም ስለ እተቖጽሩ፡ ካብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ እናተሓጐሱ ኸዱ። ኣብ

ቤት መቕደስን ኣብ በቤትን ብስራት ኢየሱስ ክርስቶስ ምምሃርን ምስባኽን ኣየብኩሩን ነበሩ።

## እስጢፋኖስ ተሓርየ
## (ግብ 6፥1 - 7፥60)

ገለ ካብቶም ንትምህርቲ ሃዋርያት ዝሰዓቡ፣ እብራይስጥ ዝቛንቛኦም ኣይሁድ ነበሩ። ገለ ከኣ ጽርኢ (ግሪኽ) ዝቛንቛኦም ኣይሁድ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ኸኣ ክሰማምዑ ኣይከኣሉን። እቲ ምኽንያት ከኣ እቶም ኣይሁድ ጽርኢ በቲ ምምቃል መግቢ ዕለት፣ ንመበለታቶም ስለ ዝኸልእወን፣ ኣብቶም እብራውያን ኣጉረምረሙ። ሽዑ እቶም ዓሰርተው ክልተ ኹሎም ደቀ መዛሙርቲ ኣኪቦም፣ ንሕና ቃል ኣምላኽ ሓዲግናስ ኣብ መኣዲ ኽነገልግል ዚግባእ ኣይኮነን። ስለዚ ኣቱም ኣሕዋት፣ ካባኻትኩም ብጽቡቕ እተመስከረሎም መንፈስን ጥበብን ዝመልኦም ሾብዓተ ሰብኣይ ሕረዩ፣ ነዚ ጉዳይ እዚ ኸኣ ነመዝዞም፣ ንሕና ግና ጸሎትን ኣገልግሎት እዚ ቓል እዝን ከየብኮርና ንሓዝ፣ በልዎም። እዚ ዘረባ እዚ ንኹሉ እቲ ህዝቢ ባህ ኣበሎ እሞ ሾብዓተ ሰብኡት ሓረዩ። ሓደ ኻብቶም እተሓርዩ ሾብዓተ ድማ እስጢፋኖስ ዝብሃል፣ እምነትን መንፈስ ቅዱስን ዝመልአ ሰብኣይ ነበረ። ኣብ ቅድሚ ሃዋርያት ደው ኣቢሎም ድማ፣ ኣእዳዎም ኣንቢሮም ጸለዩሎም። እስጢፋኖስ ድማ ጸጋን ሓይልን መሊእዎ ነበረ እሞ፣ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ይገብር ነበረ። ገለ ሒደት ኣባላት ቤት ጸሎት ንእስጢፋኖስ ይከራኸርዎ እኳ እንተ ነበሩ ነቲ ዚዛረበሉ ዝነበረ ጥበብን መንፈስን ግና ኪማጎትዎ ኣይተኻእሎምን። ሽዑ ኸኣ፣ ንሕና ኣብ ሙሴን ኣብ ኣምላኽን ቃል ጸርፊ ኺዛረብ ከሎ ሰሚዕናዮ፣ ዚብሉ ሰባት ተንስኡ። ንህዝብን ንዓበይትን ንጸሓፍትን ኣነዓቡ፣ መጺኦም ከኣ መንዚዖም ናብ ዋዕላ ወሰድዎ እሞ፣ እዚ ሰብኣይ እዚ፣ ኢየሱስ፣ እቲ ብዓል ናዝሬት፣ ነዛ ስፍራ እዚኣ ኼፍርሳ፣ ነቲ ሙሴ ዝሃበና ስርዓት ከኣ ኪልውጦ እዩ፣ ኪብል ከሎ ሰሚዕናዮ ኣሎና እሞ፣ ነዛ ቅድስቲ ስፍራ እዚኣን ንሕግን ቃላት ጸርፊ ኻብ ምዝራብ ከቶ ኣይዓርፍን እዩ፣ ዚብሉ ምስክር ሓሶት ኣተንስእሉ። እቶም ኣብቲ ዋዕላ ተቐሚጦም ዝነበሩ ኹላቶም ድማ ጠመትዎ እሞ ገጹ ኸም ገጽ መልኣኽ ኮይኑ ተራእዮም። እቲ ሊቀ ኻህናት ከኣ፣ እዚ ነገር ከምኡ ድዩ በሎ፧ እስጢፋኖስ ግና ኣዝዩ ባህ ዘብል ቃል ተዛረበ። ነቶም ሰብ ዋዕላ ድማ ብዛዕባ መገዲ እግዚኣብሄር ንእስራኤላውያን ብኹሉ ዘመኖም ከመይ ከም ዝመርሖም ኣዘከሮም። ንሱ ብዛዕባ ኣብርሃም፣ ይስሃቕ፣ ዮሴፍን ሙሴን፣ ምምላስ እስራኤላውያን ናብ ምድሪ ተስፋ ነገሮም። ከምኡ’ውን ብዛዕባ እያሱ፣ ዳዊትን ንቤት መቕደስ ዝሰርሐ ሰሎሞንን ተዛረበ። ከምዚ እናበለ’ውን ዘረባኡ ቀጸለ፣ ካብ ነብያትከ

ኣቦታትኩም ዘይሰጎጉዎ መን እዩ፧ ነቶም ብዛዕባ ምምጻእ እቲ ጻድቕ ኣቐዲሞም ዘበሰሩ ድማ ቐተልዎም። ሕጂ'ውን ንሸኻትኩም ኣሕሊፍኩም ወሃብቱን ቀተልቱን ኮንኩም። ንሸኻትኩም ነቲ ሕጊ ብኢድ መላእኽቲ ተቐቢልኩምዎስ ኣይሓለኹምዎን። እዚ ምስ ሰምዑ፡ ልቦም ነደደ፡ ኣስናኖም ከኣ ሓርቀሙሉ። ንሱ ግና መንፈስ ቅዱስ መልኡ፡ ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪሩ ኸኣ፡ ክብሪ ኣምላኽን ኢየሱስ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉን እርኢ ኣሎኹ፡ በለ። ሽዑ ዓው ኢሎም ጨደሩ፡ ኣእዛኖም ደፊኖም ድማ፡ ሓቢሮም ብሓንሳእ ወረርዎ። ናብ ወጻኢ እታ ኸተማ ወሲዶም ከኣ ብዳርባ እምኒ ቀተልዎ። እቶም ምስክር ድማ ክዳውንቶም ኣብ ጥቓ ኣእጋር ሳውል



ዚበሃል ጎበዝ ኣንበሩ። ንእስጢፋኖስ ከኣ እናተማህለለ፡ ጐይታይ ኢየሱስ፡ መንፈሰይ ተቐበል፡ እናበለ ብዳርባ እምኒ ቀተልዎ። ተምበርኪኹ ኸኣ ብዓብዪ ድምጺ፡ ጐይታይ፡ እዚ ሓጢኣት እዚ ኣይትሓዘሎም፡ ኢሉ ጨደረ። እዚ ምስ በለ'ውን ዓረፈ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ክእለትና ካብ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር ካብ ርእስና ገለ ከም ዘምጻእና፡ ሓንቲ እኳ ክንሓስብ ኣይከኣለናን እዩ" 2ቆሮ 3፡5

## ስምኦን ይኣምን
## (ግብ 8፡1-25)

እቶም እተበተኑ ኣመንቲ ቃል ወንጌል እናነገሩ ዞሩ። ፊሊጶስ ከኣ ናብ ሓንቲ ኸተማ ሰማርያ ወሪዱ ክርስቶስ ሰበኸሎም። ካብቶም ርኹሳት መናፍስቲ ዝሓደርዎም ብዙሓት ሰብ ድማ እቶም መናፍስቲ ብዓብዪ ድምጺ እናጨደሩ ወጹ። ብዙሓት ድኑሳትን ሓንካሳትን ከኣ ሓወዩ እሞ፡ እቶም ህዝቢ ነቲ ፊሊጶስ ዝገበሮ ትእምርቲ ምስ ሰምዑን ረኣዩን፡ ሓቢሮም ናብቲ ንሱ ዚዛረቦ ዘሎ ኣቕለቡ። ኣብታ ኸተማ እቲኣ ድማ ዓብዩ ሓጐስ

ኮነ። ስምኦን ዝብሃል፡ ብጥንቁልናኡ ንሰብ ሰማርያ የገርሞም ነበረ። ንሱ ኸኣ ዓብዪ እየ እናበለ በቲ ዝገብሮ ዝነበረ ጥንቁልና ንህዝቢ ሰማርያ የስተንክሮም ስለ ዝነበረ ጽን ኢሎም ይሰምዕዎ ነበሩ። ስለዚ ከኣ ልኡኽ ኣምላኽ ይመስሎም ነበረ። ፊሊጶስ ግና ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽን ብዛዕባ ስም ኢየሱስ ክርስቶስን ምስ ኣበሰሮም ኣመኑ እሞ ፊሊጶስ ናይ ብሓቂ ሰዓ ቢ ኣምላኽ ምዃኑ ፈሊጦም ኣብ ክንዲ ናብ ስምኦን፡ ናብ ፊሊጶስ ኣቢሎም ከዱ፡ ተጠምቁ ኸኣ። ስምኦን'ውን እቲ ቃል ብስራት ናይ ፊሊጶስ ሓቂ ምዃኑ ፈሊጡ ኣመነን ተጠምቀን። እቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ዘለዉ ሃዋርያት ከኣ ሰማርያ ቃል ኣምላኽ ከም እተቐበለት ምስ ሰምዑ፡ ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ምስ ፊሊጶስ ክሰኑ ሰደዱሎም። ሽዑ እቶም ሓደስቲ ኣመንቲ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ክቕበሉ ኣእዳዎም ኣንቢሮም ጸለዩሎም።

ስምኦን ከኣ መንፈስ ቅዱስ በቲ ምንባር ኣእዳው ሃዋርያት ኣብ ካልኦት ሰባት ከም እተዋህበ ምስ ረኣየ፡ እቲ ኢደይ ዘንብረሉ፡ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኪቕበልሲ፡ ንኣይ ከኣ እዚ ስልጣን እዚ ሃቡኒ፡ ኢሉ ገንዘብ ኣምጽኣሎም። ጴጥሮስ ግና፡ ነቲ ህያብ ኣምላኽ ብገንዘብ ክትገዝኦ ስለ ዝሓሰብካ፡ ወርቕኻ ምሳኻ ይጥፋእ። ልብኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ ስለ ዘይኮነ ኸኣ፡ ኣብዚ ነገር እዚ ክፍሊ ወይ ግደ የብልካን። እምብኣርሲ ካብዚ ክፍኣትካ እዚ ተነሳሕ፡ ምናልባሽ ሓሳብ ልብኻ እንተ ሓደገልካ፡ ንእግዚኣብሄር ለምኖ። ስምኦን ከኣ፡ ንእግዚኣብሄር ለምኑለይ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ ቃል ጐይታ ምስ መስከሩን ምስ መሃሩን፡ ኣብ ብዙሓት ዓ ድታት ሰማርያ ወንጌል እናሰበኹ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ።

## ፊሊጶስን ስሉብ ኢትዮጵያዊን ኣብታ ሰረገላ
## (ግብ 8፡26-40)

መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ንፊሊጶስ፡ ተንስእ እሞ በታ ካብ የሩሳሌም ንጋዛ እትወስድ መገዲ ናብ ደቡብ ኣቢልካ ኪድ። ንሳ ኸኣ ምድረ በዳ እያ፡ ኢሉ ተዛረቦ። ተንሲኡ ኸኣ ኸደ። እንሆ ድማ ኢትዮጵያዊ ስሉብ ሰብኣይ ኣብ ህንዴኬ ንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ስልጡን ኣዛዚ ኩሉ ገንዘባ ነበረ። ኪሰግድ ናብ የሩሳሌም መጺኡ ነበረ። ኪምለስ ከሎ ኸኣ፡ ኣብ ሰረገላኡ ተቐሚጡ ትንቢት ኢሳይያስ የንብብ ነበረ። መንፈስ ከኣ ንፊሊጶስ፡ ሕለፍ፡ ናብቲ ሰረገላ ቅረብ በሎ። ፊሊጶስ ናብኡ ምስ ጎየየ፡ ትንቢት ኢሳይያስ ኬንብብ ሰምዖ እሞ፡ እዚ እተንብቦስ ተስተውዕሎ'ዶ ኣሎኻ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ሓደ እኳ ኸይመሃረኒ፡ ከመይ ኢሉ ይኾነለይ፧ በሎ። ንፊሊጶስ ከኣ ደዪቡ ምስኡ ኪቕመጥ ለመኖ። እቲ ዜንብቦ ዝነበረ ኽፍሊ ጽሑፍ ከኣ እዚ እዩ፡ ከም በጊዕ ናብ ማሕረዲ ተሳሕበ፡ ኣብ ኢድ ቀራጺኡ ስቕ ከም ዝብል ገንሸል



ከኣ፣ ከምኡ ኣፉ ኣይከፈተን። እቲ ስሉብ ከኣ ንፊልጶስ፣ እቲ ነብዩ ብዛዕባ መን እዩ እዚ ዚብል ዘሎ፧ ብዛዕባ ርእሱ'ዶ ወይስ ብዛዕባ ካልእ እዩ ዚብሎ ዘሎ፧ እስኪ ንገረኒ፣ እልምንካ ኣሎኹ፣ ኢሉ ለመኖ። ፊልጶስ ከኣ ካብዛ ጽሕፈት እዚኣ ጀሚሩ ብዛዕባ ኢየሱስ፣ ወንጌል ሰበኸሉ። ኣብ ምድሪ ምምጽኡን ምሟቱን ግናኸ ነቶም ዝጐድእዎ ከም ዘየዋረደን ዘየፈራርሐን ገለጸሉ። በቲ ሰረገላ እናኸዱ ከለዉ ድማ፣ ናብ ማይ በጽሑ። እቲ ኢትዮጵያዊ ኸኣ፣ እንሆ ማይ፣ ከይጥመቕ'ከ እንታይ ይኽልክለኒ፣ በለ። ነታ ሰረገላ ደው ኣቢሎም ድማ፣ ፊልጶስን እቲ ኢትዮጵያዊን ክልቲኦም ናብቲ ማይ ወረዱ። ፊልጶስ ከኣ ነቲ ኢትዮጵያዊ ኣጥመቖ። እቲ ኢትዮጵያዊ ድማ ባህ ኢልዎ መገዱ ኸደ።

<u>**ዝጽናዕ ጥቕሲ**</u>

"ናብ ኩሉ ዓለም ኪዱ፣ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹሉ"
ማር 16፥15

## ናብ ደማስቆ ዝወስድ መገዲ
## (ግብ 9፥1-9)

ሳውል፣ እቲ እስጢፋኖስ ብዳራባ እምኒ ክጭፍለቕ ከሎ ዝረኣየ እዩ። ሰዓ ብቲ ክርስቶስ ንዘኽሩ ኩሎም ምእንቲ ከጥፍኦም ክገብሮ ዝኽእል ኩሉ ገበረ። ናብ ገገዝኦም እናኸደ ድማ፣ ንብዙሓት ኣኣሲሩ ብዘይ ፍትሒ ናብ ቤት ማእሰርቲ የእትዎም ነበረ። ሓደ መዓልቲ ናብቲ ሊቀ ካህናት ከይዱ፣ ነቶም ንክርስቶስ ዝስዕቡ ሰብኡትን ኣንስትን ኣኣሲረ ንየሩሳሌም ኺምጽኦምሲ ናብተን ኣብ ደማስቆ ዘለዋ ኣባይቲ ጸሎት እትበጽሕ ደብዳቤ ሃበኒ፣ በሎ። ነተን ደብዳቤታት ምስኡ ወሲዱ ከኣ፣ ናብታ ካብ የሩሳሌም ንሰሜን ዘላ ከተማ ደማስቆ ተበገሰ።

ክኸይድ ከሎ ኸኣ፣ ናብ ደማስቆ ምስ ቀረበ፣ ብድንገት ጸዳል ብርሃን ካብ ሰማይ ኣብ ዙርያኡ ኣንጸባረቐ'ሞ ንሱ ኸኣ ናብ ምድሪ ገጹ ወደቐ።

ብድሕሪኡ፣ ሳውል፣ ሳውል ንምንታይ ትሰጎኒ ኣሎኻ፧ ዝብል ድምጺ ከኣ



ሰምዐ። ሳውል ድማ ብፍርሃት፣ ጐይታይ መን ኢኻ፧ በለ። ከምዚ ዝብል ድምጺ ድማ መጸ፣ ኣነ እቲ ንስኻ እትሰጎ ዘሎኻ ኢየሱስ እየ። ሳውል ድማ እናኣምበድበደ፣ ጐይታይ እንታይ ክገብር ትደሊ ኣሎኻ፧ በለ። ተንስእ እሞ፣ ናብ ከተማ እቶ። እንታይ ክትገብር ከም ዚግብኣካ'ውን፣ ኣብኡ ኪነግሩኻ እዮም፣ ዝብል ድምጺ መጸ። እቶም ምስ ሳውል ዝነበሩ ሰባት፣ ድምጺ እናሰምዑ ገለ እኳ ኸይረኣዩ፣ ደንጽዮዎም ተዓንዱ (ደው በሉ)። ሳውል ካብ ምድሪ ተንሲኡ ኣዒንቱ ቓሕ እንተ ኣበለ፣ ገለ እኳ ክርኢ ኣይከኣለን። ስለዚ እቶም ምስኡ ዝነበሩ ብኢዱ ሒዞም ናብ ደማስቆ ኣእተውዎ። ኣብኡ ድማ ከይበልዐን ከይሰተየን ሰለስተ መዓልቲ ገበረ።

## ሃናንያ ናብ ሳውል ከም ዝኸደ
## (ግብ 9፥10-19)

ኣብ ደማስቆ፣ ብጐይታ ኢየሱስ ዝኣምን ሃናንያ ዝብሃል ሰብኣይ ነበረ። ጐይታ፣ ሃናንያ፣ ኢሉ ክጽውዖ ሰምዐ። እኔኹ ጐይታይ፣ ኢሉ ከኣ መለሰ። እቲ ድምጺ ከኣ፣ ተንስእ እሞ ናብቲ ቅኑዕ ዝበሃል ጐደና ኪድ ኣብ እንዳ ይሁዳ ሳውል በዓል ተርሲስ ኢልካ ሕተት፣ በሎ። ጳውሎስ እናጸለየ ከሎ ሃናንያ ዝበሃል ሰብኣይ ዓይኑ ከም ዝኸፍተሉ ብራእይ ረኣየ። ሃናንያ ከምዚ ኢሉ መለሰ፣ ጐይታ ብዙሓት ሰባት ብዛዕባኡ ነጊሮምኒ ኣለዉ። ኣብ ኢዮሩሳሌም ነቶም ንዓኻ ዝስዕቡ ብዙሕ ክፉእ ገበሮም፣ ሕጂ ከኣ ኾሎም ንስምካ ዝጽውዑ ክኣስር ስልጣን ተዋሂብዎ ኣሎ፣ በሎ። ጐይታ ግን ከምዚ ኢሉ መለሰ፣ ኪድ ኣነ ሓርየዮ ኣለኹ። ነህዛብን ንነገስታትን ንእስራኤላውያንን ወንጌል ክሰብኽ ሓርየዮ ኣለኹ። ሽዑ ሃናንያ ናብቲ ቅኑዕ ጐደና ከደ፣ ነቲ ገዛ'ውን ረኸቦ። ኣብኡ ከኣ እቲ ዝዓወረ ሳውል ነበረ። “ሳውል ሓወይ” በሎ፣ ኢዱ ኣንቢሩ ከኣ እቲ ኣብ መገድካ ዝረኣኻዮ ጐይታ ኢየሱስ፣ ክትርእን ብመንፈስ ቅዱስ ክትምላእን ናባኻ ለኣኸኒ። ሳውል ብኡብኡ ኣዒንቱ ተኸፍተሉ። ክጥመቕ ሓተተ ተጠምቀ'ውን። ብድሕሪዚ ንኹሉ ክገብሮ ዘለዎ ድሉው ኮነ።

# ሳውል ንሃዋርያት ረኺቦም
## (ግብ 9፡26-31)

ሳውል ንሰዓብቲ ኢየሱስ ክረኽቦም መገዱ ናብ የሩሳሌም ኣቕንዐ። እንተ ኾነ ግን ንነዊሕ ጊዜ የሳድዶም ብምንባሩ ክቕበልዎ ፈርሁ። ነንሓድሕዶም'ውን እዚ ናይ ብሓቂ ሰዓቢ ጐይታ ኢየሱስ ክኸውን ኣይክእልን እዩ ተባሃሃሉ። በርናባስ ዝብሃል ሰብኣይ ግና ንሳውል ኣመኖ እሞ ዓርኩ ኮነ። ንሳውል'ውን ናብ ሃዋርያት ወሰዶ፥ ብዛዕብኡ'ውን ኵሉ ሳውል ከመይ ኢሉ ኣብ መገዲ ደማስቆ ጐይታ ከም ዝተራኣዮ ጐይታ እንታይ ከም ዝበሎን ብድሕሪኡውን ሳውል ከመይ ኢሉ ብትብዓት ብዛዕባ ክርስቶስ ንህዝቢ ደማስቆ ከም ዝሰበኸሎምን ንሃዋርያት ነገሮም። ብድሕርዚ ሃዋርያት ሳውል ሓደ ካብኣቶም ምዃኑ ፈለጡ እሞ ምሳታቶም ኮይኑ ክሰብኽ ጀመረ። ገለ ካብ ግሪኻውያን ሳውል ክዛረብ ምስ ሰምዕዎ ሓረቑ። እንተ ዝኽእሉ'ውን ብዛዕባ ትምህርቱ ክቐትልዎ ደለዩ። ሃዋርያት ከኣ ሳውል ብድሓን ክህሉ ካብዚ ቦታ ክንኣልዮ ኣለና በሉ። ናብ ተርሲስ ዝብሃል መበቆል ዓዱ'ውን ሰደድዎ። ብድሕር'ዚ ጸላእቲ እታ ቤተ ክርስቲያን ንጊዚኡ ኣዕረፉ ወንጌል'ውን ኣብ ይሁዳ፥ ገሊላን ሰማርያን ተዘርግሐ። ብዙሓት ነቲ ብዛዕባ ጐይታ ኢየሱስ ዝሰምዕዎ ኣመኑ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

“ረሲእ መገዱ፥ ዓመጸኛ ኸኣ ሓሳቡ ይሕደግ፥ ናብ እግዚኣብሄር ይመለስ፥ ንሱ ኸኣ ክምሕሮ እዩ፥ ኣዝዩ ይቕረ ይብል እዩ እሞ፥ ናብ ኣምላኽና ይመለስ” ኢሳ 55፡7

# ጴጥሮስ ዘሕወዮም ሰባት
## (ግብ 9፡32-43)

ጴጥሮስ ናብ ልዳ እትብሃል ውሑዳት ኣመንቲ ዝነበርዋ ዓዲ ከደ። ኣብታ ዓዲ ኤንያ ዝብሃል ንሸሞንተ ዓመታት ዝሓመመ ሰብኣይ ነበረ። ጴጥሮስ ነቲ ሰብኣይ ክርእዮ ከደ። ኣብ ጐኑ ኮፍ ኢሉ ከኣ ኤንያ ኢየሱስ ክርስቶስ ፈዊስካ እዩ፥ ተንስእ ዓራትካ'ውን ኣልዕሎ በሎ። ብኡብኡ ካብቲ ንነዊሕ ጊዜ ደቂስዎ ዝነበረ ተንስአ። ኵሉ ዝፈልጦ ዘበለ'ውን ብእኡ ተገረመ። ብዙሓት'ውን ብምኽንያቱ ንጐይታ ኢየሱስ ሰዓቡ። ኣብቲ ከባቢ ኣብ እትርከብ ዮጴ እትብሃል ንእሽተይ ከተማ ዶርቃስ እትብሃል ኣማኒት ለዋህ

ሰበይቲ ነበረት። ምሉእ ዕድሚኣ ከኣ ንካልኦት ሰናይን ጽቡቕን ግብሪ እናገበረት ብምሕላፍ ሓሚማ ሞተት። ኩሎም ፈተውታ ብዙሕ ሓዘኑ። ጴጥሮስ ኣብ ልዳ ኣሎ ምስ ሰምዑ ክልተ ሰብ ናብኡም ክመጽእ ክልምንዎ ለኣኹ። ጴጥሮስ ብኡብኡ ምስቶም ልኡኻት ከደ። ናብቲ ዶርቃስ ዘላቶ ክፍሊ ወሰድዎ። ኩሎም ፈተውታ ይበኽዩ ነበሩ። ገለ ካብ ፈተውታ ከኣ ነቲ ዶርቃስ ብህይወታ ከላ ዝሰርሓቶ ጽቡቕ ክዳውንቲ ንጴጥሮስ ኣርኣያኦ። ጴጥሮስ ንኹሎም ካብቲ ክፍሊ ክወጹ ነገሮም። ብድሕሪዚ ተምበርኪኹ ጸለየ፡ ዶርቃስ ተንስኢ በላ። ዶርቃስ ኣዒንታ ከፊታ ተበራበረት። ጴጥሮስ ብኢዱ ደጊፉ ካብቲ ዓራት ኣተንስኣ። ብድሕሪኡ ንኹሎም ፈተውታ ናብቲ ክፍሊ እተዉ በሎም። ንሳቶም ከኣ ረኣይዋን ተሓጐሱን። እቲ ወረ ኣብ ምሉእ እታ ከተማ ተዘርግሐ ብምኽንያት ምትንሳእ ዶርቃስ ከኣ ብዙሕ ሰብ ብጐይታ ኢየሱስ ኣመነ።

## ቆርነሌዎስ
## (ግብ 10፥1-20)

ኣብ ቂሳርያ ዝብሃል ቦታ፡ ኣብ ሰራዊት ሮማ ሓለቓ ሚእቲ፡ ቆርነሌዎስ ዝብሃል ሰብኣይ ነበረ። ቆርነሌዎስ ሕያዋይ ሰብኣይ ነበረ። ንሱን ስድራኡን ንኣምላኽ የምልኹ ነበሩ። ኣዘውቲሩ ይጽልን ንድኻታት ይምጽውትን ነበረ። ሓደ ረፍዲ ቆርኔሌዎስ ብራእይ መልኣኽ ክዛረቦ ረኣየ። “ቆርኔለዎስ” በሎ እቲ መልኣኽ። ቆርኔሌዎስ ሰንበደ፡ እንታይ እዩ እዚ ጐይታይ፧ ኢሉ ሓተተ። እግዚኣብሄር ጸሎትካ ሰሚዕዎ እዩ፡ በሎ እቲ መልኣኽ። ኩሉ እቲ ንድኻታት እትምጽውቶ'ውን ይፈልጦ እዩ። ሕጂ ናብ ዮጴ ንስምኦን ጴጥሮስ ክጽውዕዎ ሰብ ለኣኽ። ስምኦን ጴጥሮስ ምስ ስምኦን እቲ ሰራሒ ቆርበት ኣብ ወሰን ናይታ ዓዲ ኣሎ፡ ንሱ ምስ መጸ እቲ ክትገብሮ ዝግብኣካ ክነግረካ እዩ፡ በሎ። እቲ መልኣኽ ከኣ ተሰወረ። ቆርኔሌዎስ ንክልተ ግዙኣቲን ሓደ እሙን ወተሃደርን ኩሉ እቲ ዘጋጠሞ ነገሮም እሞ ንስምኦን ጴጥሮስ ክጽውዕዎ ለኣኾም። ንጽባሒቱ እቶም ሰለስተ ሰባት ናብ ዮጴ ምስ ቀረቡ፡ ጴጥሮስ ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ ናይቲ ገዛ ይጽሊ ነበረ። ብጣዕሚ ጠምዩ ነበረ ክበልዕውን ደለየ። መግቢ ክቕርቡሉ ከለዉ ጴጥሮስ ራእይ ረኣየ። ሰማይ ተኸፊቱ ዓቢ መንጸፍ ብኣርባዕቲኡ መኣዝኑ ዝተኣስረ ናብ መሬት ክወርድ ረኣየ። ኣብቲ ዓቢ መንጸፍ ኩሉ ዓይነት እንስሳን ኣዕዋፍን ነበሩ። ከምዚ ዝብል ድምጺ ከኣ ሰምዐ፡ ተንስእ እሞ ብላዕ። ገለ ካብቶም እንስሳታት ግን ብሕጊ ኦሪት ዘይንጹሃት ተባሂሎም ዘይብልዑ ነበሩ። ጴጥሮስ ከኣ፡ ኣይፋል ጐይታ፡ ዘይነጽሁ እንስሳ በሊዐ ኣይፈልጥን እየ፡ በለ። እቲ ጐይታ ዘንጽሆ ንስኻ ኣይተርክሶ፡ ዝብል ድምጺ ድማ ሰምዐ። እዚ ነገር ሰለስተ ጊዜ ተደጋገመ ብድሕሪኡ እቲ ዓቢ ምንጻፍ

ተኣለየ። ጴጥሮስ ብዛዕባ እቲ ዝረአዮ እዚ እንታይ ኮን ይኸውን ኢሉ እናተገረመ ከሎ፡ እቶም ካብ ቆርኔሌዎስ ዝመጹ ሰለስተ ሰባት ኣብኡ በጽሑ መዓጹ ኳሕኲሖም ከኣ፡ እቲ ቤት ናይ ስምኦን፡ እቲ ሰራሒ ቆርበት እንተ ኮይኑን ስምኦን ጴጥሮስ ኣብኡ እንተ ኣሎን ሓተቱ። ሰለስተ ሰባት ይደልዩኻ ኣለዉ እሞ ምስኦም ኪድ ኣይትፍራህ፡ ኣነ እየ ናብኦም ዝልኣኽኩኻ ዘሎኹ፡ በሎ እቲ ሰማያዊ ድምጺ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኩሎም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚጽውዖም ዘበሉን እዩ እተዋህበ" ግሃ 2፡38-39

# ጴጥሮስን ቆርነሌዎስን
# (ግብ 10፡21-48)

ሽዑ ጴጥሮስ ናብቶም ሰባት ወሪዱ ረኸቦም። እቲ እትደልይዎ ዘለኹም ሰብኣይ ኣነ እየ፡ ብዛዕባ እንታይ ኢኹም ኣብዚ ደው ኢልኩም ዘለኹም፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ቆርነሌዎስ እቲ ሓለቓ ሚእቲ ክጽውዓካ ብመልኣኽ ኣምላኽ ተነግሮ። ንሱ ሕያዋይን ብኹሎም ህዝቢ ኣይሁድ ዝተመስከረሉን ንኣምላኽ ዘገልግልን እዩ፡ በልዎ። ጴጥሮስ ነቶም ልኡኻት ናብ ገዛ የእትዩ ምስኡ ኣሕደሮም ንጽባሒቱ ንግሆ ኵሎም ናብ ቂሳርያ ተበገሱ። ቆርኔሌዎስ ከኣ ይጽበዮም ነበረ። ጴጥሮስ ናብቲ ገዛ ክኣቱ ከሎ ኣብ ኣፍደገ ተቐበሎ። ኣብ ኣእጋሩ ተደፊኡ'ውን ሰገደሉ፡ ጴጥሮስ ግን ኣነ ከማኻ ሰብ እየ ተንስእ ኢሉ ኣተንስኦ። ጴጥሮስን ቆርኔሌዎስን እናተዘራረቡ ኣተዉ። ኣብኡ ድማ ንጴጥሮስ ክረኽብዎ ዝጽበዩ ኣዕሩኽ ቆርነሌዎስ ረኣየ። ንኣይሁዳዊ ሰብኣይ ምስ ናይ ካልእ ህዝቢ ሰብ ክሕወስ ወይስ ናብ ቤቱ ክኣቱ ከም ዘይግባእ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። ንኣይ ግና ንሓደ ሰብ እኳ ከይፍንፍን ወይስ ርኹስ እዩ ከይብል፡ ኣምላኽ ኣርእዩኒ። ስለዚ እየ ድማ ምስ ለኣኽክሙለይ ብኡብኡ ዝመጻኹ። ሕጂ ከኣ እንታይ ኢኹም ደሊኹሙኒ፧ በሎም። ቆርነሌዎስ ድማ ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ ኣብ ቤተይ ኮይነ ይጽሊ ነበርኩ፡ እናጸለኹ ከለኹ ዘብርህ ክዳን እተኸድነ ሰብኣይ ኣብ ቅድመይ ደው በለ እሞ፡ ጸሎተይ ከም እተሰምዐን፡ ንዓኻ ክጽውዓካ ከም ዘለንን ነገረኒ። ንሸኻ ብምምጻእካ ጽቡቕ ገበርካ። ሕጂ ከኣ ኵላትና ኣብዚ ብዛዕባ ኣምላኽ እትብለና ክንሰምዓካ ኢና ተኣኪብና ዘለና። ሽዑ ጴጥሮስ

በለ፡ ኣብ ኵሉ ህዝቢ ንኣምላኽ ዝፈርህን ቅንዕና ዝገብርን እንተሎ ኣብኡ ቅቡል እዩ እምበር፡ ኣብ ኣምላኽ ኣድልዎ ከም ዘየለ ብሓቂ ኣስተብሂልኩ። ብድሕሪኡ ጴጥሮስ ብዛዕባ ኢየሱስን ኵሉ ኣብ ምድሪ ከሎ ዘሕለፎ ናብራን፡ ከመይ ኣቢሉ ካብ ምውታን ከም ዝተንስአን ንዘለኣለም ህያው ምዃኑን ነገሮም። ኵሎም እቶም ሰባት ጽን ኢሎም (ብተምሳጥ) ሰምዕዎ። ኣብቶም ነዚ ቃል ዝሰምዑ ኩላቶም መንፈስ ቅዱስ ወረደ። ብዙሓት ካብኣቶም ተጠመቁ ብድሕርዚ ንቁሩብ መዓልታት ምሳታቶም ቀነየ።

## ጴጥሮስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ
## (ግብ 12፡1-19)

ንጉስ ሄሮድስ ብዛዕባ እቲ ዝዝርጋሕ ዝነበረ ወንጌል ኢየሱስ ክርስቶስ ተቛጥዐ፡ ንያእቆብ ሓዉ ንዮሃንስ ከኣ ኣሰየፎ። እዚ ንኣይሁድ ባህ ከም ዘበሎም ምስ ረኣየ ከኣ ንጴጥሮስ ሒዙ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ። ሄሮድስ፡ ንጴጥሮስ ድሕሪ ፋስጋ ናብ ህዝቢ ከውጽኦ ስለ ዝመደበ ክሳብ ሽዑ ክሕሎ ንወተሃደራቱ ኣዘዞም። ጴጥሮስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እናተሓለወ፡ እታ ማሕበር ኣምላኽ ምእንትኡ ትጽሊ ነበረት። ሄሮዶስ ናብ ፍርዲ ከቕርቦ ምስ ሓሰበ፡ በታ ቅድሚኡ ዘላ ለይቲ ጴጥሮስ ብመቑሕ ተኣሲሩ ኣብ መንጎ ክልተ ሓለውቲ ደቂሱ ነበረ። እቶም ሓለውቲ ከኣ ኣብ ኣፍደገ ኰይኖም ይሕልዉ ነበሩ። ብሃንደበት ብርቱዕ ብርሃን ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ በርሀ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ መጸ። እቲ መልኣኽ ንጴጥሮስ ተንክዩ ቀልጢፍካ



ተንስእ ኢሉ ኣበራበሮ እቲ መቓውሖ ከኣ ካብ ኣእዳዉ ወደቐ። እቲ መልኣኽ ንጴጥሮስ ተዓጠቕ ኣሳእንካ'ውን ኣእቱ በሎ። ጴጥሮስ ድማ ከምኡ ገበረ። እቲ መልኣኽ ከኣ፡ ክዳንካ ተኸደን፡ እሞ ሰዓበኒ በሎ። ንሱውን ወጺኡ ሰዓቦ። ነቶም ቀዳማይን ካልኣይን መዓጹ ዝሕልዉ ምስ ሓለፉ ናብቲ ናብ ከተማ ዘእቱ ናይ መወዳእታ ማዕጾ ሓጺን በጽሑ። እቲ ማዕጾ ባዕሉ ተኸፍተሎም ካብኡ ወጺኦም ናብ ከተማ ኣተዉ፡ እቲ መልኣኽ ከኣ ተሰወረ። ጴጥሮስ እቲ ዝኾውን ዘሎ ምስ ኣስተውዓለ፡ እግዚኣብሄር መልኣኹ ሰዲዱ ካብ ኢድ ሄሮድስ ከም ዘድሓነኒ ሕጂ ፈለጥኩ፡ በለ። ሽዑ

ጴጥሮስ ናብ ቤት ማርያም ኣደ እቲ ማርቆስ ዝብሃል ዮሃንስ መጸ። ኣብኡ ከኣ ብዙሓት ተኣኪቦም ይጽልዩ ነበሩ። ጴጥሮስ ነቲ ማዕጾ ኳሕ ኳሕ ምስ ኣበሎ ሮዳ እትብሃል ግዝእቲ ክትሰምዖ ወጸት። ንሳ ከኣ ድምጺ ጴጥሮስ ምዃኑ ምስ ኣለለየት ከይከፈተቶ ብታሕጓስ ናብ ውሽጢ ጐይያ ጴጥሮስ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሉ ከም ዘሎ ነገረቶም። ንሳቶም ግና ኣይኣመንዋን፡ ገሊኦምውን፡ ተጸሊልኪ ኢኺ፡ በልዋ። ንሳ ግን ብርግጽ ጴጥሮስ ምዃኑ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሉ ዘሎውን ንሱ ምዃኑ ደጋጊማ ነገረቶም። ሽዑ መልኣኹ ኮን ይኸውን በሉ። ጴጥሮስ ግና ኳሕ ኳሕ የብል ነበረ። ምስ ከፈትዎ ከኣ ረኣይዎ እሞ ተገረሙ፡ ኵሎምውን ክዛረቡ ጀመሩ። ንሱ ግና ሱቕ ክብሉ ብኢዱ ኣመልከቶም። እግዚኣብሄር ካብ ቤት ማእሰርቲ ከመይ ገይሩ ከም ዘውጽኦ አዘንተወሎም እሞ፡ እዚ ነገር እዚ ንያእቆብን ነቶም ካልኦት ኣሕዋትን ንገርዎም በሎም።

## ኣማልኽቲ እዮም!
## (ግብ 13፥2-4 - ግሃ 14፥8-20)

ሳውል ክርስትያን ድሕሪ ምዃኑ፡ ጳውሎስ ተባህለ። ሓደ መዓልቲ እቶም ክርስትያናት፡ ኣምላኽ ንጳውሎስን በርናባስን ስግር ባሕሪ ኣብ ርሑቕ ቦታ፡ ናብ ዘለዉ ሰባት ክኸዱ ከም ዝደለዮም ተረድኦም። ሽዑ እቶም ኣሕዋት ባረኽዎም ምእንትኦምውን ጸለዩ። ጳውሎስን በርናባስን ናብ ደሴት ቆጵሮስ ብጃልባ ተጓዕዙ። ኣብኡ ከኣ ወንጌል ንኹሉ ሰብ ነገሩ። ብድሕሪኡ ናብ ኣንጾክያ ተመለሱ፡ ኣብኡ ከኣ ጳውሎስ ኣብ ቤት መቕደስ ኣይሁድ ብትብዓት ተዛረበ። ድሕሪ ሓደ ሰሙን ምሉእ ኣብቲ ከተማ ዘሎ ሰብ ናብ ሃዋርያት ክሰምዖም መጸ እቶም ኣይሁድ ግና ጳውሎስን በርናባስን ንኣህዛብ ብምስባኾም ሓረቑ። ካብታ ከተማ ከኣ ኣውጽእዎም። ካብኡ ተጓዒዞም ልስጥራ ናብ እትበሃል ከተማ ከዱ። ኣብኡ ሓደ ሰብኣይ ኣእጋሩ ዝለመሰ፡ ተዛዊሩ ዘይፈልጥ ረኣዩ። ንሱ፡ ጳውሎስ ክዛረብ ከሎ ይሰምዖ ነበረ። ጳውሎስ ከኣ ኣተኲሩ ጠመቶ እሞ ክሓዊ እምነት ከም ዘላቶ ምስ ተረድአ፡ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ትኽ ኢልካ በእጋርካ ደው በል በሎ። እቲ ሰብኣይ ብኡብኡ ኣብ ህይወቱ ንመጀመርያ ጊዜ ብድድ ኢሉ ተዛወረ። ኵሉ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ሰብ ከኣ ተገረመ። እዞም ሰባት ካብ ላዕሊ ዝወረዱ ኣማልኽቲ ክኾኑ ኣለዎም በሉ። ሽዑ እቶም ህዝቢ ነቲ ጳውሎስ ዝገበሮ ምስ ረኣዩ፡ ድምጾም ዓው ኣቢሎም፡ ኣማልኽቲ፡ ሰብ ተመሲሎም ናባና ወሪዶም፡ በሉ። ንበርናባስ፡ ድያ፡ ንጳውሎስ ድማ ቀንዲ ተዛራቢ ስለ ዝነበረ፡ ሄርሜስ፡ ኢሎም ሰመይዎም። እቲ ናይ ድያ ካህን ድማ፡ ኣብዑርን ዕንባባን ኣምጺኡ ምስቶም ህዝቢ ኮይኑ ንጳውሎስን ሲላስን ኪስውኣሎም ደለየ። በርናባስን ጳውሎስን በዚ ኣዝዮም ሰንቢዶም ክዳውንቶም ቀደዱ።

እናጨርሑ ናብቶም ህዝቢ ኣቢሎም ጎየዩ። ከምዚ ከኣ በልዎም፡ ኣቱም ሰባት! ስለ ምንታይ ከምዚ ትገብሩ፧ ንሕናውን ከማኻትኩም ዝፍጥረትና ሰብ ኢና። ነዚ ኸንቱ ነገር ሓዲግኩም ናብቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ህያው ኣምላኽ ክትምለሱ ነበስረኩም ኣሎና። ብዝሓለፈ ዘመናት እግዚኣብሄር ንኹሎም ኣህዛብ በብዝደለይዎ መገዲ ኪኸዱ ሓደጎም። ምስናይ እዚ ኸኣ ጽቡቕ እናገበረ፡ ካብ ሰማይ ዝናምን ዘመን ፍርያትን እናሃበኩም፡ ንልብኹም ብመብልዕን ሓጐስን እናጽገበ፡ ህያው ከም ዝኾነ መስከረ። እዚ ተዛሪቦም፡ እቶም ህዝቢ ከይስውኡሎም ብሽንደይ ገድሊ ከልከልዎም። ኣይሁድ ካብ ኣንጾክያን ካብ ኢቆንያን መጺኦም ነቶም ህዝቢ ኣስድዕዎም። ንጳውሎስ ከኣ ብዳርባ እምኒ ቐጥቀጥዎ። ዝሞተ መሲልዎም ከኣ ጎቲቶም ካብታ ከተማ ኣውጽእዎ። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኣብ ዙርያኡ ደው ምስ በሉ ኸኣ፡ ብድድ ኢሉ ናብ ከተማ ኣተወ። ንጽባሒቱ ድማ ምስ በርናባስ ናብ ደርቤ ከደ።

> **<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**
>
> "ንጥቑዓት ፍትሒ ዜውጽኣሎም፡ ንጥሙያት እንጌራ ዝህቦም ንሱ እዩ፡ እግዚኣብሄር ንእሱራት ይፈትሖም" መዝ 146፣7

## ካልኣይ ጉዕዞ ጳውሎስ
## (ግብ 15፣36 - 16፣12)

ሓደ ጊዜ ጳውሎስ ካልኣይ ጉዕዞ ክገብር ከም ዘለዎ ተረድኦ። ጳውሎስ ንበርናባስ፡ ንዓ ናብተን ቃል ጐይታ ዝመሃርናለን ኩለን ከተማታት ንመለስ፡ ነቶም ኣሕዋት ንብጽሓዮም። ከመይ ኢሎም ከም ዘለዉ ድማ ንርኣዮም፡ በሎ። በርናባስ ብዘረባ ጳውሎስ ተሰማሚዑ፡ ነቲ ማርቆስ ዝበሃል ዮሃንስ ምስኣቶም ክማልኦ ደለየ። ጳውሎስ ግና ከምኡ ክገብር ስለ ዘይፈተወ ተፈላለዩ። በርናባስ ንማርቆስ ሒዙ ናብ ቆጵሮስ ብመርከብ ከደ። ጳውሎስ ግና ንሲላስ ዝበሃል ካልእ ሓው ሓረየ፡ ናብ ልስጥራ ከኣ ከደ። ኣብ ልስጥራ፡ ካብ ሓንቲ ኣይሁዳዊት ኣማኒት ሰበይትን ካብ ሓደ ግሪኻዊ ሰብኣይን ዝተወልደ ጢሞቴዎስ ዝበሃል ወደ መዝሙር ነበረ። ሰባት ብዛዕባ ጽቡቕ ምስክርነቱ ይዛረቡ ነበሩ። ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ምስኡ ወሰዶ። ኣብ ዘዝኣተውዎ ከተማ ኸኣ ነተን ኣብያተ ክርስትያን የጸናንዐን ይምህሩን የተባብዑን ነበሩ። ሓደ ለይቲ ጳውሎስ ራእይ ረኣየ። ብዓል መቄዶንያ ሰብኣይ ደው ኢሉ፡ ናብ መቄዶንያ ሕለፍ እሞ ርድኣና፡ እናበለ ኺልምኖ ኸሎ ረኣየ። ጳውሎስን ብጾቱን ናብ መቄዶንያ ክኸዱ ከም ዘለዎም በዚ

ተረዲኦም፡ ብመርከብ ገይሮም ባሕሪ ተሳጊሮም ናብታ ኣብ ሃገር መቄዶንያ ዝዓበየት ከተማ ፊሊጲ መጹ።

## ጳውሎስ ኣብ ፊልጲ
## (ግብ 16፡13-24)

ብመዓልቲ ሰንበት፡ ጳውሎስን ብጾቱን ካብ ቀጽሪ ከተማ ፊሊጲ ወጺኦም፡ ኣብ ጥቓ ጸሎት ዝግበረሉ ገምገም ሩባ ኮፍ ኢሎም፡ ነተን ኣብኡ ዝተኣከባ ኣንስቲ ተዛረብወን። ልድያ እትበሃል ንኣምላኽ እትፈርህ ሰበይቲ፡ ናብቲ ጳውሎስ ዝብሎ ዝነበረ ከተድህብ ጐይታ ልባ ኸፈተላ። ንሳ ምስ ስድራቤታ ምስ ተጠምቀት ንጳውሎስን ብጾቱን ናብ ቤታ ክኣትዉ ለመነቶም። ናብ ጸሎት ብሓንሳእ እናኸዱ ከለዉ መንፈስ ጥንቆላ ዘለዋ፡ ንጐይቶታ ኸኣ በቲ ምጥንቋላ ብዙሕ እተርብሖም ዝነበረት ግዝእቲ ተጓነፈቶም። ንሳ ኸኣ ደድሕሪ ጳውሎስን ብጾቱን እናሰዓበት፡ እዞም ሰባት እዚኦም ኣገልገልቲ ልዑል ኣምላኽ እዮም፡ መገዲ ምድሓን ከኣ ይምህርኹም ኣለዉ፡ እናበለት ዓው ኢላ ትዛረብ ነበረት። ነዚ ነገር እዚ'ውን ብዙሕ መዓልቲ ደጋገመቶ። ጳውሎስ ድማ ድሕሪ ብዙሕ ምጽማም ግልጽ ኢሉ ነቲ ርኹስ መንፈስ ፡ ካብኣ ክትወጽእ ብስም ኢየሱስ እእዝዘካ ኣሎኹ፡ በሎ። በታ ጊዜ እቲኣ'ውን ወጸ። ጐይቶታ ድማ ተስፋ ረብሓኦም ከም ዘቋረጸ ምስ ረኣዩ፡ ንጳውሎስን ሲላስን ሓዚዎም፡ ጎቲቶም ናብ ዕዳጋ ወሲዶም፡ ናብቶም ሹማምንቲ ኣቕረብዎም። እዞም ሰባት እዚኦም ኣይሁድ እዮም፡ ንኸተማና ኸኣ የናዕብዋ ኣለዉ፡ ንሕና ሮማውያን ክንቅበሎ ኾነ ክንገብሮ ዘይግብኣና ባህሊ ይሰብኩ ኣለዉ፡ እናበሉ ከኣ ከሰስዎም። እቲ ህዝቢ ኸኣ ኣብ ልዕሊኦም ተንሲኡ ተጻብኦም፡ እቶም ሮማውያን ሰበ ስልጣን ድማ ክዳውንቶም ገፊፎም ብበትሪ ኪዘብጥዎም



ኣዘዙ። ብዙሕ ምስ ገረፍዎም ከኣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዎም። ነቲ ሓላው ቤት ማእሰርቲ ድማ ኣጽኒዑ ክሕልዎም ኣዘዝዎ። ንሱ ነዚ ትእዛዝ እዚ ምስ ተቐበለ ኸኣ፡ ናብቲ ዝወሸጠ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም፡ ኣእጋሮም ድማ ብመቑሕ ጉንዲ ኣጽኒዑ ኣሰሮም።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ብጐይታ ኩሉ ሳዕ ተሓጎሱ፡ ደጊመ ተሓጎሱ እብል ኣለኹ"

ፊሊ. 4፡4

## ምንቅጥቃጥ ምድሪ
## (ግብ 16፡25-40)

ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ድማ፡ ጳውሎስን ሲላስን እናጸለዩ፡ ንኣምላኽ ብመዝሙር የመስግኑ ነበሩ። እቶም ካልኦት እሱራት ከኣ ይሰምዕዎም ነበሩ። ብሃንደበት ድማ፡ መሰረት እታ ቤት ማእሰርቲ ክሳብ ዝናወጽ፡ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ። ብኡብኡ ኸኣ ኩሉ እቲ መዓጹ ተኸፍተ፡ ናይ ኩላቶም መቓውሕውን ተፈትሐ። እቲ ሓላው ቤት ማእሰርቲ ምስ ተበራበረ ኸኣ ማዕጾ እቲ ቤት ማእሰርቲ ተኸፊቱ ረኣየ፡ እቶም እሱራት ዝሞሎቑ መሲልዎ ድማ ሰይፉ መሊሑ ንገዛእ ርእሱ ኪቐትል ደለየ። ጳውሎስ ግና ዓው ኢሉ፡ ርእሰኻ ኣይትትጕዳእ፡ ኩላትና ኣብዚ ኣሎና፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ መብራህቲ ኣምጽኡለይ፡ ኢሉ እናጎየየ ኣተወ። ራዕ ራዕ እናበለውን ኣብ ቅድሚ ጳውሎስን ሲላስን ተደፍአ። ናብ ግዳም ወጺኡ ድማ፡ ጐይቶተይ፡ ምእንቲ ኽድሕንሲ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ ብጐይታና ኢየሱስ እመን፡ ንስኻን ስድራኻን ድማ ኽትድሕኑ ኢኹም፡ በልዎ። ንእኡን ንኹሎም እቶም ምስኡ ኣብ ቤቱ ዝነበሩን ከኣ ቃል እግዚኣብሄር ነገርዎም። ሽዑ በታ ለይቲ እቲኣ ኣቑሳሎም ሓጸቦም፡ ምስ ኩሎም ስድራቤቱ ኸኣ ተጠምቀ። ናብ ገዝኡ ኣደይቡ ድማ መኣዲ ቐረበሎም፡ ብኣምላኽ ስለ ዝኣመነ'ውን ምስ ኩሎም ስድራቤቱ ተሓጎሰ። ምድሪ ምስ ወግሐ እቶም ሮማውያን ሰበ ስልጣን፡ ነቶም ሰባት ፈቲሕካ ስደዶም፡ ኢሎም ገላው ለኣኹሉ። እቲ ሓላው ቤት ማእሰርቲ ድማ፡ እቶም ሰበ ስልጣን፡ ፍትሕዎም፡ ኢሎም ልኢኾም ኣለው እሞ፡ ሕጂ እምበኣር ወጺእኩም ብሰላም ኪዱ፡ ኢሉ ንጳውሎስ ነገሮ። ጳውሎስ ግና፡ ንሕና ሮማውያን ከሎና፡ ብዘይ ፍርዲ ብግህዶ ገሪፎም፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትዮምናስ፡ ሕጂ ብሕቡእ'ዶ ኪሰዱና፧ ባዕላቶም ደኣ መጺኦም የውጽኡና እምበር፡ እዝስ ከቶ ኣይከውንን እዩ፡ በሎም። እቶም ገላው ኸኣ ነቶም ሰበ

ስልጣን ነዚ ነገር እዚ ነገርዎም። ንሳቶም ድማ ሮማውያን ምዃኖም ምስ ሰምዑ ፈርሁ። መጺኦም ከኣ፡ ይቕረ በሉልና፡ ኢሎም ኣውጽእዎም። ካብታ ከተማ ኬልግሱውን ለመንዎም። ሽዑ ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኦም ናብ ቤት ልድያ ኣተዉ፡ ነቶም ኣሕዋት ምስ ረኸብዎም ከኣ መዓድዎም።

## ዘይተፈልጠ ኣምላኽ
## (ግብ 17፥16-34)

ሓደ መዓልቲ ጳውሎስ ናብ ግሪኽ ተጓዒዙ ናብታ ህብብቲ ከተማ ኣቴንስ መጸ። ሽዑ ጳውሎስ ኣብቲ መዛረቢ ደው ኢሉ ከምዚ በለ፡ ኣቱም ሰብ ኣቴና፡ ብኹሉ ነገርኩም ብሃይማኖት ከም እትግደሱ እርኢ ኣለኹ። እናዞርኩ እቶም እተምልኽዎም ጣኦታትኩም ክርኢ ከለኹ፡ ‘ንዘይተፈልጠ ኣምላኽ’ ዝብል እተጻሕፎ መሰውኢ ረኺብኩ። እምብኣርሲ ብዛዕብኡ እየ ክነግረኩም መጺአ። ንሱ እቲ ዓለምን ኣብኣ ዘሎን ዝገበረ ኣምላኽ፡ ጐይታ ሰማይን ምድርን እዩ፡ ብኢድ ሰብ ኣብ ዝተሃንጸ መቓድስ ከኣ ኣይሓድርን እዩ፡ እናበለ ብዛዕባ ሞትን ትንሳኤን ኢየሱስ ክርስቶስ ነገሮም። ዘረብኡ ምስ ወድአ ገሊኦም ኣላገጹሉ፡ ገሊኦም ከኣ፡ እዝስ ከም ብሓድሽ ክንሰምዓካ ንደሊ ኢና፡ በልዎ። ገሊኣቶም ስባት ከኣ ኣሚኖም ሰዓብዎ። ድሕርዚ ጳውሎስ ካብ ኣቴና ናብ ቈረንቶስ ከደ። ኣብኡ ኸኣ ምስ ኣኪላስን ጵርስኪላን ዝበሃሉ ተቐመጠ። ከምኣቶም ሰፋይ ድንኳን (ቴንዳ) ስለ ዝነበረ ድማ ብሓንሳእ ይሰርሑ ነበሩ። ሰንበት ሰንበት፡ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ እናሰበኸ ድማ ንኣይሁድን ንግሪኻውያንን የረድኦም ነበረ። ጳውሎስ ኣብ ቈረንቶስ ንሓያሎ መዓልቲ ምስ ተቐመጠ። ካብ ሰብ ቈረንቶስ ተሰናቢቱ፡ ምስ ጵርስኪላን ኣኪላስን ብመርከብ ናብ ሶርያ ኸደ።

## ኣጵሎስን ሰዓብቱን
## (ግብ 18፥24 - 19፥7)

ሓደ ኣጵሎስ ዝስሙ ምሁር ኣይሁዳውን ክእለት ዘረባ ዘለዎን ናብ ኤፌሶን መጸ። ብዛዕባ መገዲ እግዚኣብሄር ምሁር ነበረ። ንሱ ሽሕ እኳ ጥምቀት ዮሃንስ ጥራይ ዝፈልጥ እንተ ነበረ፡ ብመንፈስ ተቓጺሉ ብዛዕባ ኢየሱስ ኣዝዩ ይሰብኽን ይምህርን ነበረ። ንሱ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ብትብዓት ኪምህር ጀመረ፡ ጵርስኪላን ኣኪላስን ምስ ሰምዕዎ ኸኣ ወሲዶም መገዲ እግዚኣብሄር ኣጸቢቆም ኣረድእዎ። ናብ ኣካይያ (ቈረንቶስ) ክኸይድ ምስ ሓሰበ እቶም ኣሕዋት ኣተባብዕዎ፡ ነቶም ኣብ ኣካይያ ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቲ ድማ ኪቕበልዎ ጸሓፉሎም። ኣብኣ ምስ በጽሐ ኸኣ ነቶም ብጸጋ ኣምላኽ ዝኣመኑ ብዙሕ ረድእዎም። ኣጵሎስ ኣብ ቈረንቶስ ከሎ

ጳውሎስ ናብ ኤፌሶን መጸ። ኣብኡ ኸኣ ገለ ቁሩብ ህይወቶም ብየሱስ ክርስቶስ ዝተለወጠ ደቀ መዛሙርቲ ረኸበ። ምስ ኣመንኩም መንፈስ ቅዱስ'ዶ ተቐቢልኩም ትፈልጡ፧ እናበለ ሓተቶም። ንሳቶም ከኣ፣ ኣይፋልናን፣ መንፈስ ቅዱስ ከም ዘሎ እኳ ሰሚዕና ኣይንፈልጥን፣ እናበሉ መለስሉ። ንሱ ኸኣ፣ በየናይ ጥምቀት ደኣ ተጠመቕኩም፧ በሎም። ብጥምቀት ዮሃንስ፣ ኢሎም መለስሉ። ሽዑ ጳውሎስ፣ ዮሃንስሲ በቲ ድሕሪኡ ዝመጽእ፣ ብኢየሱስ ክርስቶስ ክኣምኑ ነቶም ህዝቢ እናነገረ ጥምቀት ንስሓ እዩ ዘጥመቐ፣ በሎም። እዚ ምስ ሰምዑ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ተጠምቁ። ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ ናብኣቶም ወረደ። እቶም ሰባት ከኣ ኩሎም ዓሰርተው ክልተ ዝኣኽሉ ነበሩ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ኣምላኽ ንኣና መዕቆብን ሓይልን፣ ብጸበባ ፍጡን ረድኤትን እዩ" መዝ 46፥1

## ኣርጤምስ ዓባይ! ናዕቢ ኣብ ኤፌሶን
## (ግብ 19፥21-41)



ሓደ ሰራሕ ብሩር፣ ድሜጥሮስ ዝበሃል ሰብ ነበረ። ንሱ ኣብ ኤፌሶን፣ ኣብ ቤት መቕደስ ኣርጤምስ እትበሃል ጣኦት ዚኸውን ምስሊ ብሩር ይሰርሕ ነበረ። ድሜጥሮስ፣ ጳውሎስ ብዛዕባ እቲ ሓቀኛ ኣምላኽ እናሰበኸን እናመሃረን ብዙሓት ኣብ ኤፌሶን ከም ዝለወጠ ምስ ረኣየ ነቶም መሳርሕቱን ብዕዮ ዚሓብርዎን ኣኪቡ ከምዚ በሎም፣ ኣቱም ሰባት፣ ጥቕምና ካብዚ ስራሕ'ዚ ምዃኑ ትፈልጡ ኢኹም። እዚ ጳውሎስ ዝበሃል ሰብ ግና፣ እዞም ብኢድ ዚግበሩስ ኣማልኽቲ ኣይኮኑን፣ እናበለ ንብዙሓት ሰባት ከም ዘስድዐን ከም ዘዕለወን ትርእዩን ትሰምዑን ኣሎኹም። ዜፍርሓኒ ዘሎ፣ እታ ዓባይ ኣርጤምስ ዕብየታ ከይሰዓር፣ መቕደሳ'ውን ከንቱ ከይቁጸር እምበር፣ ስራሕና ከይንዓቕ ጥራይ ኣይኮነን። ነዚ ምስ ሰምዑ፣ ኣዝዮም ተቖጥዑ እሞ፣ ናይ ሰብ ኤፌሶን ኣርጤምስ ዓባይ እያ! እናበሉ ዓው ኢሎም ጨደሩ። እቶም

ሰባት ንገለ ኣዕሩኽ ጳውሎስ ሒዞም ኣናጎተቱ ናብቲ ህዝቢ ዝእከብሉ ስፍራ ወሰድዎም። እስክድሮስ ዚበሃል ሓደ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ ከህድኦም እኳ እንተ ፈተነ፡ ናይ ሰብ ኤፌሶን ኣርጤምስ ዓባይ እያ! እናበሉ ክልተ ሰዓት ዝኣክል ጨደሩ። እቲ ናይታ ከተማ ኣመሓዳሪ ግና ነቶም ህዝቢ ኣህድኦም፡ ነናብ ገዝኦም ከኣ ኣፋነዎም።

## ጳውሎስ ምዉት ከም ዘተንስአ (ግብ 20፡7-12)

ጳውሎስን ብጾቱን፡ ወንጌል እናሰበኹ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ይጉዓዙ ነበሩ። ሓደ ጊዜ ኣብ ጥሮኣስ እትበሃል ዓዲ ምስቶም ኣብኣ ዝነበሩ ክርትያናት ተኣኪቦም እንጌራ እናቈረሱ ቃል ኣምላኽ ይመሃሩ ነበሩ። ጳውሎስ ድማ ይሰብከሎም ነበረ። ንጽባሒቱ ክገይሽ ስለ ዘለዎ ኸኣ ስብከቱ ክሳዕ ፍርቂ ለይቲ ኣንውሐ። ኣብቲ ተኣኪቦምሉ ዝነበሩ ላዕላይ ደርቢ ብዙሕ መብራህትታት ይበርህ ነበረ። ኣውጢኮስ ዝበሃል ጎበዝ ኣብ መስኮት ተቐሚጡ ኸሎ ድቃስ ወሰዶ። ጳውሎስ ዘረባኡ ምስ ኣንውሐ ኸኣ፡ ድቃስ ከቢድዎ ካብ ሳልሰይቲ ደርቢ ናብ ታሕቲ መሬት ወዲቑ ሞተ፡ ሬሳኡ ድማ ኣልዓልዎ። ጳውሎስ ድማ ወሪዱ ኣብ ልዕሊኡ ድንን በለ እሞ ሓቝፉ ኣልዓሎ፡ ብህይወት እዩ ዘሎ እሞ ኣይትሰምብዱ፡ ከኣ በሎም። እቶም ኣሕዋት ናብቲ ደርቢ ተመሊሶም ብሓንሳእ እንጌራ ቈሪሶም በልዑ። ጳውሎስ ድማ ምድሪ ክሳዕ ዝወግሕ ብዙሕ ተዛሪቦም እሞ ተፋንዩዎም ኸደ። እቶም ኣሕዋት ከኣ ነቲ ወዲ ብህይወቱ ስለ ዘምጽእዎ ኣዝዮም ተጸናንዑ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ንነፍሰኹም ብትዕግስትኹም ክተጥርይዋ ኢኹም" ሉቃ 21፡19

## ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ይፋነዎም (ግብ 20፡17-38፥ 21፡1-16)

ጳውሎስ ኣብ መሊጠ ኸሎ ናብ ኤፌሶን ልኢኹ ነቶም መራሕቲ ቤተ ክርስትያን ናብኡ ጸውዖም። ናብኡ ምስ መጹ ኸኣ ከምዚ ዚስዕብ በሎም፡ ኣብ ማእከልኩም ከለኹ፡ ንጐይታ ከመይ ከም ዘገልገልኩዎ ትፈልጡ ኢኹም። ካብ ገዛ ናብ ገዛ እናኸድኩ ከመይ ከም ዝመሃርኩኹም'ውን

ትፈልጡ ኢኹም። ሕጂ ድማ እንሆ ኣብ የሩሳሌም እንታይ ከም ዚረኽበኒ ከይፈለጥኩ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተደሪኸ ናብ የሩሳሌም እኸይድ ኣለኹ። ግናኸ ዕዮ ጐይታይ ጥራይ ደኣ ይፈጽም እምበር በዝስ ኣይተጨነቕኩን። ደጊም ገጸይ ከም ዘይትርእዩ እፈልጥ እየ። ኣነ ምስ ከድኩ ግና ገለ ሰባት ካብቲ ዝመሃርኩኹም ከዕልውኹም (ከስሕትኹም) ክትንስኡ እዮም። ስለዚ ሰለስተ ዓመት ምሉእ ለይትን መዓልትን ንነፍሲ ወከፍኩም ዝመሃርኩኹም ዘክርዎ። ነቶም ድኹማትን ዝሰኣኑን ሓግዙ፡ ቃል ጐይታ 'ካብቲ ዝቕበልሲ፡ እቲ ዝህብ ኣዝዩ ይባረኽ' ከም ዝብል ዘክሩ። እዚ ምስ በለ ኸኣ ምስ ኩሎም ኮይኑ ተምበርኪኹ ጸለየ። ኩላቶም ድማ ብዙሕ በኸዩ፡ ንጳውሎስ ከኣ ብኽሳዱ ሓኒቖም ሰዓምዎ። ካብ ኩሉ ኸኣ ስለ እቲ፡ ደጊምሲ ገጸይ ኣይክትርእዩን ኢኹም፡ ዝበሎም ቃል ኣዝዮም ጐሃዩ። ክሳዕ እታ መርከብ'ውን ኣፋነውዎ። ጳውሎስን ብጾቱን ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ እናተጓዕዙ ናብ ቂሳርያ መጹ። ኣብ እንዳ ፊሊጶስ ወንጌላዊ ከኣ ኣተዉ። ሓያሎ መዓልቲ ምስ ገበሩ ከኣ፡ ሓደ ኣጋቦስ ዝስሙ ነብዩ፡ ንዕ ጣቕ (ቁልፊ) ጳውሎስ ወሲዱ፡ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ብእኡ ኣሰረ እሞ፡ ንዋና እዛ ዕጣቕ እዚኣ ኣይሁድ ኣብ የሩሳሌም ከምዚ ገይሮም ክኣስርዎ እዮም፡ በለ። ብጾት ጳውሎስ እዚ ምስ ሰምዑ፡ ናብ የሩሳሌም ከይከይድ ንጳውሎስ ለመንዎ። ሽዑ ጳውሎስ፡ ንምንታይ ትጉህዩ፧ ንምንታይ'ከ ልበይ ትሰብሩኒ ኣሎኹም፧ ኣነ ምእንቲ ስም ጐይታና ኢየሱስ ኣብ የሩሳሌም ንማእሰርቲ ጥራይ ዘይኮነስ ንሞት'ውን ድልው እየ፡ ኢሉ መለሰሎም። ምስማዕ ምስ ኣበዮም ኸኣ፡ ፍቓድ ጐይታ ይኹን፡ ኢሎም ምዝራቡ ሓደግዎ።

## ጳውሎስ ኣብ የሩሳሌም
## (ግብ 21፥17-23፥22)

ጳውሎስ ብትብዓት (ብጅግንነት) ናብ የሩሳሌም ከደ። እቶም ኣብ የሩሳሌም ዝጽበይዎ ዝነበሩ ኣሕዋት ከኣ ብሓበን ተቐበልዎ። ጳውሎስ ናብ ቤተ መቕደስ ምስ ከደ ገለ ኣይሁድ ነቲ ኣብኡ ዝነበረ እኩብ ህዝቢ ኣንጻሩ ኣለዓዓልዎ። ኣቱም ሰብ እስራኤል፡ ንዑ ደግፉና፡ እቲ ኣብ ፈቐዶ ሃገር ምስ እዚ ህዝቢ እዝን ምስ እዚ ሕጊ እዝን ምስ እዛ ስፍራ እዚኣን ዝጻረር ነገር ንኹሉ ሰብ ዝምህር ሰብኣይ እዚ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ግሪኻውያን ናብዛ መቕደስ እዚኣ ኣእትዩ፡ ዘይግባእ ነገር ገይሩ፡ እናበሉ ጨርሑ። ኩሎም እቶም ህዝቢ ብሕርቃን ኣንጻር ጳውሎስ ጨርሑ። ንጳውሎስ ሒዞም ከኣ ካብ ቤት መቕደስ ስሒቦም ኣውጽእዎ፡ ነቲ መዓጾ ቤት መቕደስ'ውን ሸጎርዎ። ኪቐትልዎ ምስ ደለዩ ድማ ብዘላ የሩሳሌም ኸም ዝተነዓበት ኣብቲ ሓለቃ ሽሕ ናይ መንግስቲ ሮማ ወረ በጽሐ። ንሱ

ኸኣ ወተሃደራት ሒዙ ናብኣቶም ጎየየ። ኣይሁድ ከኣ ነቲ ሓለቓ ሽሕን ጭፍራኡን ምስ ረኣዩ፡ ንጳውሎስ ምዝባጡ (ምህራሙ) ሐደጉ። ድሕሪ'ዚ እቲ ሓለቓ ሽሕ ቀሪቡ ንጳውሎስ ኣትሓዞ፡ ብመቑሕ ኪኣስርዎ ኸኣ ኣዘዘ። መን ምዃኑን እንታይ ከም ዝገበረን'ውን ሓተተ። እቶም ህዝቢ ዓው ኢሎም ገሊኦም ከምዚ ገሊኦም'ውን ከምቲ ይብሉ ነበሩ። ብምኽንያት እቲ ዋጭዋጭ (ጭራሕ ምራሕ) እቲ ሓለቓ ሽሕ ርግጽ ነገር ምፍላጥ ምስ ሰኣነ ናብ ሰፈር ወተሃደራት ኬብጽሕዎ ኣዘዘ። ጳውሎስ ኣብቲ መደያይቦ ናይቲ ሰፈር ምስ በጽሐ፡ እቲ ህዝቢ ኣዝዩ ስለ ዝነደረ እቶም ወተሃደራት ተሰከምዎ። ንየው በሎ፡ ኢሉ እናጨደረ ድማ ብዙሕ ህዝቢ ይስዕቦ ነበረ። ናብቲ ሰፈር ወተሃደራት ኬእትውዎ ምስ ደለዩ ድማ ጳውሎስ ነቲ ሓለቓ ሽሕ፡ ክዛረበካዶ ትፈቕደለይ ኢኻ፧ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ቋንቋ ግሪኽ'ዶ ትፈልጥ ኢኻ፧ ቅድሚ ሕጂ ብዙሕ ረበሻ ዘለዓዓልካ ግብጻዊ ንሸኻ'ዶ ኣይኮንካን፧ በሎ። ጳውሎስ ግና፡ ኣነስ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ ብዓል ጠርሲስ ናይ ቂልቅያ ወዲ እታ ስምይቲ ኸተማ እየ። ንህዝቢ ኺዛረብ ክትፈቕደለይ እልምነካ ኣሎኹ፡ በሎ። ሽዑ ጳውሎስ ምስ ተፈቕደሉ፡ ኣብቲ መደያይቦ ደው ኢሉ፡ ነቶም ህዝቢ ብኢዱ ኣመልከቶም። እቶም ህዝቢ እንታይ ኮን'ዩ ክብል ደልዩ ኢሎም ብምግራም ጸጥ በሉ። ኣዝዩ ክሳዕ ዝደንቆም ከኣ ብቛንቋ እብራይስጥ፡ ኣቱም ኣቦታተይን ኣሕዋተይን፡ ኣነስ ኣብታ ኣብ ቂልቅያ እትርከብ ጠርሴስ እትብሃል ከተማ እተወለድኩ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ እየ። ብመምህር ገማልኤል ሕጊ ኣቦታት ኣጸቢቐ እተመሃርኩ እየ። እናበለ ኩሉ ታሪኹ ኣዘንተወሎም። ንሰዓብቲ (ኣመንቲ) ክርስቶስ ይኣስርን የሳድድን ከም ዝነበረ፡ እንተ ኾነ ሓደ መዓልቲ ጐይታ ኢየሱስ ከም እተራእዮ፡ ህይወቱ ድማ ከም እተለወጠ ነገሮም። ይኹን እምበር፡ እግዚኣብሄር ንኣህዛብ ወንጌል ክሰብከሎም ከም ዝለኣኾ ምስ ነገሮም መሊሶም ሓረቑ። ድምጾም ዓው ኣቢሎም፡ ከምዚ ዝበለ ሰብ ብህይወት ኪነብር ኣይግብኦን እዩ፡ ኣልግስዎ፡ በሉ። እቶም ህዝቢ ክዳውንቶም እናደርበዩ ሓመድ ንላዕሊ እናበተኑ ኽጭድሩ ኸለዉ እቲ ሓለቓ ሽሕ ነዚ ዜጨድሮም ዘሎ ምኽንያት ምእንቲ ኺፈልጥ፡ ኣብ ስፍራ ወተሃደራት ኣእቲኹም ብመግረፍቲ መርምርዎ፡ ኢሉ ኣዘዘ። ኪገርፍዎ በጥ ምስ ኣበልዎ ኸኣ፡ ጳውሎስ ነቲ ደው ኢሉ ዝነበረ ወተሃደር፡ ንሓደ ሮማዊ ዜጋ ብዘይ ፍርዲ ክትገርፉዶ ተፈቒድልኩም እዩ፧ በሎ። እቲ ወተሃደር እዚ ምስ ሰምዐ፡ ከይዱ ነቲ ሓለቓ ሽሕ፡ እዚ እትገብሮ ዘሎኻ ፍለጥ፡ ምኽንያቱ እዚ ሰብኣይ እዚ ሮማዊ እየ ይብል ኣሎ፡ ኢሉ ነገሮ። እቲ ሓለቓ ሽሕ ከኣ መጺኡ፡ ኣታ ሮማዊ ዲኻ፧ እስከ ንገረኒ፡ ኢሉ ሓተቶ። ጳውሎስ ከኣ፡ እወ፡ በሎ። እቲ ሓለቓ ሽሕ ከኣ፡ ኣነ ነዚ ዜግነት እዚ ብዙሕ ገንዘብ ብምኽፋል እየ ዝረኸብክዎ፡ በሎ። ጳውሎስ ከኣ፡ ኣነስ እባ ተወሊደሉ እየ፡ በሎ። እቶም

ኪምርምርዎ ኢሎም ኣብሉ ዝነበሩ፣ ቐልጢፎም ካብኡ ኣልገሱ። እቲ ሓለቓ ሽሕ ድማ ሮማዊ ምዃኑ ምስ ኣረጋገጸ ስለ ዝኣሰሮ ፈርሀ።

## ጳውሎስ ናብ ፊሊክስ ይለኣኽ
## (ግብ 22፡30 - 23፡35)

ንጽብሒቱ ኣይሁድ ብዛዕባ እንታይ ከም ዝኸሰስዎ ክፈልጥ ደልዩ፣ እቲ ሓለቓ ሽሕ ንጳውሎስ ኣብ ዋዕላ ሊቃውንቲ ካህናት ኣይሁድ ኣቕሞ። ሽዑ ጳውሎስ ነቶም መጋባእያ ተዛረቦም። ንሱ ባዕሉ እኳ ፈሪሳዊ ከም ዝነበረ ከኣ መስከረሎም። እቶም ሊቃውንቲ ካህናት ብዘረባ ጳውሎስ ኣብ ንሓድሕዶም ስለ ዘይተረዳድኡ ኣብቲ ዋዕላ ተኸፋፈሉ። ብዙሕ ባእሲ ምስ ኮነ ኸኣ እቲ ሓለቓ ሽሕ እቶም ህዝቢ ንጳውሎስ ከይጎድእዎ ፈሪሑ ካብቲ ዋዕላ ኣውጽኦ። በታ ድሕሪኣ ዘላ ለይቲ ኸኣ ጐይታ ናብኡ ቀሪቡ፣ ጳውሎስ! ከምቲ ኣብ የሩሳሌም ብዛዕባይ ዝመስከርካዮ ከምኡውን ኣብ ሮማ ክትምስክረለይ ይግብኣካ እዩ እሞ ኣጆኻ፣ በሎ። ምድሪ ምስ ወግሐ ኸኣ ኣይሁድ፣ ንጳውሎስ ክሳዕ እንቕትሎ ኣይንብላዕ፣ ኣይንስተ፣ እናበሉ ሰሚሮም ተመሓሓሉ። እቶም ነዚ ውዲት እዚ ዝኣለሙ፣ ካብ ኣርብዓ ዝበዝሑ ኣይሁድ ናብ ሊቃነ ካህናትን ናብ ዓበይትን ከይዶም፣ ንሕና ንጳውሎስ ከይቀተልና ገለ ነገር ዝጠዓመ ርጉም ይኹን ኢልና ተመሓሒልና ኣሎና። ሕጂ ኸኣ ንሸኻትኩም፣ ንጳውሎስ ናብኻትኩም ኬውጽኦ እሞ፣ ብዛዕባ ጉዳዩ ኣጸቢቕኩም ክትምርምሩ ከም ዝደለኹም ገርኩም ነቲ ሓለቓ ሽሕ ንገርዎ፣ ንሕና ኸኣ ኣብኻትኩም ከይበጽሐ ክንቀትሎ ተዓጢቕና ኣሎና፣ በልዎም። ወዲ ሓብቱ ንጳውሎስ ከኣ፣ ነዚ ውዲቶም ሰሚዑ ኸደ፣ ናብቲ ሰፈር ወተሃደራት ኣትዩ ድማ ንጳውሎስ ነገሮ። ጳውሎስ ከኣ ነቲ ወዲ ናብቲ ሓለቓ ሽሕ ሰደዶ። ንሱ ኸኣ ብዛዕባ እቲ ውዲት ኣይሁድ ኩሉ ነገሮ። ድሕሪ እዚ እቲ ሓለቓ ሽሕ ክልተ ካብቶም ወተሃደራቱ ጸዊዑ፣ ንቂሳርያ ዚኸዱ ክልተ ሚእቲ ወተሃደራት፣ ሰብዓ ፈረሰኛታት፣ ክልተ ሚእቲ ሰብ ኲናት፣ ለይቲ ኣዳልዉ። ንጳውሎስ ከኣ መጽዓኛ ቀረብሉ። ብደሓን ናብ ፊሊክስ፣ እቲ ራእሲ (ኣመሓዳሪ) ኣብጽሕዎ፣ በሎም። ብዛዕባ መንነት ጳውሎስ ዝገልጽ ደብዳቤ ጽሒፉ ኸኣ፣ ንፊሊክስ ክህብዎ ኣዘዘ። እቶም ወተሃደራት ንጳውሎስ ከምቲ ዝተበሃልዎ ናብ ፊሊክስ ኣብጽሕዎ። እታ መልእኽቲውን ሃብዎ። ፊሊክስ ነታ መልእኽቲ (ደብዳቤ) ምስ ኣንበባ ካበይ ከም ዝመጸን ከሰስቱ ኸኣ መን ምዃኖምን ምስ ፈለጠ፣ እምበኣር ከሰስትኻ ምስ መጹ ሽዑ ክሰምዓካ፣ በሎ። ኣብ ናይ ሄሮድስ ቤት መንግስቲ ኣእትዮም ኪሕልውዎ ኸኣ ኣዘዘ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ**

"ሓደ እኳ ኸይምካሕሲ፡ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ፡ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ካባኻትኩም ኣይኮነን" ኤፌ 2፡8-9

# ጳውሎስ ኣብ ቅድሚ ፊሊክስ
## (ግብ 24፡1-27)

ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልቲ፡ ሃናንያ እቲ ሊቀ ካህናት ምስ ገለ ዓበይትን፡ ጠርጠሉስ ምስ ዝበሃል ሓደ በሊሕ ተዘራቢን ናብ ቂሳርያ መጹ። ንሳቶም ድማ ንጳውሎስ ኣብ ቅድሚ እቲ ራእሲ (ኣመሓዳሪ) ከሰስዎ። ጳውሎስ ምስ ተጸውዐ ድማ ጠርጠሉስ ከምዚ እናበለ ክኸሶ ጀመረ፡ ኦ ልዑል ፊሊክስ፡ ብኣኻ ብዙሕ ሰላም ረኺብና ኣሎና፡ ሳላ ብልሓትካ ድማ ነዚ ህዝቢ እዚ ብዙሕ ምምሕያሽ ኮይኑሉ ኣሎ። ነዚ ነገር እዚ ድማ ኩሉ ሻዕ ብታሕጓስ እናተቐበልና ነመስግነካ ኣሎና። እንተ ኾነ ምእንቲ ከየንውሓልካ፡ ነዚ ብሓጺሩ ዝበልካ ተዓጊስካ ብለውሃት ክትሰምዓና እልምነካ ኣሎኹ። እዚ ሰብኣይ እዚ ናይቶም ናዝራውያን ተባሂሎም ዝጽውዑ ወገን መራሒ እዩ፡ ኣብ ብዓለሙ ንዘለዉ ኹሎም ኣይሁድ ድማ ናዕብን ህውከትን እናፈጠረ፡ ሕማም ኮይኑ ረኺብናዮ ኣሎና። ብዛዕባዚ ንሕና ዝኸሶ ዘሎና ኹሉ ኸኣ ባዕ ልኻ ንዕኡ መርሚርካ ክትፈልጦ ይከኣለካ እዩ። ፊሊክስ ንጳውሎስ ክዛረብ ምስ ኣፍቀደሉ ኸኣ ጳውሎስ ጌጋ ከም ዘይገበረ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ተመጻረየ። እቲ ራእሲ፡ ዘረባ ጳውሎስ ምስ ሰምዐ፡ እቲ ሓለቓ ሽሕ ምስ መጸ፡ ሽዑ ነገርኩም ኣጸቢቐ ክምርምር እየ፡ ኢሉ ንጉዳይ ጳውሎስ ክጸንሕ ሓደጎ። ንሓደ ካብቶም ወተሃደራቱ ኸኣ ንጳውሎስ ክሕልዎ፡ ማእሰርቱውን ኪቃልለሉ ኣዘዞ። ድሕሪ ቁሩብ መዓልቲ ኸኣ ፊሊክስ ምስታ ድሩሲላ ዝተባህለት ኣይሁዳዊት ሰበይቱ መጺኡ ንጳውሎስ ልኣኹ ጸውዮ። ብዛዕባ ብክርስቶስ ኢየሱስ ምእማን ድማ ካብኡ ሰምዐ። ብዛዕባ ጽድቅን ርእሰኻ ምግታእን ብዛዕባ ዚመጽእ ፍርድን ምስ ነገሮ፡ ፈሪሁ፡ ሕጂ ኪድ፡ ብዝጥዕ መኣ ጊዜ ክትመጽእ ክልእከልካ እየ፡ በሎ። ፊሊክስ፡ ጳውሎስ መታን ክፈትሖ ገንዘብ ክህቦ ተስፋ ይገብር ስለ ዝነበረ፡ ብዙሕ ጊዜ የዛርቦ ነበረ። ጳውሎስ ግና ከምኡ ኣይገበረን። ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ ጶርቅዮስ ፌስጦስ ኣብ ክንዲ ፊሊክስ ተሾመ። ፊሊክስ ከኣ ንኣይሁድ ባህ ክብል ደልዩ ንጳውሎስ ብእሱሩ ሓደጎ።

# ጳውሎስ ናብ ቄሳር ይግባይ ይብል
## (ግብ 25፣1-12)

ፌስጦስ ናብታ ግዝኣቱ ምስ መጸ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ናብ የሩሳሌም ከደ። ሊቃነ ካህናትን መኳንንቲ ኣይሁድን ድማ ብዛዕባ ጳውሎስ ነገርዎ። ኣብ መገዲ ኣድብዮም ኪቀትልዎ መዲቦም ስለ ዝነበሩ ኸኣ፡ ንጳውሎስ ናብ የሩሳሌም ኣምጽኣልና፡ ኢሎም ለመንዎ። ይኹን እምበር ፌስጦስ ምስኦም ኣይተሰማምዐን፡ ናብ ቂሳርያ መጺኦም ክኸስዎ ኸኣ ነገሮም። ፌስጦስ ናብ ቂሳርያ ምስ ወረደ፡ ንጽባሒቱ ኣብ መንበር ፍርዲ ተቐሚጡ ንጳውሎስ ከምጽእዎ ኣዘዘ። ጳውሎስ ምስ መጸ ኸኣ እቶም ካብ የሩሳሌም ዝወረዱ ኣይሁድ ከቢቦምዎ ደው በሉ። መርትዖ ከቕርብሉ ዘይክእሉ ብዙሕን ከቢድን ክሲ ድማ ከሰስዎ። ጳውሎስ ድማ፡ ኣነ ኣብ ልዕሊ ሕጊ ኣይሁድ ኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ቤት መቕደስ፡ ወይ ኣብ ልዕሊ ቄሳር ኣይበደልኩን፡ ኢሉ ተመጻረየ። ፌስጦስ ከኣ ንኣይሁድ ባህ ከብል ደልዩ፡ ንጳውሎስ፡ ናብ የሩሳሌም ክትድይብ እሞ በዚ ነገር እዚ ኣብኣ ኣብ ቅድመይ ክትፍረድዶ ትፈቱ ኢኻ፧ ኢሉ ሓተቶ። ጳውሎስ ግና፡ ኣነ ኣብ ቅድሚ ናይ ቄሳር መንበር ፍርዲ ቆይመ ኣለኹ፡ ክፍረዶ ዝግብኣኒ ድማ ኣብኡ እዩ። ንሰኻ ባዕልኻ ኣጸቢቕካ ከም እትፈልጦ ድማ ንኣይሁድ ኣይበደልኩዎምን። ናብ ሞት ዘብጽሕ ዓመጽ ገይረ እንተ ኾይነ፡ ኣይትቕተሉኒ፡ ኢለ ኣይልምንን እየ። እዚ ዝኸሱኒ ዘለዉ ብሓሶት እንተ ኾይኑ ግና ንዓኣቶም ኣሕሊፉ ክህበኒ ዝኽእል የልቦን። ኣነ፡ ናብ ቄሳር ይግባይ፡ ኢለ ኣሎኹ በለ። ሽዑ ፌስጦስ ምስቶም ኣማኸርቱ ተዘራሪቡ፡ ናብ ቄሳር ይግባይ ካብ በልካስ ናብ ቄሳር ክትከይድ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ሓጢኣት ካብ ምግባር መከራ ምቕባል መሪጽካ ኢኻ እሞ ናብ ሓጢኣት ከይትምለስ ተጠንቀቕ" እዮ 36፣21

# ንጉስ ኣግሪጳ
## (ግብ 25፣13 - 26፣32)

ድሕሪ ቍሩብ መዓልትታት ንጉስ ኣግሪጳን ንግስቲ በርኒቄን ኣብ ቂሳርያ በጽሑ። ፌስጦስ ድማ ንንጉስ ብዛዕባ ጳውሎስ ነገሮ። ንጉስ ኣግሪጳ ድማ ነዚ ሰብዚ ባዕለይ ክሰምዖ ኣሎኒ በለ። ፌስጦስ ድማ፡ ጽባሕ ክትሰምዖ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። ንጽባሒቱ ንጉስ ኣግሪጳን ንግስቲ በርኒቄን ኣብቲ

ቦታ በጽሑ። ላዕለዎት ሓለቓታትን ኣገደስቲ ሰባት ናይታ ከተማን ድማ ኣብኡ ነበሩ። ጳውሎስ እውን ኣብ ቅድሚ ኵሎም ደው በለ። ንጉስ ኣግሪጳን ኵሎም ሰባትን ቀረቡ፣ ፌስጦስ ድማ ከምዚ በለ፣ እዚ እትርእይዎ



ዘሎኹም ሰብኣይ እቲ ኣይሁዳውያን ብህይወት ክነብር ክፍቀደሉ የብሉን ዝበልዎ እዩ። ኣነ በደለኛ ኾይኑ ኣይረኸብክዎን፣ ሕጂ ድማ ናብ ቄሳር ኣውጉስጦስ ይግባይ ክብል ደልዩ ኣሎ፣ ኣነ እውን ናብ ቄሳር ክሰዶ ድልው እየ። ብዛዕብኡ እንታይ ከም ዝብል ኣይፈልጥን እየ። ስለዚ ኣብ ቅድሜኹም ኣምጺኣዮ፣ ኦ ንጉስ ኣግሪጳ ንሸኻ ኣጸቢቐካ ምስ መርመርካዮ ምናልባት እንታይ ኢለ ከም ዝጽሕፍ እፈልጥ እኸውን። እቲ ንጉስ ድማ ንጳውሎስ፣ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ባዕልኻ ተዛረብ በሎ። ኣብ ቅድሚኡ ብስቕታ ደው በለ። ከም እንደገና ጳውሎስ ታሪኹ ነገሮም፣ ኢየሱስ እንደገና ናብ ህይወት ከም ዝተንስኤ ምስ ተዛረበ ግና ፌስጦስ ብሕርቃን ነዲሩ፣ ንሸኻ ንነፍሰኻ ትጻረራ ኣሎኻ! እቲ ኵሉ ዝተመሃርካዮ ድማ ኣዕ ቢዱካ እዩ፣ በሎ። ዕቡድ ኣይኮንኩን ልዑል ፌስጦስ፣ በለ ጳውሎስ ብጥንቃቐ። ሓቂ እየ ዝዛረብ፣ ንጉስ እውን ብዛዕባዚ ይፈልጥ እዩ። ንጉስ ኣግሪጳ ንነብያት ትኣምኖም እንዲኻ፡ ከም እትኣምኖም እፈልጥ እየ፣ በለ። ንሸኻ ኣነ ክርስትያን ንክኸውን ዳርጋ ኣእሚንካኒ ኢኻ፣ በሎ ንጉስ ብህድኣት። ጳውሎስ ድማ ንሸኻ ጥራይ ዘይኮንካስ እዞም ሎሚ ዝሰምዑኒ ዘለዉ ኵሎም ከማይ ንኽኾኑ ትምኒተይ እዩ ኢሉ መለሰሉ። ንጉስ፣ ንግስቲ፣ ፌስጦስን ካልኦት ኣገደስቲ ሰባትን ብዛዕባ እቲ ነገር ክመያየጡ እልይ በሉ። እዚ ሰብኣይ እዚ ናብ ሞት ወይ'ውን ንማእሰርቲ ዘብጽሕ በደል ኣይገበረን ኢሎም ድማ ተሰማምዑ። ናብ ቄሳር እንተ ዘይጠርዕ ነይሩ ነጻ ምተሓድገ ነይሩ በሎ ኣግሪጳ ንፌስጦስ። ሽዑ ጳውሎስ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ነገስት ንኽቀርብ ናብ ሮማ ከደ።

## እቲ ማዕበል
## (ግብ 27፣1-26)

ጳውሎስ ምስ ገለ ኣዕሩኹን ካልኦት እሱራትን ናብ ሮማ ንኽጕዐዙ ብናይ ጣውላ መርከብ ተወሰዱ። እቲ ባሕሪ ህዱእ ስለ ዘይነበረ ኣብ ማእከል ማዕ

በላት ኣተዉ። ኣብ መወዳእታ ጳውሎስ ከምዚ በለ፣ ኣቱም ጐይቶተይ ጉዕዞና ሓደገኛ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ፣ እዛ መርከብ ክትህሰ እያ፣ ህይወትና እውን ኣብ ሓደጋ እዩ። እቲ ሓለቓ ሚእቲ ግና ኣብ ክንዲ ንጳውሎስ ነቲ ኣዛዚ መርከብ ሰምዖ፣ ክሳብ እቲ ናይ ሓደጋ እዋን ዝሓልፍ፣ ኣብ ውሑስ ቦታ ክንዲ ዘዕቁቡ ጉዕዞኦም ቀጸሉ። ናይ ደቡብ ንፋስ ቅረጢስ ክንፍስ ምስ ረኣዩ፣ መሲሎም ነቲ ቅኑዕ ነገር ዝገበሩ ኮይኑ ተራእዮም፣ እንተ ኾነ ግን ሓድሽ ማዕበል ብነድሪ ክለዐል ጀመረ። ንደሴት ቀረባ ስለ ዝነበረ ድማ ናይ ሰልሚ ሑጻ ከይረኽቦም ፈርሁ። እቲ ህቦብላ ነታ መርከብ ናብ ዓበይቲ ማዕበላት ገጹ ደርበያ (ደፍኣ)። እቶም መርከበኛታት ነታ መርከብ ንምፍኳስ ዝከኣሎም ንብረት ናብ ባሕሪ ደርበዩ። ንብዙሕ መዓልታት ጠፋኡ፣ ኣንፈቶም ክፈልጡ ዘኽእሎም ብቐትሪ ጸሓይ ኣይረኣዩን ብምሽት እውን እንተ ኾነ ከዋኽብቲ ክርእዩ ኣይከኣሉን። ብዙሓት ድማ ተስፋ ቆረጹ። ሽዑ ጳውሎስ ተንሲኡ ኣተባብዖም፣ ምኽረይ ክትሰምዑ ነይሩኩም፣ ናብ መዕቀቢ ክንጸንሕ ነይሩና፣ ብዙሕ'ውን ኣይምኸሰርኩምን። ሕጂ'ውን እታ መርከብ ጥራሕ ስለ ዝተናወጸት ክትፍስሁ እዩ ዘሎኩም። ህይወት ሓደ እኳ ኣይክጠፍእን እዩ። ትማሊ ለይቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ተዛረበኒ 'ኣይትፍራህ ጳውሎስ' በለኒ። 'ኣብ ቅድሚ ቄሳር ክትቀርብ ኢኻ፣ ኣምላኽ ድማ ነቶም ምሳኻ ዝጐዓዙ ክሕልዎም እየ በለኒ'። ኣብ ኣምላኽ እኣምን እየ፣ ከምቲ እቲ መልኣኽ ዝበሎ'ውን ክኸውን እዩ። እንተ ኾነ ግን ኣብ ሓደ ደሴት መርከብና ክትሰበር እያ በሎም!

## እታ ዝዓነወት መርከብ
## (ግብ 27፡27-44)

ኣብቲ ባሕሪ ክልተ ሰሙን ምስ ገበሩ፣ እቶም መርከበኛታት ናብ መሬት ገጾም ከም ዝቐረቡ ሓሰቡ። እቲ ማይ ዕምቀቱ እናቐነሰ ከደ። ሽዑ መርከቦም ምስ ከውሒ ከይትጋጮ ፈርሁ እሞ ለይቲ ስለ ዝነበረ መልሕቖም ኣውሪዶም ንናይ መዓልቲ ብርሃን ተጸበዩ። ገለ መርከበኛታት ንዝተረፉ መልሕቓት ከውርዱ ተመሲሎም ብንእሽተይ ጃልባ ከምልጡ ፈተኑ ጳውሎስ ግና ኻኸሎ ይርኢ ነበረ። ጳውሎስ ድማ እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣብዛ መርከብ እንተ ዘይጸኒሖም ንሽኻትኩም ኣይትድሕኑን ኢኹም በሎም። ስለዚ እቶም ወተሃደራት ነግማድ ናይታ መርከብ በታተኽዎ። ንኣስታት ዓሰርተ ኣርባዕተ መዓልታት መግቢ ስለ ዘይበልዑ ጳውሎስ ኻክበልዑ ለመኖም። “ኣምላኽ ክከናኽነኩም እዩ” ኢሉ ቃል ኣተወሎም። ኣብ ቅድሚ ኩሎም ንኣምላኽ ኣመስጊኑ ድማ መግቢ በልዐ። ናቱ ኣብነት ተኸቲሎም ድማ ብዝበለጸ ፍስሃ ተሰሚዑዎም ነበረ። ከከም ዝደለይዎ ምስ በልዑ እቲ ዝተረፈ ጽዕነት ናይታ መርከብ መታን ክፈኩስ



ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። ብርሃን መዓልቲ ምስ መጸ መሬት ረአዩ ኣበይ ከም ዘለዉ ግና ኣይፈለጡን ነበሩ። እቶም መርከበኛታት ንመልሕቕ ኣልዓሉ፤ ጋንጽላ ሰቒሎም ድማ ነቲ ገምገም ንምርካብ ናብቲ ደንደስ ምድሪ ክወጽኡ ፈተኑ። እንተ ኾነ ግን እታ መርከብ ብቕልጡፍ ጠጠው በለት። ኣካላት እታ መርከብ ተሰብረ ብዓበይቲ ማዕበላት ድማ ተሓዋወሰ። እቶም ወተሃደራት ድማ እቶም እሱራት ሓንቢሶም ቅድሚ ምምላጦም (ምህዳሞም) ክንቀትሎም ኣሎና ተበሃሃሉ። እቲ ሓላፊኦም ግና ንጳውሎስ ከድሕኖ ስለ ዝደለየ ብሓሳቦም ኣይተሰማምዐን። እቶም ሓንቢሶም ዝኽእሉ ዘሊሎም ናብ ባሕሪ ንኽሕዱ እቶም ዘይክእሉ ድማ ስባር ጣውላ ከም ታንኳ ተጠቂሞም ናብቲ ደሴት ንኽጉዓዙ ኣዘዞም። ኣብ መወዳእታ ድማ ኵሎም ናብ ገምገም ብደሓን በጽሑ። ኣብታ ሕጂ ማልታ ኢልና እንጽውዓ ደሴት ከኣ ኣዕረፉ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

"ዎ እግዚኣብሄር ሓይለይ፡ ኤፍቅረካ እየ። እግዚኣብሄርሲ ኸውሔይ፡ ዕርደይ፡ መናገፍየይ፡ ኣምላኸይ፡ ዝሃድመሉ ጸግዐይ፡ ዋልታይ፡ ቀርኒ ምድሓነይ፡ ልዕል ዝበለ ኸውለይ እዩ"
መዝ 18፡1-2

# ኣብ ማልታ
## (ግብ 28፡1-15)

ነበርቲ ደሴት ማልታ ድማ ነቶም ኣብ ገማግም ባሕሮም መርከቦም እተሰብረቶም ወጻእተኛታት ኽርእዩ እናጎየዩ መጹ። ኣዝዩ ቆራሪን ማይ ይወቅዕን ብምንባሩ ሓዊ ኣናኺሶም ነቶም በታ መርከብ ዝመጹ ሰባት ንምሕጋዝን ንምጽንናዕን ዝከኣሎም ገበሩ። ጳውሎስ'ውን ሓገዞም። ጥማር ዕንጨይቲ ኣርዩ ናብቲ ሓዊ ደርበዮ። ከምኡ እናገበረ እንከሎ ግን ካብቲ ዕንጨይቲ ተመን ፈለኽለኽ እናበለ ወጺኡ ኣብ ኢዱ ጠልጠል በለ። እቶም ፍልጠት ዘይብሎም ተቐማጦ እታ ደሴት ነዚ ርእዮም ንሓድሕዶም ከምዚ



ተበሃሃሉ፣ "እዚ ሰብ እዚ ቀታሊ ሰባት ክኸውን ኣለዎ፣ ካብ ባሕሪ እኳ እንተ ኣምለጠ፣ ብህይወት ክነብር ግን ኣይተፈቕደሉን"። እንታይ ከም ዝኸውን ከኣ ክርእዩ ደለዩ። ጳውሎስ ግና ነቲ ተመን ናብቲ ሓዊ ጸግ ኣበሎ፣ ኣብኡ'ውን ወደቐ። ኢድ ጳውሎስ ክምሽምሽ ስዒቡ'ውን ክመውት ተጸበዩ፣ ዋላ ሓደ ዝኾነ ነገር ከም ዘየሎ ምስ ረኣዩ ግና ጳውሎስ ኣምላኽ እዩ ኢሎም ሓሰቡ። ገዛኢ ናይታ ደሴት ጴብልዮስ ዝበሃል ነቶም መርከቦም እተሰብረቶም ሰባት ብሕያውነት ተቐበሎም ንጳውሎስን ኣዕሩኽቱን ከኣ ንሰለስተ መዓልቲ ምስኡ ክጸንሑ ወሰዶም። ኣቦ ጴብልዮስ ሓሚሙ ስለ ዝነበረ ጳውሎስ ኢዱ ኣንቢሩ ጸልዩ ኣሕወዮ። ነበርቲ እታ ደሴት፣ ነዚ ምስ ሰምዑ ካብ ህዝቦም ንዝሓመሙ ዘበሉ ናብ ጳውሎስ ኣምጽእዎም፣ ሓወዩ ድማ። ንጳውሎስን ኣዕሩኽቱን ድማ ብዙሕ ህያባት ኣምጽኡሎም ኩሉ እቲ ህዝቢ ድማ ኣመስገኖም። ንሰለስተ ወርሒ ዝኣክል ሓጋይ ክሳዕ ዝሓልፍ ኣብ ማልታ ድሕሪ ምጽናሕ ጉዕዞኦም ጀመሩ። ኣብ ኢጣልያ ድሕሪ ምዕራፉ ድማ መገዶም ንሮማ ኣምርሑ። ምምጻእ ጳውሎስ ዝሰምዑ ክርስትያናት ተቐማጦ እታ ከተማ ክረኽብዎ ተዳልዮም ተጸበዩ።

## ጳውሎስ ኣብ ሮማ
## (ግብ 28፣16-31)



ኣዛዚ ናይቶም ሓለውቲ፣ ነቶም እሱራት ተረኪቦም፣ ጳውሎስ ግና ንበይኑ ተፈልዩ ብሓደ ወተሃደር ይሕሎ ነበረ። ድሕሪ ሳልስቲ ጳውሎስ ኹሎም ኣይሁዳውያን ኣኪቡ ታሪኹ ክነግሮም ተፈቕደሉ። "ብዛዕባኻ ደብዳቤ ተቐቢልና ኣይንፈልጥን፣ ናብ ሮማ ዝመጹ ኣሕዋት እውን ንዓኻ ዝጸረር ክዛረብ ኣይሰማዕ ናን። ብዛዕባኦም ብዙሕ ስለ እንሰምዕ ግና እስኪ ብዛዕባ ክርስትና ንገረና" በልዎ። ጳውሎስ ድማ ምሉእ መዓልቲ ብዛዕባ ነብያትን ክርስቶስ ኢየሱስን እቲ

ሓቂ ዝኾነ ቃላቶምን ነገሮም። ገለ ካብቶም ሰማዕቱ፡ ንጳውሎስ ኣመንዎ ገለ ግን ኣይኣመንዎን። "እቲ ብስራት ነቶም ዘይ ኣይሁዳውያን'ውን ንዝሰምዕዎ ምእንቲ ኣይኣመንዎን" ድማ በሎም። በዚ ድማ እቶም ኣይሁዳውያን ንሓድሕዶም እናተሟገቱ ከዱ። ጳውሎስ ንኽልተ ዓመት ብዛዕባ ጐይታ ኢየሱስ ንኹሎም ዝመጽዎ እናሰበኸ ኣብታ ኣብ ሮማ ዝተኻረያ ገዝኡ ጸንሐ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ወንጌል... ንዝኣምን ዘበለ ኹሉ ሓይሊ ኣምላኽ ንምድሓን እዩ"
ሮሜ 1፡16

## እቲ ዝሃደመ ኣገልጋሊ
## (ፊልሞን 1-25)

ጳውሎስ ንኣዕሩኽቱ ከጸናንዖምን ከተባብዖምን ብዙሕ ደብዳቤታት ጽሒፉ እዩ። ሓደ ካብቶም ንሱ ኣብ ማእሰርቱ ከሎ ዝጽሓፈሎም ድማ እቲ ምስኡ ዝሰርሐን ንብዙሓት ክርስትያናት ኣብ ገዝኡ ንኽእከቡ ዘፍቀደን ፊልሞን እዩ ነይሩ። ፊልሞን ኦነሲሞስ ዝበሃል ኣገልጋሊ ነበሮ። ንሱ ሃካይ እዩ ነይሩ። ብሰንኪ ትህኪቱ ምስ ተገሰጸ ድማ ሃዲሙ ጠፍአ። ኦነሲሞስ ናብ ጳውሎስ ከደ ምስኡ ድማ ካብቲ ሃካይ ባህሪኡ ተናገፈ። ንጳውሎስ ድማ ፈቃርን ሓጋዝን ወዲ ኮኖ። ጳውሎስ ድማ ፊልሞን ልክዕ ከም ሓዉ ደኣ እምበር ከም ገዛኢኡ ዘይኮነ ገይሩ ንኦነሲሞስ ክምለሶ ኣለዎ ኢሉ ሓሰበ። ጳውሎስ፡ ኦነሲሞስ ንፊልሞን እንተ ደኣ በዲልዎ ኾይኑ ወይ'ውን ገንዘብ ተዓድይዎ እንተ ደኣ ኾይኑ ባዕሉ ክኸፍለሉ ወሰነ። ንኦነሲሞስ ድማ ደብዳቤ ጽሒፉ ናብ ፊልሞን ለኣኾ (መለሶ)። ምስኡ ክፈላለ ከቢድ እኳ እንተ ነበረ ኦነሲሞስ ክርስትያን ብምዃኑ ንፊልሞን ብዙሕ ዝሕግዝ ኣገልጋሊ ከም ዝኾኖ ግና ይፈልጥ ነበረ።

## ናይ ዮሃንስ ራእይ
## (ራእ 1፡1 - 3፡22)

ሃዋርያ ዮሃንስ፡ ሓደ ካብቶም ደቂ መዛሙርቲ ክርስቶስ፡ ምእንቲ ምስክር ኢየሱስን ምእንቲ ቃል ኣምላኽን ኣብ ጳጥሞስ እትብሃል ንእሽቶይ ደሴት ነበረ። ኣብዚ ከሎ ዝረኣዮ ራእይ ድማ ኣብ መጽሓፍ ኣስፈሮ። "ብድሕረይ

ዓቢ ድምጺ ሰማዕኩ፣ ልክዕ ከም ድምጺ መለኸት እዩ ዝጥዕም 'ነዚ ዝወሃበካ መልእኽቲ ጸሓፎ እሞ ናብተን ሸውዓተ ቤተ ክርስቲያናት ኤስያ ስደዶ' በለኒ እቲ ድምጺ” ድማ ይብል። ቀጺሉ'ውን ንድሕሪት ጠመትኩ እሞ ሸውዓተ ወርቃውያን ፋኑሳት ረኣኹ። ኣብ ማእከሎም ድማ ሓደ ነዊሕ ካባ እተኸድነ ወርቃዊ ቁልፊ እተዓጥቀ ሰብኣይ ነበረ። ኣዒንቱ የንጸባርቓ ድምጹ ድማ ከም ድምጺ መንጫዕጫዕታ ነበረ። ኣብ የማናይ ኢዱ ሸውዓተ ከዋኽብቲ ነበራ። ካብ ኣፉ በሊሕ ሰይፊ ዝወጸ ይመስል፣ ገጹ ድማ ልክዕ ከም ብርሃን ፍርቂ መዓልቲ የንጸባርቕ ነበረ። “ምስ ረኣኹዎ ኣብ እግሩ ወደቕኩ፣ ክንቀሳቐስ ድማ ኣይከኣልኩን። የማነይቲ ኢዱ ኣብ ልዕለይ ኣንቢሩ 'ኣይትፍራህ' በለኒ። 'ሞይተ ነበርኩ ንዘለኣለም ግና ሕጂ ህያው ኮንኩ ንመፋትሕ ሞት እውን ኣብ ኢደይ ሓዝኩወን። ነቲ ዝረኣኻዮ ጽሓፎ።

እተን ሸውዓተ ከዋኽብቲ ኣብ ኢደይ ዘለዋ ንመላእኽቲ እተን ሸውዓተ ቤተ ክርስትያን የመልክታ እተን ሸውዓተ ፋኑስ ድማ ነተን ሸውዓተ ቤተ ክርስቲያናት የመልክታ' በለኒ።” ሽዑ ዮሃንስ ናይቲ ዝተንስአ ክርስቶስ ራእይ ከም ዝረኣየ ፈለጠ። ካብ ጐይታ ናብተን ናይ ኤስያ ቤተ ክርስትያናት መልእኽቲ ስለ እተዋህበ ድማ ሸውዓተ ደብዳቤታት ጸሓፈ። እታ ኣብ ኤፌሶን ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን ልክዕ ከምቲ ቀደም ዝነበረቶ እምንቲ ስለ ዘይነበረት ድማ፣ ንዮሃንስ “ነቲ ዝሰዓረ ካብ ኦም ህይወት ፍረ ክህቦ እየ። ካብታ ኣብ ማእከል ገነት ኣምላኽ ዝበቖለት ኦም ፍረ ክህቦ እየ” ዝብል ብዛዕባኦም ዝተኣተወ ቃል ተዋህቦ።

እታ ኣብ ስሚርና ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን ዋላ እኳ ብስቓይ ትሓልፍ እንተ ነበረት ኣባላታ ግና እሙናት ኮይኖም ስለ እተረኽቡ ብርግጽ ክሳዕ መወዳእታ እሙናት እንተ ኾይኖም ኣኽሊል ህይወት ከም ዝወሃቡ ዝገልጽ ቃል ተኣትወሎም። ኣብ ጴርጋሞስ ንእትርከብ ቤተ ክርስቲያን ድማ ብዛዕባ ኣብ ህዝባ ዝነበረ ሓደ ሓደ ግጉይ እምነታትን ልምምድን ተነቕፈት። እንተ ደኣ ካብዚ ጌጋታት እዚ ተመሊሶም ግና ሽልማት ከም ዘለዎም ቃል ተኣትወሎም። ነታ ኣብ ትያትራ እትርከብ ቤተ ክርስቲያን'ውን ብዛዕባ ዘለዋ ጽቡቕን ሕማቕን ተግባራታ ተነግራ። ካብ ጌጋኣ ተኣሪማ ቅኑዕ መገዲ እንተ ስዒባ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ስልጣን ክትወሃብን፣ ኮኾብ ጽባሕውን ክትወሃብ ምኳና ቃል ተኣትዩላ።

ኣብ ሳርዴስ ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን'ውን ንቕሕትን ብርትዕትን ኽትትከውን ኣዘኻኸራ። ነታ ኣብ ፊላደልፍያ ዝነበረት ቤተ ክርስትያን'ውን ንቓል ኣምላኽ ስለ ዝሓለወቶ ኣብ መቕደስ ኣምላኽ ዓንዲ ክትከውንን ካብኡ ከኣ

ከቶ ከም ዘይትወጽእን ተነግራ። እታ ኣብ ሎዲቅያ ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን'ውን ነቲ ብርታዐኣ ስለ ዘጥፍኣቶ፡ "እንሆ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብል ኣሎኹ፡ ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፡ ናብኡ ክኣቱ ምስኡ ክድረር ኣብ መኣዲ ክቕመጥ እየ። ንሱውን ምሳይ ክቕመጥ እዩ። ከምቲ ንሱ ዝሰዓረ፡ ነቶም ዝስዕሩ'ውን ጐይታ ኣብ ዝፋኑ ምስኡ ከቕምጦም እዩ" ተባህለላ።

## ዮሃንስ ንመንግስቲ ሰማያት ከም ዝረኣየ (ራኢ. 4፡1 - 5፡14)

ዮሃንስ ንመንግስተ ሰማያት ዝረኣየሉ ራእይ ነይሩ። "ነዓ፡ እንታይ ከም ዝኸውን ከርእየካ እየ" ዝብል ድምጺ መለኸት ዝጥዕም ሰምዐ። ሽዑ ዮሃንስ ኣብ መንግስተ ሰማይ ከም ዘሎ ረኣየ። ብቀስተ ደመና ዝተኸበ ልክዕ ከም ስምራግድ ዝምድማቑ ዓቢይ ዝፋን ረኣየ። ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ከኣ ሾብዓተ ዝተወልዐ ሽግ ይነዱ ነበሩ። ጽሩይ ባሕሪ መረጼን'ውን ነይሩ። ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን ከኣ ዕስራን ኣርባዕተን ዝፋናት ረኣዩ። ኣብቲ ዝፋናትውን ጻዕዳ ክዳውንቲ እተኸድኑ ኣብ ርእሶም ከኣ ኣኽሊል ወርቂ ዝደፍኡ ዕስራን ኣርባዕተን ኣሕሉኽ ተቐሚጦም ረኣየ። ኣርባዕተ እንስሳ፡ እቲ ሓደ ኣንበሳ ዝመስል፡ እቲ ካልኣይ ብዕራይ ዝመስል፡ እቲ ሳልሳይ ገጽ ሰብ ዝመስል እቲ ራብዓይ ድማ ዝነፍር ንስሪ ዝመስል ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ከምዚ እናበሉ ይዝምሩ ነበሩ፡-

"ቅዱስ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ኵሉ ዝኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዝነበረን ዘሎን ዝመጽእን" ይብሉ ነበሩ።

እቶም እንስሳ ነቲ ኣብ ዝፋን ዝተቐመጠ፡ ንዘለኣለም ኣለም ህያው ኮይኑ ዝነብር፡ ክብርን ስብሓትን ምስጋናን ኪህብዎ ከለዉ፡ እቶም ዕስራን ኣርባዕ ተን ኣሕሉኽ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ፍግም ኢሎም ነቲ ንዘለኣለም ኣለም ህያው ኮይኑ ዝነብር ሰገዱሉ። ኣኽሊሎም ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ኣንቢሮም ከኣ፡-

"ኦ ጐይታናን ኣምላኽናን! ንሸኻ ክብርን ስብሓትን ስልጣንን
ንምውሳድ ብቑዕ ኢኻ።
ከመይ፡ ንብዘሎ ንሸኻ ፈጠርካዮ ፍቓድካ ስለ ዝኾነ ድማ ህላወ
ረኺቡን ተፈጢሩን ኣሎ" በሉ።

ዮሃንስ ኣብ የማነይቲ ኢድ ናይቲ ኣብ ዝፋን ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ጥቕላል መጽሓፍ ረአየ። ኣብኡ ዝነበረ ጽሑፍ ድማ ብሸውዓተ ማሕተማት ዝተሓትመ ነበረ። ነቲ መጽሓፍ ኪግንጽሎን ንማሕተሙውን ኪፈትሖ ዝበቅዕ ምርካብ ድማ ኣገዳሲ ኾይኑ ተረኽበ። ነቲ መጽሓፍ ሓደ እኳ ክኸፍቶ ዝኽእል ኣይመስልን ነበረ እሞ ኣዒንቲ ዮሃንስ ንብዓት ቆጸራ። ካብቶም ኣሕሉቕ ሓደ ድማ፡ “ኣይትብከ እንሆ እቲ ካብ ነገድ ይሁዳ ዝኾነ ኣንበሳ፡ እቲ ዘርኢ ዳዊት ነቲ መጽሓፍን ነቲ ሾብዓተ ማሕተም’ውን ኪኸፈቶ ስዒሩ ኣሎ” ኢሉ ተዛረቦ። ሽዑ ዮሃንስ ኣብ ማእከል ኵሎም ነቲ ገንሸል ረአዮ። እቲ ዮሃንስ መጥምቕ ገንሸል ኣምላኽ ኢሉ ዝጸውዖ ኢየሱስ ምዃኑ ድማ ፈለጠ።

<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>

“ነቲ እከይ ደኣ ብሰናይ ጌርካ ስዐሮ እምበር፡ በቲ እከይ ኣይትሰዓር” ሮሜ 12፡21

## እተን ማሕተማት ተፈትሓ
## (ራእ 6፡1-17)

ዮሃንስ እናረኣየ ድማ እቲ ገንሸል ነቲ መጽሓፍ ካብ የማነይቲ ኢድ እቲ ኣብ ዓቢይ ዝፋን ተቐሚጡ ዝነበረ ወሰዳ። እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ኣሕሉቕን ኣርባዕተ እንስሳን ድማ ኣብ ቅድሚኡ ወደቑ። እቶም ኣሕሉቕ ነፍሲ ወከፎም በገናን ጥዑም ጨና ዘለዎ ዕጣን ዝመልአ ወርቃዊ ጭሕሎ ነበሮም። ዮሃንስ ድማ እዚ፡ ጸሎት ናይቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ቅዱሳን ምዃኑ ፈለጠ። “ንሰኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ ነቲ መሓተሙውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ። ከመይ ተሓሪድካ ብደምካ ድማ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ዓዲግካ ኢኻ። ንኣምላኽና ዘገልግሉ፡ ካህናት ገበርካዮም። ንሳቶም ድማ ኣብ ምድሪ ኪነግሱ እዮም” እናበሉ ድማ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዘሚሮሞ ዘይፈልጡ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ። ኣእላፍ ጊዜ ኣእላፍ ኣሽሕ ጊዜ ኣሻሕ ዝቑጽሮም መላእኽቲ'ውን፡ “እቲ እተሓርደ ገንሸል ስልጣን፡ ሃብቲ፡ ጥበብ፡ ሓይሊ፡ ክብሪ፡ ግርማን ውዳሴን ኪቕበል ብቑዕ እዩ” እናበሉ ዘመሩ። መሊሱ ድማ ዮሃንስ እቶም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ኣብ ባሕርን ዘለዉ ፍጡራት፡ “ውዳሴን ክብርን ግርማን ስልጣንን ነቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎን ነቲ ገንሸልን ይኹን” ኪብሉ ከለዉ፡ እቶም ኣርባዕተ እንስሳ ድማ “ኣሜን!” እናበሉ ፍግም ኢሎም ክሰግዱ ረአየ። ዮሃንስ

ብዙሓት ሓደስትን ኣደነቕትን ነገራት ረኣየ። ብድሕሪኡ ድማ ብዛዕባ እቶም ኣብ ዙርያ ዝፋን ደው ዝበሉ ጻዕዳ እተኸድኑ ሰባት ተነግሮ። "እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝወጹ፣ ንኽዳውንቶም'ውን ብደም እቲ ገንሸል ሓጺቦም ዘጻዕደዉ እዮም። ስለዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ኣምላኽ እነዉ። ኣብታ መቕደሱውን ለይትን መዓልትን የገልግልዎ ኣለዉ" ተባሂሉ ተነግሮ። "ድሕሪ ደጊም ኣይኪጠምዩን፣ ኣይኪጸምኡን፣ ጸሓይ ኮነ ሃሩር ድማ ከቶ ኣይኪረኽቦምን እዩ። ከመይ እቲ ኣብ ማእከል ዝፋን ዘሎ ገንሸል ኪጓስዮም፣ ናብ ዔላታት ማይ ህይወትውን ኪመርሖም እዩ። ኣምላኽውን ካብ ኣዕይንቶም ንብዓት ዘበለ ኺደርዝ እዩ" ተባህሎ።

## እታ ቅድስቲ ከተማ
## (ራእ 21፡1 - 22፡5)

መወዳእታ ራእይ ናይ ዮሃንስ፣ ብዛዕባ እታ ሓዳስ መንግስተ ሰማይን እታ ሓዳስ ምድርን እዩ። ካብቲ ዝፋን ድማ ዓው ዝበለ ድምጺ፣ "ደጊም ማሕደር ኣምላኽ ምስ ሰብ ኮነ። ምስኣቶምውን ኪነብር እዩ። ንሳቶም ህዝቡ ኪኾኑ እዮም፣ ኣምላኽ ባዕሉ ምስኣቶም ኪነብር ኣምላኾምውን ኪኸውን እዩ። ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዕይንቶም ኪደርዝ እዩ። እቲ ቀዳማይ ሓሊፉ እዩ። ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን ወይ ኣውያት ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ፣ ክብል ሰምዐ። እቲ ኣብ ዝፋን እተቐመጠ ድማ "ረአ ንዅሉ ሓድሽ እገብሮ" በለ። ዮሃንስ ናብ ዓቢይን ነዊሕን እምባ ተወሰደ፣ እታ ቕድስቲ ከተማ ኢየሩሳሌም ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ክትወርድ ከላ ከኣ ረኣየ። ብኽብሪ ኣምላኽ'ውን ተንጸባርቕ ነበረት። ምድማቕ ብርሃና'ውን ከም ኣዝዩ ዝኸበረ እምኒ፣ ከምቲ ዘንጸባርቕ እምኒ ይመስል ነበረ። ዓ ሰርተው ክልተ ኣፍ ደገ ዘለዎ ዓቢይን ነዊሕን ቀጽሪ ነበራ። እታ ከተማ'ውን ከም ጽሩይ መረጼን ዝመስል ብጽሩይ ወርቂ ዝተሰርሐት ነበረት። መሰረት ቀጽሪ እታ ከተማ ከኣ በብዓይነቱ ክቡር እምኒ ተሰሊሙ ነበረ። ኣብታ ከተማ መቕደስ ኣይረኣየን፣ ከመይ፣ እቲ ኵሉ ዝኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽናን እቲ ገንሸልን መቕደሳ እዮም። እታ ከተማ እቲኣ ጸሓይ ወይ ወርሒ ኬብርሃላ ኣየድልያን እዩ። ከመይ፣ ክብሪ ኣምላኽ ኣብሪሁላ ኣሎ፣ መብራህታ ድማ እቲ ገንሸል እዩ። ኣብኣ ለይቲ ዝበሃል ስለ ዘየልቦ ኣፍ ደጌታታ ብመዓልቲ ከቶ ኣይኪዕጸን እዩ። እቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት ዝተጸሓፉ ደኣ እምበር፣ ገለ ርኽሰት፣ ወይ ዘጸይፍን ሓሶትን ዝገብር ዘበለ ናብኣ ከቶ ኣይኣቱን እዩ። ብድሕርዚ መልኣኽ ኣምላኽ ካብቲ ናይ ኣምላኽን ናይቲ ገንሸልን ዝፋን ዝወጽእ ከም በረድ ዝምጽራዩ ርባ ማይ ህይወት ኣርኣዮ። ብማእከል እቲ ኣደባባይ ይውሕዝ ነበረ። ነቲ ርባ ብኽልተ ገቦኡ ድማ ኣብ ወወርሒ እናፈረየት፣

ኣብ ዓመት ዓሰርተው ክልተ ጊዜ ፍረ እትህብ ኦም ህይወት ነበረት። ቈጽሊ እታ ኦም እቲኣ ከኣ ንኹሉ ህዝቢ ዝፍውስ ነበረ። ንዮሃንስ ድማ "እቲ ንቓላት ትንቢት እዚ መጽሓፍ እዚ ዝሕሉ ኣብ ጥቓ እታ ኦም ህይወት ክቐርብን ኣብታ ቅድስቲ ከተማ ክነብርን መሰል ስለ ዘለዎ ብጹእ እዩ" በሎ።

**<u>ዝጽናዕ ጥቕሲ</u>**

"ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ። እቲ ቀዳማይ ሓሊፉ እዩ እሞ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኪኸውንን፡ ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን፡ ወይ ጫውጫው፡ ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ" ራእ 21፡4

**"ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ"**

**ዮሃ 3፡16**